# Traditions de Tsazegga et Hazzega

# Johannes Kolmodin

Digitalization: Semereab Gebretensae

Semere.gebre@googlemail.com

August 2013 Mannheim Germany

Non-Commercial

## TABLE DES MATIÈRES


Table des matières . . . . . . . . . . . . . . . . p. v
Préface . . . . . . . . . . . . . . . . . . » xv

### I. — ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ።

1. ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ሕብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ክደት ። . . . . . p. 3
2. ምሰሊኸ ፡ ሕብ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ወጸ ። . . . . . . . . . » 4
3. እሰማምዖ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . . . » 6
4. ቀዳሞት ፡ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . . . . . » 6
5. ምእታው ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ ሕብ ፡ ሐማሴን ። . . . . . . » 8
6. ወለዶ ፡ መሮኢ ። . . . . . . . . . . . . . . » 8
7. መርገም ፡ ገሽናሽም ። . . . . . . . . . . . . » 10
8. ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ገሽናሽም ። . . . . . . . . . . . » 11
9. ዘርኢ ፡ ወረደ-ምሕረት ። . . . . . . . . . . . » 12
10. ዘርኢ ፡ ተኽስተ-ብርሃን ። . . . . . . . . . . . » 13
11. ዘርኢ ፡ ሽመርጸም ። . . . . . . . . . . . . . » 13
12. ዘርኢ ፡ ሽመርጥብ ። . . . . . . . . . . . . . » 14
13. ዘርኢ ፡ ድምበዛኖይ ። . . . . . . . . . . . . » 15
14. [illegible] ፡ እስገደ ። . . . . . . . . . . . » 16
15. ወለዶ [illegible] ፡ ቢደል ። . . . . . . . . . . » 17
16. ዘርኢ ፡ ማእቈ ። . . . . . . . . . . . . . » 18
17. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኸብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ። . . . . . . . » 18
18. ጅን ። . . . . . . . . . . . . . . . . . » 19

19. ደቂ ፡ ዮሴፍ ። . . . . . p. 20
20. ወቖርትን ፡ ክልክልትን ። . . . . . » 20
21. ክልተ ፡ ዛውል ። . . . . . » 21
22. ወለዶ ፡ ዜን ። . . . . . » 21
23. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ። . . . . . » 22
24. እማጽኣ ፡ ሰገ ። . . . . . » 23
25. መርገም ፡ ጉመዳይ ። . . . . . » 24
26. ስም ፡ ምባል ፡ ጨዋ ። . . . . . » 25
27. ሰገ ፡ ንጨዋ ፡ ወድእዎም ። . . . . . » 26
28. ወለዶ ፡ ላምዛ ። . . . . . » 27
29. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ደሁዳ ። . . . . . » 28
30. ሾብዐተ ፡ ሰሐርቲ ፡ ሳብዓይ ፡ ኩዳዴ ። . . . . . » 28
31. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ። . . . . . » 30
32. ደቂ ፡ ሌዊ ። . . . . . » 30
33. ቀረፍ ፡ በለውን ፡ ክለውን ። . . . . . » 32
34. መርገም ፡ ደቂ ፡ ሽሃይ ። . . . . . » 32
35. ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ዛግር ። . . . . . » 32
36. ካልኦት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ኻም ። . . . . . » 34

## II. — ሾብዐተ ፡ ደቂ ፡ ኢተሽም ፡ ሳምናይ ፡ ሙሳ ።

37. ሕዝባይ ፡ ፈዳይ ፡ ሕነ ። . . . . . p. 35
38. ሰሬ ፡ ሰደቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ሐንስ ። . . . . . » 37
39. ምእታው ፡ እተሽም ፡ እብ ፡ ዐዲ ፡ ቑንጁ ። . . . . . » 38
40. « ምጉዳእ ፡ ሰብ ፡ ሰሬየ ። » . . . . . » 39
41. ደቂ ፡ እተሽም ። . . . . . » 40
42. ተስፋ-ጼን ፡ እቲ ፡ ምናቕ ። . . . . . » 41
43. ማርያም ፡ ተስፋ-ጼን ። . . . . . » 42
44. ምጽናት ፡ ዛርጦናይ ። . . . . . » 43
45. ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተስፋ-ጼን ። . . . . . » 44
46. ውግእ ፡ ደቂ ፡ እተሽም ፡ ምስ ፡ እስገደ ። . . . . . » 45
47. ሞት ፡ ብሩሕ ። . . . . . » 46
48. ጅግንነት ፡ ዘርኣይ ። . . . . . » 47
49 እርጓ ፡ ዘርኣይኒ ፡ እስምዒን ። . . . . . » 48
50. ሞት ፡ ዘርኣይ ። . . . . . » 49



51. ምትእትታው ፡ ተከለ ፡ ናብ ፡ እርግንኡ ። . . . . . p. 50
52. ንጉስ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። . . . . . » 50
53. ወለዶ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ። . . . . . » 51
54. ወለዶ ፡ ተከሌ-ዐገበ ።* . . . . . » 53
55. ሞት ፡ ሕነሽም ። . . . . . » 56
56. ውግእ ፡ ጉልጉል ፡ እምብዓ ። . . . . . » 56
57. ጥቢ ፡ ሕዝባይ ። . . . . . » 57
58. ዓገብ ፡ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ። . . . . . » 58
59. ሹማምንቲ ። . . . . . » 60
60. ምእታው ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ እብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ። . . . . . » 60
61. ዑና ፡ ሓሸልኒ ፡ ዑና ፡ ጉዶን ። . . . . . » 61
62. ወለዶ ፡ ቤት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . » 62
63. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ብሩሕ ። . . . . . » 63

## III. — ዐዴ-ደግዘማቲ ።

64. ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕኒ ፡ እምሓን ። . . . . . p. 63
65. ሀብ-ስሉስ ፡ ምስ ፡ ሊጓሙ ። . . . . . » 65
66. ካልኣይ ፡ ጥቢ ፡ እምሓ ። . . . . . » 66
67. ሀብ-ስሉስ ፡ ንጓል ፡ ሐጸይ ፡ ቀተላ ። . . . . . » 67
68. ሽመት ፡ ዐዴ-ደገዘማቲ ። . . . . . » 68
69. ደቂ ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ። . . . . . » 69
70. ምሻም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . » 70
71. ጥዐላ ፡ ማይ ፡ መንካዕ ። . . . . . » 70
72. ስርጓት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . » 71
73. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . » 72
74. ደቂ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ። . . . . . » 73
75. ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ተሰሙ ። . . . . . » 74
76. ማሕረዲ ፡ ደባስ ። . . . . . » 75
77. ትውልዲ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ። . . . . . » 75
78. ማርያም ፡ ዐሰልጻይት ። . . . . . » 76
79. ሞት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስኒ ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽኒ ። . . . . . » 77
80. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ። . . . . . » 77
81. ሞት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ። . . . . . » 78
82. ህዮብ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ። . . . . . » 79

83. ወርቂ ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . p. 80
84. ህደብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 80
85. ስዐረት ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 81
86. ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኣብ ፡ ርእሶም ፡ ግብሪ ፡ ሀገሮም ፡ ፈደዩ ፡፡ . . . . » 82
87. መድፍዕ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 83
88. ምውዳእ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 83
89. ሽፍትነት ፡ ደግያት ፡ ድብልዩስ ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 84
90. ሞት ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 85
91. ዓድዋ ፡ ተሰርሒ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 85
92. ሽፍትነት ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 86
93. ውግእ ፡ ጋሻ-ወርቂ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 87
94. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ ሰለሙን ፡፡ . . . . . . . . . . . » 87
95. ውግእ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡፡ . . . . . . . . » 88
96. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ ሰለሙን ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 88

## IV. — ሰለስተ ፡ መንግስታት ፡ ደቀተሽም ፡፡

97. ዘርኢ ፡ ተኸለ-ታትዮስ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . p. 90
98. እንዳ ፡ ሀብተ-ልዑል ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 91
99. « ምህዳም ፡ ደቂ ፡ ዐበይቲ ፡፡ » . . . . . . . . . . . . » 92
100. ማእሰርቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡፡ . . . . . . . . . . » 92
101. ምራድ ፡ ቤተኸስያን ፡ ጻዕዳ-ኸስታን ፡፡ . . . . . . . . . » 93
102. ሐይሊ ፡ ኸንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡፡ . . . . . . . . . . » 93
103. ሰበዋ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደይ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 95
104. ሞት ፡ ሐጸይ ፡ እዮኣስ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 95
105. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡፡ . . . . . . . . . . . » 96
106. ሐይሊ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 97
107. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡፡ . . . . . » 98
108. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡፡ . . . . . . . . » 99
109. ቀዳማይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡፡ . . . . . . . . . » 100
110. ከንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርኦም ፡ አውዓልዎም ፡፡ . . . . . . . » 101
111. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡፡ . . . . . . . . . . . » 102
112. ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡ ተመልሱ ፡፡ . . . . . . . . . . . » 104
113. ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ተዘምተት ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 104
114. ጅግንነት ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ ከንፉት ፡፡ . . . . . . . . . . . » 105



115. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ ዕቑባት ፡፡ . . . . . . . . . . p. 106
116. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 107
117. ካልኣይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡፡ . . . . . . . . . . » 108
118. « ገሰብ ፡ ከንቲባ ፡፡ » . . . . . . . . . . . . . . » 109
119. ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዐርቁ ፡፡ . . . . » 109
120. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋሽ ፡ በሹሩ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 110
121. ተስፉ-ጼን ፡ አባዓላ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 111
122. ከንቲባ ፡ ሞሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድገን ፡፡ . . . . . . . . . . » 111
123. አይተ ፡ ገረ-ኸስተስ ፡ ንሐዎም ፡ ወረሱ ፡፡ . . . . . . . . . » 112
124. ሞት ፡ አባ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 113
125. ጅግንነት ፡ ከንቲባ ፡ ተስፉ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 113
126. ምኽሪ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 114
127. ውግእ ፡ ዐሸማግለ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 115
128. ስዐረት ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 116
129. ዐራት ፡ አርባዕተ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 117
130. ማእሰርቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 117
131. ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አሰሮም ፡፡ . . . . . . . . . » 118
132. ውግእ ፡ ማይ ፡ ፋሎ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 119
133. ከንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 120
134. ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ፈትሖም ፡፡ . . . . . . . . . » 120
135. ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ሐደጋ ፡ ተወድቀት ፡፡ . . . . . . . . . . » 121
136. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . » 122

## V. — ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡

137. ግዝኣት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡ . . . . . . . . . . . . p. 124
138. ተረካብ ፡ ዘረባ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡ . . . . . . . . . . » 124
139. ሰውሃት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡ . . . . . . . . . . . . » 125
140. መሸሐዳር ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡ . . . . . . . . . . . » 126
141. ሞት ፡ አይተ ፡ ናቡተ ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 126
142. ግዝኣት ፡ አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡፡ . . . . . . . . . . » 127
143. ምግባር ፡ ደቀተሽም ፡፡ . . . . . . . . . . . . . . » 128
144. ሾብዐተ ፡ ኸነትብ ፡ ጉዳይፍ ፡ ሰበርቲ ፡ ዐራት ፡፡ . . . . . . . » 129
145. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ መጁ ፡፡ . . . . . . . . . . . » 130
146. ውግእ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡፡ . . . » 131

147. ጋሮ ፡ ዑና ፡ ጠወቐ ። . . . p. 132
148. ውግእ ፡ ድባርዋ ። . . . » 132
149. ሞት ፡ እይተ ፡ ሐጐስ ። . . . » 134
150. ደግያት ፡ ሸባጋድሽ ፡ ገዛኢ ፡ ኽኡ ። . . . » 135
151. ማእሰርቲ ፡ እይተ ፡ ተወልደ-መድህን ። . . . » 135
152. ደቂ ፡ እይተ ፡ ተወልደ-መድህን ። . . . » 136
153. እንዳ ፡ እኖ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . » 136
154. ሐበላ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። . . . » 137
155. ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ እቦእም ፡ እምጽእዎ ። . . . » 137
156. ባድን ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ወግኦ ። . . . » 139
157. ሞት ፡ ባድን ። . . . » 140
158. ውግእ ፡ እቁታብ ። . . . » 141
159. ውግእ ፡ ጠባብቆ ። . . . » 142
160. ምሻም ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ። . . . » 143
161. ሰበዋ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ። . . . » 143
162. ፀራት ፡ እብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ሐሰፈ ። . . . » 144
163. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተሸሙ ። . . . » 145
164. ሰኡይ ፡ ዕዳጋ ። . . . » 145
165. ውግእ ፡ ምብካይ-ደቅናይ ። . . . » 146
166. ሞት ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ። . . . » 147
167. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እውዓልዎም ። . . . » 148
168. ቀዳም ፡ እብ ፡ ገዛ ፡ ቕሺ ፡ ስቡንሶን ። . . . » 149
169. ፀርቢ ፡ ወክ-ድባ ። . . . » 149
170. ወተር ፡ ሕሻል ። . . . » 151

## VI. — ዘበን ፡ ጭቃታት ።

171. ውግእ ፡ ፈረስ-ማይ ። . . . p. 152
172. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተእሰሩ ። . . . » 153
173. ጭቃታት ። . . . » 155
174. እይተ ፡ እላ ፡ ተሸሙ ። . . . » 156
175. ውግእ ፡ ምስኳግ ። . . . » 156
176. ደግያት ፡ ውብ ፡ ወረዱ ። . . . » 157
177. ጅግንነት ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ። . . . » 158
178. « በኺት ፡ ክቕረጽ ። » . . . » 159
179. ስደት ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ። . . . p. 159
180. መጻልእ ፡ እምቤት ፡ እሌኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርኒ ። . . . » 160
181. እይተ ፡ ገብሩይ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሓዙ ። . . . » 161
182. እይተ ፡ እላ ፡ ተመልሱ ። . . . » 162
183. ኩናት ፡ ጕራዐ ። . . . » 163
184. ዋሕስ ፡ እይተ ፡ ገብሩይ ። . . . » 164
185. ተርፃ ፡ ንእይተ ፡ ተኽላይ ፡ ቀተልዎ ። . . . » 165
186. ሞት ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ። . . . » 166
187. ሞት ፡ እምቤት ፡ እሌኒ ፡ ደቅ-ደቀኒ ። . . . » 167
188. ራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ተመልሱ ። . . . » 169
189. ኣውሎ ፡ ዐንደ-ጼን ። . . . » 170
190. ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ንሰብእየን ፡ በጽሕእም ። . . . » 171
191. ሞት ፡ እይተ ፡ ንጉስ ። . . . » 172
192. ነገር ፡ እይተ ፡ ገብሩይ ። . . . » 173
193. ሞት ፡ ከንቲባ ፡ ግልወት ። . . . » 174
194. ጸዐዘጋ ፡ ተተኩሰት ። . . . » 175
195. ምኽሪ ፡ ሐባል-ጋላ ። . . . » 176
196. ውግእ ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ። . . . » 177
197. እይተ ፡ እላ ፡ ዐይም ፡ እተዉ ። . . . » 178

## VII. — ውግእ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ እምቤት ፡ እሌን ።

198. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ወረዱ ። . . . p. 180
199. ሰሉስ ፡ እብ ፡ ዐዲ ፡ ቕስም ። . . . » 182
200. ሞት ፡ ክንፈ ። . . . » 182
201. እገው-ንጉስ ፡ ወረዱ ። . . . » 183
202. ሞት ፡ እይተ ፡ እላ ። . . . » 184
203. ቀዳም ፡ እብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ። . . . » 185
204. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ። . . . » 186
205. ተገብር ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ። . . . » 187
206. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ተሸሙ ። . . . » 189
207. ምርቓ ፡ ቕሺ ፡ እዮኣስ ። . . . » 190
208. ጥፍኣት ፡ እገው-ንጉስ ። . . . » 190
209. ሽመት ፡ እብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተመልሰ ። . . . » 192
210. ብላታ ፡ ውብ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጉይትእም ፡ ሐሰሩ ። . . . » 192

211. ተረካብ ፡ ዘረባ ፡ ቐሺ ፡ ገረ-ኣርያት ። p. 194
212. እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 194
213. ነገር ፡ ዓመጺ ። » 196
214. ረቡዕ ፡ ኣብ ፡ ጸዐር-መኻን ። » 197
215. ምድብዳብ ፡ ልጃም ። » 199
216. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጕራደ ። » 200
217. « ነገር ፡ ማንትለ ። » » 201
218. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ እስገዶም ። » 201
219. ጥቢ ፡ ልጅ ፡ ብሩ ። » 202
220. ኣባ ፡ በዝብዝ ፡ ካሳ ። » 203
221. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ካሳ ፡ እተዉ ። » 204
222. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሸሙ ። » 206
223. ውርደት ፡ ፀዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። » 207
224. እውሎ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። » 209
225. ማእሰርቲ ፡ ኣይተ ፡ ጸጋይ ። » 209
226. ደርፊ ፡ ጃውጅ ። » 210
227. ስብእነት ፡ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ። » 210
228. ማእሰርቲ ፡ ደ°ያት ፡ ወልደንኪኤል ። » 211
229. ግዝኣት ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ። » 212
230. ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ መኩንን ። » 213
231. ሰኡይ ፡ ዓድዋ ። » 214
232. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተፈትሑ ። » 215
233. ሽፍትነት ፡ ኣባ-ኽደቢ ። » 216


## VIII. — ክልተ ፡ ሰኑይ ።


234. ብላታ ፡ ገረ-ኺዳን ። p. 217
235. ክንትብነት ፡ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ። » 218
236. ሞት ፡ ነበራይ ። » 218
237. ምድብዳብ ፡ ልጅ ፡ ካሕሳይ ። » 219
238. ቀዳማይ ፡ ትርኹ ። » 220
239. ምፅላው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ትርኹ ። » 221
240. ካልኣይ ፡ ትርኹ ። » 222
241. « ኣባ-ቦራ ፡ ተእሰረ ። ». » 222
242. ምሻም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። » 223
243. ጕዕዞ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ሐማሴን ። p. 223
244. ምኽሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። » 224
245. መብጽዓ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 225
246. ጥልመት ፡ ጸዐዘጋ ። » 225
247. ኝቕሎ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልን ። » 226
248. ሞት ፡ ክልተ ፡ ሰብ ፡ ነጋሪት ። » 226
249. ጥፍኣት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ። » 227
250. ሞት ፡ ኣይተ ፡ ላግርኢ ፡ ቐሺ ፡ ሐይለ-ኣብኢ ። » 229
251. ምእታው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ዐዶም ። » 230
252. ብሽነት ፡ ቀሺ ፡ ሀብቱ ። » 231
253. ቀብሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። » 231
254. ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ መጹ ። » 232
255. መንግስቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 233
256. ጥዑም-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እተዉ ። » 234
257. ራእስ ፡ ባርያሑ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። » 235
258. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹ ። » 236
259. ውግእ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ። » 236
260. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ሀዘጋ ። » 237
261. ፀርቂ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ንጉስ ። » 238
262. ፋሕ-ብትን ፡ ሰራዊት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 240
263. ክንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ መስከር ፡ ይሕዙ ። » 241
264. ግሊ ፡ ጸላእቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 241
265. ማእሰርቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። » 242
266. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ። » 244


## IX. — ዳሕራይ ፡ ዘንታ ፡ ሐማሴን ።


267. ሃይሉ ፡ ፀዲ ፡ ባሮ ። p. 245
268. ግዝኣት ፡ ራእስ ፡ ኣላ ። » 246
269. እሼዛዝማ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ። » 246
270. ሽፍትነት ፡ በረምበረስ ፡ ኳፈል ። » 248
271. ንጉስ ፡ ኣብ ፡ ሸረጀቻ ፡ ሰፈሩ ። » 249
272. ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ። » 250
273. ሽፍትነት ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳን ፡ ደግያት ፡ ባህታን ። » 251
274. ድል ፡ ራእስ ፡ ኣላ ። » 251

275. ፍርስነት ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ። . . . . . . . . . . . p. 252
276. ንጉስ ፡ አብ ፡ ሽሓጢ ፡ ነቀሉ ። . . . . . . . . . . . » 253
277. ሞት ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ። . . . . . . . . . . . . . » 254
278. መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ አብ ፡ ኢጣልያ ፡ አተዉ ። . . . . . . » 254
279. ጣልያን ፡ አብ ፡ አስመራ ፡ አቶ ። . . . . . . . . . . » 256
280. መኳንንቲ ተሐበሱ ። . . . . . . . . . . . . . . » 257
281. ሐደሲ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ። . . . . . . . . . . » 258
282. ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ። . . . . . . . . . » 259
283. ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ አበራ ። . . . . . . . . . . . . » 260
284. ዘንታ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ብሐጸኑ ።. . . . . . . . . . » 261
285. ሞት ፡ ደግያት ፡ ባህታ ። . . . . . . . . . . . . . » 261
286. ውግእ ፡ ሐጸይ ፡ ምኒሊክ ፡ ምስ ፡ ኢጣልያ ። . . . . . . » 262
287. ደግያት ፡ ጕብሳ ። . . . . . . . . . . . . . . . » 263
288. ሞት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።. . . . . . . . . . . » 264
289. ዳሕራይ ፡ ውግእ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ። . . . . . . . . . » 265
Errata . . . . . . . . . . . . . . . . . . . » 267

# PRÉFACE

Un compte rendu préliminaire du voyage d'étude que j'ai fait en Abyssinie, pendant les années 1908-10, a déjà été publié dans le « Monde Oriental » IV, p. 229-255. Dans cet exposé, j'ai signalé parmi les textes en prose, recueillis au cours de mon voyage, qui peuvent servir à l'étude de la langue tigrigna — surtout de son principal dialecte septentrional, le hamasénien — le recueil de traditions, provenant de la province du Hamasén, et en premier lieu de sa tribu la plus importante, celle des Deccatèscim, que je vais publier ici. J'y ai aussi esquissé le plan de ce recueil, en ajoutant quelques mots sur ses origines.

Comme le dit mon compte rendu (voir MO IV, p. 234 et suiv.), j'ai passé les trois mois d'avril-juin 1911, presque sans interruption, dans le chef-lieu historique du Hamasén, Tsazzega, et j'y ai fréquenté les gens les mieux informés des traditions, quelques descendants de l'ancienne famille des princes, qui joue un rôle de premier ordre dans les récits des derniers siècles, ainsi que les personnes les plus considérables parmi les anciens du village et les membres

I.

# ወለዶ ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ።

ካብ ፡ ዐበይትን ፡ ካብ ፡ ዝፈልጡን ፡ ጠይቕና ፡ ዝረኸብናዮ ፡ ወለዶ ፡
ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ እዚ ፡ እዩ ።

ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ኣብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ከይዳ ። I.

እብ-ጅን ፡ ነዚ ፡ ኩሉ ፡ ፍጥረቱ ፡ ብማይ ፡ እይሂ ፡ ምስ ፡ እጥፍኦ ፡ 1.
ሓደ ፡ ሕሩይ ፡ ኖህ ፡ እተባህለ ፡ ምስ ፡ ሰለስተ ፡ ደቁ ፡ ሴም ፡ ካም ፡ ያፌት ፡
እተባህሉ ፡ ዘርኢ ፡ ኽይብተኽ ፡ ይሉ ፡ እትረፎ ። ድሕርቲ ፡ ኖህ ፡ እበእ 2.
ም ፡ ንሴም ፡ ግብጺ ፡ ሀገር ፡ ምብራቕ ፡ ዘበለ ፡ አውረሶ ፤ ንያፌት ፡ ካብ
ኡ ፡ ንምዕራብ ፡ ዘበለ ፡ አውረሶ ፤ ንካም ፡ እብዚ ፡ ዘሎናዮ ፡ አውረሶ ።
የሩሳሌም ፡ ግና ፡ መንጎ ፡ ኩሎም ፡ ‹ ሕሩይኩም ፡ ይረሳ ፡ › የሎም ። ድ 3.
ሕርዚ ፡ እብርሃም ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ታራ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሴም ፡ ሕሩይ ፡
ኮይኑ ፡ ንየሩሳሊም ፡ ወረሳ ። ነሱ ፡ ንይስሓቕን ፡ እስምዔልን ፡ ወለደ ። 4.
ይስሓቕ ፡ ድማ ፡ ንያዕቆብ ፡ ወለደ ። ያዕቆብ ፡ ድማ ፡ ንሮቤል ፡ ስምኦን ፡
ሌዊ ፡ ይሁዳ ፡ ሞሴፍ ፡ ሚናብ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልኣት ፡ ሽድሽተ ፡ ኮ
ሎም ፡ ዐሰርተው ፡ ክልተ ፡ ነገድ ፡ እስራኤል ፡ እተባህሉ ፡ ወለደ ።

ድሕርቲ ፡ እብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ተመን ፡ ይገዝእም ፡ ነበረ ፤ እሞ ፡ ጻድ 5.
ቃናት ፡ መጺኦም ፡ ነቲ ፡ ገዛኢኦም ፡ ዝነበረ ፡ ተመን ፡ ቀተልዎ ። ሽዑ ፡ 6.
ማኺዳ ፡ ንግስቲ ፡ ኣዜብ ፡ ኩርያ ፡ ነቶም ፡ ጻድቃናት ፡ ቀተለቶም ። ደሐ

ር ፡ መርገሞም ፡ በጺሕዋ ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ እግራ ፡ ኸም ፡ ሸኹና ፡ አድጊ ፡
ኸነት ፤ እሞ ፡ ክትእቶ ፡ ምስ ፡ ደሌት ፡ በታ ፡ እግራ ፡ ብዙሕ ፡ ትጉሂ ፡ ነ
7. በረት ። ድሕርቲ ፡ ወረ ፡ ሰምዒት ፡ « ሰለሙን ፡ እትባሀለ ፡ ወዲ ፡ ሐጸይ ፡
ዳዊት ፡ አብ ፡ የሩሳሊም ፡ ነግሡ ፡ ዘሎ ፡ ኬድኪ ፡ ልዳቱ ፡ እንተ ፡ ትረግ
ጺ ፡ ምሐዊኺ ፡ » ዝብል ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንግስቲ ፡ አዜብ ፡ አብ ፡
8. ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ከደት ። ሽው ፡ ከምታ ፡ ዝሰምዐታ ፡ ደገ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለ
ሙን ፡ ምስ ፡ ረገጸት ፡ እግራ ፡ ሐዊት ።
9. ንጉስ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ግርም ፡ ጌሩ ፡ ተቐበላ ፤ ሓደ ፡ ልቢ ፡ ዝቔ
ሎ ፡ ጸብሒ ፡ አብልዓ ። ድሕርቷ ፡ « እንን ፡ አብ ፡ ገንዘብኪ ፡ ንስኺን ፡ አ
10. ብ ፡ ገንዘበይ ፡ አይንቃረብ ፡ » ይልዋ ፡ ደቀሰ ። ንጉስ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡ በ
ጥ ፡ ምሰለ ፡ ድቃስ ፡ ከወስዶ ፡ ኸሎ ፡ ዐይኑ ፡ ቋሕ ፡ ይብል ፡ እንተ ፡ ተባ
ራብረ ፡ ዐይኑ ፡ ሰም ፡ ይብል ፡ ነበረ ። እቲን ፡ ማኼዳ ፡ ድማ ፡ ልባ ፡ ተቔ
ልያ ፡ ማይ ፡ ክትሰቲ ፡ ሰለሙን ፡ ዐይኑ ፡ ሰም ፡ ምስ ፡ አበለ ፡ « ደቐሰ ፡ »
11. ይላ ፡ ማይ ፡ ክትቀድሕ ፡ ከላ ፡ መጺኡ ፡ ሓዛ ። ሽው ፡ ንሳ ፡ ኸአ ፡ « በል ፤
ሕጅስ ፡ ሕደገኒ ፡ ክሰቲ ፡ እሞ ፡ ድሕርቲ ፡ ፍቓድካ ፡ ኽትፍጽም ፡ » የለ
12. ቶ ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ንግስቲ ፡ አዜብ ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ጠነሰት ።
13. ዶሐር ፡ አብኡ ፡ ቐንያ ፡ ንዐዳ ፡ ኽትምለስ ፡ ከላ ፡ አብቲ ፡ ርባ ፡ አብ ፡
መንጎ ፡ ዐዲ ፡ ቔንጽን ፡ ወኸ-ድባን ፡ ዘሎ ፡ ምስ ፡ በጽሔት ፡ መዓልቲ ፡ ሕ
ርሳ ፡ በጽሔ ። ሽው ፡ አብቲ ፡ አዝሔት-በላ ፡ ዝበሀል ፡ መኻን ፡ ንምለሊ
14. ኽ ፡ ወለደት ። እተን ፡ መሕረሰቲ ፡ ኸአ ፡ ማይ ፡ ንመተሓጻጸቢ ፡ ደልየን ፡
ብታህዋኸ ፡ « እቲ ፤ ማይ ፡ በዓ ፡ ማይ ፡ በላ ፡ » የላ ። ካብ ፡ ብሽው ፡ ጀሚ
ሩ ፡ እታ ፡ ርባ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይትኡሎም ፡ « ማይ-በላ ፡ » ትበሀል ፡ አላ ።

2. ምለሊኽ ፤ አብ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ወጸ ።

1. ምለሊኽ ፡ ምስ ፡ ዐበ ፡ ቐለውዕ ፡ « ወዲ ፡ ሰበይቲ ፡ » ይሎም ፡ ጸረፍ
2. ዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ንዲኡ ፡ « እቲ ፡ አደ ፤ እነ ፡ ወዲ ፡ መን ፡ እየ ፤ አበይ ፡





መን ፡ እዩ ፤ » ይሉ ፡ ሐተታ ። ንሳ ፡ ኸአ ፡ « ኪድ ፤ አቦኻስ ፡ የሩሳሊም ፡
አሎ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ይበሀል ፡ » የለቶ ። ምለሊኽ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ አቡ 3.
ኡ ፡ ንየሩሳሊም ፡ ከደ ።
ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ተቐቢሉ ፡ አኽበሮ ፤ « ኪድ ፡ እንዴ ፡ እኖኻ ፡ 4.
ግዛእ ፡ » ይሉ ፡ ድማ ፡ ሸሞ ። ሽዑ ፡ መሰንዩትኡ ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ካ 5.
ብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሞሴፍ ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ካብ ፡ አሕዋቱ ፡ ካብን ደቂ ፡ ይሁዳ ፡ ቤተ ኽህነት ፡ ዝኾንዎ ፡ ኸአ ፡ ካ
ብ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ሃበ ። ታቦት ፡ ከአ ፡ መራሒ ፡ መገዲ ፡ ኽኾኖ ፡ ታቦተ-ምን 6.
ኪኤል ፡ ሃበ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ግና ፡ ውሽጣን ፡ መሽጉራጉራን ፡ ዝፈ
ለጡ ፡ ኹይኖም ፡ ነታ ፡ ታቦተ-ምንኪኤል ፡ ሐዲጎም ፡ ታቦተ-ማርያም ፡ አ
ልዒሎም ፡ መጹ ። ተሳናቢቶም ፡ ምስ ፡ ተበገሱ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ንጉስ ፡ ሰ 7.
ለሙን ፡ ጽዮን ፡ ለዊጠም ፡ ከም ፡ ዝኸዱ ፡ ሸዓ ፡ ፈለጠ ፤ እሞ ፡ በፍራስ ፡
ምስ ፡ ሰራዊቱ ፡ ኽርክበዎም ፡ ጉየዮም ። ሽዑ ፡ ምለሊኽ ፡ ምስ ፡ ሰድርኡ ፡ 8.
በቲ ፡ ባሕሪ ፡ ቐደም ፡ ንእስራኤል ፡ ከም ፡ ዝገበረሎም ፡ ብማእከል ፡ ባሕሪ ፡
ተሳገሩ ። ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ባሕሪ ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፡ ነታ ፡ ናይ ፡
ፈርኦን ፡ ዘኺሩ ፡ ክስዕቦም ፡ አይደፈረን ።
ምለሊኽ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ሰድርኡ ፡ ናብዚ ፡ ወጸ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ 9. 10.
ይሁዳ ፡ ምስ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ንሸዋ ፡ አበሉ ፤ ካብኦም ፡ ግና ፡ ዛን ፡ እትባ
ሀለ ፡ ሐው ፡ ምለሊኽ ፡ ሐጸይ ፡ ሰለሙን ፡ ካብ ፡ ገረድ ፡ ንግስቲ ፡ አዜብ ፡
ዝወለዶ ፡ አብ ፡ ላስታ ፡ ተረፈ ። ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፡ ዝበገሐ ፡ ንተምቤን ፡ 11.
አበሉ ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ንሸዋ ፡ ሰዓቡ ። ደቂ ፡ ስምኦን ፡ ከአ ፡ ንሰለዋ ፡ ኸዱ ፡ 12.
ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ድማ ፡ ንቛራ ። ደቂ ፡ ሞሴፍ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐጋሜ ፡ ሰፈሩ ፡ 13.
ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ አብ ፡ ደምብያ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አብዚ ፡ 14.
ምድሪ ፡ አትዮም ፡ ሰፈሩ ። ካብኡ ፡ ኸምኡ ፡ እናሉ ፡ እናሉ ፡ በብቐሩብ ፡
አብ ፡ ኩሉ ፡ ምድሪ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ፋሕ ፡ የሉ ።
ገለ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ ዝብሉ ፡ አለዉ ፤ « ብጆኸ ፡ እቶም ፡ ኽድሸተስ ፡ ካ 15.

ብ ፡ ዘርኢ ፡ ኻልኣት ፡ እርብዕተ ፡ ደቂ ፡ ያዕቆብ ፡ ዳን ፡ ንፍታሌም ፡ ጋድ ፡
ኣሴር ፡ እተባህሉ ፡ ኣብዚ ፡ ምድሪ ፡ ኣለዉ ፤ ብፍላይ ፡ ከአ ፡ ጋላን ፡ ሶማል
ን ፡ ደቂ ፡ ባርያ ፡ ራሄል ፡ ባርያ ፡ ድማ ፡ እንተሎ ፡ ዋልቃይት ፡ ደቂ ፡ ባርያ ፡
ልያ ፡ እዮም ፡ » ይብሉ ።

3. ኦሰማምያ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ።

1. ኣቦታትና ፡ ደቂ ፡ እስራኤል ፡ ፈለማ ፡ እዮም ፡ ኣብዚ ፡ ሀገርዚ ፡ ምስ ፡
2. መጹ ፡ ኣብቲ ፡ ሀገር ፤ እስላም ፡ ተቐሚጦም ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ገ
ለ ፡ ካብቶም ፡ ስድራና ፡ ናብ ፡ መሮር ፡ ሰብ ፡ ረኺቦም ፡ ክተርዎም ፤ እሞ ፡
« ካበይ ፡ መጺእኩም ፡ እኹ ፡ » እንተልዎም ፡ « ካብ ፡ ሐማት ፡ ሕሴን ፡ »
3. የሉ ። እቶም ፡ ካብ ፡ ስድራና ፡ ከትሪ ፡ ኸይዶም ፡ ዝነበሩ ፡ ገዝኦም ፡ ምስ ፡
ተመልሱ ፡ « እቶም ፡ ሰብ ፡ ካበይ ፡ መጺእኩም ፤ እንተልናዮም ፡ ካብ ፡ ሐ
ማሴን ፡ የሉና ፤ እዚ ፡ ኸንዮና ፡ ዘሎ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ እዩ ፡ ሸሙ ፡ » የ
ሉ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ እቲ ፡ ሀገር ፡ ሐማሴን ፡ ተባህለ ።
4. ገሊኦም ፡ ግና ፡ « ሐማሴን ፡ ሸም ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብኣይ ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ።

4. ቀዳሞት ፡ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ።

1. እቶም ፡ ቀድሚ ፡ ኹሎ ፡ ናብዚ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ዝነበሩ ፡ ካብ ፡
ደቂ ፡ ካም ፡ ዲናን ፡ ፋናን ፡ ይበሃሉ ። እዚ ፡ ሽምዚ ፡ ዲናን ፡ ፋናን ፡ ሽም ፡
ሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ ክኸውን ፡ እዩ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ደቆም ፡ ደቂ-ደቆም ፡ ዘር
2. ኦም ፡ ኩሉ ፡ ኣብኡ ፡ ሽሎ ፡ ዲናን ፡ ፋናን ፡ ተባህለ ። ንሳቶም ፡ ብዙሕ ፡ ሀ
ብታማት ፡ ነበሩ ፤ ኣባይቶም ፡ ክይተረፈ ፡ ብወርቂ ፡ ይሰርሑን ፡ ይልቕልቑ
ን ፡ ነበሩ ። ኣራዊተ-ግዳም ፡ ድማ ፡ ኹሎ ፡ እንተሎ ፡ ሐርማዝ ፡ ይእዘዘሎ
3. ም ፡ ነበረ ። ኣብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ግና ፡ ንኣታቶም ፡ ከአ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ሀ
ዝቢ ፡ ሰባን ፡ ኖባን ፡ እተባህሉ ፡ መጺኦም ፡ ኣጥፍእዎም ። ካብኡ ፡ ሽምዚ ፡
ተባህለ ፤





ወዮ ፡ እዛ ፡ ዓለም ፡ ክንተ ፤
ንዲናን ፡ ፋናን ፡ እኳ ፡ ዘይኮነት ።

እዞም ፡ ሰባን ፡ ኖባን ፡ እተባህሉ ፡ ኸአ ፡ ብዙሓት ፡ ህዝቢ ፡ ኸነሶም ፡ 4.
ብሽም ፡ ወለዶም ፡ እዮም ፡ እተሰምዩ ። ንኣታቶም ፡ ከአ ፡ ኻልኣት ፡ ህዝቢ ፡ 5.
መጺኦም ፡ ካብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ደፍእዎም ። ስለዚ ፡ ሕጂ ፡ ናብዚ ፡ ምድሪ ፡ 6.
ብጆኾ ፡ ሽሞም ፡ ካብ ፡ ዘርኦም ፡ ተረፍ ፡ የልቦን ። እንተ ፡ ኸነ ፡ ሽምዚ ፡ ዝብ
ሉ ፡ ኣለዉ ፤ ብሸንኸ ፡ ደቡብኒ ፡ መገዲ ፡ ኸልቲ ፡ ወርሒ ፡ ብሸንኸ ፡ ምዕራ
ብኒ ፡ መገዲ ፡ ሰለስተ ፡ ሰሙን ፡ ብገስጋስ ፡ ንዝኸደ ፡ ክም ፡ ዝርከቡ ። ክሳዕ ፡ 7.
ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ኣረጊት ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ረኺብና ፡ « ብሰባ-ኖባ ፡ እተፈጥረ ፡ » ን
ብሎ ።

እቶም ፡ ድሕሪ ፡ እዚኣቶም ፡ ዝኣተዉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፡ ሽም ፡ ኣቦኦ 8.
ምኒ ፡ በለው ፡ ሽም ፡ ኣዲኦምኒ ፡ ከለው ፡ እዩ ። ካብዚ ፡ እተላዕለ ፡ ክሳዕ ፡
ሕጂ ፡ በለውን ፡ ከለውን ፡ ይበሃሉ ። ካብቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ዘርኦም ፡ ከአ ፡ 9.
ክምቶም ፡ ቅድሚኦም ፡ ኣብዚ ፡ ዝነበሩ ፡ ኹሎም ፡ ደቂ ፡ ካም ፡ እዮም ።
ገለ ፡ ግና ፡ « ኣይፋል ፤ እስላም ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ እስምዔል ፡ ደኣ ፡ እዮም ፡ »
ይብልዎም ። — እዞም ፡ በለው-ከለው ፡ ከአ ፡ ብዘበኖም ፡ ዐበይቲ ፡ ነ 10.
በሩ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ እዋኖም ፡ ምስ ፡ በጽሐ ፡ እግዚኣብሄር ፡ ኣጥ
ፍኦም ።

ብድሕሪኦም ፡ ከአ ፡ እዞም ፡ ሎሚ ፡ ዘለዉ ፡ ህዝቢ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ያ 11.
ዕቆብ ፡ ካብቶም ፡ ምስ ፡ ንጉስ ፡ ምኒሊክ ፡ ቀዳማይ ፡ ኣብ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ዝኣ
ተዉ ፡ ካብ ፡ ሮቤል ፡ ካብ ፡ ስምኦን ፡ ካብ ፡ ሌዊ ፡ ካብ ፡ ይሁዳ ፡ ካብ ፡ ዮሴ
ፍ ፡ ካብ ፡ ሚናብ ፡ እዮም ። ክምዚ ፡ ይሎም ፡ ካብ ፡ ሽድሽቲኦም ፡ ኣብ ፡ ሐ 12.
ማሴን ፡ ኣለዉ ። ካብ ፡ ኩሎም ፡ ግና ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ እኺ ፡ ደቀቶሽ
ም ፡ ኣሕዋቶምኒ ፡ ኣብዚ ፡ ምድሪ ፡ ኣውራ ፡ ብዙሓትኒ ፡ ብርቱዓትኒ ፡
ኾንና ።

5. ምእታው ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ እብ ፡ ሐማሴን ።

1. ክብ ፡ ወለዲ ፡ ደቀተሽም ፡ እቲ ፡ ቅድም ፡ እብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዝእቶ ፡
ሐጸይ ፡ መሬን ፡ እዩ ። ንሱ ፡ ካብ ፡ ደብሪ ፡ እንዳ ፡ ስላሰ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ገ
2. ሽናሽም ፡ እትዩ ፡ ተቐመጠ ። ሽው ፡ እዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዱር ፡ ጸሊም ፡ ነበረ ፡
3. ብብዝሒ ፡ እግራብን ፡ እንስሳኡን ፡ ብማዩን ፡ ብጠሉን ። መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ ገሽናሽም ፡ ኲይኑ ፡ ይገዝእ ፡ ነበረ ።
4. ንሱ ፡ ንፋልቆኒ ፡ ማልቆኒ ፡ ጫልቆኒ ፡ ወለደ ። ሰለስቲኦም ፡ ምስ ፡
ዐበዩ ፡ ማልቆ ፡ ካብ ፡ እሕዋቱ ፡ ተፈልዩ ፡ ንምድሪ ፡ እኾለ-ጉዛይ ፡ ከደ ።
6. ፋልቆ ፡ ከአ ፡ ገሽናሽም ፡ ሐዲጉ ፡ ዓመጺ ፡ ኸይዱ ፡ ተቐመጠ ፤ እቲ ፡ ንእ
ሽቶኦም ፡ ጫልቆ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ አቡኡ ፡ ተረፈ ።
7. ፋልቆ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዓመጺ ፡ ኰይኑ ፡ ንሽድሽቲኦም ፡ ደቁ ፡ ወለደ ።
ሽሞም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ ፤ ድምበዛኖይ ፡ [እበ ፡ ዛኖይ] ፡ ወረደ-ምሕረት ፡ ተኸ
ስተ-ብርሃን ፡ ሽመርጻም ፡ ሽመርጥብ ፡ እዮም ፤ እቲ ፡ ሳድሳዮም ፡ ግና ፡ ሽ
8. ሙን ፡ ወለዱኡን ፡ ጠፊኡ ፡ እዩ ፡ ሐድጊ ፡ ኸአ ፡ የብሉን ። ክብ ፡ ሐሙሽቲ
ኦም ፡ ከአ ፡ ድምበዛኖይ ፡ ንደቀተሽምኒ ፡ ንቤት ፡ እስገደን ፡ ዝወለደ ፡ እ
ዩ ፤ ወረደ-ምሕረት ፡ ንዐዲ ፡ ሐንስ ፡ ፈረ ፤ ተኸስተ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ንደቂ ፡ ን
እምን ፡ ፈረ ፤ ሽመርጻም ፡ ንዐደኰሎምኒ ፡ ንደቂ ፡ ዘርኡን ፡ ወለደ ፤ ሽመ
ርጥብ ፡ ድማ ፡ ፈራይ ፡ ኵሎም ፡ ደቂ ፡ ተዐውቀ ፡ እዩ ።
ጫልቆ ፡ ከአ ፡ ንገሽናሽም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ።

6. ወለዶ ፡ መሮኒ ።

1. መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ቅድሚ ፡ ናብዚ ፡ ምምጽኡ ፡ ምስ ፡ አቡኡ ፡ ጓልቆ ፡
እብ ፡ በረኻ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ይነብር ፡ ነበረ ፡ እብ ፡ ተኸይል ፡ እትበሀለ ፡ ጐ
2. ልጐል ። እብኡ ፡ እዩ ፡ እትወልደ ። ጓልቆ ፡ ግና ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ዝደቀ
ሱሉ ፡ አይንፈልጥኒ ፤ እንተኸነ ፡ ንሱ ፡ ኸም ፡ አቦታቱ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ይዘ
ውር ፡ ነበረ ። ወለዶኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፤ 3.

ጓልቆ ፡ ወዲ ፡ ስና ፤
ስና ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፡ ዳሕራይ ፤
ሚናብ ፡ ዳሕራይ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፤
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ሰናሕ ፤
ሰናሕ ፡ ወዲ ፡ ስምሻማ ፤
ስምሻማ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ።

እዚ ፡ ሚናብዚ ፡ ንስድራ ፡ ቤቱ ፡ እኪቡ ፡ ክብ ፡ ዐዱ ፡ ክብ ፡ ደምብ 4.
ያ ፡ ወጺኡ ፡ ብበረኻ ፡ ብምድሪ ፡ ባርያ ፡ አቢሉ ፡ ክሳዕ ፡ ታሕቲ ፡ ምድ
ሪ ፡ ኸሰላ ፡ ዞረ ። ንሱን ፡ ደቁን ፡ ደቂ-ደቁን ፡ ክሳዕ ፡ ጓልቆ ፡ ዐድን ፡ ርስት
ን ፡ ከይሓዙ ፡ ሞቱ ።
ክብዚ ፡ ሚናብዚ ፡ ኸአ ፡ ክሳዕ ፡ ሳአል ፡ ወዲ ፡ ቂስ ፡ ንጉስ ፡ እስራኤ 5.
ል ፡ ሰላሳ ፡ ዝእኽል ፡ ወለዶ ፡ አሎ ፤ እንተኸነ ፡ ፍጹም ፡ ሽሞም ፡ ክቔጽር ፡
ዝኽእል ፡ የልቦን ። ክብ ፡ ሳአል ፡ ወዲ ፡ ቂስ ፡ ክሳዕ ፡ ሚናብ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆ 6.
ብ ፡ ግና ፡ መጽሕፍቲ ፡ እስራኤል ፡ ንኹሎም ፡ ይረኽብዎም ።
ገለ ፡ ኸአ ፡ « አይፋል ፤ አቦታት ፡ መሮኒ ፡ ኸምዚ ፡ እዮም ፡ » ይብሉ ፤ 7.

መሮኒ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፤
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ልጓም-ቀፍዲ ፤
ልጓም-ቀፍዲ ፡ ወዲ ፡ ብሩኽ ፤
ብሩኽ ፡ ወዲ ፡ ሽማንጉስ ፤
ሽማንጉስ ፡ ወዲ ፡ ድምበዛን ፡ ቁርበት ፤
ድምበዛን ፡ ቁርበት ፡ ወዲ ፡ ሃማ ፤
ሃማ ፡ ወዲ ፡ ጓልቆ ፤
ጓልቆ ፡ ወዲ ፡ ኣፈ-ወርቅ ፤
ኣፈ-ወርቅ ፡ ወዲ ፡ ሳኦል ፤
ሳኦል ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ቂስ ፤

ወልደ-ቂስ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፡ ዳግማይ ፤
ሚናብ ፡ ዳግማይ ፡ ወዲ ፡ ደም-ሻማ ፤
ደም-ሻማ ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ፤
ሚናብ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆብ ።

8. እዚኦቶም ፡ ድማ ፡ « ካብ ፡ ደምብያ ፡ ዝወጸ ፡ ንበረኸ ፡ ዝወረደ ፡ ጓልቍ ፡
እዮ ፡ » ይብሉ ።

9. ገለ ፡ ኸአ ፡ ነበታት ፡ መሮኒ ፡ ኸምዚ ፡ ይረቍሕዎም ፤

መሮኒ ፡ ወዲ ፡ ሽማጡር ፤
ሽማጡር ፡ ወዲ ፡ ደምበይ ፤
ደምበይ ፡ ወዲ ፡ ያዕቆብ ፤
ያዕቆብ ፡ ወዲ ፡ ሰመረ-ጮን ፤
ሰመረ-ጮን ፡ ወዲ ፡ ሚናብ ።

10. ካብ ፡ ደምብያ ፡ ዝወጸ ፡ ኸአ ፡ « ደምበይ ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ።

## 7. መርገም ፡ ገሸናሽም ።

1. ድሕርዚ ፡ መሮኒ ፡ ምስ ፡ አረገ ፡ ጫልቍ ፡ ነቶም ፡ ክልተ ፡ አሕዋቱ ፡
2. « ንዑ ፡ ነበኹም ፡ ቀልቡ ፡ » ይሉ ፡ ለአኸሎም ። ፋልቍኒ ፡ ማልቍኒ ፡ ኸ
አ ፡ ተጻዋዊያም ፡ ነበአም ፡ ክበጽሑ ፡ ገሸናሽም ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ ግና ፡ አ
3. በአም ፡ መሮኒ ፡ ሞይቱ ፡ ጸንሖም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ ጕህዮም ፡ « ሞይቱ ፡ ኸ
ነሱዶ ፡ ደአ ፡ እያ ፡ ቀልቡ ፡ ዘለትና ፡ » ይሎም ፡ ንሐዎም ፡ ክቸትልዎ ፡ ደለ
ዩ ፡ ደሐር ፡ ግና ፡ ተጥዕሸም ፤ « ክውለድ ፡ ርኢናዮስ ፤ ከመይ ፡ ጌርና ፡ ክን
4. ቀትሎ ፡ » ይሎም ፡ ሐደግዎ ። ካብኡ ፡ ሐዘኖም ፡ ምስ ፡ ወድኡ ፡ መቓብ
ር ፡ አቦአም ፡ ርእዮም ፡ ክብገሱ ፡ ኸለዉ ፡ ንጫልቍ ፡

« ቍሸት ፡ አየደምብርካ ፤
ነዛ ፡ ዳዕሮ ፡ አየምልእካ ፤
ድራር ፡ ዕለት ፡ አይኸባእካ ፤ »

ይሎም ፡ ረጊሞም ፡ ንንበጾም ፡ ተመልሱ ።





ዘርኢ ፡ ጫልቍ ፡ ከአ ፡ ክምቲ ፡ መርገም ፡ አሕዋት ፡ ክልኢ ፡ ቍሸት ፡ 5.
ክነ ፡ ዐዲ ፡ አይፈለዩን ፤ ኵሎም ፡ ብአኽበም ፡ ዘርኡ ፡ ገሸናሽም ፡ ጥራይ ፡
እዮም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ ምንም ፡ ኵላቶም ፡ አብ ፡ ሓደ ፡ እንተ ፡ ተአከቡ ፡ 6.
ክንድቲ ፡ ዝአክል ፡ ብዝሒ ፡ የብሎምኒ ፤ ድላል ፡ ሐንቲ ፡ ዳዕሮ ፡ ጥራይ ፡
እትአኽሎም ፡ እዮም ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ነሳቶም ፡ ሕጂ ፡ ንድራር ፡ ዕለት ፡ ዝ 7.
ኸውን ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ ንኒሕኒ ፡ ንሀብትን ፡ ዝኸውን ፡ መሬት ፡ የብሎም
ኒ ። ስለዚ ፡ ብሐቂ ፡ መርገም ፡ አሕዋቱ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ፍጹም ፡ እዩ ። ዘ 8.
ርኢ ፡ ፋልቍኒ ፡ ማልቍኒ ፡ ግና ፡ ብዙሕ ፡ በዚሖም ፡ አለዉ ። ፋልቍ ፡ ዝ 9.
ፈረዮም ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ አብ ፡ ሐያሎ ፡ መኻን ፡ እንተለዎም ፡ ብሐማሴኑ ፡
ይበሃሉ ፤ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ቤት ፡ አስገደ ። ማልቍ ፡ ከአ ፡ ዝፈረዮም ፡ ጥራ
ይ ፡ እኹለ-ጕዛይ ፡ ብምልኡ ፡ እዮም ።

መቓብር ፡ መሮኒ ፡ ኸአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ፍሉጥ ፡ መኻን ፡ እዩ ። ነሱ ፡ 10.
ናብቲ ፡ ጥቓ ፡ ጽርግያ ፡ አሎ ፡ አብቲ ፡ ሽዑ ፡ ገዛ ፡ ዝነበረ ፡ ሕጂ ፡ ግና ፡ ዖ
ንዩ ፡ ዘሎ ። ዳሕራይ ፡ እዋን ፡ ካብ ፡ እኹለ-ጕዛይ ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ አብኡ ፡ 11.
ዋዕላ ፡ ገበሩ ፤ እሞ ፡ « መቓብር ፡ አቦና ፡ » ይሎም ፡ ጭርሖ ፡ ጨርሐሉ ።
አብኡ ፡ ቐደም ፡ ቤተ ፡ ኽስያን ፡ መሮኒ ፡ እንዳ ፡ ቕዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ነበረ ፤ 12.
ሕጂ ፡ ናብቲ ፡ ጥቕኡስ ፡ እኳ ፡ ሓደ ፡ ቤተ ፡ ኽስያን ፡ መድሃኔ-አለም ፡ ተሰሪ
ሖም ፡ አሎ ።

## 8. ጠለዶ ፡ ሰብ ፡ ገሸናሽም ።

ሰብ ፡ ገሸናሽም ፡ ግና ፡ « ንሕና ፡ ደቂ ፡ ፋልቍ ፡ ኢና ፡ » ይብሉ ። ክ 1.
ምኡ ፡ ድማ ፡ ገለ ፡ ኻልኦት ፡ ሰባት ፡ ነዚ ፡ ወሬዚ ፡ ይቕበሉ ፤ « ወለዶኦም ፡
ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ።

ፋልቍ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ዝተረፈ ፡ እዩ ፤ እሞ ፡ ናብኡ ፡ ኹይ 2.
ኑ ፡ ኸአ ፡ ንድምበዛን ፡ መጻጕዕኒ ፡ ንበርከኖን ፡ ወለደ ፡ ንኽልቲኦም ፡ ጥ
ራይ ፤ « እቶም ፡ ሽድሽተስ ፡ እንተሎ ፡ ዛኖይ ፡ ደቂ ፡ ወዱ ፡ ንፋልቍ ፡ ደ

3. ቒ ፡ ኽንቲባ ፡ ድምበዛን ፡ እዮም ፥ » ይብልዎም ። ብርከኛ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እ
ንዳ ፡ አቡኡ ፡ ኹይኑ ፡ ንጊድበን ፡ ሳእሉን ፡ ፃሽናሽምኒ ፥ ንሰለስቲኦም ፡ ወ
ለደ ። እዚ ፡ ገሽናሽምዚ ፡ ኸአ ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ሕዋቱ ፡ ዝረገሞ ፤ ዘርኢ ፡ ገ
ድቦን ፡ ሳእሉን ፡ ግና ፥ አብ ሎ እሹል ጕዛይ ፥ ከም ፥ ዘሎዉ ፤ ይብሉ ።

4. ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብዛዕባ ፡ ሜልቝ ፡ ምስ ፡ ሜልቝ ፡ ንእሹል-ጕዛይ ፡ ከ
ም ፡ ዝኸደ ፤ « ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ መረቓ ፡ ሰበነን ፡ መረቓ ፡ ቐያሕትን ፡ እዮ
ም ፥ » ይብልዎ ።

9. ዘርኢ ፤ ወረደ-ምሕረት ።

1. ወረደ-ምሕረት ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፥ ካብ ፡ ዓመጺ ፥ ወጺኡ ፥
ናብ ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ከይዱ ፤ ተቐመጠ ። ንሱ ፡ ንኽንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ወለደ ።
2. ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ከአ ፡ ንዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ሐዲጎም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ሐንስ ፡ አ
ተዉ ።

3. 4. ንሶም ፡ ብኽንትብንቶም ፡ ከም ፡ ገዛኢ ፡ ነበሩ ፡ ምናዳ ፡ ንባሕሪ ። ከን
ትብንቶም ፡ ግና ፥ ካብ ፡ መን ፤ ከም ፡ እትቐበልዎ ፡ ብቑርጺ ፡ አይፍለጥን ፤
እንተኸነ ፡ ገለ ፡ ኻብ ፡ ናይብ ፡ ዝመስሎም ፡ አለዉ ። ካብኡ-ኻብኡ ፡ በቲ ፡
ግዝአቶም ፡ አብ ፡ ባሕሪ ፡ ይፍለጥ ።

5. ንሶም ፡ ንያዕቆብ ፡ ወለዱ ፤ ያዕቆብ ፡ ዝፈረዮም ፡ ከአ ፡ አብታ ፡ ብሽ
ም ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ተሰምያ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፥ አብ ፡ ዐዲ ፡ ሐንስ ፡ አለዉ ።
6. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ንሰመረ ፥ ንሱ ፡ ፈራይ ፡ ይብሪ ፥ ገለ ፥ « ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ሐ
7. ንስ ፡ እዩ ፥ » ይብሉ ። ዝበዝሑ ፡ ግና ፥ « ንሱስ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ግልይኦም ፡
እሞ ፡ ነበረ ፥ » ይብልዎ ፤ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ከአ ፡ አብ ፡ ዘመተ ፡ ስለ ፡ ዘሐ
ጐሰም ፥ « ዝደሌኻዮ ፡ ኽህበኻ ፥ » ይሎም ፡ መሓሉሉ ፤ ንሱ ፡ ኸአ ፡ ርስቲ ፡
8. ተመኘ ። ኸሁ ፡ ንሶም ፥ « ጥሪት ፥ ኸመት ፥ ሀብቲ ፡ እትምኘ ፥ መሰለኒ ፡ እም
በር ፤ ርስቲዶ ፥ ከም ፡ ውሻድ ፥ ይዕደል ፤ « ይሎም ፡ ጕሃዩ ። እንተኸነ ፥ ኪ
ዳን ፡ ቀደም ፡ ጽንዑ ፡ ስለ ፡ ዝኸነ ፥ ንዛ ፡ ሎሚ ፡ ዘርኡ ፡ ዘለውዋ ፡ ሃብዎ ፡
እምበር ፤ ወዲ ፡ ኽብዶምሲ ፡ አይከነን ።





ዘርኢ ፡ ተኽስተ-ብርሃን ። 10.

ተኽስተ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ቤት ፡ አቡኡ ፡ ወጺኡ ፡ ዐዲ ፡ ንእምን ፡ 1.
ሰፈረ ። ንሱ ፡ ንንእምንኒ ፡ ንዕንዙሩን ፡ ወለደ ።
ንእምን ፡ ከአ ፡ ንሞሲ-ብርሃንኒ ፡ እኽለ-ብርሃንኒ ፡ ሰረቐ-ብርሃንኒ ፥ ንሰ 2.
ለስቲኦም ፡ ወለደ ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ ብሽሙ ፡ ትጽዋዕ ።
ካብ ፡ ደቒ ፡ ኸአ ፡ ሰረቐ-ብርሃን ፡ እትብሀለ ፡ ንተዓረን ፡ በጋ-ሮሙንኒ ፡ ቴድሮ 3.
ስኒ ፡ እውዓለን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ተዓረን ፡ በጋ-ሮሙንኒ ፡ ንምላዛናይ ፡ ወ 4.
ጹ ፤ ዘርኦም ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለዉ ። በጋ-ሮሙን ፡ ድማ ፥ ንዐ
ዲ ፡ ቐሺ ፡ እዮአስ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ዕጂል ፡ እ 5.
ዩ ፤ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ዕጂል ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ አብረሸቕ ፡ ዝወጹ ፡ አለዉ ።
ደቒ ፡ ዕንዙሩ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ሽም ፡ አቦኦም ፡ ዕንዙር ፥ ባህለት ፡ ሒደ 6.
ት ፡ እዮም ። ንሳቶም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ንእምን ፡ አለዉ ።

ዘርኢ ፡ ኸመርጸም ። 11.

ኸመርጸም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዋልታ-መድሓኒት ፡ እትብሀለት ፥ ናይ ፡ ዐንሰ 1.
ባ ፥ ከይዱ ፡ ተቐመጠ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ንዘርኡ ፡ ወለደ ። ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ መለ
ብሶ ፡ ወረደ ፥ ናብኡ ፡ ኸአ ፡ ተቐመጠ ። ንሱ ፡ ንአቶ-ብርሃንኒ ፡ ሞሳ-ብርሃን 2.
ኒ ፡ ወለደ ። ሞሳ-ብርሃን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ደቂ ፡ ዘርኡ ፡ ተብሂላ ፡ ዘላ ፥ ናይ ፡
ዐንሰባ ፥ ተቐመጠ ፤ አቶ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ደቒ ፡ ዘርኡ ፡ ናይ ፡ ድምበዛ
ን ፡ ተቐመጠ ። ከምዚ ፡ ይለን ፡ እዘን ፡ ክልተ ፡ ዐዲ ፡ ብሽም ፡ አቦኦም ፡ ይ 3.
ስመያ ፡ አለዋ ።

አቶ-ብርሃን ፡ ከአ ፡ ንብአሚንኒ ፡ ንሽመርብኒ ፡ ንሰመረ-ሮሙንኒ ፡ ንኽሪ 4.
ፍኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ከአ ፥ ሰመረ-ሮሙን ፡ ንዐጀኹሎም ፡ ወጺ ፤ ከምኡ ፡ ድ 5.
ማ ፡ ደሐር ፡ ደቒ ፡ ሐዉ ፥ ደቒ ፡ ብአሚን ፡ ሰዓብዎ ። ሽመርብ ፡ ከአ ፡ ንያ 6.
ዕቆብኒ ፡ ንዐገበን ፡ ንህብ-ስላሰን ፡ ወለደ ። ካብዚአቶም ፡ ዐገባ ፡ ንዐጀኹሎ

ም ፡ ሰዓበ ፤ ያዕቆብ ፡ ንደቒ ፡ ዘርኡ ፡ ናይ ፡ ዐንሰባ ፡ ተመልሰ ፤ ሀብ-ስላሰ ፡ ም
ስ ፡ ሐወቡኡ ፡ ምስ ፡ ከሪፍ ፡ ኣብ ፤ ደቒ ፡ ዘርኡ ፡ ድምበዛን ፡ ተረፈ ።
ደቒ ፡ ሽመርጸም ፡ ከምዚ ፣ ይፉም ፡ ደቆሾም ፡ ኣለዉ ።

1. ## ዘርኢ ፡ ሽመርጥብ ።

1. ሽመርጥብ ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡኡ ፡ ተረፈ ። ነሱ ፡ ንቢደልን ፡ ንተዐው
2. ቀን ፡ ወለደ ። ከብኣም ፡ ቢደል ፡ ቅድም ፡ ንዐዲ ፡ ቢደል ፡ ከደ ። ተዐውቀ ፡
ድማ ፡ ናብ ፡ ዓመጺ ፡ ጸኒሑ ፡ ኣሩ ፤ ደሐር ፡ ንዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ተሳገረ ፤ ድሕ
3. ሪዚ ፡ ደቒ ፡ ቢደል ፡ ንዓመጺ ፡ ተመልሾም ፡ ተረስተዩ ። ከምዚ ፡ ይሉም ፡
ዘርኢ ፡ ቢደል ፡ ወዲ ፡ ሽመርጥብ ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ቢደልን ፡ ናብ ፡ ዓመጽን ፡
ኣለዉ ።
4. ተዐውቀ ፡ ኸአ ፡ ንሰመረ-ሙንን ፡ ንኣብርሃምን ፡ ንተኽሌ-ዛንን ፡ ወለደ ።
5. ከብኣም ፡ ሰመረ-ሙን ፡ ንሐልሐል ፡ ወረደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ኣለዉ ።
ኣብርሃም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ሰዓበ ። ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ዝበዝሑ ፡ ምድሪ ፡ ሐልሐ
ል ፡ ኣለዉ ፤ ዐዲ ፡ ጉብሻን ፡ ዐዲ ፡ ጸፍዓን ፡ እናተባህሉ ፤ ከብኣም ፡ ድማ ፡
6. ናብ ፡ ደቒጥሮስ ፡ ኣለውዎም ። ተኽሌ-ዛን ፡ ግና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡኡ ፡ ና
ብታ ፡ ብሽሙ ፡ ተጻዊዓ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፡ ተረፈ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ንዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡
ምስ ፡ ጐደቦታታ ፤ እኒ ፡ ዋሩ ፤ እኒ ፡ ድግድግ ፤ እኒ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ድምበ
ዛን ፡ ሒጆም ፡ ኣለዉ ።
7. ስለዚ ፡ ተኽሌ-ዛን ፡ ፈራይ ፡ ዐድ-ተኽለ-ሃይማኖትን ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎምን ፡
8. ዐዲ ፡ ኤሎስን ፡ እዩ ። ወለዶኣም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ተኽሌ-ዛን ፡ ንሰራው-
ሰገደ ፡ ወለደ ፤ ሰራው-ሰገደ ፡ ንፍሬ-ምኻእ ፡ ወለደ ፤ ፍሬ-ምኻእ ፡ ከአ ፡ ንተ
ኽለ-ሃይማኖትን ፡ ንሀብታይን ፡ ወለደ ። ከብኣም ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ንዐድ-
9. ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ። ሀብታይ ፡ ከአ ፡ ንስብሃት-ለኣብ ፡ ወለደ ፤
ስብሃት-ለኣብ ፡ ንፍቕሮይ ፡ ወለደ ፤ ፍቕሮይ ፡ ከአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ገረ-ስላሰ ፡
ወለደ ። ከንቲባ ፡ ገረ-ስላሰ ፡ ኸአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ኽፍሎምን ፡ ንእስገዶምን ፡





ወለዱ ። ከብኣም ፡ ከንቲባ ፡ ኽፍሎም ፡ ንዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ዝወለዱ ፡ እዮ
ም ። እስገዶም ፡ ከአ ፡ ንኤሎስ ፡ ወለደ ፡ ንሱ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ኤሎስ ። 10.

## ዘርኢ ፡ ድምበዛኖይ ። 13.

ድምበዛኖይ ፡ ወዲ ፡ ፋልቐ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡኡ ፡ ከብ ፡ ዓመ 1.
ጺ ፤ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ምላዛናይ ፡ ናይ ፡ ዐንሰባ ፡ ተቐመጠ ። ኣብኡ ፡ ንዛኖይ ፡
ወለደ ፤ እሞ ፡ ብዛዕባዚ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ምላዛናይ ፡ ተባህለት ፤ ምላድ ፡ ዛኖ
ይ ፡ ባህለት ፡ እዩ ። ዛኖይ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ምላዛናይ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ኣንደበ ፡ 2.
ናይ ፡ ከርንሽም ፡ ነበረ ። ኣብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ንሐሙሽቲኣም ፡ ደቒ ፡
ወለደ ። ሽሞም ፡ ከአ ፡ ሰለሙንን ፡ መኸተርን ፡ ሐደምበስን ፡ ሕዝባይን ፡ 3.
እዮም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሐየሎ ፤ ከብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰይቲ ፡ ጓስኡ ፡ ዝወለዶ ።
በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ እታ ፡ ኣዲኡ ፡ ሐየሎ ፡ ኣውጽኣትሉ ፡ ባህለት ፡ « ብ
ሐይሊ ፡ እተጠንሰ » ።
ከብ ፡ ሐሙሽቲኣም ፡ ደቒ ፡ ዛኖይ ፡ ከአ ፡ ሰለሙንን ፡ ንደቒ ፡ ጉብሩ ፡ 4.
መኸተርን ፡ ንደቒ ፡ መሓረ ፡ ወጹ ። ሰለሙን ፡ ንጉብሩ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸ 5.
አ ፡ ናብታ ፡ ብሽም ፡ ወዲ ፡ ተሰምያ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፡ ኣለዉ ። መኸተር ፡ ድ
ማ ፡ ንመሓሪ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ደቒ ፡ መሓረ ፡ እዮም ።
ሐየሎ ፡ ኸአ ፡ ንሐየሎ ፡ ፈረ ። 6.
ሐደምበስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡኡ ፡ ተረፈ ። ነሱ ፡ ንብእምነት ፡ 7.
ወለደ ። ብእምነት ፡ ከአ ፡ ንእስገደን ፡ ንፍሬ-ምኻእን ፡ ንሰሙርን ፡ ንዘርአ-
ብሩኽን ፡ ወለደ ። ከብኣም ፡ ዘርኢ ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ኣብ ፡ ዐዚን ፤ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ 8.
ፍሬ-ምኻእ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ሰሙር ፡ ኣብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ኣለ
ዉ ። ዘርአ-ብሩኽ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ኣንደበ ፡ ተረፈ ፤ ከብ ፡ ዘርኡ ፡ ግና ፡ ዝበዝ
ሑ ፡ ናብ ፡ ተሀንደር ፡ ወሪዶም ፤ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ኣንደበ ፡ ተሪፎም ፡ ኣ
ለዉ ። እስገደ ፡ ድማ ፡ ቅድም ፡ ኣብ ፡ ሽም-ጅምንቕ ፡ ኣሩ ፤ ከብኡ ፡ ንእም 9.
ባ-ደርሆ ፡ ኸደ ፤ ደሐር ፡ ከአ ፡ ንእምባ-ደርሆ ፡ ሐዲጉ ፡ ንበረኽኡ ፡ ወረደ ።

10. ነሹ ፡ ንሾብዐቶ ፡ ወለደ ፤ ሽሞም ፡ ከአ ፡ መዓትይ ፡ ሰሙር ፡ ተሰፋው ፡ አ
11. ድከመ ፡ ብሐይላይ ፡ ሀብቶ-ጼን ፡ ገንሸል ፡ እዮም ። ዘርኡ ፡ ኸሎም ፡ ብሽ
ሙ ፡ ደቂ ፡ አስገደ ፡ ይበሃሉ ። እቶም ፡ ዝበዝሑ ፡ ምድሪ ፡ ሐባብ ፡ አለዉ ፤
ካብኦም ፡ ግና ፡ ካብ ፡ ሾብዐቲኦም ፡ ማይ-ቤት ፡ ብሐንሳእ ፡ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡
አለዉ ።
12. ሰለስተ ፡ ሖባብ ፡ ከአ ፡ ሕጂ ፡ ብዛዕባ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ « ደቂ ፡ ገላዉ ፡ አ
13. ስገደ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ አየሕዋትናን ፡ » ይብልዎም ። ምኽንያቱ ፡ ኸአ ፡ እ
ዚ ፡ እዩ ። ሓደ ፡ እዋን ፡ ደቂ ፡ ሽከር ፡ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ ጊንዳዕ ፡ ተዋ
ጊኦም ፡ ተሳዕሩ ፤ እሞ ፡ ንዐድ-ንፋስ ፡ ከአ ፡ ሰዲዶም ፡ « ንዑ ፡ ርድኡና ፡ »
14. ይሎም ፡ ለኢኹሎም ። ዐድ-ንፋስ ፡ ግና ፡ አበይዎም ። ካብኡ ፡ እቶባዕለ ፡
ሐባብ ፡ ከአ ፡ « አየሕዋትናን ፡ » የልዎም ፤ እንተ ኸነ ፡ ሐሰዮም ፡ እዮም ።
15. ሕዝባይ ፡ ከአ ፡ ንአተሽም ፡ ወለደ ፡ ነቲ ፡ ፈራይ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡
ነሎም ፡ ደቀተሽምኒ ።

14. ትውልዲ ፡ ቤት ፡ አስገደ ።

1. ገለ ፡ ኸአ ፡ « አይፋል ፤ ትውልዲ ፡ ቤት ፡ አስገደ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፡ »
ይብሉ ።
2. ብእምንትኒ ፡ ዘርአ-ብሩኽኒ ፡ ደቂ ፡ ሐደምበስ ፡ እዮም ። ብእምንት ፡ ከ
አ ፡ ንሰመረ-ልዑል ፡ ብሽም ፡ ፈረሱ ፡ አስገደ ፡ እትባሀለ ፡ ንሐሬን ፡ ንስሙ
3. ር ፡ ንጕጤት ፡ ንዓዕዳድ ፡ ንሐሙሽቲኦም ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ዘርኢ ፡ ስሙ
ር ፡ እቶም ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ገዛ ፡ ሽማግለ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ። ጕጤት ፡
ዝፈረዮም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሽሬ ፡ አለዉ ። ሐሬንኒ ፡ ዓዕደድኒ ፡ ድማ ፡ ውላድ ፡
ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ።
4. አስገደ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ በኹሪ ፡ ቤት ፡ ንጓል ፡ ናይብ ፡ አእቶ ፡ ጓል ፡ ዕ
መር ፡ ጸዕዳ ፡ ዝሀራ ፡ እትባሀለት ። ካብአ ፡ ንአድከመን ፡ ተስፋውኒ ፡ ገርግ
5. ሽኒ ፡ ግሬንትኒ ፡ ወለደ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፡ በዓልቲ ፡



ምላሻናይ ፡ ንአብርሃም ፡ ጃንከርን ፡ ንስሙር ፡ ንብአሚን ፡ ንሰለስቲኦም ፡
ወለደ ። ሐደምበስ ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ሳምናዮም ፡ እንዳ ፡ አዲኡ ፡ ሽሬ ፡ እዩ ።
ካብ ፡ ደቂ ፡ አስገደ ፡ ኸአ ፡ ግሬንት ፡ ንሰለስተ ፡ መፍለስ ፡ ዝወለደ ፡ እ 8.
ዩ ። ደቂ ፡ ሐደምበስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ጕጤት ፡ አብ ፡ ሽሬ ፡ አለዉ ። ካ 9.
ብ ፡ ደቂ ፡ ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ፍርቅን ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ፍርቅን ፡ አብ ፡ ዐ
ድ-ንፋስ ፡ አለዉ ። እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ አሕዋቶም ፡ ከአ ፡ ዘርኦም ፡ አብ ፡ ዐ
ድ-ንፋስ ፡ አለዉ ።
ካብ ፡ ቤት ፡ አስገደ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እኹለ-ጕዛይ ፡ እኒ ፡ ሰገነይቲ ፡ እኒ ፡ 10.
አኽሩር ፡ እኒ ፡ ሐበ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአት ፡ ዐድታት ፡
ተዛኒቖም ፡ አለዉ ። – –
ከንቲባ ፡ አስገደ ፡ ብዘበን ፡ ግራኝ ፡ ነበረ ፤ ነሱ ፡ ንደብረ-ብዜን ፡ ካብ ፡ 11.
ግራኝ ፡ አድሓኖም ።

15. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ቢደል ።

እዘም ፡ ደቂ ፡ ቢደል ፡ ዝበሃሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ኸአ ፡ « ንሕና ፡ ዘርኢ ፡ ፋል 1.
ቓ ፡ ኢና ፤ ቢደል ፡ አቦና ፡ ወዲ ፡ ድምበዛን ፡ መጻጕዕ ፡ እዩ ፡ ሐው ፡ ወረ
ደ-ምሕረትኒ ፡ ተኽስተ-ብርሃንኒ ፡ ሽመርጽምኒ ፡ ሽመርዝምኒ ፡ ዛኖይኒ ፡ » ይ
ብሉ ። ሐያሎ ፡ ግና ፡ ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ዘይቕበልዎ ፡ አለዉ ፤ « እቲ ፡ ሳድሳ 2.
ይ ፡ ሐምም ፡ ይትረፍ ፡ ዘርኡ ፡ ሽሙ ፡ እኳ ፡ አይፍለጥኒ ፤ ነሱ ፡ ንበረኻ ፡
ኸይዱ ፡ ጠፍኤ ፤ እዘም ፡ ሎሚ ፡ ቢደል-ሚደል ፡ ዝብሉ ፡ ግና ፡ ሐሰዮ
ም ፡ እዮም ፡ » ይብሉ ። እንተ ኸነ ፡ አቢ-ጅጎ ፡ ይፈልጥ ። 3.
ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ቢደል ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ ፡ ይበሀል ። 4.
ቢደል ፡ ቅድም ፡ አብ ፡ ጕዳጕዲ ፡ ሰፈረ ፤ ደሐር ፡ ንበረኻ ፡ ወረደ ። 5.
ነሱ ፡ ንሽማንጉስኒ ፡ ዕላማን ፡ ተኽላይኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ሽማንጉስ ፡ 6.
ንጕዳጕዲ ፡ ተመልሹ ፡ ናብኡ ፡ ተረስተ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኻልቶ ፡ ሽማን
ጉስ ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ዕላማ ፡ ኸአ ፡ ዝርኽቦም ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ሽማንጉስ ፡

7. ላዕላይ ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ አለዉ ። እቲ ፡ ሰልሳዮም ፡ ተኸላይ ፡
ከአ ፡ ንዐድ-ተኸላይ ፡ ርስቲ ፡ ገበረ ፡ ሕጂ ፡ ግና ፡ ኻብ ፡ ዘርኡ ፡ ዝበዝሑ ፡
ናብ ፡ በረኻ ፡ ተመልሾም ፡ አለዉ ።

## 16. ዘርኢ ፡ ማልቖ ።

1. ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ማልቖ ፡ ድማ ፡ ንጣር ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ ሐሐሊፎ
2. ም ፡ አለዉ ። ነሳቶም ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ዳሽም ፡ ዝወጹ ፡ ዐንዱን ፡ ገብሩን ፡
እተባህሉ ፡ ዘርኢ ፡ ዐንዱን ፡ አብ ፡ ደቂ ፡ ዳሽም ፡ ዘርኢ ፡ ገብሩን ፡ አብ ፡
መቐርከ ፡ አለዉ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልአት ፡ ካብ ፡ መጽሔ ፡ ዝወጹ ፡ ደ
ቂ ፡ ገድቦ ፡ ወዲ ፡ ጕዛይ ፡ እዮም ።

3, 4. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ገድቦ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ገድቦ ፡ ንሳእሉ ፡ ወለደ ፡ ሳእ
5. ሉ ፡ ኸአ ፡ ንእቓጽንኒ ፡ ጕፍላን ፡ ፍቑርኒ ፡ ንስለስቲኦም ፡ ወለደ ። ካብ
ኦም ፡ ዘርኢ ፡ ጕፍላ ፡ ደርሰንይኒ ፡ ቀራና-ዥዶን ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እም
6. ባ-ደርሆ ፡ ገዛ ፡ ሰጕድ ፡ እተባህሉ ፡ አለዉዎም ። ፍቑር ፡ ድማ ፡ ንአቶን ፡
ንሳእሉን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ወዲ ፡ አቶ ፡ ተፋደ ፡ ዝበሀል ፡ ዘርኡ ፡ ና
ብ ፡ አፍደዩ ፡ ዐዲ ፡ አቶይ ፡ እተባህሉ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐዲንጕዳ ፡
7. አለዉ ። ደቂ ፡ ገድቦ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉዎም ፡ ተዛኒቖም ፡ አለዉ ።

## 17. ክልአት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ።

1. ካብ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ ከአ ፡ ብጀኸ ፡ እዘም ፡ ደቂ ፡ መሮኒ ፡ ሐያሎ ፡
አለዉ ።
2. ካብኦም ፡ እቶም ፡ ገሊኦም ፡ ደቂ ፡ ኻበ ፡ ሐው ፡ መሮኒ ፡ እዮም ። ነ
ሳቶም ፡ እዘም ፡ ጕረቶም ፡ ዝበሃሉ ፡ ዝኸኑ ፡ ከም ፡ አብ ፡ አስመራ ፡ አ
ብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አብ ፡ ዐድ-ተከሌ-ዛን ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ዐዲ ፡ ጓሬ ፡ ገለ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምንኒ ፡ ዐዲንስትን ፡ ጓሬ ፡ ዝበሃሉ ፡ እዮም ።
3. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ብኻልእ ፡ መገዲ ፡ ዝመጹ ፡ ጽጋበ ፡ ዝበሃሉ ፡ ጕብ





ሽ ፡ አቦኦም ፡ ካብ ፡ ዐዱ ፡ ካብ ፡ ጕንደር ፡ ወጺኡ ፡ ብትግራይ ፡ አቢሉ ፡
ናብ ፡ ድባርዋ ፡ አቶ ። ነሱ ፡ ዝፈረዮም ፡ ድማ ፡ ገዛ ፡ ጕብሽ ፡ አብ ፡ ድባ
ርዋ ፡ ጸሓፍ-ላም ፡ ከአ ፡ ብዘሎ ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ገዛ ፡ ዐ 4.
ዲ ፡ ማይታም ፡ እተባህሉ ፡ እዮም ።
አብ ፡ ትግራይ ፡ ከአ ፡ እኒ ፡ መደባይ ፡ ታቦር ፡ እኒ ፡ መደባይ ፡ ወለ
ል ፡ ዐሌት ፡ ሚናብ ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ ናብዚ ፡ ምድር 5.
ዚ ፡ ደቐ-ሰብ ፡ መቐርከ ፡ ድምበዛን ፡ ዐዲ ፡ አረጊት ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ኳዜን ፡ ከ 6.
ምኡ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ናብ ፡ ሾብዐቶ ፡ ዐንሰባ ፡ አለውዎም ። አሕዋ
ቶም ፡ ከአ ፡ ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ሐልሐሊፎም ፡ ከም ፡ አብ ፡ ዐደኵሎም ፡ 7.
አብ ፡ ዐዲ ፡ ሰጕዶ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጀመር ፡ አብ ፡ ሕምብርቲ ፡ አለዉ ፡ ዝ
ርቤን ፡ እተባህሉ ።
ገለ ፡ ኸአ ፡ « ጕረቶም ፡ ካብ ፡ በለው-ከለው ፡ ተረፍ ፡ እዮም ፡ ዝርቤ
ን ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ሰብ-ዖባ ፡ » ይብልዎም ። 8.

## ጅን ። 18.

እዘም ፡ ጅን ፡ እተባህሉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ኳንደባ ፡ ሐሐሊፎ 1.
ም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ዘለዉ ፡ አሕዋት ፡ ደቆተሽም ፡ እዮም ፡
ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሚናብ ። ነሳቶም ፡ ቀደም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ፡ ከም ፡ ማ 2.
እከላይ ፡ ዐሌት ። ዳሕራይ ፡ ዘበን ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ገዛእቲ ፡ ስለ ፡ ዝሐየል
ዎም ፡ ካብዚ ፡ ሀዲሞም ፡ አብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተዘርኡ ።
እዘም ፡ ጅን ፡ ከአ ፡ ሕጂ ፡ ሰብ ፡ አብ ፡ መርዓ ፡ ምስ ፡ ተአከበ ፡ « ወ 3.
ዲ ፡ አተሽም ፡ ደሎ ! » ከይሐተቱ ፡ አይበልዑን ፡ አይሰትዩን ። ከምኡ ፡
ኸአ ፡ ደቆተሽም ፡ « ሓደ ፡ ጅናይ ፡ ደሎ ! » ከይሐተቱ ፡ አይበልዑን ፡
አይሰትዩን ። ሓደ ፡ ኻብ ፡ ጅን ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ደቆተሽም ፡ ወዲ ፡ አተሽ 4.
ም ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ጅናይ ፡ አየእትዋን ። ቀድሚኦም ፡ እንተ ፡ ሰቴና ፡ ን 5.
ሐምም ፡ ንጓሎም ፡ እንተ ፡ አእቶና ፡ ድማ ፡ አይንወልድን ።

19. ደቂ ፡ ዮሴፍ ።

1. ደቂ ፡ ዮሴፍ ፡ ዘበሉ ፡ እንዳ ፡ አቦኦም ፡ ዐጋሜ ፡ እዩ ።
2. ካብኦም ፡ ድማ ፡ እቶም ፡ አብዚ ፡ ምድሪ ፡ ዘለዉ ፡ ብዐብዩ ፡ ዛውል ፡
እዮም ፡ ደቂ ፡ ደግያት ፡ ክፍለ-ዋሀድ ፡ ካብ ፡ ዛታ ፡ ገንደብታ ፡ ዝመጹ ። ከ
ብኦም ፡ ከአ ፡ እኒ ፡ ዐዛውል ፡ ታኺታ ፡ አድግና ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እንገላ ፡ ከ
3. ምኡ ፡ ድማ ፡ ወኽን ፡ ዐዲ ፡ ሸኻን ፡ አለዉ ። አስምዒ ፡ ዝበሃሉ ፡ ኸአ ፡
ናብ ፡ ሽማንጉስ ፡ ታሕታይ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ደግያት ፡ ክፍለ-ዋሀድ ፡ እዮም ።
4. ጻውራ ፡ እትብሀሉ ፡ ዐሌት ፡ አስላም ፡ ብሕርን ፡ አስገደን ፡ ሰፊሮም ፡
አለዉ ፤ ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ ገዛ ፡ ስርንስር ፡ አስመራ ፡ እዮም ። እዚ
አቶም ፡ ድማ ፡ መወለዶም ፡ ብቐደም ፡ ካብ ፡ ዐጋሜ ፡ እዮም ፡ ዘርኢ ፡ ዮ
5. ሴፍ ። ሰብ ፡ ተድረር ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እሹለ-ጉዛይ ፡ አሕዋቶም ፡ እዮም ።
6. ዜን ፡ እትብሀሉ ፡ ህገዘቢ ፡ ኸአ ፡ ዐሌት ፡ ዮሴፍ ፡ እዮም ።

20. ወቸርትን ፡ ክልክልትን ።

1. ሰብ ፡ ወቸርቲ ፡ ኸኡ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ዮሴፍ ፡ እዮም ፡ አሕዋት ፡ ደ
2. ቂ ፡ ደግያት ፡ ክፍለ-ዋሀድ ፡ ካብ ፡ ሐሐይለ ፡ ዝመጹ ። እቲ ፡ ፈራይኦም ፡
አስገዶም ፡ እትብሀለ ፡ ካብ ፡ እምባ ፡ ሰንይቲ ፡ ናብ ፡ ዐዛርና ፡ ኸደ ። ነሱ ፡
3. ንመሓርን ፡ ጉባይኒ ፡ ሽለን ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ሽለለ ፡ ዝፈረዮም ፡ አ
ብ ፡ አስመራ ፡ ገዛ ፡ ሽለለ ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ጉባይ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐድቀ ፡
አለዉ ። መሐሪ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወቸርቲ ፡ ዝአቶ ፡ እዩ ።
4. አሕዋቶም ፡ ከአ ፡ ሰብ ፡ ሐሐይለ ፡ ናብ ፡ ክልክልቲ ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሐሐሊፎም ፡ አብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአ ፡ ስ
ፍራ ፡ አለዉዎም ። ነሳቶም ፡ ፈለማ ፡ አቦታቶም ፡ ካብ ፡ ውቅሮ ፡ ዝወጹ ፡
እዮም ።





21. ክልቲ ፡ ዛውል ።

ዛውል ፡ ክልቲ ፡ አሕዋት ፡ ኔሮም ፡ ተፈልዩ ። እቲ ፡ ሓደ ፡ « አንስ ፡ 1, 2.
ሐወይ ፤ ሽጉርተይ ፡ በቐሽ ፡ በጃቐሽ ፡ ደአ ፡ ይበልዕ ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡ ዐ
ዛውል ፡ ተቐመጠ ። ብዛዕባዚ ፡ ዛውል ፡ በቐስተ ፡ ተባህለ ። እቲ ፡ ሓደ ፡ 3.
ግና ፡ « አንስ ፡ ሰሊብ ፡ ሰላሊብ ፡ ይበልዕ ፡ » ይሉ ፡ ንምሕላብ ፡ ወረደ ።
ብዛዕባዚ ፡ ዛውል ፡ ሰለባ ፡ ተባህለ ። – –

ክጸንሐ ፡ ኽጸንሐ ፡ መንስዐቻይ ፡ አብ ፡ ዛውለቻይ ፡ መጸ ። ዛውለ 4.
ቻይ ፡ ከአ ፡ « ጋሺ ፡ መጺኡኒ ፡ » ይሉ ፡ ካብ ፡ መምበሩ ፡ ሓፍ ፡ ይሉ ፡
ተቐበሎ ። እቲ ፡ መንስዐቻይ ፡ ከአ ፡ ናብታ ፡ መምበሩ ፡ ኸፍ ፡ የለ ፤ እ 5.
ሞ ፡ ምትንሳእ ፡ አበ ። « በዓል ፡ መምበር ፡ ምኽንይ ፡ ፈሊጥካ ፡ ኢኻ ፡
መምበር ፡ ዝሐደግካለይ ፡ » የሎ ። ስለዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎሚ ፡ እታ ፡ ሽመት ፡ 6.
አብ ፡ መንስዐቻይ ፡ አላ ።

ሽዑ ፡ ዛውለቻይ ፡ ካብ ፡ ምድሪ ፡ መንሳዕ ፡ ናብ ፡ ኢራ ፡ ሰለባን ፡ ና 7.
ብ ፡ ወኽን ፡ ዐዲ ፡ ሸኻን ፡ ፈሪኦ ፡ የለ ።

22. ወለዖ ፡ ዜን ።

ዜናይ ፡ መንብታይ ፡ ሳወርታይ ፡ አሕዋት ፡ እዮም ፡ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰ 1.
ብአይ ፤ ሽም ፡ አቦኦም ፡ ከአ ፡ ተኽለ ፡ ይበሀል ። ካብኦም ፡ ሳወርታይ ፡ 2.
ንዐሳወርታ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። መንብታይ ፡ ከአ ፡ ንዛውል ፡ ወለደ ። ዘርኢ ፡
ዜናይ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዘለዉ ፡ አልዮም ፡ ዜን ፡ እትብሀሉ ፡ ዝኸኑ ፡ ኹላ
ቶም ፡ እዮም ።

ተኽለ ፡ ንዜና-ገብሪኤል ፡ ወለደ ፤ ዜና-ገብሪኤል ፡ ከአ ፡ ንነገር-እዝግን ፡ 3.
ንብርቡራ-እዝግን ፡ ወለደ ። ነሱ ፡ ንቤተ-ሰቡ ፡ አኺቡ ፡ ካብ ፡ ዐዱ ፡ ካብ ፡
ዐጋሜ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ አቶ ፤ ደቂ ፡ ወዱ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ ብርቡራ-
እዝጊ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለዉ ። ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ሐሐሊፎም ፡ 4.

ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ማሕዮ ፡ ናብ ፡ ደፈረ ፤ ገዛ ፡ ዐጀብ-ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ና
ብ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፤ ናብ ፡ ዑና ፡ ናላይ ፤ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ዜን ፤ ገለ ፡ ኸአ ፡ ና
ብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አለዉ ፡፡

23. ወለዶ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ፡፡

1. ኣውራ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ሰብ ፡ ቋራ ፡ እዮም ፡፡ ካብኦም ፡ ሓደ ፡ ቴድ
ሮስ ፡ ነገሰ ፡፡

2. እቶም ፡ እብዚ ፡ ሀገርዚ ፡ ዝርከቡ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ለኾ ፡ ዘበአ
ም ፡ እዮም ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዒ ፡፡ እዚኣቶም ፡ እዚ ፡ ፍሉጥ ፡ ሽ
3. ም ፡ ለኾ ፡ እተባህለ ፡ ካብ ፡ ቋራ ፡ ጀሚሮም ፡ ዘምጽእዎ ፡ እዩ ፡፡ ትውልዲ
ኦም ፡ ከአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ፡ ይብሉ ፤

ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዒ ፡ ወዲ ፡ ጥፍረርደ ፤
ጥፍረርደ ፡ ወዲ ፡ ቐይሕ ፡ እምበሳ ፤
ቀይሕ ፡ እምበሳ ፡ ወዲ ፡ እምሓ ፤
እምሓ ፡ ወዲ ፡ አይዶ ፤
አይዶ ፡ ወዲ ፡ ዐንደ ፤
ዐንደ ፡ ወዲ ፡ ሳውር ፡፡

4. ደቂ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዒ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ እዮም ፡ ብጻዕኒ ፡ ሐንሶ
5. ን ፡ ጐመዳይኒ ፡ እተባህሉ ፡፡ ካብኦም ፡ ሐንሶ ፡ ንለኾ ፡ ሳርዳ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ፡፡
6. ዘርኢ ፡ ጐመዳይ ፡ ከአ ፡ ዝርከቦም ፡ አብ ፡ ሽከትን ፡ ዐዲ ፡ ለኾን ፡ አለዉ ፡፡
ብጻዕ ፡ ከአ ፡ ባዕሉ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ሐዮ ፡ አቶ ፤ ናብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ን
ረድኣን ፡ ክረምትዝግን ፡ ዐብጅግን ፡ ወለደ ፤ ካብኦም ፡ ከአ ፡ ኽረምትዝ
7. ጊ ፡ ንሐዮ ፡ ወለደ ፡፡ እዚኣቶም ፡ ዝፈረይዎም ፡ አብ ፡ ሐዮ-ሽረፌቶ ፡ አብ ፡
ዐጽንዓይ ፤ አብ ፡ ቃቕብዳ ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፤ አብ ፡ ዕደጋ ፡ ዳሕና ፤
አብ ፡ ሾብዐቶ ፡ ሰፍኢ ፡ ኸአ ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ፈለስቲ ፤ እኒ ፡ ባምብቆ ፡ እኒ ፡
ዐድ-ጣላ ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ሀሎ ፤ ዐዲ ፡ ገብሬይ ፡ አባርዳእ ፤ ሕምብርቲ ፡ ሐበ





ላጉቦር ፡ ከአ ፡ ብዘሎ ፤ እኒ ፡ ዴዳ ፤ እኒ ፡ ሐበላ ፤ እኒ ፡ ጽላለ ፤ ፍርቂ ፡ ኸ
አ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐዲ ፡
ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለዉ ፡፡

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻልኣት ፡ አሕዋቶም ፤ ደቂ ፡ ሮቤል ፡ ብዘለዉ ፡ ሀገ 8.
ቢ ፡ ዐሳወርታ ፡ እዮም ፡፡ ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ገዛ ፡
አስምዓ ፡ እተባህሉ ፡ አለዉ ፡፡ እዚኣቶም ፡ ኩሎም ፡ ደቂ ፡ ገፍቶ ፡ እዮ 9.
ም ፡ ወዲ ፡ ዐንደ ፤ ወድ-ወዲ ፡ ንሳውር ፡፡

አማጽኢ ፡ ለኾ ፡፡

24.

እዞም ፡ ለኾ ፡ ዝበሃሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ሀገቢ ፤ ብኣውርኡ ፡ አማጽእኦም ፡ 1.
ከምዚ ፡ እዩ ፡፡

አቦታቶም ፡ ፈለማ ፡ ኻብ ፡ ቋራ ፡ ወጺኦም ፤ ብዙሓት ፡ ክነሶም ፤ ብ 2.
ዐጋሜ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ መረታ ፡ አተዉ ፡፡ አብኡ ፡ ኸለዉ ፡
ኸአ ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ብዙሕ ፡ ሐየልዎም ፡፡ ስለዚ ፡ አንስቲ ፡ መረታ ፡ 3.
መታን ፡ ከጽዕትኦም ፤ ንሰብኡተን ፡ መብልዕኒ ፡ መስተን ፡ ብድኽን ፡ አ
ቕረባሎም ፤ « አቕሑ ፡ ቤትና ፡ ለኾ ፡ ወሲድዎ ፤ » ይለን ፡፡ ሽዑ ፡ መረታ ፡
ኸአ ፡ ኩሎም ፡ ተንሲኦም ፡ ንለኾ ፡ ወድእዎም ፡፡

እንተኾነ ፡ ፍስሓ-ገርግሽ ፡ ዝበሀል ፡ ለጐታይ ፡ ጓል ፡ መረታ ፡ አጥን 4.
ሹ ፡ ነበረ ፡፡ አቦ ፡ እታ ፡ ጓል ፡ ድማ ፤ ነተን ፡ ጥኑሳት ፡ ብኻሬ ፡ ኸብደን ፡
ይቐድወን ፡ ስለ ፡ ዝርኤ ፤ ጓሉ ፡ ኽይትሞቶ ፡ ፈሪሁ ፡ ንዐጀብ-ዘማት ፡ ሰደ
ዳ ፡፡ አብኡ ፡ ኸላ ፤ ወዲ ፡ ወለደት ፡፡ እቶም ፡ መረታ ፤ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም 5.
ዑ ፤ « እቲ ፡ ለጐታይሲ ፡ እንካ ፡ ነቕዒ ፤ » የሉ ፡፡ ካብኡ ፡ እቲ ፡ ወዲ ፡ ተ
ስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዒ ፡ ተባህለ ፡፡

ድሕሪኡ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፤ ሓደ ፡ ወትሀደር ፡ ንጉስ ፡ መጺኡ ፡ አተ 6.
ዋ ፤ እሞ ፤ ካብኡ ፡ ንላምዘታይ ፡ ወለደት ፡፡ ስለዚ ፡ ላምዛን ፡ ለኾን ፡ ደ
ቂ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ እዮም ፡፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ምስ ፡ ዐበዩ ፤ ላምዘታይ ፡ 7.

8. ከአ ፡ ንለኾታይ ፡ « ንዐኖይ ፡ ሕኑ ፡ አቦኻ ፡ ንፍዲ ፡ » የሎ ። ብሕንሳእ ፡
ንመረቻ ፡ ኸዱ ፤ ለኾታይ ፡ ማኢ ፡ ክዘምት ፡ ወዓለ ፡ ላምዘታይ ፡ ሕኑ ፡
ፈደ ። ስለዚ ፡ አዋልድ ፡ ለን ፡ አቦኤን ፡ ስለ ፡ ዝዘመተ ፡ « እብ ፡ ዘማት ፡ »
ይለን ፡ ይዝምራ ፤ አዋልድ ፡ ላምዘ ፡ ድማ ፡ አቦኤን ፡ ሕኑ ፡ ስለ ፡ ዝፈደ ፡
« ጾብ ፡ ሕኒት ፡ » ይብላ ።
9. ክብኡ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ንሽኸቲ ፡ ወረደ ፤ እብኡ ፡ ኸአ ፡ ተቐ
መጠ ። ነሶ ፡ ነዞም ፡ ሕጂ ፡ ዘለዉ ፡ ለን ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ።

መርግም ፡ ጐመዳይ ።

1. ሰለስቲኦም ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ነቕዔ ፡ ብድሕሪ ፡ አቦኦም ፡ ኩብ ፡
ሽኸቲ ፡ ኸወጹ ፡ ኸለዉ ፡ ብምኽሪ ፡ « አሓና ፡ ናብ ፡ ዝኸድኦ ፡ ደድሕሪ
2. ኤን ፡ ንስዐብ ፡ » የሉ ። ኸው ፡ ሐንሶ ፡
« ሰርዶ-ሰርዶ ፡ አቢለ ፡ እኸይድ ፤ »
እናሉ ፡ ደድሕሪ ፡ አሕኡ ፡ ንእሾለ-ጉዛይ ፡ ክይዱ ፡ ናብ ፡ ለን ፡ ሳርዳ ፡
መጺ ። ብጻዕ ፡ ክአ ፡ ደድሕሪ ፡ አሕኡ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ሐዮ ፡ መ
3. ጸ ። ጐመዳይ ፡ ግና ፡ ቅድሚ ፡ እቲ ፡ ምብጋሶም ፡ ለይቲ ፡ ተንሲኡ ፡ ነሕ
ኡ ፡ አብልዕ ፡ ሐደረን ፡ ክናብ ፡ ብዕራይ ፡ ድማ ፡ ጸዓነ ። ኸው ፡ ንግሆ ፡
አሓ ፡ አሕዋቱ ፡ ኸነቕላ ፡ ኸለዉ ፡ አሕኡ ፡ ረፍ ፡ ይለን ፡ ደቀሰ ፡ ብዕራዩ ፡
4. ድማ ፡ ኸነበ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አሕዋቱ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ምኽሪ ፡ ሸዓ ፡
ፈሊጦም ፡ ክኸዱ ፡ ኸለዉ ፡
« እንተ ፡ ብሐቂ ፡ በጺሓትኻ ፡ ትርሕስካ ፤
እንተ ፡ ደኣ ፡ ብሕሶት ፡ ጐግ-ማጕግ ፡ ይረስካ ፤ »
ይሎም ፡ ረጊሞምዎ ፡ ኸዱ ።
5. ዘርኢ ፡ ጐመደይ ፡ ክአ ፡ ከምቲ ፡ መርገም ፡ አሕዋት ፡ ሕጂ ፡ ቅሩ
ባት ፡ እዮም ፡ ሐይሊ ፡ ኸአ ፡ ቀብሎምኒ ፤ ናብታ ፡ ዐዶም ፡ አብ ፡ ሽኸቲ ፡
ጨዋ ፡ ኸአ ፡ አትዮምዎም ፡ አለዉ ። ዘርኢ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ አሕዋቱ ፡
ግና ፡ ብዙሓት ፡ እዮም ።





ሰም ፡ ምባል ፡ ጨዋ ። 26.

እዞም ፡ ጨዋ ፡ እተባህሉ ፡ ህዝቢ ፡ ኸአ ፡ ብሐቂ ፡ ትውልዲኦም ፡ ጽ 1.
ሩይ ፡ ፍሉጥ ፡ አይኮነን ፤ ባዕላቶም ፡ ግና ፡ « ኩብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ኢ
ና ፡ » ይብሉ ። እንተኾነ ፡ ፍሉጣት ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ሸ
ዋ ፡ እዮም ፡ እሞ ፡ ጨዋ ፡ ኸአ ፡ ገላውኦም ፡ ክነሶም ፡ እዚ ፡ ደርፍዚ ፡
ደረፉ ።

ምኽንያት ፡ አብዚ ፡ ምምጽኦም ፡ ክአ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። ንንጉስ ፡ ክ 2, 3.
ገልግሉ ፡ ኸለዉ ፡
« ቤት ፡ ስርሑ ፤ » እንተልዎም ፡ የፍርሱ ፤
« ሕጸቡ ፤ » እንተልዎም ፡ የርስሑ ፤
« አጸብቑ ፤ » ይብልዎም ፡ የኽፍኡ ፤
ነበሩ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንጉስ ፡ ክጠፍኡሎም ፡ ደልዮም ፡ « ኪዱ ፡
ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ውረሱ ፡ » የልዎም ። ነሳቶም ፡ ክአ ፡ ራእስ ፡ ናዝዋ ፡ 4.
ገዛዋንኦም ፡ ኩይኖም ፡ ኩላቶም ፡ ተልዒሎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ አተ
ዉ ። ኸው ፡ ናብ ፡ ሰምበል ፡ ክበጽሑ ፡ ኸለዉ ፡ ሰብ ፡ ዘበለ ፡ ብብዝሑም ፡
አንቀጥቀጠ ። በቲ ፡ ዘበንቲ ፡ አብ ፡ ናፍር ፡ ግብጻዊ ፡ እተባህሉ ፡ ሓደ ፡ 5.
ጻዕዳ ፡ ናብ ፡ ስብጣ ፡ ነበሩ ፤ ንሶም ፡ ክአ ፡ ናብ ፡ ወኸ-ድባ ፡ መጺኦም ፡ ረ
አይዎም ፡ ርእዮም ፡ ድማ ፡ መስቀሎም ፡ ንታሕቲ ፡ ገጾም ፡ እናደፍኡ ፤
« ሰም ፡ በል ፤
ሰም ፡ በል ፤
ሰም ፡ በል ፤ »
ይሎም ፡ ረገምዎም ። ኸው ፡ ናብታ ፡ ቀያሕ ፡ ኩርባ ፡ ሰምበል ፡ ምስ ፡ በ 6.
ጽሑ ፡ ሰም ፡ የሉ ፤ ፍቕዶም ፡ ክንዲ ፡ መገዲ ፡ ባልደንጓ ፡ እተበገሱ ፡ ኸ
ው ፡ መሰለሰ ፡ ተረፉ ። ሽም ፡ እቲ ፡ ጐልጐልቲ ፡ ኸአ ፡ ክብዚ ፡ ነገርዚ ፡
እተላዕለ ፡ ክሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ ሰምበል ፡ ይበሀል ።

7. ዝተረፉ ፡ ኻብ ፡ ጨዋ ፡ ኸአ ፡ ብዝሖም ፡ ምስ ፡ ለን ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ም
8. ስ ፡ ደቀተሸም ፡ ተሐውሾም ፡ አለዉ ። አብ ፡ ዐዲ ፡ ራእሲ ፡ ክትመውል
ዕ ፡ ዐደብ-ኺኹይ ፡ ሰላዕ-ዳዕሮ ፤ አብ ፡ መርሓኖ ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቐሺ ፤ ከም
ኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐሰልደይት ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ኸፈለት ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገ
ብራይ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ሸኸቲ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፤ አብ ፡ ተማጅላ ፡ ዐደብ
ዘገ ፡ ዐዲ ፡ ቐኒኤል ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገረድ ፡ ዐደብ-ዝሐንስ ፡ ዐዲ ፡ ነኹዮ ፤
አብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ስፍራ ፡ ኸአ ፡ በደድ ፡ ይሎም ፡ እዮም ።

ላ፤

27. ## ለን ፡ ንጨዋ ፡ ወድእዎም ።

1, 2. ጨዋ ፡ ቐደም ፡ ዓቕይቲ ፡ ንጉስ ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ንጉስ ፡ ግም
ቢ ፡ ኸሰርሖ ፡ አዘዝዎም ። ንሳቶም ፡ ከአ ፡ « ብሐይሊ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡
ፍትሒ ፡ አየውጻእክልናን ፡ » ይሎም ፡ አፍ-ደገ ፡ ዘይብሉ ፡ መስኰት ፡ ዘይ
3. ብሉ ፡ ገበርዎ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ እንተ ፡ ሐተቱ ፡ « መን ፡ ሰር
ሖ ፤ » እንተልዎም ፡ « ንሳትና ፡ » የሉ ። ብዛዕባዚ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ « ን
ኸንደዮም ፡ ክቐጽዕ ፤ » ይሎም ፡ ገለ ፡ ኸንብርዎም ፡ አይደፈሩን ።
4. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ ወችሀጀሮም ፡ ክብ ፡ ሸዋ ፡ ናብ ፡ ቃቕብጻ ፡
5. መጸ ። ምሸት ፡ እቲ ፡ ለጐቓይ ፡ « ቈሎ ፡ ስገም ፡ እንከ ፡ ተደረር ፡ » ይሉ ፡
ሃበ ። ንሱ ፡ ምስ ፡ አበ ፡ እቲ ፡ ለጐቓይ ፡ እንቅዓ ፡ ሸንፋ ፡ ዘስዋሕ ፡ ኰና
ት ፡ ነበሮ ፡ እሞ ፡ « ሐደው ፡ እዘን ፡ ቈሎ ፡ ተደረር ፡ ሐደው ፡ እዛ ፡ ሕላ
ስ ፡ ከድርረኻ ፡ እየ ፡ » የሉ ። እቲ ፡ ወችሀጀር ፡ ሕራይ ፡ ይሉ ፡ ተቐቢሉ ፡
6. ናብ ፡ ክዳኑ ፡ ቈጸረን ። ንግሆ ፡ ኸኸይድ ፡ ክሉ ፡ ነቲ ፡ ለጐቓይ ፡ « እዛ ፡
በቕለይ ፡ ክህበኹም ፡ እዛ ፡ ሕላስኩም ፡ ሃቡኒ ፡ » የሉ ፤ ንሱ ፡ ኸአ ፡ ሕራ
7. ይ ፡ ይሉ ፡ ሃበ ። ክብኡ ፡ ነተን ፡ ቈሎን ፡ እታ ፡ ሕላስኒ ፡ ሒዙ ፡ ናብ ፡ ሸ
ዋ ፡ ተመልሰ ፤ ንንጉስ ፡ ድማ ፡ « ሐደው ፡ እዘን ፡ ቈሎ ፡ ሐደው ፡ እዛ ፡
8. ሕላስ ፡ ተደረር ፡ ዝብሉ ፡ ሀገር ፡ አለዉ ፡ » ይሉ ፡ ነገሮም ። ሸው ፡ ንጉስ ፡





ተሐኾሾም ፡ « ንሳቶም ፡ እዮም ፡ ዝኸእልዎም ፡ » ይሎም ፡ ነቶም ፡ ጨ
ዋ ፡ ጸዊዖም ፡ ንምድሪ ፡ ለን ፡ ሰደድዎም ።
ጨዋ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ለን ፡ ተረስ 9.
ተዩ ። ንለን ፡ ኸአ ፡ መኸራ ፡ አጽገብዎም ። ብዛዕባዚ ፡ እቶም ፡ ለን ፡ ዝኸ 10.
ኑ ፡ ዋዕላ ፡ ጌሮም ፡ « ንጨዋ ፡ ነጥፍአዮም ፡ » ይሎም ፡ ተማኸሩ ። ዐድ
ዐዶም ፡ አትዮም ፡ ከአ ፡ « በበጊዕና ፡ ንሕረድ ፡ » ይሎም ፡ ንጨዋ ፡ ሐረ
ድዎም ። ለጐቓይ ፡ ሸኸቲ ፡ ግና ፡ « አነስ ፡ እቲ ፡ ገበሎም ፡ በጺሑኒ ፡ » 11.
ይሉ ፡ ከይቀተሎ ፡ ተረፈ ።
በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጨዋ ፡ ተወድኡ ። 12.

## ወለዶ ፡ ላምዛ ። 28.

ሰብ ፡ ላምዛ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ብፍላይ ፡ ክብ ፡ ሐጸይ ፡ 1.
ወረደ-ምሕረት ፡ እቶደቕሉ ፡ እዮም ። ንሶም ፡ ክብ ፡ አኸስም ፡ መጺኦም ፡ 2.
አብ ፡ እኾለ-ጉዛይ ፡ ዐዲ ፡ እኸሊ ፡ እቶባህለት ፡ ሰፈሮም ፡ ከለዉ ፡ ሸው ፡
ሐንቲ ፡ መበለት ፡ ላም ፡ ንድራር ፡ ንጉስ ፡ ሒዛ ፡ መጸት ፤ ንሶም ፡ ከአ ፡ ነ
ታ ፡ ላማ ፡ መሓሩላ ፡ ንእ ፡ ግና ፡ አተውዋ ። ንሳ ፡ ኸአ ፡ « በሉ ፡ ድንገ 3.
ት ፡ ወዲ ፡ እንተ ፡ ወለድኩስ ፡ ወዲ ፡ መን ፡ ይብሉ ፤ » የለቶም ። ንሶም
ከአ ፡ « እንሃ ፡ እንዶ ፡ እዛ ፡ ላም ፤ ደይብሰሬ ፡ እየ ፡ ዝአቶኹኸስ ፤ ወዲ ፡
እዛ ፡ ላም ፡ በልዮ ፡ » ይሎምዋ ፡ ኸዱ ። ምስ ፡ ተወልደ ፡ ድማ ፡ ወዲ ፡ ላ
ምዛ ፡ ተባህለ ።
ንሱ ፡ ዝፈረዮም ፡ ከአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ላምዛ ፡ ይበሃሉ ። ንሳቶም ፡ አ 4.
ብ ፡ ሰሐርትን ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ለን-ጨዋን ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ሰራዌን ፡ እ
ኾለ-ጉዛይኒ ፡ ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለዉ ። ክብእም ፡ ሾብዐተ ፡ ላምዛ ፡ እኒ ፡ ዐ 5.
ደብ-ዘማት ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ላምዛ ፡ እኒ ፡ ዐድቀ ፡ እኒ ፡ ዐጸናፍ ፤ ገለ ፡ ናብ ፡
ዐዲ ፡ ጕምበሎ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፤ ከምኡ ፡
ኸአ ፡ ዐዲ ፡ ነሃባይ ፡ እዮም ።

29. ክልኦት ፡ ሀገዘቢ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ።

1. ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ኸኣ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐሌት ፡ ኣብዚ ፡ ምድ
2. ሪ ፡ ሐሐሊፎም ፡ ኣለዉ ። ካብኦም ፡ ገልዐንታይ ፡ ዝበሃሉ ፡ ከም ፡ ኣብ ፡
ፀጲ ፡ ራእሲ ፡ ኣብ ፡ ክትመውእዕ ፡ ኣብ ፡ ሽከቲ ፡ ኣብ ፡ ገብሬየ-ኸሬለት ፡
ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ፋሕ ፡ ይሎም ፡ ዘለዉ ፡ ካብ ፡ ም
3. ድሪ ፡ ትግራይ ፡ ካብ ፡ ገርዓልታ ፡ ዝመጹ ፡ ወትህጀር ፡ እዮም ። መኻዳ ፡
ኸኣ ፡ ናብ ፡ እምኒ-ጸሊም ፡ ካብ ፡ ግሎ-መኻዳ ፡ ዝወጹ ፡ ዘርኢ ፡ ሐጸይ ፡
4. ገረ-መስቀል ፡ እዮም ። ዐድ-ደግያት ፡ ስብሃቱ ፡ ኸኣ ፡ ገዛ ፡ ዐጂ ፡ ዕዛር ፡ ዝ
በሃሉ ፡ ኣብ ፡ እምበ-ደርሆ ፡ ዘለዉ ፡ « ካብ ፡ እንከረ-ባርኳ ፡ ዝመጸእና ፡ ዐ
ሌት ፡ ይሁዳ ፡ ኢና ፡ » ይብሉ ።
5. እዞም ፡ ኣድከመ-ምልጋእ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኸኣ ፡ « ንሕና ፡ ዘርኢ ፡ ይ
ሁዳ ፡ ካብ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ኢና ፡ » ይብሉ ፤ ክልእ ፡ ሰብ ፡ ግና ፡ « ኣይ
ፋሎም ፤ እቲ ፡ ፈራይኦም ፡ ጅርገደላ ፡ ወዲ ፡ ኣመታጅር ፡ ባርያ ፡ ደግያ
ት ፡ ድዕቡል ፡ ደኣ ፡ እዩ ፡ » ይብልዎም ፤ « ስለዚ ፡ ኻብቲ ፡ ናይ ፡ ጥንቲ ፡
6. ዘርኦም ፡ ካብ ፡ ከም ፡ እዮም » ። ቤት ፡ ድግለል ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡
ይሁዳ ፡ እዮም ።

30. ሾብዐቲ ፡ ሰሐርቲ ፡ ሳብዓይ ፡ ኰዳዱ ።

1. ሾብዐቲ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኸኣ ፡ ደቂ ፡ ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡
2. ቀደም ፡ መሰረት ፡ ወለዶኦም ፡ ነገድ ፡ ስምኣን ፡ እዩ ። ኣበታቶም ፡ ድማ ፡
ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ እዮም ፤

ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ወዲ ፡ ኣቶ ፡ እስርማጽ ፤
ኣቶ ፡ እስርማጽ ፤ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሰምበተይ ፤
ደግያት ፡ ሰምበተይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ደፈረጅን ፤
ደግያት ፡ ደፈረጅን ፡ ወዲ ፡ እጅማት ፡ ካሬ ፤



እጅማት ፡ ካሬ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ማሬ ፤
ደግያት ፡ ማሬ ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ፋርስ ።

ደግያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ፡ ከኣ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ካብ ፡ ሰለዋ ፡ ወጺኡ ፡ ና 3.
ብ ፡ እምኒ-ሐይሊ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ደቀሰ ፤ ኣብ ፡ እንዳበ-መጣዕ ፡ ድማ ፡
ተቐብረ ። ነሱ ፡ ንጸሊማይ ፡ ንቐንዱር ፡ ንእይፈርሄ ፡ ንሬዞ ፡ ነርበዕቲኦ
ም ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ጸሊማይ ፡ ንእምኒ-ጸሊም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ቐንዱ 4.
ር ፡ ከኣ ፡ ንሀርጐደማድር ፡ ወለደ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ዘርኡ ፡ ገዛ ፡
ደቂ ፡ ሓርሽ ፡ ሕምብርቲ ፡ ኣለዉ ። እይፈርሄ ፡ ኸኣ ፡ ንሰብ ፡ ኣዛይሑ ፡
ወለደ ።

ሬዞ ፡ ኸኣ ፡ ናብ ፡ ምንኪኤል-ክደና ፡ ኣቶ ፡ ኣብኡ ፡ ድማ ፡ ንቤተ'ኽስ 5.
ያን ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሰርሐ ። ነሱ ፡ ንሾብዐተ ፡ ወለደ ፡ ጻዕዳን ፡ ደ
ለሸምኒ ፡ ዐርከን ፡ እፍደዩን ፡ ደጕሓን ፡ ግዙእኒ ፡ እድጎይኒ ፡ ንተባህሉ ።
ካብኦም ፡ ግና ፡ ዐርኪ ፡ ፍሬ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። እፍደዩን ፡ ደጕሓን ፡ 6.
ግዙእኒ ፡ ኸኣ ፡ እዚኦቶም ፡ ዝፈረይዎም ፡ ሰለስተ ፡ ጸሎት ፡ እዮም ። ዘ
ርኢ ፡ ጻዕዳን ፡ ደለሸምኒ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዝግብ ፡ ኣለዉ ። እድጎይ ፡ ከኣ ፡ 7.
ንሓሰባን ፡ ንሽም-ደሐንኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ዘርኢ ፡ ሽም-ደሐን ፡ ዝርከብ
ም ፡ ኣብ ፡ እምቤቶ ፡ ኣለዉ ።

ሓሰባ ፡ ኸኣ ፡ ንሰመረ-ጮንኒ ፡ ዐንዶ-ጼንኒ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ 8.
ንእሕደሮምኒ ፡ ጋብላን ፡ ረዓዳን ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ እስላመይቲ ፡
ሰይት-ወሰኑ ፡ ንሐሙሽቲኦም ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ሰመረ-ጮን ፡ ዝፈረዮ 9.
ም ፡ ገዛ ፡ ስሌን ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ዐንዶ-ጼን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡
ዐዲ ፡ ሐውሻ ፡ ኣለዉ ። ኣሕደሮም ፡ ንዐጀሕደሮም ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ዘርኢ ፡ 10.
ጋብላ ፡ ኸኣ ፡ ናብ ፡ እምቤቶ ፡ ኣለዉ ። ረዓዳ ፡ ድማ ፡ ንዐዲ ፡ ረዓዳ ፡
ወለደ ።

ደቂ ፡ እንግዳ ፡ ዝበሃሉ ፡ ናብ ፡ ኰዳዱ ፡ ዘለዉ ፡ እዚኦቶም ፡ ድማ ፡ 11.
ደቂ ፡ ስምኣን ፡ እዮም ፡ ካብ ፡ ሰለዋ ፡ ዝወጹ ፤ እሞ ፡ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኽ

ኦ ፡ እዩ ፡ ቍጽሮም ። ብዛዕባዚ « ኾብዐት ፡ ሰሐርቲ ፡ ሳብዓይ ፡ ኲዳ
ዱ ፤ » ይብሀል ።

31. ካልኣይ ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ።

1. እዞም ፡ ደቂ ፡ መጋቢ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ተራ-እምኒ ፡ በቲ ፡ ኻብ ፡ ጥንቲ ፡
ዘርኦም ፡ ምስ ፡ ሰሐርቲ ፡ እዮም ። አቦኦም ፡ ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ከሬ ፡ እዩ ፡
ሒው ፡ ደማያት ፡ ፍሬ-ምኻእ ።

2. ዛን ፡ ድማ ፡ እኒ ፡ ገዛ ፡ ዛን ፡ ናብ ፡ ጐዳይፍ ፡ ዐዲ ፡ ሐርበ ፡ ሊባን ፡
ከአ ፡ እኒ ፡ ወገሬቕ ፡ እኒ ፡ ግሬት ፡ ገብሩ ፡ እዚኣቶም ፡ ደቂ ፡ ስምኦን ፡ አ
ሕዋት ፡ ሰሐርቲ ፡ እዮም ፤ እሞ ፡ ናብ ፡ መርዓ ፡ ኸራኽቡ ፡ ቀድሚኦም ፡
መብልዕኒ ፡ መስተን ፡ አይቕበሉን ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ምስኦም ፡ አይተኣታ
3. ተዉን ። መወለዶም ፡ ብጥንቲ ፡ ካብ ፡ ላስታ ፡ እዮም ፤ አሕዋቶም ፡ ከአ ፡
4. ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ብዘለዉ ፡ ህዝቢ ፡ ብሉን ፡ እዮም ። ገለ ፡ ኸአ ፡ « ዛ
ን ፡ ሰብ ፡ ላስታ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ደአ ፡ እዮም ፡ ደቂ ፡ እታ ፡ ገረ
ድ ፡ ንግስቲ ፡ አዜብ ፤ » ይብልዎም ።

5. ሐጀግቲ ፡ ኸአ ፡ እኒ ፡ ዐድ-ደማያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ ማዕረብ ፡ ዐሌት ፡
6. ስምኦን ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ዝወጹ ፡ ኸአ ፡ አለዉ ፤ መጨረቕ ፡ እተባህ
ሉ ፡ ሰብ ፡ ደፈረ ። ዐዘርኢት ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ አሕዋቶም ፡ እዮም ፤
7. እንዳብ-ሚታው ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ እምባ-ደርሆ ። እቲ ፡ ፈራይኦም ፡ ክንቲ
ባ ፡ ጸሊም ፡ ወዲ ፡ ተስፋው ፡ ስቱር ፡ ካብ ፡ ዐጀንስቲ ፡ ወጺኡ ፡ ነበረ ፤
ይብሀል ።

8. ገለ ፡ ኸአ ፡ « አድከሙ-ምልጋእሲ ፡ እኳ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ስምኦን ፡ እዮ
ም ፡ ካብ ፡ በሬ-ሰለዋ ፡ ዝወጹ ፤ » ይብሉ ።

32. ደቂ ፡ ሌዊ ።

1. አውራ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ሰብ ፡ ተምቤን ፡ እዮም ። ካብኦም ፡ ሓደ ፡ ዮሀ
ንስ ፡ ነገሰ ።



እቶም ፡ አብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ዝርከቡ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፡ ብአውር 2.
ኡ ፡ ናብ ፡ ክርንሽምኒ ፡ ድምበዛንኒ ፡ አለዉ ። እዚኣቶም ፡ ኵሎም ፡ ቀድ 3.
ሚ ፡ ደቂ ፡ ሚናብ ፡ እዮም ፡ አብዚ ፡ ዝመጹ ፤ ካብኦም ፡ ከአ ፡ ብፍላይ ፡
እቲ ፡ ንገረሚ ፡ ዝፈረ ፡ ግኑም ፡ እተባህለ ፡ እዩ ፡ ፊለማ ፡ ዝአቶ ። ድሕ 4.
ሪ ፡ ግኑም ፡ ከአ ፡ ጼጋይ ፡ ዝብሀል ፡ ብበረኻ ፡ አቢሉ ፡ ብኾብዐት ፡ ዐንሰ
ባን ፡ ጐልጐል ፡ ደቀተሽምኒ ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ በለዛ ፡ ዋልታ ፡ ሰቐለ ። ንሱ ፡
ዝፈረዮም ፡ ብሓደ ፡ ሽም ፡ ኳዜን ፡ ይብሃሉ ። ካብኦም ፡ በለዛን ፡ ኳዜንኒ ፡
ገዛ ፡ ኳዜን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፤ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሕ
ያሎ ፡ ስፍራ ፡ አለዉዎም ። ሃም ፡ ከአ ፡ እኒ ፡ ገዛ ፡ ሃም ፡ አብ ፡ እምባ-ደ 5.
ርሆ ፡ አሕዋቶም ፡ እዮም ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሌዊ ፤ ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ካ
ርንሽም ፡ ዝወጹ ፡ ጀንገሬን ፡ እተባህሉ ፡ ናብ ፡ መገዲ ፡ ሐልሐል ። ባር 6.
ገለ ፡ ዝብሀል ፡ ዐሌት ፡ ሌዊ ፡ ናብ ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፤ ካብኦም ፡ ከአ ፡ እኒ ፡
ሸንድዋ ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ አቤቶ ፡ ድማ ፡ አለዉ ። እዚኣቶም ፡ ፊለማ ፡ አበ
ታቶም ፡ አባርገለ ፡ ኻብ ፡ ዝብሀል ፡ ምድሪ ፡ አገው ፡ እዮም ፡ አብዚ ፡ ዝ
መጹ ፤ እሞ ፡ ቀደም ፡ ዘበን ፡ ብዘረበ ፡ አገው ፡ ጥራይ ፡ ይዛረቡ ፡ ነበሩ ። 7.
ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ሰብ ፡ ዝባን ፡ እንገብ ፡ ሰብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፡ ደጓዐ ፡ እዮ
ም ፡ ዘርኢ ፡ ሌዊ ። ደቂ ፡ ሌዊ ፡ ኸአ ፡ አቦኦም ፡ ቀሺ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ካብ 8.
ኦም ፡ አብ ፡ ብሀገሩ ፡ ብዙሓት ፡ አቕሽሽቲ ፡ አለዉ ።

ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብዚ ፡ መትሕት ፡ አሕዋቶም ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ እኒ ፡ ቶ 9.
ርዓ ፡ ቤት ፡ ማዕላ ፡ ክልተ ፡ መንሳዕ ፡ ማርያ ፡ ቐይሕኒ ፡ ማርያ ፡ ጻሊምኒ ፡
አለውዎም ። ሕጂ ፡ ግና ፡ እዞም ፡ እስላም ፡ ዝኾኑ ፡ « አይፋልና ፤ ንሕና 10.
ስ ፡ ብዓረብ ፡ ዝመጻእና ፡ አዝማድ ፡ መሐመድ ፡ ኢና ፤ » ይሎም ፡ ይ
ሕሰዉ ።

ላቼን ፡ ድማ ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ላቼን ፡ ገዛ ፡ ደቂ ፡ ስሞምኒ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘ 11.
ጋ ፡ ደቂ ፡ ሌዊ ፡ እዮም ፡ ይብሀል ። ገሊኦም ፡ ድማ ፡ « ጻውራ ፡ እኒ ፡ ገዛ ፡ 12.
ስርንስር ፡ አስመራ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ሌዊ ፡ አሕዋት ፡ ሰብ ፡ ሃም ፡ እዮም ፤ »

13. ዝብሉ ፡ አለዉ ። ዛውለ-ኽልክልቲ ፡ ኸአ ፡ ሕጂ ፡ « ንሕና ፡ ዐሌት ፡ ሌዊ ፡
ኢና ፡ » ይብሉ ።

## 33. ተረፍ ፡ በለውን ፡ ከለውን ።

1. ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ በለው-ከለው ፡ ዝተረፈ ፡ ናብዚ ፡ ምድርዚ ፡ ሐያ
2. ሎ ፡ አለዉ ። ካብአም ፡ ብዘለዉ ፡ ዐዲ ፡ ናይብኒ ፡ ሕውስዋስ ፡ ድማ ፡ ኸ
ም ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ወኾ-ድባ ፡ ገዛ ፡ ምናሰ ፡ እትባህሉ ፡ ገለ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ አብረሸቆ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ባርያ ፡ ድማ ፡ አጊ ፡
አጃን ፡ ሐላንጋን ፡ ዝበሃሉ ፡ ህዝቢ ፡ ሐያሎ ፡ ኸአ ፡ ኻልእ ፡ አብ ፡ ሐያ
ሎ ፡ ስፍራ ፡ አለውዎም ።
3. እዞም ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ደግያት ፡ ድዕቡል ፡ ከአ ፡ ሐውያ ፡ ዝበሃሉ ፡
ናብ ፡ ዝባን ፡ ጕሕጭዓ ፡ « ተረፍ ፡ ሰብ ፡ በለው ፡ እዮም ፡ » ይብልዎም ።

## 34. መርገም ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ።

1. ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ከአ ፡ ቐደም ፡ ዐበይቲ ፡ ነበሩ ፡ ካብኡ-ኻብኡ ፡ ብዛዕባ ፡
ኸንቲባ ፡ ጠርቃይ ፡ አልዒልና ፡ እንተ ፡ ሰሚና ።
2. ብዘበኖም ፡ አውና ፡ ፊልቆስ ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ኰይኖም ፡
3. የሕርሱ ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ እዋን ፡ ማሽልአም ፡ ግርም ፡ ቈድያትሎም ፡ ከላ ፡
ከንቲባ ፡ ጠርቃይ ፡ ከአ ፡ ሰበምኒ ፡ ማሉምኒ ፡ አኪበም ፡ ከይዶም ፡ ሐመ
ድ ፡ ገበርዋ ። አውና ፡ ፊልቆስ ፡ ከአ ፡ ንአምኒ ፡ ንዐሌቶምኒ ፡ ረጊሞም ፡
4. ዐዶም ፡ ሐዲጎምሎም ፡ ከዱ ። ካብኡ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ እናሐመቹ ፡ ዐሬቶ
ም ፡ አብ ፡ ክልእ ፡ ሐለፈ ።
5. ብዝተረፈ ፡ ዛንታ ፡ አውና ፡ ፊልቆስ ፡ አብ ፡ ገድለ ፡ ኣቡነ ፡ ፊልጶስ ፡
ተጽሒፉ ፡ አሎ ።

## 35. ወለዮ ፡ ሰብ ፡ ዛግር ።

1. እዞም ፡ ዛግር ፡ እትባሀሉ ፡ ኸአ ፡ በቲ ፡ ኻብ ፡ ጥንቲ ፡ ዘርአም ፡ ካብ ፡
2. አድያቦ-ሽሬ ፡ እዮም ፡ ደቖ ፡ ኸም ። ካብ ፡ ወለዶም ፡ እቲ ፡ ቐድም ፡ አብ





ዚ ፡ ምድሪ ፡ ዝአቶ ፡ ዐቢ ፡ እዩ ፡ ነሱ ፡ ኸአ ፡ ወዲ ፡ ሰመረ ፡ እዩ ፡ ሰመረ ፡
ኸአ ፡ ወዲ ፡ ኽዳኒ ፡ ከዳኒ ፡ ኸአ ፡ ወዲ ፡ ዘርአ-ብሩኽ ። ገለ ፡ « እዚ ፡ ዘር 3.
አ-ብሩኽዚ ፡ ኻብ ፡ ምስሬ ፡ መጺኡ ፡ ነበረ ፡ » ገለ ፡ ኸአ ፡ « ዘርአ-ብሩኽሲ ፡
አቡኡ ፡ ሐጸይ ፡ ገረ-መስቀል ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ። ክልእ ፡ ሰብ ፡ ግና ፡ « እ
ዚ ፡ ኹሉ ፡ ደርፎም ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ።

ዐቢ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ተባእሹ ፡ ካብ ፡ ዐዱ ፡ ካብ ፡ አድያቦ ፡ 4.
መጺኡ ፡ አብ ፡ ጽልማ ፡ አብ ፡ አማድር ፡ ሰፊሩ ፡ ነበረ ። ናብኡ ፡ ገለ ፡ ሰ
ቡ ፡ እትቐብሩሉ ፡ ስፍራ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ « መቓብር ፡ ዐቢ ፡ » ይበሀል ።
ነሱ ፡ ግና ፡ ኩብኣ ፡ ምስ ፡ ወጸ ፡ ብዐዲ ፡ ንአምን ፡ አቢሉ ፡ ብጕሬታት ፡ 5.
ጌሩ ፡ ንባሕሪ ፡ እንዳባ-ማይታን ፡ ወረደ ። አባ ፡ ማይታን ፡ ድማ ፡ ሽዑ ፡
ሐሊፎም ፡ ነበሩ ። ዐቢ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አብአ ፡ ደቀሰ ። ድሕርዚ ፡ 6.
ኻብኣ ፡ ኸአ ፡ መጺኡ ፡ ናብ ፡ ዛግር ፡ አቶ ። ናብኣ ፡ ኸአ ፡ ተቐመጠ ። – –

ሽዑ ፡ ምሽት ፡ ዛግረታይ ፡ አብ ፡ ዡዶ ፡ ኵይኑ ፡ እንተ ፡ አማዕዶ ፡ 7.
አብ ፡ ገረሚ ፡ ሐዊ ፡ ርኢ ። ዐዲ ፡ ኸም ፡ ዝኾነ ፡ ኸአ ፡ ፈለጠ ። እሞ ፡ ናብ 8.
ኡ ፡ ኸይዱ ። « ሐዊ ፡ አጥመኒ ፡ » ይሉ ፡ ለመነ ። ገረመታይ ፡ ግና ፡ ኸል
አ ። ሽዑ ፡ « እሞ ፡ አስሕኑኒ ፡ እኳ ፡ » ይሉ ፡ ናብቲ ፡ መጋርያ ፡ ቐረበ ።
እናሰሓነ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ኽዳኑ ፡ ናብ ፡ ሐዊ ፡ አንከሶ ። እሞ ፡ « ደሐን ፡ ሕ
ደሩ ፡ » ይሉ ፡ ኸደ ። ዛግረታይ ፡ ከምዚ ፡ ጌሩ ፡ ሐዊ ፡ ኻብ ፡ ገረመታይ ፡ 9.
ሰረቐ ። – –

ዐቢ ፡ ንሰለስተ ፡ ወለደ ፡ ሰመረን ፡ ፍርንኪኤልን ፡ አፍደዮምኒ ፡ እት 10.
ባህሉ ። ካብአም ፡ አፍደዮም ፡ ዝፈረዮም ፡ በርሒት ፡ ዝበሃሉ ፡ ዐሌት ፡ 11.
አስላም ፡ እዮም ። ዘርኢ ፡ ፍርንኪኤል ፡ ድማ ፡ ገለን ፡ አብ ፡ ዛግር ፡ ገለ
ን ፡ አብ ፡ ጕሬታት ፡ አለዉ ። እቲ ፡ በኹሪ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፡ ሰመረ ፡ ዝበ 12.
ሀል ፡ ንተኽላይን ፡ ንዘርአይን ፡ ወለደ ። ካብአም ፡ ዘርአይ ፡ ዝፈረዮም ፡
አብ ፡ ዛግር ፡ አለዉ ። ካብ ፡ ደቂ ፡ ተኽላይ ፡ ግና ፡ ብገጻይኒ ፡ ብገምያን ፡
እትባህሉ ፡ ናብ ፡ ጨዓረሽ ፡ ኸዱ ። ብገጻይ ፡ ድማ ፡ ንሽድሽተ ፡ ወለደ ። 13.

ሓዲእም ፡ ክእ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ገሸሙ ፡ ክብ ፡ ዘርኡ ፡ እብ ፡ ጨዓረሽን ፡
14. እብ ፡ ጉሪታትኒ ፡ ገለ ፡ ኽእ ፡ ናብ ፡ ዛግር ፡ ተመልሾም ፡ እለዉ ። ብገም
ያ ፡ ኽእ ፡ ዘርኢ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።

## 36. ክልኣት ፡ ህዝቢ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ኻም ።

1. እዘም ፡ መስፍንቶ ፡ ገበሃሉ ፡ እብ ፡ ክርንሽም ፡ ዘለዉ ፡ ደቂ ፡ ኻም ፡
ብፍላይ ፡ ክብቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ እዮም ፡ እሕዋት ፡ ንግ
ስቲ ፡ እዜብ ፡ እኾታቱ ፡ ንንጉስ ፡ ምለሊኽ ፡ ቀዳማይ ። እቲ ፡ ፈራይእም ፡
መስፍንቶ ፡ እበ ፡ እጋበስ ፡ እዩ ፤ እዚ ፡ እጋበስዚ ፡ እዩ ፡ ንእቴገ ፡ ማኼዳ ፡
ገወለዳ ፡ ይብልዎ ።
3, 4. ገዛ ፡ ደገ ፡ ኽእ ፡ ናብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ዘርኢ ፡ ኻም ፡ እዮም ። ክምኡ ፡
ድማ ፡ ደቂ ፡ እግን ፡ እተባህሉ ፡ ናብ ፡ እገላ ፡ እኒ ፡ ጉራዕ ፡ እኒ ፡ ኸርብር
5. ያ ፡ እኒ ፡ እውልዕ-ጸሩ ። እዘም ፡ ሮብራ ፡ ገበሃሉ ፡ ኽእ ፡ ደቂ ፡ ሰምበቱ ፡
ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ወረደ-ምሕረት ፡ ዐሌት ፡ ክም ፡ እዮም ፤ እሕዋቶም ፡ ክእ ፡
እለውዎም ፡ ደቂ ፡ ስሙ ፡ ናብ ፡ ዐጋሚ ።



II.

# ሖብዐት ፡ ደቂ ፡ እተሽም ፡ ሳምናይ ፡ ሙሳ ።

## ሕዝባይ ፡ ፈዳይ ፡ ሕን ።

37.

ሕዝባይ ፡ ቅድም ፡ ምስ ፡ ሐዉ ፡ ምስ ፡ ሐደምበስ ፡ እብ ፡ ኳንደበ ፡ 1.
ነበረ ። ነሹ ፡ ጓል ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ እእቶ ፡ ክብ ፡ ዐዲ ፡ ዘኽስቶስ ፡ ገበሃሉ ።
እብኡ ፡ ኽእ ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ ተቀሚጡ ፡ ኽሎ ፡ እቶም ፡ እንዳ ፡ እሕ 2.
ሙኡ ፡ ምስኡ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡ ባእሲ ፡ ገበሩ ፤ እሞ ፡ ክትኪቶም ፡ « ሞይ
ቱ ፡ » ይሎም ፡ እብ ፡ ዱር ፡ ሐቢእምዎ ፡ ዐዶም ፡ እተዉ ። ሐንቲ ፡ ባር 3.
ያ ፡ ኸንቲብ ፡ ሐንስ ፡ ክእ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ብርሙታ ፡ ኹይና ፡ ናብ ፡ ምፋ
ር ፡ ዕጩይታ ፡ ረኸበቶ ። ነሹ ፡ ኽእ ፡ « ኪዲ ፡ እውይይለይ ፡ » የላ ። ክ
ንቲብ ፡ ሐንስ ፡ ድማ ፡ ብእውያት ፡ መጺእም ፡ እልዒሎም ፡ ዐዶም ፡ እእተ
ውዎ ። ክብኡ ፡ ቤተ-ሰቡ ፡ ኻብ ፡ ኳንደበ ፡ መጺእም ፡ ንሕዝባይ ፡ ሕጆ 4.
ም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ።

ድሕርዚ ፡ ሕዝባይ ፡ ምስ ፡ ሐዊ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ንዐጀምሓራ ፡ ኸደ ፡ 5.
መታን ፡ ንደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ሕነ ፡ ኽፈዲ ። እብ ፡ ጐንደር ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ 6.
ተቐመጠ ፡ ደገ ፡ ንጉስ ፡ ክጸንሕ ። እብኡ ፡ ንሐንቲ ፡ እምሓረይቲ ፡ በዓ
ልቲ ፡ ጐንደር ፡ እጥንሳ ። ክብኡ ፡ ኽብገስ ፡ ክሎ ፡ ኽእ ፡ ብዙሓት ፡ ሰራ 7.
ዊት ፡ ክብ ፡ ንጉስ ፡ ተቐቢሉ ፡ ንታ ፡ ሰበይቲ ፡ የላ ፤ « ንምልኽት ፡ ክትክ
ንኪ ፡ ምስ ፡ ወለድኪ ፡ እንኪ ፡ እዛ ፡ ቐለቤትዚእ ፤ ንእ ፡ ሕጆኪ ፡ ናብ ፡

ሐማሴን ፡ ምጺ ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ይልኪ ፡ እተዊ ፤ ንሰም ፡ ከአ ፡
እዛ ፡ ቐለቤት ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፤ ይቕበሉኺ ፡ እዮም ፡ » ይሉ ፡ ተላበዋ ።
8. ብድሕርዚ ፡ ሰራዊቱ ፡ ሕጂ ፡ ብዋልቃይት ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ፤ እሞ ፡
9. ንደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ከቢብዎ ፡ ሐደረ ። ኩብኡ ፡ ባዕሉ ፡ ፈላሲ ፡ ተመሲሉ ፡ ማ
10. እከሊ ፡ ዐዲ ፡ እንዳ ፡ እታ ፡ መርዓቱ ፡ አቶ ። እብኡ ፡ ኸፍ ፡ ይሉ ፡ ኸሎ ፡
መሰንቆ ፡ ዝሀርሙ ፡ ሰምዔ ። ንታ ፡ ሰበይቲ ፡ ኸአ ፡ « እምቤተይ ፤ ሐንሳ
እ ፡ እንዶ ፡ ነዚ ፡ መሰንቆ ፡ አይትልምናለይኒ ፤ » የላ ። ንሳ ፡ ኸአ ፡ ሕራ
ይ ፡ ይላ ፡ አምጽአትሉ ። ሽዑ ፡ ፈለማ ፡ ከቓንዮ ፡ ኸሎ ፡ ጀሚሩ ፡ ንብዓ
11. ት ፡ ሰዓረ ። እቶም ፡ እብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ሰባት ፡ « አቲ ፤ እንታይ ፡ ኰን
ኪ ፤ » እንተልዎ ፡ « እዚ ፡ አደራድራዚ ፡ አደራድራ ፡ ሕዝበይ ፡ ወዲ ፡
ዛኖይ ፡ ደአ ፡ ጥዒሙኒ ፡ » የለቶም ። ሰብ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ዝ
12. ቐተልዎ ፡ መኸልዎም ፡ « ቀደም ፡ ዝሞተ ፡ » ይሎም ፡ ሰሓቕዎ ። ደሐ
ር ፡ ግና ፡ ሕዝባይ ፡ ንበይና ፡ ጌሩ ፡ ኹሉ ፡ ነገራ ፤ ኪዳን ፡ ድማ ፡ አእተ
ዋ ፤ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ኸአ ፡ ተላበዋ ፤ « ጽባሕ ፡ ጸሓይ-ብርቃሕ ፡ አብዛ ፡ ል
ዕሊ ፡ ቤትኪ ፡ ፈልፈል ፡ እችብል ፡ ጨርቂ ፡ ብነዊሕ ፡ ዕጨይቲ ፡ ጌርኪ ፡
ትኸሊ ፤ ሽዑ ፡ ንአኸን ፡ ንቤትክን ፡ ሐዲገ ፡ ነዛ ፡ ዐዲ ፡ ሐመድ ፡ ክልሕ
ሳ ፡ እየ ፡ » ይልዎ ፡ አብ ፡ ሰራዊቱ ፡ ተመልሰ ።
13. ኩብኡ ፡ ንግሆ ፡ ሕዝባይ ፡ ምስ ፡ ሰራዊቱ ፡ ኹይኑ ፡ ንደቂ ፡ ሸሃይ ፡
ሰበምኒ ፡ ማሉምኒ ፡ ኹስትር ፡ አበሉም ። ሐንቲ ፡ ጥንስቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ተረ
ፈቶ ፤ እቲ ፡ ንሳ ፡ ዝወለደቶ ፡ እዩ ፡ ነዚም ፡ ሕጂ ፡ ዘለዉ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ ዝ
14. ፈረ ። ሕዝባይ ፡ ግና ፡ ምስአም ፡ ተላኸኺሙ ፡ እብኡ ፡ ሞተ ።
15. ቅድሚ ፡ ሞቱ ፡ ግና ፡ ምስታ ፡ አምሓረይቲ ፡ ዝገበሮ ፡ ኹሉ ፡ ንኸ
16. ንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ነጊርዎም ፡ ነበረ ። ዳሕራይ ፡ እዋን ፡ እታ ፡ አምሓረይቲ ፡
ወዳ ፡ አተሸም ፡ ምስ ፡ ጐበዘ ፡ ሕጻኖ ፡ እናሐተተት ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ሐ
17. ንስ ፡ መጸት ። ደሐር ፡ ከምታ ፡ ሕዝባይ ፡ ዘላ ፡ ንታ ፡ ቐለቤት ፡ ሃበቶም ።
18. ንሰም ፡ ድማ ፡ « መማን ፡ ወድና ፡ » ይሎም ፡ ተቐበልዎ ። አተሸም ፡ ከ





እ ፡ ከሳዕ ፡ ዝዐቢ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ነዊሕ ፡ ዘበን ፡ ነበረ ።
ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ከአ ፡ ኸም ፡ ወዶም ፡ ጌሮም ፡ አመንዎ ።

ሰሬ ፡ ሰይቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ። 38.

እንተኸነ ፤ 1.

ሀላይ ፡ ሰበይቲ ፤
ቤታ ፡ ተፍርስ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፡ ሰይቲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ገፋዒትኒ ፡ ዐማጺትኒ ፡ ኸነ
ት ፤ እሞ ፡ አተሸም ፡ ከአ ፡ ብኽፍአታ ፡ ኻብኡ ፡ ወጸ ። ከመይ ፤ – ንሰን ፡ 2.
ኩብቶም ፡ ሰድራ ፡ ቤተን ፡ ዝመጸ ፡ ሰፍሒ ፡ ስጕርፍአ ፡ ሌማት ፡ ጻሕሊ ፡
መሳሊ ፡ ናብ ፡ ቤተን ፡ አኸብአ ። ድሕርዚ ፡ እንስቲ ፡ ዘበላ ፡ ብሐንሳእ ፡ 3.
መኺረን ፡ ንሰብኡተን ፡ ሓደ ፡ መጺኡ ፡ « ምስሔይ ፡ » እንተላ ፡ « እንካ ፡
ናብ ፡ ክዳንካ ፡ » ትበሎ ፡ ይለን ፡ ቈረጻ ። ሰብኡት ፡ ዘበሉ ፡ ኸአ ፡ ብሐን 4.
ሳእ ፡ አብ ፡ ባይቶ ፡ ምስ ፡ ተአከቡ ፡ ሓደ ፡ ኻብአም ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ተዛ
ረበ ፤ « አታ ፤ ሎምስ ፡ እምበር ፡ ዘይርኹብ ፡ ረኺብኩ ፤ መጺኡ ፡ ንሰበይ
ተይ ፡ ምስሔይ ፡ እንተልክዎስ ፡ እንካ ፡ ሐወይ ፡ አብ ፡ ክዳንካ ፡ የለትኒ ፤
አቲ ፡ አብ ፡ ሰፍሒ ፡ ዘይትገብርለይ ፡ እንተልክዎስ ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ተ
ሪፉ ፡ የለትኒ ፤ ጸብሒኸ ፡ ዘይትገብርልና ፡ እንተልክዎ ፡ ኸአ ፡ ጻሕልስ ፡
እምበር ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ ተሪፉ ፡ የለትኒ ፡ » የሉም ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ሰ 5.
ብኡት ፡ ብሐንሳእ ፡ ኰይኖም ፡ « እዚአስ ፡ ንኹላትና ፡ እዩ ፡ » ይሉም ፡
ሐቢሮም ፡ ጕሃዩ ። ከምዚ ፡ ይሉም ፡ ከአ ፡ ተማኸሩ ፤ « አታ ፤ ብጀኻ ፡ ዐ
ዶም ፡ ሐዲግናሉም ፡ ምኽደ ፡ ካልእ ፡ ዘዋጽእና ፡ የልበን ፡ » የሉ ።
ብድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ ኸውጽኡ ፡ ንባሕ 6.
ሪ ፡ ወረዱ ፤ ንአተሸም ፡ ከአ ፡ ምቕማጥ ፡ ሐደግዎ ። ሽዑ ፡ አተሸም ፡ በ 7.
ቶም ፡ ግብር ፡ ተሐቢሉ ፡ « ሎሚ ፡ እዩ ፡ ዝቕንዐኒ ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡ ገረና ፡

8. ናይ ፡ ጭራ-ኾርዥራ ፡ ሸፈቱ ፡ ፤ አንግዐለይ ፡ » የለ ። ካብኡ ፡ ከንቲባ ፡
ሐንስ ፡ አብ ፡ መለንጎ ፡ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ ኸለዉ ፡ ሓደ ፡ ኻብ ፡ ቤቶም ፡ ከይ
ዱ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ነገሮም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ካብዶም ፡
ተቐርጮም ፡ ብጓሂ ፡ አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ተኸኸ ፡ ይሎም ፡ ሞቱ ።

39. ምእታው ፡ አተሽም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቌንጺ ።

1. አተሽም ፡ ቅድም ፡ አብ ፡ ገረና ፡ ተቐመጠ ፡ አብቲ ፡ ቃቦተ-ምንኪኤ
ል ፡ ዘለዎ ፡ ቤተኽስያን ። ደሐር ፡ ነቲ ፡ ቃቦት ፡ ሒዙ ፡ ናብ ፡ ስብጣ ፡ ቐ
2. ረበ ። እቶ ፡ እናተባህለ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ሽመት ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ አብኡ ፡
ሐለፈ ።
3, 4. አተሽም ፡ አብ ፡ ስብጣ ፡ ኸሎ ፡ ቤተኽስያን ፡ ክሰርሕ ፡ ደለ ። « አብ
ዚ ፡ ስፍራዚዶ ፡ ኽሰርሕ ፡ » ይሉ ፡ ነቦ ፡ ናፍር ፡ ግብጻዊ ፡ ሐተቶም ። ን
ሶም ፡ ከአ ፡ « አብቲ ፡ ኽትሰርሖሉ ፡ እትደሊ ፡ ላም ፡ ሕረድ ፡ » የልዎ ፤
5. እዋ ፡ ናብኡ ፡ ላም ፡ ክሐርድ ፡ አምጽኤ ። ምስ ፡ አኽስተንዋ ፡ ኸአ ፡
ሙማት ፡ አብያ ፡ ፈንጺጋ ፡ ገለበት ። ደሐር ፡ ደድሕሪአ ፡ እንተ ፡ ሰዓብ
ዋ ፡ ናብዛ ፡ ሎሚ ፡ ቤትኽስያን ፡ ዐዲ ፡ ቌንጺ ፡ ተሰሪሓትላ ፡ ዘላ ፡ መኻ
6. ን ፡ ወደቐት ። አቦ ፡ ናፍር ፡ ከአ ፡ « እምብአረይሲ ፡ አብዛ ፡ ላም ፡ ዝወ
7. ደቐትላ ፡ ስራሕ ፡ » የልዎ ። ሽዑ ፡ አተሽም ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቌንጺ ፡ ገዓዘ ፤
8. ነቲ ፡ ቃቦት ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተማሊኡ ፡ ቤተኽስያን ፡ ሰርሖሉ ።
አቦ ፡ ናፍር ፡ ድማ ፡ « እዚ ፡ ጐልጐልዚ ፡ ነሽኻን ፡ ደቅኻን ፡ ደቂ-ደቅኻን ፡
ክትመልእዎ ፡ ኢኹም ፡ » ይሎም ፡ ተነበዩሉ ።
9. እቶም ፡ ቅድሚ ፡ አተሽም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ሀዝቢ ፡ አስላም ፡ እ
ዮም ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ አስምዒል ፤ ፈራይአም ፡ ድማ ፡ ዓሊ ፡ ቅንጹብ ፡ እ
ተባህለ ፡ እዩ ፤ ስለዚ ፡ ዐዲ ፡ ቌንጺ ፡ ባህለት ፡ ዐዲ ፡ ዓሊ ፡ ቅንጹብ ፡ ባህ
ለት ፡ እዩ ።





አተሽም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ንብር ፡ ኔሩ ፤ አብ ፡ ቀጽሪ ፡ እቲ ፡ ባዕሉ ፡ 10.
ዘሰርሖ ፡ ቤተኽስያን ፡ ተቐብረ ።

40. « ምውጻእ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ። »

ብዘበን ፡ አተሽም ፡ ከምዚ ፡ ኾነ ፤ ይበሀል ። 1.
ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ስዋን ፡ ሽሮን ፡ ምስ ፡ ጸገቡ ፡ « ንዑናይ ፡ ንሐማሴን ፤ ሰ 2.
በምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ ንዝመት ፡ » የሉ ። ንሐድሕዶም ፡ « ሕራይ ፡ ሐቅኹ
ም ፡ » ይሎም ፡ ናብ ፡ ዘመተ ፡ ተበገሱ ። ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ አሕአም ፡ ክብ 3.
ልዑ ፡ እኽሎም ፡ ክዘርኡ ፡ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ ወሪዶም ፡ ነበሩ ። አብ ፡ ስብጣ ፡ 4.
አብ ፡ ሰፈር ፡ አተሽም ፡ « ሰራየ ፡ ኽዘምቱኹም ፡ ይመጹ ፡ አለዉ ፡ » ገ
ብል ፡ ወረ ፡ ተሰምዔ ። ሽዑ ፡ አተሽም ፡ ስሳን ፡ መርዐውቲ ፡ ስሳን ፡ አዕ
ሩኽ ፡ አኪቡ ፤ ሴፍ ፡ ዘለዎ ፡ ሴፉ ፡ ሒዙ ፡ ጕራደ ፡ ዘለዎ ፡ ጕራዲኡ ፡ ዐ
ጢቑ ፡ በዓል ፡ ኩናት ፡ ኩናቱ ፡ ሒዙ ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጌሮም ፡ ተሰሊፎ
ም ፡ ጸንሕዎም ። ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኸአ ፡ ምሌን-ሰገደ ፡ ዝዋንአም ፡ አብ ፡ ዕ 5.
ጡቕ ፡ ጭፍራ ፡ ወደቑ ፤ « ደሐን ፡ አሎና ፡ » ኽብሉ ። አብ ፡ ጥቓ ፡ ዐድ 6.
ተኽላይ ፡ ተዋጊአም ፡ ሰራየ ፡ ተሳዕሩ ። እታ ፡ መኻን ፡ ከአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎ
ሚ ፡ « ምውጻእ-ሰብ-ሰራየ ፡ » ትበሀል ፡ አላ ።
ካብዛ ፡ ዘልናያ ፡ መኻን ፡ ክሳዕ ፡ ዐደበ-ዝሐንስ ፡ ሀደሙ ። እንተኸ 7, 8.
ነ ፡ ሰበረ ፡ ኹሎ ፡ ግዜ ፡ ዕዩኡ ፡ አይሐድግኒ ፤ እዋ ፡ እቶም ፡ ስድራ ፡ አ
ተሽም ፡ ክሳድ ፡ ሒዞም ፡ ከረፍዎም ። አብኡ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ብድሕሪት ፡ 9.
እምበር ፤ ብቕድሚት ፡ ከይፈርሁ ፡ ኸለዉ ፡ ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ጸላእቶም ፡
ንሓደ ፡ ቌሎ ፡ ሰኒቑ ፡ ዝነበረ ፡ ሰብአይ ፡ ብኹናት ፡ ወግአ ። እቲ ፡ ብጫ 10.
ዩ ፡ ኸአ ፡ « ደሐንዶ ፡ እታ ፡ » ይሉ ፡ ሐተቶ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « እነስ ፡ ደሐ
ን ፡ እንተኾነ ፡ ቌሎይ ፡ ተኹዕዩ ፡ » የለ ። ስለዚ ፡ እታ ፡ መኻን ፡ « ምኹ 11.
ዓው-ቌሎ ፡ » ተባህለት ።

12. ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ኸአ ፡ አብኢ ፡ መላስ ፡ አውያት ፡ ዘይብሎም ፡ ተኹስ
ተሩ ። አተሽም ፡ ምስ ፡ ስድርኡ ፡ ብላዕሊ ፡ ኹይኖም ፡ ሓደ ፡ ኸየትረፉ ፡
ወዲኣምዎም ፡ ንዐጆም ፡ ተመልሱ ።

41. ## ደቂ ፡ አተሽም ።

1. አተሽም ፡ ከአ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ጥራይ ፡ ነበረቶ ። ንሳ ፡ ንተስፋ-ጼ
2. ን ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ወለደት ፡ መኸንት ። ደሓር ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ናብ ፡ መገ
ሽአ ፡ ብዙሓት ፡ አኸላባት ፡ ኹይኖም ፡ ንሓደ ፡ ኸልቢ ፡ ኸንጸጽውዎ ፡
3. ርኤት ። በዚ ፡ ምኸንያትዚ ፡ ወዲ ፡ ሓደ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፡ ጕሂት ። ዐዳ ፡ ም
ስ ፡ ተመልሰት ፡ ከአ ፡ ንሰብኣያ ፡ ብዙሕ ፡ ለመንቶ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ሐ
4. ምዳ ፡ እትባህለት ፡ ነበረት ፡ እሞ ፡ « ኩብኣ ፡ ውለድ ፡ » ይላ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡
ኸም ፡ ቃል ፡ ሰበይቱ ፡ ጌሩ ፡ ንሐምዳ ፡ ኻብ ፡ ምእራይ ፡ ዡዕንቲ ፡ አም
ጺኡ ፡ አእተዋ ፡ እሞ ፡ ኩብኣ ፡ ሸድሽተ ፡ አወዳት ፡ ወለደ ። ሸሞም ፡ ከ
አ ፡ ገረ-ኸስቶስ ፡ አብርሃም ፡ ብሽም ፡ ፈረሱ ፡ ራውያ ፡ እተባህለ ፡ ብሩሕ ፡
5. መንቁርስ ፡ ዘርጦናይ ፡ ያዕቆብ ፡ እዮም ። ድሕሪ ፡ ኹሎም ፡ ከአ ፡ ንሙ
6. ሳ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ እስላመይቲ ፡ ወለዶ ። እቶም ፡ «ሾብዐተ ፡ ደቂ ፡ አተሽ
ም ፡ ሳምናይ ፡ ሙሳ ፡ » እዚእቶም ፡ እዮም ።

7. ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አቡኡ ፡ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ ኹሎም ፡
አሕዋቱ ፡ ኸም ፡ ዐብን ፡ ሹምኒ ፡ ነበረ ። ንሱ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ወጺ
ኡ ፡ ሀዘጋ ፡ አቶ ፡ አብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ኸአ ፡ ንዐገባን ፡ ዘርኣይኒ ፡ ተኸለን ፡
8, 9. ሚናብኒ ፡ ወለደ ። ገረ-ኸስቶስ ፡ አብ ፡ ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ተቐመጠ ። አብርሃ
ም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ደየበ ፡ ኩብኡ ፡ ኸአ ፡ ሕምብርቲ ፡ ለቒቑ ፡
10. ናብ ፡ ወኪ-ድባ ፡ ተቐመጠ ። ብሩሕ ፡ ከአ ፡ ቆጽም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ አጣል ፡
ጥቓ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ መደቀሱ ፡ ገበረ ፡ ደሓር ፡ ሸሀቓይ ፡ ቶርዐቓይ ፡ እናተ
ዋግኡ ፡ እናዘመቱ ፡ ምስ ፡ አጽበበሉ ፡ « ወሰን ፡ ኩይኑ ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡
11. አሕዋቱ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ተመልሰ ። መንቁርስኒ ፡ ዘርጦናይኒ ፡ ናብ ፡





እንዳ ፡ አቦአም ፡ ተቐመጡ ። መንቁርስ ፡ ዛቕናይ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ « ቤተ
ኸስያን ፡ አቦና ፡ አገልግል ፡ » ይሎም ፡ አሕዋቱ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡
አቐመጥዎ ፡ ዝቕንንት ፡ ዘርጦናይ ፡ ግና ፡ ብርግጽ ፡ አይሰማዕናዮን ። ያ 12.
ዕቆብ ፡ ከአ ፡ ምንአስ ፡ አሕዋቱ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ « እዚ ፡ ንእሽ
ቶይ ፡ ሐወይሲ ፡ ምሳይ ፡ ይጽጋዕ ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡ ጥቕኡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡
ያዕቆብ ፡ አቐመጠ ። ሙሳ ፡ ኸአ ፡ ኩብታ ፡ እስላመይቲ ፡ እትወልደ ፡ ና 13.
ብ ፡ ዐዲ ፡ ሙሳ ፡ ተቐመጠ ።

## ተስፋ-ጼን ፡ እቲ ፡ ምኑቕ ። 42.

ተስፋ-ጼን ፡ በዥሪ ፡ ቤት ፡ እዩ ። በዲኡን ፡ በቡኡን ፡ ብሰይቲ ፡ አቡ 1.
ኡን ፡ ከአ ፡ ምኑቕ ፡ ነበረ ።

ሓደ ፡ ግዜ ፡ ንሱ ፡ ብንእሽቱኡ ፡ ኸሎ ፡ አቡኡ ፡ ጌና ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ 2.
ኸይአቶ ፡ ብሓደ ፡ በዓል ፡ እንዳ ፡ አተሽም ፡ ሐያሎ ፡ አጋይሽ ፡ አተዉ ።
ሽዑ ፡ ግብሪ ፡ ምስ ፡ ወደቐ ፡ አተሽም ፡ « ኪድ ፡ ንጆኻ ፡ ሐምዳ ፡ ጸውዐ 3.
ያ ፡ » ይሉ ፡ ለኣኾ ። ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ክጽውዓ ፡ ይሉ ፡ እትው ፡ እንተለ ፡
ሰብኣይ ፡ ሰሬቓ ፡ ጸንሐቶ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ተሎ ፡ ይጽውዐኺ ፡ አለዉ ፡ » 4.
ይልዋ ፡ ተመልሰ ። ነቡኡ ፡ ኸይነገረላ ፡ ኸአ ፡ « ጕይታይ ፡ ጥሽ ፡ እም
በር ፡ ደኣ ፡ ኸትአቱ ፡ ጸኒሓ ፡ እያ ፡ » ይሉ ፡ አመስመሰላ ። « ተሎ ፡ ሀው 5.
ኻ ፡ » ይሉ ፡ ከልኣይ ፡ ለኣኾ ። ንሳ ፡ ኸአ ፡ ተሀዊኻ ፡ ብድድ ፡ ይላ ፡ መጸ
ት ። አብቲ ፡ ቤት ፡ ግብሪ ፡ እትው ፡ ክትብል ፡ ከላ ፡ ደም ፡ አብ ፡ ሸኹን 6.
ኣ ፡ ጥብ ፡ የላ ። ተስፋ-ጼን ፡ ድማ ፡ ተሎ ፡ ይሉ ፡ ብኸዳኑ ፡ ድርዝ ፡ አበ
ለላ ። እሞ ፡ እዚ ፡ ኹሉ ፡ ሰይቲ ፡ አቡኡ ፡ ኸነሳ ፡ እያ ፡ እምበር ፡ አዲኡ ፡ 7.
እንተ ፡ ትኸውንሲ ፡ እኺ ፡ መምሰለ ።

ድሕርዚ ፡ ንሳ ፡ ምስ ፡ አቶት ፡ ንታ ፡ ቆጽም ፡ እትቐበለቓ ፡ ቐርኒ ፡ 8.
ሜስ ፡ እናዘረት ፡ አብቶም ፡ ዕዱማት ፡ « መርቑለይ ፡ » ይላ ፡ አመረቐ

9. ቻ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ እተሸም ፡ ወሲዳ ፡ አመረቐቻ ። ኵሎም ፡ ም
ስ ፡ መረቐዋ ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ጸዊዓ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ አሕዋቱን ፡ አብ ፡ ቅ
ድሚ ፡ አቡኡን ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ እቶም ፡ ዕዱማትን ፦

« እኸ ፡ በል ፡ ወደይ ፡ ብሩኽ ፤
እተመረቕት ፡ ትብጻሕካ ፤
ልዕሊ ፡ አሕዋትካ ፡ ሕደር ፤ »

10. ይላ ፡ ነታ ፡ ኵሎም ፡ ዝመረቕዋ ፡ ቐርኒ ፡ ሜስ ፡ ሃበቶ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ተ
ቐቢሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ኵሎም ፡ ሰተያ ።

43. ማርያም ፡ ተስፋ-ጼን ።

1. ተስፋ-ጼን ፡ አብ ፡ ዐዱ ፡ ቤተ'ኽስያን ፡ ክሰርሕ ፡ ክሎ ፡ እስገደ ፡ ወዲ ፡
ብእምነት ፡ ወድ-ወዱ ፡ ንሐደምበስ ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ሽም-ጅምንቑ ፡ ነበረ ፡
እሞ ፡ « ሎም ፡ መጺአዶ ፡ አብ ፡ ጥቓይ ፡ ቤተ'ኽስያን ፡ ክትሰርሕ ፧ » ይ
ሉ ፡ ነቲ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ስርሕ ፡ ዘንወዓሎ ፡ ለይቲ ፡ መመጺኡ ፡ የፍርስ ፡
ነበረ ።
2. ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ንሕዋቱ ፡ « እታ ፤ አነስ ፡ እምበር ፡ እንተ ፡ ጸላኢ ፡
ሰብ ፡ እንተ ፡ ጸላኢ ፡ ሰይጣን ፡ ክምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ጕድ ፡ ረኺበ ፡ » ይ
3. ሉ ፡ አማቐሎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ « በል ፤ እንታይ ፡ እሞ ፤ ሰብ ፡ እንተ ፡
ኰይኑ ፡ ሐደው ፡ ግኒ ፡ አብኡ ፡ ይጸንሐና ፤ ለይቲ ፡ አጽዋርና ፡ ሒዝና ፡
ንጸናተዎ ፡ » ይሎም ፡ ብለይቲ ፡ አድብዮም ፡ አብ ፡ ጥቓ ፡ እቲ ፡ ቤተ'ኽ
4. ስያን ፡ ተሐብኡ ። ሽዑ ፡ እስገደ ፡ ኸም ፡ ልማዱ ፡ ክፍርስ ፡ ይሉ ፡ ምስ ፡
ገለ ፡ ሰብ ፡ ኰይኑ ፡ መጸ ። ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ኻብ ፡ ሀ
ዘጋ ፡ ጀሚሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ሽም-ጅምንቑ ፡ አበረሮ ።
5. ኩብኡ ፡ እስገደ ፡ ሽም-ጅምንቑ ፡ ሐዲጉ ፡ ንእምባ-ደርሆ ፡ አቶ ። ተ
ስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ብዕረፍቲ ፡ ቤተ'ኽስያኑ ፡ ሰርሐ ።





ምጽናት ፡ ዛርጦናይ ። 44.

እቶም ፡ ሸድሽተ ፡ ደቂ ፡ ሐምዳ ፡ ኸአ ፡ አሕዋት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ « ከ 1.
መይ ፡ ይሉ ፡ ወዲ ፡ ኻልእ ፡ ሰበይቲ ፡ ጥንትግ ፡ አብ ፡ ልዕሌና ፡ ጥራይ ፡
ክኸውን ፧ » ይሎም ፡ በብቕሩብኦ ቅንአት ፡ አሕደሩ ። ሽዑ ፡ « ንቕተ
ሎ ፡ » ይሎም ፡ ዘተዩ ። መልሾም ፡ ከአ ፡ « እንታይ ፡ ከየምጽአ ፤ አልዒ 2.
ልና ፡ ሓደ ፡ ኻባና ፡ ዘይንሸይም ፤ እንታይ ፡ ባህጊ ፡ ምቕታሉ ፡ አሎና ፤ »
ይሎም ፡ ቈረጹ ።

ምእንትዚ ፡ ኽመኽሩ ፡ ዋዕላ ፡ ገበሩ ፤ እሞ ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ « ም 3.
ሳና ፡ ውዓል ፡ » ይሎም ፡ ጸውዕዎ ። አብኡ ፡ ዘተአም ፡ ክይወጽኡ ፡ ዛር 4.
ጦናይ ፡ አልዒሉ ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ወግአ ። ሽዑ ፡ ኵሎም ፡ ሰምቢዶም ፡ ን
ዛርጦናይ ፡ ሒዞም ፡ « ንቕተለልክዶ ፤ ሐደው ፡ እንታይ ፡ ንገበሮ ፧ » ይ
ሎም ፡ ንተስፋ-ጼን ፡ ሐተትዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ምቕታልሲ ፡ አይፋልኩም 5.
ኒ ፤ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ኽፉእ ፡ ግብሩ ፡ ንርእሱ ፡ ኽምለሰስ ፡ ዘርኢ ፡ ብተ
ኽ ፡ ይልኩም ፡ ሐደግዎ ፡ » የሎም ። ኵሎም ፡ ከአ ፡ 6.

« ዘርኢ ፡ ብተኽ ፤
ዘርኢ ፡ ብተኽ ፤
ዘርኢ ፡ ብተኽ ፤ »

ይሎም ፡ ረጊሞም ፡ ሐደግዎ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ዛርጦናይ ፡ ሐድጊ ፡
ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።

ብዛዕባ ፡ እቲ ፡ ሸመት ፡ አሕዋት ፡ ከአ ፡ ብፍቶት ፡ እቶም ፡ ሸድሽ 7.
ተን ፡ ብፍቓድ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ንገረ-ኽስቶስ ፡ ክነ ። ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ድ 8.
ሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ « ሸመት ፡ ኩብ ፡ ንጉስ ፡ እንተ ፡ አምጻእኩ ፡ እንታ
ይ ፡ ክይብሉ ፧ » ይሉ ፡ ሸመት ፡ ክምጽእ ፡ ንዐጀምሓሩ ፡ ኸደ ።

45. ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተስፋ-ጼን ።

1. ኩብቶም ፡ አርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ዘርኢ ፡ ተኽለን ፡ ዐገባን ፡ አ
ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ጕደበታታ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ዘርኢ ፡ ሚናብኒ ፡ ዘርኣ
2. ይኺ ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ ጕደበታታ ፡ አለዉ ። ምኽንያት ፡ እቲ ፡ ኸም
ዚ ፡ ይሉ ፡ አመቓቕልኦም ፡ ከአ ፡ እምብአር ፡ ተኽለን ፡ ሚናብኒ ፡ ኻብ ፡
ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፤ ዐገባን ፡ ዘርኣይኺ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፡ ከነሶ
ም ፤ አቦኦም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ በታ ፡ ንርእሱ ፡ ዝረኸባ ፡ ጸበባ ፤ « ተኽለን ፡
ዐገባን ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኺድኩም ፡ ተቐመጡ ፤ ሚናብኒ ፡ ዘርኣይኺ ፡ ግና ፡ ና
3. ብዚ ፡ ትረፉ ፤ » ይሉ ፡ ስለ ፡ አቶላበዎም ፡ እዩ ። ከምዚ ፡ ጌሩ ፤ ወዲ ፡ እ
ታ ፡ ሐንትን ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ሐንትን ፡ አዝኒቹ ፡ አቐመጦም ፤ ከኸም ፡ ም
ዕባዮምኒ ፡ ምንእሶምኒ ፡ ጌሩ ። እዚ ፡ መታን ፡ ከይበኣሱ ፤ ብፍቕሪ ፡ ኸነ
4. ብሩ ፡ ሓሲቡ ፡ ገበሮ ፤ እንተኸነ ፡ – – ። አወላልድኦም ፡ ድማ ፤ ኩብ ፡
አርባዕቲኦም ፡ ዐገባ ፡ በኹሪ ፡ እዩ ፤ ኩብታ ፡ ሐንቲ ፡ ኸአ ፡ ተኽለ ።
5. ተኽለ ፡ ኸም ፡ ትእዛዝ ፡ አቡኡ ፡ ሸዓ ፡ መጺኡ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተ
ቐመጠ ። ንሱ ፡ ድማ ፡ እዩ ፡ ንቤተኽስያን ፡ ጸዐዘጋ ፤ ንቕዱስ ፡ ገርግሽ ፡
6. ዘስርሔ ። ዐገባ ፤ በኹሪ ፡ ቤት ፡ እዩ ፡ አሞ ፤ ከም ፡ ሹም ፡ አሕዋቱ ፡ ኾ
ይኑ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቦኦም ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ጸንሔ ፤ ጸዐዘጋ ፡ ኸይኣቶ ፡
7. ኸአ ፤ ሞተ ። ደቂ ፡ ዐገባ ፡ ድማ ፡ ቕድም ፡ ምስ ፡ አቦኦም ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡
ነበሩ ፤ አቦኦም ፡ ምስ ፡ ሞተ ፡ ግና ፤ ከም ፡ ትእዛዝ ፡ አቦሐጎኦም ፡ ወሪዶ
ም ፡ ንተኽለ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰዓብዎ ። ሸሞም ፡ ከአ ፡ ሕንሸምኒ ፡ ፊልቖ
ስኒ ፡ በጕጮንኒ ፡ እዮም ።
8. እቶም ፡ ቅድሚ ፡ ተኽለ ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ዝነበሩ ፡ ዘጋ ፡ እዮም ፤ በ
ሀለት ፡ ሰብ ፡ ማል ። ጸዕዳ ፡ ዘጋ ፡ ባሀለት ፤ ጸሩያት ፡ ጓሶት ፡ ባሀለት ፡ እ
ዮ ፤ ከልእ ፡ ንብረት ፡ ዘይብሎም ። – –
9. በኻፍላ ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ክልአት ፡ ብዙሓት ፡ ከምዚ ፡ ዝብሉ ፡ አ





ለዉ ፤ አቦኦም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ገለ ፤ እኺ ፡ ኸም ፡ ዘይከፈሎም ፤ እንተኸነ ፤
በኹሪ ፡ ቤት ፡ ተኽለ ፡ እዩ ፡ አሞ ፤ አዝዩ ፡ ርሑስ ፡ ኰይኑ ፤ ባዕሉ ፡ ኻ
ብ ፡ አሕዋቱ ፡ ተፈልዩ ፤ « ይገፍሐኒን ፡ ይሔሽኒን ፤ » ይሉ ፤ ማሉን ፡ ገ
ንዘቡን ፡ አኺቡ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸም ፡ ዝሓዘ ። ብዛዕባ ፡ አደታቶም ፡ ድማ ፤ 10.
ተኽለን ፡ ዐገባን ፡ ኩብታ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፤ ሚናብኒ ፡ ዘርኣይኺ ፡ ኸአ ፡
ኻብታ ፡ ኻልኣይቲ ፡ ኸም ፡ አተወልዱ ፤ ይብልዎም ። በዚ ፡ ምኽንያት 11.
ዚ ፡ ኸአ ፤ ሚናብኒ ፡ ዘርኣይኺ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ዐገባ ፡ ንደቁ ፡ አጽበቡ
ሎም ፡ አሞ ፤ ተኽለ ፡ ንደቂ ፡ ሐዉ ፡ ኻብ ፡ ሀዘጋ ፡ አምጺኡ ፡ ናብ ፡ ጸዐ
ዘጋ ፡ አእተዎም ።

ውግእ ፡ ደቂ ፡ አተሸም ፡ ምስ ፡ አስገዴ ። 46.

ተስፋ-ጼን ፡ ኩብ ፡ ዝኸደስ ፤ አስገዴ ፡ ኸአ ፡ ኸቲቱ ፤ ነታ ፡ ስዕረቱ ፡ 1.
ሕን ፡ ኽፈዲ ፡ ይሉ ፤ ምስ ፡ ደቂ ፡ አተሸም ፡ ከዋጋእ ፡ መጸ ። ገረ-ኽስቶስ ፡
ከአ ፤ ከም ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፤ ንደቂ ፡ ሐዉ ፤ ንዐገባን ፡ ዘርኣይ ፡ ቅንጹብ
ኒ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ንኻልኣት ፡ አሕዋቱን ፡ ፈተውቱን ፡ አኪቡ ፡ ናብ ፡
ሽም-ጅምንቖ ፡ ተዋግኤ ። ሽዑ ፡ አስገዴ ፡ ሰዓረ ። ገረ-ኽስቶስ ፡ አብኡ ፡ 2.
ሞተ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ዐገባ ፤ ከሀድም ፡ ኩብል ፤ አብ ፡ ስርዋ ፡ ሞተ ። ዘ
ርኣይኺ ፡ ኸምኡ ፡ ድማ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኣት ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ።
አብርሃም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ኾይኑ ፤ አስገዴ ፡ ንገረ-ኽስቶ 3.
ስ ፡ ከም ፡ ዝሰዓሮ ፤ ሰምዔ ። ብእ-ብእ ፡ ኸአ ፡ ብፈረሱ ፡ ተቘሊቡ ፡ ሀዘጋ ፡ 4.
አቶ ። ኩብኡ ፡ ንወዲ ፡ ሐዉ ፤ ንዘርኣይ ፡ ቅንጹብ ፤ ምስኡ ፡ ተማሊኡ ፤
ንማይ-በላ ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ። ሽዑ ፡ ብፈረሱ ፡ ጌሩ ፤ በታ ፡ ገፍሓ ፡ ሰሪሩ ፡
ሐለፉ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፤ እታ ፡ ፈረሱ ፡ ራውያ ፡ ትበሀል ፡ ነበረት ፡ 5.
አሞ ፤ ኩብኡ ፡ ንነጅዉ ፡ እዚ ፡ ሽምዚ ፡ ንጉይትእ ፡ ትዋህበ ። እታ ፡ ዝ
ሰረረትላ ፡ ርባ ፡ ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ « ምስራር-ራውያ ፤ » ት

6. በሀል ፡ አላ ። ድሕርዚ ፤ ናብቲ ፡ መንገ ፡ ዐድ·ሀብ-ስሉስኒ ፡ ወኽ-ድባን ፡ ዘ
ሎ ፡ ጐልጐል ፡ ተሰለፉ ።
7. አብኡ ፡ ራውያ ፡ ናብ ፡ ዝባን ፡ ፈረሱ ፡ ኹይኑ ፡ ትውግእ ፡ ወዓለ ።
8. አስገዶ ፡ ኸአ ፡ ኸምኡ ፤ አብ ፡ ዝባን ፡ ፈረሱ ፡ ኹይኑ ፡ ኸዋጋእ ፡ ከሎ ፡
9. ኲናት ፡ ጌሮም ፡ ንፈረሱ ፤ ሐንዘፍዎ ። ሽም ፡ እቲ ፡ ፈረሱ ፡ ጐንዳል ፡ ይ
በሀል ፤ ቀለቡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ ገታ ፡ ስገምኒ ፡ ሰለስተ ፡ ገታ ፡ ጸባን ፡
ነንንግሆን ፡ ምሸትኒ ፡ ነበረ ። ስለዚ ፡ ኲናት ፡ አትዩዎ ፡ ኸሎ ፡ ንጕዪት
10. ኡ ፡ ሕጂ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ አቶ ፤ ናብኡ ፡ አትዩ ፡ ሞተ ። ድሕርዚ ፡ አስገ
ዶ ፡ ንታሕቲ ፡ ሀደመ ።
11. ራውያ ፡ ኸአ ፡ ንኡ ፡ ምስ ፡ ሰዓረ ፡ አብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ሐደረ ፤ ጥዒም
12. ዎ ፡ ድማ ፡ ሐደረ ። ካብዛ ፡ መዓልትዚአ ፡ ጀሚሩ ፡ ናብ ፡ ወኽ-ድባ ፡ ተቐ
13. መጠ ። ንሬሳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ አልዒሉ ፡ ናብኡ ፡ ቐበሮ ። ንዐገባ ፡ ኸ
አ ፡ ሀዘጋ ፡ ወሲዶም ፡ ቀበርዎ ።

47. ሞት ፡ ብሩሕ ።

1. አድከመ-ምልጋእ ፡ ከአ ፡ ስዕረት ፡ ምሴን-ሰገዶ ፡ ናብ ፡ ምውጻእ-ሰብ-
2. ሰራየ ፡ ምርሳዕ ፡ አብይዎም ፡ ድቃስ ፡ ሰአኑ ። ቈልዓ ፡ እናተወልደ ፡ ኸአ ፡
እንስቶም ፡

« ክትርስዕ ፡ ክትርስዕ ፤
ደም ፡ ደቀተሽም ፡ አይትረስዕ ፤ »

ይለን ፡ የቕምስአ ፡ ነበሩ ።
3. ያዕቆብ ፡ ወዲ ፡ ምሴን-ሰገዶ ፡ ኸአ ፡ ንሰብ ፡ ሰራየ ፡ ሕጂ ፡ ሕነ ፡ አቦ
ታተ ፡ ኽፈዲ ፡ ሐለቓ ፡ ኹይኑ ፡ ምስ ፡ ሰቡ ፡ ተሰለፈ ። ብሩሕ ፡ ወዲ ፡
አተሽም ፡ ድማ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ሕጂ ፡ ሐለቓአም ፡ ኰይኑ ፡ ወጺ ፤ እሞ ፡
4. አብ ፡ ክሳድ ፡ ዳዕሮ ፡ ገጠመ ። ሽዑ ፡ ሰብ ፡ ሰራየ ፡ ሰዓሩ ። ብሩሕ ፡ አብ
ቲ ፡ ውግእ ፡ ተወጊኡ ፡ ሞተ ፤ እታ ፡ ሰረርዋ ፡ ዝነበረ ፡ ባዝራ ፡ ኸአ ፡





ምሂራ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ቘንጺ ፡ ተአሲራ ፡ ውዒላ ፡ ነበረት ፡ እሞ ፡ ብምው
ቱ ፡ ውላዳ ፡ ደልያ ፡ ጸይራቶ ፡ ዐዲ ፡ አቶት ። እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ኸአ ፡ አው 5.
ሪዶም ፡ ገንጆም ፡ ወጆም ፡ ቀበሩ ።
ካብኡ ፡ ንነጆው ፡ እንስቲ ፡ ደቀተሽም ፡ ከአ ፡ ቈልዓ ፡ እናተወልደ ፡ 6.

« ክትርስዕ ፡ ክትርስዕ ፤
ደም ፡ አድከመ-ምልጋእ ፡ አይትረስዕ ፤ »

እናላ ፡ የቕምስአ ።
ደቀተሽምኒ ፡ አድከመ-ምልጋእኒ ፡ ውግአም ፡ በዚ ፡ አየዐረፈን ። አ 7.
ብ ፡ ማይ ፡ ግንድን ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ባናን ፡ አብ ፡ ማይ ፡ አሮንኒ ፡ ሽም ፡ ዝ
ገጠሙ ፡ ይገንቶ ፡ እዩ ።

ጅግንነት ፡ ዘርአይ ። 48.

ተስፋ-ጼን ፡ ድማ ፡ ዐጀምሓራ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ አቶ ፡ 1.
ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተቐቢሎም ፡ አብ ፡ ቤቶም ፡ ሜስ ፡ እናስተዩ ፡ « በል ፤ ሓ
ዶ ፡ ሽፍታ ፡ ጸላኢ ፡ አሎኒ ፡ እሞ ፡ ከተማዝአለይዮ ፡ ትኽእል ፤ » የል
ዎ ። ተሰፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ « ጐይታይ ፤ ሓዶ ፡ ባርዕ ፡ ዝኽነ ፡ ውላድ ፡ ደአ ፡
አሎኒ ፡ እምበር ፤ አነስ ፡ አይኽእልን ፤ » ይሉ ፡ መለሰሎም ። ንጉስ ፡ ከ 2.
አ ፡ « በል ፤ ተሎ ፡ አምጽአዮ ፤ » የልዎ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ልኡ
ኻት ፡ ሰዲዱ ፡ ንወዱ ፡ ንዘርአይ ፡ ቅንጹብ ፡ « ወደይ ፤ ሎም ፡ ሞትኒ ፡ 3.
ሽመትኒ ፡ ኽልቲኤን ፡ መጻና ፤ እሞ ፡ ንዓ ፡ አይትትረፍ ፤ » የሎ ። ዘርአ
ይ ፡ ከአ ፡ ተሎ ፡ ይሉ ፡ ኸም ፡ ፍቓድ ፡ አቡኡ ፡ ዐጀምሓራ ፡ ኸደ ።
ከም ፡ ትእዛዝ ፡ ንጉስ ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ሽፍታ ፡ ኽቐትል ፡ ይሉ ፡ ጸዓዲ
ት ፡ አሓ ፡ ጸዓዲ ፡ አብዑር ፡ ጸዓዲ ፡ አባጊዕ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ በብ 4.
ዐይነቱ ፡ ጸዓዲ ፡ ዝኽና ፡ ጥሪት ፡ አኪቡ ፡ አብቲ ፡ ሸፈቱሉ ፡ ዘሎ ፡ በረ
ኻ ፡ ወረደ ። አብኡ ፡ ሸሃይ ፡ መሽሉ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ኽዘውር ፡ ከሎ ፡ እ 5.

ቲ ፡ ሽፍታ ፡ ድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ እትባሀለ ፡ ንዒቾም ፡ ምስ ፡ ሒደት ፡ ርእሱ ፡
6. ኰይኑ ፡ ክዘምቶ ፡ መጸ ። ዘርኣይ ፡ ድማ ፡ እዘንጊው ፡ ንቶም ፡ ምስኡ ፡
ዝነበሩ ፡ ቐቲሉ ፡ ንቲ ፡ ሽፍታ ፡ ንድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ ግና ፡ አሲሩ ፡ ናብ ፡ ንጉ
ስ ፡ አበርኩቶ ።
7. ሽዑ ፡ ንጉስ ፡ ነቡኡ ፡ ንተስፋጼን ፡ ሽመት ፡ ሃብዎ ። ተስፋጼን ፡ ድ
ማ ፡ ገዛኢ ፡ ሀገር ፡ ኰይኑ ፡ ንዐዲኡ ፡ ተመልሰ ፤ እሞ ፡ ክብኡ ፡ ናብ ፡ ወዲ ፡
ናብ ፡ ዘርኣይ ፡ ሐለፈ ።

## 49. እርሓ ፡ ዘርኣይን ፡ አስምዔን ።

1. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ እትባሀለ ፡ በዓል ፡ ዐጋሜ ፡ ናብ ፡
ሽማንጉስ ፡ ተቐመጠ ፤ እሞ ፡ ሐንቲ ፡ መዓልቲ ፡ ኸምዚ ፡ ኸነ ፡ ይብሉ ።
2. እሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስኒ ፡ እሓ ፡ ዘርኣይ ፡ ቀንጸብኒ ፡ ማይ ፡ ክሰትያ ፡
እብ ፡ ርባ ፡ ተኾር ፡ ተራኽባ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ እርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስኒ ፡
እርሓ ፡ ዘርኣይ ፡ ቀንጸብኒ ፡ ናብቲ ፡ ርባ ፡ ተራኺቦም ፡ ተቐማኡ ፤ እ
ሞ ፡ እርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ሰዓረ ። ዘርኣይ ፡ ክአ ፡ « እርሓይ ፡ ተሰዒ
ሩኒ ፡ » ይሉ ፡ ጕሀዩ ፡ ንቲ ፡ እርሓ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ብኹናት ፡ ቀተሎ ።
3. ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ድማ ፡ « እርሓይ ፡ ቀቲሉለይ ፡ » ይሉ ፡ ጕሀዩ ፡ ኩና
ቲ ፡ እብሊሑ ፡ ሴፉ ፡ ስሒሉ ፡ ሕን ፡ ኽፈዲ ፡ ምሽ ፡ ምስ ፡ አባጊዕ ፡ ተጻ
ሪኹ ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ዘርኣይ ፡ እቶ ። ዘርኣይ ፡ እዚ ፡ ኹሉ ፡
4. ኽይፈለጠ ፡ ትም ፡ ይሉ ፡ ናብ ፡ ንእዱ ፡ ደቀሰ ። ሰርጸ-እንድርያስ ፡ « እን
ተ ፡ ቐተልክሞስ ፡ ንደቀይ ፡ ምስቶም ፡ ሐያላት ፡ ደምንት ፡ ክሐድገሎም ፡
እየ ፡ » ይሉ ፡ ተጠዓሰ ፤ እሞ ፡ ንቲ ፡ ዝሓሰቦ ፡ ሐዲጉ ፡ ኻልእ ፡ ምኽሪ ፡
5. መኸረ ። ለይቲ ፡ ተንሲኡ ፡ ኻብቲ ፡ ጋዕሲ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ኻብቲ ፡ ጸጕሪ ፡
ርእሲ ፡ ሰበይቱን ፡ ክብቲ ፡ ጕንጕን ፡ ፈረሱን ፡ ብሴፍ ፡ ጕሚዱ ፡ እርሕ
ዩ ፡ ንዐዲኡ ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ።
6. እብ ፡ ተኾር ፡ ክበጽሕ ፡ ክሎ ፡ ምድሪ ፡ ወግሐ ፤ እሞ ፡ ምስ ፡ ሓደ ፡





ኻብ ፡ ጨዓረሺ ፡ ዝመጸ ፡ ኻህን ፡ ተጓነፈ ። ሽዑ ፡ ንቲ ፡ ኻህን ፡ « ደው ፡
በል ፡ » ይሉ ፡ ሓዘ ፤ « አበይ ፡ ትእቱ ! » ይሉ ፡ ኸአ ፡ ሐተቶ ። ነሹ ፡
ኸአ ፡ « ሀዘጋ ፡ እንዳ ፡ ዘርኣይ ፡ » የለ ። « እምብእረይሲ ፡ ሐደው ፡ ክ 7.
ቐትለካ ፡ እየ ፡ ሐደው ፡ እዚ ፡ ሕጂ ፡ ዝብለካ ፡ ግበረለይ ፡ » ይሉ ፡ እኒ
ራርሆ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ ክአ ፡ « ሕራይ ፤ ዘልክኒ ፡ እገብር ፡ » የለ ። ሰር
ጸ-እንድርያስ ፡ « ግዝትዶ ፡ ይግበረልካ ! » የሎ ፤ ነሹ ፡ ድማ ፡ « ይግ
በረለይ ፡ » የለ ። « በል ፡ እንካ ፤ ንዘርኣይ ፡ ቀንጸብ ፡ እዚ ፡ ኻብ ፡ ጋዕስ 8.
ኻን ፡ ክብ ፡ ጸጕሪ ፡ ርእሲ ፡ ሰበይትኻን ፡ ክብ ፡ ጕንጕን ፡ ፈረስካን ፡ ዝቔ
ረጽኩዎ ፡ እዩ ፡ የለካ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ በለለይ ፡ » የሎ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ 9.
ክአ ፡ « ሕራይ ፤ እነግረልካ ፡ » የለ ፤ እሞ ፡ መገዲ ፡ ኸደ ።
እብ ፡ ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ እቶ ፡ እቲ ፡ ኻህን ፡ ንዘርኣይ ፡ ምስ ፡ ሰበይቱ ፡ 10.
ጕሀዩን ፡ ተጕልቢቡን ፡ ረኸበ ። ቅድም ፡ « ከመ-ሐደርኩም ! » ምስለ ፡ 11.
ንቶም ፡ ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ « እንታይ ፡ ኴንኩም ፡ ኢኹም ፡ ጕሁያ
ት ፡ መሽልኩም ፡ እቸረአዩ ! » ይሉ ፡ ሐተቶም ። ንሳቶም ፡ ክአ ፡ « እቶ
ም ፡ መምህረይ ፤ ሰብ ፡ ትስሕቕ ፡ ሐዲሩልና ፤ ርእዩ ፡ እማ ፡ እዚ ፡ እርእ
ስና ፡ » የልዎ ። እቲ ፡ ኻህን ፡ ክአ ፡ እቲ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ ዘሎ ፡ ነገሮ 12.
ም ፡ ንቲ ፡ ጸጕሪ ፡ ድማ ፡ አርእዮም ። ሽዑ ፡ ዘርኣይ ፡ ቀንጸብ ፡ የለ ፤
« አስምዔ ! » ማለት ፡ አሳማምዐለይ ፡ እዩ ። ክብኡ ፡ ሰርጸ-እንድርያስ ፡ 13.
አስምዔ ፡ ተባሀለ ፡ ይበሀል ።

## ሞት ፡ ዘርኣይ ።

50.

ድሕርዚ ፡ ኹሉ ፡ ኸአ ፡ ዘርኣይ ፡ ንጉስ ፡ ሐጅምዎ ፡ ንጋላ-ቤት ፡ ክኞ 1.
ግኡ ፡ ኸዱ ።
ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ናብቲ ፡ ውግእ ፡ ዘርኣይ ፡ ሐጺር ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ክ 2.
ም ፡ ዑፍ ፡ ኰይኑ ፡ ይሻላበብ ፡ ነበረ ። እብ ፡ መንጎዚ ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ጋ 3.
ላ ፡ ሐንክሾታት ፡ እብ ፡ ምድሪ ፡ ተኺሎምሉ ፡ እብ ፡ ዝነበሩ ፡ ምስ ፡ ፈ

4. ረሱ ፡ ድርግም ፡ የለ ። አብኡ ፡ ፈረሱን ፡ ነሹን ፡ ሞቱ ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡
ዘርኣይ ፡ ሰልኣዲን ፡ ኣብ ፡ ዝበሀል ፡ ምድሪ ፡ ጋላ ፡ ዐረፈ ።
5. ኣብ ፡ ሰልኣዲን ፡ ድማ ፡ ተቐብረ ። መቓብር ፡ ዘርኣይ ፡ ከኣ ፡ ኽሳዕ ፡
ሳይት-ሎም ፡ ፍሉጥ ፡ መኸን ፡ እዩ ።

## 51. ምትእትታው ፡ ዞኸለ ፡ ናብ ፡ እርግኝኡ ።

1. ሰይቲ ፡ ተኽለ ፡ መኻን ፡ ነበረት ፡ እሞ ፥ ከይወለደ ፥ ነዊሕ ፡ እዋን ፡
ተቐመጠ ። ንደቂ ፡ ሐዉ ፡ ኸኣ ፥ ንደቂ ፡ ዐገበ ፥ ከም ፡ ደቁ ፡ ጌሩ ፡ ረኣ
ዮም ።
2. ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ከኣ ፥ ተኽለ ፡ ምስ ፡ አረገ ፥ ግልባሽ ፡ ዐይኑ ፡
ምስ ፡ ወደቆ ፥ ማይ ፡ ጨሎት ፡ ክሕጸብ ፡ ይሉ ፡ ንእንዳበ ፡ ማይታን ፡ ከ
3. ደ ። ደቂ ፡ ሐዉ ፡ ኸኣ ፥ ሐወቦኦም ፡ ተኽለ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ብምት
4. ራፉ ፡ ጕህዮም ፥ እንዳበ ፡ ማይታን ፡ ከይዶም ፡ አምጽእዎ ። ሽዑ ፡ አበ ፡
ማይታን ፡ ንቶም ፡ ደቂ ፡ ኸምዚ ፡ የልዎም ፤ « ሕጂ ፡ ሕጅኩምዎ ፡ ኸት
ከዱ ፡ ኸሎኹም ፥ ኣብታ ፡ ጥቓ ፡ ዐድኹም ፡ እታ ፡ ፈለማ ፥ እትኝነፈኹ
ም ፡ ጕርዞ ፡ አመርዕዉሉ ፤ ሽዑ ፡ ኽብኣ ፡ ሐድጊ ፡ ይሐድግ ፡ እዩ ፥ » ይ
ሉም ፡ መኸርዎም ።
5. ደሓር ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ኸምታ ፡ ዘረበ ፡ አበ ፡ ማይታን ፡ ኣብ ፡ ማይ ፡
6. ጨው ፡ ሐንቲ ፡ ጕርዞ ፡ ተኻነፈቶም ፤ ንኣ ፡ ሕጆም ፡ አእተዉሉ ። ተኽ
ለ ፡ ኸኣ ፡ ኽብኣ ፡ ንቶም ፡ አርበዕቲኦም ፡ ደቂ ፡ ወለደ ፤ ሽሞም ፡ ከኣ ፡
ዘርኣ-ብሩኽ ፥ ዕቑባ-ኣብ ፥ ኬፋ ፥ ዕቑበይ ፡ እዮም ።

## 52. ንጉስ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ።

1. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸኣ ፡ ንጉስ ፡ ንሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ ኣብ ፡
ሕምብርቲ ፡ ሰፈሩ ።





ሽዑ ፥ « ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ መን ፡ አሎ ፤ » ይሎም ፡ አጸው 2.
ው ። ክንቲባ ፡ ዳፍላ ፡ እትበሀሉ ፡ ኸኣ ፥ በዓል ፡ ተዐንደር ፥ ምስ ፡ ንጉስ ፡ 3.
ዝነበሩ ፥ ፈታው ፡ ዘርኣይ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥ ንእሰገዶም ፥ ንወዲ ፡ ዘርኣይ ፥
ኣብ ፡ ንጉስ ፥ አእተውዎ ። ንጉስ ፡ ድማ ፥ « ሽመት ፡ አቦኻዶ ፡ ኽህበኻ ፤ » 4.
የልዎ ። ነሱ ፡ ግና ፥ ሽላ ፡ ይሉ ፡ ስለ ፡ ዝረኣዮ ፥ « ጐይታይ ፤ አይደልን ፥ »
ይሉ ፡ ወጸ ። ደሓር ፡ ሕንሽም ፡ ወዲ ፡ ዐገበ ፥ ወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ንእሰገደ 5.
ም ፥ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ነበረ ፡ እሞ ፥ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ አቶ ። ንጉስ ፡ ከኣ ፥ « ይ
ጥበቐልካ ፥ » ይሎም ፡ ሽመት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሃብዎ ።
ካብኡ ፡ ሽማንጉስ ፡ እትበሀለ ፡ ሰብኣይ ፡ መሬሕዎም ፥ ብደርሰኒይ ፡ 6.
አቢሉ ፡ ንበረኻ ፡ አውረዶም ። ሽዑ ፥ ብኡ ፡ አቢሎም ፡ ክሐልፉ ፡ ኸለ 7.
ዉ ፥ ኣብ ፡ ወኽ-ሽብንቐ ፡ እቲ ፡ ኽሉ ፡ ሰራዊቶም ፡ ሐንት-ሐንቲ ፡ እም
ኒ ፡ አልዒሉ ፡ ጭርሖ ፡ ጨርሐ ። እቲ ፡ ጨርሒ ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይት-
ሎም ፡ ፍሉጥ ፡ እዩ ። ካብኡ ፥ በረኻ ፡ ወረዶም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፥ ነቲ ፡ 8.
መራሒኦም ፥ ንሽማንጉስ ፥ « ዝደሌኻዮ ፡ ኽህበኻ ፡ ተመኒ ፥ » የልዎ ። ነ
ሱ ፡ ኸኣ ፥ « ጐይታይ ፤ ርስቲ ፡ እየ ፡ ዝደሊ ፥ » የሎም ። ንሶም ፡ ከኣ ፥
« ትብጻሕካ ፥ » የልዎ ። ሽዑ ፥ ጀሚሩ ፥ ሽማንጉስ ፡ ኣብ ፥ ጕዳጕዲ ፥ ተ 9.
ቐመጠ ።
በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸኣ ፡ ንጉስ ፡ ነዘም ፡ ሰሚ ፡ ኣብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዘ 10.
ለዉ ፥ ሐሙሽተ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዝበሃሉ ፥ አረስተይዎም ። ንቶም ፡ ኣብኡ ፡
ዝነበሩ ፡ ሰብ ፡ ሊባን ፡ ግና ፥ ጸም ፡ ስለ ፡ ዘሕደርዎም ፥ ንቅጽዓት ፡ ምድ
ሮም ፡ ከልእዎም ።

## ወለዶ ፡ ሚናብ-ዘርኣይ ። 53.

እቶም ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ አቦኦም ፡ ዝተረፉ ፡ ኽልተ ፡ ደቂ ፡ ተስፋ-ጼን ፥ 1.
አመቓቕልኦም ፡ ከምዚ ፡ እዩ ።
ሚናብ ፡ ንዕንቈ-ሓርያን ፡ ንስብሃት-ለኣብኒ ፡ ወለደ ። ስብሃት-ለኣብ ፡ 2, 3.

4. ንሽም-ጅምንቍ ፡ ከደ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ አብኡ ፡ አለዉ ። ዕ
ንቁ-ሓርያ ፡ ኸአ ፡ ንደበነን ፡ ንዘርአ-ብሩኸኒ ፡ ንዘርኡን ፡ ንተስፋ-ጼንኒ ፡
ወለደ ። አዚም ፡ አርባዕቲኦም ፡ አሕዋት ፡ አብ ፡ ዐድን ፡ አብ ፡ ጉደበን ፡
ክነብሩ ፡ ዘርኦም ፡ ኩሎም ፡ ብሽም ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ ሓዎም ፡ ደበነ ፡ ሕጂ ፡
ገዛ ፡ ዐድ-ደበነይ ፡ ይበሃሉ ። እዚኣቶም ፡ ኩሎም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡
እዮም ፤ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቅኦም ፡ ዘርኤ ፡ ወዲ ፡ መንግስቱ ፡
እዩ ። — —

5. ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ንአስገዶምኒ ፡ ሀብ-ስሉስኒ ፡ ሽማግለን ፡ አስፈዳን ፡
መርዓዊን ፡ ወለደ ። ክብኦም ፡ ከአ ፡ ብጀኸ ፡ አስገዶም ፡ አርባዕቲኦም ፡
6. አብ ፡ ወጸኢ ፡ ሰፈሩ ። ሀብ-ስሉስ ፡ አብዛ ፡ ብሽሙ ፡ ተጸዊዓ ፡ ዘላ ፡ ዐዲ ፡
7. ተቐመጠ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብኡ ፡ አለዉ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡
8. ሽማግለ ፡ ናብ ፡ ዐሽማግለ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ናብአ ፡ አለዉ ። አስፈዳ ፡
ድማ ፡ ኸም ፡ አሕዋቱ ፡ ዐዱ ፡ ብሽሙ ፡ ትጽዋዕ ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡
9. አለዉ ። መርዓዊ ፡ ድማ ፡ ዐዱ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ትበሀል ፤ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡
10. ናብኡ ፡ እዮም ፡ ዘለዉ ። — — እቲ ፡ በኹሪ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፡ አስገዶም ፡
አቶባህለ ፡ ነሱ ፡ ንደብረ-ጮንኒ ፡ ንሀብተ-ማርያምኒ ፡ ንፍሬ-ምኸአኒ ፡ ወለ
11. ደ ። ክብኦም ፡ ደብረ-ጮንኒ ፡ ሀብተ-ማርያምኒ ፡ ሓደ ፡ ኹይኖም ፡ ገዛ ፡ ዐ
ዲ ፡ ደብረ-ጮን ፡ ይበሃሉ ፤ እሞ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኩይኖም ፡ አለዉ ። ጭ
12. ቅኦም ፡ ድማ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አይተ ፡ ገረንኪኤል ፡ እዩ ። ፍሬ-ምኸአ ፡
ከአ ፡ ዘርኡ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ፍሬ-ምኸአ ፡ ይበሃሉ ። እዚኣቶም ፡ ድማ ፡ ሕጂ ፡
ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኩይኖም ፡ አለዉ ፤ ጭቅኦም ፡ ከአ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ትወል
13. ዳይ ፡ እዩ ። ብፍላይ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዘርኢ ፡ ደብረ-ጮንኒ ፡ ፍሬ-ምኸአኒ ፡ ና
ብ ፡ ሸነኽ ፡ በረኻ ፡ ናብ ፡ ክልቲ ፡ ቊሸት ፡ አደናን ፡ ተገድረን ፡ ዝበሃላ ፡
ሰፈሮም ፡ አለዉ ።

14. አሕዋት ፡ ደቂ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ሐያሎ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ሚን-ዓመር ፡
ፋሕ ፡ ይሎም ፡ አለዉ ፡ ብሓደ ፡ ሽም ፡ አሳቢዓ ፡ ዝበሃሉ ። እዚኣቶም ፡





ኩሎም ፡ አቦኦም ፡ ወዲ ፡ ዘርኣይ ፡ እዩ ፤ ነቲ ፡ ሽፍታ ፡ ድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ ደ
ልዩ ፡ ኸዘውር ፡ ከሎ ፡ ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ በዓልቲ ፡ በረኻ ፡ ዝወ
ለዶ ። — —

እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ ድማ ፡ ብዘርኣይ ፡ ጀሚሩ ፡ ኻብኡ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ 15.
ናብ ፡ አስገዶም ፡ ሐለፈ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ አስገዶም ፡ አብ ፡ ወዱ ፡
አብ ፡ ደብረ-ጮን ፤ ካብ ፡ ደብረ-ጮን ፡ አብ ፡ ዕቊብ-ሐንስ ፤ ካብ ፡ ዕቊብ-ሐ
ንስ ፡ አብ ፡ ተኽሎም ፤ ካብ ፡ ተኽሎም ፡ አብ ፡ ድሎም ፤ ካብ ፡ ድሎም ፡
አብ ፡ ክንቲብ ፡ ዘኽስቶስ ፤ ካብ ፡ ክንቲብ ፡ ዘኽስቶስ ፡ አብ ፡ ወልዲት ፤ ካ
ብ ፡ ወልዲት ፡ አብ ፡ ረድኢ ፤ ካብ ፡ ረድኢ ፡ ናብ ፡ ብጽዓይ ፤ ካብ ፡ ብጽ
ዓይ ፡ ከአ ፡ ሎሚ ፡ ናብ ፡ በኺት ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡ እዚ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ 16.
ካብ ፡ አቦ ፡ ናብ ፡ ውሉድ ፡ እናሐለፈ ፡ ክሳዕ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ በጽሐ ።

## መለዶ ፡ ተኽሉ-ዐገባ ። 54.

እመቃቅላ ፡ ተኽሌ-ዐገባ ፡ ኸምዚ ፡ እዩ ። 1.
ተኽለ ፡ ንዘርአ-ብሩኽኒ ፡ ዕቊብ-አብኒ ፡ ኬፋን ፡ ዕቊብይኒ ፡ ወለደ ፤ 2.
ክብኦም ፡ ኬፋ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዘርአ-ብሩኽ ፡ ድማ ፡ ንአቢ 3.
ብኒ ፡ ንላእከ-ጼንኒ ፡ ንእምሓን ፡ ንጋይን ፡ መፍለስኒ ፡ ወለደ ፤ ክብኦም ፡
ጋይን ፡ መፍለስ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዕቊብ-አብ ፡ ከአ ፡ ንዘገርግ 4.
ሽኒ ፡ ንመሓረ-ኽስቶስኒ ፡ ንዐጽመ-ገርግሽኒ ፡ ንሓርይኡን ፡ ወለደ ፤ ክብአ
ም ፡ ዐጽመ-ገርግሽ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ። ዕቊብይ ፡ ከአ ፡ ንናትኒ 5.
ኤልኒ ፡ ንገረ-ዩሱስኒ ፡ ወለደ ፤ ገረ-ዩሱስ ፡ ግና ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሉ ፡ ጠፍኤ ።
ካብ ፡ ደቂ ፡ ዘርአ-ብሩኽ ፡ አቢብኒ ፡ እምሓን ፡ አብ ፡ ተኽለ ፡ ታሕታ 6.
ይ ፡ አለዉ ፤ ላእከ-ጼን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ተኽለ ፡ ላዕላይ ። እዚኣቶም ፡ ከም ፡
ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኩይኖም ፡ አለዉ ፤ በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቅኦም ፡ አ
ይተ ፡ ቐለተ ፡ እዩ ። ደቂ ፡ ዕቊብ-አብ ፡ ከአ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ 7.
ደቂ ፡ ዕቊብይ ፡ አብ ፡ ላዕላይ ፡ ተኽለ ፡ አለዉ ። እዚኣቶም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡

ሓደ ፡ ዐሌት ፡ እዮም ፤ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቕአም ፡ ከንቲባ ፡ መርአ
ድ ፡ እዮም ። – –
8. ደቂ ፡ ዐገባ ፡ ኸአ ፡ ሕንሽምኒ ፡ ፈልቐስኒ ፡ በጋ-ጮንኒ ፡ ሰለስቲኦም ፡
አመቓቕልኦም ፡ ከምዚ ፡ እዩ ።
9. ሕንሽም ፡ ንሳምሶንኒ ፡ ንኽፍለን ፡ ንሕዝባይኒ ፡ ወለደ ። ነሹ ፡ በኰ
ፊ ፡ ዐገባ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ አብኡ ፡ ነበረ ። ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ና
10. ብ ፡ በኹረ ፡ ወዲ ፡ ናብ ፡ ሳምሶን ፡ ሐለፈ ። ሳምሶን ፡ ከአ ፡ ንአተሽምኒ ፡ ንሐን
ሸሉሽኒ ፡ ንተኽለ-ስሉስኒ ፡ ንጸሊማይኒ ፡ ንኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ወለደ ።
ካብአም ፡ ድማ ፡ አተሽም ፡ በኹረ ፡ ቤት ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐ
11. ዲ ፡ አብኡ ፡ ሐለፈ ። ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ ድብልዩስ ፡ ካብ ፡ ድብ
ልዩስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ ኸንቲባ ፡ ሐንስ ፡ ካብ ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ አብ ፡
ወጆም ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ካብ ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አብ ፡ ወ
12. ጆም ፡ ተስፋ-ገርግሽ ። ተስፋ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ውላድ ፡ ስለ ፡ ዘይነበሮ ፡ ብፍ
ቓድ ፡ ዐዲ ፡ እቲ ፡ ዕቤት ፡ ዐዲ ፡ ናብ ፡ እስገዶም ፡ ወዲ ፡ ዘርአይ ፡ ክር
ፎ ፡ ሐለፈ ፡ ነሹ ፡ ኸአ ፡ ካብ ፡ ዐሌቶም ፡ መቕርብ ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፡ ከም
ዚ ፡ ይሉ ፤

ዘርአይ ፤ ክርፎ ፡ ወዲ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፤
ገረ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ሐደራንኪኤል ፤
ሐደራንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐንደንኪኤል ፤

ዐንደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ሐው ፡ ከንቲባ ፡ ሐንስ ፡ እዩ ፡ ወዲ ፡ ድብልዩስ ።
13. – – ሐንሸሉሽ ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ ስእሊት ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ተኽለ-ስሉስኒ ፡ ጸ
ሊማይኒ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ። ከንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ን
14. ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮም ። ስድራ ፡ አተሽምኒ ፡
ሐንሸሉሽኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለዉ ፤
ጭቕአም ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ዕቑብ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ስእላይ ፡ እዩ ።
15. ከንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ኸኣ ፡ ንዐገባን ፡ ንዐን-ስላሰን ፡ ንተስፋላሰን ፡ ንተኽ





ለ-ሃይማኖትኒ ፡ ወለዱ ። ካብዚኦቶም ፡ ዐገባን ፡ ዐን-ስላሰን ፡ ተስፋላሰን ፤ 16.
ሰለስቲኦም ፡ ዝፈረይዎም ፡ ብሽም ፡ አቦኦም ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽፍ
ለ ፡ ይበሃሉ ፤ እሞ ፡ ካብአም ፡ እቲ ፡ ተስፋላሰ ፡ እትበሀለ ፡ ነሹ ፡ ንኸንቲ
ባ ፡ ገረ-ስላሰን ፡ ንሕዋቶምኒ ፡ ወለደ ፤ ከንቲባ ፡ ገረ-ስላሰ ፡ ኸአ ፡ ንዐድ-ደገዝ
ማቲ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮም ። ንሳቶም ፡ ኵሎም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖ
ም ፡ አለዉ ፤ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቕአም ፡ ገብረ ፡ ወዲ ፡ ሕድራይ ፡
እዩ ። ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ራብዓይ ፡ ሐምም ፤ ንተኽለ-ታትዮስ 17.
ኒ ፡ ንፍንጀይኒ ፡ ወለደ ፤ ዘርኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ አለዉ ። ካ 18.
ብ ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ኸአ ፡ ሐሐሊፎም ፡ አብ ፡ ሐያሎ ፡ ዐድታት ፡
ተዘሪኦም ፡ አለዉ ፤ ከም ፡ አብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፤ መርሓኖ ፤ ዐዲ ፡ ጐምብ
ሎ ፤ ዐድገልግል ፤ ዐድንዓይ ፤ ቀራና-ኹዶ ፤ አብ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኦት ፡ ዐድ
ታት ፡ ከአ ።

ሕዝባይ ፡ ከአ ፤ እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ ወዲ ፡ ሕንሽም ፤ ንገዛ ፡ ዐዲ ፡ ሕዝባ 19.
ይ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። እዚኦቶም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ ኰይኖም ፡ አለዉ ፤
ጭቕአም ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ ተስፉ ፡ እዮም ።

ዝተረፉ ፡ ኻልኦት ፡ ደቂ ፡ ዐገባ ፡ ኸአ ፤ ወለዶኦም ፡ እዚ ፡ እዩ ። ፈል 20,21.
ቐስ ፡ ንገዛ ፡ ዐዲ ፡ ጐዕላይ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ነሹ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ተብአ
ሱ ፡ ናብ ፡ ከልእ ፡ ሀገር ፡ ዐሎ ። ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ ዘበን ፡ ካብ ፡ ዘርኡ ፡ ዐ
ዲ ፡ ጐዕላይ ፡ እትበሀሉ ፡ ናብ ፡ ጽላለ ፡ ይቕመጡ ፡ ነበሩ ። ካብኡ ፡ ብዘ
በን ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ተማጊቶም ፡ ምድሮም ፡ ረኸቡ ፤ እሞ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘ
ጋ ፡ ተቐመጡ ። ንሳቶም ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ዐሌት ፡ እዮም ፤ ጭቕአም ፡ ድማ ፡
በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ገብረ ፡ ወዲ ፡ ነጋሲ ፡ እዩ ። – – በጋ-ጮን ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ አ 22.
ሽሻይ ፡ ፈረ ። እዚኦቶም ፡ ሕጂ ፤ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ እዮ ፡
ቍጽሮም ። – –

እዞም ፡ ሽድሽተ ፡ ዐሌትዚኦቶም ፤ ብምኽፋል ፡ ግብሪ ፡ ቤትኽስያ 23.
ን ፡ ከነ ፡ ግብሪ ፡ መንግስቲ ፤ ከም ፡ ዝጸብጸብናዮም ፤ ከምዚ ፡ ይሎም ፡

24. ይምጸቡ ። ብጆኸአም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሓደ ፡ ሳብዓይ ፡ ዐሴት ፡ አ
ለዉ ፡ ላዕላይ ፡ ገዛ ፡ ሐደው ፡ ኸአ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡ እተባህሉ ። እንተ ኾነ ፡
25. እዚአቶም ፡ ንዳሕራዩ ፡ እቶም ፡ ገዛእቲ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አስፈርዎም ። ን
ሸቶም ፡ ገሊኦም ፡ ካብ ፡ ወቐርቲ ፡ ገሊኦም ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ክትመውልዕ ፡
ዝመጹ ፡ ዐሌት ፡ ጩቖ ፡ እዮም ። በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ኸአ ፡ ጭቕአም ፡ ገዛ
ሀይ ፡ ወዲ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ እዩ ።

55. ሞት ፡ ሕንሽም ።

1. ሕንሽም ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ጃንተኸል ፡ ውና ፡ ሕንሽም ፡
2. አብ ፡ ገዘበህል ፡ መደቕሱ ፡ ገበረ ። የማን ፡ ጸጋም ፡ ከአ ፡ ይሻላበብኒ ፡ ይ
3. ዘምትኒ ፡ ነበረ ። ንእሹለ-ጕዛይ ፡ ድማ ፡ ድቓስ ፡ ከሊኦምም ፡ ነበረ ። እሹ
ለ-ጕዛይ ፡ ድማ ፡ ዝገብርዎ ፡ ምስ ፡ ሰአኑ ፡ ዘይጥበብ ፡ ተጣበቡ ፤ እሞ ፡
ሰብአይ ፡ በዓል ፡ ደሐን ፡ ተመሲሉ ፡ ናብ ፡ ሕንሽም ፡ አቶ ። ከምዚ ፡ ገዘ
ረበ ፡ ኸአ ፡ አምሲሉ ፡ በቲ ፡ ተኹልኩልዎ ፡ ዝነበረ ፡ ጕጅ ፡ አምዑቱ ፡
4. ዘረቖ ፡ ቐተሎ ። ሕንሽም ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጠፍኤ ።
5. ሽመቱ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዱ ፡ ናብ ፡ ክንቲባ ፡ ኽፍለ ፡ ሐለፈ ።

56. ውግእ ፡ ጕልጕል ፡ አምብዓ ።

1. አብቲ ፡ ቐደም ፡ ዘበን ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ጅግና ፡ ሕንሽም ፡ ዘብል ፡
ነበረ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ንጋስ ፡ ዘገርግሽ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ።
2. ነሱ ፡ ነተን ፡ አሓ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ሳዕሪ ፡ ኽብልዕ ፡ ብሐጋይ ፡ ናብ ፡ ቀ
3. ላቕል ፡ ወረደ ። ሰለስተ ፡ ደቂ ፡ መፍለስ ፡ ከአ ፡ ነተን ፡ አሓ ፡ ኽዘምቱ ፡
ሐደጋ ፡ ወደቕዎም ። እቶም ፡ ብጮት ፡ ሕንሽም ፡ ሀደሙ ፤ እቲ ፡ እሙ
ን ፡ ባርያ ፡ ሕንሽም ፡ ግና ፡ ንጐይትኡ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ሰሓሎ ፤ « ካብ ፡
4. ሀደሙ ፡ ሞቱ ፡ ይሓሸኖ ፤ ንሙት ፡ ደአ ፡ » የሎ ። ሽው ፡ ሕንሽም ፡ እዚ ፡





እሙን ፡ ባርይኡን ፡ ገለ ፡ ቕሩባት ፡ ዝረኸቦም ፡ ሰብኒ ፡ ሕጂ ፡ ነቶም ፡ ዘ
መትቲ ፡ ተዋግአም ፤ እሞ ፡ ሰዓርዎም ፤ አብቲ ፡ ጕልጕል ፡ አምብዓ ፡ አር
ብዓ ፡ አውደቖሎም ። ነበ ፡ ሕንሽም ፡ ከአ ፡ « ወድኻ ፡ ሐባብ ፡ ወዲ ቖም
ዎ ፤ እሞ ፡ ተቐጊኡ ፡ ሰዒርዎም ፤ አርብዓ ፡ ኸአ ፡ አውዲቖሎም ፡ » የል 5.
ዎ ። ነሱ ፡ ድማ ፡ « አብ ፡ ጕልጕል ፡ አምብዓን ፡ አርብዓን ፤ አይወጸይ
ኒ ፡ » የለ ።

ነዚ ፡ ሕንሽምዚ ፡ ይኹን ፡ ሐደው ፡ ነቲ ፡ ሓደ ፡ ሕንሽም ፡ ወዲ ፡ ዐ 6.
ገባ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ሐለዩሉ ፤

ሕንሽም ፡ ሲላየ ፤
በዓል ፡ አምበላየ ።
አበይ ፡ እዩ ፡ ጨርሕኻ ፤
በዓል ፡ አውላይ ፡ አሓ ፤
አብ ፡ ጕልጕል ፡ አምብዓ ፤
ቀታል ፡ ክልተ ፡ አርብዓ ።
ሕንሽም ፡ ሕንሽም ፤
ወዲ ፡ ደቀተሽም ፤
ብዛብያ ፡ ዝቕርስም ።

ጥዚ ፡ ሕዝባይ ።

57.

ሕንሽም ፡ ምስ ፡ ሞተ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ደቁ ፡ ሳምሶንኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ኽ
ፍለን ፡ ሕዝባይኒ ፡ « ምድርና ፡ ነጸልም ፡ » የሉ ። ሕዝባይ ፡ ከአ ፡ መታ 1.
ን ፡ ንግራት ፡ ዓንብ ፡ ክረኽብ ፡ ዘይጥበብ ፡ ተጣበበ ። ንሓደ ፡ ሰብአይ ፡ 2.
ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ተቛረቘረ ፤ « ጽባሕ ፡ ምስ ፡ አሕዋተይ ፡ ምድሪ ፡ ኽንመ
ቕል ፡ ኢና ፤ እሞ ፡ እናሂልካ ፡ እዛ ፡ በትረይ ፤ ዕጨይተይ ፡ ይለ ፡ ኸእት
ዋ ፡ እየ ፤ ነስኻ ፡ ኸአ ፡ ሐላፍ ፡ መገዲ ፡ መሲልካ ፡ በታ ፡ ዘሎናያ ፡ ምጻ
እ ፤ እሞ ፡ ዕጨይቲ ፡ አውድቓልና ፡ እንተልናኻ ፡ ነዛ ፡ በትረይ ፡ አብቲ ፡

3. ሽንኽቲ ፡ አውድቐለይ ፥ » የሎ ፡ አሕዋቱ ፡ ኸአ ፥ ኵሎ-ኹሉ ፡ ኽይፈለ
4. ጡ ፥ ተተሓሒዞም ፥ ምድሪ ፡ ኽጸልሙ ፥ ወፈሩ ። አብ ፡ ሰለስተ ፡ ምስ ፡
መጀብዎ ፡ ኸአ ፥ እቲ ፡ ሕዝባይ ፡ እቶቛራቑሮ ፡ ሰብአይ ፡ መጺኡ ፡ ኽም
ታ ፡ እቶበህሃልዎ ፡ ገበረ ፤ እሞ ፡ ግራት ፡ ዓንብ ፡ ንሕዝባይ ፡ በጽሐቶ ።
5. ቓንቷብ ፡ ኽፍለ ፡ ኸአ ፡ ናይ ፡ ጕርሒ ፡ ምኺና ፡ አለልዮምዋ ፡ ንሕዝባ
ይ ፡ የልዎ !

« እንተ ፡ ደኣ ፡ ብጾነት ፡ ክነን ፡ ተቓመጣ ፤
እንተ ፡ ደኣ ፡ ብጕርሒ ፡ ኽነን ፡ ተጕድአ ፤
ደቕኻን ፡ ሐረስቲ ፤
ደቐይቲ ፡ በዓሶቲ ፤
ይግበሮም ፥ » የልዎ ።

6. በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ግራት ፡ ዓንብ ፡ ተባህለት ።

58. ዓንብ ፡ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ።

1. ብዛዕባ ፡ ግራት ፡ ዓንብ ፡ ክአ ፥ ባዕላቶም ፥ እቶም ፡ ሰብ ፡ ርስቲ ፡ ዝ
ኾኑ ፥ ከምዚ ፡ ይሉም ፡ የዘንትዉ ።
2. ደቂ ፡ ሕነሽም ፡ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ፡ ሳምሶንኒ ፡ እዮም ፤ እሞ ፥ ሰለ
ስቲኦም ፡ አሕዋት ፥ ክፍለን ፡ ሕዝባይኒ ፡ ደቂ ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፥ ሳምሶ
3. ን ፡ ግና ፡ ወቢ ፥ ወዲ ፡ ቆዳመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ነበረ ። ስለዚ ፥ እቲ ፡ ምድ
ሮም ፡ ምኽፋል ፡ ምስ ፡ ቈረጹ ፥ ንሳምሶን ፥ ‹ ነስኻ ፡ ወቢ ፡ ኢኻ ፡ እሞ ፥
ክፈለና ፡ ባዕልኻ ፥ » ይሉም ፡ የልዎ ፤ ንሱ ፡ ግና ፡ « አይከነን ፤ ክልቴኹ
4. ም ፡ ክፈልኩምዎ ፥ ምጺኡ ፥ » ይሉ ፡ አበዮም ። ነሳቶም ፡ ክአ ፥ ቀደም ፡ ድ
ማ ፥ ዝጠየቕዎ ፡ አይብልበምኒ ፡ እዩ ፤ ፍቓዶምሲ ፡ ባዕላቶም ፡ ክግምዱ ፤
እሞ ፥ ብሐንሳእ ፡ ክአ ፡ ኽጽምብሩ ፡ ኻብቲ ፡ በይና ፡ ዘጻኡ ፡ ሐዎም ፥
ፍቶቶም ፡ ነበረ ፤ ምእንቲ ፥ ምስ ፡ ክፈለ ፥ አብ ፡ መንጎ ፡ ኽልቲኦም ፡ ግ
ዲኡ ፡ ኽይበጽሖ ፥ ክባለሓቱ ፡ እዮም ፡ ዝገበርዎ ።





ሎሚ ፡ ንኽፍለ ፡ በጺሑ ፡ ዘሎን ፡ ንሕዝባይኒ ፡ ንደቂ ፡ ሳምሶንኒ ፥ 5.
እቲ ፡ ናይ ፡ ክፍለ ፡ ዒላ ፡ አድረሰም ፡ ይበሀል ፤ እሞ ፥ ብሸንኽ ፡ ሰሜን ፥
በቲ ፡ እቶጸሕሮም ፡ አእማን ፥ መንጎ ፡ ዐድን ፡ መንጎ ፡ ዐዲ ፡ ሰጕዱን ፡ ዘ
ሎ ፡ እዩ ፤ እቲ ፡ ናይ ፡ ሳምሶን ፡ ክአ ፥ አብ ፡ ማእከል ፡ ዘሎ ፥ ንመገዲ ፡ ዐ
ዲ ፡ ገብሩን ፡ ንደቂ ፡ ዳሽምኒ ፡ ዝወስድ ፡ ዘሎ ፥ ሕዛእቲ ፡ ወቢ ፡ እዩ ፡ ሽ
ሙ ፤ እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ ክአ ፥ ግራት ፡ ዓንብ ፥ ክፍሊ ፡ ሕዝባይ ፥ ጺጋም ፥
መገዲ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፥ ምስ ፡ ሓዘ ፥ ንሸንኽ ፥ ደቡብ ፡ ዘቢል ፥ አብ ፥ መን
ጉኡ ፥ እኺ ፥ መገዲ ፡ ሕምብርቲ ፡ ዘሎ ፥ እዩ ። እሞ ፥ ንምኽፋሉ ፡ ኽድ 6.
ልድሉ ፡ ኽለዉ ፥ ክፍለን ፥ ሕዝባይኒ ፡ ተበህሃሉ ፥ ክብሉ ፤ « ደጊም ፥ አ
ብ ፡ መንጎና ፥ ኽይእቱ ፥ እዛ ፡ ማእከለይቲ ፥ ንንእሳ ፤ እዘን ፡ ክልተ ፡ ወሰ
ኖት ፡ ግና ፥ ንግፍሐየን ፥ ምእንቲ ፥ ወቢ ፡ እዩ ፥ ይሉ ፥ ሳምሶን ፡ ክብዘን ፥
ክልተ ፡ ገፋሕቲ ፡ ወሰኖት ፡ ክሐሬ ፥ » ይሉም ። « ደሐር ፥ ንሱ ፡ ምስ ፡ ሐ
ረ ፥ ክልቴና ፥ ብሐንሳእ ፡ ንድምብር ፥ » ይሉም ፡ መኽሩሉ ።
ደሐር ፥ ምስ ፡ ክፈልዎ ፥ « ንዓ ፤ ሕጅስ ፡ ክፈልናዮ ፤ እሞ ፥ ገማዴና ፥ 7.
ኽንወስድ ፥ » ይሉም ፡ የልዎ ። አብቲ ፥ በታ ፡ ምስ ፡ ወፈሩ ፥ ምእንቲ ፥ 8.
ብገርሀንቶም ፥ ከም ፡ ዝገበርዎ ፡ ኽምስሉ ፥ ንሳምሶን ፥ « ሕሬ ፥ ቕድሚት ፥
ነስኻ ፡ ወቢና ፡ ኢኻ ፡ እሞ ፥ » ይሉም ፥ የልዎ ። ንሱ ፥ ቕድሚት ፡ ብገር 9.
ሁ ፥ « ብዕጨይት-ውድቕ ፥ ደኣ ፡ ይብጽሐና ፥ » ይልዎም ፥ ነበረ ፤ ደሐር ፥
ግና ፥ እምብዛ ፡ ምውጻሰምኒ ፥ ብሓደ ፥ ወገን ፥ አቓለሉ ፥ ብሓደ ፥ ወገን ፥
ክአ ፡ ጥርጥር ፥ አይተረፎን ፥ በቲ ፥ ብዙሕ ፥ ቃል-ዓለሞም ። ስለዚ ፡ ነቲ ፥ 10.
ዝኽፈልዎ ፡ ምድሪ ፥ ገለ ፥ ርቡሕ ፥ ገለ ፥ ጕዱል ፡ ክይኸውን ፡ ብምባል ፥
ዘዘይሩ ፥ ንሰለስቲኡን ፥ ክፍሊ ፡ በብተራ ፥ ግዝፈንኒ ፥ ምንአሰንኒ ፥ ርአ
ዩ ፡ ጠሚቶ ፥ እተን ፡ ክልተ ፥ ወሰኖት ፥ ብምኽሮምኒ ፡ ብተንከሎምኒ ፥
ኽም ፡ ዘግዝፍወን ፥ እታ ፥ ማእከለይቲ ፥ ግና ፥ ኽም ፡ ዘንእስዋ ፥ ምእንቲ ፥
ኻብተን ፡ ገዚፍቲ ፥ ኽሐሬ ፥ አስተውዒሉ ፥ ደሐር ፥ አብ ፥ ግራት ፥ ዓንብ ፥
ኰይኑ ፥ ነገሩ ፡ አጕህይዎ ፥ « ዓንብ ፥ » የለ ፤ እሞ ፥ « ባሀ ፡ እኺ ፥ ኽይብ

ለኹም ፡ ምእንቲ ፡ ኸትኾፋላለዩ ፡ እዛ ፡ ማእከለይቲ ፡ ንእሽቶ ፡ ሐሬኹ ፡»
11. የሉም ። ስለዚ ፡ እኳ ፡ ነሱ ፡ ዐቢ ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፡ ሽም ፡ እታ ፡ ምድሩ ፡
ሕዛእቲ ፡ ዐቢ ፡ ተባህለት ።
12. ክፍሊ ፡ ሕዝባይ ፡ ከአ ፡ በቲ ፡ ናብአ ፡ ኹይኑ ፡ ሳምሰን ፡ « ዓገብ ፡»
ዘሎ ፡ « ግራት ፡ ዓገብ ፡ » ይሉዎም ፡ ሽም ፡ ሃብዎ ።

## 59. ሹማምቲ ።

1. ሽመት ፡ ክንቲባ ፡ ኽፍሊ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ወዲ ፡ ናብ ፡ ተኽለ-ሃይማኖ
ት ፡ ሐለፈ ።
2. ተኽለ-ሃይማኖት ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኹይኑ ፡ ኽገዝእ ፡ ከሎ ፡ ሀገር ፡ ብ
ኽፉእ ፡ ነቐጽን ፡ ንፋስኒ ፡ ዘርኡ ፡ ጠፍኤ ፤ በብዓመት ፡ ከአ ፡ ገደደ ። በ
ዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ኸአ ፡ አሕዋት ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ አብ ፡
3. ተኽለ-ታትዮስ ፡ አሕለፍዎ ። ሽው ፡ ኸአ ፡ ዝገደደ ፡ ኾነ ። ተኽለ-ታትዮስ ፡
4. ድማ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ርኤ ፡ ሽመት ፡ አብ ፡ አሕዋት ፡ መለሰ ። አሕዋት ፡ ከ
አ ፡ ንኽንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ሳምሶን ፡ ሽምዎም ። – –
5. ክንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ንወደም ፡ እምሓ ፡ ግብሪ ፡
6. ንንጉስ ፡ ክውፊ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ሰደድዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡
አትዩ ፡ ደገ ፡ ንጉስ ፡ ጸኒዑ ፡ ንቤተ-መንግስቲ ፡ አገልጊሉ ፡ ኻብ ፡ ንጉስ ፡ ክ
ንቲብነት ፡ ተቐበለ ። ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ተመልሰ ፡ ኸአ ፡ « አበይ ፡ ከሎ ፡ አነ ፡
7. ኽሸየም ፡ አይግበአኝን ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡ አቡኡ ፡ አሕለፎ ። ክምዚ ፡ ይሉ
ም ፡ ክንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ቅድም ፡ በሕዋት ፡ ደሐር ፡ ብወዶም ፡ ተሸሙ ።

## 60. ምእታው ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ።

1. ተኽለ-ታትዮስ ፡ ከአ ፡ ሽመቱ ፡ ምስ ፡ ሐለፈ ፡ ንደቁ ፡ አኪቡ ፡ ዐዲ ፡
ገብሩ ፡ አቶ ።
2. ምኽንያቱ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ሀብታም ፡ ገብሩ ፡ እተባህለ ፡ በዓል ፡ መቐ





ርካ ፡ ዐንሰባ ፡ ናብ ፡ እንዳባ ፡ ሽሞ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ባርያ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡
ከአ ፡ ንጓል ፡ ገብሩ ፡ ዐዲ ፡ ኽይዱ ፡ አተሓረቓ ። ገብሩ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ባር
ያ ፡ ቐተሎ ፤ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ድማ ፡ በዚ ፡ ጉህዩ ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ ጠርዔ ።
ንጉስ ፡ ዘረብኡ ፡ ሰሚዖም ፤ « በል ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ንርስትኻ ፡ ት 3.
ኹን ፤ ካልእ ፡ ግና ፡ አይትግበር ፡ » ይሉዎም ፡ ፈረዱሉ ።
ክምዚ ፡ ይሉ ፡ እዩ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ንዐዲ ፡ ገብሩ ፡ እተረስተ ። እ 4, 5.
ቶም ፡ ደቂ ፡ ሐወ ፡ ደቂ ፡ ፍንጃይ ፡ ድማ ፡ ድሕርዚ ፡ ሰዓቡ ።

## ዑና ፡ ሓሸልኒ ፡ ዑና ፡ ጉዶን ። 61.

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ኽልተ ፡ ፋሕፋሕ ፡ ዝብላ ፡ ዐድታት ፡
ነበራ ፤ ዑና ፡ ሓሸልኒ ፡ ዑና ፡ ጉዶን ፡ ዝበሃላ ። አጠፋፍእኤን ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ 1.
ኽምዚ ፡ እዩ ፡ ይብልዎ ።
ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ወዲ ፡ ናብዘን ፡ ዐድታትዚአተን ፡ ብሀሴታ ፡ ሞ
ቶ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ቐታሊ ፡ ፍትሒ ፡ እውጺእም ፤ ሕ 2.
ነ ፡ ኽይፈድዮላ ፡ ዕሽሽ ፡ ይሉዎም ፡ ረአይዎ ። ነሳ ፡ ኸአ ፡ መታን ፡ ሕነ ፡ ወ
ዲ ፡ ኽትፈዲ ፡ ብአደ ፡ ሐድሕድ ፡ ክም ፡ ዝጣፍኡ ፡ ገበረቶም ። 3.
ፈላሲት ፡ ተመሲላ ፡ ናብ ፡ ዑና ፡ ሓሸል ፡ መጺአ ፡ ክምዚ ፡ ይላ ፡ ት
ልምን ፤ « ማርያም ፡ ትሀብኩም ፤ ካብዚ ፡ ዑና ፡ ጉዶ ፡ ዝብሉኹም ፡ ክ 4.
አ ፡ የውጽእኩም ። » « እንታይ ፡ ይብሉና ፡ አልዮም ፡ አቲ ! » እንተል
ዎ ፡ ኸአ ፡ « ም ፡ እንታይኬ ፡ ዘይብሉኹም ፤ አስያሮም ፡ አስሒሎም ፤ አ 5.
ጽዋሮም ፡ ቀሪበም ፡ ደአ ፡ ንዑና ፡ ሓሸል ፡ ሐመድ ፡ ክንገብሮም ፡ ይብሉ ፡
ሰሚዔ ፡ » ትብሎም ። ነሳቶም ፡ ከአ ፡ « ሀይ ፤ ይምጽአ ፡ ኸሞ ፡ » ይብ
ልዎ ። ናብ ፡ ዑና ፡ ጉዶ ፡ ኽይዳ ፡ ድማ ፡ ኽምዚ ፡ ይላ ፡ ትልምን ፤ « ማር
ያም ፡ ትሀብኩም ፤ ካብዚ ፡ ዑና ፡ ሓሸል ፡ ዝብሉኹም ፡ ክአ ፡ የውጽእኩ 6.
ም ። » « እንታይ ፡ ይብሉና ፡ አልዮም ፡ አቲ ! » እንተልዎ ፡ ኸአ ፡ « ም ፤ 7.
እንታይኬ ፡ ዘይብሉኹም ፤ አስያሮም ፡ አስሒሎም ፤ አጽዋሮም ፡ ቀሪበ

ም፡ ደኢ፡ ንዐና፡ ጕጅ፡ ሐመድ፡ ክንገብሮም፡ ይብሉ፡ ሰሚዔ፡» ትብ
ሎም። ነሳቶም፡ «አብኡ፡ ኸሞ፡ ይደየን፡» ይብልዎ።
8. ደሐር፡ ሓደ፡ መዓልቲ፡ እቶም፡ ጓሶት፡ «አሓይ፡ እየን፡ ቅድም፡
ገዘትያ፡» «አሓይ፡ እበ፡ ደጅ፡ እየን፡ ቅድም፡ ገዘትያ፡» ተበሃሂሎ
9. ም፡ ተበኣሱ፡ እሞ፡ ኣውያት፡ ኮነ። ሽዑ፡ ዑና፡ ጕጅ፡ «ዑና፡ ሓሸል፡
ወደቹና፡» ይሎም፡ ዐጢቖም፡ አጽዋሮም፡ ሒዞም፡ ወረር፡ የሉ። ዑ
ና፡ ሓሸል፡ ድማ፡ «ዑና፡ ጕጅ፡ ወደቹና፡» ይሎም፡ ዐጢቖምኒ፡ ተሰ
10. ሊፎምኒ፡ መጹ። እሞ፡ ክልቲኦም፡ ተፋለሱ።
እቲ፡ ምድሮም፡ ከአ፡ ፈረቕኡን፡ ጻዕዳ-ኽስታን፡ ፈረቕኡን፡ ዐዲ፡
ሰጕዶን፡ ወኸ-ድብን፡ ወሰድዎ።

62. ## ወለዶ፡ ቤት፡ ገረ-ኽስቶስ።

1. ገረ-ኽስቶስ፡ አብ፡ ጻዕዳ-ኽስታን፡ ኰይኑ፡ ዮሴፍ፡ ቶምበሳ፡ ሀብታ
ይ፡ ሐይላይ፡ ብሩሕ፡ ዕቑባላስ፡ ንተባህሉ፡ ንሽዱሽቲኦም፡ ወለደ። ክብ
2. ኦም፡ ብሩሕኒ፡ ዕቊባላሰን፡ ዘርኢ፡ ዘይብሎም፡ ጠፍኡ። ሀብታይ፡ ን
3. ጻዕዳ-እምባ፡ ኸደ፡ ፲ ዘርኡ፡ ኸአ፡ ኽሳዕ፡ ሕጂ፡ አብኡ፡ አለዉ። ከምኡ፡
ድማ፡ ሐይላይ፡ ንቈሸት፡ ከደ፡ ፲ ዘርኡ፡ ኸአ፡ ኽሳዕ፡ ሕጂ፡ አብኡ፡
4. አለዉ። ዮሴፍኒ፡ ቶምበሰን፡ ድማ፡ ናብ፡ ጻዕዳ-ኽስታን፡ ተረፉ።
5. ክብኦም፡ ከአ፡ ብፍላይ፡ ዮሴፍ፡ ንገረ-ኽስቶስኒ፡ ንሰመረ-ኽስቶስኒ፡
6. ወለደ። ሰመረ-ኽስቶስ፡ ንዳዕሮ-ቓውሎስ፡ ከደ፡ ፲ ዘርኡ፡ ኸአ፡ ኽሳዕ፡ ሕ
7. ጂ፡ አብኡ፡ አለዉ። ገረ-ኽስቶስ፡ ከአ፡ ናብ፡ እንዳ፡ አቡኡ፡ ኰይኑ፡
ንተስፋ-እገዝግን፡ ንብጽዕ-እምላኽኒ፡ ንሀብተ-ልዑልኒ፡ ወለደ።
8, 9. ክብዚኣቶም፡ እንዳ፡ ሀብተ-ልዑል፡ አውራቶም፡ ዐበይቲ፡ ኾኑ። ነ
ሳቶም፡ አብ፡ ጻዕዳ-ኽስታን፡ እዚ፡ ዐዲ፡ ኽንቲባ፡ እዚ፡ ዐደይጠበ፡ አለ
ውዎም። ክብኦም፡ ድማ፡ አብ፡ ዐዲ፡ ሰጕዶን፡ አብ፡ ዐዲ፡ ሐሙሸተ
ን፡ ዐዲብ-ነገርኒ፡ አብ፡ ጕዳይፍኒ፡ ገጅረትኒ፡ አለውዎም።





## ወለዶ፡ ደቂ፡ ብሩሕ። 63.

ብሩሕ፡ ንሐደምበስኒ፡ ቴድሮስኒ፡ ጋብስታን፡ ንኽንቲባ፡ ገርግሽኒ፡ 1.
ንወራስን፡ ወለደ፡ ፲ ክብኦም፡ ግና፡ ወራሲ፡ ዘርኢ፡ ዘይብሉ፡ ጠፍኤ።
ዘርኢ፡ ሐደምበስኒ፡ ጋብስታን፡ ገለ፡ ቕሩብ፡ ድማ፡ ኽብ፡ ደቂ፡ ቴድ 2.
ሮስ፡ አብ፡ እንዳ፡ አቦኦም፡ አብ፡ ዐዲ፡ ቜንጺ፡ አለዉ። ወዲ፡ ቴድሮ
ስ፡ ተኽለንኪኤል፡ እትባሀለ፡ ግና፡ ንዐዲ፡ ጓዕዳድ፡ ከደ፡ ፲ ዘርኡ፡ ድ
ማ፡ ኽሳዕ፡ ሕጂ፡ ናብኡ፡ አለዉ። ክንቲባ፡ ገርግሽ፡ ድማ፡ ባዕሎም፡ 3.
ንምስንግ፡ አተዉ። ነሶም፡ አብኡ፡ ኹይኖም፡ ንገረ-ኽስቶስ፡ ጋላ፡ እ
ተባህለ፡ ንወለሎ፡ ንስሚናዩ፡ ንብሩሕ፡ ወለዱ። ክብኦም፡ ድማ፡ ብሩ 4.
ሕ፡ ክትመውልዕ፡ ከደ፡ ፲ ዘርኡ፡ ኸአ፡ ናብኡ፡ አለዉ። ዘርኢ፡ ስሚና 5.
ይ፡ ከአ፡ ዐዲ፡ ሐማሴናይ፡ እናተባህሉ፡ ናብ፡ ጽልማን፡ አብ፡ ቋላን፡
ፋሕ፡ ይሎም፡ አለዉ። ዘርኢ፡ ገረ-ኽስቶስ፡ ጋላ፡ ድማ፡ ገለን፡ አብ፡ 6.
ምስንግ፡ አለዉ፡ ገሊ፡ ግና፡ ንዐዲ፡ ቜንጺ፡ ተመልሾም፡ እዮም፡ ዘለ
ዉ። ዘርኢ፡ ወለሎ፡ ድማ፡ ገርኸቦም፡ አብ፡ ምስንግ፡ አለዉ። 7.
ደቂ፡ ብሩሕ፡ ከምዚ፡ ይሎም፡ ተዘርግሑ። ደቂ፡ መንቄሮስ፡ ግና፡ 8, 9.
ናብ፡ ክልአ፡ ገወጺ፡ የብሎምኒ፡ ፲ ስለዚ፡ ሕጂ፡ ናብ፡ ዐዲ፡ ቜንጺ፡ ነሳ
ቶም፡ ይበገሱ። ––
ደቂ፡ ራውያ፡ ኸአ፡ አብ፡ ወኸድብ፡ ጥራይ፡ እዮም፡ ዘለዉ። ከም 10.
ኡ፡ ኸአ፡ ደቂ፡ ያዕቆብኒ፡ ናብ፡ ዐዲ፡ ያዕቆብ፡ ደቂ፡ ሙሳን፡ አብ፡
ዐዲ፡ ሙሳ።

III.

# ዐድ-ደግዝማቲ ።

64. ሀብ-ስሉስ ፡ ዐበቕኒ ፡ እምሓን ።

1. ከንቲባ ፡ ገረ ኽስቶስ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ እቲ ፡ ሽመቶም ፡ ኣብ ፡ ወዶም ፡
ኣብ ፡ እምሓ ፡ ተመልሰ ።
2. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኣቢሉ ፡ ድማ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ገረ-ስላሰ ፡ ወዲ ፡ ተስ
ፋላሰ ፡ ምስ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ወዱ ፡ ኹይኑ ፡ ከብቲ ፡ ተቐሚጥዎ ፡ ዝነበረ ፡
ዐዲ ፡ ከብ ፡ ጽላለ ፡ ኣብ ፡ ወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ምኽትኒ ፡ መዓርኒ ፡ ሕጁ ፡
3. ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መጺ ። እምሓ ፡ ድማ ፡ ንኡ ፡ ኽነ ፡ ንሀያቡ ፡ አይተቐበሎ
ን ። ሳልስቲ ፡ ዝአኽል ፡ ደገ ፡ ቤቱ ፡ ምስ ፡ ጸንዔ ፡ ቀብጬ ፡ ንገዝኡ ፡ ተ
4. በገሰ ። ክኸዱ ፡ ኽለዉ ፡ ኽአ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ « እም ፡ እም ፡ እም ፡ » የለ ።
ኣቡኡ ፡ ኽአ ፡ « ደሐንካ ! » የሎ ። ንሱ ፡ ኽአ ፡ « አታ ፡ ኣቦ ! ነጋሪት ፡
5. ዊን ፡ ይሉኒ ፡ » የለ ። ኣቡኡ ፡ ኽአ ፡ ጕህዩ ፡ የሎ ! « ወደይ ! ሰብ ፡ ነጋ
ሪት ፡ ንዐይናም ፡ እኛጸልኡና ፡ ነጋሪት ፡ አበይ ፡ ንረኽበ ! ትም ፡ በል ! »
ይሉ ፡ ኹረየሉ ።
6. ድሕርዚ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ « ከብ ፡ ምስዚኣቶም ፡ ምቕማጥሲ ፡ ምጥፋእ ፡
ይሐይሽ ፡ » ይሉ ፡ ከብ ፡ ጽላለ ፡ ከብ ፡ ቤት ፡ ኣቡኡ ፡ ለቒቑ ፡ ንዐደም
ሓራ ፡ ኸደ ! ጨዋ ፡ ሰራር ፡ ፈረስ ፡ ምኻኑ ፡ መታን ፡ ከፍልጥ ፡ ከአ ፡ ል
7. ጓም ፡ ዓረብ ፡ ተማልኤ ። እሞ ፡ ኣብ ፡ አደበባይ ፡ ኩይኑ ፡ ኣብ ፡ ዝረኽ





በ ፡ ፋንድያ ፡ እኛወዓለን ፡ እኛሐደረን ፡ ብዓበቕ ፡ ቈንደፍደፍ ፡ ይሉ ፡ ነ
በረ ! ስለዚ ፡ ዝበገዝሐ ፡ ሽሙ ፡ እኺ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕ ፡ ይበሀል ፡ ነበረ ።
በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ተዋርዶን ፡ ጸበባን ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ተቐ 8.
መጠ ።

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ እምሓ ፡ ድማ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ዐባቕ ፡ ኣብ ፡ ግቢ ፡
ኽም ፡ ዘሎ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፡ « እዚ ፡ ዐባቕ ፡ ኣብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ ክይሐልፈ 9.
ኒ ፡ » ይሉ ፡ ከብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ገስግሹ ፡ ንዐደምሓራ ፡ ኸደ ። ኣብኡ ፡ እም
ሓ ፡ ኣብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ ኣታዊን ፡ ወጻእን ፡ ገባርን ፡ ሐዳግን ፡ ነበረ ፡ ሀ 10.
ብ-ስሉስ ፡ ግና ፡ ሓደ ፡ ግዳም-ሀደር ፡ በላዕ ፡ ግብሪ ።

ሀብ-ስሉስ ፡ ምስ ፡ ልጓሙ ። 65.

ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ከምዚ ፡ ኾነ ።
ሐጸይ ፡ ፋሲል ፡ ሓደ ፡ ዕቡድ ፡ ዝኸነ ፡ ፈረስ ፡ ነበሮም ! ከብ ፡ ሰራ 1.
ዊቶም ፡ ሓደ ፡ ዝደፍሮ ፡ ተሳእነ ። ብዘረባ-ዘረባ ፡ ዝመጸ ፡ ንጉስ ፡ ንእም 2.
ሓ ፡ የልዎ ! « አታ ! ገለዶ ፡ ኻብዘም ፡ ሐማሴን ፡ ፈረስ ፡ ምስራር ፡ ዝኽ 3.
እል ፡ አሎ ! » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ንሱ ፡ ኽአ ፡ ትገዘ ፡ አቢሉ ፡ « ጕይታ
ይ ! ሓደ ፡ ጕበዝ ፡ ወዲ ፡ ሐወበይ ፡ ዝኸነኒ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ እትባሀለ ፡ ኣብ
ዚኣ ፡ ለም-ቅነ ፡ ርእየዎ ፡ ነበርኩ ! ንሱ ፡ ግርም ፡ ይሰርር ፡ እዩ ፡ » የሎም ።
ንጉስ ፡ ድማ ፡ « ተሎ ፡ ይልኩዎ ፡ ጸውዕዎ ፡ » ይሎም ፡ አምጽእዎ ። — —
እምሓ ፡ ኽአ ፡ ብሐቒ ፡ ምስራር ፡ ፈረስ ፡ ስለ ፡ ዝኽኣለ ፡ አይከነን ፡ ንንጉ 4.
ስ ፡ ዝነገሮም ! እንተኸነ ፡ እቲ ፡ ፈረስ ፡ ጽጉብ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ሕማ 5.
ቕ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ « ኣብኡ ፡ ይመውት ፡ » ሓሲብዎ ፡ እዩ ።
ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ጨርቂ ፡ ተኸዲኑ ፡ እታ ፡ ልጓሙ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡
ጨርቂ ፡ ናብ ፡ ከሳዱ ፡ አእትዩ ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ መጸ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ 6.
ረአይዎ ፡ ብጨርቁን ፡ ብዓበቑን ፡ ነዓቕዎ ! ተገሪሞም ፡ ድማ ፡ « እምበር 7.
ዶ ፡ ፈረስ ፡ ምስራር ፡ ትኽእል ፡ ኢኻ ! » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ሀብ-ስሉ

ስ ፡ ከአ ፡ « እሺ ፡ እምበር ፡ ጐይታይ ፤ ክበሉንስ ፡ እፍችን ፡ » የሎም ።
8. ሽዑ ፡ ንቲ ፡ ፈረስ ፡ ጽዒኖም ፡ ሃብዎ ፤ ንሱ ፡ ኸአ ፡ ቀስ ፡ እናበለ ፡ ክብኦ
ም ፡ ተዐገረ ።
9. ደሐር ፡ ግና ፡ ወሪዱ ፡ እታ ፡ እብ ፡ ክሳዱ ፡ ዝነበረት ፡ ልጓም ፡ ለወ
10. ጢሑ ። ክብኡ ፡ ደም ፡ እናዕፈረ ፡ ከጋልበ ፡ ወዓለ ፡ እቲ ፡ ፈረስ ፡ ብድኻ
ምኒ ፡ ብረሃጽኒ ፡ ፈጥፈጥ ፡ ክሳፈ ፡ ዝብል ። ክምለስ ፡ ከሎ ፡ ኸአ ፡ እታ ፡
11. ልጓም ፡ ቀዲሙ ፡ ለጕሙ ፡ ተወጥሐ ። ሰብ ፡ ኩሉ ፡ « አበይ ፡ ክን ፡ ደር
ብዩዎ ፡ ይኸውን ፡ » ክብል ፡ ምስ ፡ ወዓለ ፡ እምሓ ፡ ኸይተረፈ ፡ « ሞይ
ቱ ፡ ይኸውን ፡ » ይሉ ፡ ምስ ፡ ቀበጹ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ምስ ፡ ፈረሱ ፡ ድርግ
ም ፡ ይሉ ፡ አቶ ። አብኡ ፡ ዝነበረ ፡ ህዝቢ ፡ ኩሉ ፡ ተገረመ ።
12. ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ክብዛ ፡ መዓልትዚአ ፡ ሕጂ ፡ አብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ ፍ
ሉጥ ፡ ክነ ፤ እንተኸነ ፡ ኸም ፡ እምሓ ፡ አይከነን ።

66. ክልኣይ ፡ ጥቢ ፡ እምሓ ።

1. ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋን ፡ ከአ ፡ ኸንቲበ ፡ ዘማት ፡ ወዲ ፡ ኸፍለ ፡ በዓ
ል ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ክብ ፡ ንጉስ ፡ ክንትብኝት ፡ ምስ ፡ ተቐበለ ፡ ንዐዱ ፡ ተ
2. በገሰ ። ሐጸይ ፡ ፋሲል ፡ ከአ ፡ « መን ፡ አሎ ፡ ሀብሮም ፡ ንዘማት ፡ ዐዱ ፡
አብጺሕዎ ፡ ዝምለስ ፤ » ይሎም ፡ አሕተቱ ። እምሓ ፡ ኸአ ፡ « ጐይታይ ፤ ክ
3. ብ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ዝነፍዕ ፡ መን ፡ ክርከብ ፤ ንኡ ፡ ስደዱ ፤ » የሎም ። ንጉስ ፡
ከአ ፡ « ሐቂ ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ አጸዊዖም ፡ ሐተትዎ ፡ « ንዘማት ፡ ዐዱ ፡ አ
ብጺሕካ ፡ ኸትምለስዶ ፡ ይኸእለካ ፤ » ይሎም ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ኸምታ ፡ ቐዳ
መይቲ ፡ ቓል ፡ « እሺ ፡ እምበር ፡ ጐይታይ ፤ ክብ ፡ አዘዙንስ ፤ » የሎም ።
4. ንጉስ ፡ ከአ ፡ ንዘማት ፡ ቀለቤት ፡ ወርቂ ፡ ሂቦም ፡ የልዎ ፤ « ብሐቂ ፡
ሀብ-ስሉስ ፡ ዐድኻ ፡ ምስ ፡ አብጽሐኻ ፡ ነዛ ፡ ቐለቤት ፡ ወርቂ ፡ ሂብካ ፡ ስ
ደዶ ፤ ንኣ ፡ ሕጂ ፡ እንተ ፡ መጺኡ ፡ ዐድኻ ፡ ኸም ፡ ዝአቶኻ ፡ እአምን ፤ ጥ
ራዩ ፡ እንተ ፡ መጺኡ ፡ ግና ፡ አይቕበሎን ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ ሐበርዎ ።





ድሕሪዚ ፡ እምሓ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ልኡኻት ፡ ሰደደ ፤ « ሀብ-ስሉ
ስ ፡ ዐበቕ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘማት ፡ ሕጂ ፡ ይመጸኩም ፡ አሎ ፤ እሞ ፡ አይተ 5.
ሐልፍዎ ፡ ቅተልዎ ፡ » ዝብሉ ። ሀብ-ስሉስ ፡ ከአ ፡ ኸፍአት ፡ ሐዉ ፡ ሸዓ ፡
ፈሊጡ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘማት ፡ ብዋልቃይት ፡ ጌሩ ፡ ብባርያ ፡ አቢሉ ፡ ዐጀ 6.
ም ፡ አእተዎም ። እቶም ፡ ንኡ ፡ ኸቕትሉ ፡ ዝደለዩ ፡ ከአ ፡ ብሰራዩን ፡
ብእሾለ-ጕዛይኒ ፡ ኸሳድ ፡ ሕጆም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ብበረኻ ፡ አ 7.
ቢሉ ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ክም ፡ ዝአቶ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ « ክምለስ ፡ ከሎ ፡ ክ
ንረኽበ ፡ » ይሎም ፡ ብሸንኽ ፡ በረኻ ፡ ኸሳውዲ ፡ ሓዙሉ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ኸ
ም ፡ ብሐድኽ ፡ ብባሕሪ ፡ አቢሉ ፡ ብዐጋሜ ፡ ጌሩ ፡ ንታ ፡ ቐለቤት ፡ ወር 8.
ቂ ፡ ሕጂ ፡ ዐጀምሓሩ ፡ አቶ ።
ሐጸይ ፡ ፋሲል ፡ ከአ ፡ « እምበርዶ ፡ ንዘማት ፡ ዐዱ ፡ አብጺሕክዮ ፡
ኢኻ ፤ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ሐተቱ ፡ « እዌ ፡ ጐይታይ ፤ ክም ፡ ዝአዘዙኒ ፡ 9.
ጌረ ፡ » ይሉ ፡ የለ ። ሽዑ ፡ ሐጸይ ፡ « እምብአርስኼ ፡ ገለ ፡ መፈለጥታዶ ፡
ተማሊእካ ፡ አሎኻ ፤ » ይሎም ፡ ሐተትዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « የብለይኒ ፡ » ይ 10.
ሉ ፡ ትም ፡ የለ ። በዚ ፡ ንጉስ ፡ ኩርዮም ፡ « ገለ ፡ እኳዶ ፡ አይሃበካን ፤ »
ይሎም ፡ ክልኣይ ፡ ሐተትዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ዝሃቡንስ ፡ የብሎምኒ ፡ ብጀ 11.
ኻ ፡ እዛ ፡ ቐለቤት ፡ » ይሉ ፡ ንንጉስ ፡ እታ ፡ ቐለቤት ፡ አርእዮም ። ሽዑ ፡
ንጉስ ፡ ብዙሕ ፡ ተሐጐሱ ፤ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ድማ ፡ ንሀብ-ስሉስ ፡ ሰሊሞ 12.
ም ፡ ቀምሽ ፡ አልበስዎ ።
ክብኡ ፡ ኋሎም ፡ ሂቦም ፡ ሸይሞም ፡ ሰደድዎ ።
13.

67. ሀብ-ስሉ ፡ ንኳል ፡ ሐጸይ ፡ ቀተላ ።

ክምዚ ፡ ይሎም ፡ ሐጸይ ፡ ኣለም-ሰገድ ፡ ንሀብ-ስሉስ ፡ ኋሎም ፡ አመ
ርዓዉሉ ፤ እሞ ፡ አቤቶ ፡ አበልዎ ። ድሕርዚ ፡ ግዝአት ፡ ባምበሎ-ምላሽ ፡ 1.
ሂቦም ፡ አፋነውዎ ።
ሀብስሉስ ፡ ከአ ፡ ክብ ፡ ዐጀምሓሩ ፡ ምስ ፡ ተበገሰ ፡ ጌና ፡ ናብ ፡ መገ 2.

3. ዷ፡ ኸሎ፡ ሰበይቱ፡ ነዓቐቖ። ድሕርዚ፡ ነሶ፡ «ዶሐን፡ እሎኹ፡» ይ
ሉ። ከም፡ ንብረት፡ ሰብአይኒ፡ ሰበይትን፡ ክሬኸብ፡ እንተ፡ ደለ፡ ነሳ፡
ግና፡ አበየቶ። ነሱ፡ ኸአ፡ ብሐረቐት፡ አንጸርጺሩ፡ ወስ፡ አቢሉ፡ ግ
4. ብ፡ አበላ። ሽዑ፡ ብኢብኣ፡ ኸረፍ፡ ይላ፡ ሞተት።
5, 6. ድሕርዚ፡ ሀብትሉስ፡ ንዐደምሓራ፡ ተመልሰ። ናብ፡ ንጉስ፡ አት
ዩ፡ ኢድ፡ ነስኤ፤ አብ፡ ኢዱ፡ ኸአ፡ ሴፍኒ፡ ምራንኒ፡ ሕጁ፡ ኸምዚ፡
የለ፤ «ጐይታይ፤ ነሶም፡ ብዐዲ፡ ለውሃቶም፡ ጓሎም፡ ሂበም፡ አፋነዉ
ኒ፤ አነ፡ ኸአ፡ ኸም፡ ንበር፡ ግቡእ፡ ሰበይተይ፡ ይለ፡ እንተ፡ መጻእ
ኩ፡ ምኽራብ፡ ከልአኒ፤ ነገር፡ ሰይጣን፡ ኰይኑ፡ ኸአ፡ ወስ፡ እንተበል
ኩ፡ ሀረምክዋን፤ ሽዑ፡ ናብ፡ ኢደይ፡ ሐወያኒ፤ በዚ፡ ድንገትዚ፡ እኔ
ኹ፡ አብ፡ ቅድሚኦም፡» ይሉ፡ ሴፉን፡ ምራኑን፡ አብ፡ ቅድሚኦም፡
አውደቐ።
7. ድሕርዚ፡ ንጉስ፡ ነሎ፡ ሰሚዖም፡ ነታ፡ ባርይኤን፡ ሐተትዋ፤ ነሳ፡
ኸአ፡ «ነሎ፡ ሐቂ፡ እዩ፡ እዚ፡ ሀብትሉስ፡ ዝብሎ፡ ዘሎ፡» ይላ፡ መ
8. ስከረት። ንጉስ፡ ከአ፡ ነቶም፡ መማህር፡ «እንተ፡ መሓርክዎዶ፡ ሐጥያ
9. ት፡ ይኸነኒ፡ እዩ፤» ይሎም፡ ሐተትዎም። «ሐጥያት፡ የብሉን፡» የሉ።
10. ሽዑ፡ ሐጻይ፡ «ሕሬይ፡ ገበርክያ፡» ይሎም፡ ምሒሮም፡ ሰደድዎ። እ
ንተኸነ፡ ኩብ፡ ግዝአት፡ ባምበሎምላሽ፡ ስዒሮም፡ ንመረብምላሽ፡ ጥ
ሬዮ፡ ግዲኡ፡ መቐሉሉ፤ ከምኡ፡ ድማ፡ «አቤቶ፡ ምቢልሲ፡ ነሕጻይ፡
እዩ፡ ዝበቕዕ፡» ይሎም፡ እቲ፡ መአርግ፡ አቤቶ፡ ቀንጢጦም፡ አብ፡ ከ
ንድኡ፡ ደገዝመትቲ፡ ኸበሃሉ፡ ፈረዱሎም።

68. ሽመት፡ ዐድደገዝማቲ።

1. ድሕርዚ፡ ደግያት፡ ሀብትሉስ፡ ካብ፡ ንጉስ፡ ምስ፡ ወጹ፡ ብደሐን፡
አብ፡ ሀገሮም፡ ተመልሾም፡ ግዝአት፡ መረብምላሽ፡ ጠቕሊሎም፡ ሓ
2. ዙ። ድሕሪ፡ እዚ፡ ኸሎ፡ ታዕብን፡ ድሕሪ፡ እዚ፡ ኸሎ፡ ተጋድሎን፡





ጻዕርን፡ ብብዙሕ፡ ምህላኽ፡ አብ፡ መወዳእትኡ፡ ሽመትኒ፡ መአርግኒ፡
ሕጆም፡ ዐዶም፡ አተዉ።
ነዚ፡ ኸሳዕ፡ ክንድዚ፡ ጽዒሮም፡ ዝረኸብዎ፡ ሽመት፡ ክሳዕ፡ ሎ
ም፡ ካብ፡ ዘርአም፡ አይጠፍኤን፤ ነሶም፡ ብገዛተኸልዎ፡ ዐድደገዝማቲ፡ 3.
ይበሃሉ። እሞ፡ ብዛዕባዚ፡ ነዞም፡ ሕጂ፡ ዘለዉ፡ ኸብ፡ ዘርኢ፡ ደግያ
ት፡ ሀብትሉስ፤ 4.

«እዛ፡ ሀገር፡ ንአኹም፡ ትሐርስ፤
ይፍጠረልኩም፡ ናይ፡ አባት፡ ዝመልስ፤
ርሑስ፡ እዩ፡ ኹታ፡ ክንደይ፡ ክይበርስ፤»

ይብልዎም።
ደግያት፡ ሀብትሉስ፡ ዝገዝእዎ፡ ዘበን፡ አርብዓ፡ ዓመት፡ ምሉእ፡
እዩ። 5.

ደቂ፡ ደግያት፡ ሀብ ስሉስ። 69.

ደግያት፡ ሀብትሉስ፡ ሽድሽተ፡ ደቂ፡ ወለዱ። ሽሞም፡ ከአ፡ እ
ዚ፡ እዩ፤ ባሕርነጋስ፡ እያሱን፡ ደግያት፡ ገረኽስቶስኒ፡ ኻብ፡ ሐንቲ፡ 1.
ሰበይቲ፡ ዐንደንኪኤልኒ፡ ወልደገርግሽኒ፡ እኹሎምኒ፡ ቴድሮስኒ፡ ኸ
አ፡ ኻብ፡ ሐንቲ፡ ኻልእ።
ኩብአም፡ ወልደገርግሽ፡ አብ፡ ዐዲ፡ ነኽዖ፡ ወጺ፡ እኹሎም፡ ከ
አ፡ ናብ፡ ደቂ፡ ጽንዓ፡ ቴድሮስ፡ ከአ፡ ናብ፡ ዐዲ፡ ሐዮ። እኹሎም፡ 2.
ንኸንተብ፡ ብኢዳት፡ ወለደ፤ ዘርኡ፡ ኸአ፡ ኸሳዕ፡ ሕጂ፡ ብሽም፡ ወዲ፡ 3.
ዐዲ፡ ብኢዳት፡ ይበሃሉ። ኩብአም፡ ዝበዝሑ፡ ሕጂ፡ ናብ፡ ጻዐዘጋ፡ ተ
መልሾም፡ አለዉ።
ባሕርነጋስ፡ እያሱን፡ ደግያት፡ ገረኽስቶስኒ፡ ደቂ፡ ሌማ፡ እዮም፤
አዲኦም፡ ድማ፡ በዓልቲ፡ ዐረዛ፡ እያ። ኩብአም፡ ባሕርነጋስ፡ እያሱ፡ 4.
ናብ፡ ሕምብርቲ፡ ወጸ። ሽመት፡ አቦኦም፡ ድማ፡ ናብ፡ ደግያት፡ ገረ 5.
ኽስቶስ፡ ሐለፈ።

70. ምሻም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱ ፡ ከቡሩሬ ፡ ቤት ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ አቡኡ ፡ ደግያት ፡
ሀብ-ስሉስ ፡ አብ ፡ ጃንሆይ ፡ ከአትውዎ ፡ ይሉም ፡ ግብሬ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡
ከውፈ ፡ አብ ፡ ዐጆምሓሬ ፡ ሰደድዎ ። ባሕር-ነጋስ ፡ እያሱ ፡ ግና ፡ « አብ ፡
መገጃ ፡ ገለ ፡ ክይረክበኒ ፡ » ይሉ ፡ ፈርሄ ፤ ነቡኡ ፡ ክአ ፡ « አነስ ፡ ሐሚ
2. መ ፡ » የሎም ፤ እሞ ፡ ምኽድ ፡ አበ ። ኩብኡ ፡ እቲ ፡ ንእሽቶይ ፡ ወዶም ፡
ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ « ነሱ ፡ እንድሕሬ ፡ አቤስ ፡ አነ ፡ ክሽየም ፡ » ይ
ሉ ፡ ክደ ።

3. ድሕርዚ ፡ ነሱ ፡ እናኸደ ፡ እናተመልሰ ፡ ንደገ ፡ ንጉ ፡ ጸኒዑ ፡ ናብ ፡
ቤተ-መንግስቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ኮነ ። አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ክአ ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡
4. እያሱ ፡ ደግዝምንት ፡ ተቐበለ ። ጃንሆይ ፡ ከአ ፡ ንኡ ፡ ብፍቕርን ፡ ብመን
ፍዓት ፡ አቡኡን ፡ ንሎም ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ እተባህለት ፡ ሃብዎ ፤ አብ ፡ ልዕ
ሊኡ ፡ ክአ ፡ « ዝሐደረቶን ፡ ዝደቐሰቶን ፡ ንርስት-ጉልቲ ፡ ይኹንካ ፡ ን
አኻን ፡ ንደቕኻን ፡ ንደቂ-ደቅኻን ፡ » ይሎም ፡ መረቑሉ ። ግዝአት ፡ ብም
ቦሎ-ምላሽ ፡ ድማ ፡ ሃብዎ ።

71. ቀዕላ ፡ ማይ ፡ መንከዕ ።

1. ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ ክመጹ ፡ ክለዉ ፡ ንህጆም ፡ « አእትዉኒ ፡ »
ይሎም ፡ ልኡኻት ፡ ሰደዱ ። ዐበይቲ ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም
2. ዑ ፡ « ቀዕላ ፡ ንግበር ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡ ማይ ፡ መንከዕ ፡ ተአከቡ ። አብ
ኡ ፡ ክምዚ ፡ ይሎም ፡ መኸሩ ፤ « አቡኡ ፡ ክሎ ፡ ሸመት ፡ ሕጂ ፡ ካብ ፡
3. ዝመጽእ ፡ አይንቅበሎ ፡ » ። በዛ ፡ ዘረባዚአ ፡ ኩሎም ፡ ተሰማምዑ ። ደሐ
ር ፡ ግና ፡ « እንታይ ፡ ይልና ፡ እሞ ፡ ነመኽኒ ፤ » የሉ ። ገለ ፡ « እምቢ ፡
ጥራይ ፡ ንበል ፡ » የሉ ፤ ገለ ፡ ክአ ፡ « እምብስ ፡ አየዋጽአናን ፡ እዩ ፤ አ
ይውሉድናን ፡ ደአ ፡ ንበሎ ፡ » የሉ ፤ ገለ ፡ ክአ ፡ « ንጉስ ፡ ወለዱኒ ፡ አ





ንተለናኼ ፡ ይሐሸናዶ ፡ ኰይኑ ፤ » የሉ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ እንታይ ፡ ከ
ም ፡ ዘመኽንዩ ፡ ምስ ፡ ሰአኑ ፡ ኩሎም ፡ » መንከዕ ፡ ዝኸነ ፡ ዘረባ ፡ » ይሎ 4.
ል ፡ ነንዐጆም ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ሽም ፡ እታ ፡ ዝወዓሉላ ፡ ርባ ፡
ክሳዕ ፡ ሎም ፡ ማይ ፡ መንከዕ ፡ ትበሀል ፡ አላ ።

እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ክአ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ በጽሐ ። ነሶም ፡ 5, 6.
ድማ ፡ ልኡኻት ፡ አብ ፡ አበአምኒ ፡ ናብ ፡ ዐጆምኒ ፡ ሰዲዶም ፡ ከምዚ ፡ የ
ልዎም ፤ « ሐንትስ ፡ ብታሕጓስ ፡ ደአ ፡ ተቐበሉኒ ፡ እምበር ፡ ካብ ፡ ፍቓ
ድ ፡ አበይኒ ፡ ፍቓድ ፡ ዐጆይኒ ፡ ኽቶ ፡ አይወጽእኒ ፡ » ይሎም ፡ ተማባጽ
ዑ ። እዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብሐማሴኖም ፡ ከቲቶም ፡ ተቐበልዎ
ም ። ዐጆም ፡ አትዮም ፡ ከአ ፡ ጥንትግ ፡ አብ ፡ ትሕቲ ፡ አበአም ፡ ከፍ ፡ ይ 7.
ብሉ ፡ ነበሩ ።

ስርዓት ፡ ሀብ-ትሉስ ፡ ገረ-ክስቶስ ። 72.

ኩብቲ ፡ ግዝያትቲ ፡ ሕጂ ፡ ቀዕላ ፡ ናብ ፡ ማይ-በላ ፡ ተገብረ ። ኩብዚ ፡ 1.
እተላዕለ ፡ ክሳዕ ፡ ሎሚ ፤

ፍርድን ፡ አብ ፡ ሰቕላ ፤
ቀዕላን ፡ አብ ፡ ማይ-በላ ፤

ይበሀል ።

ሽዑ ፡ ክአ ፡ ናብኡ ፡ ክውዕሉ ፡ ክለዉ ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ አ 2.
ብ ፡ ኩብ ፡ ዘለ ፡ ዙፋን ፡ ደግያት ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ታሕቲ ፡ ኾ
ይኖም ፡ ይውዕሉን ፡ ይሰርዑን ፡ ነበሩ ። እቲ ፡ ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ እተሰርዔ 3.
ን ፡ እተሐገገን ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ በብዘበኑ ፡ እንተ ፡ ጸረን ፡ እንተ ፡ ትሐደ
ሰን ፡ ነሳቶም ፡ ስለ ፡ ዝኸኑ ፡ ፈለምቲ ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ « ስርዓት ፡ ሀብ-ስ
ሉስ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ » ይበሀል ።

73. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ።

1. ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከም ፡ መብጽዕኣም ፡ ካብ ፡ ፍቓድ ፡ አቦኣም
ኒ ፡ ዐዶምኒ ፡ ክይወጹ ፡ ጸንሑ ። አቦኣም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ድማ ፡ ብድሕሪ
2. ኦም ፡ በይኖም ፡ ገዝኡ ። ኗሶም ፡ እዮም ፡ መጀመርያ ፡ ንገዛ ፡ ደገ ፡ ዝሰር
ሑ ፤ ብዕሉም ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ተቐመጡ ። እቶም ፡ ብድሕሪኦም ፡ ዝገዝ
3. ኡ ፡ ዘበሉ ፡ ኸአ ፡ ከሳዕ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ እብኣ ፡ ይእትዉ ፡ ነበሩ ። ደግ
ያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ድማ ፡ ናብቲ ፡ ቕድሚ ፡ ገዝኦም ፡ ዘሎ ፡ ጐልጐል ፡
ዕዳጋ ፡ ገበርዎ ፡ ንቑጻመ-ቑጻም ፤ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ዕዳጋ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡
መንጐንቲ ፡ ንሰኑዩ-ሰኑይ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ አብ ፡ ድባርዋ ። --

4. ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ንሰበይቶም ፡ ንሰበን-ገርግሽ ፡ ሕጆም ፡
ንጉስ ፡ ከም ፡ ዝመረቕሎም ፡ ፍቕዲ ፡ ዘይብሎ ፡ ጐልቲ ፡ ካብ ፡ ጐንደር ፡
ጆሚሩ ፡ ሐያሉ ፡ መኻን ፡ የማን-ጸጋም ፡ ሰበን-ገርግሽ ፡ ዝሐደረቶን ፡ ዝረ
ገጸቶን ፡ ዘበለ ፡ ከሳዕ ፡ ሐማሴን ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ እኖኽደ
ት ፡ አብ ፡ ሐያሉ ፡ ዐዲታት ፡ ዝሐደረቶን ፡ ዝወዓለቶን ፡ ዘበለ ፡ ኹሉ ፡
ጐልቶም ፡ ገበርዎ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ጐልቲ ፡ ደቖም ፡ ኮነ ።
5. ቡብንእሽቶይ ፡ ድማ ፡ ብዙሓት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸም ፡ ሰብ ፡ ጐልቲ ፡ ኾ
6. ይኖም ፡ አተውዎ ። ሕጂ ፡ ግና ፡ ጣልያን ፡ ብዘበኑ ፡ « እዚ ፡ ጐልትዚ ፡
ቅዩም ፡ ናይ ፡ ሸየምቲ ፡ ናይ ፡ ዐድ ፡ ደገዝማቲ ፡ እዩ ፤ ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ንአና ፡
ንገዛእቲ ፡ ይምሸለና ፡ » ይሉ ፡ አብ ፡ ዘሎ ፡ አልዩ ፡ ጐልቲ ፡ ሰበን-ገርግ
7. ሽ ፡ እተባህለ ፡ ዝኾነ ፡ ኹሉ ፡ ናብ ፡ ኢዱ ፡ መልሸዎ ፡ አሎ ። ነሹ ፡ ድ
ማ ፡ ብሐቂ ፡ ኸም ፡ ርስቲ ፡ መንግስቲ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ ከም ፡ ጐልቲ ፡ ጌ
ሩ ፡ አይወሰዶን ፤ ምድሪ ፡ ጠፍን ፡ ምድሪ ፡ ጐልትን ፡ ኹሉ ፡ ኸም ፡ ሓ
8. ደ ፡ ስለ ፡ ዝመሰሎ ። ንሕናስ ፡ ሐይሊ ፡ ስኢንና ፡ ዝኽልክሎም ፡ የብሎ
ምኒ ። --





ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ግዝአቶም ፡ ኩሎ ፡ ሰላሳን ፡ ሸሞንተን ፡ ዓመ
ት ፡ እዩ ።

ደቂ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ።

74.

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ጓል ፡ ንጉስ ፡ ካብ ፡ እምቤት ፡ ሰ 1.
በን-ገርግሽ ፡ ንደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-
ሃይማኖትኒ ፡ ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖትኒ ፡ ንሐንቲ ፡ ሐብቶም ፡ ድማ ፡ ወ
ዘሮ ፡ ሙዚት ፡ እተባህላን ፡ ንሐሙሽቲኦም ፡ ወለዱ ። ካብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻ 2.
ልእ ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ተኽሊትኒ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ተስፋ-ገርግሽኒ ፡ ን
ባሕር-ነጋስ ፡ ዝወልደ-ማርያምኒ ፡ ወለዱ ።

ካብዚኦቶም ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ 3.
ርእሰ-ሃይማኖትኒ ፡ ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖትኒ ፡ ደድሕሪ ፡ ሐድሕድ ፡ ገዝ
ኡ ። ካብ ፡ አርባዕቲኦም ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ንዐድ-ደግያት ፡ 4.
ሃይሉ ፡ ዝፈረዩ ፡ እዮም ። ደግያት ፡ ማሞን ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት 5.
ኒ ፡ ሐድጊ ፡ ዘይብሎም ፡ ጠፍኡ ። ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ዝፈረይዎ 6.
ም ፡ ብገዝሐም ፡ አብ ፡ ክልክልቲ ፡ ጐልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ ፡ እብኡ ፡ ሰ
ፈሮም ፡ አለዉ ። ነሶም ፡ ንአይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወለዱ ፤ አይተ ፡ ተስፋ-ጼ
ን ፡ ንአይተ ፡ ስሂል ፡ ወለዱ ፤ አይተ ፡ ስሂል ፡ ንፊተውራሪ ፡ ገረ-መድ
ህን ፡ ወለዱ ፤ ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ ድማ ፡ ንፊተውራሪ ፡ በለው ፡
ወለዱ ። -- እተን ፡ ሐብቶም ፡ ከአ ፡ ወዘሮ ፡ ሙዚት ፡ ንሓደ ፡ በዓል ፡ ቈ 7.
ጽሊ ፡ ዝነበረ ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፡ አይተ ፡ ኽፍሌት ፡ እተባህለ ፡ ተአት
ዋ ። ካብ ፡ ዘርኤን ፡ ሕጂ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ተስፋ-ማርያም ፡ አለዉ ። እቲ ፡ 8.
ቅዳማይ ፡ ሕምኻት ፡ ክይርሳዕ ፡ ተብሂሉ ፡ እኳ ፡ ሕጂ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ጉ
ብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ንወዲ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ማርያም ፡ ሂ
ቦምዋ ፡ አለዉ ። --

ካብቶም ፡ ሰለስተ ፡ ባሕር-ነጋስታት ፡ ከአ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ናብ ፡ 9.

10. ጕቕልቲ ፡ እንዳ ፡ አቦኦም ፡ ክይዶም ፡ ሰፈሩ ። ባሕርነጋስ ፡ ተኸሊት ፡
ንዐድ-ተኸላይ ፡ ከደ ፤ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ዘርኡ ፡ ናብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ አለ
ዉ ። ነሹ ፡ ንእይተ ፡ ዘርኡን ፡ ንባሕርነጋስ ፡ ክፍለ-ስላሰን ፡ ወለደ ፤ ክብ
ኦም ፡ እይተ ፡ ዘርኡ ፡ ኸአ ፡ ንእይተ ፡ ገርግሽ ፡ ወለደ ፤ እይተ ፡ ገርግሽ ፡
11. ድማ ፡ ንባሕርነጋስ ፡ አሚን ፡ ወለደ ። ባሕርነጋስ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡
ንጽልማ ፡ ኸይዱ ፤ ናብ ፡ አማድር ፡ ተቐመጠ ፤ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ኸአ ፡ ዘር
ኡ ፡ አብ ፡ አማድር ፡ አለዉ ። ነሹ ፡ ንባሕርነጋስ ፡ ወልደ-ገሪማን ፡ ንባ
ሕርነጋስ ፡ ዘገርግሽኒ ፡ ንእይተ ፡ አቡን ፡ ወለደ ፤ ክብኦም ፡ ባሕርነጋስ ፡
ወልደ-ገሪማ ፡ ንፊተውራሪ ፡ ስርያል ፡ ወለደ ፤ ፊተውራሪ ፡ ስርያል ፡ ድ
12. ማ ፡ ንእይተ ፡ ብሂል ፡ ወለደ ። -- እቲ ፡ ሳልሳዮም ፡ ባሕርነጋስ ፡ ዝወል
ደ-ማርያም ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተረፈ ። ዘርኡ ፡ ሕጂ ፡ ኸንድቲ ፡ ብዙ
ሓት ፡ አይኮኑን ፤ ገለ ፡ ተረፍ ፡ ክብኦም ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲብ ፡ ኸፍ
ለ ፡ ይርከቡ ።

75. ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ደግያት ፡ ማሞን ፡ ተሸሙ ።

1. አብ ፡ መንግሢ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኹይኖም ፡
ንባምበሎ-ምላሽ ፡ ክገዝኡ ፡ ኸለዉ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ንበዅሪ ፡ ወዶም ፡ ደ
ግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ « ግብሪ ፡ ሕጅካ ፡ ኺድ ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ ለ
2. አኽዎም ። ሽዑ ፡ ከምቲ ፡ ቐደም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ባዕሎም ፡ ዝ
ገበርዎ ፡ ነሶም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ክንድኡ ፡ ንደገ ፡ ንጉስ ፡ ጸኒሖም ፡ አቦኦ
ም ፡ ከለዉ ፡ ብቑመንኦም ፡ ሽመት ፡ ለመኑ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ « ወዲ ፡ ሐ
ብተይ ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ ድግዝምነት ፡ ሸይሞም ፡ ንግዝኣት ፡ አቦኦም ፡
3. ሃብዎም ። ድሕሪዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኹይኖ
ም ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንባምበሎ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ። --
4. ብድሕሪዚ ፡ እቶም ፡ ክልአይ ፡ ሐምም ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ብፍቓድ ፡
ንጉስ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ክዋግኡ ፡ ኸዱ ። ንጋላ ፡ ስዒሮም ፡ ድማ ፡ አገቢሮም ፡





አጠሚቖም ፡ ግዝኣቶም ፡ ገበርዎ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተሐጕሶም ፡ ደግዝማ
ቲ ፡ አቢሎም ፡ ብዙሕ ፡ ሰለምዎ ። 5.

ማሕረዲ ፡ ደባስ ።

76.

ድሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሐመሙ ፤ እሞ ፡
ንዊሕ ፡ አብ ፡ ዐራቶም ፡ ደቕሶም ፡ ጸንሑ ። አዲኦም ፡ እምቤት ፡ ሰበ 1.
ኑ-ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ወጀን ፡ ከይሞቱ ፡ ፈሪሄን ፡ አብ ፡ ሐንቲ ፡ ፈላጢት ፡ 2.
ክይደን ፡ ሐተትአ ። ነሳ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ባርይኤን ፡ ደባስ ፡ እትብሀል ፡ ነበ
ረ ፡ እሞ ፡ « በጃ ፡ ደግዝማቲ ፡ ይልኩም ፡ ሕረድዎ ፡ » የለትን ። ሽዑ ፡ ን 3.
ደባስ ፡ ሕጆም ፡ አዚሮም ፡ ሐረድዎ ። ብድሕሪዚ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡
ንሽዑ ፡ ሐወዩ ። 4.

ደባስ ፡ ከአ ፡ ሕጅስ ፡ ጋኔን ፡ ኰይኑ ፡ ናብ ፡ ገዛ ፡ ደገ ፡ ይነብር ፡ አ
ሎ ። ክብ ፡ እንዳ ፡ ደግዝማቲ ፡ ወዲ ፡ እናተወልደ ፡ ነሹ ፡ መጺኡ ፡ የሕም 5.
ሞ ፤ ግና ፡ አይቐትሎን ፡ ንምቕታልሲ ፡ ሐይሊ ፡ የብሉን ። -- ንኽልአት ፡
ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ ገለ ፡ አይገብሮምኒ ፡ ንእንዳ ፡ ደግዝማቲ ፡ ጥራይ ፡ 6.
ደኣ ፡ እምበር ፤ እንተኸነ ፡ ግዳ ፡ ብለይቲ ፡ « ደባስ ፡ ይመጽእ ፡ » እንተ ፡
ተባህለ ፡ ቈልዑ ፡ ዘበሉ ፡ ይፈርሁ ።

ትውልዲ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ።

77.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ዘርኢት ፡ እትብሀል ፡ ጨዋታይ ፡ በ
ዓል ፡ ክትመውልዕ ፡ ንዐደ-ደግዝማቲ ፡ ተኸቲሉ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መጸ ። 1.
ንእኡ ፡ ገረድ ፡ ሰበኑ-ገርግሽ ፡ አመርዓዉሉ ። ክብኣ ፡ ወዲ ፡ ምስ ፡ ወለደ ፡
ነቲ ፡ ወዲ ፡ « ክንዲ ፡ ደባስ ፡ » ይሎም ፡ ብሽም ፡ እቲ ፡ ዝሐረድዎ ፡ ባር 2.
ይኤን ፡ ጸውዕዎ ።

እዚ ፡ ደባስዚ ፡ ንገዛ ፡ ደቂ ፡ ደባስ ፡ ዝወለደ ፡ እዩ ። ነሹ ፡ ንሰላፍ ፡ 3.

ወልደ-ኽስቶስኒ ፡ ንገብሩን ፡ ተኽሉን ፡ ወልደንስኤን ፤ ንሐንቲ ፡ ሐብቶ
ም ፡ ድማ ፡ ምሕሩ ፡ እትብሀለት ፡ ወለደ ። ካብኣም ፡ አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስ
4. ቶስ ፡ ንዐዲ ፡ አገልድም ፡ ፈረ ። እታ ፡ ሐብቶም ፡ ምሕሩ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡
ክንፉ ፡ ወዲ ፡ ማርያም ፡ ተእቶት ፡ ነኡ ፡ ፈራይ ፡ ዐዲ ፡ ኽንፉ ። አቡኡ ፡
ማርያም ፡ ካብ ፡ ዝባን ፡ አንገብ ፡ መጺኡ ፡ ነበረ ፡ ንዐድ-ደግዝማቲ ፡ ኽ
ኽቶል ።

78. ማርያም ፡ ዐሸልዳይት ።

1. ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ሽመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፡ አብ ፡ ክን
ዲ ፡ ኽም ፡ ወላድን ፡ ውሉድኒ ፡ ኽነብሩ ፡ ነበአም ፡ ብትሕቲኦም ፡ ጌሮም ፡
2. ብሒቶም ፡ ሓዝዎ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አበኦም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡
ኩርዮም ፡ ብልቦም ፡ ጕሀዮም ፡ ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ኽም ፡ ወጆም ፡ አይረአይዎ
ምኒ ፡ ሽመቶም ፡ ስለ ፡ ዝወሰዱሎም ።
3. ከጸንሑ ፡ ኽጸንሑ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ከልአይ ፡ ሐመሙ ፤ ሕ
4. ማሞም ፡ ከአ ፡ እናኖሔ ፡ ኸደ ። እሞ ፡ ብዛዕባዚ ፡ ዋዋኦም ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ደረሰሎም ፤

« ከመ-ዓልካ ፤ ከመ-አሎኻ ፤ ዛራ ፤
ጽላል ፡ ንጉስ ፡ ወርቂ ፡ ዝዘፈራ ፤
እንተ ፡ ሞትስ ፡ ናይ ፡ አብርሃ-ሳራ ፤
ሕማም ፡ እዩ ፡ ኽፉእ ፡ መከራ ፤ »

5. የሎም ። አቦኦም ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ « እንተ ፡ ሞተስ ፡ እነ ፡ ኽሽየ
ም ፡ » ይሉም ፡ ብሕማም ፡ ወጆም ፡ ብዙሕ ፡ ተሐኰሱ ፤ አብ ፡ ማርያም ፡ ዐሸ
6. ልዳይት ፡ ከይዶም ፡ ድማ ፡ « ቅተልዎ ፡ » ይሎም ፡ ተማባጽዑ ። ማርያም ፡
ከአ ፡ ብአፋ ፡ « ሕራይ ፡ ኪድ ፡ በል ፤ ሕጅስ ፡ ሞይቱ ፡ ይጸንሐካ ፤ እሞ ፡
ሬስኡ ፡ አርክብ ፡ » ይላ ፡ መለሰትሎም ። ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ እ
ዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ « ደሐን ፡ አሎኹ ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተመል





ሱ ። አብቲ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፡ ቀኘማ ፡ ሰምዑ ፤ ሰብ ፡ ኹሉ ፡ 7.
ኸአ ፡ ኽመልጡን ፡ ክበኽዩን ፡ ጸንሕዎም ። ሽዑ ፡ ሞት ፡ ወጆም ፡ ፈለ
ጡ ፤ እሞ ፡ ተጠዓሱ ። ተጥዕሾም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐሸልዳይት ፡ ተመልሾ
ም ፡ « መሓርለይ ፡ » የሉ ። ማርያም ፡ ከአ ፡ ብአፋ ፡ « አነ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ 8.
ተዛረበ ፤ ኪድ ፡ ደአ ፡ አቕብር ፡ ወድኻ ፤ እዚአስ ፡ አይትኽንለይኒ ፡ » ይላ ፡
ሰደደቶም ። ሽዑ ፡ ተመልሾም ፡ ቀበርዎ ።

79. ሞት ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽኒ ።

ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አዲኦም ፡ እምቤት ፡ ሰበነ-ገ 1.
ርግሽ ፡ ካብ ፡ ብዙሕ ፡ ሐዘን ፡ እትላዕለ ፡ መንዙሸን ፡ ካብ ፡ አጆራሽን ፡ ወ
ጺኤን ፡ አብ ፡ ሐንቲ ፡ ንእሽቶይ ፡ ቤት ፡ ተቐመጣ ። እታ ፡ ቤታ ፡ ድማ ፡ 2.
ኽሳዕ ፡ ሎም ፡ ጠጠው ፡ ይላ ፡ አላ ፤ አብኢ ፡ እኺ ፡ ሕጂ ፡ ወዘሮ ፡ መርሻ ፡
ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ፈላሲት ፡ ኩይነን ፡ አብኢ ፡ ሰፈረን ፡ ይነብራ ፡
አለዋ ።

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ወጆም ፡ ሽመት ፡ ቀደ 3.
ሞም ፡ ተመልሰሎም ። እንተኸነ ፡ ብጓህን ፡ ብምቕዓስኒ ፡ ከብዶም ፡ ተቓ
ርጮም ፡ ተሎ ፡ ሞቱ ። ነሰምኒ ፡ አበኦም ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስኒ ፡ ናብ ፡ 4.
ዐዲ ፡ ኽፈለት ፡ ጕልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ ፡ አብኢ ፡ ተቐብሩ ።
እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ናብታ ፡ ንእሽቶይ ፡ ቤተን ፡ ኩይነን ፡ 5.
እናሐዘና ፡ ጸሎት ፡ እናገበራ ፡ ንቤተ-ኽስያን ፡ እናሰዓማ ፡ ከይሞታ ፡ ሐያ
ሎ ፡ ዓመት ፡ ጸንሓ ።

80. ግዝአት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ።

ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስኒ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ባሕር- 1.
ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ጌና ፡ ንእሽቶይ ፡ ስለ ፡ ዝ

2. ነበሩ ፡ ግዝኣት ፡ ባምቦሎምዃሽ ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሐለፈ ። እንተ
ኸነ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ክይዶሞ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡
ንሶም ፡ ክሳዕ ፡ ዝመጹ ፡ ኣብ ፡ ክንድኦም ፡ ሐዎም ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይ
ማኖት ፡ ኣብዚ ፡ ግዝኡ ። [illegible]
3. ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉስ ፡ ንደግያት ፡ ሃይ
ሉ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-መንቆርዮስ ፡ ሹም ፡ ዋልድባ ፡ ኣብ ፡ ጸለምቲ ፡ ተዋጊኦ
4. ም ፡ ሰዓርዎ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉስ ፡ ንደግያት ፡ ወልደ-ህይወ
ት ፡ እተባህለ ፡ ናብ ፡ ወጀራት ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎ ። ናብ ፡ መወዳእታ ፡
ግና ፡ ምስኡ ፡ ዕርቂ ፡ ገበሩ ፤ ጓል ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፡ ንወዲ ፡ ደ
ግያት ፡ ወልደ-ህይወት ፡ ሃብዎ ።
5. ስዒሮም ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ንደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከም
ዚ ፡ ይሎም ፡ ደረሱሎም ፤

ካብ ፡ ምጽዋዕ ፡ እንድኸን ፡ ቀምሽን ፤
ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሻኹራን ፡ ቍራዕ ፡ ርእስን ፤
ካብ ፡ ዓድዋ ፡ ኲረሻን ፡ ግላስን ፤
ካብ ፡ ጐንደር ፡ ኣዑንን ፡ ንጉስን ፤
ትሰምዕዶ ፡ ገናሕን ፡ መላስን ፤

81. ሞት ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ።

1. ድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ከአ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ንነጀው ፡ ምምጻእ ፡
2. ምስ ፡ ሓሰቡ ፡ ደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ከድዎም ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡
ማሞ ፡ ምቕማጥ ፡ ንደግያት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ሐዲጎም ፡ ካብ ፡ ጋላ-ቤ
ት ፡ ንነጀው ፡ መጹ ፤ ብድሕሪኦም ፡ ግና ፡ ጋላ-ቤት ፡ ተንሲኦም ፡ ንደግያ
3. ት ፡ ርእሰ-ሃይማኖት ፡ ቀተልዎም ። እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡
በጽሐ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፡ ሞት ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ሕኑ ፡ ኸ
4. ፈድዩ ፡ ብገስጋስ ፡ ዐዲ ፡ ጋላ ፡ ኸዱ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አሰላፍ ፡ ቃለ-ኸስ





ቶስ ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ካብ ፡ ገረድ ፡ እምቤት ፡ ሰ
በኑ-ገርግሽ ፡ ዝወለድዎ ፡ ንሐዎም ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሓደ ፡ እሙን ፡ ፈታ
ዊኦም ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ንኡ ፡ ምቕማጥ ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሐደጉ ። ብድሕር
ዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ንጋላ-ቤት ፡ ክፉእ ፡ ጌሮም ፡ ዘመትዎ ፤ ዘሎ ፡ ሰቡ 5.
ን ፡ ማሉን ፡ ዝቕተል ፡ ቀቲሎም ፡ ዝማረኽ ፡ ማሪኾም ፡ ዐዲ ፡ ኣህዲኦም ፡
ዐዶም ፡ ተመልሱ ።

ህያብ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ። 82.

ብድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ናብ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ ግብሪ ፡ መኳንንቲ ፡ 1.
ወዲቑ ፡ ኸሎ ፡ ሓደ ፡ ደግዝማቲ ፡ ናይዝጊ ፡ ዝሸሙ ፡ ገዛእ ፡ ዋልቃይት ፡
ዝነበረ ፡ ብዘረባ-ዘረባ ፡ ዝመጸ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ተኳርዮም ፡ « አ
ቓ ፡ ሕማቕ ፡ በላዕ ፡ ቀሚ ፡ እንጣጢዕ ፤ ንዓ ፡ እንደሞ ፡ ኣነን ፡ ንስኻን ፡ አ
ይንወሀሀብኒ ፤ » ይሉ ፡ ኣብ ፡ ቅድሚ ፡ ኹሎም ፡ አዋረዶም ። ንሶም ፡ ከ
አ ፡ « በል ፡ ንቋጸር ፡ » የልዎ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ባዕሎም ፡ ዘረባ ፡ ኸልቲኦ 2.
ም ፡ ሰሚዖም ፡ « በሉ ፤ ቈጸራ ፡ ኸክንደይ ፡ ትደልዩ ፤ » የልዎም ። ደግያ
ት ፡ ናይዝጊ ፡ ብንዕቀት ፡ « መንፈቕ ፡ » የሉ ፤ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ድማ ፡
« ዓመት » ። ድሕርዚ ፡ ኸክም ፡ ቈጸርኦም ፡ ሂህያቦም ፡ ክህቡ ፡ ተፋጻጹ 3.
ሞም ፡ ከዱ ።
ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ መንፈቕ ፡ ህያቦም ፡ ኣብ ፡ ቅድ 4.
ሚ ፡ ቤተ-መንግስቲ ፡ አቕረቡ ፤ ንሱ ፡ ኸአ ፡ መቑሎ ፡ ጡጥ ፡ ፈርጊ ፡ ነ
ፍጢ ፡ ቅርሺ ፡ መጋርያ ፡ ጻዕዳ ፡ ላም ፡ መጋርያ ፡ ጸላም ፡ ላም ፡ መጋርያ ፡
ጣላ ፡ ላም ፡ ቋረ ፤ ክምዚ ፡ በብዐይነቱ ፡ ምስ ፡ ሃቡ ፡ « አብጻሕኩ ፡ » የ
ሉ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ኹሉ ፡ ብዙሕ ፡ ህያብ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ 5.
« ትረትዐኒ ፡ ዶኸን ፡ እያ ፤ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
ኸዑ ፡ ንብህገሩ ፡ ዝኸበረን ፡ ዝሓሸን ፡ እቕሓ ፡ ኸነ ፡ ማል ፡ ንንጉስ ፡ 6.
ዝበቕዕ ፡ « ተሎ ፡ ይልኩም ፡ ርኢኹም ፡ አምጽኡለይ ፡ » ይሎም ፡ አዘዙ ።

83\. ሥርቂ ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ።

1\. ድሕርቲ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፥ ሓደ ፡ እዋን ፡ ፈረስ ፡ ሰሪሮም ፥ ምስ ፡ ሐ
2\. ያሎ ፡ ሰብ ፡ ኰይኖም ፡ እብ ፡ መሮር ፡ ወፈሩ ። ተተሓሒዞም ፡ ከሳድ ፡ ሐ
ርአም ፡ ምስ ፡ ወጹ ፥ ሸኹና ፡ ፈረሶም ፡ እብ ፡ ምድሪ ፡ ተዋሕጠ ። ስር ፡
ይሎም ፡ ወሪዶም ፥ « እንታይ ፡ ረኸበ ፤ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፥ እታ ፡
3\. ዝረገጸ ፡ ሀሊላ ፡ ጸንሐቶም ። « ንኸዐዎ ፥ » ይሎም ፡ እንተ ፡ ኰዓትዎ ፥
ቤት ፡ ደቂ ፡ ሕድርትና ፡ ኰይኑ ፡ ተረኸበ ።

4\. እንተ ፡ ረአዩ ፥ ቅድም ፡ ወርቂ ፡ አንጭዋ ፡ ረኸቡ ፤ ቅርብ ፡ እንተሉ ፡
ኸአ ፥ ወርቂ ፡ ቍርዖብ ፤ ከምኡ ፡ እናሉ ፥ ምጭልቆት ፡ ወርቅን ፡ ጠበ
5\. ቕ ፥ ወርቅን ፡ ገበል ፡ ወርቅን ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ በብዐይነቱ ፡ ረኸቡ ። ነ
ዚ ፡ ኩሉ ፡ አኪቦም ፡ ምስ ፡ ወጹኡ ፥ « ንቕረብ ፡ ደአ ፥ » ይሎም ፡ እን
ተ ፡ ቐረቡ ፡ ድማ ፥ ግርም ፡ ኰይኑ ፡ ብግምጃ ፡ እተነጽፈ ፡ ዐራት ፡ ወርቂ ፡
6\. ረኸቡ ። « ነልዕሎ ፥ » ይሎም ፡ ከአ ፥ ኸልዕልዎ ፥ ነነይ ፡ እንተበልዎ ፥
ኩብቲ ፡ ዐራት ፡ ደሃይ ፡ ሰምዑ ፥ ከምዚ ፡ ዝብል ፤

« ዕቑብኻ ፡ እባ ፡ ማሞ ፤
ሕጅስ ፡ ይእከልካ ። »

7\. « መን ፡ እዩ ፡ እተዛረበ ፤ » እንተሉ ፥ « በዓልቲ ፡ ቤት ፡ እያ ፤ ሕደጉ ፤ ይ
አኽለና ፥ » ተበሃሂሎም ፥ ዝሓዙ ፡ ሒዞም ፥ ወጺአም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ።

84\. ሀያብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ።

1\. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፥ ቈጸርአም ፡ ምስ ፡ ቀረበ ፥ እቲ ፡ ኻብ ፡ ሀ
ገር ፡ ዝረኸብዎ ፡ ኩሉ ፥ አቕሑን ፡ ማልን ፥ ብዙሕ ፡ ከልእ ፡ ድማ ፡ ኻብ
ቲ ፡ ናብ ፡ ጕድጓድ ፡ እተረኸበ ፡ ወርቂ ፡ ጌሮም ፡ ወሲኾም ፡ አባቕል ፡ ጽ
ዒኖም ፡ ተበገሱ ። እተን ፥ አጋሰሶም ፥ ካብ ፡ ጸዐዚጋ ፡ እቶጻዕና ፥ ቀዳማየ





ን ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ክራገፍ ፡ ከሎ ፥ ዳሕራዩን ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ነበረ ። እንዳ ፡ 2.
ንጕስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፥ ሀያቦም ፡ ክፈትሖ ፡ ጀመሩ ።
እቲ ፡ ቀዳማይ ፡ ዘውጽእዎ ፡ ጥራይ ፡ ግምጃን ፡ ጅኹኒ ፡ ነበረ ፤ ደሐ 3.
ር ፡ ከአ ፡ አቡ-ጀዲድ ፥ ምንጻፍ ፥ ጕምቦ ፡ ብርሊ ፥ ብርሊ ፥ ፋኑስ ፥ ነፍጢ ፥
ፈርጊ ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ መጋርያ ፡ ጻዕዳ ፡ ላም ፥ መጋርያ ፡ ጸላም ፡ ላም ፥
መጋርያ ፡ ጣላ ፡ ላም ፥ መጋርያ ፡ በርሃ ፡ ላም ፥ መጋርያ ፡ ዐዶልዋይት ፡
ላም ፥ መጋርያ ፡ ጪብላይት ፡ ላም ፥ ሓደ ፥ መንሰ ፡ አድጊ ፥ ብጀኽ ፡ አጋሰ
ስ ፡ ሓደ ፡ መንሰ ፥ በቕሊ ፤ ሀምን ፡ ጀነቶን ፥ አዕናቍ ፥ ወረጠ ፥ መራፍእ ፥
አቕራሽ ። እዚ ፡ ኩሉ ፥ ምስ ፡ ሃቡ ፥ « እሂ ፥ ጕይታይ ፥ » የልዎም ። 4.
ንጕስ ፡ ከአ ፥ « ወሲድካ ፥ » የልዎም ፤ ኰሎም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ 5.
መኳንንቲ ፡ ድማ ፥ « ወሲድካ ፥ ወሲድካ ፥ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ 6.
መወጃእትኦ ፥ « ምሳሕ ፡ መኳንንቲ ፥ » ይሎም ፡ ደሃብ ፡ ጥራይ ፡ አፍሰ
ሱሎም ፤ ጸኒሖም ፡ ከአ ፥ « ምሳሕ ፡ ሰይቲ ፡ ንጕስ ፥ » ይሎም ፥ ካብ ፡ ወር
ቂ ፡ እተሰርሓ ፡ ድሙን ፡ ደርሆን ፡ ሃቡ ፤ ደሓር ፡ ከአ ፥ « ምሳሕ ፡ ንጕ
ስ ፥ » ይሎም ፥ ካብ ፡ ወርቂ ፡ እተሰርሔ ፥ አጺንቲ ፡ ግና ፡ ኻብ ፡ ሉል ፥ ም
ስሊ ፡ ገበል ፡ አውጺአም ፡ ሃቡ ። በዚ ፡ ኩሉ ፡ ሀያብ ፡ ንጕስ ፡ አዝዩ ፡ 7.
ተገረመ ።

ስዕረት ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ።

85\.

ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ኸአ ፡ ብሐረቕት ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፥ « ብውግ 1.
እ ፡ ንዓ ፥ » የልዎም ። ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ጸገዳ ፡ ዝበሀል ፡ ተዋግኡ ። እብ 2.
ኡ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ሰዓሩ ፤ ንደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ አሲሮም ፡ አምጽእዎ
ም ፤ እብ ፡ ዐዲ ፡ አቤቶ ፥ ጕልቶም ፡ ነበረት ፡ እሞ ፥ አብኣ ፡ ብዐይን-ቘረ
ኛ ፡ ሐልዮም ፡ አቐመጥዎም ። አብኡ ፡ ኸአ ፥ በታ ፡ ቐደም ፡ « በላዕ ፡ ቅ
ጫ ፡ እንጣጢዕ ፥ » ዘልዎም ፥ « ነሱ ፡ እዩ ፡ ቐለብና ፥ » ይሎም ፡ ዓመት ፡
ምሉእ ፡ ቅጫ ፡ እንጣጢዕ ፡ ጥራይ ፡ ቀለብዎም ። ግዝኢቶም ፥ ብዘሎ ፡ ኸ 3.

አ ፡ ናብ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ሐለፈ ፤ እሞ ፡ ንዋልቃይት ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመ
ት ፡ ገዘኣ ።
4. ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ ግዝያት ፡ ከአ ፡ ሐጸይ ፡ ንደጃዝማች ፡ ናይዝጊ ፡ ለመ
ኑሎም ፤ « ግዝኣቱ ፡ ናብ ፡ ኢድካ ፡ ይኹን ፤ ንደጃዝማች ፡ ናይዝጊ ፡ ግና ፡
ፍትሐዮ ፡ » ይሎም ። ሽዑ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ አበርከትዎ
5. ም ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ተቐቢሎም ፤ « በረኸት ፡ እዝግን ፡ ንጉስኒ ፡ ይሃበለይ ፡ »
ይሎም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ድርኩታ ፡ ዝበሃል ፡ ጥቓ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ሰዲዶም ፡
6. ሐላዊኡ ፡ ገበርዎም ። ብድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ንግዝኣቶም ፡
መለሱሎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ንወዲ ፡ ደጃዝማች ፡ ናይዝጊ ፡ አጅማት ፡ ዘም
7. ንኪኢል ፡ ዝሽሙ ፡ ጓሎም ፡ ሃብዎ ። ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ደጃዝማች ፡ ናይዝጊ ፡
ብትሕቲ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ኰይኖም ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ።
8. በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ምስ ፡ ዋልቃይት ፡ ዕርቂ ፡ ገበሩ ።

86. ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ኻብ ፡ ርእሶም ፡ ግብሪ ፡ ሀገሮም ፡ ፈደዩ ።

1. ብዘበን ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ አምበጣ ፡ ንኸሉ ፡ ሐማሴን ፡ አጥፍአ ፤ ሀ
2. ገር ፡ ከአ ፡ ንርእሱ ፡ ጠምዩ ፡ ንግብርን ፡ ፈሰስን ፡ ዝፈድዮ ፡ ሰአነ ። ደጃዝማ
ች ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ብዙሕ ፡ ሕያዋይ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ሀገሮ
3. ም ፡ ግብሪ ፡ ፈድዮም ፡ ናጻ ፡ አውጽእዎም ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ደጊሞም ፡
ን.ጋላ-ቤት ፡ ከይዶም ፡ ቁጽሪ ፡ ዘይብላ ፡ ማል ፡ ዘሚቶም ፡ ንኸሉ ፡ ሐማ
ማሴን ፡ አጽገብዎ ።
4. እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ህዝቢ ፡ ሐማሴን ፡ ንደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ብዙሕ ፡
5. አመስገንዎም ። ከምዚ ፡ ኸአ ፡ ደረሱሎም ፤

ሐማሴናይ ፡ በሰኻ ፤ ክበር ፡ ንበር ፤
ትግራዋይ ፡ በሰኻ ፤ ክበር ፡ ንበር ፤
ነፍጢ ፡ ደሞ ፡ የቕትል ፤ ሐሞት ፡ እምበር ፤





ጐልበት ፡ ደሞ ፡ የጕዱ ፤ ሕሊና ፡ እምበር ፤
ዘለዎይ ፡ የልግስ ፤ ሓመል ፡ እምበር ፤
አብ ፡ ዑናኝ ፡ ትመውት ፡ ከም ፡ ገበል ።

መድፍስ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ።

87.

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ናብቲ ፡ ዓመቱ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ አርባዕተ ፡ ሚእቲ ፡
ሰብ ፡ ዘየልዕልዎ ፡ መድፍዕ ፡ ብባሕሪ ፡ አውጺኦም ፡ ብእኸሉ-ጉዛይ ፡ ጌ 1.
ሮም ፡ ዐጀምሓሬ ፡ ወሲዶም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አበርከትዎ ። ንጉስ ፡ በዚ ፡
ህያብዚ ፡ ብዙሕ ፡ ተሐጐሱ ።
ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ባህ ፡ ከም ፡ ዘሎም ፡ ርእዮም ፡ ብድ
ድ ፡ ይሎም ፡ ተዕጢቖም ፤ « ጐይታይ ፤ ከዛረብ ፡ » የሉ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ 2.
« ተዛረብ ፡ » የልዎ ። ሽዑ ፡ ኸምዚ ፡ የሉ ፤ « እንሆ ፤ እዚ ፡ መድፍዕዚ ፡
ናተይ ፡ እዩ ፤ እንተ ኸነ ፡ ብሳላ ፡ ሀገረይ ፡ ዘጥሬኽዎ ፡ እዩ ፤ ሕጂ ፡ ድማ ፡ 3.
ብሐቂ ፡ እዚ ፡ ህያበይ ፡ እንተ ፡ አሐጐሹኹም ፡ ኣነ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ነገር ፡
ከተሐጐሱኒ ፡ እልምነኩም ፡ » የልዎም ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ « እሺ ፡ » የልዎ ።
ድሕርዚ ፡ ደጃዝማች ፡ ማሞ ፡ « ጐይታይ ፤ ሀገረይ ፡ በምበጣ ፡ ጠፊኡ ፡ እ
ዩ ፤ ስለዚ ፡ ግብርን ፡ ፈሰስን ፡ ይትረፍ ፡ ንቕለቡ ፡ ዝአኽል ፡ እኺ ፡ የብሉ 4.
ን ፤ እሞ ፡ ክትምሕሩለይ ፡ እልምነኩም ፡ አሎኹ ፡ » የልዎም ። ንጉስ ፡
ከአ ፡ ብታሕጓስ ፡ መሓርዎም ።

ምውዳእ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ።

88.

እምቤት ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡ አቦኤን ፡ ሐጸይ ፡ አእላፍ-ሰገድ ፡ ሽሕ
ኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚእትን ፡ ባሮት ፡ ሂበምወን ፡ ነበሩ ። እዚኣቶም ፡ ብዝሐ 1.
ም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብ ፡ ላዕላይ ፡ ገዛ ፡ ሐልሐሊ.ፎም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሐ
ያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዐዲ ፡ ከም ፡ ስድራ ፡ ቤቶም ፡ ንዐድ-ደጃዝማቲ ፡ ኰይኖ
ም ፡ ተቐመጡ ።

2. ብድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ሐጸይ ፡ ዳዊት ፡ ኣብ ፡ ዐጀምሓ
ራ ፡ ኽለዉ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡ ኸአ ፡ ኑቲ ፡ ምቅማጦም ፡ ነሰሳፍ ፡ ቃለ-ኽስቶ
ስ ፡ ንዒቖም ፡ « እዚኣስ ፡ ብእንታይ ፡ ትበልጽ ፧ » ይሎም ፡ ምግዛእ ፡ ኣ
3. በዮም ። ነሶ ፡ ኸአ ፡ ንሐዉ ፡ ናብ ፡ ዐጀምሓራ ፡ ልኢኹ ፡ « ከመይ ፡ ን
ግበር ፧ » ይሉ ፡ ሐተቶም ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ኽንዲ ፡ ወረቐት ፡ ኣ
4. ብ ፡ ሒደ ፡ ለቜጣ ፡ ሰቲ ፡ ቐርዲዶም ፡ ከሬ ፡ ጌሮም ፡ ሰደዱሉ ። ኣሰሳፊ ፡
ኸአ ፡ ነዚ ፡ ምላሽዚ ፡ ምስ ፡ ረኸበ ፡ ገዚፍ ፡ ዳስ ፡ ተኸለ ፤ ደሐር ፡ ከም ፡
በዓል ፡ ደሐን ፡ ተመሲሉ ፡ ነቶም ፡ ባሮት ፡ ኩሎም ፡ ገዝኡ ፡ ጸውዖም ።
5. ዳስ ፡ እኣትዩ ፡ ድማ ፡ ሚስ ፡ ኣስተዩዎም ። ብድሕርዚ ፡ ኩላቶም ፡ ምስ ፡ ሰ
ኽሩ ፡ ነቲ ፡ ዳስ ፡ ብለይቲ ፡ ኸቢቡ ፡ ብወጀራት ፡ ሰብ ፡ ሽቶል ፡ ጌሩ ፡ ሐ
ረድዎም ።
6. በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ገዛ ፡ ስድራ ፡ ተወጀኡ ።

89. ሽፍትነት ፡ ደግያት ፡ ድብልዩስ ።

1. ኣድከመ-ምልጋእ ፡ ከአ ፡ ነታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቂሞም ፡ ዘኺሮም ፡
2. ጽልኦም ፡ ኣይዐረፈን ። ብዛዕባዚ ፡ ጥንትግ ፡ ምስ ፡ ደቐተሽም ፡ ይዋግኡ ፡
ነበሩ ። ንድሩይ ፡ ፍጋጋ ፡ ገዝበሀል ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ባሬ ፡ ብድሕሪኡ ፡ ድማ ፡
ንዮሀንስ ፡ ሐካይ ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ መንጕንቲ ፡ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ንእይተ ፡ ኣ
ርዓዶም ፡ እተባህለ ፡ ኽብ ፡ ክሳድ ፡ ዳዕሮ ፡ በዓል ፡ ቄጽሊ ፡ ጌሮም ፡ ይ
ገጥሙሎም ፡ ነበሩ ።
3. ደግያት ፡ ድብልዩስ ፡ ወዲ ፡ እይተ ፡ ኣርዓዶም ፡ ከአ ፡ ንጓል ፡ ተስፋ
ይ ፡ ገረብ ፡ ካብ ፡ መደባይ ፡ ኣእቶ ፡ ካብ ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ንሐጸይ ፡ መለኸ-ሰገ
4. ድ ፡ እትውለድ ። ነሶ ፡ ድማ ፡ ኣርብዓን ፡ ኣርባዕተን ፡ ጕልቲ ፡ ነበሮ ። እሞ ፡
ምስናይዚ ፡ ኹሉ ፡ ኸአ ፡ ገበር ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ምኳን ፡ ውርደት ፡ ኰይ
5. ኑ ፡ ተራእዮ ። ስለዚ ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ እቲ ፡ ምቅማጥ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡





ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸሎ ፡ ደግያት ፡ ድብልዩስ ፡ ከአ ፡ « ብጀኸ ፡ ሐጼይ ፡ ጕይ
ታ ፡ የብለይኒ ፡ » ይሉ ፡ ሸፈተ ። ሰራዩ ፡ ኸአ ፡ ብዘሎ ፡ ሻርኡ ፡ ነበረ ።
ኣሰሳፊ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ፈለጠ ፡ ብኢ-ብኢ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ 6.
ልኡኻት ፡ ሰደደ ። ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ወረቐት ፡ ካብ ፡ ሐጼይ ፡ መክ
ፎ ፡ ኣምጺኦም ፡ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፡ ንሰራዩ ፡ ኻብ ፡ ላዕሊ ፡ ንታሕቲ ፡
ዘሚቶም ፡ ኣጥፍእዎ ። ደግያት ፡ ድብልዩስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ኣሰሳፊ ፡ ተቃ 7.
ጊኡ ፡ ሞተ ።
ካብኡ ፡ ኣድከመ-ምልጋእ ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፡ ትም ፡ ይሎም ፡ ተገ 8.
ዝኡሎም ።

ሞት ፡ ደግያት ፡ ማሞ ።

90.

ደግያት ፡ ማሞ ፡ ግዝኣቶም ፡ ኩሉ ፡ ዐሰርተው ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ኣ 1.
ብ ፡ ጋላ-ቤት ፡ ጥራይ ፡ ዝገዝእዎ ፤ ነዚ ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡ ምስ ፡ ወሰኹ ፡
ኸአ ፡ ትሽዐተ ፡ ዓመት ፤ ኣብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ንዋልቃይት ፡ ምስ ፡ ወሰ
ኹ ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፤ ስለዚ ፡ ብግዝኣት ፡ እስታት ፡ ዕስራን ፡ ሸሞንተ
ን ፡ ዝኣክል ፡ ዓመት ፡ ነበሩ ።
ደግያት ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ ሰፈር ፡ ንጉስ ፡ ቀሓ ፡ ናብ ፡ ዝበሀል ፡ መኻ 2.
ን ፡ ሞቱ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ብነጋሪትኒ ፡ ብሰንደቕ ፡ ዕላማን ፡ ብብዙሕ ፡ ዓ
ጀብኒ ፡ ጌሮም ፡ ቀበርዎም ። ብድሕሪኦም ፡ እቶም ፡ ራብዓይ ፡ ሐምም ፡ 3.
ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ እተባህሉ ፡ ኣብ ፡ ባምቦሎ-ምላሽ ፡ ተሸሙ ።

ዓድዋ ፡ ተሰርሐ ።

91.

ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ርእስኖቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፡ ኣብ ፡ 1.
ክልእ ፡ ሀገር ፡ ኣብ ፡ ትግራይ ፡ ተቐመጡ ። እታ ፡ እትቐመጡላ ፡ መኻ 2.
ን ፡ ቀደም ፡ ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ ተተምንዮምዋ ፡ « ንዐዲ ፡ ኽትክወን ፡ »
ይሎም ፡ ዱራ ፡ ቀስቅሾምዎ ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ራእስ ፡ ዐንደ-ሃይ

ማኖት ፡ ከተምኦም ፡ ገበርዎ ፤ ኣብኣ ፡ ኸአ ፡ ቤተኽስያን ፡ እንዳ ፡ ማርያ
3. ም ፡ ሰርሑ ። እዛ ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ እተሰረተት ፡ ከተማ ፡ ብድሕሪ ፡ እዚ ፡
እዋንዚ ፡ ኸተማ ፡ መንግስቲ ፡ ኰነት ፤ ሽማ ፡ ኸአ ፡ ዓድዋ ፡ ተባህለት ።
4. ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ናብኣ ፡ ኾይኖም ፡ ነዊሕ ፡ ዘበን ፡
ንቢምበሎ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

92\. ኸፋትንት ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ።

ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ሓደ ፡ ዝአምንዎ ፡ ብላ
ታንጌታ ፡ ነበሮም ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ዝበሀል ። ስለዚ ፡ ንኡ ፡ ምቅ
ማጥ ፡ እናሐደጉ ፡ ከም ፡ ሐምም ፡ ጌሮም ፡ ረአይዎ ።
2. ሓደ ፡ ግዜ ፡ ነሶም ፡ ኣብ ፡ ሐማሴን ፡ ወሪዶም ፡ ከለዉ ፡ ክሀድኑ ፡
ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ « ኣብ ፡ ጐይታይ ፡ ክበጽሕ ፡ » ይሉ ፡ ናብ ፡
3. ወሸረፈቶ ፡ አርከቦም ። ኣብኡ ፡ መጺኡ ፡ ኸሎ ፡ ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖ
ት ፡ ምስ ፡ ገለ ፡ ጐረቤን ፡ ኣንስትን ፡ ከስዕስዑ ፡ ኸለዉ ፡ ብላታ ፡ ምንኪ
4. ኤል ፡ ርእዩ ፡ ብልቡ ፡ ነዓቖም ። « ጐይታይሲ ፡ እንካ ፤ ዐራቶምሲ ፡ ዝቕ
በሎም ፡ ደአ ፡ ሲኢኖም ፡ እምበር ፡ ደርብዮምዎ ፡ እዮም ፡ » ይሉ ፡ ንዓድ
ዋ ፡ ተመልሰ ። ኣብኡ ፡ ኾይኑ ፡ ባዕሉ ፡ ኸም ፡ ቀኘ ፡ ደልደለ ።
5. ወረ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐዛጋ ፡ በጽሐ ፡ « ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ሸፊቱ ፡
6. እዩ ፡ » ዝብል ። ብዛዕባዚ ፡ ቀጣ ፡ ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ደረሰሉም ፤

ደርመን ፡ ከሙዓልካ ፡ ደርመን ፤
ከጸዐ ፡ እዩ ፡ ጠላም ፡ እዩ ፡ ዘበን ፤
« ሐወይ ፡ » ይልካ ፡ ሰብ ፡ አይእመንዎን ፤
ድሙኻ ፡ እኻ ፡ ተምጽአልካ ፡ ተመን ።





93\. ውግእ ፡ ጋሻ-ወርቀ ።

ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ከአ ፡ ከብዚ ፡ ተልዒሎም ፡ እንተ ፡ ኸዱ ፡ 1.
ኣብ ፡ ጋሻ-ወርቀ ፡ ክበጽሑ ፡ ኸለዉ ፡ እቲ ፡ አሚኖምዎ ፡ ዝነበሩ ፡ ም
ቅማጥ ፡ ዝሐደግዎ ፡ ግልይኦም ፡ ሰቡ ፡ አኽቲቱ ፡ ክሳድ ፡ ሕጂ ፡ ጸኒሑ ፡
ተቐጣእም ። ኣብኡ ፡ ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ሰዓረ ። ራእስ ፡ ወንደ-ሃይማ 2.
ኖት ፡ ከአ ፡ ተማረኹ ፤ እሞ ፡ ብድሕሪ ፡ እቲ ፡ ውግእ ፡ ኣብ ፡ ቅድሚ ፡
ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ተደብደቡ ። ወዲ ፡ እንዳ ፡ ነብረድ ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ 3.
ተደብደበ ። ተኸተሉ ፡ ሐቢል ፡ እተባህለ ፡ ግና ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ኽፍሌት ፡ 4.
ከብ ፡ ወዘሮ ፡ ሙዚት ፡ ዝውለድ ፡ ምስ ፡ አኹኡ ፡ ናብኡ ፡ ውዒሉ ፡ ነበ
ረ ፡ እሞ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእ ፡ ሰብ ፡ ኮይኑ ፡ ሀዲሙ ፡ ወጺ ።
ብላታ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ንራእሲ ፡ ዝቐትል ፡ ራእሲ ፡ ኽበሀል ፡ 5.
ከም ፡ ዝግብኦ ፡ ነሱ ፡ ንራእስ ፡ ወንደ-ሃይማኖት ፡ ቀቲሉ ፡ ራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ አበለ ። ካብ ፡ ብሽዑ ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ ኾይኑ ፡ ንትግራይ ፡ ገዝኤ ።

94\. ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ።

ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ ፡ ደጊያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ብድሕሪ ፡ 1.
ሞት ፡ ሐወቦኦም ፡ ኣብ ፡ ጸዐዛጋ ፡ ኾይኖም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። እንተኸ 2.
ን ፡ ነሶም ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ አበታቶም ፡ ግዝኣት ፡ ካብ ፡ ኢድ ፡ ራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ ምእንቲ ፡ ኽምልሱ ፡ ንሀገር ፡ አኽቲቶም ፡ ኣብ ፡ ዕዳጋ ፡ ረቡዕ ፡
ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሸድሽተ ፡ መዓልቲ ፡ ተቐጣኡ ፡ ካብ ፡ ሰሉስ ፡
ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ሰምበት ። ምስዕዓር ፡ ምስ ፡ ሰኣኑ ፡ ከሀናትን ፡ ፈለስት 3.
ን ፡ መስቀል ፡ ሒዞም ፡ መጺኦም ፡ ዐረቕዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡
መረብ-ምላሽ ፡ ጥራይ ፡ ክገዝኡ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ንትግራይ ፤
በዚ ፡ ዕርቅዚ ፡ ነንገዝኦም ፡ ተመልሱ ። ካብዘም ፡ ክልቲ ፡ ገዛእትዚኦቶም ፡ 4.
ጀሚሩ ፡ መረብ ፡ ደረት ፡ ኮነት ፡ ክሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ።

5. ብድሕሪ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ዐሸርተው ፡
ክልተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ብዘበኖም ፡ ሐጻይ ፡ እያሱ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡
መጺኦም ፡ ንሀገር ፡ አገበርዎ ።

## 95. ውግእ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ናይብ ።

1. ብዘበን ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ናይብ ፡ ንርእሱ ፡ ግዝአት ፡ ሐማሴ
ን ፡ ደለ ። እንትኸነ ፡ ነሶም ፡ ከዋግእዎ ፡ ስለ ፡ ዘይደለዩ ፡ ኩብ ፡ ግዝኣቶ
ም ፡ ሐልሐሊሮም ፡ እኒ ፡ አስመራ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ድባር
ዋ ፡ እምኒ ፡ ጸሊም ፡ ንኮላት ፡ ሂበም ፡ ተዓረቕዎ ።

2. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ክረድኡ ፡ መጺኦም ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡
አብ ፡ እኸሉ-ጉዛይ ፡ ተዋግኡ ። ራእሲ ፡ ሰዒሮም ፡ ንሐያሎ ፡ ዐድታት ፡
3. ዘመቱ ፤ ድግሳ ፡ ግና ፡ ጽንዕቲ ፡ እምባ ፡ ስለ ፡ ዝነበረት ፡ ፈርሀዋ ። ሽዑ ፡
አቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፡ ዕቑባላሰ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ እትባሀለ ፡ በዓ
ል ፡ ጨዓረሺ ፡ ሳልሳይ ፡ ርእሱ ፡ ኸነሱ ፡ ደየበ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ብ
4. ዕሉም ፡ አብ ፡ እግሪ ፡ ተሪፎም ፡ ከለዉ ። ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ድማ ፡
አትዩ ፡ « አነ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ » እናለ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ከተማ ፡
5. ፈኸረ ። ሽዑ ፡ ደቂ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ተሸቢሮም ፡ ብሓደ ፡ ሽንኽኒ ፡ ሀደሙ ፡
ብሓደ ፡ ሽንኽኒ ፡ አውየዩ ። አውያት ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ኸአ ፡ ወትሀደር ፡
ራእሲ ፡ ደይቦም ፡ ዘመትዋን ፡ ተኸስዋን ።

6. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ውግእዚ ፡ ግና ፡ ናይብ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡
ተዐርቀ ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፡ አመንዎ ፤ ነቲ ፡ ናብ ፡ ከበሳ ፡ ዝነ
በረ ፡ አጕላቱ ፡ ኸአ ፡ መረቑሉ ።

## 96. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ክአ ፡ ሰበይቶም ፡ እምቤት ፡ ጕይተን ፡ በዓ
ልቲ ፡ ቃኝብዳ ፡ እየን ፤ ጓል ፡ ቀሊት ፡ ወዲ ፡ ፈቶ ፡ እትባሀለ ። ኩበኤን ፡





ንእይተ ፡ ደብረ-ጼንኒ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩን ፡ ወለዱ ። አይተ ፡ ደብረ-
ጼን ፡ ንዐድ-ደብተራ ፡ በርይኡ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። እታ ፡ ግዝአት ፡ አቦኦም ፡ 2.
ድማ ፡ ናብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ሐለፈት ።

ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ብንእሽቶኦም ፡ ዛቝናይ ፡ ነበሩ ፤ ቀሺ ፡ በኹ
ሩ ፡ ኸአ ፡ ተባሀሉ ። አቦኦም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ግና ፡ ብእ-ብእ ፡ ዐራት ፡ ሓ 3.
ዙ ፡ ነጋሪት ፡ ጸዓኑ ። ኩበኡ ፡ ደጊያት ፡ በኹሩ ፡ ተባሀሉ ። ጸኒሖም ፡ ድ 4.
ማ ፡ ንብሕር-ንግስንት ፡ ድባርዋ ፡ ወሰኹ ፤ እሞ ፡ ባሕር-ነጋሲ ፡ አበሉ ። 5.
ነሶም ፡ ከአ ፡ ብሸሞም ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ዕስራን ፡ አርባዕተን ፡ ዓመ
ት ፡ ተገዝኤት ። 6.

IV.

# ሰለስተ ፡ መንግስታት ፡ ደቀተሽም ።

97\.

## ዘርኢ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ።

1\. እብ ፡ ተኽሌ-ዐገብ ፡ እንዳ ፡ ተኽለ-ታትዮስ ፡ ብትሕቲ ፡ ዐድ-ደገዝማ
ቲ ፡ መኽንንትን ፡ ምርኡያትኒ ፡ ነበሩ ። ነሳቶም ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ገረ-
ኽስቶስ ፡ ከነ ፡ ኽምኡ ፡ ድማ ፡ ብደቆም ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንምሉእ ፡ ዐን
ሰባን ፡ ለን-ጨዋን ፡ ገዝኡ ።

2\. ተኽለ-ታትዮስ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዘኽስቶስኒ ፡ ንመንዓይኒ ፡ ንሰመረ-
3\. ኽስቶስኒ ፡ ንበረኽት-እብኒ ፡ ወለደ ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዘኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ጓል-
ጓሎም ፡ ንሐጸይ ፡ መለኽ-ሰገደ ፡ ካብ ፡ እምሓ ፡ ጨንገር ፡ በዓል ፡ መሬጉ
ዝ ፡ እተውለደ ፡ እእቶ ። ካብኣ ፡ ንዐብዝግን ፡ ከንቲባ ፡ ቡላን ፡ ብእምንት
ኒ ፡ አቢብኒ ፡ ወለደ ።

4\. ከንቲባ ፡ ቡላ ፡ ኽአ ፡ ንአቤቶ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ ወለዱ ። አቤቶ ፡ ወ
5\. ልደ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ወለዱ ። እዚኣቶም ፡ ኩሎ
ም ፡ ነዚ ፡ ናቶም ፡ ግዝኣት ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓዝዎ ።

6\. ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ቃቦትኒ ፡ ንአይተ ፡ ተስ
ፋ-ጼንኒ ፡ ወለዱ ።





## እንዳ ፡ ሀብተ-ልዑል ።

98\.

እብ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ እንዳ ፡ ሀብተ-ልዑል ፡ ፍሉጣት ፡ 1.
ዐበይቲ ፡ ነበሩ ።

ሀብተ-ልዑል ፡ ንዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ወለደ ። ዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ን 2.
እውዓሎም ፡ ድናስ ፡ ደ-ስላሰ ፡ ትንሳኤ-ኽስቶስ ፡ ፍቕሮይ ፡ ንተባህሉ ፡
ሐሙሽተ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ እውዓሎም ፡ ንዐዲ ፡ ሰጉዶ ፡ ኽደ ፤ ዘርኡ ፡ 3.
ኽአ ፡ ኽሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ዐዲ ፡ ሰጉዶ ፡ እዮም ። ዝተረፉ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡
አበኦም ፡ እብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ጸንሑ ።

ፍቕሮይ ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ። ነሱ ፡ ንኽንቲባ ፡ ግ 4, 5.
ዴን ፡ ንደመ-ኽስቶስኒ ፡ ንገረ-ኽስቶስኒ ፡ ወለደ ። ካብኦም ፡ ደመ-ኽስቶስ ፡
ንዐዲ ፡ ሐሙሽተን ፡ ንዐደብ-ነገርኒ ፡ ፈረ ፤ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ንጐዳ
ይፍ ፡ ፈረ ። ከንቲባ ፡ ግዴ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ተረፉ ። ነሰም ፡ 6.
ከአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ንትንሱእኒ ፡ ወለዱ ። ካብኦም ፡ ትንሱ
እ ፡ ንገጀረት ፡ ዝፈረ ፡ እዩ ።

ድናስ ፡ ወዲ ፡ ዕቍብ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ነሱ ፡ ንእይጠበ ፡ ወለደ ። አይ 7, 8.
ጠበ ፡ ኽአ ፡ ንኽንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ዐንደንኪኤልኒ ፡ ኽን
ቲባ ፡ ስእላትኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቍቢትኒ ፡ ወለደ ። ነሱ ፡ ፈራይ ፡ ዐጀይ
ጠበ ፡ እዩ ። – –

ከንቲባ ፡ ግዴ ፡ ወዲ ፡ ፍቕሮይ ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ብ 9.
ትሕቲ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ ኹይኖም ፡ እብ ፡ ምሉእ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡
ሹም ፡ ነበሩ ። ድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ግና ፡ ወዶም ፡ ከንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ን
እሽቶይ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ሽመት ፡ ንቕሩብ ፡ እዋን ፡ እብ ፡ ዐጀይጠበ ፡
ሐለፈ ። ከምዚ ፡ ይሎም ፡ እዘም ፡ ክልተ ፡ ጨንፈር ፡ እንዳ ፡ ሀብተ-ልዐ 10.
ል ፡ በብተርኦም ፡ ምስሌንነት ፡ ሓዙ ። እናሐንሳእ ፡ ከአ ፡ ነንሐድሕዶም ፡
ይበእሱ ፡ ነበሩ ።

99. «ምህዳም ፡ ደቂ ፡ ዐበይቲ ።»

1. ኩብዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ጻዕዳ-ኽስታንኒ ፡
ፈትሓ ፡ ኽን ። እቲ ፡ አመጻጽእኡ ፡ ኽአ ፡ ኽምዚ ፡ እዩ ።
2. ሓደ ፡ እዋን ፡ እዞም ፡ ክልተ ፡ ዐዲ ፡ ኽበአሉ ፡ ኽለዉ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኽ
ኦ ፡ «ዋዕላ ፡ ንግበር ፡ ዐዐበይቲ ፡ ጥራይ ፡ ኳንና ፡ ንራኽብ ፡» ይሎም ፡
3. ንጻዕዳ-ኽስታን ፡ ለአኹሎም ። ኽው ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ አውሊዖ ፡ ምስ ፡ ተራ
ኽቡ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ብስልፊ ፡ መጺአም ፡ ንዐበይቲ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ወድአዎ
4. ም ። አብኡ ፡ ተኸኤ ፡ እትብሀለ ፡ ወዲ ፡ ደ-ስላሰ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦአም ፡ ን
ኽንቲባ ፡ ግዴ ፡ «አነስ ፡ አቦ ፡ አዋልድ ፡ እየ ፤ አይትቕተሉኒ ፡» እናለ ፡
5. ከህድም ፡ ከሎ ፡ ቀተልዎ ። — እቲ ፡ እትራኽቡሉ ፡ መኻን ፡ ክሳዕ ፡ ለ
ይትሎም ፡ «ምህዳም-ደቂ-ዐበይቲ ፡» ይብሀል ።

100. ማእሰርቲ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ።

1. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ምስ ፡ አርከቡ ፡ ሽመት ፡ አቦታቶም ፡ ሓዙ ።
2. ነሶም ፡ ብሽመቶም ፡ ከለዉ ፡ ደቀቦ ፡ ተንሲአም ፡ አብ ፡ ዐድ-ደግገዝ
ማቲ ፡ ከሰስዎም ። ጸዐዘጋ ፡ ኽአ ፡ «ስሳ ፡ ዳብር ፡ አምጽእ ፡» የልዎም ።
3. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ግና ፡ አበዩ ። በዚ ፡ ምኽንደትዚ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሐደጋ ፡
ወደቕዎም ፤ አምጺአም ፡ ድማ ፡ ዕድአም ፡ ክሳዕ ፡ ዝፈድዩ ፡ አሰርዎም ።
ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡ ግና ፡ ዋሕስ ፡ ጌሮም ፡ ኩብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ወጹ ።
4. ብድሕርዚ ፡ ቤት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዘበሉ ፡ ናብ ፡ ማይ ፡ ክብዲ ፡ ወፈሩ ።
5. ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ከአ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ተንሲአም ፡ «ክምዚ ፡ ገ
አመሰለ ፡ ጕድ ፡ ረኺቡኒ ፡ እሞ ፡ ክም ፡ ክአለትኩም ፡ ደግፉኒ ፡» የልዎ
6. ም ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ኽልተ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ አኸቡ ። ድሕርዚ ፡ ኽአ ፡ ነሶ
ም ፡ ነዚ ፡ ገንዘብ ፡ ሒዞም ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዕድአም ፡ ክፈድዩ ፡ ብሕቡእ ፡
ኩብ ፡ ዐዶም ፡ ለቒቖም ፡ አብ ፡ ጕንደር ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አተዉ ፡ ክጠር





ው ። ንጉስ ፡ ክአ ፡ ዘረብአም ፡ ሰሚዖም ፡ ናጻ ፡ ይሎም ፡ ሰደድዎም ፤ ሽ
መቶም ፡ ድማ ፡ መለሱሎም ። ——
ገለ ፡ «እዚ ፡ ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ እዩ ፡» ይብሉ ። «ነሶም ፡ ም 7.
ስ ፡ ደግያት ፡ ናይዝጊ ፡ ንማጻጻእ ፡ ተበሃሂሎም ፡ ምስ ፡ ተቛጸሩ ፡ ክንቲ
ባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ አይናተይኒ ፡ ይሎም ፡ ክም ፡ ሁሉ ፡ ሰብ ፡ ንጕይ
ትአም ፡ ክድግፍዎም ፡ አበዩ ፤ ደግያት ፡ ማሞ ፡ ኽአ ፡ በዚ ፡ ኹርዮም ፡
አሰርዎም ።» —— ገለ ፡ ኽአ ፡ «አይፋል ፤ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ማሞ ፡ እዩ ፡» 8.
ይብሉ ።

ምራድ ፡ ቤተኽስያን ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ። 101.

ክንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ መዐላ ፡ ዝ 1.
ወዓልዎ ፡ አሎ ። ነሱ ፡ ኽምዚ ፡ እዩ ። ንቲ ፡ ቐደም ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ አብቲ ፡ 2.
ኸርባ ፡ ርእሲ ፡ ዐዲ ፡ ዘሎ ፡ ሰሪሕዎ ፡ ዝነበረ ፡ ቤተኽስያን ፡ ቅድስቲ ፡
ማርያም ፡ ነሶም ፡ አብዚ ፡ ሎሚ ፡ ዘለዎ ፡ አውሪዶም ፡ ሰርሕዎ ።
ክምኡ ፡ ኽአ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ አብ ፡ ጕንደር ፡ አብ ፡ ሰፈር ፡ 3.
ንጉስ ፡ ከለዉ ፡ ኩብቲ ፡ ኽልተ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ጌሮም ፡ ጽቡቕ ፡ መስቀ
ል ፡ ጽቡቕ ፡ ድባብ ፡ ጽቡቕ ፡ ክዳውንቲ ፡ ንቤተኽስያን ፡ ዝበቕዕ ፡ ተሻ
የጡ ፤ ተመልሾም ፡ ድማ ፡ ንእንዳ ፡ ማርያም ፡ ሃብዎ ። በዚ ፡ ምኽንያት 4.
ዚ ፡ እኺ ፡ በቲ ፡ ናብቲ ፡ ቤተኽስያን ፡ ዘሎ ፡ መጽሐፍቲ ፡ ሽሞም ፡ ብዙ
ሕ ፡ ሳዕ ፡ ይስመ ።

ሐይሊ ፡ ኽንቲባ ፡ ሰቍባንኪኤል ። 102.

አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኽአ ፡ እቶም ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ሰልጢኖም ፡ ዝነበሩ ፡ 1.
ቀድም ፡ ክንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ወዲ ፡ እቶም ፡ ዐቢ ፡ ዐዲ ፡ ወዲ ፡ ዕ
ቍብ-ሐንስ ፡ ወድ-ወዲ ፡ ንደብረ-ሮሙን ፡ ነበሩ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ኽም ፡ ሁ
ሉ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ዐድ-ደግዝማቲ ፡ ኹይኖም ፡ ንሚናበ-ዘርአይኒ ፡ ንኻ

2. ርንሽምኒ ፡ ገዛኡ ። ብድሕሪኡ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡
ሓለፈ ፡ ወዲ ፡ ተኽለ-ሓርያት ፡ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ፍሬ-ምኽእ ፡ ዝነበሩ ።
3. ንሶም ፡ ሓደ ፡ ብርቱዕ ፡ ሰብ ፡ ነበሩ ። ደቒ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ግ
ና ፡ ዐራቶም ፡ ተገምጢሎ ፡ ክንድቲ ፡ ዝአኽል ፡ ስልጣን ፡ አይነበሮምኒ ።
ስለዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ ንደቒ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ብዙ
ሕ ፡ ይገፍዕዎም ፡ ነበሩ ። ፡ ፣
4. ክብኡ ፡ እኺ ፡ ገለ ፡ እንተ ፡ ዘኸርና ፡ ሓደ ፡ እዋን ፡ ጣዕዋ ፡ ኽንቲባ ፡
ገደደ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ አብ ፡ ግራት ፡ ክንቲባ ፡ ዕቑባን
5. ኪኤል ፡ አትዩ ፡ ተዘርዔ ። ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ኽም ፡ ንቡር ፡ መጺአ
ም ፡ « አዕቍበኒ ፡ » የልዎም ። ሽዑ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ አብ ፡ ክ
ንዲ ፡ ብስርዓት ፡ ደቂተሽም ፡ ዘዕድይዎ ፡ « እንተ ፡ ደሌኻ ፡ ክልቲ ፡ ዐይ
ብቲ ፡ አድሪ ፡ አምጽአ ፤ ክብኡ ፡ ተረፈ ፡ ዕቑብ ፡ አይደሊ ፡ ስሩዕ ፡ አይ
6. ደሊ ፡ » የልዎም ። ብድሕርዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ኽም ፡ ትእዛዘ
ም ፡ ክይተማጉቱን ፡ ክይተሳርዑን ፡ ክልቲ ፡ ዐይብቲ ፡ አድሪ ፡ ሂቦም ፡
7. ንጣዕውኦም ፡ አውጽኡ ። እምብአር ፡ ንሶም ፡ እኺ ፡ ብቑንዶም ፡ ወዲ ፡
ኽንቲባ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ ክንሶም ፡ ክሳርዑ ፡ አይከአሉን ።
8. አብ ፡ መወዳእትኡ ፡ ኽንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ ክዘምቱ ፡ ይሎም ፡
ባሕሪ ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ ሰብ ፡ ጽንዓ-ደግለ ፡ አድብዮም ፡ ጸኒሖም ፡ አብ ፡
9. ሐፍሎት ፡ ንኽንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ ቀተልዎም ። ደቒ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስ
ፋንኪኤል ፡ ክአ ፡ ነዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝሕጎሱ ፡ ብዙሕ ፡
10. ጉሃዩ ። ጉሀዮም ፡ ክንዲ ፡ ዝተርፉ ፡ ኽአ ፡ « ደም ፡ ሐውና ፡ ኽይከፈል
ናዶ ፡ » ይሎም ፡ ክንቲባ ፡ ገደደን ፡ ክንቲባ ፡ ሕድሪትኒ ፡ ኽንቲባ ፡ ጊላ-
ስሉስኒ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ጽንዓ-ደግለ ፡ ኽይዶም ፡ ሕነ ፡ ኽንቲባ ፡
11. ዕቑባንኪኤል ፡ ክፈሎም ፡ ተመልሱ ። -- ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ብዕጨይ
ቲ ፡ መስቀል ፡ ጌሮም ፡ ካብ ፡ ጽንዓ-ደግለ ፡ ተማሊኦም ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ ቤተ
ኽስያን ፡ ተኽሉዎ ፡ እቲ ፡ መስቀል ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ደጌ-ሰላም ፡ አሎ ።



ክብዚ ፡ ንነጀው ፡ እዚ ፡ ኽምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ሀብቲ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ 12.
ኽንቲባ ፡ ዕቑባንኪኤል ፡ ዘምበለ ፡ ስልጣኖም ፡ ክአ ፡ ዘሕተለ ፤ እዚ ፡ ኹ
ሎ ፡ ተአኪቡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኸነ ።

ለበዋ ፡ ኽንቲባ ፡ ገደደ ። 103.

ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ ኽአ ፡ ነርባዕተ ፡ ደቒ ፡ ወለዱ ፤ ክንቲባ ፡ ዘሙይኒ ፡ 1.
ኽንቲባ ፡ ቐለተን ፡ ክንቲባ ፡ ሐላ-ኽስቶስኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብራትኒ ፡ እ
ቶባህሉ ። ክብኦም ፡ ክንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ብገብገዝኦም ፡ ንትግራይ ፡ ክይዶም ፡ 2.
አብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አተዉ ፤ እሞ ፡ ናብ ፡ ሐያሎ ፡ ኹናት ፡ ምስ
አም ፡ ዝወዓሉሉ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፡ ኸኑ ። ንሶም ፡ ካብ ፡ ራእሲ ፡ ኽንትብ 3.
ንት ፡ ተቐቢሎም ፡ ክመጹ ፡ ኸለዉ ፡ አቦኦም ፡ ክንቲባ ፡ ገደደ ፡ መዃኖ
ም ፡ ብዚን ፡ ክይዶም ፡ ሬለሱ ፤ ብሐጅኽ ፡ ኽም ፡ ድማ ፡ አባ ፡ ገብረ-ስላ
ሰ ፡ ተባህሉ ።

ብድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ ሰለስተ ፡ ደቆም ፡ « ንሕና ፡ ድማ ፡ 4.
ሽመት ፡ ደአ ፡ ኽንምጽእ ፡ » የሉ ። ሽዑ ፡ አባ ፡ ገብረ-ስላሰ ፡ ንደቆም ፡ 5.
አብ ፡ ብዚን ፡ ጸዊዖም ፡ ክምዚ ፡ ይሎም ፡ ተላበውዎም ፤ « ደቀይ ፡ ኩል
ኹም ፡ ክንችብ ፡ አይትኹኑ ፤ ገለ ፡ ኻብኹምሲ ፡ ባሕር-ነጋሲ ፡ ኽም ፡ እቾ
ኸኑ ፡ ደአ ፡ ግበሩ ፡ » የልዎም ። ደሐር ፡ ክም ፡ ፍቓድ ፡ አቦኦም ፡ እቶ 6.
ም ፡ ክልቲን ፡ ክንችብ ፡ እቲ ፡ ሳልሳዮም ፡ ባሕር-ነጋሲ ፡ ኸኑ ።

ሞት ፡ ሐጸይ ፡ እዮኣስ ። 104.

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ አቢሉ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ስሑል ፡ ብንየው ፡ ክ 1.
ብ ፡ ትግራይ ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ጋላቤት ፡ ገዛኡ ። እቶም ፡ ነገስታት ፡
ግና ፡ ንሽም ፡ ጥራይ ፡ አሕጻይ ፡ ይብሃሉ ፡ ነበሩ ፡ እምበር ፤ ናይ ፡ ሐቂ ፡
ገዛእስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ እዮም ፡ ዝነበሩ ። ክብኡ-ኽብኡ ፡ ምስ ፡ ሐ 2.
ጸይ ፡ እዮኣስ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡ እንተ ፡ ተሓራረቹ ፡ ክይዶም ፡ ሕጆም ፡ አ

ምጺኦም ፡ ብሻሽ ፡ ሐኒቖም ፡ ቀተልዎ፟ም ። ኸው ፡ ሰብ ፡ ኵሎ፟ ፡ ሰምበደ ። ወዲ፟ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከአ ፡ ነቡ፟ኡ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፤

« ንነግስዶ ፡ አልዒልኩም ፡ ትቕትሉ ፤
ቀዳማይ ፡ እዝግዶ ፡ ኸምዚ ፡ ጌሩ ፤
ዳሕራይ ፡ እዝጊ ፡ ደእ ፡ ተፈጢሩ ፤ »

የሎም ።

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ፟ ፡ ብንጀ፟ው ፡ ከአ ፡ ንሐማሴን ፡ ከጥቕልሉ ፡ ይ[illegible]ም ፡ ሐያ፟ሎ ፡ እዋ፟ን ፡ ብርቱዕ ፡ ዘመተ ፡ ገበሩ ።

ግዝኣቶም ፡ ኵሎ፟ ፡ አርበዓ ፡ ዓመት ፡ እዩ፟ ።

ግዝኣት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ።

ባሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ፡ ወዲ፟ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡ ከም ፡ አበ፟ኦም ፡ ግዝኣቶም ፡ መረብ-ምላ፟ሽ ፡ ጥራይ ፡ ነበረ ። ንሱ፟ ፡ ድማ፟ ፡ ኻብ ፡ አቦ፟ኦም ፡ ዝወረሰ፟ዎ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ ፡ ካብ ፡ ንጉስ ፡ እተ፟ቐበ፟ልዎ፟ ፡ አይነበረን ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ እዞም ፡ ናእሽቱ ፡ መኻንንቲ ፡ ደቀ፟ተሸ፟ም ፡ እኒ፟ ፡ እንዳ ፡ ሁብተ-ልዑል ፡ እኒ፟ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደደ ፡ ካብ ፡ ዘበን ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሒዞም ፡ ርእሶም ፡ ከልዕሉ ፡ ሸመት ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸአ ፡ ኸወስዱ ፡ ደለዩ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ደቂ፟ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ሐያ፟ሎይ ፡ ንባሕር-ነ[illegible] በኽሩ ፡ ይጻልእዎ፟ም ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ንሶ፟ም ፡ ምን፟ም ፡ ካብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ዕረፍቲ ፡ እንተ ፡ ረኸቡ ፡ ብኻልኣት ፡ አይደቀ፟ሱን ። ብዝዕባዚ ፡

ዋንጫ ፡ ጻዕዶ ፡ ብርሰ፟ ፡ ደበ፟ነ ፤
ወደ፟ ፡ መን ፡ ይጽዋ፟እ ፤ – እተ፟ሸመ ፤
ወደ፟ ፡ መን ፡ ይፍቶ፟ ፤ – ዝደኸመ ፤

ይሉዎም ፡ ይረሱሎም ። – –





ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ፟ ፡ ባዕሎም ፡ ኮነ ፡ ሐደው ፡ ብመኻንንቶም ፡ 5.
እኛ፟ለኣኹ ፡ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ካብ ፡ ላዕሊ ፡ ንታሕቲ ፡ አዝመትዎ፟ ። ባ 6.
ሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ፡ ኸአ ፡ እምብኣር ፡ መረብ-ምላ፟ሽ ፡ እኳ፟ ፡ ይገዝኡ ፡ ኔ
ሮም ፡ ሕጂ ፡ ግና ፡ ዘመትቲ ፡ ብዝመጹላ ፡ መጠን ፡ ንበረኻ ፡ ይሕብኡ ፡
ነበሩ ፤ ጸላእቲ ፡ ድሕሪኦም ፡ ምልስ ፡ ምስ ፡ አበ፟ሉ ፡ ኸአ ፡ አስኣሰሮም ፡
እኛ፟መጺ ፡ ዐዶ፟ም ፡ አትዮም ፡ ግዝኣቶም ፡ ይሕዙ ፡ ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ግ 7.
ዳ፟ ፡ ሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከንፍዮ፟ ፡ እተ፟ባህለ ፡ መጺኡ ፡
ነበረ ፤ እሞ፟ ፡ ነዚ ፡ ጕልጕል ፡ ኵሉ፟ ፡ ተኸ፟ሹ ፡ ኸምሰ፟ስ ፡ ከሎ፟ ፡ ባሕር-ነጋ
ስ ፡ በኽሩ ፡ ኸአ ፡ ደጀ፟ሕሪኦም ፡ ስዒቦም ፡ አብ ፡ ስምልተ ፡ ዝበ፟ሀል ፡ ም
ድሪ ፡ ጽል፟ማ ፡ አርኪቦም ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎ፟ ።
ብፍ፟ላይ ፡ እተን ፡ ዐበ፟ይቲ ፡ አ፟ዝየን ፡ ፍሉጣት ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ 8.
ባዕሎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ወሪዶም ፡ ዝዘመቱለን ፡ ክልተ፟ ፡ ግዜ ፡
እዮ፟ን ።

ሐይሊ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ።

106.

ባሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ፡ ሓደ ፡ ርጉም ፡ ብዙሕ ፡ ከፉእ ፡ ንጉስ ፡ ነበሩ ፤ 1.
ከም ፡ ሐይሎም ፡ እምበር ፡ ከም ፡ ፍቓድ ፡ ዐዶ፟ም ፡ ዘይ፟ገብሩ ፡ ነበሩ ።
« ተኻእለኒ፟ ፡ » ይሉዎም ፡ ንምድሪ ፡ አሕዋቶም ፡ ወሰዱ ፤ ንዝጠር፟ዕ ፡ ቀጥ ፡ 2.
አበ፟ሊሎም ፡ አሲሮም ፡ አብ ፡ መቕሕ ፡ ለበድዎ፟ ። ካብዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሕጆ 3.
ም ፡ ደቂ፟ ፡ አቢብኒ ፡ ደቂ፟ ፡ እም፟ሓን ፡ ካብ ፡ ላዕላይ ፡ ተኸ፟ለ ፡ « እዚ ፡ ም
ድርና ፡ ኸይ፟ጠፍእኛ፟ ፡ » ይሉዎም ፡ ኣብዚ ፡ ሕጂ ፡ ዘለ፟ውዎ፟ ፡ ወረዱ ። ሐያ፟
ሎ ፡ ኻብ ፡ ደቂ፟ ፡ ተኸ፟ለ ፡ ኸአ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ናብ ፡ ከንቲባ ፡ ቖለተ ፡ ኸይዶም ፡
ተማዕቈቡ ።

በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ አርባዕተ ፡ ደቂ፟ ፡ ደበ፟ስ ፡ ካብ ፡ ክትመውልዕ ፡ አሕዋ 4.
ቶም ፡ ሰደድዎ፟ም ፤ እሞ፟ ፡ ሀዲሞም ፡ አብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኽሩ ፡ አተ
ዉ ፤ « ዕቍብኹም ፡ » የልዎ፟ም ። ንሶ፟ም ፡ ድማ፟ ፡ ምስ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ኸንድቲ ፡ 5.

ብዙሕ ፡ ፍቕሪ ፡ አይነበሮምኒ ፤ እሞ ፡ ንደቂ ፡ ደባስ ፡ ብጽቡቕ ፡ ገጽ ፡ ተ
6. ቐቢሎም ፡ አዘዝቲ ፡ ቤቶም ፡ ገበርዎም ። ክንፉ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፡ ንሐ
7. ውቲ ፡ ደቂ ፡ ደባስ ፡ አእትዩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰዓበ ። — አቶም ፡ ብድሕ
ሪ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ዝነዝኡ ፡ ኹላቶም ፡ ድማ ፡ አይጸልእዎምኒ ።
እዚኣቶም ፡ ጕይተት ፡ እዮም ፡ ጽሩያት ፡ ጕይተት ።

107. ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ቕድሚ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦታ
ቶም ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ብኢዳት ፡ ሰብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡
ደግያት ፡ ሀብ-ስሉስ ፡ እኒ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክፍለ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ተኽ
ሊት ፡ በዓል ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኦትን ፡ ውግእ ፡ ነበሮ
ም ፡ ነሳቶም ፡ « እቲ ፡ ግዝኣት ፡ ዐድ-ደንገዝማቲ ፡ ይምሸለና ፡ እዩ ፡ »
ይሎም ።
2. ሓደ ፡ ግዜ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ግብሪ ፡ ኽንገብሩ ፡ ናብ ፡ መንሳዕ ፡
3. ወረዱ ። ደቂ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፡ ንቶም ፡ ሐሸኽሮም ፡ ኣብ ፡ ዑና ፡ ኹሕ
ሎ ፡ ደቕኾም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ ሐደጋ ፡ ወዲቖም ፡ አጥፍእዎም ። በዚ ፡ ኸ
4. ምዚ ፡ ዑና ፡ ኹሕሎ ፡ ኽሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ ዑና ፡ ኸኑ ። ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡
ምስ ፡ አይተ ፡ ደብረ-ጼን ፡ ኰይኖም ፡ ብኣውያት ፡ መጺኦም ፡ ተሳዕሩ ።
5. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዐ ፡ ተቓላጢ
ፎም ፡ ወጹ ፡ እሞ ፡ ሰቦም ፡ ሒዞም ፡ ኣብ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓ ፡ አርኪቦም ፡ ተ
6. ዋግእዎም ፤ እሞ ፡ ኑስትር ፡ አበልዎም ። ሽዑ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ ኣብ ፡
ሰራየ ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ጕረቖ ፡ ሀደሙ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ስዒሮ
ም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
7. እንዳ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ሰብ ፡ አማድር ፡ ድማ ፡ ሻራ ፡ ባ
8. ሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹ
ሩ ፡ ዝረኽቡ ፡ መሸልዎም ፤ ካብ ፡ ሰራየ ፡ ተመልሾም ፡ ሰቦም ፡ አደልዲ





ሎም ፡ ንአማድር ፡ ክወድቅዎም ፡ ደለዩ ። አማድር ፡ ከአ ፡ « ርድኡና ፡ »
ይሎም ፡ አውያት ፡ ኣብ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ሰደዱ ። ባሕር-ነጋስ ፡ በ 9.
ኹሩ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ « ደግፉኒ ፡ » የልዎም ። እንተኸነ ፡ ነሳቶም ፡
« ኣብ ፡ ዐድናን ፡ ኣብ ፡ ምድርናን ፡ እንተ ፡ ዝመጹና ፡ እዝጊ ፡ ዘሎ ፡ ም
ኸኑ ፤ ናብ ፡ ዐዶምኒ ፡ ናብ ፡ ምድሮምኒ ፡ ኺድና ፡ ግና ፡ አይንዋጋእን ፡ »
ይሎም ፡ አበይዎም ። ሽዑ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ዝርኸቦም ፡ ሒዞም ፡ 10.
ኣብ ፡ አማድር ፡ ገስገሱ ፤ ኣብ ፡ ዕዳጋ ፡ ደሕና ፡ ድማ ፡ ተራኺቦም ፡ ገጠ
ሙ ። እንተኸነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ተሳዕሩ ፤ እሞ ፡ ተቃሕዙ ።
ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ አሲሮም ፡ ኣብ ፡ ደቂ ፡ 11.
ጽንዓ ፡ ወሰድዎም ። ናብ ፡ ውሽጠ ፡ አሕሊፎም ፡ ከአ ፡ ከም ፡ ቤት-ሰብ ፡
ተመሲሎም ፡ መኣዲ ፡ አውደቑሎም ። መቃን ፡ አሚኖም ፡ ክበልዑን ፡ 12.
ክሰትዩን ፡ ከአ ፡ ሐንቲ ፡ እቶቕረቦም ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ እኖኦም ፡ ምስኦም ፡
ክትበልዕ ፡ ተጸዊዓ ፡ መጺኣ ፡ ነበረት ፤ እሞ ፡ ንሳ ፡ ኸአ ፡ ብርሽ ፡ ሚስ ፡
ተቐቢላ ፡ ክትህቦም ፡ ሃብዋ ። እንተኸነ ፡ ንሳ ፡ ስሚ ፡ ኸም ፡ ዘለዎ ፡ ፈሊ
ጣ ፡ ከይሰተይዎ ፡ አመተትሎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ከምዚ ፡ ዝ 13.
ሰትይዎ ፡ ዘለዉ ፡ አምሲሎም ፡ ብትሕቲ ፡ ቖምኾም ፡ አፍሰስዎ ። ቕድም ፡
ጥዕም ፡ አቢሎምዎ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ በቲ ፡ ስሚ ፡ እታ ፡ ስኖም ፡ ተመቍ
ሚጁ ፡ ወጸት ።
ደቂ ፡ ብኢዳት ፡ ከአ ፡ ከም ፡ ዘይሞቱ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ « እምብኣረይ 14.
ስኼ ፡ እንድሕሪ ፡ ዘይሞተስ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ነውድቖ ፡ » ይሎም ፡ ኣብ ፡
ንጉስ ፡ አበርከትዎም ። ሽዑ ፡ ንጉስ ፡ « አንታ ፡ ንሐውከይ ፡ ኸምዚ ፡ ይ
ገበር ! » ይሎም ፡ ፈቲሖም ፡ ኣብ ፡ ሸመቶም ፡ መለስዎም ።

ውግእ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ምስ ፡ ናይብ ። 108.

ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ጽልኦም ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ አይነበ 1.
ረን ፤ ድማ ፡ ምስ ፡ ናይብ ፡ እምበር ። ቕድሚ ፡ ኹሉ ፡ ነሶም ፡ ነቲ ፡ ቐደ 2.



Seminar

3. ም ፡ አበኡም ፡ ንናይብ ፡ ዝሃበ ፡ አኰላት ፡ ሕጂ ፡ ኸልአም ። በዚ ፡ ነገር
ዚ ፡ ናይብ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ተኻራኸሮም ። ክብ ፡ ኵሉ ፡ እቲ ፡ ፍሉጥ ፡
ሐለቓ ፡ ሰራዊት ፡ ኩይኑ ፡ ዝመጸ ፤ ዝነበረ ፡ ናይብ ፡ ሕያ ፡ ወዲ ፡ ኸቶል-
በትሩ ፡ ይበሀል ።

4. እቲ ፡ ሓደ ፡ ምስኡ ፡ እተቀዋጋኡሉ ፡ ናብ ፡ መዓልዲ ፤ እብ ፡ ምድሪ ፡
5. ደቂ ፡ መሓረ ፡ እዩ ። አብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ሰዓሩ ። ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ድሕሪ ፡ ቕሩብ ፡ እዋን ፡ ናይብ ፡ ክብ ፡ ትርኩ ፡ ተሐግዞ ፡ መጸ ፤ ባ
ሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ክሳድ ፡ ዛግር ፡ ጸኒሖም ፡ ትብይኡ ፡ ለ
6. ሓጽም ። ብድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ሰልሳይ ፡ ሳዕ ፡ ነሱ ፤ ወዲ ፡ ኸቶል-በ
ትሩ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ሰራዊት ፤ « ዐጀም ፡ ክለዉ ፤ ኸወድቆም ፤ » ይሉ ፡
ብገስጋስ ፡ መጸ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸአ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጅም ፡ እብ ፡
ጭሩእከላ ፡ ተቐበልዎ ። አብኡ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ልማዶም ፡ ባሕር-ነጋስ ፡
7. በኹሩ ፡ ሰዓሩ ። ብድሕርዚ ፡ ግና ፡ ናይብ ፤ « ምስ ፡ እገዝስ ፡ አይኾነልናን ፡
እዩ ፤ » ይሉ ፡ ንሐያሎ ፡ እዋን ፡ ዐረፈ ።

109. ቀዳማይ ፡ ዘመተ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ።

1. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ግዝኣቶም ፡ ክድምሩ ፡ ኸለዉ ፤ ራእስ ፡ ምንኪ
ኤል ፡ ባዕሎም ፡ ብሓደ ፡ እሩ ፡ ሰብ ፡ ዝስኸሐሉ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጅም ፡ መ
2. ጹ ፤ ሩርን ፡ ሩሩርን ፡ ከም ፡ ዝበሀል ። ክብ ፡ ብዝሒ ፡ ህዝቢ ፡ እተላዕለ ፡
ኢኳ ፡ ዛግሩን ፡ ዐገዜንኒ ፡ ስቕ ፡ ይላ ፡ ተታሕዘት ። ፈተውራሪኦም ፡ ኢሩ ፡
ሰፈሩ ፡ ኸሎ ፤ ድንኳን ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ግና ፡ ጽልማ ፡ ናብ ፡ አረጊ
3. ት ፡ ድብርዋ ፡ ተተኽለ ። መራሒ ፡ ንወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ጌሮም ፤ በ
ዚ ፡ ኸሳዕ ፡ ሰፍኢ ፤ በዚ ፡ ድማ ፡ ኸሳዕ ፡ ዐሳወርታ ፡ መሊኦም ፡ ንብሐማ
ሴኑ ፡ ዘመትዎ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ነቲ ፡ ጽንዕ ፡ ዐ
ሳወርታ ፤ ክብኡ-ኻብኡ ፡ ንሰዐብ ፤ መሪሑ ፡ አገዝመቶም ።
4. ብድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ንሐማሴን ፡ ገፊጦም ፡ ምስ ፡ ሓገዘ





ም ፤ ንወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፤ እብ ፡ ክንዲ ፡ ዝመርሖም ፤ ሸመት ፡ እንተ ፡
ደለ ፡ ሐደው ፡ ገንዘብ ፤ ይሉም ፤ « ዝደሌኻዮ ፡ ተተምን ፤ ክሀበኻ ፤ » የ
ልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፤ « ጐይታይ ፤ ንሀገረይ ፡ ክትመልሱለይ ፡ እትምን ፤ » 5.
የሎም ። ነሶም ፡ ክአ ፡ መሓሩሉ ። ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ክአ ፤ ዐጀ-ዐጀም ፡ ም 6.
ስ ፡ ተመልሱ ፤ ንወዲ ፡ ሕድረንኪኤል ፡ ከም ፡ ከምዚ ፡ ዝመሰል ፡ ሕላይ ፡
ሐለዩሉ ፤

ወዲ ፡ ሕድረንኪኤለ ፤
ስኢ ፡ ጸባ ፡ ጤለ ፤

« ክሙዓልካ ! » ይብላኻ ፡ አዋልድ ፡ ድንጌለ ፤

እብ ፡ ርሑብ ፡ ዘማቲ ፤
እብ ፡ ጸቢብ ፡ ዐጋቲ ፤
እንዳ ፡ ንጉስ ፡ ተማጓቲ ፤

« ክሙዓልካ ! » ይብላኻ ፡ ሹሰን ፡ ኣንስቲ ።

ክንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርአም ፡ አውዓልዎም ።

110.

ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ክአ ፤ « ስሉል ፡ መጺ ፤ » ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ነንበረኸአ 1.
ም ፡ ሀደሙ ።

ክንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ገደደ ፡ ሸዑ ፡ ምስ ፡ ጐይትኦም ፤ 2.
ምስ ፡ ራእሲ ፡ መጺ ፤ በዚ ፡ ኸአ ፡ ንባሕሪ ፡ መራሒ ፡ መገዲ ፡ ኸንዎም ።
ነሶም ፡ አብ ፡ ዐደኒ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምርኡይ ፡ ነበሩ ፤ ዓሎም ፡ ድ 3.
ማ ፡ ሂበምዎም ፡ ነበሩ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ምስ ፡ ስድርአም ፡ ተጸሊኦም ፤
ክዘምትዎም ፡ ሓሰቡ ፤ ናብዚ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፡ ግና ፡ ተጥዕሾም ፤ « ሰብ ፡
ሕሜት ፡ እዮም ፡ ዘበአሱና ፤ » ይሎም ፤ ክድሕንዎም ፡ ደለዩ ። ደቂ ፡ ሚ 4.
ናበ-ዝርአይ ፡ ክአ ፡ ኸም ፡ ኮሎ ፡ ሰበም ፡ ሀዲሞም ፤ ማሎም ፡ አኪበም ፤
ንባሕሪ ፡ ኸይዶም ፡ ነበሩ ።

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ክአ ፡ ደጅሕሪ ፡ እቶም ፡ ዝሀደሙ ፡ ስዒቦም ፤ 5.

ንባሕሪ ፡ ኽዘምቱ ፡ ተበገሱ ። ሽዑ ፤ « እዚ ፡ ኹሉ ፡ ሰራዊተይ ፡ እንተ ፡ ጨንጕዎ ፡ ሐንሳእ ፡ አይጸንሕኒ ፤ ቀላይ ፡ ባሕሪ ፡ እኳ ፡ ኽዐግተኒ ፡ አይ ኽእልኒ ፡ » ይሎም ፡ ፈኸሩ ። ኳሎም ፡ ግና ፡ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኽምዚ ፡ ይላ ፡ ገጣመትሎም ፤

« ስራ-ቤትካ ፡ ደኣ ፡ ኽይጕዳእ ፤
ዓቀይታይካ ፡ ደኣ ፡ ኽይጕዳእ ፤
ቀላይ ፡ ባጽዕይ ፡ ቆጺሕካ ፡ ይውዳእ ፤ »

ደለዩም ።

ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ገምገም ፡ ክርንሽም ፡ ኰይኖም ፡ ግመ ፡ ባሕሪ ፡ ቀ ላይ ፡ ክመስል ፡ በጥ ፡ ይሉ ፡ ረአይዎ ። ሽዑ ፡ ሐተቱ ፤ « እገዝስ ፡ ብላዕሊ ፡ አቢልክዶ ፡ ይኽየድ ፡ ሐደው ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ መሕለፊ ፡ አለዎ ፤ » ይሎም ። ክንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ኽአ ፡ ስድርኦም ፡ አብ ፡ ባሕሪ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፡ « ጐይታይ ፤ እዚ ፡ እትርእዮ ፡ ዘሎ ፡ ኹሉ ፡ ነሱ ፡ ደይክንን ፡ ቴድሮስ ፡ ጠማም ፡ ከተማ ፡ ዝበሀል ፤ » የልዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ ነዚአ ፡ ምስ ፡ ሰም ዑ ፡ « ሰበይዶ ፡ ደኣ ፡ ኽጥምም ፡ እዩ ፤ » ይሎም ፡ ምላሽ ፡ አቢሎም ፡ ባ ሕሪ ፡ ኽይወረዱ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

[illegible] ክምዚ ፡ ጌሮም ፡ ክንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ንስድርኦም ፡ ካብ ፡ ዘመተ ፡ አው ዓልዎም ።

I. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ።

ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፡ ብማዕዶ ፡ ፈሪህዎም ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሀ ዲሞም ፡ ነበሩ ። ሽዑ ፡ ብወገሬቕ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ባምብቕ ፡ እንዳ ፡ ሓት ኖአም ፡ እንዳ ፡ ኺዳነ ፡ ወዲ ፡ ወልዱ ፡ አተዉ ፤ ካብኡ ፡ ንበረኻ ፡ ውሸ ጠ ፡ ወረዱ ።

ካብ ፡ ሰረዩ ፡ ግና ፡ እኒ ፡ ተኸተሉ ፡ ሐቢል ፡ ሐያሎ ፡ ኽአ ፡ ኻልኣት ፡





አብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አትዮም ፡ ኢድ ፡ ነስኡ ። ክምኡ ፡ ኽአ ፡ ኻ ብ ፡ ብሐማሴኖም ፡ ሐያሎ ፡ መኳንንቲ ፡ ኽድዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዝወል 3.
ደ-ማርያም ፡ ድማ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሐወቦአም ፡ ንባሕር-ነ ጋስ ፡ በኹሩ ፡ አብ ፡ ሰፈር ፡ ራእሲ ፡ ኽይዶም ፡ አተውዎም ፤ ንሶም ፡ ድ ማ ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ ተቐበልዎም ።

እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ኽአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ በጽሐ ። እዚ ፡ ምስ ፡ 4.
ሰምዑ ፡ ንርእሶም ፡ ክሳገዩ ፡ ጀመሩ ፤ ካብ ፡ በረኻኦም ፡ ተመልሾም ፡ አ ብ ፡ ራእሲ ፡ አተዉ ። ካብኡ ፡ ጻላእቶም ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ብኢዳት ፡ መጺኦ 5.
ም ፡ ከሰስዎም ፤ በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ንቕሩብ ፡ አዋ ን ፡ አሰርዎም ። ድሓር ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ፈትሕዎም ፤ ተፈቲሖም ፡ ግና ፡ ሾብ ዐተ ፡ ዓመት ፡ አብ ፡ ሰፈር ፡ ንጉስ ፡ ተቐመጡ ።

ብድሕሪኦም ፡ ራእሲ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዝወልደ-ማርያም ፡ አብ ፡ ሐ 6.
ማሴን ፡ ሸምዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ ዝወልደ-ማርያም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኰይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ንሶም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ አይተ ፡ ገረ- 7.
ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽም ፡ ምቕማጥ ፡ አቦኦም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ገዝኡ ። – –

ካብቶም ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኽአ ፡ ሕጂ ፡ ብዛዕባ ፡ ኽንቲባ ፡ ቐለተ ፡ ሰብ 8.
አይ ፡ ኳሎም ፡ ንራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ « ንሶም ፡ ድማ ፡ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሰለ ስተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ፡ » ይብልዎም ። ገሊኦም ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ክም ፡ ዝ ገዝኡ ፡ ይብሉ ፤ ገለ ፡ ኽአ ፡ « ምኽዓው-ቴለ-ምላሽ ፡ አበ ፡ ደኣ ፡ እዩ ፡ » ይብሉ ። ክልኣት ፡ ሐያሎ ፡ ግና ፡ « አይፋል ፤ ግዝኣቶምሲ ፡ ሚናበ-ዘር 9.
አይ ፡ ጥራይ ፡ ደኣ ፡ እዩ ፤ እንተ ፡ ኾነ ፡ ግዳ ፡ ኻብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ እዮም ፡ እተቐበልዎ ፡ » ይብልዎም ። ዝኾነ ፡ እንተ ፡ ኾነ ፡ ግና ፡ ብድሕሪኦ 10.
ም ፡ ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ አብ ፡ ክንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ እቶም ፡ ራ ብዓይ ፡ ሐምም ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሩት ፡ ሐለፈ ፤ ንሶም ፡ ድማ ፡ ሸ መቶም ፡ ካብ ፡ ዐድ-ደገዝማቲ ፡ እዩ ።

12. ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ተመልሱ ።

1. ብድሕሪ ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ንጉስ ፡ ንራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አሰርዎ
ም ። ሽዑ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፤ « ግዝኣት ፡ አቦኻ ፡ ግዛእ ፡ » ይሎም ፤
2. ብሕር-ንግስነት ፡ ድብርዋ ፡ ሂቦም ፡ አፋነውዎም ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ለሚኖም ፡ ንወልደ-ገሪማ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነ
ጋስ ፡ ተስፋ-ገርግሽ ፡ ብሐያሎ ፡ ነገር ፡ ሓደ ፡ እሙን ፡ ጅግንኦም ፡ ገነበ
3. ረ ፡ ብሕር-ንግስነት ፡ አውሃብዎ ። ድሕርዚ ፡ ዐዶም ፡ አትዮም ፡ መረብ-
ምላሽ ፡ ቀጥ ፡ አቢሎም ፡ ገዝኡ ።
4. ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፡ ካብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ሸዓ ፡ ተፈትሑ ፤ ከ
ም ፡ ቀደሞም ፡ ግዝኣቶም ፡ ሓዙ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹ
ሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ብሰላም ፡ ተቓመጡ ፤ እንተኸነ ፡ ኽሳዕ ፡ መ
ወዳእታ ፡ አይጸንሐን ።

13. ጻዕዱ-ኽስታን ፡ ተዘምተት ።

1. አብ ፡ ጻዕዱ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ከንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ እ
ታ ፡ ሽመት ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ናይ ፡ ዐጀይጠበ ፡ ተመልሰ
2. ት ። ንሶም ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አረጊም ፡ ነበሩ ፤ ደቆም ፡ ግና ፡ ነበርዎም ፡ ከ
ንቲባ ፡ ተኽላትኒ ፡ አቶ ፡ ወልዳትኒ ፡ ከንቲባ ፡ ወልዱን ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ከ
ንፉትኒ ፡ እተባህሉ ።
4. ጻዐዚጋን ፡ ጻዕዱ-ኽስታንኒ ፤ ጽልኦም ፡ አይዐረፈን ። አብ ፡ መንጎዚ ፡
ሓደ ፡ እዋን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአ-ጼን ፡ እተባህሉ ፡ በዓል ፡ አባርዳእ ፤ ሓደ ፡
እሙን ፡ ግልያ ፡ ዐድ-ደግዝማቲ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፤ አብ ፡ ጻዐዚጋ ፡ እንዳ ፡ ባ
ሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽበጽሑ ፡ ይሎም ፤ ምስ ፡ ተበገሱ ፤ ካብ ፡ ጻዕዱ-ኽስ
5. ታን ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዛርጠናይ ፡ ጸኒሖም ፡ ቀተልዎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በ
ኹሩ ፡ ኸአ ፤ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ብሐረቖት ፡ ንኸንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግ





ሽ ፤ « ተሰ ፤ ሐምሳ ፡ ዱብር ፡ እምጽእ ፡ » ይሎም ፡ አዘገዎም ። ብድሕር 6.
ዚ ፤ ንሶም ፡ ምስ ፡ አበዩ ፤ ሰቦም ፡ አኪቦም ፤ ንጻዕዱ-ኽስታን ፡ ወዲቖም ፡
ዘመትዎም ፤ አቕሓ ፡ ቤቶም ፡ ከይተረፈ ፤ ከሳዕ ፡ ቁራብቶም ፡ ገፊጦም ፡
ወሰድዎ ።

ጅግንነት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ከንፉት ። 114.

እዚ ፡ ኽኽውን ፡ ከሎ ፤ አርባዕቲኦም ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ተኽለ-ገርግ 1.
ሽ ፡ ባሕሪ ፡ ነበሩ ። አብኡ ፡ ኽለዉ ፤ ሰብ ፡ ሀዲሙ ፡ መጺኡ ፤ « ዐጀና ፡
ተተኸኹ ፤ » ገዝብሊ ፡ ወረ ፡ ሰምዑ ። ሽዑ ፤ « ጠፊእና ፡ ኢና ፤ ንህደም ፡
ደኣ ፤ » የሉ ። እቲ ፡ እሙን ፡ ዋጥኦም ፡ ግና ፤ 2.

« ከአ ፡ ትብሉ ፡ እሎኹም ፡ ቋላይ-ማላይ ፤
እብ ፡ መትካሉ ፡ ይሙት ፡ ሽማግላይ ፤ »

ይሉ ፡ ደረሰሎም ፤ ንሳቶም ፡ ከአ ፤ እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ « ንሙት ፤ »
የሉ ። ካብኡ ፡ ሰጭ ፡ አውዲቖም ፤ ነቲ ፡ ንእሽቶኦም ፤ ንባሕር-ነጋስ ፡ ከ 3.
ንፉት ፤ በዓል ፡ ቁጽሎም ፡ ገበርዎ ።

ድሕርዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ከንፉት ፡ ገሊሀ ፡ ሕጆም ፤ ዐዶም ፡ አትዮ 4.
ም ፡ ተዳለዉ ። ሰብ ፡ ጻዕዱ-ኽስታን ፡ ብዐዶም ፡ ከቲቶም ፡ ወጺኡ ፤ ከምኡ ፡
ኸአ ፡ ካብ ፡ ጐደበታት ፡ ወሰኹ ። ጻዐዚጋ ፡ ኽይዶም ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡
ዐዲ ፡ አተውዎም ። ሽዑ ፡ ደቂ ፡ ጻዐዚጋ ፡ ተአኪቦም ፡ ወጺኦም ፡ አብ ፡ 5.
ዱጋድግ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ከንፉት ፡ ሰዓሩ ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡
ጻዐዚጋ ፡ ኽአ ፡ ሰለ ፡ ገእኽሉ ፡ ሰብ ፡ ማርዳ ፡ ቐተሉ ። አብኡ ፡ ንሓደ ፡ 6.
ካብ ፡ ደቂ ፡ ጻዐዚጋ ፤ « እነስ ፡ አበ ፡ አዋልድ ፡ እየ ፤ አይትቕተሉኒ ፤ » ዘ
ሎም ፤ ጻዕዱ-ኽስታን ፤ « ሕነ ፡ አበ ፡ አዋልድ ፤ » ይሎም ፡ ቀተልዎ ። ሾ
ብዐተ ፡ አሕዋት ፡ ከአ ፤ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰብኣይ ፤ አብኡ ፡ ሞቱ ።
ብዛዕባዚ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ከንፉት ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ደረሱሎም ፤ 7.

ወዲ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አቦ ፡ እየው ፤
ቤተኽስያን ፡ ትወስዶም ፡ ከም ፡ ዝቁርው ።
ወዲ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ወርቂ ፡ ርፍርፍ ፤
ባይራ ፡ አሎኺ ፡ ብስሳዐ ፡ ዝገርፍ ።
ወዲ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ብተይ ፡ ግኒ ፤
ክንዲ ፡ ስሳ ፡ ፎርበት ፡ ስሳ ፡ በይኒ ። — —

8. ብድሕርዚ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኽአ ፡ ነቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ስዕረቶም ፡ ሕነ ፡ ኽፈ
ድዩ ፡ ይሎም ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጸጸር ፡ ምስ ፡ ጸዕዳ-ኽስታን ፡ ተዋግኡ ።
አብኡ ፡ ኽአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ሰዓሩ ፤ ክሳዕ ፡ ዑና ፡ ኽሕሎ ፡ ሰ
9. ጉጒዎም ። ናብ ፡ ዑና ፡ ኽሕሎ ፡ ኽልአይ ፡ ገጠሙ ። ጸዐዘጋ ፡ ተሳዕሩ ፤
ኩብኡ ፡ ንጠቐራ ፡ ሀደሙ ። ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ ከአ ፡ ሰዒሮም ፡ ንዐ
ዶም ፡ ተመልሱ ።

115. ማእሰርቲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ።

1. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ ወዲ ፡ አቤቶ ፡ ወልደ-ገርግ
ሽ ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ብዙሕ ፡ ሀብቲ ፡ ነበሮም ። ነሶምኒ ፡ ብሀብቶም ፡
ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩን ፡ ብሽሙቶም ፡ ተዓራረኹም ፤ « አይንማለም ፤ » ተ
በሀሃሉ ።

2. አብ ፡ መንነዚ ፡ ብቕንኢት ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ ሐያሎ ፡ ናብ ፡
ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸሰስዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ክአስርዎም ፡ ደልዮም ፤
« ዋዕላ ፡ ንግበር ፤ አብ ፡ ማይ ፡ ሽምብቡ ፤ እንተኾነ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ አይ
3. ንማላእ ፤ » ይሎም ፡ ጠበርዎም ። ኩብኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ ሓምሳ
ይ ፡ ሳድሳይ ፡ ርእሶም ፡ ክነሶም ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ግና ፡ ሰበም ፡ አ
4. ኽቲቶም ፡ አብኡ ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ አሰርዎም ። ድሕርዚ ፡ ጸዐዘ
ጋ ፡ ተመልሾም ፡ ንዐይን-ቈረኛ ፡ ገብሩ ፡ ወዲ ፡ ደበስ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ ላ
ዕላይ ፡ ገዛ ፡ አቐመጥዎም ።





አብ ፡ መንነዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ ብዐይን-ቈረኛ ፡ ኽሕለዉ ፡
ኽለዉ ፡ ማለም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፡ ተዘሚቶን ፡ መጺ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ 5.
ባሮቶም ፡ ክሳድ ፡ ሕጆም ፡ ጸኒሖም ፡ ንስድራ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ና 6.
ብ ፡ ግራት ፡ ዓንብ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ። አሕኦም ፡ አምልሾም ፡ በረ
ኻ ፡ አተዉ ። አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስቶስ ፡ እትባሀለ ፡ ሐው ፡ ገብሩ ፡ ነሱ ፡
ሐለዎ ፡ ኹይኑ ፡ ናብኡ ፡ ተሳዕረ ፡ ሀዲሙ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አቶ ። 7.

ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ሐላዊኦም ፡ « ዝደሌኻዮ ፡ ኽሀበ
ኻ ፤ ስደደኒ ፤ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኽአ ፡ « እምብአርሲ ፡ ጓልኩም ፡ ሃቡኒ ፤ » 8.
የሎም ። ነሶም ፡ ድማ ፡ መሓሉሉ ። በዚ ፡ ኽምዚ ፡ ጌሮም ፡ ማእሰርቶም ፡
ፈቲሖም ፡ አብ ፡ ናይብ ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ንናይብ ፡ « ንዐናይ ፤ መሪሑ ፡ ን 9.
ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ናብ ፡ ኢደካ ፡ ኽውድቐልካ ፤ » የልዎ ።

ውግእ ፡ ዐዲ ፡ ገብሬይ ።

116.

ብድሕርዚ ፡ ናይብ ፡ ብብዙሕ ፡ ሐገዘኒ ፡ ብዙሕ ፡ ጭፍራን ፡ ከቲቱ ፡
መጺ ፡ ምናዳ ፡ ኻብ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፤ ነ 1.
ዚ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ፈለጡ ፡ ፈጊዮም ፤ « ዐርኪ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከ 2.
ብ ፡ ዝኸውንሲ ፡ አይኽእሎን ፡ እየ ፤ » ይሎም ፤ ጸዐዘጋ ፡ ሐዲጎምሉ ፡
ንገዛብን ፡ ጠቐራ ፡ ሀደሙ ። ናይብ ፡ ድማ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ተኾሾ ፤ ናብ ፡ ዘለ
ውዎ ፡ ሰዓበም ።

ሽዑ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፤ « ንሙት ፡ ደአ ፤ » የሉ ። ዝርኸበም ፡
አኪቦም ፡ ኩብ ፡ ጠቐራ ፡ መጺዎ ፤ 3.

« ኣነ ፡ በኹሩ ፤
ኣነ ፡ አባ ፡ ዐር ፤ »

ይሎም ፡ እናፈኸሩ ፤ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሬይ ፡ ገጠሙሉ ። አብኡ ፡ አሰላፍ ፡
ወልደ-ኽስቶስ ፡ ወዲ ፡ ደበስ ፡ ጕራደ ፡ ዓረብ ፡ ሕጁ ፡ ድርግም ፡ የሎም ፤ 4.
ሰስ ፡ እናለ ፡ ኽም ፡ በርቂ ፤ ዠስትር ፡ አበሎም ። ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ 5.

ኸአ ፡ ሰዓሩ ፤ ካብ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ጐልጐል ፡ ጻዕዳ-
ኽስታን ፡ ሰጕጕዎም ። ካብኡ ፤ ተመልሾም ፡ ነታ ፡ ተተኹሸ ፡ ዝነበረት ፡
ጸዐዘጋ ፡ መልሾም ፡ ሰርሕዋ ።

6. ኸው ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ሕላይ ፡ ተሐለ ፤

ሕድርተይ ፡ እዮም ፤ በዓል ፡ ሐጂ ፡ እድሪሲ ፤
አብ ፡ ዙፍየትም ፤ ዝርከቦም ፡ ቅርሺ ፤
ሕድርተይ ፡ እዮም ፤ በዓል ፡ ሕደ ፡ ጕቦ ፤
አብ ፡ ዙፍየትም ፡ አቐራሽ ፡ ዝርከቦ ።

117. ክልአይ ፡ ዘመት ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ።

1. ዶሐር ፤ ናይብ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ አብ ፡ ራእ
ስ ፡ ምንኪኤል ፡ ከይዶም ፡ ከአ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ አመሓጥእዎ
2. ም ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ድማ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ንናይብ ፡ ስዒሮ
ም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ከም ፡ ሐመድ ፡ ዝኾነ ፡ ሰራዊት ፡ ሒዞም ፡ ወጹ ፤ ን
ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ አሲሮም ፡ ክወስድዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፤ ምምጻእ ፡
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ከም ፡ ማንም ፡ ኰይኖም ፡ ንሐባብ ፡
3. ሀደሙ ። ኸው ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ብጽልማ ፡ አቢሎም ፤ ብጸዐዘጋ ፡ ጌ
ሮም ፤ ጐልጐል ፡ አኹራት ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፡ ምድሪ ፡ ደቂ ፡ ዳኸም ፡ ድ
4. ንኳኖም ፡ ተኸሉ ። አብኡ ፡ ኰይኖም ፡ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፤ ሐልሐለ-በ
ጐስ ፡ ዝወሰኑ ፡ ዘሎ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ዘመትዎ ። ጸዐዘጋን ፡ ዐዲ ፡ ን
አምንኒ ፡ ምላዘናይኒ ፡ ሐዩሎ ፡ ኸአ ፡ ኻልአት ፡ ዐድታትኒ ፡ ተተኾሱ ።
5. እዚ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ።
6. ኸው ፤ ዝበዝሐ ፡ ሰራዊት ፡ ምስ ፡ ሐለፈ ፤ ሰብ ፡ ምላዘናይ ፤ ከምኡ ፡
ድማ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡ ሽሃይ ፡ ወሳሲኾም ፤ አብ ፡ ክ
ሳድ ፡ መላው ፡ ኻብ ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ሐዩሎ ፡ አፍለሱሎ
7. ም ። ራእስ ፡ ምንኪኤል ፤ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ አብ ፡ እንዳባ ፡ መጣዕ ፡





ሰፈሮም ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ቜጸሩ ፤ ክንዲ ፡ መስለስ ፡ ባልደን
ጓ ፡ ናብኡ ፡ ኸም ፡ ዝተረፉ ፤ ተባሀለ ።

« ገለብ ፡ ክንቲባ ። » 118.

ንጕስ ፡ ካብ ፡ ትግራይ ፡ ወሪዶም ፤ ንሐማሴን ፡ ክዘምቱ ፤ ሀገር ፡ አ 1.
ውረሩ ። ክንቲባ ፡ ኸፍለ-ገርግሽ ፡ ወዲ ፡ ኸፍሎም ፡ ከአ ፡ ሰበምኒ ፡ ማ 2.
ሎምኒ ፡ ናብ ፡ ኢራ ፡ አህዲሞም ፤ ባዕሎም ፡ ምስ ፡ ሒደት ፡ ሰብ ፡ ኰይ
ኖም ፤ ሐንቲ ፡ እምኒ ፡ ኸም ፡ ገለብ ፡ መኸወሊቶም ፡ ጌሮም ፡ ነቲ ፡ ወራ
ር ፡ ደው ፡ አበልዎም ። ሐንቲ ፡ ነፍጢ ፡ ቓድ ፡ ነበረቶም ፡ እሞ ፤ ብአ ፡ 3.
እናተኾሱ ፤ ነቶም ፡ ዘመትቲ ፡ ዐገትዎም ። አማስይአም ፡ እቶም ፡ ወረር
ቲ ፡ ተሐሊሎም ፡ ተመልሱ ።

በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ኸፍለ-ገርግሽ ፡ ሰበምኒ ፡ ማሎምኒ ፡ አው 4.
ጽኡ ፤ እሞ ፡ እታ ፡ ኸሳድ ፡ ከአ ፡ ኸሳዕ ፡ ሎሚ ፡ ገለብ-ክንቲባ ፡ ትበሀ
ል ፡ አላ ።

ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዐርቁ ። 119.

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተመልሾም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹ 1.
ሩ ፡ ኻብ ፡ ሐባብ ፡ አብ ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ ገዓዙ ። ንኸንቲባ ፡ ኸፍሎም 2.
ኒ ፡ ንኤሎስኒ ፡ ኸአ ፤ « ንዑ ፡ በጃኹም ፤ ደግፉኒ ፤ እሞ ፤ ንራእስ ፡ ምን
ኪኤል ፡ ስዒብና ፡ ንቐግአዮ ፤ » የልዎም ። ንሳቶም ፡ ግና ፤ « አይዐቕም
ናን ፤ » ይሎም ፡ አበይዎ ። ንሶም ፡ ድማ ፡ ፈረስ ፡ ቡላ ፡ ኰይኖም ፤ አብ ፡ 3.
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ አብ ፡ ዓድዋ ፡ አተዉ ፤ እሞ ፤ ዕርቂ ፡ ለመኑ ። ኸው ፡ 4.
ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ብጸቡቕ ፡ ተቐበልዎም ፤ እሞ ፤ ሾመቶም ፡ መለሱ
ሎም ። ዶሐር ፡ ከአ ፡ ጓሎም ፡ ንበኹሪ ፡ ወዶም ፤ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡
ሃብዎም ። ብድሕርዚ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኸሳዕ ፡ ሞቶም ፡ አብ ፡ ት 5.
ሕቲ ፡ ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ክነሶም ፤ ንመረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

6, 7. ሀገር ፡ ምስ ፡ ተጣየሰ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ዐጀም ፡ አተዉ ። ናብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፡ « እዛ ፡ ዐደይ ፡ ወርትግ ፡ ዝዝሙትኒ ፡ ዝትኹ
ስኒ ፡ ጐልጐል ፡ ኲዮኑ ፡ እዩ ፤ እሞ ፡ ናብ ፡ ክልእ ፡ ዐዲ ፡ ዶእ ፡ ኽዘብ
ል ፡ » ይሎም ፡ በረኽ ፡ መኻን ፡ ደልዮም ፡ አብ ፡ ሸርምባ ፡ ገዓዙ ። እን
8. ዳ ፡ ኺዳነ-ምሕረት ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ሰርሑ ። ድሕርዚ ፡ ነዊሕ ፡ ከይጸን
ሑ ፡ ሞቱ ።

## 120. ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ በኹሩ ።

1. ባሕሬ-ነጋስ ፡ በኹሩ ፡ ኽአ ፡ ኻብ ፡ አርባዕተ ፡ አንስቲ ፡ ንአይተ ፡ ገ
ረ-ኽስቶስኒ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ አይተ ፡ ጸጋይኒ ፡ አይተ ፡ ናቡተን ፡
2. ወለዱ ። ካብዘም ፡ አርባዕተ ፡ ኽአ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ሔማ ፡
እዮም ፤ አዲኦም ፡ ወዘሮ ፡ ቕዱሳን ፡ ጓል ፡ ከንቲባ ፡ ሰመረ-አብ ፡ ሹም ፡
ደቂ ፡ ሸሃይ ፡ እዮን ። እቶም ፡ በኹሪ ፡ ወጆም ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ግ
ና ፡ አዲኦም ፡ ሐንቲ ፡ ሰይቲ-ወሰን ፡ ትግራወይቲ ፡ እያ ።
3. ብዛዕባዚ ፡ እቲ ፡ ሽመት ፡ አበኦም ፡ አብ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሐለ
4. ፈ ። አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ግና ፡ ሽመት ፡ ንርእሶም ፡ ደልዮም ፡ አብ ፡ መ
ገዲ ፡ አባርዳእ ፡ ተዋግእዎም ፤ እንተኾነ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሰዓሩ ።
5. ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሀዲሞም ፡ ንዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ዘመትዎ ።
6. ሽዑ ፡ ሐምም ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሕላይ ፡ ሐለዩሎም ፤ ከምዚ ፡ ይሎም ፤

አታ ፡ ዘማት ፡ ዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ዘማት ፡ ክፈር ፤
አረ ፡ አነስ ፡ ሐፈርኩልካ ፤ ክማይ ፡ ሕፈር ፤
አረ ፡ አነስ ፡ ሐፈርኩልካ ፤ ክማይ ፡ ሕፈር ።

7. አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ንዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ምስ ፡ ዘመቱ ፡ ንዐጀምሓ
ሩ ፡ ሀደሙ ፤ ሐምም ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ድማ ፡ ኽሳዕ ፡ ናይዖ ፡ አበ
ረርዎ ።





## ተስፋ-ጼን ፡ አላዒላ ። 121.

ብድሕርዚ ፡ አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ብሒቶም ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ። 1.
ነሶም ፡ ሽሕኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚእትን ፡ ፈረስ ፡ አብ ፡ ቤት ፡ የቖልቡ ፡ 2.
ነበሩ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ንኹዶ-ፈላሲ ፡ ምግባር ፡ ስለ ፡ ዝአበዩ ፤ ብሐሙ 3.
ሽተ ፡ ሚእቲ ፡ ፈረስ ፡ ዘመትዎ ። ከይዶም ፡ አብ ፡ ጐዱፍ ፡ ወዲ ፡ ሐጺ
ር ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ፤ ብድሕርዚ ፡ ወሪኡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ « አበይ ፡
ኔሮም ፤ » ከይተባህለ ፡ ንኹዶ-ፈላሲ ፡ ዘሚቶም ፡ ተመልሱ ። እዚ ፡ ምስ ፡ 4.
ገበሩ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አላዒላ ፡ ተባህሉ ።
አቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ዝገዝእዎ ፡ ዘበን ፡ ዐሰርተው ፡ ሐሙሽተ ፡ ዓ 5.
መት ፡ እዩ ። ነሶም ፡ ንጐይታና ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ንአይተ ፡
ገረ-ኺዳንኒ ፡ ወለዱ ።

## ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ። 122.

እቶም ፡ ካብ ፡ ደቀተሽም ፡ ክም ፡ መኳንንቲ ፡ ዝነበሩ ፡ ብዘበን ፡ አ 1.
ቤቶ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ሐያሉ ፡ አለዉ ። ካብአም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ባሕር- 2.
ነጋስ ፡ ታቦት ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ዕቑባት ፡ እዮም ፤ ከምኡ ፡ ኽአ ፡ ና
ብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሩት ።
አብ ፡ ጸዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፡ 3.
ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡ ባድጎን ፡ እቶብ
ሀሉ ፡ አርኪበም ፡ ሽመት ፡ አበታቶም ፡ ሐዙ ። እሞ ፡ ነሳቶም ፡ ሐያላት ፡
ነበሩ ፡ የማን ፡ ጸጋም ፡ እብዚ ፡ መትሕት ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡
ይዘምቱ ፡ ነበሩ ። ብዛዕባዚ ፡ ኽምዚ ፡ ተደርፈ ፤ 4.

ማሞ ፡ ኺደልየካ ፤
ባድጎ ፡ ኺደልየካ ፤
ቡሊት ፡ ክትጐየካ ፤
ደው ፡ በል ፡ በንለጌ ፤ ምት ፡ ነይቕርየካ ።

23.

አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ንሐዎም ፡ ወረሱ ።

1. አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ነቚሕ ፡ ሐሚሞም ፡ ሞቱ ፤ ደቆም ፡ ድማ ፡ ሽ
2. ፁ ፡ ጓና ፡ ናእሽቱ ፡ ነበሩ ። እቶም ፡ እሙናት ፡ ሐሻኽሮም ፡ አሰላፍ ፡ ወ
ልደ-ኽስቶስኳ ፡ አሰላፍ ፡ ክንፉን ፡ ግና ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ቀ
ቢሮም ፤ « አሎዉ ፡ » እናበሉ ፡ ኽአ ፡ ዐሬት ፡ ሕጆም ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ።
3. ሰብ ፡ ከአ ፡ እናመጸ ፡ « ጐይታይ ፡ ከመይ ፡ ይሎም ፡ አሎዉ ! » እንተ ፡ ሐ
4. ተ ፡ « ይመስገን ፤ አሎዉ ፡ ደኣ ፡ » እናሉ ፡ የዘርብዎም ፡ ነበሩ ። እዚ ፡
ዝገበሩ ፡ ኽዶ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሐያል ፡ ርጉም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ « መ
ታን ፡ ዐሬት ፡ ሐዎም ፡ ከይወርሱ ፡ » ይሎም ፡ እዮም ።
5. እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡

ሰብ ፡ ዝገበሮ ፤
ምድሪ ፡ ነገሮ ፤

እዩ ፤ እሞ ፡ ሞት ፡ ሐዎም ፡ ሰምዑ ። ተቓላጢሮም ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ አ
ብ ፡ ሰዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ቓንዳ ፡ ቲ-ቲ-ቲ ፡ አበሎም ፡ አብ ፡ ዐዶም ፡ አተ
6. ዉ ። አብ ፡ እንዳ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፡ ኽአትዉ ፡ እንተ ፡ ደለዩ ፡ ከምዚ ፡ ይ
ሎም ፡ ከልከልዎም ፤ « ጐይታይ ፤ አብ ፡ እንዳ ፡ ሕሙም ፡ ብጕያ-ጕያ ፡ ይ
እቶ ! » — ነሶም ፡ ከአ ፡ « ሐወይ ፡ እዮም ፡ እምበር ፤ ሐውኩምዶ ፡ ኹይና
7. ፡ » የልዎም ። ምስ ፡ ሰአንዎም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐሬት ፡ ሐዎም ፡ ከፍ ፡
የሉ ፤ እሞ ፡ ግዝኣት ፡ ሐዎም ፡ ሐዙ ።
8. መዘሮ ፡ ለተ-ኖብ ፡ ከአ ፡ ሰይቲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አብቲ ፡ ውሽ
ጢ ፡ በይና ፡ ቍሊሕሊሕ ፡ ትብል ፡ ጸንሐቶም ፤ ምስ ፡ ረአይዎ ፡ ድማ ፡
ኣብ ፡ ልቦም ፡ ጠብላሕ ፡ የለቶም ። እሞ ፡ ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ድሕርዚ ፡ ንእ ፡
ኽአ ፡ ወረስዎ ።



ሞት ፡ አበ ፡ ብኢደ-ማርያም ።

124.

አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ብጥቕምቲ ፡ ዝሞቱ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከ 1.
አ ፡ ድሕሪ ፡ ሰለስተ ፡ ወርሒ ፡ እዮም ፡ ዐዶም ፡ ዝአተዉ ። ከሳዕ ፡ ፋስ
ጋ ፡ ኽይድብዮ ፡ ኽአ ፡ ብጸም ፡ አርብዓ ፡ ላም ፡ ሐሪዶም ፡ ዳስ ፡ ተኺሎ
ም ፡ ንሰይቲ ፡ ሐዎም ፡ ወረሱ ።
ብዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አበ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ እተባህሉ ፡ ፈላሲ ፡ በዓ 2.
ል ፡ ክትመውልዕ ፡ « አይግብአኽን ፡ ንሰይቲ ፡ ሐውካ ፡ ኽትወርስ ፡ » ይ
ሎም ፡ ገዘትዎም ። እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ አይሰምዕዎምኒ ፤ አ 3.
ብ ፡ ክንዲ ፡ ኽሰምዕዎም ፡ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ አሰርዎም ። « አፍትሐለይ ፡ »
ይሎም ፡ ሐያሉ ፡ ግዜ ፡ ለመንዎም ፤ አበ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ግና ፡

« እሱር ፡ ከም ፡ ዲብሎስ ፤
ውጉዝ ፡ ከም ፡ አርዮስ ፤

ኢኻ ፡ ንሰይቲ ፡ ሐውካ ፡ ኽሳዕ ፡ እትሐድጋ ፡ » እናሉ ፡ አበርትዖሎም ።
አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ብፍቕሪ ፡ እታ ፡ ሰይቲ ፡ ሐዎም ፡ እሱር ፡ ስ 4.
ለ ፡ ዝነበሩ ፡ ብኹራ ፡ መጺኦም ፡ « እቓ ፡ ፈላሲ ፤ ተለ ፡ ፍትሐኒ ፤ እን
ተ ፡ ዘየሎ ፡ ክቐትለካ ፡ እየ ፡ » የልዎም ። አበ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ግና ፡
ጸንዑ ። ድሕርዚ ፡ ፈልጺ ፡ ጌሮም ፡ ከትከትዎም ፤ ነሶም ፡ ከአ ፡ « ውጉ 5.
ዝ ፡ » እናሉ ፡ አብ ፡ መንጎዚ ፡ ዐረፉ ።

ድማንንት ፡ ክንቲባ ፡ ተስፋ ።

125.

ብዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ዋና ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ነበሩ ። 1.
ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ልሙድ ፡ አምበሳ ፡ ነበሮም ፤ እሞ ፡ 2.
« ብዚ ፡ አምበሳይ ፡ ድምብርጽ ፡ ዘይብል ፡ ዶኽን ፡ ይርኸብ ! » ይሎም ፡
ተዛረቡ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ መኳንንቲ ፡ « ጐይታይ ፤ ክንቲባ ፡ ተ 3.
ስፋ ፡ እንተ ፡ ዘይኮኑ ፡ ኹይኑ ፡ ክልኢ ፡ መን ፡ ክንብል ! » የልዎም ። አ

ይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ « እስኬ ፡ በሉ ፡ ጸውዕዎ ፡ » ይሉም ፡ አምጽአ
4. ዎም ። አብ ፡ ቤት ፡ አትዮም ፡ አብ ፡ ዐራት ፡ ከፍ ፡ ምሰሉ ፡ ብድሕሪኡም ፡
ኑሮ ፡ እምበሳ ፡ ፈነዉሎም ። ሽዑ ፡ ነሰም ፡ ልበም ፡ ድምብርጽ ፡ ከየለ ፡
ቀ-ሊሕ ፡ ከየልዎ ፡ ብሀለንኸም ፡ ጌሮም ፡ ቀብ ፡ አቢሎምዎ ፡ ትም ፡ የሉ ።
5. ኩብኡ ፡ « እንታይ ፡ ደአ ፡ ጕዳይ ፡ ጌርኩም ፡ ዝጸዋዕኩምኒ ፧ » የልዎም ።
አይቱ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ « ሐወይ ፤ አነስ ፡ ጕዳይ ፡ ነይብለይ ፤ ኪድ ፡
6. ገዛኻ ፡ » ይሉም ፡ አፋነውዎም ። ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ኸአ ፡ « ጕዳይ ፡ ዘይ
ብሎም ፡ ጸዊዖምኒ ፡ ኸም ፡ ቈልዓ ፡ » ይሉም ፡ ብልበም ፡ ጕሀዮም ፡ ወጹ ።
7. ሽዑ ፡ ናብ ፡ ገበን ፡ ፈረሶም ፡ ኰይኖም ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ዘይሮም ፡ ሰል
ዮምዋ ፡ ክብኡ ፡ ናብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፡ ኰይኖም ፡ ዘንጎም ፡ አንቀጥቀ
8. ጡ ። እዚ ፡ ነገርዚ ፡ ዝረአዩ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ነገር
ዎም ፤ ነሶም ፡ ከአ ፡ « ገለ ፡ ደልዩ ፡ እዩ ፡ እዚ ፡ ጠንቃም ፡ » ይሉም ፡
ጸንሑ ።

126. ምኽሪ ፡ ኽንቲባ ፡ ተስፋ ።

1. ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ አጋጣሚ ፡ ንኽንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ሰብ ፡ ዐድ-ደበነይ ፡
አሓ ፡ ሒዞም ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ክኸዱ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ያዕቆብ ፡
2. ተጓነፍዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፡ « ደው ፡ በሉ ፡ አቱም ፡ ሕማቓት ፡ ሰብ ፡ ዐ
3 ድ-ደበነይ ፤ ኰበሮ ፡ እንተ ፡ ሀረምክሎም ፡ ዘይስዕስዑ ፡ » የልዎም ። ነሳ
ቶም ፡ ከአ ፡ « ደይነስኹም ፡ ሕማቅ ፡ ኴንኩም ፡ ወዲ ፡ ጕይታና ፡ እምበ
ር ፤ ኰበሮ ፡ ዝሀርመልና ፡ እንተ ፡ ንረኽብሲ ፡ እባ ፡ ምተቛጻጼናሉ ፡ » የ
4. ልዎም ። ሽዑ ፡ ምስአም ፡ ምኽሮም ፡ ጌሮም ፡ « በሉ ፡ ንዑናይ ፡ ደአ ፤
ሎምስ ፡ ሐንቲኣ ፡ እያ ፡ » ይሉም ፡ ሒዞምዎም ፡ ተመልሱ ። – –
5. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ተቓላጢፎም ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ኻብ ፡ ናይብ ፡ ገ
ለ ፡ ሐገዝ ፡ ደልዮም ፡ ሰላምታ ፡ ሰደዱሉ ። ናይብ ፡ ከአ ፡ ሰላምትአም ፡
ተቐቢሉ ፡ ደሐር ፡ ከአ ፡ ምላሽ ፡ ሰላምታ ፡ ኸምዚ ፡ ዝብል ፡ ሰደደ ፤ « ከ





መ-ዓልካ ፤ ደሐን ፡ ዲኻ ፡ ክንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብሩት ፧ »
ይሉም ፤ ምስኡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ ሚእቲ ፡ ቅርሺ ፡ ጌሩ ፡ ሰደደሎም ። ስ 6.
ለዚ ፡ በዘን ፡ ሰለስተ ፡ ሚእቲ ፡ ቅርሺ ፡ ጌሮም ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውትን ፡ ሐ
ገዝትን ፡ አኸቡ ፡ ምናዳ ፡ ኻብ ፡ ክርን ፡ ሸም ። እዚ ፡ ቅርሽዚ ፡ ቅርሺ ፡ እ 7.
ቲ ፡ ዘበንቲ ፡ ባህለት ፡ እዩ ፤ በዚ ፡ ናይ ፡ ሎሚ ፡ ሽሕኒ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚ
እትን ፡ ዝአኽል ፡ ምኸነ ።
ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ደለቱ ።
8.

127. ውግእ ፡ ዐሽማግለ ።

ብድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ንጓሎም ፡ ከመርዕዉ ፡ ደልዮም ፡ 1.
ንሐገዝ ፡ መርዕአም ፡ ዝኸውን ፡ ከአ ፡ ንዩሱ ፡ ግዝኢቶም ፡ « መዓርኒ ፡
ጠስምን ፡ አቕራሽኒ ፡ አምጽኡ ፡ » ይሉም ፡ አዘዝዎም ። በዚ ፡ ምኽንያ
ትዚ ፡ ሐያሎ ፡ ሰብ ፡ « ከይፈቶኽዶ ፡ ናብ ፡ መርዓ ፡ ትዕዶም ፡ » ይሉም ፡
ጕሃዩ ። ሽዑ ፡ በቲ ፡ ትእዛዝ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ዘስካሕክሑ ፡ ከም 2.
ኡ ፡ ድማ ፡ ኽልእ ፡ ቅሓር ፡ ስለ ፡ ዝነበሮም ፡ ከንቲባ ፡ ማሞን ፡ ከንቲባ ፡
ባድጎን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ተሓባበሩ ፤ ንአይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ክቐ
ግእዎም ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ጕሁይ ፡ ልቢ ፡ ዝነበሮ ፡ ዝኸነ ፡ 3.
ናብ ፡ ምኽሪ ፡ እቶም ፡ ሰለስተ ፡ ኽንቲብ ፡ ተሓሰ ።
ከምዚ ፡ ይሉም ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ክቐግኡ ፡ ቅርጺ ፡ ምስ ፡ ገበሩ ፡
አይተ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ ወፈርቲ ፡ መርዓ ፡ ሰብ ፡ ቈሓይን ፡ ጓ 4.
ል ፡ ክወስዱ ፡ ዝመጹ ፡ « ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ ድንገት ፡ ረኺቡኒ ፤ እሞ ፡
ንዑናይ ፡ ቅድም ፡ ንአታቶም ፡ ንግበር ፤ ክብኡ ፡ ተመልሽና ፡ መርዓናን ፡
ገዝምናን ፡ ክንዐዪ ፡ » ይሉም ፡ አኪብምዎም ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ዐ
ሽማግለ ፡ ክቐግኡ ፡ ምስ ፡ ተሳላለፉ ፡ አብቲ ፡ አንፈ ፡ ውግእ ፡ ሰድራ ፡ እ 5.
ቶም ፡ ሰለስተ ፡ ኽንቲብ ፡ « ዎ ፡ እባ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ » ይሉም ፡ ጨደ
ሩ ። ነፍሲ ፡ ኸአ ፡ ነፍሲ ፡ እያ ፤ እሞ ፡ ይትረፍ ፡ ደም ፡ ጻድቕ ፡ ደም ፡ 6.

ሓጥእ ፡ እኺ ፡ ድቓስ ፡ አይትህብኒ ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ በታ ፡
ክፍእቲ ፡ መዓልቲ ፡ ዝወዓልዎ ፡ ሽም ፡ አቦ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ክስሙ ፡
7. ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ጌና ፡ ክይተዋግኡ ፡ ብፍርሃት ፡ ሀደሙ ። ክብቶም ፡ መሰ
8. ኾይትኦም ፡ ክአ ፡ ሐያሎ ፡ ናብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ። – ስለ ፡ አቦ ፡ ብኢደ-
ማርያም ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ሓደ ፡ ቓል ፡ ተረፉ ፡ አሎ ፡ ዝፈለጠን ፡ ዘይፈለ
ጠን ፡ « ደም ፡ አቦ ፡ ብኢደ-ማርያም ፡ ይግበረልካ ፡ » ይብል ።

9, 10. አይተ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ። አብኡ ፡
ነቶም ፡ ክልተ ፡ ደቆም ፡ ክንፉን ፡ ሐደራን ፡ እተባህሉ ፡ ሐዲጎም ፡ ሞቱ ።
ነሶም ፡ ዝገዝእዎ ፡ ዘበን ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ እዩ ።

128. ## ስዕረት ፡ ወዲ ፡ መርከዴዮስ ።

1. ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ድሕርዚ ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ እተባህለ ፡ ትግራዋ
ይ ፡ ወዲ ፡ ጓሎም ፡ ንዐድ-ደንዝማቲ ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ንደግያት ፡ ማሞ ፡ እቶ
ወልዶ ፡ ብሰራዩ ፡ አቢሉ ፡ ንሐማሴን ፡ ክዘምት ፡ ይሉ ፡ ወጸ ። ክብ ፡ ጸዐ
2. ዘጋ ፡ ክአ ፡ ሐያሎ ፡ ምስ ፡ ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ ወዓሉ ። ሽዑ ፡ ሰብ ፡
እዚ ፡ ጐልጐል ፡ ኵሉ ፡ « ክም ፡ ክንፍየዶ ፡ ክንገብረልና ፤ » ይሎም ፡ ብ
አውያት ፡ ተአኻኸቡ ።

3. ክንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ክአ ፡ ንብዘሎ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ አኪቦም ፡ አ
ክቲቶም ፡ ክዋግእዎ ፡ ተሰለፉ ። ክንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ድማ ፡ ምስ ፡ ሚናበ-ዘ
4. ርአይ ፡ ኰይኖም ፡ መጽዎም ። ክምኡ ፡ ክአ ፡ ካብ ፡ ብሐማሴን ፡ ወሳሲ
ኸም ፡ ንወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ አብ ፡ ዐሻ-ጐልጐል ፡ ገጠሙሉ ፤ እሞ ፡
ሰዓርዎ ። ወዲ ፡ መርኬድዮስ ፡ ክአ ፡ ናብኡ ፡ ሞተ ፤ ስግኡ ፡ ድማ ፡ ንመ
5. ሰሓቕ ፡ ወኻሩ ፡ ገበርዎ ። ሽዑ ፡ ኸምዚ ፡ ተደርፈ ፤

ወኻርደ ፡ ዐሻ-ጐልጐል ፡ ጸጊብክዶ ፤ –
ክብደይ ፡ መሲኡ ፡ ድማ ፡ ጉዶ ፤
ብስነይ ፡ ሐዳገ ፡ ብገሲዶ ።





## ዐሪት ፡ አርባዕተ ። 129.

ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ድማ ፡ ሐው ፡ ክንቲባ ፡ ተስፉ ፡ እምብአር ፡ አብ 1.
ቲ ፡ ውግእ ፡ ዐሸማግሌ ፡ ምስቶም ፡ ሰለስተ ፡ ክንቺብ ፡ ዘይወዓሉ ፡ ክ
ነሶም ፡ ብምስጢር ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ስለ ፡ ዝሐበርዎም ፡ ብድሕሪ ፡ አይ
ተ ፡ ገረ-ክስቶስ ፡ ነሶም ፡ ዝረብዓዮም ፡ ኰይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ዝ
አኸል ፡ ክንቲባ ፡ ማሞን ፡ ክንቲባ ፡ ባድጎን ፡ ክንቲባ ፡ ተስፉን ፡ ክንቲባ ፡
ዘርአይን ፡ ሐቢሮም ፡ አርባዕቲኦም ፡ ገዝኡ ። እዘን ፡ ዝገዝኡለን ፡ ሰለስ 2.
ተ ፡ ዓመት ፡ ክሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ ሽመት ፡ አርባዕተ ፡ አሕዋት ፡ ይስመያ ።
አብ ፡ መንጎዚ ፡ ክአ ፡ አርባዕቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ጋሻ ፡ ክአስሩ ፡ 3.
ይሎም ፡ ንድባርዋ ፡ ክዱ ። አብኡ ፡ ድማ ፡ ብዙሓት ፡ ዐበይትን ፡ ናእሽ
ቱን ፡ ተአኪቦም ፡ ነበሩ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ አብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐሪት ፡ ክንቲባ ፡ 4.
ተስፉን ፡ ክንቲባ ፡ ባድጎን ፡ ክንቲባ ፡ ማሞን ፡ ክፍ ፡ ይሎም ፡ ነበሩ ። ክ
ምኡ ፡ ክአ ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ብድሕሪኦም ፡ አተወ ። እቶም ፡ አብ ፡ 5.
ዐሪት ፡ ክፍ ፡ ይሎም ፡ ዝጸንሑ ፡ ክአ ፡ « ንዑ ፡ በዚአ ፡ » እንተልዎም ፡
ነሶም ፡ ግና ፡ እንተ ፡ ብጽልአት ፡ እንተ ፡ ብትሕትና ፡ « ዐሪት ፡ አርባዕተ ፡
ክንድቲ ፡ ደሐን ፡ አይከንትኒ ፡ » ይሎም ፡ ንእም ፡ አብዮም ፡ አብ ፡ ታሕ
ቲ ፡ አጕዛ ፡ እንጸፎም ፡ ክፍ ፡ የሉ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ክንቺብ ፡ እንተሎ ፡ 6.
ክንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ብክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ « ንዲቓትና ፡ ድዩ ፡ » ይሎም ፡
አዕዘምዘሙ ። ካብኡ ፡ ምስ ፡ ወጹ ፡ ክአ ፡ ብምኽሪ ፡ ተአኪቦም ፡ ንክን
ቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ተጻረርዎም ።

## ማእሰርቲ ፡ ክንቲባ ፡ ተስፉ ። 130.

ድሕርዚ ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ደቂ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ገብረ 1.
ት ፡ ክንቲባ ፡ ተስፉን ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይን ፡ ባእሲ ፡ ክነ ፤ እሞ ፡ ብ « አነ ፡
ይበልጽ ፡ » ክም ፡ አሕዋት ፡ አይተረአአዩን ። በዚ ፡ ኵሉ ፡ ምኽሪ ፡ ክን 2.

ቲብ ፡ ተስፉ ፤ ምስ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ምሕባሮም ፤ ምኽንያቱ ፤ ክንቲባ ፡
ማሞን ፡ ክንቲባ ፡ ባድጎን ፤ መዓልቲ ፡ አርኪብዎም ፤ ብእርጋን ፡ ዐዲ ፡
ውዒሎም ፡ ነበሩ ፤ ስለዚ ፡ እቶም ፡ ቀሩብ ፡ ዝቐሳወሱ ፡ ዝነበሩ ፡ ደቆም ፡
ጥራይ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፤ « እንድሕሪ ፡ ሐወይ ፡ ትስዒሩ ፡ ሽመት ፡ ብዝኽን ፡
ብዕለይ ፤ እየ ፡ ዝጥቅልል ፤ » ይሎም ፡ እዮም ።
3. ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ኹሉ ፡ ምኽሪ ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡
« አነስ ፡ እዚ ፡ ሽመት-ማሕበርዚ ፡ ከም ፡ ሽመትዶ ፡ ይለዎ ፡ እየ ! » ይሎ
ም ፡ ምስ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ሽራ ፡ አብቅዑ ፤ እሞ ፤ « አቻ ፤ እቲአተንሲ ፡
ኹታ ፤ እንታይ ፡ ከየምጽአ ! » ይሎም ፤ ተቓዳዲሞም ፡ ንሐዎም ፤ ንኽ
4. ንቲባ ፡ ተስፉ ፤ አብ ፡ መቐሕ ፡ ለበድዎም ። ሽዑ ፡ ምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአ
ይ ፤ ብምእሳር ፡ ክንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ከየዕገርግሩ ፤ ሀዲኦም ፡ ንኽንቲበ ፡ ዘር
5. አይ ፡ ተገዝኡ ። ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፤

ምስ ፡ ቁልዓን ፡ አይትምከር ፤
ምስ ፡ ከልብን ፤ አይትተሓባእ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፤ ምኽሮም ፡ ተጋሂዱ ፡ ተጸየቖም ።
6. ክንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ኸአ ፡ ንሞሕ ፡ ዘበን ፡ ተአሲሮም ፡ ነበሩ ። ድሐር ፡
ግና ፡ ናብ ፡ እርጋኖም ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፤ « ዝገብር ፡ የብሉን ፤ » ይሎም ፡
ፈትሕዎም ።

131. ናይብ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ አሰሮም ።

1. ሐመድ-ናይብ ፡ ከአ ፡ ቕድም ፡ ንኽንቲባ ፡ ተስፉ ፡ ደጊፍዎም ፡ ነበ
ረ ፤ እሞ ፤ ገንዘቡ ፡ ዘይረኸበ ፡ ጕህዩ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ልኡኽ ፡ ሰደ
ደሎም ፤ ከምዚ ፡ ዝብል ፤ « ምኽሪ ፡ አሎኒ ፤ እሞ ፤ ክንድዚአም ፡ ዝአኽ
ሉ ፡ ሰብ ፡ ሒዝካ ፡ ናብ ፡ ፈልሒት ፡ ጽንሐኒ ፤ አነ ፡ ድማ ፡ ኽንዲ ፡ እቶ
ም ፡ ናትካ ፡ ጥራይ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሰባት ፡ ሒዘ ፡ እየ ፡ ዝመጽእ ፤ » ይሉ ፡ ለ
2. አኽሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፤ መማን ፡ መሽልዎም ፤ ከምቲ ፡ ነሱ ፡ ዘሎም ፤





ሒደት ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ ሒዞም ፡ ንፈልሒት ፡ ወረዱ ። ሐመድ-ናይብ ፡ ከ
አ ፡ ኻብቲ ፡ ዘሎ ፡ ዐሸርተ ፡ ዕጽፊ ፡ ዝአኽል ፡ ሰባት ፡ ሒዙ ፡ መጸ ። ሽዑ ፡ 3.
ኽቢቦም ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፤ « ተተሐዝ ፤ » የልዎም ፤ ነሶም ፡ ከአ ፤ ዘ
መርአም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፤ « ሐሳይ ፤ » የሉ ። ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ወዲ ፡ ና 4.
ይብ ፡ ሳእኑ ፡ አውጺኡ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ጕንዲ ፡ ዐይኖም ፡ አጨል
ገሞም ፤ ብኡ ፡ ምኽንያት ፡ ሐንቲ ፡ ዐይኖም ፡ ሐበለት ። ካብኡ ፡ ናይብ ፡ 5.
አሲሩ ፡ ዐዲ ፡ ወሰዶም ።
ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ድማ ፤ አብቲ ፡ ማእሰርቶም ፡ ንሞሕ ፡ ገበሩ ። 6.

ሙማእ ፡ ማይ ፡ ፋሉ ። 132.

ቐሩብ ፡ አዋን ፡ ድሕርዚ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ክቲቶም ፤ « ለሚ ፡ 1.
ኢና ፡ እንረኽበን ፤ እንቋዕ ፡ ደአ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ተአስረ ፤ » ይሎም ፤
ምስ ፡ ሀዘጋ ፡ ኽቀማኡ ፤ ተዳለወ ። ኩብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ መጽ
ዎም ፤ ክሕግዝዎም ።
ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፡ ብኹናት ፡ ተሰሊሮም ፡ ወጹ ። ሽዑ ፤ እቲ ፡ ዝ 2, 3.
በዝሕ ፡ ሰብ ፡ ምስ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ብሓደ ፡ ኻል
እ ፡ ክሳድ ፡ ክሕሉ ፡ ኹሎ ፤ ገለ ፡ ንማይ ፡ ፋሎ ፡ ወረዱ ። ጻዕዳ-ኽስታን ፡
ድማ ፡ አቕኒዮም ፡ ናብአ ፡ መጹ ። ሀዘጋ ፡ ኸአ ፤ « አቻ ፤ ሓደ ፡ በዓል ፡ 4.
ቁጽሊ ፡ ንግበር ፤ » ይሎም ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘርአ-ሐንስ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡
ዘሙይ ፡ ቁጽሊ ፡ አውደቑ ። ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ናብ ፡ አጓዱ ፡ ዝበሀል ፡ ገ 5.
ጠሙ ። ክንቲባ ፡ ዘርአ-ሐንስ ፡ አብኡ ፡ ሞቱ ፤ ኑቶም ፡ አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡
ሒደት ፡ ጭፍራ ፡ ኸአ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ሰዓርዎም ። እንተኾነ ፤ እቲ ፡ ዝ 6.
በዝሕ ፡ ኩናት ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ አድብዩ ፡ ኸም ፡ ዘሎ ፤ ስለ ፡
ዝፈለጡ ፤ « እንቋዕ ፡ ደአ ፡ ነዚኤን ፡ ተበለጽናለን ፡ እምበር ፤ ንዑናይ ፤
ንመለስ ፤ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። — —

7. ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ አሰላፍ ፡ ያጊን ፡ እቶባህለ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፡
ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ወልደ-ኸስቶስ ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞተ ።

133. ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ።

1, 2. ብድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ሸዓ ፡ ሞቱ ። ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡
ከአ ፡ ወዲ ፡ ተስፉ ፡ ወድ-ወዶም ፡ ንኸንቲባ ፡ ተኸላት ፡ ካብ ፡ ዐዶይጠበ ፡
ንኸንቲባ ፡ ማሞ ፡ « ደጊምሲ ፡ አሪግካ ፤ አይትጠቕምኒ ፡ ኢኻ ፡ » ይሎ
ም ፡ ሸመቶም ፡ አግደፍዎም ። ክንቲባ ፡ ማሞ ፡ ኸአ ፡ ዐዲ ፡ ለቌቖም ፡ አ
ብ ፡ እምኒ-ጻሊም ፡ ተቐመጡ ።

3, 4. አብኡ ፡ ኸሎ ፡ ኸአ ፡ ሐሚሞም ፡ ሞት ፡ በጽሖ ። ሸዑ ፡ ልኢኹ
ም ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡ « ተቐበሉኒ ፤ አብ ፡ ዐዶይ ፡ ክቕበር ፡ »
የልዎም ። ክንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ፡ ከአ ፡ ሕራይ ፡ ይሎም ፡ ሰቦም ፡ አኺ
5. ቦም ፡ አብ ፡ ዐሺ-ጕልጕል ፡ ተቐበልዎም ። እሞ ፡ ምስ ፡ ተራኸቡ ፡ ክሰ
ዐዓሙ ፡ ኸሎ ፡ እቲ ፡ ትንፋስ ፡ ክንቲባ ፡ ማሞ ፡ ናብ ፡ እፍ ፡ ክንቲባ ፡
ወልደ-ልዑል ፡ አቶ ። ሸዑ ፡ ኸአ ፡ መጥፍኢቶም ፡ ኰይና ፡ ብእ-ብኣ ፡ ሐ
6. ሚሞም ፡ ሞቱ ፤ ክንቲባ ፡ ማሞ ፡ ግና ፡ ተር ፡ ይሎም ፡ ሐወዩ ። ክንቲባ ፡
ወልደ-ልዑል ፡ ከአ ፡ አብቲ ፡ ንኸንቲባ ፡ ማሞ ፡ እቶኺዕተ ፡ መቓብር ፡
ተቐብሩ ።

7. ካብኡ ፡ ሸመት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኸስቶስ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ ክንቲባ ፡ ማሞ ፡
ተመልሰ ። ድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ወዶም ፡ አብ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡
ሐለፈ ።

134. ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ፈትሖም ።

1. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሐመድ-ናይብ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ « ክንድዝን ፡
ክንድዝን ፡ ገንዘብ ፡ እንተ ፡ ሀብካኒ ፡ ይፈትሐልካ ፡ » ይሉ ፡ የሎም ። « እ
ንተኾነ ፡ ኸሳዕ ፡ እቲ ፡ ገንዘብ ፡ እችህበኒ ፡ ወድኻ ፡ ገዛ ፡ አትሕዘኒ ፡ »
ከአ ፡ የሎም ።





ሸዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ናብ ፡ ዐዶም ፡ ልኡኽ ፡ ልኢኾም ፡ ነቲ ፡ 2.
በዅሪ ፡ ወዶም ፡ ንአይተ ፡ ሰለሙን ፡ ጸውዕዎም ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ግ
ና ፡ « እምብለይ ፡ » ይሎም ፡ አበዩ ። አይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ 3.
ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ልቦም ፡ ምግባር ፡ አብይዎም ፡ ነቦአም ፡ ብዙሕ ፡ ይፈትው
ዎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ ከይተጸውዑ ፡ ባዕሎም ፡ ወረዱ ። ሸዑ ፡ ነሶም ፡ አ
ብ ፡ ክንዲ ፡ አቦአም ፡ ጸለቑ ፡ ሐለፉ ። ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ድማ ፡ ንወዶ 4.
ም ፡ ምስ ፡ አትሓዙ ፡ ናይብ ፡ ፈቲሖ ፡ « ኪድ ፡ ሸመትካ ፡ ሐዝ ፤ ንወ
ድኻ ፡ ኻብ ፡ እቶትሕዘናስ ፡ » ይሉ ፡ ሰደዶም ።

ብኡ-ብኡ ፡ ድማ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ንወዶም ፡ ገንዘብ ፡ ዐድዮም ፡ 5.
አውጽእዎም ።

ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ሐደጋ ፡ ተወድቀት ።

135.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸአ ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ካብ ፡ ማእሰርቶም ፡ ምስ ፡ 1.
ወጹ ፡ ንጻዕዳ-ኸስታን ፡ ክዘምቱ ፡ ይሎም ፡ ብምሸት ፡ ሐደጋ ፡ ወደቕዎ
ም ። አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ዐዲ ፡ ሐዲጎም ፡ ገይሾ 2.
ም ፡ ነበሩ ፤ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ግና ፡ « ዝመጸኒ ፡ የልበን ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡
ቤቶም ፡ ደቒሶም ፡ ከሎ ፡ ሰድራ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ገለን ፡ ብዝባን ፡
ናሕሲ ፡ ገለን ፡ ብዐንቀጽ ፡ ከበብዎም ። ነሶም ፡ ድማ ፡
3.
« አነ ፡ ሐጐስ ፤
አነ ፡ አባ ፡ ጠንቀስ ፤ »
ይሎም ፡ እናፈኸሩ ፡ መታን ፡ አብ ፡ ዐዶምኒ ፡ ናብ ፡ ቤቶምኒ ፡ ኸሞቱ ፡
ወጹ ። ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ከአ ፡ ዐዶይጠበ ፡ ሰብ ፡ ቈጽሎም ፡ ኰይኖ 4.
ም ፡ በብዘለውዎ ፡ አጸጽዋሮም ፡ አልዒሎም ፡ ደሊቶም ፡ መጽዎም ። ሸ
ዑ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ፤ ክሳዕ ፡ ጭፋእከላ ፡ ድ
ማ ፡ ሰጒጎዎም ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ እታ ፡ ዐዲ ፡ ካብ ፡ ምዝማት ፡ ደሓነት ። 5.
ዐዲ ፡ አውሊዖ ፡ አብ ፡ ገበሀል ፡ ምድሪ ፡ ዘርጠናይ ፡ ክንቲባ ፡ ዘር 6.

ኣይ ፡ ምስ ፡ ሰበም ፡ ኩናት ፡ እምቈሸም ፡ ከም ፡ ብሐጅሽ ፤ ገጠሙ ፤ እ
ሞ ፥ ተሳዕሩ ። አይተ ፡ ሰርጺ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፋ ፡ ኸአ ፤ ኣብኡ ፤
ሞተ ።

36. ውግእ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ።

1. ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ምስ ፡ ምሉእ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ኰ
ዩኖም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፥ « ንሕና ፡ አይንእምነኻን ፤ እሞ ፥ ሃባ ፡ ገዞ ፥
2. አትሕዘና ፥ » ይሎም ፡ ለአኹሎም ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፥ « እንተ ፡
ደሌኹም ፥ ነሳትኩም ፡ ድማ ፡ ሃቡ ፡ ገዞ ፤ ሓደ ፡ ኻባኹም ፡ አትሕዙ
ኒ ፥ » የልዎም ። ንሳቶም ፡ ከአ ፥ « ንወድኻ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ደአ ፡ ሃበና ፡ እ
3. ምበር ፤ ንሀብ ፥ » የሉ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ግና ፥ « እንተ ፡ ደሌኹም ፥ ን
ሰለሙን ፡ ደአ ፡ ውሰዱ ፡ እምበር ፤ ንሀብተ-ጼን ፡ ወጅይሲ ፡ አይሀብኒ ፤
ኩብ ፡ ንኡ ፡ ገሀብሲ ፥ እኺ ፡ እዋጋእ ፡ ደአ ፥ » ይሎም ፡ ብቍርጺ ፡ መለ
ሱሎም ፥ ኑሎም ፡ ደቆም ፡ ከነሶም ፥ ፈልዮም ፡ ግና ፡ ልዕሊ ፡ ኹሎም ፡
ንአይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ይፈትውዎም ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ። — —
4. ኩብኡ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ንጻዕዳ-ኽስታንኒ ፡ ንብዘለዉ ፡ እንዳ ፡ ገረ-
ኽስቶስኒ ፡ አኽቲቶም ፥ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ብሀገሩ ፡ አማሪቒቦም ፥ ሐ
5. ያሎ ፡ ኻብ ፡ ደቒ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ሕጆም ፡ ዐጠቑ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡
ከአ ፡ ዝርኽቦም ፡ አኽቲቶም ፡ ተሰለፉ ። ደጊም ፡ ኩብ ፡ ሀዘጋ ፡ ብዐዲ ፡ የ
6. ዕቖብ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ መንጽር ፡ ማይ-በላ ፡ ተዓጣጠቑ ። አማዕድዮም ፡
ለ ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፥ « እዚኣቶም ፤ አይኽኣሉን ፡ እዮም ፥ » ይሎም ፡ ፈ
ርሁ ። ልኡኽ ፡ ሰዲዶም ፡ ድማ ፥ « ንግሀ ፡ እንተ ፡ ተዋጋእኩስ ፥ መታን ፡
7. ስድራይ ፡ ከይውድኡ ፥ » ይሎም ፤ « ምሸት ፡ ንዋጋእ ፥ » የልዎም ። ሽ
ዑ ፥ ጸሓይ ፡ ክትዐርብ ፡ ከላ ፥ አብ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ገጠሙ ። አ
8. ብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሰዓሩ ። ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ኸአ ፥ « ዋይ ፤ ሕጅስ ፡ ን
ግሀ ፡ ዘይኾነለይ ፥ » ይሎም ፡ ተጠዓሱ ፤ እንተኾነ ፡ ኩብ ፡ ምሕላቕ ፡ ሰብ ፡





ጽቡቕ ፡ መኸሩ ። እቶም ፡ ጸላእቶም ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ ወጹ ፥ ከንቲባ ፡ 9.
ዘርኣይ ፡ ከአ ፥ « ንአይ ፡ ዘልከዋስ ፥ ንእም ፡ ክንት ፥ » የሉ ። — —
አብኡ ፡ አይተ ፡ ሐጐስኒ ፡ ሐዎም ፡ አይተ ፡ ወልደ-ኺዳንኒ ፥ ከም 10.
ኡ ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ ባርይኡን ፡ አይተ ፡ ግዴን ፡ አይተ ፡ አሴትኒ ፥ ሰለስ
ተ ፡ ደቒ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፥ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። ኩብ ፡ ዐጀይጠበ ፡ ኸአ ፡ እ
ኚ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘጉ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተኽላት ፥ ከንቲባ ፡ መስመርኒ ፡ ኸን
ቲባ ፡ ሕድሩን ፥ ክልቲ ፡ ደቒ ፡ ወልዳት ፥ ምስኣም ፡ ሀደሙ ። ከንቲባ ፡ ሸ 11.
ለንድሽ ፡ ከአ ፥ ወዲ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ክንፋት ፥ ሀዲሞም ፡ ከለዉ ፥ ሓደ ፡
በዓል ፡ ሀዘጋ ፥ « አብ ፡ ክንዲ ፡ ደም ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአ-ሐንስ ፥ » ይሉ ፥ ተ
መልኪቱ ፡ ናዕ ፡ አቢሉ ። ከንቲባ ፡ ምንኪኤል ፡ አትባሀሉ ፡ ኸአ ፥ ሓደ ፡ 12.
ዐቢ ፡ ሰብ ፥ በዓል ፡ ገጅረት ፥ አብኡ ፡ ሞተ ።
ኩብዚ ፡ ንነጅው ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ንሐማሴን ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓገዞ ። 13.

# V.

# ዐዷ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

7. ግዝኣት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

1. ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝገዝኦ፟ ፡ ዘበን ፡ አርብዓን ፡ አርባዕተን ፡ ዓመት ፡
እዩ፟ ። ምኹዓው-ቈሎ-ምላ፟ሸ ፡ ብዘሎ፟ ፡ ዝዚ.ኦም ፡ ከነሎ፟ም ፡ ብኸንትብነ፟ት ፡
ጥራይ ፡ አሕለፍዎ፟ ።
2. ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሃጥርኒ ፡ ዕቡ፟ይኒ ፡ ነበሩ ፤ እሞ፟ ፡ ብድሕሪኦም ፡ ከ
ምዚ ፡ ዝአመሰ፟ለ ፡ ምሰ፟ላ ፡ አውጽኡሎም ፤

ምስ ፡ አባ፟ ፡ ገረ-ወልዴ ፡ ዝወዓለ ፡ ይምኽ፟ን ፤
ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝወዓለ ፡ ይፋኽን ።

3. ደቒ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ እዚኣቶም ፡ እዮ፟ም ፤ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ በ
4. ጕራ ፡ ድሕሪኦም ፡ አይተ ፡ ሀብተ-ጼንኒ ፡ አይተ ፡ መንግስቱን ። እንተኸ
ን ፡ አጀ፟ታቶም ፡ ብበይኖን ፡ እዮ፟ን ። እምቤት ፡ ምሕሩ ፡ አጀ፟ ፡ አይተ ፡ ሰ
ለሙን ፤ ኩብ ፡ እ፟ገላ ፡ ሐጺን ፡ እያ፟ ።

38. ተረኽ፟ብ ፡ ዘረባ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ።

1. ሓደ ፡ ኻህን ፡ ተጸሪፉ ፡ ጸረፍቱ ፡ ሕጂ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ « ዳን
2. ዩኒ ፡ » ኸብሎም ፡ መጸ ። ንሶ፟ም ፡ ከአ ፡ ምስቶም ፡ ሰብ ፡ ነገሩ ፡ ሰሚዖም





ም ፡ ነቶም ፡ ነባሮ ፡ « ከሀን ፡ ዝጸረፈ ፡ እንታይ ፡ ይኸሕስ ! » ይሎም ፡
ሐተቱ ። እቶም ፡ ነባሮ ፡ ኸአ ፡ « ላም ፡ ሐሪድካ ፡ እቲ ፡ ሐጁ፟ሽ ፡ ቈርበ 3.
ት ፡ አብ ፡ ሑጻ ፡ ትሰጥሓ ፤ እሞ፟ ፡ ክንዲ ፡ እቲ ፡ ቌርበት ፡ ዘልዓሎ ፡ ክን
ዲኡ ፡ ቕርሺ ፡ ይኸሕስ ፡ ጐይታይ ፡ » የልዎ፟ም ። « ከሀን ፡ ዝቐተለኼ ፡ 4.
ክንደይ ፡ ይኸሕስ ! » ደጊሞም ፡ ሐተቱ ። እቶም ፡ ነባሮ ፡ ኸአ ፡ « ሚእ
ትን ፡ ዕስራን ፡ ከም ፡ ሰቡ ፡ » የልዎ፟ም ። ሽዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ « ተደ 5.
በ፟ቡ ፤ እሞ፟ ፡ ካብ ፡ ምጽራፉስ ፡ ምቕታሉ ፡ ይጀ፟ሐጀ፟ሽኒ ! » የሉ ።

ለውሃት ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። 139.

ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ሐንቲ ፡ ድኻ ፡ ዘመድ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ « ቅለ 1.
ቱኒ ፡ ጐይታይ ፡ » ክትብል ፡ አብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ መጸት ። እቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ 2.
ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነፍሳ ፡ ሐሽኩራ ፡ ርእሳ ፡ ሐሲኡ ፡ ገጻ ፡ ዐጢሩ ፡ እን
ተ ፡ ረአዩ ፡ ምእታው ፡ ከልእዋ፟ ። ንሳ፟ ፡ ኸአ ፡ « አአትዉኒ ፡ ደአ ፤ ንኸን
ቲባ ፡ ዘመዶም ፡ እየ፟ ፡ » ይላ ፡ ደጊ፟ ፡ ትጸ፟ንዕ ፡ ነበረት ።
ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ደጊ፟ ፡ ምስ ፡ ወጹ ፡ እታ ፡ ድኻ ፡ 3.
ሰበይቲ ፡ ድማ፟ ፡ ኸም ፡ ቀደማ ፡ « አአትዉኒ ፡ » ክትብል ፡ አብቲ ፡ አፍ ፡
አጀ፟ባባይ ፡ ደጡ ፡ ይላ ፡ ነበረት ። እቲ ፡ አጋ፟ፋሪ ፡ ኸአ ፡ « ካብዚ ፡ አልግ 4.
ሲ ፡ እታ፟ ፡ ሰበይቲ ፤ ይሔሸኺ፟ ፡ » የላ ። ንሳ፟ ፡ ኸአ ፡ « ዘመድ ፡ ከንቲባ ፡
እየ፟ ፤ አአትዉኒ ፡ ደአ ፡ » የለቶ፟ ። ንሱ፟ ፡ ድማ፟ ፡ « ጨርቂ ፡ ድርዕቶ፟ ፡ እቾ
ኸጀ፟ንዶ ፡ ኹይና ፡ ዘመዶም ፡ » ይሉ ፡ ደፍኣ ። ከንቲባ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ም 5.
ድፍኣ ፡ ርእዮም ፡ « እቶ፟ ፤ እንታይ ፡ ትገብሩ ፤ እቶ፟ ፤ እንታይ ፡ ትገብ
ሩ ! » የሉ ። እቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ ድማ፟ ፡ « ደሐን ፡ ጐይታይ ፤ ግዘ፟ዕ ፡ እኺ፟ ፡
አይከነን » የልዎ፟ም ። ከንቲባ ፡ ኸአ ፡ « እቶ፟ ፡ ንገሩኒ ፤ እንታይ ፡ ደአ ፡ 6.
እዩ፟ ! » ይሎም ፡ አንጸርጸሩ ። ሽዑ ፡ ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ዓቀ፟ይቲ ፡ የለ ፤
« ጐይታይ ፤ ሐንቲ ፡ ብላ፟ይ ፡ ድርዕቶ፟ ፡ እት፟ኸድኑት ፡ ድኻ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘ
መድ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ እየ፟ ፡ ይላ ፤ እሞ፟ ፡ ከልኪልናያ፟ ፡ » ይሉ ፡ ተዛረ

7· በ ። ነሶም ፡ ከአ ፡ « እእትዉዋ ፤ » ይሎም ፡ ቋረን ፡ ጥልፍን ፡ አኽደንዎ ፤
እሞ ፡ የሉ ፤ « ከላ ፡ ተደበቡ ፤ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ እምበር ፡ እቲ ፡ ብላይ ፡ ድ
ርዕቶዶ ፡ መኽሉኹም ፡ ዘመደይ ፤ » ይሎም ፡ ተዘረቡ ።

140. መሸሐዳር ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ።

1· ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ድሕሪ ፡ ኹናት ፡ ዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ንአይተ ፡
ሐጐስ ፡ ኢዶም ፡ እግሮም ፡ ሕጆም ፡ ትም ፡ ስለ ፡ ዘሉ ፡ ገለ ፡ አይገበር
ሎምኒ ። እንተኾነ ፡ ጽልኢ ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ክልቲአም ፡ አይተረፈን ።
2· ሓደ ፡ እዋን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ መታን ፡ መሸሐዳር ፡ ክበልዑ ፡ ን
3· ዐዲ ፡ ንአምን ፡ ወረዱ ። ሰብ ፡ ዐዲ ፡ ንአምን ፡ ድማ ፡ ዝብላዕኒ ፡ ዝስተ
ን ፡ ሒፋድ ፡ ከይተረፈ ፡ ሃብዎም ። ሐቢኦም ፡ ግና ፡ ንበጐስ ፡ ልኡኻት ፡
ሰዲዶም ፡ « ንዑ ፤ ሎም ፡ ንዘርአይ ፡ አብ ፡ ኢድኩም ፡ ክነውድቐልኩ
4· ም ፤ » የልዎም ። እቲአቶም ፡ ከአ ፡ ወያ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ኔሩዎ
5· ም ፡ ተልዒሎም ፡ መጹ ። ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ወሪአም ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፡ « አቻ ፤

ብላዐልን ፡ ሐጐስ ፤
ብታሕትን ፡ በጐስ ፤

እንካ ፡ ደአ ፡ አጽገቡኒ ፡ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

141. ሞት ፡ አይተ ፡ ናቡተ ።

1· በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ናቡተ ፡ እቶም ፡ ምንአስ ፡
ኮሎም ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ባሕርንጋስ ፡ በኹሩ ፡ ካብ ፡ ትግራይ ፡ ተመልሾም ፡
ምስ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ተመሓሒሎም ፡ ንተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጆም ፡
2· ነበሩ ። ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ጸዐዘጋ ፡ አ
3· ተውዎም ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ከምቲ ፡ ማሕልአም ፡ ንአይተ ፡ ናቡ





ተ ፡ ክድግፍዎም ፡ ደለዩ ፤ እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦአ
ም ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ « ሕደግ ፤ እንታይ ፡ ገበርናኻ ፤ » ይሎም ፡
ከልእዎም ። ዝበዝሐ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ርጉማት ፡ 4·
እዮም ፡ እሞ ፡ ንአይተ ፡ ናቡተ ፡ ጠሊሞም ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡
ወዓሉ ።

አይተ ፡ ናቡተ ፡ ግና ፡ ንገዛ ፡ ስድራን ፡ ገለ ፡ ሓደ ፡ ኽልተ ፡ ኸአ ፡
ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ሕጆም ፡ ብመዓልቲ ፡ ዐርቢ ፡ ንግሆ ፡ ገጠሙ ። አብኡ ፡ አይ 5·
ተ ፡ ናቡተን ፡ ከንቲባ ፡ ዘሩባቤል ፡ ወዲ ፡ መልከጻድቕኒ ፡ ከምኡ ፡ ድ 6·
ማ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልአት ፡ ክሳዕ ፡ ሰላሳ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሞቱ ፤ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡
ድማ ፡ ሰዓሩ ።

ሽዑ ፡ ኸምዚ ፡ ተደጒዒ ፤

7·

ሕድርትይ ፡ እዮም ፡ ዘሩባቤል ፡ ናቡተ ፤
እኸሊ ፡ ደሞ ፡ ይምንክል ፡ ከይሰወተ ፤
ጸዋማይ ፡ ደሞ ፡ ይመጡት ፡ ከየስዓተ ፤

ግዝኣት ፡ አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ።

142.

ራእስ ፡ ምንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ መንግስቶም ፡ አብ ፡ ወዶም ፡ እ
ብ ፡ ደግያት ፡ መልደ-ገብሪኤል ፡ ሐለፈ ። ደግያት ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ከ 1.
አ ፡ ሾብዐተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። ካብኡ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ዐሬት ፡ ሓ
ዙ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ ዕስራን ፡ ትሽዐተን ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። 2.
በዚ ፡ ግዜዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ እቶባህሉ ፡
ወዲ ፡ በኹሩ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ በዓል ፡ ኮዶ-ፈላሲ ፡ ሐሙአም ፡ ንራ 3.
እስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ካብ ፡ ሰብአይ ፡ ንሎም ፡ ካብ ፡ ራእሲ ፡ ግዝአት ፡ ሰራ
የን ፡ ሐማሴንኒ ፡ ተቐበሉ ። ነዚ ፡ አገልድምዚ ፡ እዩ ፡ እቶባህለ ፤
4·

አገልድም ፡ ወዲ ፡ በሹሩ ፤
ዐናጕሊ ፡ ዘመስል ፡ ዐረሩ ። — —

5. እኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ናብ ፡ አገልድም ፡ አተዉ ።
6. ለን-ጩዋ ፡ ግና ፡ አብዮም ፡ አብ ፡ ሕምብርቲ ፡ ሰለፉ ። ኸው ፡ አገል
ድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ጸውዕዎም ፡ መታን ፡ ክፍትን
7. ዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ ዝርኸብዎም ፡ ሰበም ፡ አኽቲቶም ፡ አብኦም ፡ አተዉ ።
አገልድም ፡ ድማ ፡ ብለን-ጩዋ ፡ « መን ፡ ዐቢ ፡ ሕጆም ፡ ደአ ፡ እዮም ፡
8. ቀርሕንቲ ፡ ጌሮም ፡ ዘለዉ ፤ » የሉ ። ክብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ በይና
ም ፡ ሕምብርቲ ፡ አትዮም ፤ « አጆኹም ፤ ደፈርኩም ፡ ደአ ፡ ተዋግኡ ፡
እምበር ፤ ንዒቕኩም ፤ ክንድቲ ፡ ዝአኽል ፡ አይተዳሉን ፤ » ይሉም ፤ አጃ
ናኒያምዎም ፡ አብ ፡ ሰፈሮም ፡ ተመልሱ ። አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ኸ
9. አ ፡ ሕምብርቲ ፡ አትዮም ፡ ተዋግእዎም ፤ እሞ ፡ ተሳዕሩ ። ክብኡ ፡ ንቲ ፡
ምኽሪ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዘይፈለጡ ፤ ክብ ፡ ናይ ፡ ቀደሞም ፡ አመ
ንዎም ። — —

10. ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ግዜ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ባዕሎም ፡ ንሹ
11. ዶ-ፈላሲ ፡ መጹ ። ኸው ፡ አገልድም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ራእስ ፡
ወልደ-ስላሰ ፡ አእተዉዎም ፤ ንሶም ፡ ከአ ፡ ብትሕቲ ፡ ሐሙኦም ፤ ብትሕ
ቲ ፡ አገልድም ፤ ንምሹዓው-ቁሉ-ምላሽ ፡ ክንገዙኡ ፤ ሃብዎም ።

142. ምግበር ፡ ደቀተሸም ።

1. ደቀተሸም ፡ ቀደም ፡ ግብሪ ፡ ሐጸይ ፡ እያሱ ፡ ዘይፈደዩ ፡ ነበሩ ።
2. ደሐር ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፤ ሀገር ፡ ክገብሩ ፤ ሹዶ-ፈላሲ ፡ ሰፈሩ ።
3. « ፈረሰኛታትኒ ፡ ጭቃታትኒ ፤ አተዉኒ ፤ » ይሉም ፡ አወጁ ፤ ዐቢ ፡ ዘበ
ለ ፡ ኸአ ፡ መጸም ። ንሶም ፡ ድማ ፡ በብሓደ ፤ « ክንደይ ፡ እዩ ፡ ግብሪ ፡
4. ሐጸይ ፡ እያሱ ፡ እትፈድይዎ ፤ » ይሉም ፡ ሐተቱ ። ክርንሸም ፡ ድማ ፤ ጕ





ርሓት ፡ እዮም ፡ እሞ ፤ « ሰለስተ ፡ ሚእትን ፡ ሐምሳን ፡ እዩ ፡ ግብርና ፤ »
የሉ ። ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፤ « እገዘስ ፡ ሐሶትኩም ፡ እዩ ፤ ሽሕኒ ፡ ሐሙ
ሽተ ፡ ሚእትን ፡ እዩ ፡ ግብርኹም » ፤ የልዎም ። ነሳቶም ፡ ድማ ፤ « ክብ ፡
እንርቻዕሲ ፤ » « ነሳትኩም ፡ ድማ ፡ ማዕሬና ፡ ኽትፈድዩ ፡ ትኽእሉን ፡ 5.
ይግብእኩምኒ ፡ እዩ ፤ « የሉ ። ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ድማ ፡ በቲ ፡ ኸርንሸ
ም ፡ ዘልዎ ፡ ግብሪ ፡ አውደቑ ።
ክንብሩ ፡ ኽንብሩ ፤ ደቀተሸም ፤ ብናይ ፡ ግብሪ ፡ አገባብራ ፡ ኽወዐዓሉ ፤ 6.
አብ ፡ ማይ ፡ ክብዲ ፡ ወፈሩ ፤ እሞ ፤ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዋና ፡ ሀዘጋን ፡ ጕ
ደበታታን ፤ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ዋና ፡
ጸዐዘጋን ፡ ጕደበታታን ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ዋና ፡
ጸዕዳ-ኽስታንኒ ፡ ጕደበታታን ፡ ኩይኖም ፡ መጹ ። አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ኸ
አ ፤ አሓ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ በዚሔንኒ ፡ ዐማረንኒ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፤ « መ 7.
ታን ፡ ከይፍቶዳ ፤ » ይሉም ፤ ተቓዳዲሞም ፤ « ንሕና ፡ ፈረቕኡ ፡ ንፈዲ ፤
እንተኸነ ፡ ወኸ-ድባ ፡ ምሳና ፡ ይፈቕዱ ፤ ዐዲ ፡ ቼንጽን ፡ ዐዲ ፡ ያዕቖብኒ ፡
ምሳኹም ፤ » የሉ ። ክንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ኸ
አ ፤ « ጽቡቕ ፡ እምበር ፤ እንታይ ፡ ከፊኡ ፤ » የሉ ። እቲ ፡ ሓደ ፡ ፍርቂ ፡ 8.
ኸአ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ክፈድይዎ ፤ በዚ ፡ ሰለስቲኦም ፡ ተመሐሓሉ ።

ሾብዐተ ፡ ኽንቸብ ፡ ጕዳይፍ ፡ ሰበርቲ ፡ ዐሬት ። 144.

ብዘበን ፡ ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡
ሞተ ። አብ ፡ መንልቲ ፡ ቐብሩ ፡ ኸአ ፡ ብዙሓት ፡ መኳንንቲ ፡ ተአከቡ ፤ 1.
ክምኡ ፡ ድማ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ተአኪቡ ፡ ወዓለ ። ክብ ፡ ጕዳይፍ ፡ ጥራ 2.
ይ ፡ ሾብዐተ ፡ ኽንቸብ ፡ መጺኦም ፡ ነበሩ ።
እዚኣቶም ፡ ክንትብንቶም ፡ ክብ ፡ ናይብ ፡ እቶቐበሉ ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፤
በዚ ፡ ግዜ ፡ ብዙሕ ፡ ዕቤት ፡ አይነበሮምኒ ፤ እንተኸነ ፡ ኒሕ ፡ አይተረ 3.

4. ፈን ። አብቲ ፡ እጆራኸ ፡ ቀብሮ ፡ ዝአትዉሉ ፡ ሐንቲ ፡ ዐራት ፡ ጥራይ ፡
ስለ ፡ ዝነበረት ፡ ንኣ ፡ ቐረቡሎም ፡ ሾብዐቲኦም ፡ ከአ ፡ « ስጋይ ፡ ስጋኻ ፡ »
5. ዘይብሉ ፡ ተቐመጥዋ ። ብድሕሪኦም ፡ ከአ ፡ እቶም ፡ ዐቢ ፡ ገዛኢ ፡ ከንቲ
ባ ፡ ዘርኣይ ፡ መጺ ፤ ንሰም ፡ ድማ ፡ ዐራት ፡ ብዙሓት ፡ ብቐደሞም ፡ ስለ ፡
ዘይፈተዉዋ ፡ ምስኦም ፡ ከፍ ፡ ምቢል ፡ አበዩ ። ድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡
ቤት ፡ ንኦም ፡ ዝኸውን ፡ ዐራት ፡ ስለ ፡ ዘይነበረ ፡ መምበር ፡ ቀረቡሎም ።
6. እቶም ፡ ሾብዐተ ፡ ኸንቸብ ፡ ከአ ፡ ምዕይዕይ ፡ ክብሉ ፡ እታ ፡ ኸፍ ፡ ይሎ
ሙላ ፡ ዝነበሩ ፡ ዐራት ፡ ኰረም ፡ ይላ ፡ ተሰብረት ።
7. በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንሰብ ፡ ጕዳይፍ ፡ « ሰበርቲ ፡ ዐራት ፡ » ይሎም ፡
8. የላግጹሎም ። አብ ፡ ዙሎ ፡ ሐማሴን ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐራት ፡ ክል
ቶ ፡ ሰለስተ ፡ ኸፍ ፡ እንተልዎ ፡ ክልእ ፡ ሰብ ፡ « አታ ፤ ዐራት ፡ ሰብ ፡ ጕዳ
ይፍ ፡ ትገብርዎ ፡ ኢኹም ፡ » ይብሎም ። እዚ ፡ ኸሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ ይ
በሀል ፡ አሎ ።

145. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ መጺ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ከአ ፡ ሸዓ ፡
2. ድሕሪ ፡ ግዝኣት ፡ አቦኦም ፡ ንዐጋሚ ፡ ኸይዶም ፡ አብኡ ፡ ዐበዩ ። ደሐር ፡
አገልድም ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ራእስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ነቲ ፡ ቅድ
ም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሂቦምዎ ፡ ዝነበሩ ፡ ሕጂ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-
መድህን ፡ ሃብዎ ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ሸመት ፡ አቦታቶም ፡ ክሕዙ ፡ አብ ፡ ሐማ
3. ሴን ፡ መጹ ። ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ግና ፡ « አነ ፡ ኸሎኹ ፡ » ይሎም ፡ አይ
ተገዝኡሎምኒ ። – –
4. በቲ ፡ መጀመርያ ፡ ምምጽኦም ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ አይ
ተ ፡ ገረ-መስቀል ፡ እትባሀሉ ፡ ወዲ ፡ ሳምሩ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ በዓል ፡
ዐረዛ ፡ « ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከትዓርቐኹም ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ እሞ ፡
5. ኳሎም ፡ ሂቦም ፡ አመርዓዉሎም ። ክብኡ ፡ « ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ንኸንቲባ ፡





ዘርኣይ ፡ ይኹን ፡ ተኸሌ-ዐገባ ፡ ድማ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፤ በ
ዚ ፡ ተዓረቹ ፡ » ይሎም ፡ ፈረዱሎም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ግና ፡ 6.
እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብልቦም ፡ ጕሀዮም ፡ « አታ ፤ የላግጹለይ ፡ ደአ ፡
እዮም ፡ ዘለዉ ፡ » ይሎም ፡ ነዚ ፡ ዕርቅዚ ፡ ነዓቕዎ ። ኵርዮም ፡ ድማ ፡
« ኳልኩም ፡ ሰዱ ፡ » ይሎም ፡ ሰደድዎ ።
ክብኡ ፡ ንነጀው ፡ ዐረዛ ፡ ሻራ ፡ ሀዘጋ ፡ ኾኑ ።
7.

ውግእ ፡ አይት ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምስ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ። 146.

አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ጥንትግ ፡ ይቐግ 1.
ኡ ፡ ነበሩ ። ክብ ፡ ብዝሒ ፡ ውግኦም ፡ እትላዕለ ፡ እኺ ፡ መኸኑን ፡ መዓል
ቱን ፡ ክቜጽር ፡ ዝኽእል ፡ የልቦን ። እንተኸነ ፡ እቲ ፡ ሐድሓደ ፡ ዝወዓሉ 2.
ሉ ፡ መኸን ፡ ምንም ፡ ብተርትኡ ፡ ደአ ፡ አይኸውንኒ ፡ እምበር ፤ ክብኡ ፡
ገለ ፡ ኸስሙዩ ፡ ዝኽእሉ ፡ አለዉ ።
ክብኡ-ኽብኡ ፡ አብ ፡ ዐደባ-ዝሐንስ ፤ አብ ፡ በረንተንቲ ፤ አብ ፡ ዐሰ 3.
ልዳይት ፤ ሓደ ፡ ግዚ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ጅግና ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ሐሸከ
ሮም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሐጕስ ፡ ወዲ ፡ ልብሱ ፡ እትባሀለ ፡ ዝሞተሉ ፡
ሽም ፡ እታ ፡ መኸን ፡ ክሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ « ሙማት-ወዲ-ልብሱ ፡ » ትበ
ሀል ፡ ዘላ ፤ አብ ፡ ማይ-ብላ ፡ አብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አብ ፡ ማይ ፡ ኳይላ ፡
አብ ፡ ምድሪ ፡ ስግር ፤ አሰላፍ ፡ ወልደ-ኽስቶስ ፡ ዝሞተሉ ፡ ኸአ ፡ አዝሐ
ቶ ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ብዙሕ ፡ ክልእ ፡ ስፍራ ፡ ተ
ዋግኡ ።
በዚ ፡ ኸሎ ፡ ኸአ ፡ ድል ፡ ብዐብዩ ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነበረ ። 4.
አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ግና ፡ ተስዒሮም ፡ ክነሶም ፡ አይተገዝኡን ፤
እቲ ፡ ናይ ፡ አቦታቶም ፡ እናዘከሩ ፡ ፈርገጽገጽ ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ። ብዛዕባ 5.
ዚ ፡ ሓደ ፡ ገጣሚ ፡

« ሰኑይ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሰሉስ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ረቡዕ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሐሙስ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ዐርቢ ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ቀዳም ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤
ሰምበት ፡ ተዋጊኡ ፡ ዘይፈግድ ፤ »

የሉም ።

## 147. ጋሮ ፡ ዑና ፡ ጠወቅ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡ አይተ ፡ ሐጐስኒ ፡ ብፍቅርን ፡ ሰላምን ፡
2. ነበሩ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ጥራይ ፡ ካብ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ጻዕዳ-ክስታንን ፡ ብጋሮ ፡ ተ
ራኸቡ ፤ እሞ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ « ጻዕዳ-ክስታን ፡ ወደቑና ፡ » ሰብ ፡ ጻዕዳ-
ክስታን ፡ ድማ ፡ « ጸዐዘጋ ፡ ወደቑና ፡ » ተበሃሂሎም ፡ ብአውያት ፡ ወጹ ።
3. እም ፡ አብ ፡ ዑና ፡ ጠወቅ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡
4. ተኽላት ፡ ካብ ፡ ዐጀይጠበ ፡ ሞተ ፡ አበ ፡ ኽንቲባ ፡ ወልደ-ልዑል ። ጸዐዘ
ጋ ፡ ግና ፡ ተሳዕሩ ፤ አሰላፍ ፡ ዳንግሽ ፡ ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ክንፉ ፡ ኽአ ፡ ናብ
5. ኡ ፡ ሞተ ። ጻዕዳ-ክስታን ፡ ድማ ፡ ሰዒሮም ፡ ክልእ ፡ ጕድኣት ፡ ከይገበ
ሩ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

## 148. ውግእ ፡ ድባርዋ ።

1. ራእስ ፡ ወልደ ፡ ስላሰ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ ደጃዝማት ፡ ገረንኪኤል ፡ እተባህ
2. ሉ ፡ ተምቤናይ ፡ ሽድሽተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። አብ ፡ መንግኡ ፡ ኽንቲባ ፡
ዘርኣይ ፡ ናብኦም ፡ አተዉ ፤ እሞ ፡ ግብረ ፡ ኽሀቡ ፡ ብቕን ፡ መስቀል ፡ ን
ትግራይ ፡ ከዱ ። ደጃዝማት ፡ ገረንኪኤል ፡ ድማ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐቢሎም ፡
ሽመት ፡ ምኽዓው-ቈሎምላሽ ፡ መለሱሎም ።





ክብኡ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ተሐኾሾም ፡ ክምለሱ ፡ ኽለዉ ፡ አብ ፡ 3.
ዐዶም ፡ ልኡኽ ፡ ሰዲዶም ፡ ንደቆም ፡ « አብ ፡ ድባርዋ ፡ ተቐበሉኒ ፤ ጋ
ማ ፡ ኽእኸር ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ ለአኽሎም ። ደቆም ፡ ከአ ፡ ሰበም ፡ አኽ 4.
ቲቶም ፡ ንድባርዋ ፡ ኽሐልፉ ፡ ኽብሉ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድ
ማ ፡ ዝርኸቦም ፡ አኺቦም ፡ ብገስጋስ ፡ መጺኦም ፡ አብቲ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ኽ
ሳድ ፡ ሕጆም ፡ ከረፍዎም ። ሽዑ ፡ አብ ፡ ድባርዋ ፡ እተዋግኡሉ ፡ አይተ ፡ 5.
ተወልደ-መድህን ፡ ሰዓሩ ፤ ሰለስቲኦም ፡ ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ድማ ፡
ሀዲሞም ፡ ወጹ ።

አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ « ረኺብክዎ ፡ » ይሎም ፡ ንሀዘጋ ፡ 6.
ኽዘምቱ ፡ ሰዓቡ ። እንተኾነ ፡ ሓደ ፡ ጅግና ፡ ሽሬፍ ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ሕ 7.
ድሬት ፡ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ፍሬ ፡ ምኽእ ፡ « አነ ፡ ሽሬፍ ፡ » እናለ ፡ ሀዘጋ ፡
አቶ ፤ እሞ ፡ ንሰብኡትኒ ፡ አንስትን ፡ አረጋውትን ፡ ቀለውዕኒ ፡ ዘበሉ ፡
ብአውያት ፡ አኺቡ ፡ ተዋግኦም ። አብኡ ፡ ሀዘጋ ፡ ሰዓሩ ። -- ጸዐዘጋ ፡ ኽ 8.
አ ፡ ከሀድሙ ፡ ኽለዉ ፡

« ሽሬፍ ፡ ሕብ ፡ ሀዘጋ ፤
ሽሬፍ ፡ ሕብ ፡ ጸዐዘጋ ፤ »

የሉ ።

ክንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ደቆም ፡ አብ ፡ ድባርዋ ፡ ከም ፡ ዘይተቐበል 9.
ዎም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ « እንታይ ፡ ኮን ፡ ረኺብዎም ፡ » ይሎም ፡ አቕኒዖም ፡
ሽኸቲ ፡ አተዉ ። አብኡ ፡ ኽአ ፡ ደቆም ፡ ተዋጊኦም ፡ ከም ፡ እተሳዕሩ ፡
ሰምዑ ። ድሕርዚ ፡ ነሶም ፡ ጕሀዮም ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ፈሪሆም ፡ ከም ፡ 10.
ሀድምድሞት ፡ ጌሮም ፡ መገዲ ፡ ጸይቖም ፡ « እሕ ፤ ዐደይ ፡ ከአ ፡ ተተኹ
ሻ ፡ ትኸውን ፡ » እናሎ ፡ ብዐዲ ፡ መርዓዊ ፡ ጌሮም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ። ሽ
ዑ ፡ ግና ፡ አማዕድዮም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ከም ፡ ዘይተተኰሰ ፡ ምስ ፡ ፈለጡ ፡
ተስፉ ፡ ገዝኡ ። ሽዑ ፡ « አብ ፡ ድባርዋ ፡ ተሰዓርና ፤ እንተኾነ ፡ ብግምባር 11.
ኩም ፡ ከአ ፡ ክዘምቱና ፡ ይሎም ፡ እንተ ፡ መጹና ፡ አብዛ ፡ ዕዳጋ ፡ ናይ ፡

ዐድና ፡ ሰብአይና ፡ ሰበይትና ፤ አረጊትና ፡ ቈልዓና ፡ ሰሊፍና ፡ ተዋጊእና ፡
ሰዓርናዮም ፡ » የልዎም ። ...

12. ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ኣብ ፡ ናይብ ፡ ኣትዮም ፡ ኩቡኡ ፡ ሐ
ያሎ ፡ ብረትኒ ፡ አጽዋርኒ ፡ ሒዞም ፡ መጹ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡
ድማ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ብማዕዶ ፡ ፈሪሆም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ። ብ
13. ድሕሪኡም ፡ ከአ ፡ ኸንቲባ ፡ አልመዶም ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወ
ዱ-ወዶም ፡ ንባሕር-ንጋስ ፡ ዕቍባት ፡ ኩብ ፡ እንዳ ፡ ተኸለ-ሃታትዮስ ፡ ምስ
ሉንንት ፡ ተኸለን ፡ ዐገብን ፡ ጃስ ፡ ሾብዐተ ፡ ዐንሰባ ፡ ጠቕሊሎም ፡ ሓዙ ።

149. ሞት ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ።

1. ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ከአ ፡ ኸም ፡ ንቡር ፡ በብመስቀል ፡ ገጽ ፡ ጐይትአ
ም ፡ ክርአዩ ፡ ኢድ ፡ ድማ ፡ ኸነስኡ ፡ ንትግራይ ፡ ይኸዱ ፡ ነበሩ ። ብድሕ
ሪኦም ፡ ድማ ፡ ደቆም ፡ እኒ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ አቦአም ፡
ሀገር ፡ የስታናብሩ ፡ ነበሩ ።

2. ሓደ ፡ እዋን ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ ጐይትኦም ፡ ከለዉ ፡ አይተ ፡
ሐጐስ ፡ ከአ ፡ « ግበርዎ ፡ » ይልዎም ፡ ኩብ ፡ ጻዕዳ-ኸስታን ፡ ዐልዮም ፡
አብ ፡ እምኒ ፡ ጸሊም ፡ ተሰለፉ ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ሰቦም ፡ አኸቲ
3. ቶም ፡ ዝሓዙ ፡ ሒዞም ፡ ከዋግእዎም ፡ መጹ ። ምስ ፡ ገጠሙ ፡ አይተ ፡ ሐ
ጐስ ፡ ተወግኡ ፤ እሞ ፡ ሐይሎም ፡ ልቦም ፡ ጠፍኤ ፤ እቲ ፡ ሕዝብ ፡ ከአ ፡
አብ ፡ ኰረሻ ፡ አቶ ። ወያ ፡ ባገዛ ፡ ኸአ ፡ ዝገትአላ ፡ ስኢና ፡ አብ ፡ መገ
4. ዲ ፡ አጽንሐቶ ። እቶም ፡ ጸላእቲ ፡ ድማ ፡

« ፈረሰይ ፡ ጻዕዳ ፤
እዝገይ ፡ ጸዓዳ ፤ »

ይሎም ፡ አርኪቦም ፡ አዳገምዎም ፤ እሞ ፡ ሞቱ ።

5. ኩቡኡ ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ባድጎ ፡ ንሽመት ፡ እንዳ ፡
6. ገረ-ኸስቶስ ፡ ብሒቶም ፡ ሓዝዋ ። መወዳእትኡ ፡ ድማ ፡ ክህናት ፡ መጺአ





ም ፡ ንዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሐጐስኒ ፡ ዐረቕዎም ። ጓ
ል ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡ ወዘሮ ፡ ተመርጺ ፡ እትባህለት ፡ አብ ፡ አይ
ተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ተአቶት ።

ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ገዛኢ ፡ ኸኑ ። 150.

አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ዐጋሜ ፡ ኸይዶም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ 1.
ሽባጋድሽ ፡ አተዉ ። ንሶም ፡ ድማ ፡ ብጽቡቕ ፡ ገጽ ፡ ተቐቢልዎም ።
ክጸንሑ ፡ ኸጸንሑ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ገረንኪ
ኤል ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ፡ ቀቲልዎም ፡ ድማ ። ኩቡኡ ፡ ንሶም ፡ ዐራ 2.
ት ፡ ትግራይ ፡ ሒዞም ፡ ትሽዐተ ፡ ዓመት ፡ ገዝኡ ። አይተ ፡ ተወልደ-መ
ድህን ፡ ከአ ፡ ምስኦም ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡ ውዒሎም ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ ኸኑ 3.
ሉ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ብዙሕ ፡ ፈተው
ዎም ፤ ሽመት ፡ አቦታቶም ፡ ከአ ፡ መለሱሎም ፤ ጓሎም ፡ ድማ ፡ ሃብዎም ፡
ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ እትባህለት ።

አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ንአ ፡ ሒዞም ፡ ዐዶም ፡ መጹ ። 4.

ማእሰርቲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ 151.

ድሕሪ ፡ ገለ ፡ አዋርሕ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ንአይተ ፡ ተወልደ-መ
ድህን ፡ ጸውዕዎም ። ሽዑ ፡ ንሶም ፡ አስሒትዎም ፡ ምኽደ ፡ አበዩ ። ሰበ 1.
ይቶም ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ግና ፡ ኸም ፡ ንቡር ፡ ከም ፡ ግቡር ፡ ንእንዳ ፡ አ 2.
ቦኤን ፡ ተመልሳ ፤ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ጸኒሖም ፡ ሰዓብዋን ።
ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ድማ ፡ ቀይዶም ፡ ጸዊዮምዎም ፡ አብዮም ፡ ስለ ፡ ገነ
በሩ ፡ ሕጂ ፡ ብምኽንያት ፡ ሰበይቶም ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ አሰርዎም ። አብ ፡ 3.
መንጎዚ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ 4.
አተዉ ፤ እሞ ፡ « ዐዲኻ ፡ ግዛእ ፡ » ይሎም ፡ ሰደድዎም ።

5. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከም ፡ እተአስሩ ፡ ኸአ ፡ ወረ ፡ ናብ ፡ ሰ
በይቶም ፡ በጽሔ ። ሽው ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኸይደን ፡ ነቦኤን ፡ « ሐቂ ፡ ድ
6. ዩ ፤ ነሸኽን ፡ አሳሪ ፡ አኒን ፡ ተአሳሪት ፤ » የልአም ። በዚ ፤ ኸምዚ ፡ አይ
ተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ወርሒ ፡ ዝአኽል ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፡ ተፈትሑ ፤ ድ
7. ሕሪ ፤ ምፍትሖም ፡ ከአ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። ሽመት ፡ ግና ፡ ምዅዓው-
ቋሎ-ምላሽ ፡ አብ ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ነበረ ፤ ነሶም ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ቀደሞ
ም ፡ ግዝኣቶም ፡ አጽንዑ ።
8. ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኸአ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አቦኤን ፡ ከለዋ ፡ ወዲ ፡ ወለዳ ፡
አላ ፡ እተባህለ ። አብኡ ፡ ምስ ፡ ተጠመቐ ፡ ንዐዲ ፡ ሰብአየን ፡ መጻ ።

## 152. ደቂ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ።

1. ደቂ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ አይተ ፡ ገረ-
ማርያምን ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሬኤልን ፡ አይተ ፡ አላን ፡ እዮም ።
2. ኩቡአም ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ወዲ ፡ ሔማ ፡ እዩ ፤ ወዲ ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፤
3. ወዲ ፡ ጓሎም ፡ ንደግያት ፡ ኸባጋድሽ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡
ኹብ ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ኸልተ ፡ አዋልድ ፡ ደገሙ ፤ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ብንእ
ሽቶአ ፡ ሞተት ፤ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ግና ፡ ወዘሮ ፡ እሌን ፡ አበለት ።
4. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ኩብ ፡ ሐንቲ ፡ ኻልእ ፤
ጼኑ ፡ እተባህለት ፤ ከም ፡ ሰይት-ወሰን ፡ ዝነበረት ፤ ንአይተ ፡ ገረ-ማርያም
ን ፡ ንአይተ ፡ ወልደ-ገብሬኤልን ፡ ወለደ ።
5. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድቓላ ፡ እዮም ።

## 153. እንዳ ፡ እኖ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ።

1. አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፤ አብ ፡ ዐጋሚ ፡ ኸለዉ ፡ ብጕብዝንአም ፤
ኩብ ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ እተባህሉ ፤ በዓል ፡ ብኸት ፤ ሰበይቲ ፤
2. ሰብአይ ፡ ክንሳ ፤ ወዲ ፡ ወለዱላ ፤ ሃይሉ ፡ እተባህለ ። አቡኡን ፡ አዲኡን ፡





ከአ ፡ ቆጅም ፡ ወዲ ፡ እቲ ፡ ሰብአያ ፡ አምሲሎም ፡ ሐቢአምዎ ፡ ነበሩ ፤
እንተኸነ ፡ ኸልቲአቶም ፡ ብልበም ፡ ወዲ ፡ መን ፡ ምዃኑ ፡ ይፈልጡ ፡ ነ
በሩ ። ደሐር ፤ አጀ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ሞተት ፤ አይተ ፡ ተወልደ- 3.
መድህን ፤ « እዚ ፡ ወጀይ ፡ ዘኸቲሙ ፡ ኸጠፍአኒ ፡ እዩ ፤ » ይሉም ፤ « ሃ
ቡኒ ፡ ወጀይ ፤ » እናሉ ፡ አብ ፡ አቦታት ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ይልእኩ ፡ ነበ
ሩ ። እንተኸነ ፡ እቶም ፡ ወለዲ ፤ « ንዐባዩ ፡ ጨና ፡ ደአ ፡ ይኸና ፤ » ይሎ 4.
ም ፡ ይኽልእዎም ፡ ነበሩ ።
ብድሕርዚ ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኹብ ፡ እንደ ፡ እ 5.
ኖአም ፡ አምጽአም ።

## ሐበላ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 154.

ምኽንያት ፡ እቲ ፡ ሐባል ፡ መበሊአም ፡ እዚ ፡ እዩ ። 1.
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብንእሽቶአም ፡ ከለዉ ፤ ናይ ፡ ደቂ ፡ ሐመሙ ። ዝ 2, 3.
ናብዮም ፡ ዘይብሎም ፡ ኰይኖም ፡ ከአ ፤ ዐይኖም ፡ እንተ ፡ አሰሓዮም ፤
ማይ ፡ ወሪዶም ፤ ብገሊዶ ፡ ጌሮም ፡ ክሐኹ ፡ ኸብሉ ፤ ሐንቲ ፡ ዐይኖም ፡
አንተዑ ።

## ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቦአም ፡ አምጽአም ። 155.

ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ እተባህለ ፡ ሰብአይ ፤ አብ ፡ መንሳዕ ፡ ከምዚ ፡ ይ 1.
ሉ ፡ የዘርብ ፡ ነበረ ።
ንደግያት ፡ ሃይሉ ፤ ብንእሽቶአም ፡ አብ ፡ ዐጋሚ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ እኖ 2.
አም ፡ ከለዉ ፤ አቦአም ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፤ « መን ፡ ሀብሮም ፤
ንወጀይ ፡ ኩብ ፡ ዐጋሚ ፡ ኩብ ፡ እንዳ ፡ እኑኡ ፤ ዘምጽአለይ ፤ » የሉ ። ሐ
ጂ ፡ መሐመድ ፡ ከአ ፡ ዕሉል ፡ ጕሒላ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፤ « አነ ፡ ሰሪቐ ፡ አም 3.
ጽአልኩም ፡ ጕይታይ ፤ » የለ ። « ሕራይ ፤ ኪድ ፤ እግዚአብሄር ፡ ይደግ

ፍክ ፡ » የልዎ ፤ እሞ ፡ « መታን ፡ ከተለልዮ ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ዐይኑ ፡ ሐበ
4. ል ፡ እያ ፡ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ሳእኑ ፡ ቐጺዑ ፡ ኩናቱ ፡ ሐጂ ፡ ናብ ፡ ዐ
ጋሚ ፡ ኸደ ።

5. ብታ ፡ ዝሐበሎሉ ፡ ኸአ ፡ ናብታ ፡ ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ዘለውዎ ፡ ገዛ ፡ መ
6. ጺኡ ፡ ተጕሓሎ ፤ እሞ ፡ ሓደ ፡ ሐበል ፡ ቈልዓ ፡ መጸ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ « ወ
ዲ ፡ መን ፡ ኢኺ ፡ ወጀይ ፡ » የሎ ። ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ « ወዲ ፡ አይ
7. ተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ሐማሴናይ ፡ እየ ፡ » የልዎ ። ሐጂ ፡ መሐመድ ፡
ከአ ፡ ማዕተብ ፡ ምስ ፡ ቀለቤት ፡ ብሩሩን ፡ ምሌንጊ ፡ ተማሊኡ ፡ ነበረ ፤ እ
8. ሞ ፡ « እዚ ፡ ኸህበኸ ፤ ጽባሕ ፡ አብዛ ፡ ኸምዚእ ፡ ምጸኒ ፡ » የሎም ። ነሰ
ም ፡ ከአ ፡ ሐሪዱ ፡ ይሎም ፤ ምድሪ ፡ ምስ ፡ ወግሔ ፡ አብታ ፡ እትበሀሃል
ዋ ፡ መጹ ። ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ድማ ፡ እናዛናግዔ ፡ አርሓቖም ፤ ደሐር ፡
አቲ ፡ ማዕተብ ፡ ምስ ፡ ቀለቤት ፡ ብሩሩን ፡ እቲ ፡ ምሌንጊ ፡ ሂቡ ፡ ሐጅል
9. ዎም ፡ ተበቈሰ ። ደሐር ፡ አብ ፡ ርባ ፡ ሰብ ፡ ረኸቦ ፤ እሞ ፡ « ንእንዳ ፡ አበ
ሐን ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ ጠፌኡና ፡ ይልኩም ፡ ከይትደልዩ ፡ ናብ ፡ አቡኡ ፡
ናብ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ሐማሴናይ ፡ ወሲደዮ ፡ የለኹም ፡ መሐ
መድ ፡ ይልካ ፡ አስምዐለይ ፡ » ይሉ ፡ ለአኽ ።

10. ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ እናሐዘለን ፡ እናሳለን ፡ አብ ፡ አቦአም ፡ አ
ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አብጽሖም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ ተሐቘፎም ፡
አሓን ፡ በቕልን ፡ አቕሩኸኒ ፡ ሃብዎ ።

11. ክጸንሐ ፡ ኸጸንሑ ፡ ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ዐብዩም ፡ በዓል ፡ ነጋሪት ፡ ኰ
ይኖም ፡ ከዘምቱ ፡ በረኻ ፡ ወረዱ ፤ እሞ ፡ አሓ ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ከአ ፡
12. አብኡ ፡ ኔረን ፡ ተዘምታ ። ሽው ፡ ሐጂ ፡ መሐመድ ፡ ተዓጢቑ ፡ ሴፉን ፡
ገለቡን ፡ ሐጺ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ፡ ከጠርዕ ፤ እሞ ፡ ከምዚ ፡
13. የሎም ፤ « እግዚአብሄር ፡ የርኢኹም ፡ ክርስቶስ ፡ የመልክትኩም ፡ ጕይ
ታይ ፤ ከመዮ ፡





ዘዐቤኽዎ ፡ ኸልበይኒ ፡ ነኸሰኒ ።
ዝአመንክዎ ፡ ፈረሰይኒ ፡ አውደቐኒ ።
ዝሐዘልክዎ ፡ ውሉደይ ፡ ቀተሰኒ ።

ዝብልዎ ፡ በጽሐኒ ፡ » የሎም ። ነሰም ፡ ከአ ፡ « እንታይ ፡ ኴንካ ፡ » የልዎ ። 14.
ነሱ ፡ ኸአ ፡ « ብቈልዓኻ ፡ ኸሎኻ ፡ ሃይሉ ፡ ሐበል ፤ ሐዚለን ፡ አሳልየን ፡
ካብ ፡ ዐጋሚ ፡ ናብ ፡ ዐድኻ ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አእቶኹኻ ፤ ሎሚ ፡ ዐቢኻ ፡
ነጋሪት ፡ ሐጅካ ፡ አሓይ ፡ ዘመትካዮን ፡ » የሎም ። ነሰም ፡ ከአ ፡ « ቀደም ፡ 15.
ቈልዓ ፡ ኔረ ፡ እዚ ፡ ኸሉ ፡ አይፈለጥክዎን ፤ ሐጅን ፡ ከአ ፡ አሓኻ ፡ አለ
ዊኻ ፡ ውሰድ ፡ ካብተን ፡ ናተይ ፡ እኺ ፡ ሐሪኻ ፡ ወስኽ ፡ » የልዎ ። ሽዑ ፡ 16.
አሕኡ ፡ ሐጂ ፡ ዐዱ ፡ ተመልሰ ።

ባድጎ ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ወግአ ። 156.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ንሓደ ፡ በዓል ፡ ዐ 1.
ዲ ፡ ረዳ ፡ አሰርዎ ። ተአሲሩ ፡ ኸሎ ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ መሊቑ ፡ ዐዜን ፡ አ
ቶ ፤ አብ ፡ እንዳ ፡ ሳምሩ ፡ ወዲ ፡ ዕቍብ-ገርግሽ ፡ እትብሀለ ፡ ዐቢ ፡ ሰብአ
ይ ፡ ተማዕቄበ ። ሳምሩ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ክንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከይዱ ፡ « እሱ 2.
ር ፡ አብ ፡ ቤተይ ፡ አትዩ ፤ እሞ ፡ ምሓሩለይ ፡ » ይሉ ፡ ለመነ ። ነሰም ፡ ከ
አ ፡ « አምጽአዮ ፡ ደአ ፡ » ይሎም ፡ መለሱሉ ፤ ነሱ ፡ ግና ፡ « ካብ ፡ ዕቍ
ብ ፡ ዝሀብሲ ፡ ሞት ፡ ይሒሸኒ ፡ » ይሉ ፡ ኸልአም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡
ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ምስ ፡ ዐዜን ፡ ተቐማኡ ፡ ተሳዕሩ ፡ ኸአ ። ነሰም ፡ ሀዲ 3.
ሞም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ፤ ሳምሩ ፡ ኸአ ፡ ፈሪሁ ፡ ዐዱ ፡ ሐዲጉ ፡ ዐዲ ፡ ሐ
ውሻ ፡ ተቐመጠ ።

ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ « ንሳምሩ ፡ ዝቕተለለይ ፡ መጋርያ ፡ ሳ 4.
ም ፡ እህበ ፡ » ይሎም ፡ አልፈፉ ። ሓደ ፡ ባድጎ ፡ እትብሀለ ፡ ኸአ ፡ ሐሽከ 5.
ሮም ፡ ንኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ « አነ ፡ ኽቕትሎ ፡ » ይሉ ፡ ኸደ ። ናብ ፡ ዐዲ ፡
ሐውሻ ፡ ኸይዱ ፡ ከም ፡ ጋሻ ፡ ተመሲሉ ፡ እንዳ ፡ ሳምሩ ፡ አቶ ፤ ከም ፡ ግ

6. ልዩኦም ፡ ኰይኑ ፡ ቐኘ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ሳምሩ ፡ ግዳም ፡ ክወጽእ ፡ ከሎ ፡
ባድጎ ፡ ሴፉ ፡ ተሸኺሙሉ ፡ ወጸ ፤ ሳምሩ ፡ ተዘንጊዑ ፡ ኸሎ ፡ ብሴፉ ፡ ጌ
7. ሩ ፡ ቐተሎ ። ንኡ ፡ ቐቲሉ ፡ እብ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ መጺኡ ፡ « ባህ ፡ ይ
በልኩም ፤ ንሳምሩ ፡ ቐቲለዮ ፡ መጺኤ ፤ እንሆ ፡ ኸአ ፡ ሴፉ ፡ ማሪኸ ፡ »
8. የሎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ ከም ፡ ውዑሎም ፡ ይትረፍ ፡ መጋርያ ፡ ምራኸ ፡ እ
ኳ ፡ ኸልእዎ ።

9. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ጉህዩ ፡ ክብኦም ፡ ክንዲ ፡ ዘልግስ ፡ ጋሻ ፡ ጃግሬኦም ፡
ኮነ ፤ ምስኦም ፡ ኰይኑ ፡ ኸአ ፡ ዝጥዕሞ ፡ እዋን ፡ ይጽበ ፡ ነበረ ። ሐደ ፡ ግ
ዜ ፡ ሰብ ፡ ጽምው ፡ ምስለሉ ፡ ሴሮም ፡ አልዒሉ ፡ ክትክት ፡ አበሎም ፤
10. « ሞይቶም ፡ » ይሉ ፡ ሐዲግዎም ፡ ወጸ ። ስድርኦም ፡ መጺኦም ፡ እንተ ፡
ረአዩ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ክሞቱ ፡ ይሎም ፡ ጸንሕዎም ፤ እሞ ፡ አልዒሎ
ም ፡ እብ ፡ ዐራት ፡ ጌሮም ፡ ተኻናኸንዎም ። – –

11. ኩብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርዓይ ፡ በቲ ፡ ባድጎ ፡ ዘቑሰሎምኒ ፡ ብእርጋንኒ ፡
ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ተረምሾም ፡ ጸንሑ ፤ ድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ።

157. ## ሞት ፡ ባድጎ ።

1. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ አ
ቶ ፤ « ይፈትዉለይ ፡ » ይሉ ፡ ኸአ ፡ « ንኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ቀቲለ ፡ » የ
2. ሎም ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡
ብዙሕ ፡ ሰምበዱ ፤ ንባድጎ ፡ ኸአ ፡ « በል ፤ ባዕልኻ ፡ ኸንዲ ፡ ዝመጻእካ
ኒ ፡ ክቐትለኻ ፡ አይግብአንን ፤ እንተኸነ ፡ ድሕሪ ፡ ሕጂ ፡ አነ ፡ እብ ፡ ዘይ
ርእየካ ፡ መኻን ፡ እርሒቕካ ፡ ህደም ፡ » ይሎም ፡ ኩብ ፡ ገጾም ፡ አባረርዎ ።
3. ባድጎ ፡ ኸአ ፡ ኸይዱ ፡ ማዕረባ ፡ ተቐመጠ ።
4. 5. ወረ ፡ ኸአ ፡ ባድጎ ፡ ናብ ፡ ማዕረባ ፡ ኸም ፡ ዘሎ ፡ ተሰምዔ ። ሽዑ ፡
አይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ አይተ ፡ ሀብተ-ጼንኒ ፡ አይተ ፡ መንግስቱን ፡ ሰለስቲ
ኦም ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ደም ፡ አቦኦም ፡ ክብቀሉ ፡ ምስ ፡ ገለ ፡ ሰ





ባት ፡ ከይዶም ፡ ንባድጎ ፡ ቐተልዎ ። ርእሱ ፡ ቘርጮም ፡ ከአ ፡ ሀዘጋ ፡ አ
እተውዎ ፤ ንታ ፡ ርእሲ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ቅርዓት ፡ ሰቐልዎ ። ኩብ ፡ ጨንኣ ፡ 6.
እተላዕለ ፡ ኸአ ፡ ብሬራ ፡ ኻብ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ አስታት ፡ ሰብዓ ፡ ሰማንያ ፡
ዝአኸሉ ፡ ነፍሳት ፡ ተኾስተሩ ። ሐያሎ ፡ ዐበይትን ፡ መኳንንትን ፡ ሽዑ ፡ 7.
ሞቱ ፤ አይተ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ድማ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ሞቱ ፤ ቈል
ዓ ፡ ሰበይቲ ፡ ሐያሎ ፡ ተወጽኡ ። – –
ብዛዕባዚ ፡ እዩ ፡ እተባህለ ፤ 8.

« ይበልዕ ፡ » ዘለ ፡ ይብልዕዩ ፤
« ዘይበልዕ ፡ » ዘለ ፡ ናብ ፡ ሓፉ ፡ አይደዩ ።

## ጡግእ ፡ እቑታብ ። 158.

ደቂ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ እዞም ፡ ዳሕሮት ፡ ዝኾኑ ፡ 1.
ብሕንቃቐ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦኦም ፡ ዐበዩ ። እቶም ፡ ቀዳማይ ፡ ኾሎም ፡ እ 2.
ተወልዱ ፡ ዐቢ ፡ ሐምም ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦኦም ፡ ክንድቲ ፡ ዝአኽ
ል ፡ ሞገስ ፡ አይረኸቡን ፤ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ምባል ፡ ግ
ና ፡ አይተረፎምኒ ። ሃይሉ ፡ ሐባል ፡ እናተባህሉ ፡ ፍቅዳ ፡ ቤት ፡ እናአተ 3.
ዉ ፡ ዐበዩ ። እንተኸነ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ እዚ ፡ ኹሉ ፡ ኸነሶም ፡ ግምባሮም ፡
ክቢድ ፡ ነበረ ።

ሓደ ፡ ግዜ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ « እዚ ፡ ቜልዓዚ ፡ በዓል ፡ ግምባር ፡ ክይ 4.
ኮነ ፡ አይተርፍኒ ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ ዐሰርተው ፡
ክልተ ፡ ዓመት ፡ ክነሶም ፡ ቈጽሊ ፡ አውደቑሎም ። እብ ፡ መንጎዚ ፡ « ስ 5.
ድራ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ነሓ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኻብ ፡ እቑታብ ፡ ዘመትዎን ፡ »
ዝብል ፡ ወረ ፡ ተሰምዔ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ከአ ፡ « ንኺድ ፡ »
ይሎም ፡ አኸተቱ ፤ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ « ሃይሉ ፡ ይሕሸና ፡ » ይሎም ፡
ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ በቕሊ ፡ አወጢሖም ፡ ሕጆምዎም ፡ ከዱ ። « ሎ 6.

ሚ ፡ መዓልቲ ፡ ሃይሉ ፡ እምበር ፡ መዓልቲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህንሲ ፡
አይከነትኒ ፡ » ይሎም ፡ ቀዳም ፡ አብ ፡ እቘታብ ፡ ተዋግኡ ። ሽዑ ፡ ጸዐዘ
7. ጋ ፡ ሰዓሩ ። ኵሎም ፡ ከአ ፡ « ግምበር ፡ ሃይሉ ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ ዐይኖ
ም ፡ አብ ፡ ሃይሉ ፡ ጥራይ ፡ አውደቑ ። – –
8. ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንስድራ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ስ
9. ዒቦም ፡ ሀዘጋ ፡ እንዳ ፡ ኸንቲባ ፡ አተዉ ። ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ባዕሎ
ም ፡ ብአርጋን ፡ ዐዲ ፡ ውዒሎም ፡ ነበሩ ፡ ጠሚቶም ፡ ምስ ፡ ረአይዎም ፡
ድማ ፡ « አቻ ፡ ሐበል ፡ ንደቀይ ፡ ስዒርካ ፡ መጻእካኒ ፡ ለይቲ ፡ ብሕልመ
10. ይ ፡ አብ ፡ በቕሊ ፡ ትጕርበተኒ ፡ ኤርካ ፡ » ይሎም ፡ ጕሃዩ ። ልጅ ፡ ሃይሉ ፡
ኸአ ፡ ኢድ ፡ ነሲኦም ፡ ኵብኦም ፡ ወጹ ።

159.

ውግእ ፡ ጠባብቖ ።

1. ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ንልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ ቀዳማ
2. ይ ፡ ዝገደደ ፡ ጌሮም ፡ ጸልእዎም ። ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ ንአም ፡ ፈተዉ ። ስለ
ዚ ፡ « ኩብ ፡ ጋጽ ፡ አቦኦም ፡ ንኸውሎም ፡ » ይሎም ፡ ሐያሎ ፡ ሰብ ፡ ንሃ
ይሉ ፡ ሒጆም ፡ አብ ፡ ሀርጐድ ፡ ከዱ ፡ እሞ ፡ ናብኡ ፡ ሐያሎ ፡ ግዝያት ፡
ተቐመጡ ።

3. አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ስድራ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገረ
ድ ፡ ሰፈሩ ። አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰ
4. ምዑ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሒጆም ፡ አብ ፡ ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ አተዉ ። ጸዐዘጋን ፡ አብ ፡
ሀርጐድ ፡ ሀዘጋን ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገረድ ፡ « ከንዋጋእ ፡ ኢና ፡ » ከበሉ ፡ ሐ
ደሩ ። ሀዘጋ ፡ ግና ፡ « ሃይሉ ፡ ናብኡ ፡ አሎ ፡ » ክብሉ ፡ እንተ ፡ ሰምዑ ፡
5. ብለይቲ ፡ ሀደሙ ። ልጅ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ስድርኦም ፡ ቀዳም ፡ አብ ፡
ጠባብቖ ፡ አርከብዎም ፡ እሞ ፡ ሰዓርዎም ። አብኡ ፡ ሓደ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግ
ና ፡ ዝነበረ ፡ እዛዝ ፡ አትባህለ ፡ ወዲ ፡ በኸሩ ፡ ሀዘገቻይ ፡ ሞተ ። እዚአ ፡
6. ኻልአይቲ ፡ መዓልቶም ፡ እያ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዝሰዓሩላ ። ከንቲባ ፡ ዘ





ርአይ ፡ ከአ ፡ ስድርኦም ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ አተውዎም ፡ « ሞት ፡ እዛዝ
ኒ ፡ ስዕረትኒ ፡ ፎኢ ፡ ተደበቡ ፡ » የልዎም ። –

ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋ 7.
ድሽ ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ፡ ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ብዐራት ፡ ተጸይሮ 8.
ም ፡ ከድዎም ፡ እሞ ፡ ብጸቡቕ ፡ ተቐበልዎም ። ሽዑ ፡ ምኹዓው-ቈሎ-
ምላሽ ፡ ብዘሎ ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ ተመልሰ ።

ምኽያ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ። 160.

በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ አይተ ፡ ዳይር ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ተስፉ ፡ « ሽመት ፡ 1.
ክምጽእ ፡ » ይሉ ፡ ንትግራይ ፡ ከደ ። ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ድባርዋ ፡ ክሳ
ድ ፡ ሒጆም ፡ ጸኒሖም ፡ ቀተልዎ ። – –

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ አተዉ ፡ 2.
ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ከአ ፡ ተቐቢሎም ፡ ሽመት ፡ አቦኦም ፡ ሃብዎም ። ከ
ብኡ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኾይኖም ፡ ሸብዐተ ፡ ዓመት ፡
ገዝኡ ።

ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ጓል ፡ ፍስሓ ፡ ወዲ ፡ 3.
ስልጣን ፡ በዓልቲ ፡ ዛግር ፡ እየን ። ከብኡን ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ 4.
ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ንወዘሮ ፡ ተመርጻን ፡ ወለዱ ።

ለበጥ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርአይ ። 161.

ከንቲባ ፡ ዘርአይ ፡ ነቶም ፡ በኸሬ ፡ ወዶም ፡ ንአይተ ፡ ሰለሙን ፡ አ
ይፈትውዎምኒ ፡ ነበሩ ፡ ፈለማ ፡ ሓደ ፡ ጆንጐ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፡ አብ ፡ ልዕ 1.
ሊኡ ፡ ኸአ ፡ ነሶም ፡ ብህይወቶም ፡ ከለዉ ፡ ኩብ ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡
ቀምሽ ፡ ስለ ፡ ዘምጽኡ ። ንወዶ-ወዶም ፡ ንአይተ ፡ ገብሩይ ፡ ወዲ ፡ አይ
ተ ፡ ሀብተጺን ፡ ግና ፡ ብዙሕ ፡ ይፈትውዎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ ኩብዚ ፡ እ 2.

ቶላዕለ፡ ዘሎ፡ ናይ፡ ቤቶም፡ ጥሪትኒ፡ ሀብትን፡ እንተሎ፡ ባሮቶም፡ ን
እም፡ ሃብዎም። በዚ፡ ኹሉ፡ ድማ፡ አይተ፡ ሰለሙን፡ ቀኒኦም፡ ጢቑ፡
ጢቑ፡ የሉ።

3. ስለዚ፡ አቦኦም፡ ከንቲባ፡ ዘርኣይ፡ ምስ፡ ሞቱ፡ ኣብ፡ መንን፡ ኽ
4. ልቲኦም፡ ጽልኢ፡ ኾነ። ሽመት፡ አቦኦም፡ ኣብ፡ አይተ፡ ሰለሙን፡ ነ
5. በረ፤ ሀብቶም፡ ግና፡ አይተ፡ ገብሩይ፡ ሓዙ። ሓደ፡ ግዜ፡ አይተ፡ ገብ
ሩይ፡ ንቶም፡ ዝወረስዎም፡ ባሮት፡ ሒጆም፡ ንሐወቦኦም፡ ክወድቅዎም፡
6. ሓሰቡ። እንተኾነ፡ አይተ፡ ሰለሙን፡ ክአ፡ እዚ፡ ምኽርዚ፡ ሸዓ፡ ፈሊ
ጦም፡ ዝበገሑ፡ ሰራዊት፡ ሒጆም፡ ተዳለዉ፤ እሞ፡ ኣብ፡ ማእከል፡
ዐዲ፡ ኽዋግኡ፡ አይተ፡ ሰለሙን፡ ንወዲ፡ ሓዎም፡ ሰዓርዎም፡ አሰርዎ
7. ም፡ ድማ። ድሕርዚ፡ አይተ፡ ገብሩይ፡ ዕርቂ፡ ለመኑ፤ አይተ፡ ሰለሙ
ን፡ ክአ፡ ፈቲሖም፡ ተዓረቕዎም። ኩቡኡ፡ አይተ፡ ገብሩይ፡ ክሳዕ፡ ሞ
ት፡ ሐወቦኦም፡ ኣብ፡ ሀዘጋ፡ ኹይኖም፡ ስቕ፡ ይለዎም፡ ተገዝኡ።

162. ዐሬት፡ ኣብ፡ ደግያት፡ ውበ፡ ሐለፈ።

1. ኣብ፡ መንጎዚ፡ ደግያት፡ ሽባጋድሽ፡ ገዛእ፡ ትግሩይ፡ ክአ፡ ምስ፡
ራእስ፡ ማርዬን፡ ራእስ፡ ኢማምኒ፡ ገዛእቲ፡ ጋላ፡ ኣብ፡ ማይ፡ እስላማ
2. ይ፡ ተዋግኡ፤ እሞ፡ ተሳዕሩ። ነሶም፡ ተአስሩ፤ ሰቦም፡ ሀደመ። ወዶ
ም፡ ደግያት፡ ሐጐስ፡ ግና፡ አቦኦም፡ ከም፡ እተአስሩ፡ ምስ፡ ሰምዑ፡
ብለይቲ፡ ተመልሾም፡ ከም፡ ማንም፡ ዓቅይታይ፡ ጋላ፡ መሸሎም፡ እ
ብ፡ እንዳ፡ ራእስ፡ ማርዬ፡ አትዮም፡ ምስ፡ ራእስ፡ ኢማም፡ ብሐንሳእ፡
3. ክሰዉ፡ ብገዛእ፡ ሴፎም፡ ንኽልቲኦም፡ ቀተልዎም። ድሕርዚ፡ አቡኡ፡
ዝነበሩ፡ መኣንንቲ፡ ብዘይ፡ ሐሳብኒ፡ ብዘይ፡ ምኽርን፡ ንእምኒ፡ ነቦአ
ምኒ፡ ኽአ፡ ብኡ-ብኡ፡ ቐተልዎም። — —
4. ደግያት፡ ሽባጋድሽ፡ ተአሲሮም፡ ክነሶም፡ «ሐጐስ፡ አሎ፡» ይሎ
5. ም፡ እናፈኸሩ፡ ሐደሩ፡ ክሳዕ፡ ምድሪ፡ ዝወግሕ። ሽዑ፡





« ምድሪ ፡ ጸብሒ ፡ ደኣ ፤
ሐጐስ ፡ ሞተ ፡ ደኣ ፤ »

ይለዎም፡ ብኹሉ፡ ተሰፋ፡ ቀበጹ። ኣብ፡ መንገኡ፡ ጻላእቲ፡ አትዮም፡
ሐረድዎም።

ድሕርዚ፡ ገዛእቲ፡ ጋላን፡ ገዛእቲ፡ ትግሩይን፡ ብሓደ፡ መዓልቲ፡ 6.
ምስ፡ ተወድኡ፡ ዐሬት፡ ኣብ፡ ደግያት፡ ውበ፡ ሐለፈ።

163. ደግያት፡ ሃይሉ፡ ተሾሙ።

ድሕሪ፡ ውግእ፡ ጠባብቖ፡ ብገለ፡ እዋን፡ ምሉእ፡ ተኸሌ-ዐገባ፡ ን 1.
አይተ፡ ተወልደ-መድህን፡ ሐዲጎም፡ ንልጆ፡ ሃይሉ፡ ሸይሞም፡ ነበሩ።
ስለዚ፡ ነሶም፡ ብዘይ፡ ድሌቶም፡ አቦኦም፡ ክሰዉ፡ ግዝኣት፡ ኣብ፡ ኢ
ዶም፡ ኮነ። ኣብ፡ ርእሲኡ፡ ኽአ፡ ደግያት፡ ውበ፡ ንአይተ፡ ሃይሉ፡ ድ 2.
ግዝምንት፡ ሸምዎም፤ አቡኡ፡ ኽሰዉ፡ ኽአ፡ ግዝኣት፡ መረብ-ምላሽ፡
መረቑሎም። ከምዚ፡ ይሉ፡ ብደግያት፡ ሃይሉ፡ ግዝኣት፡ ዐድ-ደግዝማ
ቲ፡ ተመልሰ። በዚ፡ እዋንዚ፡ ዐበይቲ፡ ጸዐዘጋ፡ ብዝደለይዎን፡ ብዝ 3.
መኽርዎን፡ ይቅንዐሎም፡ ነበረ፤ ምናዳ፡ እቶም፡ ክልተ፡ ዐበይቲ፡ ጀጋ
ኑ፡ ገረ-ኽስቶስ፡ ሐቢል-ጋላ፡ እተባህለ፡ ወዲ፡ ኽንቲባ፡ ገረድኒ፡ ዝዋበ
ና፡ ወዲ፡ ተኽሌስኒ።

አይተ፡ ተወልደ-መድህን፡ ድማ፡ ከምዚ፡ ይሉ፡ ኹሉ፡ ተኣኻኺ 4.
ቡ፡ ንወዶም፡ ንደግያት፡ ሃይሉ፡ ከም፡ እተኻናወንሎም፡ ምስ፡ ረአዩ፡
ብቅንኣት፡ ኩብዶም፡ ሐሚሞም፡ ሞቱ። ኣብ፡ ጸዐዘጋ፡ ድማ፡ ተቐብሩ።

164. ሰንደ፡ ሰዲጋ።

እንተኾነ፡ አይተ፡ ሰለሙን፡ ድማ፡ በቲ፡ ናይ፡ አቦኦም፡ ኒሕ፡ ስ 1.
ለ፡ ዘለዎም፡ ንደግያት፡ ሃይሉ፡ አይተገዝኡሎምኒ፤ ኣብ፡ ክንድኡስ፡
ብጽልእን፡ ብውግእን፡ ይኸራኽርዎም፡ ነበሩ፡ እምበር።

2. ሓደ ፡ ግዜ ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንሓያሎ ፡ ኻብ ፡ ከርንሸምኒ ፡ ኻብ ፡
ግዝኣት ፡ ዘማትኒ ፡ እኽቲቶም ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ኽዘምቱ ፡ ይሎም ፡ ሓደሩ ።
3. ንግሆ ፡ ተንሲኦም ፡ ንሰበይቶም ፡ «ከዋጋእ ፡ ክኽይድ ፡ እየ ፡ እሞ ፡ ምስ
ሒይ ፡ ሃብኒ ፡» የልወን ። ንሰን ፡ ከአ ፡ ከም ፡ ከንቲባ ፡ ዘርኣይኒ ፡ እይተ ፡
ተወልደ-መድህንኒ ፡ መሸልወን ፡ «ኪድ ፣ ጸዐዘጋ ፡ ተመሲሕካ ፡ ትመጽ
4. እ ፡» ይለን ፡ እቶነውኦም ። ድሕሪዚ ፡ ነሶም ፡ ምስ ፡ ስድርኦም ፡ ኰይኖ
ም ፡ «ምኽሪ ፡ መኽርና ፣ ንጸዐዘጋ ፡ ብኽልተ ፡ ሸነኽ ፡ ንእተዋ ፡» ይሎ
ም ፡ ኣብ ፡ ክልተ ፡ ተገዚዖም ፡ መጺ ፡ ገለ ፡ ብኸበሳ ፡ ገሊኦም ፡ ብማይ ፡
5. ጓይላ ፡ ጊሮም ። እንተኾነ ፡ ነቶም ፡ ብማይ ፡ ጓይላ ፡ ዝመጹ ፡ ኣንስትን ፡
6. ቈልዑን ፡ በእማን ፡ እንተ ፣ ደርበዩሎም ፡ ሀዲሞም ፡ ከዱ ። እዞም ፡ ብኸ
በሳ ፡ ዝመጹ ፡ ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ጭፍርኦም ፡ ኣ
ብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግእዎም ። ኣብኡ ፡ ኣርብዓ ፡
7. ዝእኽሉ ፡ ኻብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሞቱ ፣ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰዓሩ ። ሽዑ ፡ ሰ
ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናቶም ፡ ሓዲጎም ፡ ሀዘጋ ፡ ኽይዶም ፡ ተመስሑ ፣ ክልእ ፡ ጐ
ድኣት ፡ ከይገበሩ ፡ ግና ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
8. እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ንጕራዕ ፡ ሀደሙ ። ኵሎም ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡
ኸአ ፡ ኽሳዕ ፡ ግዜኡ ፡ ንኽበረኽኦም ፡ ሀደሙ ፣ እንተኾነ ፡ ድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡
እዋን ፡ ብዕርቂ ፡ ተመልሱ ።

165.

## ውግእ ፡ ምብካይ-ደቕናይ ።

1. እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ሰበይቲ ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ሀብሮም ፡ በዓ
ልቲ ፡ ኒሕ ፡ ነበራ ። እሞ ፡ ንሰብኣይን ፡ ክሕግዛ ፡ ይለን ፡ ንኻርንሸም ፡ ወ
ጸ ። ኣብኡ ፡ ኰይነን ፡ ንሓያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘርኣይ ፡ ዝ
ነበሩ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ንሓያሎ ፡ ፈተውተን ፡ ክብ ፡ እንዳ ፡ ኣቦኤን ፡ «ሎ
2. ሚ ፡ እያ ፣ እይተቕትሉኒ ፡» ይለን ፡ ኣብ ፡ ገረሚ ፡ ደሎታ ። እይተ ፡ ሰለ





ሙን ፡ ድማ ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ እኽቲቶም ፡ ዝወሸኹ ፡ ወሳሲ
ኽም ፡ ከድወን ። ሽዑ ፡ ኽልቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ተሰለፉ ።
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ወሪኦም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ጭፍርኦም ፡ ሒዞ 3.
ም ፡ ንገረሚ ፡ ኸዱ ፣ እሞ ፡ ኣብ ፡ ምብካይ-ደቕናይ ፡ ዝብልዎ ፡ ብመዓል
ቲ ፡ ዐርቢ ፡ ተዋግእዎም ፡ ሰዓርዎም ፡ ድማ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸ 4.
ምዚ ፡ ይሎም ፡ ፈከሩ ፣

ኦምበሳ ፡ ማይ ፡ ደሰ ፣
ዓቐብ ፡ ማይ ፡ ቀልቀለ ፣
ጉማ ፡ ወዲ ፡ ጉማ ፡ ናባይ ፡ ተኸተለ ፣
ንፋስ ፡ ደርሆ-ነቶ ፣
ደመና ፡ ሰማይ ፣
ሰርብ-ደም ፡ ሐሙ ፡ እሊን ፣
ኦጆኻ ፡ ድኻ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብዙሕ ፡ ኰረየ ። ስለዚ ፡ ንሀዘጋ ፡ ብሓረ 5.
ቕት ፡ እንደድዋ ፣ ቅድምዚ ፡ ግና ፡ ኣብ ፡ መንጎ ፡ ውግእ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘ
ጋን ፡ ምትኽኻስ ፡ እይተጀመረን ፡ ነበረ ።
ሽዑ ፡ ኸአ ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንጕራዕ ፡ ሀደሙ ፣ እሞ ፡ ኣብኡ ፡ 6.
ሓያሎ ፡ ግዝያት ፡ ተቐመጡ ። ዝተረፉ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ግና ፡ ሸዓ ፡ ይሎ
ም ፡ ተመልሾም ፡ ዐዶም ፡ ሰርሑ ።

## ሞት ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ።

166.

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዝብን ፡ ደብሪ ፡ ኽይዶም ፡ ከለዉ ፡ 1.
እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ከአ ፡

ሞትን ፡ ክራማትን ፣
እይተርፍን ፣

ብማለት ፡ «ከምኡ ፡ እንተ ፡ ኾነ ፡ ዐዶይ ፡ ከቕበር ፡» ይሎም ፡ ክብ ፡ እዙ

ሉ-ጉዛይ ፡ ዐዶም ፡ ክአትዉ ፤ ዐዶንስቲ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፤ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ወ
2. ረ ፡ ሰምዑ ። ስለዚ ፡ ንቐሺ ፡ አብርሃም ፡ አትባህሉ ፤ « ገዘባን ፡ ደብሪ ፡ ኼ
3. ድኩም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብገርዎም ፤ » ይሎም ፡ ለኣኽዎም ። ብድሕ
ሪኦም ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ አተዉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡
4. ኸአ ፤ « ተሎ ፡ ውጻእ ፤ » የልዎም ። አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ክአ ፤ ንሸዑ ፡ ባ
ህ ፡ ክብልዎም ፡ ጥራይ ፤ አብቲ ፡ ቐልቀል ፡ ዐዲ ፡ ቢደል ፡ ብጽሕ ፡ ይሎ
ም ፡ ተመልሱ ። ድሕርዚ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሞቱ ፤ አብኡ ፡ ድማ ፡ ተቐብሩ ።
5. ድሕሪ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ክአ ፤ ደቆም ፡ ጌና ፡ ናእሽቱ ፡ ስለ ፡ ዝነበ
ሩ ፤ ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ሐምም ፤ አብ ፡ አይተ ፡ ገብሩ
6. ይ ፤ ሐለፈ ። እቶም ፡ ሳልሳዮም ፡ ድማ ፤ አይተ ፡ መንግስቱ ፡ ወዲ ፡ ኸን
ቲባ ፡ ዘርአይ ፤ ሽመት ፡ ክልምኑ ፤ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ክኸዱ ፤ አብ ፡ ትግራይ ፡
ምስ ፡ በጽሑ ፤ ሐመሙ ፤ አብ ፡ ደብረ-ብርበረ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ።

167. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አውዓልዎም ።

1. እምቤት ፡ እሌን ፡ ክአ ፤ ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፤ ካብ ፡ አይተ ፡
ገብሩይ ፡ ሀዲመን ፡ ምስ ፡ ደቐን ፡ ጸዐዘጋ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አተ
ዋ ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ተቐቢሎም ፡ አቐመጥወን ። ክጸንሓ ፡ ኸጸን
ሓ ፤ ካብኦም ፡ ጓል ፡ ወለዳ ።
2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ንልጅ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ እምቤት ፡
እሌን ፡ ክቐትልዎም ፡ ይደልዩ ፡ ነበሩ ። እንተኸነ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ አ
3. ብ ፡ ትሕቲ ፡ ዐራቶም ፡ አኘሐብኦም ፤ አውዓልዎም ። እሞ ፡ ሓደ ፡ መ
ዓልቲ ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ቐሺ ፡ አብርሃም ፡ አብ ፡ መርዓ ፡ ኸምዚ ፡ ይ
ሉ ፡ ኢውሎ ፡ የለ ፤

« እዚ ፡ ቐይሕ ፡ ጣዕዋ ፡ አትዐብዮ ፤
ክቐትል ፡ እምበር ፡ ክምሕርዶ ፡ ይልካዮ ፤ »

የሎም ።





ቀዳም ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ ፡ ስቤንሰን ።

168.

ድሕሪ ፡ ሐያሉ ፡ ግዜ ፡ ኸአ ፡ አብ ፡ ሰራየን ፡ አብ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳን ፡ ገ 1.
ለ ፤ « ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አይንግብርኒ ፤ » ይሎም ፡ ዝነበሩ ፤ ንአም ፡ ክጽ
ርዩ ፡ ይሎም ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ንግማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ብዙሕ ፡ ጠቕዕዎ ።
አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፤ አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸቲቶም ፤ 2.
« ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ የሎን ፤ » ይሎም ፤ ንጸዐዘጋ ፡ ኸዘምቲ ፡ መጹ ፤ እሞ ፡
በዚ ፡ ሎሚ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ ፡ ስቤንሰን ፡ ኮይኑ ፡ ዘሎ ፡ ተሰለፉ ። ገለ ፡ ናብ ፡ 3.
ጸዐዘጋ ፡ ተረፎም ፡ ዝነበሩ ፡ ሰበት ፡ ክአ ፡ ምስ ፡ ብላታ ፡ ዐርኩን ፡ ብላታ ፡
አገልድም ፡ ወዲ ፡ አሰላፍ ፡ ያጊንኒ ፡ ኰይኖም ፡ ንልጅ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወ
ዲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ ወዲ ፡ ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ክነሱ ፡ ሒዞምዎም ፤
አብ ፡ በቕሊ ፡ አወጢሖም ፤ ብምራን ፡ አሲሮምዎም ፡ ምስኦም ፡ ወሰድዎ
ም ። ቀዳም ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ ቐሺ ፡ ስቤንሰን ፡ ክዋግኡ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ መር 4.
ዱ ፡ አትባህሉ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ-ተኸላይ ፡ አብታ ፡ ኹናት ፡ ሞቱ ፤ እንተኸ
ነ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰዓሩ ።
እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ዐዲ ፡ ገረድ ፡ ሐዲ 5.
ሮም ፡ ኣሮም ፤ ክረድኡ ፡ መጹ ። ሽዑ ፡ ስድርአም ፡ ስዒሮም ፡ ጸንሕዎም ።
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንሀዘጋ ፡ ዘሚቶም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ፤ እንተኸ 6.
ነ ፡ ድሕሪ ፡ ቐሩብ ፡ እዋን ፡ ንቲ ፡ ዝዘመትዎ ፡ ባዕሎም ፡ መለስዎ ። ሀዘጋ ፡ 7.
ኸአ ፤ « ንግዝእ ፤ » ይሎም ፡ ዕርቂ ፡ ለመኑ ፤ እሞ ፡ አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ከ
ም ፡ መራሒኦም ፡ ኰይኖም ፡ ሰጥ ፡ ይሎም ፡ ተገዝኡ ።

ሀርቢ ፡ ወኸ ደብ ።

169.

ሰበይቲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ ወዘሮ ፡ እሌን ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፤ በ 1.
ዓልቲ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ እየን ። ካብኤን ፡ ንአይተ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፡ ንወዘሮ ፡
መርሻን ፡ ወዘሮ ፡ አበሬሽኒ ፡ ወለዱ ።

2. እንተኾነ ፡ ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንወዘሮ ፡ እሌ
ን ፡ ካሐድግወን ፡ ደልዮም ፡ ንጓል ፡ አይተ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-
ማርያም ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ዝኸመን ፡ በዓልቲ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡
3. ወዘሮ ፡ ሙዚት ፡ ብታሕትታሕቲ ፡ አሕጸይወን ። እቶም ፡ ዘማታቶም ፡
ደቂ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ድማ ፡ አይተ ፡ አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረ
ኤል ፡ ሰብአይ ፡ ጓሎም ፡ ንአይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ ብብዙሕ ፡ ነገር ፡ ሸረ ፡ ሀ
4. ዚጋ ፡ ኹይኖም ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንሐብቶም ፡ ከሐድግ
ወን ፡ ከለዉ ፡ ገንዘብ ፡ ምስ ፡ መቐልወን ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረኤል ፡ ከ
አ ፡ « ጠበናጁ ፡ ኸአ ፡ ምቐሉና ፡ » የልዎም ። በዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኩርዮም ፡ « በል ፡ ተሎ ፡ ይልካ ፡ አበይ ፡ ነበኻ ፡ ዝሃብዎም ፡ ጠበንጃ ፡ አ
5. ምጽእዎ ፡ » ይሎም ፡ አሰርዎም ። ብዓይን-ቑረኛ ፡ አብ ፡ ላዕላይ ፡ ገዛ ፡ ኸ
ሕለዉ ፡ ኸለዉ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረኤል ፡ ድማ ፡ ልኡኽ ፡ ንዐዶም ፡ ሰ
ዲዶም ፡ « በዚ ፡ ግዚዚ ፡ ፈረስ ፡ አብ ፡ ኮዶ-ጻዋሪት ፡ አጽንሑለይ ፡ » የ
6. ልዎም ። ደሓር ፡ በታ ፡ ዝደለይዋ ፡ እዋን ፡ ነቲ ፡ ዓይን-ቑረኛአም ፡ « ን
ዐናይ ፡ ቀልቀል ፡ » ይሎምዎ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ነቲ ፡ ዓይን-ቑረኛአም ፡ አ
ሲሮም ፡ ብፈረሰም ፡ ጸሊቖም ፡ ዐዶም ፡ ከዱ ።

7. ብዛዕባዚ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ ብፍጹም ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኸዋግኡ ፡ ደለዩ ፤ እንተኾነ ፡ አይተ ፡ ባርይኡ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦአም ፡ ወዲ ፡
ኸንቲባ ፡ ባድጉ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቶም ፡ ኩይኖም ፡ አብቲ ፡ ምኽ
8. ሪ ፡ አይአተዉን ። አይተ ፡ አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረኤልኒ ፡ ግና ፡
ዝርኸቦም ፡ ሕጆም ፡ ወጺአም ፡ ካብ ፡ ጕደቦታት ፡ ድማ ፡ ወሳሲኾም ፡ አብ ፡
9. ወኪ-ድባ ፡ ተሰለፉ ። ሓደ ፡ ሐጐስ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፡ በዓል ፡ ኳንደባ ፡
ወዲ ፡ ዐዲ ፡ ፍርፋር ፡ ስሳ ፡ ቕርሺ ፡ ስለ ፡ ዘዕደይዎ ፡ ገለ ፡ ኻብ ፡ ከርንሽ
ም ፡ ሕጂ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸዋግአም ፡ ይሉ ፡ ናብኡ ፡ አተዎም ።

10. ድሕርዚ ፡ ሐቢሮም ፡ አብ ፡ ወኪ-ድባ ፡ ሐጹር ፡ ጨዓ ፡ ሐጺሮም ፡
11. « ከይንህድም ፡ » ይሎም ፡ ዐርቢ ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ አይተ ፡





አስገዶምኒ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረኤልኒ ፡ ኽልቲአም ፡ ሞቱ ፤ ሐጐስ ፡ እ
ቲ ፡ በዓል ፡ ኳንደባ ፡ ስሳ ፡ ቕርሺ ፡ ዐድዩ ፡ ዝነበረ ፡ ከአ ፡ አብኡ ፡ ሞተ ።
ብዛዕብኡ ፡ « ስሳኻን ፡ ፊሳኻን ፡ ወዲ ፡ ዐዲ ፡ ፍርፋር ፡ » ተባህለ ። አብ 12.
ኡ ፡ ብዙሓት ፡ ቈልዓን ፡ ሰበይትን ፡ ከአ ፡ ሞቱ ። በዚ ፡ ንገርዚ ፡ ኸሳዕ ፡ 13.
ሕጂ ፡ ንወኪ-ድባ ፤

« ሐጹር ፡ ጨዓ ፡ ዝዐርዶም ፡ »

ይሎም ፡ የላግጹሎም ።

ሙተር ፡ ሕሻል ። 170.

ድሕርዚ ፡ ኹሉ ፡ ጥጣ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሕሻል ፡ እተባህለ ፡ ከም 1.
ዚ ፡ ይሉ ፡ ደረሰ ፤

እንተ ፡ ነቐለ ፡ ሰርብ-ደም ፤
አብ ፡ ቅድሚ ፡ ዐረር ፡ ዝዥደም ፤
« ንዋጋእ ፡ » ይሉ ፡ ዘይንህደም ፤
ዋይልኻ ፡ በዓል ፡ ደም ።
እንተ ፡ ነቐለ ፡ አባ-ሰርቢ ፤ 2.
አድራጋ ፡ ኢዱ ፡ ዝድርቢ ፤
ስዒኑ ፡ እሎ ፡ ብዐይቢ ፤
ሕተቱ ፡ ብኽልተ ፡ ዐርቢ ።
እንተ ፡ ነቐለ ፡ ደም-ሽንቱ ፤ 3.
ሰማይኒ ፡ ምድርን ፡ ገቢቱ ፤
አብ ፡ ወኪ-ድባ ፡ ሕተቱ ፤
ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ከምቱ ።

VI.

# ዘበን ፡ ጭቓታት ።

171. ውግእ ፡ ፈረስ-ማይ ።

1. ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሽበጋድሽ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አቦ
ኦም ፡ ኣብ ፡ ዐጋሜ ፡ ኹይኖም ፡ ኣብ ፡ ትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኽነሶም ፡
2. ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። እንተ ኾነ ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኽኾኑ ፡ አይ
ፈተዉን ። እሞ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ለሚኖም ፡ ኪዳን ፡ አእተዉዎም ፡
3. መታን ፡ ንውበ ፡ ምውጋእ ፡ ኽሕግዝዎም ። ስለዚ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምር
ኩስ ፡ ጌሮም ፡ ንውበ ፡ ኽንጥምሉዎም ፡ ይለዩ ።
4. ደግያት ፡ ውበ ፡ ድማ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ « እቶ ፡ » ይሉዎም ፡ ለአ
5. ኽሉዎም ። ነሶም ፡ ግና ፡ ንእም ፡ ጠሊሞም ፡ ንደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ክሕግ
6. ዞ ፡ ሰበም ፡ አኽተተ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ዐበይቲ ፡ ተኸሉ-ዐገብ ፡ እዚ ፡ ም
ስ ፡ ረአዩ ፡ « ሕደጉ ፡ » የልዎም ፡ « ክብ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ መዓ
ልሲ ፡ እኳ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ መዓል ፡ ይሐይሽ ፤ ክብ ፡ ነታ ፡ ገበ
ለጻ ፡ ግና ፡ ሰብና ፡ አኽቲትና ፡ ዐድና ፡ ምሕላው ፡ ንገመጸና ፡ ምውጋእ ፡
እዩ ፡ » ይሉዎም ፡ መኸርዎም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፡ « ሐንሳእ ፡ እኳ ፡
ምሒለ ፡ » ይሉዎም ፡ ከዱ ።





ድሕሪዚ ፡ ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኰይኖም ፡ ክ 7.
ምኡ ፡ ድማ ፡ ንኻልኣት ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ አኪቦም ፡ ኣብ ፡ ፈረስ-ማ
ይ ፡ ብቐን ፡ ጾም ፡ አርብዓ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ተዋግኡ ። ኣብኡ ፡ ደ
ግያት ፡ ውበ ፡ ሰዓሩ ። ክብኡ ፡ ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ሀዲሞም ፡ ንእምባ-ጄ 8.
ን ፡ ሐኹሩ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንሀደም ፡ ሀደሙ ። – ኣብ ፡ መንጎ 9.
ዚ ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ሰበይቲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ ወለደ ፡ ኢማም ፡
እቶባህለ ።

ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ንደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ « ንዓ ፡ ውረድ ፤ አጆኻ ፤ 10.
ግዝኣትካ ፡ ድማ ፡ ኽም ፡ ቀደምካ ፡ » ይሉዎም ፡ አተስፈውዎም ። ነሶም ፡
ክአ ፡ ሐቂ ፡ መሸልዎም ፡ ወረዱ ። ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ምእንቲ ፡ ንደ 11.
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽልክሎ ፡ ንደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ክይእሰርዎም ፡ ቀሩብ ፡
እዎን ፡ ጸንሐ ።

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተእስሩ ።

172.

ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ጽንሕ ፡ ይሉዎም ፡ ክምስሉ ፡ ንደግያት ፡ ሃይ 1.
ሉ ፡ « ደሐን ፡ አጆኻ ፤ ንኻሕሳይ ፡ አይእሰርክዎን ፤ ንኣኻ ፡ ኸአ ፡ አይእ
ሰረኸን ፡ እየ ፤ ግዝኣትካ ፡ ድማ ፡ ንኣኻ ፡ » ይሉዎም ፡ አበድዎም ። ምስኡ ፡ 2.
ክመይ ፡ ጌሮም ፡ ክም ፡ ዝእሰርዎም ፡ ሐደ ፡ ጥበብ ፡ ተማበቡ ።

ሐልሐል ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድጊ ፡ ፈተውቶም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ 3.
« ጊሬ ፡ አይንብሮን ፡ » ይሉዎም ፡ ንሐልሐል ፡ ክዘምቱ ፡ አዘዝዎም ። ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ አበዩ ። ድሕሪዚ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ « በል ፤ ን 4.
ስኻ ፡ ኻብ ፡ እትአቢ ፡ ንፈተውራረ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ንሐልሐል ፡ ክዘም
ት ፡ ክሰዶ ፡ እየ ፤ እሞ ፡ ኣብ ፡ ዐድኻ ፡ ጸበቕ ፡ ጌርካ ፡ ተቐበሎ ፡ ንሐል
ሐል ፡ ክአ ፡ መራሕ ፡ መገዲ ፡ ሀበ ፡ » ይሉዎም ፡ ለአኹሉዎም ። ድሕሪዚ ፡ 5.
ብወርሒ ፡ ሐምለ ፡ ፈተውራረ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ምስ ፡ ሐመድ ፡ ዝኾነ ፡
ሰራዊት ፡ ተልኢሉዎም ፡ ኣብ ፡ ሰራየ ፡ በጽሑ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ 6.

እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ልቦም ፡ ተሸበረ ፡ እቲ ፡ ግብሮም ፡ ወቕሽዎም ፡ ዘረ
ባ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ምእማኒ ፡ ሰእኑ ። ስለዚ ፡ ንወዶም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አ
ብ ፡ በረኻ ፡ ሐቢኦም ፡ በይኖም ፡ ንፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ናብ ፡ እ
7. ንዳበ-መጣስ ፡ ተቐቢሎም ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ንኢማም ፡ ወዲ ፡ ወዘሮ ፡ ዋር
ካ ፡ ወዲ ፡ መንፈቕ ፡ ክነሱ ፡ ናብ ፡ መሰብ ፡ ጌሮም ፡ በረኻ ፡ ወሰድዎ ።
8. ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁን ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ፊተ
ውቲ ፡ ኾይኖም ፡ ጸዐዘጋ ፡ አተዉ ። ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ናብ ፡
9. ሰፈር ፡ አምሓራ ፡ ሰፈሩ ። ክብኡ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ « ወድኹም ፡ ተስ
ፋ-ጼን ፡ ገዝሆ ፡ ሃቡና ፡ አምጽእዎ ፡ » የልዎም ። ንሶም ፡ ድማ ፡ ብዙሕ ፡
10. ስለ ፡ ዘይአመኑ ፡ ቀድሞም ፡ አመኽነዩ ። ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ግና ፡
መታን ፡ አጸቢቖም ፡ ክአምኑ ፡ ይሉዎም ፡ እቲ ፡ ገለ ፡ ዓቕይቲ ፡ ንጠልቀፍ
ቀፍ ፡ ገዘመትዎ ፡ « እንኩም ፡ ናይ ፡ ግዝአትኩም ፡ ምለሱሉዎም ፡ » የል
ዎም ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ አዋጅ ፡ አንገሩሎም ፡ « መረብ-ምላሽ ፡ ግዝአት ፡
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ እዩ ፡ ኸም ፡ ቀደሙ ፡ አይብቓለይኒ ፡ ብቓል ፡ ውብ ፡ »
11. ይሉዎም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ እዚ ፡ ኾሎ ፡ ምእባድ ፡ ንወዶ
ም ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ካብ ፡ በረኻ ፡ አምጽእዎ ።
12. ሽዑ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ፊተውራሪ ፡ እንግዳ-ወርቁ ፡ ንኽልቲኦም ፡ አቦን ፡
ወድን ፡ አሲሮም ፡ ሐልሐል ፡ ክይዘመቱ ፡ አብ ፡ ክንድኡ ፡ ግና ፡ ሐሐሰ
13. ሮም ፡ ካብ ፡ ሐማሴን ፡ ዘማሚቶም ፡ ሕጆምዎም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ። ብ
ኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ንደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ ጠሊሮም ፡ ሓገዞ
14. ም ። ክምዚ ፡ ጌሮም ፡ ንሰለስቲኦም ፡ ብደሐን ፡ ገመሸል ፡ ምኽሪ ፡ ጠራ
ኒቦም ፡ አብ ፡ ስሚን ፡ ደግያት ፡ ክሕሳይ ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ቴዜን ፡ ደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ወዶም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ሓይ ፡ ክሳዕ ፡ መዓልቶም ፡ አሰር
ዎም ። – –
15. አብ ፡ ሐማሴን ፡ ክአ ፡ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ስርያል ፡ አቶባህ
ለ ፡ ዋጣ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ደቖዐሉዎም ፡





ትበኺ ፡ አላ ፡ ሃይሉ ፡ ዋርካ ፡ ሰበይትኻ ፤
ትበኺ ፡ አላ ፡ አጽብሃ ፡ እታ ፡ ጓልካ ፤
ርኢኻዶ ፡ ሃይሉ ፡ ምኽሪ ፡ ደቀቦኻ ፤
እምባ ፡ ስሜንዶ ፡ ገበርካ ፡ ገዛኻ ፤
ዘይትአቶ ፡ ገርገር ፡ በረኻኻ ፤
ብጥሚት ፡ ፈሰስና ፡ ሕጃዶ ፡ ሰድራ ፡ እንዳኻ ።

ጭቃታት ።

173.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ተአሰሩ ፡ ግዝአት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ አብ ፡ ወ 1.
ዲ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ገበሀል ፡ ሐለፈ ። ንሶም ፡ ክተምአ
ም ፡ አብ ፡ ጕራዕ ፡ ነበረ ።
ሐማሴን ፡ ክአ ፡ ብብምስለኒኡ ፡ ይእዘዝ ፡ ነበረ ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ተ 2, 3.
ኽላይ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲብ ፡ አልመዶም ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ብድሕሪ ፡ ደ
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሓዙ ። አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ እምቤት ፡
እሴንኒ ፡ ድማ ፡ ዋናታት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ነበሩ ። አብ ፡ ምሉእ ፡ እንዳ ፡
ገረ-ኽስቶስ ፡ ክአ ፡ አይተ ፡ ንጉሰ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ባርያኡ ፡ ድሕሪ ፡ ሞ
ት ፡ አቦኦም ፡ ዋንኦም ፡ ነበሩ ። ክምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ግዝአት ፡ ዘማት ፡ 4.
ክንቲብ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ኽንቲብ ፡ ቴድሮስ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኤሉስ ፡
አብ ፡ ካርንሽም ፡ ክአ ፡ አበይ ፡ ባህረ ፡ ወዲ ፡ ዕቑባ-ገርግሽ ፡ በዓል ፡ በለ
ዛ ፡ ክኸምዚ ፡ ኾይኑ ፡ ብብዐዲ ፡ ብሽም ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ይግዝእ ፡ ነበረ ።
አበይ ፡ ደብሩ ፡ እቶባህለ ፡ ኸአ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-አብ ፡ በዓል ፡ መስፍ 5.
ንቶ ፡ ሻራ ፡ ሀዘጋ ፡ ገነበረ ፡ ብሽም ፡ እምቤት ፡ እሴን ፡ አብ ፡ ደግያት ፡
ውብ ፡ ኸደ ፡ « ዐዲ ፡ ኽንቲብ ፡ ዘርአይ ፡ አሎ ፡ » ይሉ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡
ውብ ፡ ኸአ ፡ ንእምቤት ፡ እሴንኒ ፡ ንአይተ ፡ ገብራይኒ ፡ ብትሕቲ ፡ ደግያ
ት ፡ እሸቱ ፡ ምስለኔታት ፡ ሐማሴን ፡ አበልዎም ።

174. እይተ ፡ አላ ፡ ተሸሙ ።

1. ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አብ ፡ አቦአም ፡ አብ ፡
2. ደግያት ፡ ውብ ፡ ንሐውዜን ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡
3. ምስ ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ኽዋግኡ ፡ ዐጅምሓራ ፡ ኸዱ ። ሽዑ ፡ በዓል-ጋዳ ፡ አር
ኣያ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ድምጹ ፡ ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡
ንደግያት ፡ ውብ ፡ ጠሊሞም ፡ በዕሎም ፡ ግዝኣት ፡ ዐጆም ፡ ሓዙ ።
4. ብድሕርዚ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ንደቀን ፡ ሒዠን ፡ አብ ፡ ራእስ ፡
5. አርኣያ ፡ ኸይደን ፡ ንወልደንኪኤል ፡ ሽመት ፡ ለመናሉ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡
ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሽባጋድሽ ፡ ምስ ፡ ወጀን ፡ ምስ ፡ አላ ፡ አብ ፡
6. እንዳ ፡ አቦኤን ፡ አብ ፡ ትግራይ ፡ ነበራ ። ዐበይቲ ፡ ጸዐዛጋ ፡ ኸአ ፡ « እም
ቤት ፡ እሌን ፡ ከዳ ፡ » ምስ ፡ ሰምዑ ፡ አብ ፡ ራእስ ፡ አርኣያ ፡ አትዮም ፡ ን
ወዘሮ ፡ ሳህሉን ፡ ንእይተ ፡ አላን ፡ ሒዞም ፡ « ሽመት ፡ ንእና ፡ እዩ ፡ ዝግ
ባእ ፡ በዚ ፡ ደቂ ፡ ሽባጋድሽ ፡ ኢና ፡ ብጸዐዛጋ ፡ ኸአ ፡ ደቂ ፡ ተወልደ-
መድህን ፡ ደቂ ፡ ማሞ ፡ ኢና ፤ ስለዚ ፡ ንአላ ፡ ሽሙልና ፡ » የልዎም ። ራ
እስ ፡ አርኣያ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ተሓኙሶም ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላ
7. ሽ ፡ ንአላ ፡ ሃብዎ ። እይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ጌና ፡ ንእሽቶ ፡ ቈ
ልዓ ፡ ነበሩ ።
8. ነሶም ፡ ተሸይሞም ፡ ጸዐዛጋ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ብድሕሪኡም ፡ ራእስ ፡ አር
ኣያ ፡ ኸአ ፡ ንምድሪ ፡ አልገደ ፡ ክዘምቱ ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ፤ ምስ ፡
ዘመትዎ ፡ ድማ ፡ ንዐጆም ፡ ተመልሱ ።

175. ውግእ ፡ ምስንግ ።

1. ራእስ ፡ አርኣያ ፡ ምስ ፡ ከዱ ፡ እይተ ፡ ገብረይኺ ፡ እምቤት ፡ እሌንኺ ፡
ንእይተ ፡ አላ ፡ ምግዛእ ፡ አበዩ ፤ ሐያሎ ፡ ሻርኣም ፡ ገነበሩ ፡ አኺቦም ፡
2. አብ ፡ ምስንግ ፡ ሰፈሩ ። እይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ሰቦም ፡





ሒዞም ፡ ገስግሾም ፡ ብዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ተጠውዮም ፡ ጸሓይ ፡ ድሕሪት ፡
ጌሮም ፡ አብታ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ዘላ ፡ ኸሳድ ፡ ቀዳም ፡ መዓልቲ ፡ ንግሆ ፡ ተ
ዋግእዎም ። ሽዑ ፡ እይተ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ። ካብ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ 3.
ጅግና ፡ ግዴ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ሐንስ ፡ ወዲ-ወዲ ፡ ንኽንቲባ ፡ ዘሙይ ፡ አብ
ኡ ፡ ሞተ ፤ ዝበዝሐ ፡ ሰብ ፡ ግና ፡ ሀዲሙ ፡ ወጸ ። ደቂ ፡ እምቤት ፡ እሌ 4.
ን ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ መርእድኒ ፡ አብኡ ፡ ምስ ፡ አዲኦም ፡ ወዓሉ ።

ደግያት ፡ ውብ ፡ ወረዱ ። 176.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ተዓሪ 1.
ቖም ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ ግዝኣቶም ፡ ሓዙ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ራእስ ፡ አር
ኣያ ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ አተዉ ። ወዘሮ ፡ ሰህሉ ፡ ኸአ ፡ ነ 2.
ዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዓ ፡ ንወጆን ፡ ንአላ ፡ ሒዠን ፡ አብ ፡ ዐጅምሓራ ፡
ሀደማ ። ሐማሴን ፡ ከአ ፡ ከም ፡ ቀደሙ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ምስ ፡ ተ 3.
መለሰ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ እቶም ፡ ቀዳሞት ፡ አሽማት ፡ በብዝነበርዎ ፡ ተ
መልሱ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ እይተ ፡ ገብረይኺ ፡ እምቤት ፡ እሌንኺ ፡ ዐጆም ፡
ሓዙ ።

ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ ካብ ፡ ዐጅምሓራ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፡ ሰቦም ፡ 4.
ኮሎም ፡ አኽቲቶም ፡ ብቕኒ ፡ ቖውዒ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ። ነዚ ፡ ም 5.
ድርዚ ፡ ብሰብ ፡ መሊኦም ፡ ደሓር ፡ ንመትሕት ፡ ገኾን ፡ ኽሳዕ ፡ ሐልሐለ-
በጐስ ፡ ዘመትዎ ። አብዚ ፡ ዘመቲዚ ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ ፍሉጥ ፡ ገነበረ ፡ ሾ
ም ፡ በጐስ ፤ ሃኪን ፡ ወዲ ፡ መዲን ፡ ሞተ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኸምዚ ፡ ተ 6.
ባህለ ፤

እበየ ፡ ጭንድቕ ፣
ምድሪ ፡ ኽንደቕድቕ ፣
ሃኪን ፡ ክወድቕ ።

7. አበዮ ፡ ሐልሐል ፤
ትራዱ ፡ ስሐል ፤
እዳም ፡ ኪደሐል ።
8. አበዮ ፡ ገተን ፤
ጃዊ ፡ ገበተን ፤
ምስ ፡ አገነተን ።

9. ደግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ኹሉ ፡ ዘሚቶም ፡ ምስ ፡ አእከሉ ፡ ንደግያ
ት ፡ እሸቱን ፡ ንሓደ ፡ መኹንኖም ፡ ከአ ፡ ብላታ ፡ ኹኹበ ፡ እቶባህለን ፡ አ
ብ ፡ እንዳበ-መጣዕ ፡ ሐዲጎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
10. ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዐዓመት ፡ ኩሉ ፡ ግዜ ፡ ብቕን ፡ ቐውዒ ፡ ነ
ዚ ፡ መትሕት ፡ ዝኸነ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ሐድሓደ ፡ ሹም ፡ ብብእዋኑ ፡ አ
11. ናሰዱዱ ፡ ይዘምትዎ ፡ ነበሩ ። ድሕሪ ፡ ሐሙሽተ ፡ ዓመት ፡ ባዕሎም ፡ ደ
ግያት ፡ ውበ ፡ ኸአ ፡ ኸልአይ ፡ ሳዕ ፡ ካብ ፡ ሰምሃር ፡ ጀሚሮም ፡ ክሳዕ ፡ ሐ
ባብ ፡ ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ንሐልሐለ-ብጐስ ፡ ዘሚቶም ፡ አጥፍእዎ ። አብቲ ፡
ንዓመቱ ፡ ኸአ ፡ ወዶም ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ካብ ፡ ሐልሐል ፡ ጀሚሮም ፡ እ
ንተሎ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ክሳዕ ፡ ኸሰላ ፡ ዘመቱ ።
12. እዚ ፡ ላዕሊ ፡ ዝኸነ ፡ ግና ፡ በብሹ-መንኡ ፡ ግብርን ፡ ፈሰስኒ ፡ አናው
ጽኤ ፡ ንዝመጺ ፡ ሹም ፡ አናሃቡ ፡ ነበሩ ።

177. ጅግንነት ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ።

1. ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ወዲ ፡ ቴድሮስ ፡ ሓደ ፡ ዐቢ ፡ ዘማታይ ፡ ነበ
2. ሩ ፡ በዚ ፡ ኹሉ ፡ ዘመተ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ነሶም ፡ መራሒኦም ፡ ነበሩ ። ብ
ዛዕባዚ ፡ ሰንጋል ፡ ወዲ ፡ አንግሽ ፡ በዓል ፡ ጸዐዚጋ ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋ
ብር ፡ ከምዚ ፡ የሎም ፤





ካብ ፡ ዓመት ፡ ሐርሽ ፡ ተጕምብሽ ፤
ሐንቲ ፡ ሰይቲ ፡ ምስ ፡ ወልዱ ፡ ገስግሽ ።

« በኺት ፡ ክቕረጽ ። » 178.

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ሰብ ፡ ክርንሽም ፡ ክዘምቱ ፡ ይለዉ ፡ በ 1.
ረኻ ፡ ወረዱ ። ሽዑ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ በዓል ፡ እምበ-
ደርሆ ፡ ካብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ ፡ ዕዛር ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ኸንትብኸት ፡ አይነበሮ
ን ፡ እሞ ፡ ከም ፡ ኩሉ ፡ ሰብ ፡ ብኸተት ፡ ምስ ፡ እበይ ፡ ባህረ ፡ ኸደ ። ብድ 2.
ሕርዚ ፡ ናብ ፡ ክሳድ ፡ ወገሬቕ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፡ ነሹ ፡ « ኩብደይ ፡ ተቖር
ጨ ፡ » ይሉ ፡ ተረፈ ። ሽዑ ፡ እንዳቲ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ልዑል ፡ ሐሙ ፡ በ 3.
ኺት ፡ ከአ ፡ « በኺት ፡ ክቕረጽ ፡ ዘይቕረጽ ፡ ተኸለ ፡ ርጉም ፡ ይኹን ፡ »
ይሉ ፡ ተረፈ ። እዛ ፡ ቓልዚአ ፡ ኸሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ መመሰሊት ፡ ኰይ
ና ፡ አላ ። — ኩብቶም ፡ መሰንይትኦም ፡ ከአ ፡ ሐያሎ ፡ እዚአ ፡ ምስ ፡ ረአ 4.
ዩ ፡ ንንዐዶም ፡ ተመልሱ ። ኩብቶም ፡ አብ ፡ ዘመተ ፡ ዝኸዱ ፡ ግና ፡ ብዙ
ሓት ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ጠፍኡ ።

ስጅት ፡ ሰብ ፡ ሐማሴን ። 179.

ብዘበን ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ሐማሴን ፡ ብፈሰስኒ ፡ ግብርን ፡ መኸራ ፡ ጸ 1.
ጊበም ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ዐዶም ፡ ሐዲጎም ፡
ካብ ፡ ሀገሮም ፡ ለቒቖም ፡ ከዱ ። በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ዕቑባይ ፡ ወዲ ፡ ገብረ ፡ 2.
ኻብ ፡ ዐጀይጠበ ፡ ብዙሕ ፡ ሀብታም ፡ ነበረ ፤ እንተኸነ ፡ ናብ ፡ መወጻእት
ኡ ፡ « እገዘስ ፡ አይኸአለኝን ፡ እዩ ፡ » ይሉ ፡ ነሹ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ስደት ፡ ሰ
ዓበ ።

ብዛዕባዚ ፡ ደቂ ፡ እዚ ፡ ሀገር ፡ ሐያሎ ፡ ናይ ፡ ጓሂ ፡ ደርፊ ፡ ደረፉ ፡ 3.
ከም ፡ ከምዚ ፡ ዝአመሸለ ፤

ሰምበሊ ፡ ሰምበሊ ፡
ፈርጊ ፡ ኵንኪ ፡ ተጠሙፊ ፡
ቀርሺ ፡ ኵንኪ ፡ ተዐሸፊ ፡
ንሕናስ ፡ ኪድና ፡ ደሐን ፡ ዓሊ ፡
ምስ ፡ እምሓራይ ፡ ተማሰሊ ።

4. ሓደ ፡ ኸምኡ ፡ ዘለ ፡ ኸእ ፡ እዚ ፡ እዩ ፡

ሰምበለ ፡ ሰምበለ ፡
ዕቍባይ ፡ እኳ ፡ እተታበለ ፡
እሻሕ ፡ እሻሕ ፡ ዝኽፈለ ፡
ንሕናስ ፡ ኪድና ፡ ደሐን ፡ ዓለ ።

180. መጺለኢ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርኒ ።

1, 2. እይተ ፡ ገብራይኒ ፡ እምቤት ፡ እሌንኒ ፡ ብፍቕሪ ፡ አይነበሩን ። ከም
ኡ ፡ ኸእ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ምስቶም ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ምስ ፡
ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ንእይተ ፡ ገብራይ ፡ ድማ ፡ ዘምኦም ፡ ዝነበሩ ፡
3. ብሐያሎ ፡ ነገር ፡ ብልበን ፡ ተቐሐሓሩ ። ቅድምዚ ፡ ብፍቕሪ ፡ ኸለዉ ፡ ጓ
ለን ፡ ሂበንኦም ፡ ነበሩ ፤ ነሰም ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጽቡቕ ፡ ክፉእ ፡ ፈደ
4. ዩ ፤ ንታ ፡ ጓለን ፡ ብብዙሕ ፡ ክፉእ ፡ ነገር ፡ ጸያይቖም ፡ ሰደድዎ ። በዚ ፡
ጕሀየን ፡ መጽኡ ፡ ይለን ፡ ከለዋ ፡ ኣብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸእ ፡ ሓደ ፡ ኻልእ ፡ ነ
5. ገር ፡ ተወሰኸን ። እይተ ፡ ሰለሙን ፡ ክሞቱ ፡ ኸለዉ ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-
ጋብር ፡ ጠበናጁን ፡ ሐያሎ ፡ አጽዋርኒ ፡ ሐደራ ፡ አምቢሮምሎም ፡ ነበሩ ።
እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ጓለን ፡ ምስ ፡ ተሐድግት ፡ ደቀን ፡ ልኢኸን ፡ ን
ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ « አተን ፡ እቻፈልጥወን ፡ ገንዘብ ፡ ሐደራስ ፡ ም
6. ለሱለይ ፡ » የልኦም ። ነሰም ፡ ከአ ፡ ቀደም ፡ ንደግያት ፡ ውብ ፡ ገጽ-ብረኽ
ት ፡ ስለ ፡ ዝሃብዎ ፡ ሰምቢዶም ፡ « እንታይ ፡ ዘረብኡ ፡ እዩ ፡ እዚ ፤ እነስ ፡
ጠበንጃኹም ፡ አይርኤኹ ፡ አጽዋርኩም ፡ » የልዎም ። ደቂ ፡ ኸእ ፡ እ





ዚ ፡ ሕጆም ፡ ኣብ ፡ እዲኦም ፡ ተመልሱ ። እምቤት ፡ እሌን ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ 7.
መርድእዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዓ ፡ ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ሐዘነን ፡ መል
ሸን ፡ ጕሃያ ።

ነሰን ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ ኸሎ ፡ ቍስሊ ፡ ልበን ፡ ንኹናት ፡ ጥራይ ፡ ቄረ 8.
ጸ ። ስለዚ ፡ ንሓደ ፡ ፈታዊኦም ፡ ዝነበረ ፡ ሰብኣይ ፡ « ምሕጽንቲ ፡ ወል
ደ-ጋብር ፡ » እናለ ፡ ኣብ ፡ መቕሕ ፡ ለበድኦ ። ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከ 9.
አ ፡ እዚ ፡ ወረዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ዘሎ ፡ ሰበም ፡ አኽቲቶም ፡ ኣብ ፡ ከርን
ሽም ፡ ከይዶም ፡ ደፈረ ፡ ሰፈሩ ። እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ጥቕኡ ፡
ናብ ፡ ዐዜን ፡ ሰፈራ ። ሽዑ ፡ እትን ፡ በቲ ፡ እትን ፡ በቲ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ እ 10.
ብ ፡ ዐዲ ፡ ሽኻ ፡ ተናቑቱ ። ኣብኡ ፡ ድማ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ስዒረን ፡ ቅ 11.
ሩብ ፡ ተደፍኣ ፤ እንተኸነ ፡ በዚ ፡ ጌና ፡ ልበን ፡ አይዐረፈለንኒ ፤ ንሽዑ ፡ ግ
ና ፡ ዐጃን ፡ ተመልሳ ። ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከአ ፡ ሀዲሞም ፡ ዐዶም ፡
አተዉ ።

181. እይተ ፡ ገብራይ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሓዙ ።

ብድሕርዚ ፡ ኸእ ፡ እይተ ፡ ገብራይ ፡ ኣብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቀደ 1.
ም ፡ ጽልኦም ፡ በዚ ፡ ናይ ፡ ዘምኦም ፡ ከአ ፡ ብዙሕ ፡ ጕሃዩ ። ብጀኸኡ ፡ 2.
ኸእ ፡ ሓደ ፡ ውዑይ ፡ ምኽንያት ፡ ረኸቡ ። ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ግብረ ፡
አውጺኦም ፡ ምስ ፡ ከዱ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ኸእ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ካልኣይ ፡
ፈሰስ ፡ ሰላሳን ፡ ሐሙኽተን ፡ ዝእኽል ፡ ፈርጊ ፡ ኩብ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ አ
ውጽአ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ደቂ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ብእምቤት ፡ እሌን ፡ ጕሃዩ ።

ስለዚ ፡ እይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ምስኦም ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፡ ልጅ ፡ ወል 3.
ደንኪኤል ፡ ብሰምበት ፡ ቤተኽስያን ፡ ክስዕሙ ፡ ይሎም ፡ ምስ ፡ ወጹ ፡ ለፍ ፡
አቢሎም ፡ ሓዝዎም ። ብድሕርዚ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ኩብ ፡ ዐጀን ፡ ጸሊቆ 4.
ን ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸይደን ፡ ኣብ ፡ ብላታ ፡ አገልድም ፡ አተዋ ። ልጅ ፡ መርእድ ፡
ከአ ፡ ናብ ፡ ወንሰባ ፡ ጌሾም ፡ ኔሮም ፤ እሞ ፡ ኩብኡ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ሰዓቡ ። ሰ

5. ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ አሰንዮም ፡ ጽልግ ፡ አሕሊፎምዎም ፡ ተመልሱ ። ሸ
ዑ ፡ ናብ ፡ ተራ-እምኒ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ገረ-ኺዳን ፡ አተዉ ፡ ክብ
ኡ ፡ ብሐንሳእ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ንሐውዜን ፡ ከዱ ።
6. አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ከአ ፡ ንልጆ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዓመተ-መንፈቕ ፡
7. ዝአኸለ ፡ አብ ፡ መቐሕ ፡ አሲሮም ፡ አቐመጥዎም ። ሸዑ ፡ ራእሲ ፡ አርአያ ፡
ኸም ፡ ብሐጅሽ ፡ ሸፊቶም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ በ
ቲ ፡ እዋንቲ ፡ ከይመጹ ፡ ተረፉ ። ደሓር ፡ ግና ፡ ነሹቶም ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ አ
ይተ ፡ ገብሩይ ፡ ብእኡ-ብእኡ ፡ ፈትሕዎም ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ልጆ ፡ ወልደንኪ
8. ኤል ፡ አብ ፡ ሐውዜን ፡ ሰዓቡ ። – –

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ክብ ፡ አገው-ወልደንኪኤል ፡ ዘ
ምኦም ፡ ንደግያት ፡ ውብ ፡ ጓል ፡ ወለዳ ። ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደቆን ፡
ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አብኡ ፡ ጸንሓ ።

182.

## አይተ ፡ አሳ ፡ ተመልሱ ።

1. አይተ ፡ አሳ ፡ ኸአ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ምስ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ መ
2. ጹ ። ቀደም ፡ ምስ ፡ አዲኦም ፡ ወዘሮ ፡ ሳህሉ ፡ አብ ፡ ዐጀምሓራ ፡ ህጹጦ
ም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ አብ ፡ ጐንደር ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አውና ፡ ሰላማ ፡ አትዮም ፡
ሐያሎ ፡ ዓመት ፡ ተቐመጡ ። ደሓር ፡ ግና ፡ ሐያሎ ፡ ምስ ፡ ከነ ፡ አውና ፡
ሰላማ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ዐረቕዎም ፡ ሸመት ፡ ሀገሮም ፡ ከአ ፡ ለግ
ሞም ፡ ንአይተ ፡ አሳ ፡ አውሃብዎም ።
3. አይተ ፡ አሳ ፡ ኸአ ፡ ሸመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፡ ዐዶም ፡ አትዮም ፡
ብትሕቲ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ንምኽዓው-ቈሎ-ምላሽ ፡
4. ገዝኡ ። አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ድማ ፡ ሸዑ ፡ ብዕርቂ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ አሳ ፡ ክ
ልቲኦም ፡ ከም ፡ አፅሩኽ ፡ ኰይኖም ፡ ጸንሑ ።





## ኲናት ፡ ጕራዕ ።

183.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ ግዜ ፡ ብቕነ ፡ ቐውዒ ፡ ሰድራ ፡ ደግያት ፡ ው 1.
ብ ፡ ኸም ፡ ልማዶም ፡ ክመጹ ፡ ኸለዉ ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ምስአ
ም ፡ ወጻ ። አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ቐብሪ ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ 2.
ክብ ፡ ተኸለ ፡ ቃሕታይ ፡ ነበረ ፤ ናይ ፡ ብሀገሩ ፡ መኳንንቲ ፡ ድማ ፡ ናብ
ኡ ፡ ተአኪቦም ፡ ነበሩ ። ሸዑ ፡ አይተ ፡ ገብሩይ ፡ « ንዑ ፡ ግዳ ፤ ሓደ ፡ በ 3.
ዓል ፡ ቈጽሊ ፡ ጌርና ፡ ነዘም ፡ አምሓራ ፡ አይንቐበሎም ፤ ንዋጋእ ፡ » የ
ሎም ። ሐሳቡ ፡ ግና ፡ ፍርሃት ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ እዩ ፡ እምበር ፤ ጽልእ
ት ፡ አምሓራ ፡ አይኮነን ። አብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ መኳንንቲ ፡ ኹሎም ፡ ግና ፡ 4.
ብልቦም ፡ ነዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ፈተውዎ ፤ ክዋግኡ ፡ ኹሎም ፡ ሕራይ ፡ ተብ
ሃሉ ።

ሰድራ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ እኒ ፡ ብላታ ፡ ኈኈብ ፡ ምስ ፡ ደግያ 5.
ት ፡ ገረንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ ወለላን ፡ ኰይኖም ፡ አብ ፡ ጕራዕ ፡ ወጹ ። ሸ
ዑ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ ከም ፡ ውዕሎኦም ፡ ክዋግኡ ፡ ኸተቱ ። እን 6.
ተኾነ ፡ አይተ ፡ አሳ ፡ ብውሽጢ ፡ ጕርሓት ፡ አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ስለ ፡ ዘለ
ዩ ፡ « ዘኽብሩንን ፡ ዘዕብዩንን ፡ ነሶቶም ፡ እዮም ፡ እሞ ፡ አነስ ፡ አይዋጋእ
ኒ ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ ክብ ፡ መገዲ ፡ ተመልሱ ። ንግሆ ፡ ብኽተት ፡ ክብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ተበገሱ ፤ ለይቲ ፡ ብጸልማት ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቶም ፡ ኰይ
ኖም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ። ዝተረፉ ፡ መኳንንቲ ፡ ግና ፡ እኒ ፡ አይተ ፡ ገብሩ 7.
ይ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፡ ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስ
ገዶም ፡ [በዓል ፡ ዐዲ ፡ ፈለስቲ] ፡ ክብ ፡ ክርንሽም ፡ ከአ ፡ ሐያሎ ፡ ተአኪ
ቦም ፡ ከይዶም ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ጕራዕ ፡ ምስ ፡ ብላታ ፡ ኈኈብ ፡
ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ብላታ ፡ ኈኈብ ፡ ሰዓረ ። ክብዘም ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ 8.
ሐያሎ ፡ ተማረኹ ፤ ገለ ፡ ኸአ ፡ ሀደመ ። መኳንንቲ ፡ ዝኾኑ ፡ ሀሀጹጦም ፡
ተመልሱ ።

9. አብኡ ፡ ሓደ ፡ ጅግና ፡ በዓል ፡ ጸዐዘጋ ፡ ደበስ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ጋብር ፡
ተማረኽ ። ሽዑ ፡ ሰይቲ ፡ ደበስ ፡ ሰብኣያ ፡ ዝሞተ ፡ መሽልዋ ፡ ሐዘንት ፤
ከምዚ ፡ ይላ ፡ ኸአ ፡ አልቀሰት ፤

« አታ ፡ ደብሽዋ ፡ ደብሽዋ ፤
ከመ-ይልኳ ፡ ሐደርካ ፡ ብዘይ ፡ ስዋ ፤
ሜስ ፡ አንተ ፡ በኣንካስ ፡ እኳ ፡ ስዋ » ።

10. ደሓር ፡ ግና ፡ ደበስ ፡ እምሓራ ፡ አሲሮምዎ ፡ ኔሮም ፡ ብደሐን ፡ ንዐዲ ፡
አቶ ። — —

ብላታ ፡ ኰኸብ ፡ ኸአ ፡ ንኣታቶም ፡ ስዒሩ ፡ አብ ፡ እንዳብ-መጣዕ ፡
12. ተቐመጠ ። ካብኡ ፡ ነቶም ፡ መኳንንቲ ፡ ሹላቶም ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝቐጽ
ዖም ፡ « ደሐን ፡ አጆኹም ፤ ምሒረኹም ፡ አሎኹ ፡ » ይሉ ፡ ጸውዖም ።
13. ሽዑ ፡ ሹላቶም ፡ ተአከቡ ፤ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ጥራይ ፡ ሸፈቱ ። ድሕርዚ ፡
ብላታ ፡ ኰኸብ ፡ ነቶም ፡ ዝአተዉ ፡ መኳንንቲ ፡ ሹላቶም ፡ መሓሮም ፤
ሽመት ፡ ሚናብ-ዘርአይ ፡ ከአ ፡ ንእምቤት ፡ እሌን ፡ ሃበን ።
14. በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡ እታ ፡ ኹናት ፡
15. አብ ፡ ባሕሪ ፡ ሀዲሙ ፡ ነበረ ። ካብኡ ፡ ባዕሉ ፡ ናብ ፡ ናይብ ፡ አቶ ፤ ናይ
ብ ፡ ግና ፡ አሲሩ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ አሕሊፉ ፡ ሃቦም ። ድሕርዚ ፡ ደግ
ያት ፡ ውበ ፡ ንኡ ፡ ኸአ ፡ ምሒሩ ፡ ዋንነት ፡ ክርንሽም ፡ ብድሕሪ ፡ አቦይ ፡
ባህረ ፡ ሃብዎ ።

ዋሕስ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ።

1. አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ንደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ። አብቲ ፡
ኸረምቲ ፡ ብላታ ፡ ኰኸብ ፡ ንትግራይ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፡ ካብኡ ፡ ንዐዚ
ን ፡ መጺኦም ፡ እንዳ ፡ ኺዳኑ ፡ ወዲ ፡ ሳምሩ ፡ ሰፈሩ ።
2. ብላታ ፡ ኰኸብ ፡ ክኸይድ ፡ ከሎ ፡ ድማ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ አውጁ ፡
ነበረ ፤ « ነዚ ፡ ሽፍታ ፡ ንገብራይ ፡ ዝኣኹም ፡ መኳንንቲ ፡ ናብታ ፡ ዘሎ





ዋ ፡ ኼድኩም ፡ ከም ፡ እትአስርዎ ፡ ግበሩ » ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ እንተሎ ፡
እምቤት ፡ እሌን ፡ ዝሎም ፡ መኳንንቲ ፡ ተአኪቦም ፡ አብ ፡ ጸባበ ፡ ሰፈ
ሩ ። ሽዑ ፡ ዐረቕቲ ፡ ናብ ፡ መንጎኦም ፡ አትዮም ፡ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ከ 3.
ምዚ ፡ የልዎም ፤ « ሐንትስ ፡ ንሉሚ ፡ ደአ ፡ ሕራይ ፡ ይልኩም ፡ እዞም ፡
መኳንንቲ ፡ ዐዶ-ዐዶም ፡ ከም ፡ ዝኸዱ ፡ ግበሩ ፡ እምበር ፤ ዳሕራይ ፡ ግዜ ፡
መን ፡ ንእኹም ፡ ክሕዝ ፡ ይሉ ፡ ክይመጽእ ፤ እምቤት ፡ እሌን ፡ እንተ ፡ ኸ
ነት ፡ በይና ፡ እንታይ ፡ ክይተምጽእ ፡ » ይሎም ፡ መኸርዎም ። ንሶም ፡ ከ
አ ፡ ሕራይ ፡ ይሎም ፡ አርባዕተ ፡ ዋሕሳት ፡ ተኸሉ ። ደሐር ፡ ግና ፡ መኳ 4.
ንንቲ ፡ ዐዶ-ዐዶም ፡ ምስ ፡ ከዱ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ ሸ
ፈቱ ። እምቤት ፡ እሌን ፡ ድማ ፡ ኸልተ ፡ ኻብቶም ፡ ዋሕሳት ፡ አሰራ ፤ ክ
ልእ ፡ ክገብርአም ፡ ግና ፡ አይከአላን ።
አብቲ ፡ ንዓመቱ ፡ ድማ ፡ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ናብ ፡ እንዳብ- 5.
መጣዕ ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፡ ደግያት ፡ እሸቱ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ብላታ ፡ ኰኾ
ብ ፡ ተሸይሞም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ ንአይተ ፡ ገብራይኒ ፡ ንእምቤት ፡ እሌንኒ ፡
ጸዊዖም ፡ ዐረቕዎም ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ብዕርቂ ፡ ዐዶም ፡ አተ
ዉ ። — ካብቲ ፡ ንንየው ፡ እምቤት ፡ እሌን ፡ ፈለሳ ፤ አጆራሽን ፡ ሐዲግን ፡ 6.
አብ ፡ ሐንቲ ፡ ንእሽቶ ፡ አጉዶ ፡ ናብ ፡ ጥቓ ፡ ቤተ ፡ ኽስያን ፡ ተቐመጣ ።

ቶርዓ ፡ ንአይተ ፡ ተኽላይ ፡ ቀተልዎ ። 185.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ኸአ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ አይተ ፡ አላ ፡ 1.
ዝዋንኦም ፡ ኩላቶም ፡ ሐቢሮም ፡ ንምድሪ ፡ ሰምሃር ፡ ንዐዲ ፡ ናይብ ፡ ዘ
መቱ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ጽንዕ ፡ እምባ ፡ ናይብ ፡ አፍረሱ ፤ ዘሎ ፡ አቕ
ሕኦምኒ ፡ ማሉምኒ ፡ አኪቦምዎ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ኸምለሱ ፡ ኸለዉ ፤ ቶ 2.
ርዓ ፡ ብረዳት ፡ መጺኦም ፡ ወደቕዎም ። አብኡ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፡ ወዲ ፡
ኸንቲባ ፡ አልመዶምኒ ፡ ብላታ ፡ አገልድምኒ ፡ ኸምኡ ፡ ድማ ፡ ሐያሎ ፡
ኻልኦት ፡ ሞቱ ።

3. ሽው ፡ ንእይቶ ፡ ተኸላይ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አልቀሱሎም ፤

አይበሀልኒ ፡ አይቶ ፡ ተኸላይ ፡ ብሸሃይ ፡ ሞይቶም ፤

ናይ ፡ ሕልሚ ፡ ደአ ፡ ኰይኑ ፤ ናይ ፡ ሀተምተም ፡፡

186. ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡፡

1. ቅድም ፡ ከም ፡ ዘልና ፡ አይቶ ፡ ሰለሙን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡
ብተላበውዎም ፡ ነገር ፡ ንእምባት ፡ እሴን ፡ ስለ ፡ ዝጠለምዎን ፤ አብ ፡ ል
ዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ሻሩ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ስለ ፡ ዝኸኑ ፤ እምቤት ፡ እሴን ፡ ምስ ፡ ደቆ
ን ፡ ኰይኖን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ተቐየምአም ፡፡ እምብአር ፡ ቀ
ደምሲ ፡ እኳ ፡ ውሽምኤን ፡ ኔሮም ፡፡

2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፤ ንአይቶ ፡ አላ ፡ ኸበጽሑ ፤
3. ጸዐዘጋ ፡ መጹ ፡፡ ከመጹ ፡ ኸለዉ ፤ ብታሕቲ ፡ ብዐንሰባ ፡ ኔሮም ፡ ንጸዐዘጋ ፡
አተዉ ፡፡ አብኡ ፡ ቐንዮም ፤ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፡ ግና ፤ አቕኒዖም ፡ ብመገ
ዲ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸኸዱ ፡ ደለዩ ፡፡ እቶም ፡ ስድርአም ፡ ግና ፤ ቂም ፡ እምቤት ፡
እሴን ፡ ዝፈለጡ ፤ « ንዑ ፤ ብዝመጻእናዮ ፡ ምምላስ ፡ ይሓሸና ፤ » የልዎ
4. ም ፡፡ ነሶም ፡ ግና ፡ አበዩ ፡፡ ድሕርዚ ፡ አይቶ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ንሓዎም ፡ አይ
ቶ ፡ ወልደ-ገብረኤልኒ ፡ ንብላታ ፡ ገረ-መድህን ፡ ወዲ ፡ ብላታ ፡ አገልድ
5. ምኒ ፡ ከሰንዮዎም ፡ ሂቦም ፡ አፋነውዎም ፡፡ ከብኡ ፤ ሀዘጋ ፡ ኸበጽሑ ፡ ኸ
ለዉ ፤ እምቤት ፡ እሴን ፡ ሰባት ፡ ልኢኸን ፤ « ከመይ ፡ የአ ፤ ከመይ ፤ ዘይ
ትበጽሑኒ ፤ ዘይትልግሱ ፤ » የልአም ፡፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከአ ፡ አልገ
6. ሱ ፡፡ እቶም ፡ መሰንዩትአም ፡ አብ ፡ ሓደ ፡ ቤት ፡ አተዉ ፤ ነሶም ፡ ከአ ፡
ምስ ፡ እምቤት ፡ እሴን ፡ አብታ ፡ ንእሽቶ ፡ አጕዶኤን ፡ አተዉ ፡፡

7. ምሸት ፡ ምስ ፡ ኮነ ፤ ደቂ ፡ አይቶ ፡ ሰለሙን ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብ
ር ፤ « ንዑናይ ፡ በሉ ፤ አብቲ ፡ አጀራሽ ፤ » ይሎም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ መርእ
8. ድ ፡ አእተውዎም ፡፡ አብኡ ፤ ድማ ፡ አሰርዎም ፡፡ ሽው ፡ ሰብ ፡ ዘበለ ፡ ተና
ወጸ ፡ ገሊኦም ፡ ከአ ፤ « ፍትሕዎ ፤ » ይሎም ፡ አሸገርዎም ፡፡ ነሳቶም ፡ ግ





ና ፡ ሽው ፡ ለይቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ወሲዶም ፡ አብ ፡ ርባ ፡ ማይ ፡ ፈለጋ ፡ ቐተ
ልዎም ፡፡ እቶም ፡ መሰንዩትአም ፤ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ዝኸኑ ፡ ኸይፈለጡ ፤ 9.
« ጠሊሞሙና ፤ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ፡፡

ሞት ፡ እምቤት ፡ እሴንኒ ፡ ደቅ-ደቅንኒ ፡፡ 187.

ድሕርዚ ፡ አይቶ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይቶ ፡ መርእድኒ ፡ ንዐንሰባ ፡ 1.
አቢሎም ፡ ሀደሙ ፤ ብኡ ፡ ኔሮም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ አተዉ ፡፡ እም 2.
ቤት ፡ እሴን ፡ ከአ ፡ ንቶም ፡ ናእሽቱ ፡ ደቅ-ደቅን ፤ ወዲ ፡ ወልደንኪኤል ፡
ገብረ-ጻድቕ ፡ ዝበሀል ፡ ወዲ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ገብሩት ፡ እተብሀለ ፡ ሕ
ጆን ፤ ንእምባ-ደርሆ ፡ ኸይደን ፡ አብ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡
ተማዕቈባ ፡፡ ሽው ፡ ሰብ ፡ ኳዜን ፡ መጺኦም ፡ ንበኺት ፤ « ንዑናይ ፤ አባና ፡ 3.
አሕልፍዎም ፤ እዞም ፡ ቀለውዕ ፡ ምስ ፡ አዲኦም ፤ ንሕና ፡ ኸነድሕኖም ፤ »
የልዎ ፡፡ ነሱ ፡ ግና ፡ ኸልአም ፡፡ – አይቶ ፡ ገብሩይ ፡ ከአ ፡ ሽው ፡ ድሕሪ ፡ 4.
ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ንሽም-ጅምንቖ ፡ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ፤ ደሓ
ር ፡ ግና ፡ ዝኸነ ፡ ነገር ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፤ ዐዶም ፡ አተዉ ፡፡ አይቶ ፡ አላ ፡ ድ 5.
ማ ፤ እምቤት ፡ እሴን ፡ አብ ፡ ክንቲባ ፡ በኺት ፡ ከም ፡ እተዐቝባ ፤ ምስ ፡
ሰምዑ ፡ ንምሉእ ፡ ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ አኸተቲ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ አይቶ ፡
ገብሩይ ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡፡ ድሕርዚ ፡ ተተሓሒዞም ፡ ንእምባ-
ደርሆ ፡ ኸይዶም ፡ ንእምቤት ፡ እሴን ፡ ምስ ፡ ቀለውዔን ፡ ከብኡ ፡ አው
ጺኦም ፤ ንዐዲ ፡ ኢሉስ ፡ አሕሊፎም ፡ ሃብዎም ፡፡

ክንቲባ ፡ ግልወት ፡ ወዲ ፡ ቴድሮስ ፤ ሐው ፡ ክንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፤ 6.
ከአ ፡ ተቐቢሎም ፤ ንእምቤት ፡ እሴንኒ ፡ ንቶም ፡ ክልተ ፡ ቐለውዔንኒ ፡ እ
ናጥመዩ ፡ እናጽምኡ ፤ ክልእ ፡ ቅጽዓት ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ልዕሊኡ ፡ እናወሰ
ኹ ፤ አጽንሕዎም ፡፡ አብ ፡ መንጎኡ ፡ ንቶም ፡ ክልተ ፡ ቐለውዕ ፤ « በሉ ፤ 7.
ማይ-እንጌራ ፡ ኸንሀበኩምሲ ፤ ነበና ፡ መን ፡ እዩ ፡ ዝቐተሎ ፤ » ይሎም ፡ ይ
ሐትዎም ፡ ነበሩ ፡፡ ነሳቶም ፡ ከአ ፤ እቲ ፡ ሓደ ፡ ቕድም ፡ አቢሉ ፤ « አበ

ይ ፡ » እንተለ ፡ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ሓደ ፡ « አይፋሉ ፤ አቦይ ፡ ደአሎ ፡
8. ዝቕተሉ ፡ » ይብሉ ፡ ነበሩ ። እዚ ፡ ኸአ ፡ ምእንቲ ፡ መዓት ፡ ማይ ፡ ክረኽ
ቡ ፡ እምበር ፡ አቦ ፡ እቲ ፡ ይኹን ፡ አቦ ፡ እቲ ፡ ስለ ፡ ዝፈለጡ ፡ አይኮኑ
9. ን ። እምቤት ፡ እሌን ፡ ከአ ፡ ነዚ ፡ ምርምርዚ ፡ እናሰምዓ ፡ « ደቀይ ፤ ዝ
ህቡኹም ፡ ንይብሎም ፤ ዘርበዕበዐ ፡ አይትበሉ ፡ » እናላ ፡ አጸናንዕአም ፤ ን
ርእሰን ፡ ግና ፡ ኸም ፡ ሐዊ ፤ ኹይኑ ፡ ይበልዔን ፡ ነበረ ።

10. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ መርእድን ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ው
ብ ፡ ጠርዑ ። ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ ንኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ « ተሎ ፡ ንዓ ፡ »
11. ይሎም ፡ ጸውዕዎም ። ኸው ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ንእምቤት ፡ እሌን ፡ ብ
ሴፍ ፡ ቀተልወን ፤ ንቶም ፡ ክልተ ፡ ቆለውዕ ፡ ግና ፡ « ዕድአም ፡ ከይብርት
ዕኒ ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡ ቄፎ ፡ ሐቢኦም ፡ ከይጸግቡን ፡ ከይሞቱን ፡ ይሎ
ም ፡ ንስደርአም ፡ ተላብዮም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸዱ ።

12. አብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወትን ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ ተማጎቱ ።
ኸው ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብሐቂ ፡ ንኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ከም ፡
ዝቕተሉ ፡ ተአመኑ ፤ ከንቲባ ፡ ግልወት ፡ ከአ ፡ ብሐቂ ፡ ንእምቤት ፡ እሌ
13. ን ፡ ምስ ፡ ክልቲአም ፡ ደቀን ፡ ከም ፡ ዝቐተልዎም ፡ ተአመኑ ። ድሕርዚ ፡
ደግያት ፡ ውብ ፡ « ከንቲባ ፡ ወልደ-ጋብርን ፡ እምቤት ፡ እሌንን ፡ መጃላድ
ልቲ ፡ ይኹኑ ፤ ስለ ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ቆለውዕ ፡ ግና ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡
ክልተ ፡ ሰብ ፡ ክትህብ ፡ » ይሎም ፡ ፈረዱሎም ። ኸው ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወ
ት ፡ ንሐዎም ፡ ጋብርን ፡ ንወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገብረ
14. ዮን ፡ አሕለፉ ። ነሳቶም ፡ ተትሕጆም ፡ ብዘብዔኛ ፡ ተኸቢዖም ፡ ክድብደ
ቡ ፡ ኸወጹ ፡ ኸለዉ ፡ ኩብ ፡ ሐያሎ ፡ አድባራትን ፡ ቤተኽስያናትን ፡ መሳ
ቕልን ፡ ድባባትን ፡ አምጺኦም ፡ ከህናት ፡ « እዝግዮ ፡ » ይሎም ፡ ንአይ
ተ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ ንአይተ ፡ መርእድን ፡ ለመንዎም ፡ « ሰብ ፡ አይተ
15. ሕልፉ ፡ እንተ ፡ ደሌኹም ፡ ጋርኩም ፡ ተቐበሉ ፡ » ይሎም ። ኸው ፡ አይ
ተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ « ጋር ፡ እንተ ፡ ኸነስ ፡ አንታይ ፡ ክ





ዑብሰለይ ፡ ይሉ ፤ መዓልቲ ፡ ደአ ፡ የምጽአለይ ፡ ብኢደይ ፡ ዝከሓሰሉ ፡ »
ይሎም ፡ መሓርዎም ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ድማ ፡ ቅድም ፡ አብዮም ፡ ኔሮ
ም ፤ ደሓር ፡ ግና ፡ ብብዙሕ ፡ ልማኖ ፡ ሕራይ ፡ የሉ ።

ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ብቐደም ፡ ድማ ፡ ልቢ ፡ ጉይታና ፡ 16.
« ነሱ ፡ በዓል ፡ ኒሕ ፡ እዩ ፡ ክንደይ ፡ ዝአኽል ፡ ጋር ፡ ከነ ፡ ሕንቕ ፡ ከነ ፡
ኸይቕበለኒ ፡ » ይሎም ፡ ስለ ፡ ዝፈለጡ ፡ ኸው ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ተሐኾሽ
ም ፡ ንዐጆም ፡ ልእኹት ፡ ሰደዱ ፤ ንቶም ፡ ተፈሮም ፡ ዝነበሩ ፡ ኸልተ ፡ ቆ
ለውዕ ፡ ድማ ፡ አቓበጽዎም ።

## ራእሱ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ ደግያት ፡ መርእድን ፡ ተመልሱ ። 188.

ድሕሪ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎም ፡ ም 1.
ስ ፡ አይተ ፡ መርእድ ፡ ኩብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ዋንነት ፡ ሕጆም ፡ ንሐማሴ
ን ፡ ተመልሱ ። አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ግና ፡ ኸም ፡ ቀደሞም ፡ ሽፈቱ ። ነሳቶ 2.
ም ፡ ከመጹ ፡ ኸለዉ ፡ ወረ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡
ሕጆም ፡ ንደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ሀደሙ ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎ
ም ፡ አቕኒዮም ፡ ዐጆም ፡ ኢተዉ ፤ ሰብ ፡ ዘይብላ ፡ ጸንሐቶም ። ኸው ፡ ስ 3.
ድራ ፡ አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ሓደ ፡ ደርፊ ፡ ደረፉ ፡ ከምዚ ፡ ዝብል ፡

እኒ ፡ መርእድ ፡ እኒ ፡ ወልዱ ፤
ንሕናስ ፡ ኪድና ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፤
ኣብ ፡ መን ፡ እም ፡ ኸትውሰዱ ፤

ስድራ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ መርእድን ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ መለሱሎም ፡ 4.

እንተ ፡ ኸይድኩም ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፤
ፈረስ ፡ ጃዊ ፡ ናበይ ፡ ክይዱ ፤
የምጽእኩም ፡ ብገመዱ ።

አይተ ፡ ገብሩይ ፡ ከአ ፡ ኹብ ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ንምላዛናይ ፡ ሐለፉ ። 5.
ኩብኡ ፡ ድማ ፡ ንዐዚን ፡ ክአትዉ ፡ ይሎም ፡ ክርንሽም ፡ ወጹ ። ሰብ ፡ ዐዚ 6.

ን ፡ ግና ፡ ሽው ፡ ተአኪብም ፡ « ሐወይ ፤ ንሕና ፡ ብእኹም ፡ ላሕ ፡ የልና ፤
ስለዚ ፡ ሎምስ ፡ አይነእትወኩምኒ ፡ » ይሎም ፡ ተኻላኸሉ ። አይተ ፡ ገብ
7. ራይ ፡ ከአ ፡ ኽልቶ ፡ ሰብአይ ፡ ቀቲሎም ፡ አተዉ ። ድሕርዚ ፡ እብኡ ፡ ነ
ዊሕ ፡ ክይጸንሑ ፡ ነቶም ፡ ምስአም ፡ ዝነበሩ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ክም ፡ ፍቓደ
ም ፡ ዐዶም ፡ ይእተዉ ፤ ሰደድዎም ፤ ነሶቶም ፡ በቲ ፡ ኹሉ ፡ ግዜ ፡ ምሽኛ
ትኒ ፡ ምውጋእኒ ፡ ተመሪሮም ፡ ዕርቂ ፡ ጥራይ ፡ ስለ ፡ ዝለመኑ ። – –
8. እብ ፡ መንጎዚ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ መርእድኒ ፡ ንኽ
ንቲብ ፡ ግልወት ፡ « ዐጽሚ ፡ አጼናን ፡ ደቒናን ፡ ሃቡና ፤ ናብ ፡ ዐድና ፡ ኽ
9. ንቀብር ፤ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ « ብኡ ፡ ዶኽን ፡ እቲ ፡ ደ
ም ፡ ሰይቲ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ይማራስዐሎ ፤ » ይሎም ፡ ፈቐዱሎም ። ሽ
ው ፡ ሬሳውቶም ፡ ንዐዶም ፡ አኪብዎ ።

189. አውሎ ፡ ዐንደ-ጼን ።

1. በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መርዓ ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ ወዲ ፡ ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸነ ፤ እተን ፡ መርዓቶም ፡ ድማ ፡ እምቤት ፡ ምሕሩ ፡ ጓል ፡ ሰለ
2. ሙን ፡ ወዲ ፡ ደብሩ ፡ ክብ ፡ ዝበን ፡ ደቂ ፡ ሽሃይ ፤ እየን ። ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡
ኸአ ፡ ግዝኢት ፡ አይተ ፡ አላ ፡ በርቲዕዎም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፤ መኺሮም ፡ ን
አም ፡ ክእስሩ ፡ እብ ፡ ክንድኦም ፡ ንኢማም ፡ ክሸሙ ፡ ሓሰቡ ። ሰብ ፡ ዐ
3. ዲ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ እኒ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፤ ምስአም ፡ መኸሩ ። ል
ጅ ፡ ኢማም ፡ ግና ፡ ነዲኦም ፤ ንወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ሰሚዖም ፡ እብዚ ፡ ምኽር
ዚ ፡ አይአተዉን ።
4. እብ ፡ መንጎዚ ፡ ሓደ ፡ መዓልቲ ፤ እብቲ ፡ ዳስ ፡ ሚስ ፡ ክሰትዩ ፡ ኽ
ለዉ ፤ ዐንደ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ቐሺ ፡ አብርሃም ፡ ንልጅ ፡ ኢማም ፡ ክምዚ ፡ ዝ
ብል ፡ አውሎ ፡ የሎም ፤

ቁላሕልሓ ፤ ኢማም ፤ ቁላሕልሓ ፤
ይወልዳ ፡ እምበር ፤ ይዋግኣይ ፡ እሓ ፤





ሓደ ፡ ኻብቶም ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ድማ ፡ ኻብቲ ፡ ሰቲ ፡ ኸም ፡ መቝሕ ፡ ዝ 5.
መሰል ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ ከዳን ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ሰንደደሎም ። ነሶም ፡ ከአ ፤ ነ
ቲ ፡ ምኽሪ ፡ ሽዓ ፡ ፈሊጦም ፤

« ኣነ ፡ ኣሉላ ፤
ኣነ ፡ አባ ፡ ጫገ ፤ »

ይሎም ፤ ክዳኖም ፡ ነጊፎም ፤ ክብቲ ፡ ዳስ ፡ ተንሲኦም ፡ ከዱ ። ሽው ፡ ዐን 6.
ደ-ጼን ፡ ክምዚ ፡ ይሉ ፡ አውሎ ፡ የለ ፤

እዛ ፡ ዛግራ ፤ እዛ ፡ ዛግራ-ዛግራ ፤
እንተ ፡ ትሰብራ ፡ እግረ-እግራ ፤
ነፊራ ፡ ኸትክይድ ፡ ንሀገራ ። – –

ብድሕሪኡ ፡ ግዝኢት ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኸም ፡ ብሐደሽ ፡ ጸንዔ ፤ እቲ ፡ 7.
ምኽሪ ፡ ኸአ ፡ ዐረፈ ። ዐንደ-ጼን ፡ ድማ ፡ ፈሪሁ ፤ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ኸይዱ ፡ 8.
ተማዕቄበ ። እንተኸነ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ባዕሎም ፡ ፈረስ ፡ ሰሪሮም ፤ ዐዲ ፡
ገብሩ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አይተ ፡ ተኽላይ ፡ አትዮም ፤ ሕጆምዎ ፡ ተመልሱ ፤
እብ ፡ መቝሕ ፡ ለቢዮም ፡ እብ ፡ ቤቶም ፡ አቐመጥዎ ። ክብኡ ፡ ሓደ ፡ መ 9.
ዓልቲ ፤ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ ተአኪብምዎ ፡ ኽለዉ ፤ ዐንደ-ጼን ፡ ብ እሱሩ ፡
ንአይተ ፡ አላ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፤

እታ ፤ አባ ፡ ሐመር ፡ ዷኻ ፤ አባ ፡ ዳልኸ ፤
እታ ፤ አባ ፡ ሐመር ፡ ዷኻ ፤ አባ ፡ ዳልኸ ፤
« ረኽብክዎ ፡ » ይልካ ፡ እምብዛ ፡ አይትኹልስ ፤
ንጸላኢኻ ፡ ናብ ፡ ኢ.ድካ ፡ እትመልስ ።

አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ስሒቖም ፡ ፈትሕዎ ። 10.

መዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ንሰብእየን ፡ በጽሕኦም ። 190.

ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ኸአ ፤ ሰይቲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ ድሕሪ ፡ ማእሰርቶ 1.
ም ፡ እብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ይቕመጣ ፡ ነበረ ፤ ጕሀየን ፡ ድማ ፤ ክም ፡ ፈላሊት ፡

ኵይንን ፡ ውዒለን ፡ ነበራ ፤ ብናፍቖት ፡ ሰብኦየን ፡ ብጾምኒ ፡ ብጸሎትኒ ።
2. ዐሸርተው ፡ አርባዕተ ፡ ዓመት ፡ ጸኒሔን ፡ ንሰብኦየን ፡ ክበጽሓ ፡ ይለን ፡
ካብ ፡ ደግያት ፡ ውብ ፡ ለሚኒን ፡ ብቕን ፡ ቃህሳስ ፡ አብ ፡ ስሜን ፡ ከይደን ፡
3. አብታ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘለውዎ ፡ እምባ ፡ ናብኦም ፡ አደየብወን ። ብ
ዛዕባዚ ፡ ደሐር ፡ ምስ ፡ ተፈትሑ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘመናሎም ፡ ከም
ዚ ፡ ይሎም ፤

ምስታ ፡ ዋርካ ፡ ሰበይትኹም ፤
ባላ ፡ ጌሮም ፡ ተንከፉኹም ፤
ገመድ ፡ ጌሮም ፡ ሰሓቡኹም ፤
ቁንጭን ፡ ትኳኒ ፡ አብልዑኹም ።

4. ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ወርሒ ፡ ገበራ ፤ ብድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ ተመልሳ ። ካብኡ ፡ ብጥቕምቲ ፡ ንወዘሮ ፡ ጥኑ ፡ ወለዳ ።

191. ሞት ፡ አይተ ፡ ንጉስ ።

1. ወዘሮ ፡ መርሸ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ንአይተ ፡ ሐ
ጉስ ፡ ቅድም ፡ ብንእሽቶኤን ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ተአትየን ፡ ነበራ ፤
2. እንተኾነ ፡ ተሐድጋ ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸንቲብ ፡ ግልወት ፡ ንአይተ ፡ አ
ላ ፡ « ንወዘሮ ፡ መርሸ ፡ ሃቡና ፡ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ት
ብጻሕኩም ፡ » የሉ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ትወልዳይ ፡ ወዲ ፡ ኸፍለ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-
ተኸለሃይማኖት ፡ ተሐጸያ ።
3. በቲ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ኸአ ፡ ሀዘጋ ፡ « አይንሕልፍኒ ፡ » ይሎም ፡
4. ተሰለፉ ። እንተኾነ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ንጻዕዳ-ኽስታን ፡ « ጓልኩም ፡ እያ ፤
አሰኒኹም ፡ አሕልፍዋ ፡ » የልዎም ። አይተ ፡ ንጉስ ፡ ኸአ ፡ ሕሬይ ፡ ይ
5. ሉም ፡ ሰብ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ አስመራ ፡ አሕለፍወን ። በዕሉም ፡ ከአ ፡ ሒ
ደት ፡ ርእሶም ፡ ኵይኖም ፡ ደድሕሪት ፡ ክስዕቡ ፡ ኸለዉ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦአ
ም ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ አይተ ፡ ጸጋይኒ ፡ አይተ ፡ ገረ-ስላሴን ፡ ሽ





መት ፡ ደልዮም ፡ ምስ ፡ ሀዘጋ ፡ አሻርዮም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ አዝሒቶ ፡ ማ
ይ-ብላ ፡ ተሐቢኦም ፡ ጸኒሖም ፡ ቀተልዎም ።
እንተኾነ ፡ ኸንቲብ ፡ ግልወት ፡ ኑትን ፡ መርዓት ፡ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ አ 6.
ብ ፡ ዐድ-ተኸሌዛን ፡ አእተውወን ።

ነገር ፡ አይተ ፡ ገብራይ ። 192.

አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐዜን ፡ ሰፈሩ ። ስድራ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ 1.
ውብ ፡ ኸአ ፡ ካብ ፡ ንየው ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ ነዘም ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡
አኽቲቶም ፡ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ክቐትሉ ፡ ዐዜን ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ንሶም ፡ 2.
ዝሓዙ ፡ ሕጆም ፡ አብ ፡ ዐዜን ፡ ብመዓልቲ ፡ ቐዳም ፡ ብወርሒ ፡ ለኸቲት ፡
ተዋጊኦም ፡ ሰዓሩ ። እንተኾነ ፡ ኵናተ-ገልበጦ ፡ ስዒሮም ፡ ክንሶም ፡ ሀዲ
ሞም ፡ ዝበን ፡ ደቂ ፡ ዐንዱ ፡ ወጹ ። ካብኡ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸአ ፡ 3.
ምስ ፡ ተሐለሉ ፡ ከም ፡ ልማዶም ፡ ዐዶም ፡ ተመልሱ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡
ድማ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ዐዜን ፡ ተመልሱ ።
ሽዑ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ንዐድ-ደግያት ፡ ውብ ፡ ኸ 4.
ሐጉስ ፡ ይሉ ፡ ተጻናትዩ ፡ ንአይተ ፡ ገብራይ ፡ ክቐትሎም ፡ መኸረ ። ከምኡ ፡
ድማ ፡ ሐያሎ ፡ ተጻናጸንቲ ፡ ሰደደሎም ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ 5.
ምስ ፡ ረአዩ ፡ « አይሰደንን ፡ እዩ ፡ » ይሎም ፡ ካብ ፡ ዐዜን ፡ ዐድ-ተኸሌዛ
ን ፡ ወሪዶም ፡ ንኸንቲብ ፡ ግልወት ፡ ሐገዝኒ ፡ ማእቶትኒ ፡ ለመኑ ። ንሶ 6.
ም ፡ ግና ፡ « አይፋል ፡ ሓየ ፤ በዝን ፡ ጸላእ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ በት
ን ፡ ዐለወኛ ፡ ንጉስ ፤ አንስ ፡ ዝረድአኻ ፡ ብለ ፡ ዝቕበለካ ፡ ብለ ፡ » ይሎም ፡
አባረርዎም ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ማእቶት ፡ ምስ ፡ ሰአኑ ፡ ተመልሾ 7.
ም ፡ ሽማንጉስ ፡ ቃሕቃይ ፡ አተዉ ።

193. ## ሞት ፡ ከንቲባ ፡ ግልወት ።

1. ድሕርዚ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወትኒ ፡ በኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህንኒ ፡
« ንገብራይ ፡ ሰምበት ፡ ንውደቆ ፤ » ይሎም ፡ ተበሀሃሉ ፤ እሞ ፡ ንሸማንጉስ ፡
2. ታሕታይ ፡ ከኸዱ ፡ ተዳለዉ ። አይተ ፡ ገብራይ ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፡ ብእ-ብእ ፡ ሰብ ፡ ሰዲዶም ፡ ብኸምዚ ፡ ዝመስል ፡ ዘረባ ፡ ምስ ፡ ደ
ቂ ፡ ሐወቦኦም ፡ ዕርቂ ፡ ደለዩ ፤ « አነን ፡ ነሳትኩምኒ ፡ ቅድሚ ፡ ኹሉ ፡
ሓደ ፡ ደምኒ ፡ ሓደ ፡ ስጋን ፡ ኢና ፤ ስለዚ ፡ በዚ ፡ ቅድሚ ፡ ሕጂ ፡ ዝገበር
ናዮ ፡ እብ ፡ ላዕሊ ፡ ዘሎን ፡ ንፋስ ፡ እብ ፡ ታሕቲ ፡ ዘሎን ፡ ውሕጅ ፡ ይሰ
ዶ ፡ ይልና ፡ ንትዓረቅ ፤ እብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ድማ ፡ ንዑ ፤ ሎሚ ፡ ደም ፡ አ
3. ዶኹምኒ ፡ ደቅኹምኒ ፡ ሐቢርና ፡ ንኽፈሎ ፤ » ይሎም ። ራእስ ፡ ወልደ
ንኪኤልኒ ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ድማ ፡ በዛ ፡ ነገርዚእ ፡ ተሐኾሾም ፡ ሕሬ
ይ ፡ የሉ ። ሽዑ ፡ « ንግልወት ፡ ቀዳም ፡ ንውደቆ ፤ » ይሎም ፡ ተበሀሃሉ ።
4. ክብኡ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ እኽቲ
ቶም ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ክርንሽም ፡ ወሲኾም ፤ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ድ
ማ ፡ ኸም ፡ ምኽሮም ፡ ካብ ፡ ሽማንጉስ ፡ ታሕታይ ፡ ምስአም ፡ ሐቢሮም ፤
ቀዳም ፡ ብቕነ ፡ ቕዱስ ፡ ሐንስ ፡ እብ ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ከይዶም ፡ ምስ ፡
5. ከንቲባ ፡ ግልወት ፡ ተዋግኡ ። ደቂ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ እብኡ ፡ ሰዓሩ ፡
ከንቲባ ፡ ግልወት ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ሐያሎ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ እብኡ ፡ ሞ
6. ቱ ። ሽዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ዝወደቐሉ ፡ ኸሳዕ ፡ ለይቲ-ሎም ፡ ፍሉ
ጥ ፡ እዩ ፤ እብ ፡ ጐልጐል ፡ ዐድ-ተኽሌ-ዛን ፡ ሓደ ፡ ጬርሒ ፡ አሎ ፤ « ም
ዳቕ-ግልወት ፡ » ዝበሀል ። — —
7. መወዳእትኡ ፡ ግና ፤ ከሀናት ፡ ተአኪቦም ፡ ንዐዲ ፡ ኤሎስኒ ፡ ንደቂ ፡
አይተ ፡ ሰለሙንኒ ፡ ዐረቕዎም ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ጥሩ ፡
እትባሀለት ፡ ጓሎም ፡ ንወዲ ፡ ሐዎም ፡ ንኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ወልዱ ፡ እ





ትባሀለ ፡ ወዲ ፡ ዐይላይ ፡ ሃብዎ ። ሽመት ፡ ዐድ-ተኸሌ-ዛን ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ 8.
ከንቲባ ፡ ዐንደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ተመልሰ ። — —
ክብኡ ፡ ንንጀው ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦአም ፡ ብዕር 9.
ቂ ፡ ናብ ፡ ዐዶም ፡ ተቐመጡ ።

## ጸዐዚጋ ፡ ተተኹስት ። 194.

ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎም ፡ ኲይናም ፡ 1.
በቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ቂሞም ፡ ንአይተ ፡ አላ ፡ ተጻረርዎም ። እንተ ፡ ኸነ ፡ ብ 2.
ሐይሎም ፡ ጥራይ ፡ ገለ ፡ ጉድአት ፡ ክገብርዎም ፡ ስለ ፡ ዘይከአሉ ፡ ዐዲ ፡
ናይብ ፡ ከይዶም ፡ እብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ሕጂ ፡ ኸ
አ ፡ ንአይተ ፡ አላ ፡ አጣቔስዎም ። ሽዑ ፡ ብሐንሳእ ፡ ኲይናም ፡ ምሒሎ
ም ፤ « ንአላ ፡ ኽንቀትሎ ፤ » ይሎም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
ድሕርዚ ፡ ብወርሒ ፡ ጥቕምቲ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፡ ብዐዲ ፡ ናይበም ፡ እ 3.
ኾለ-ጉዛይ ፡ ቶርዓ ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሰሐርቲ ፡ ኲይናም ፡ ሩርን ፡ ሩሩርን ፡
ተአኪቦም ፡ እብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ሰፈሩ ። አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዎ
ም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሀዚጋ ፡ ተዳለዉ ።
ሽዑ ፡ « ንአላ ፡ ለይቲ ፡ ኽንወድቆ ፡ ኢና ፤ » ክብሉ ፡ ኸለዉ ፡ አይ 4.
ተ ፡ አላ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ዐዶም ፡ አቕሑአም ፡ ሐቢኦም ፤ ሰበምኒ ፡ ማሎምኒ ፡
ሕጆም ፡ ነንበረኽአም ፡ ሀደሙ ። ባዕሎም ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡
ሰፈሩ ፤ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ምስ ፡ ጥሩ ፡ ናብ ፡ ደብሪ ፡ አውና ፡ መንቁርዮስ ፡
ተማዕቈባ ፤ እታ ፡ ዐዲ ፡ ሰብ ፡ ዘይብላ ፡ ጸንሐቶም ። ክብኡ ፡ አይተ ፡ ወ 5.
ልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ንናይብ ፡ መሪሐም ፤ መጺኦም ፡ ንጸዐዚጋ ፡ አተኰስ
ዋ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ዝገበርዎ ፡ ሰአኑ ።
ብድሕርዚ ፡ ቕሩብ ፡ ጸኒሑ ፡ ናይብ ፡ ንቤተ-ሰቡ ፡ አኪቡ ፡ ናብ ፡ ዐ 6.
ዱ ፡ ተመልሰ ።

195.

ምኽሬ ፡ ሐባል-ጋላ ።

1. « ናይብ ፡ ቶርዓ ፡ እኩሉ-ጉዛይ ፡ ይመጹኹም ፡ » ዝብል ፡ ወረ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ንኩሎም ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዛጋ ፡ አኪቦም ፡ « ከ
2. መይ ፡ ንግበር ፡ » ይሎም ፡ መኸሩ ። ዝዋበናን ፡ ሐያሎ ፡ ኻልኣትኒ ፡ ኸ
አ ፡ « ንኺድ ፡ አብኣ ፡ ኸለዉ ፡ ንዋጋእ ፡ ከመይ ፡ ሰሐርቲ ፡ ጽንዕቲ ፡ ስ
ፍራ ፡ እያ ፡ እሞ ፡ አብኣ ፡ ትሔሽና ፡ » ይሎም ፡ መኸሩ ። ስለዚ ፡ ዝዋበ
ና ፡ ብተዘረበ ፡ ቓል ፡ ብዐዱ ፡ ሕራይ ፡ የሉ ።
3. ሐባል-ጋላ ፡ ግና ፡ ኸም ፡ በዓል ፡ ደሐን ፡ ሐንቲ ፡ ቓል ፡ ከይተዛረ
4. በ ፡ ስቕ ፡ ይሉ ፡ ጸንሔ ። ደሐር ፡ አብ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኸይዱ ፡ « ከም
ዚ ፡ ዝመኸርኩምዎ ፡ ክብዚ ፡ ኺድና ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፡ ምስ ፡ ቶር
ዓ ፡ ምስ ፡ እኩሉ-ጉዛይ ፡ ክንዋጋእ ፡ በዚ ፡ ኸአ ፡ ብድሕሬና ፡ ዝሓዙ ፡
ሕጆም ፡ እዞም ፡ ጸላእትና ፡ ኸኸቡና ፡ እዚ ፡ ኸቶ ፡ ዘይኸውን ፡ ነገር ፡ እ
ዩ ፡ አብ ፡ ክንድኡ ፡ ግና ፡ ሕጂ ፡ ዘሎና ፡ ሰብናን ፡ ማልናን ፡ አቕሓናን ፡
ነህድም ፡ ንሕና ፡ ኸአ ፡ ሰብኡት ፡ ዝኾንና ፡ ንየው ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ን
ጻእ ፡ አብኡ ፡ ኺድና ፡ ዝገብርዎ ፡ ንርኢ ፡ እንተ ፡ ገበሩ ፡ ኸአ ፡ ነባይቲ ፡
እንዲዖም ፡ ደሐር ፡ ረብሪቦም ፡ ረብሪቦም ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ርሑቕ ፡ ዐ
ዲ ፡ ዝኾኑ ፡ ኩሎም ፡ ነንዐዶም ፡ ይኸዱ ፡ ሽዑ ፡ ንሕና ፡ ምስ ፡ መቓርፍ
ትና ፡ ንተርፍ ፡ እሞ ፡ ስብእንትና ፡ ሽዑ ፡ ንግበር ፡ » ይሉ ፡ ምኸሩ ፡ ወ
5. ድኤ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ነዚኣ ፡ ተቐበሉ ።
6. ዝዋበና ፡ ድማ ፡ ፍቓዱ ፡ ስለ ፡ ዘይከነ ፡ ኰረ ። ሽዑ ፡ ሐባል-ጋላ ፡
« ዐርከይ ፡ ዝዋበና ፡ በዚ ፡ ዝመኸርክዎ ፡ እንተ ፡ አብዛሕክ ፡ ክልተ ፡ ኢ
ኻ ፡ እትቐትል ፡ በዚ ፡ አነ ፡ ዝመኸርክዎ ፡ ግና ፡ ክትርኢ ፡ ኢኻ ፡ ክል
ተ ፡ ሽሕ ፡ ክቐትል ፡ እሞ ፡ አይትኹረ ፡ ዝሐል ፡ ደአ ፡ » ይሉ ፡ አበዩ ። --
7, 8. ክብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዛጋ ፡ ግና ፡ ብዙሓት ፡ ነዚ ፡ ምኽርዚ ፡ ነዓቕዎ ። ሽ





ዑ ፡ ፈልቖሲ ፡ እትባህለት ፡ ሐንቲ ፡ አመንዝራ ፡ በዓልቲ ፡ ዐዜን ፡ ጓል ፡
ገረ-ገርግሽ ፡ አብ ፡ ጸዐዛጋ ፡ ዝነበረት ፡ ከምዚ ፡ ይላ ፡ ደረፈት ፡

ኣሉላየ ፡ አባ ፡ ጫን ፤
ጉደ-ጉደ ፡ ምድሪ ፡ ሰን ፤
አይተረኽበን ፡ ጤዓይ ፡ ጉን ።

9. ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልእ ፡

ሐባል-ጋላ ፡ ርእስ-ምልጦ ፤
ምትካል ፡ ዋሊታ ፡ ዘይፈልጦ ፤
ባሕሪ ፡ እውሪድካ ፡ እንተ ፡ ትሸጦ ።

196. መግለ ፡ ዐዲ-ሀብ-ስሉስ ።

1. ድሕርዚ ፡ እቲ ፡ ዝኸተተ ፡ ኩሉ ፡ ዐዲ-ዐዱ ፡ ምስ ፡ ከደ ፡ አይተ ፡
አላ ፡ ንለን-ጨዋ ፡ አኽቲቶም ፡ ጸዐዛጋ ፡ ኸይአተዉ ፡ ንዐዲ-ንፋስ ፡ ሰፈ
ሩ ። አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ መርነድኒ ፡ ኸአ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጆ
2. ም ፡ አብ ፡ ዐዲ-ሀብ-ስሉስ ፡ ሰፈሩ ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንአ
ይተ ፡ አላ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ለአኸሎም ፡ « እንዳባ-ገረ-ወልዲ ፡ እ
ትወርድሲ ፡ ኸትምንንዶ ፡ ይልክ ፡ » -- አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎ
ም ፡ መለሱሎም ፡ « ወልዱ ፡ ወዲ ፡ ሐወበይ ፡ እትስ ፡ ይትረፍ ፡ ከም ፡
አቦታትና ፡ ኸመ-ዓላትኩም ፡ ሐዲግና ፡ ከመ-ሐደርካ ፡ ደአ ፡ እንተ ፡ ኸነ
ልና » ።
3. ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ-ንፋስ ፡ ገስግሾም ፡ መጺኦ
ም ፡ ማይ ፡ ምኹዓት-መሬት ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ-ሀብ-ስሉስ ፡
4. ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ቃሀሳስ ፡ ተዋግኡ ። ሓደ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግ
ና ፡ ሐሽከር ፡ ዐዲ-ደንገዝማቲ ፡ ባርያኡ ፡ እትባህለ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ በላዕ-ቀሑ
5. ማል ፡ አብኡ ፡ ሞተ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ግና ፡ ሰዓሩ ። ካብ ፡ ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸ
አ ፡ ብዙሓት ፡ አብኡ ፡ ሞቱ ። ብላታ ፡ ዘርአይ ፡ ወዲ ፡ ግደ ፡ ኸአ ፡ ሞ
ተ ። ንኡ ፡ እዮም ፡

ሳልሳይና ፡ ወዲ ፡ ግዴ ፤
ኣብ ፡ መንገና ፡ ሰብ ፡ አይንዴ ፤

6. ዘልዎ ። ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ ሸድሸተ ፡ ጐዳበታታ ፡ ተተኹሰት ። አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ መርእድኒ ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። – –

7. ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ገዘወንለ ፡ ሓደ ፡ ሀዘገታይ ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ የድግም ፤ « እቲ ፡ ምስ ፡ ተሰዓርና ፡ ኣብ ፡ ሐንቲ ፡ ዐሙስ ፡ ተሐቢኤ ፡ ኸሎኹ ፡ ሓደ ፡ ናብታ ፡ ጥቓይ ፡ ኰይኑ ፤ « ክልተ ፤ ክልተ ፤ ክልተ ፤ ክልተ ፤ » ክብል ፤ ሰማዕክዎ ፤ ሽዑ ፡ መዐንጣ ፡ ኸብደይ ፡ ተበረዘ ፤ « ኪዲ ፡ በሊ ፤ እኑ ፡ ኸአ ፡ ናብዚ ፡ አሎኹ ፡ ሳልሳዮም ፤ » ክብል ፡ ክሎኹ ፤ ሕደግ ፡ አቢሉኒ ፡ ሕልፍ ፡ የለ ።

8. ነዚ ፡ ኹናትዚ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ቀድም ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፡ ኔሮም ፤ ሽዑ ፡ ጌና ፡ ናብ ፡ እንፈ ፡ ውግእ ፡ « እቓ ፤
9. ተስዒርና ፡ ደይኮንናን ፤ » ይሎም ፡ ከሀድሙ ፡ ተበገሱ ። ስለዚ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፤ አይተ ፡ ገብራይ ፡ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ኸም ፡ ዘሰዓርዎ ፤ ይብሉ ። ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ግና ፡ ብዛዕባዚ ፡ ብእውሎ ፤

ወየ ፡ ዐቢ ፡ ዓሳ ፤ መቕሰብ ፡ ሓዘ ፤

ይብሉ ። – –

10. እዚ ፡ ምስ ፡ ኮነ ፤ ሐባል-ጋላ ፡ ንገዛዋበና ፤ « ትርኢ ፡ ደሎኻ ፤ ክልተ ፤ ሽሕ ፡ ዘልክዎ ፤ ክልተ ፡ እልፊ ፡ ኹይኑ ፤ » ይሉ ፡ አዝመረ ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ አላን ፡ ወበይቲ ፡ ጸዐዘጋን ፤ « እማኑ ፤ » ይሎም ፡ መልኡሉ ።

197.

አይተ ፡ አላ ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ።

1. ድሕሪ ፡ ኹናት ፡ ዐድ-ሀብ-ስሉስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብጻዕዳ-ኽስታን ፡ ጌሮም ፡ ብሕምብርቲ ፡ አቢሎም ፡ ሀደሙ ። ክብኡ ፡ ናብ ፡ ጐ
2. ራዕ ፡ ተቐመጡ ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ብእኸለ-ጕዛይ ፡ ጌሮም ፡ ንዐ





ጀምሓራ ፡ ኸዱ ፤ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ሐቢሮም ፡ ሸፈቱ ። ሸመት ፡ 3.
ሚናበ-ዘርአይ ፡ ብድሕሪኡም ፡ ኣብ ፡ አይተ ፡ ገብራይ ፡ ተመልሰ ።

አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ዐዶም ፡ ሰሪሖም ፡ ክሳዕ ፡ ምፍታሕ ፡ ሐዎም ፡ 4.
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ገዝኡ ። ስዒሮም ፡ ዐዶም ፡ ክአትዉ ፤ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ 5.
ኸአ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳማይ ፡ ደርፌ ፡ በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ለወጥዎ ፤

ኣሉላየ ፤ አባ ፡ ጫን ፤
ጕራዴኻ ፡ ሰብ ፡ በሃን ፤
ክም ፡ አንስቲ ፡ አስራሕካዮም ፡ ሕሩንን ፤
ገዛእካዮ ፡ ፈራህ ፡ ዝሐደገ ። – –

ሰበይቲ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ እምቤት ፡ ተመርጸ ፡ ጓል ፡ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ 6.
እየን ። ክብኤን ፡ ንእጅማት ፡ ተኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ንልጅ ፡ አባይኒ ፡ ንልጅ ፡ ሽፋረን ፡ ወለዱ ።

VII.

# ውግእ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ደቒ ፡ እምቤት ፡ እሌን ።

198.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ወረዱ ።

1. ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ አብ ፡ ሽፍትንት ፡ ከለዉ ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ብዙሕ ፡
ግዜ ፡ ሰራዊት ፡ እናሰደዱ ፡ ይዋግእዎም ፡ ነበሩ ፤ እንተኾነ ፡ ኹሉ ፡ ሳዕ ፡
2. ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ይስዕሩ ፡ ነበሩ ። ከምኡ ፡ እናሉ ፡ እናፀበዩ ፡ ኸዱ ። ደ
ሐር ፡ ራእስ ፡ ዓሊ ፡ ባዕሎም ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ተዋግኡ ፤ ሐጸ
3. ይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ስዒሮም ፡ ግዝኣት ፡ እምሓራ ፡ ሓዙ ። ከምኡ ፡ ኸ
አ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ውበ ፡ ናብ ፡ ስሜን ፡ ደብረ-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ዝበሀል ፡
4. ተዋግኡ ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ሰዓሩ ። ሽዑ ፡ እሱራት ፡ ዝነበሩ ፡ ኹላቶ
ም ፡ ተፈትሑ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ወዶምኒ ፡ ደግያ
ት ፡ ከሕሳይኒ ፡ ዐሰርተው ፡ ሽድሽተ ፡ ዓመት ፡ ተአሲሮም ፡ ኔሮም ፡ ሽዑ ፡
ወጹ ። ንደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ንደግያት ፡ ከሕሳይኒ ፡ ኸአ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮ
ስ ፡ ገዝኣት ፡ ቀደሞም ፡ መለሱሎም ።



ወረ ፡ ውግእ ፡ ደብረ-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ተሰምዔ ፡ ሰብ ፡ 5.
ዘበለ ፡ ኹሉ ፡ ተደነቐ ፡ « ብሐቒ ፡ ንውብ ፡ ኸስዕር ፡ ዝኽእል ፡ ዶኾን ፡ ይር
ከብ ! » እናተባህለ ። እንተኾነ ፡ ብሐቒ ፡ ኸም ፡ እተሳዕረ ፡ በቲ ፡ ወረ ፡ ም
ምጻእ ፡ ጕይትኦም ፡ አስተብሃሉሉ ። አይተ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ሃይ 6.
ሉ ፡ ተሸይሞም ፡ ይመጹ ፡ አለዉ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ « ሸመተይ ፡ ወሲዶ
ም ፡ » ይሎም ፡ አብ ፡ ክንዲ ፡ ዝጕህዩ ፡ ብታሕጓስ ፡ ንቶም ፡ ዐበይቲ ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ አኪቦም ፡ ብምፍታሕ ፡ ሐምምኒ ፡ ኸምኡ ፡ ድማ ፡ ብምስዓሮምኒ ፡
ብምንጋሰምኒ ፡ ንሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ እናዕለሉ ፡ ይሸሓቑ ፡ ነበሩ ። በዚ ፡ 7.
እዋንዚ ፡ ሐበል-ጋላ ፡ ሓደ ፡ ዘገርም ፡ አውሎ ፡ የለ ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፤ « ና
ይ ፡ ሎሚ ፡ መዓልትስ ፡

እይዛረብዎን ፡ ትም ፡ ደአ ፡ ይብልዎ ፤
በዓል ፡ ስሜን ፡ ባዕሉ ፡ መጺእዎ » ።

ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ሰበም ፡ አኽቲቶም ፡ ንሐዎም ፡ ክቓባበልዎም ፡ 8.
ከዱ ። ብቕን ፡ ጸም ፡ አርብዓ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብቲ ፡ ንዊሕ ፡ ማእሰር
ቶም ፡ ዐዶም ፡ አተዉ ።

ሽዑ ፡ እዞም ፡ ናእሽቱ ፡ መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ ዘበሉ ፡ ናብኦም ፡ አ 9.
ተዉ ። ደቒ ፡ አይተ ፡ ሰለሙን ፡ ድማ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ውዒሎ 10.
ም ፡ ነበሩ ፤ ሸመት ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸም ፡ እተመልሰ ፡ ምስ ፡ ረ
አዩ ፡ አይተ ፡ መርእድ ፡ ብቕንአት ፡ ንበረኻ ፡ ሐባብ ፡ ሸፈቱ ፡ አይተ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ ግና ፡ አቕኒዖም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አተዉ ። ደግያ 11.
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንአይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከም ፡ ዐቢ ፡ ሰብ ፡ ተቐበል
ዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ባዕሎም ፡ ከእዝዝዎም ፡ ሐያሎ ፡ ዐድታት ፡ ከም ፡
እኒ ፡ ዐዲ ፡ ሐንስ ፡ እኒ ፡ ዐዲ ፡ ንእምን ፡ እኒ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ሃብዎም ። ሸ 12.
መት ፡ ሚናበ-ዝርኣይ ፡ ግና ፡ ጌና ፡ ኻሳዕ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ናብ ፡ አይተ ፡
ገብሩይ ፡ ጸንሔ ፤ ብድሕሪኦም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ወዶም ፡ አብ ፡ ክንቲባ ፡ ሃ
ይሉ ፡ ሐለፈ ።

13. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ከሕሳይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሸበጋድሽ ፡ ጓ
ሉም ፤ ወዘሮ ፡ አበራሽ ፡ አቶባህለት ፤ ንአይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ወዲ ፡ ዐርከ
ም ፡ ሃብዎ ።

### 199. ሰሉስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ቆስሞ ።

1. አብ ፡ መንጎዚ ፡ አይተ ፡ ገረ-እምላኽ ፡ ወዲ ፡ እሙሓ ፡ በዓል ፡ ማይ ፡
ጻዕዳ ፤ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ አይተ ፡ ኸፍሌት ፤ ምስ ፡ አይተ ፡ ገረ-ጻድቕ ፡ ወዲ ፡
አይተ ፡ ገረ-መስቀል ፡ ተዋጊኡ ፡ ቖተሉ ።
2. ድሕርዚ ፡ ሰብ ፡ ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ኸም ፡ ልማዶም ፡ ገበር ፡ ደግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ም'ኳን ፡ አበዩ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሰበም ፡ አኽቲቶም ፤ ም
3. ስ ፡ ሐዎም ፡ አይተ ፡ አላ ፤ ኹይኖም ፤ ክዋግእዎም ፡ ከዱ ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ አ
ይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ አይተ ፡ ገብራይኒ ፡ አይተ ፡ ጿጋይ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡
4. አስገዶምኒ ፡ ኸም ፡ ኩሎ ፡ ብኽተት ፡ ከይዶም ፡ ነበሩ ። ማይ ፡ ጻዕዳ ፡ ኸ
አ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ገረ-እምላኽ ፡ ከቲቶም ፡ ሰሉስ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡
5. ቆስሞ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ አበ-ገሬ ፡ አቶባህለ ፡ ጅግና ፤ ሐው ፡ አይተ ፡
ገረ-እምላኽ ፤ ሞተ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰዓሩ ፤ አገቢሮምዎም ፡ ተ
መልሱ ። – –
6. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንበጕስኒ ፡ ኸልተ ፡
መንሳዕኒ ፡ ደቂ ፡ ተዐውቀን ፡ አገበርዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ሰለስተ ፡ መፍ
ለስኒ ፡ ሚን-ዓመር ፡ ዐድ-ድግለልኒ ፡ አተውዎም ።

### 200. ሞት ፡ ከንፈ ።

1, 2. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሰፍሐ ፡ ሓደ ፡ ዕግርግር ፡ ኮነ ። ባሕር-ነ
ጋስ ፡ አስገዶም ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ሙሴ ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ብዙሕ ፡ ስ
ለ ፡ ዝሐየሉዎም ፡ ገበር ፡ ተንሲኦም ፡ ንፍስሓ ፡ ወዲ ፡ ዕጨር ፡ በዓል ፡ ቈ



ጶሊ ፡ ጌሮም ፡ አብ ፡ ባምብቆ ፡ ተዋግእዎ ፤ እንተኾነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስ
ገዶም ፡ ሰዓረ ። ፍስሓ ፡ ግና ፤ ሰላሳ ፡ ቖስሊ ፡ ተወጊኡ ፡ ኸነሱ ፤ ፈተው 3.
ቲ ፡ አልዒሉም ፡ ፈወስዎ ፤ እሞ ፤ ምስ ፡ ሐዌ ፤ ጸዐዘጋ ፡ ኸይዱ ፡ ናብ ፡
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ። ሽዑ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፤ በኸሪ ፡ ወዶም ፡ ን 4.
ደግያት ፡ ሃይሉ ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ፡ ኰይኖም ፡ ብትሕቲ ፡ አቦኦም ፡
ንለን-ጨዋን ፡ ቋላን ፡ ይገዝኡ ፡ ነበሩ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንፍስሓ ፡
ናብ ፡ ወዶም ፡ ሰደድዎ ፤ በዓል ፡ ደረብ ፡ ኹይኖም ፡ ምስአም ፡ ከጽንሕዎ ።
ድሕርዚ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ንፍስሓ ፡ ሕጆም ፡ አብ ፡ ሰፍሐ ፡ ወ 5.
ረዱ ፤ ከበልዐ ። ሓደ ፡ እዋን ፤ አብ ፡ ዐዲ ፡ ዐንጸላ ፡ ኸለዉ ፤ አብ ፡ መን 6.
ጎ ፡ ስድራ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼንኒ ፤ እቶም ፡ ደቂ ፤ ዐድን ፡ ባእሲ ፡ ኾነ ። ከ 7.
ንፈ ፤ ወዲ ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ፈለስቲ ፡ ሰብ ፡
ሕጁ ፡ መጺ ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸረድኦም ። አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኹሉ ፡ ከ
ንፈ ፡ ተፈጊኡ ፡ ሞተ ፤ ጸላም ፡ ስለ ፡ ዝነበረ ፡ ድማ ፤ ፈጋኢኡ ፡ አይተፈ
ልጠን ። ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድማ ፤ ሞት ፡ ወዶም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ 8.
ካብ ፡ ዐዶም ፡ ዐዲሞም ፡ ብዐዲ ፡ ጕረቖ ፡ አቢሉም ፡ አብ ፡ ለን-ሳርዳ ፡ አ
ተዉ ። አብኡ ፡ ሐያሎ ፡ እዋን ፡ ተቐመጡ ።

### አገው-ንጉሰ ፡ ወረዱ ። 201

አገው-ንጉሰ ፡ ወዲ ፡ አገው-ወልደንኪኤል ፤ ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንደ 1.
ግያት ፡ ውብ ፤ ከአ ፤ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አኸኦም ፡ ካብ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ አ
ብ ፡ ትግራይ ፡ ሸፈቱ ። ካብኡ ፡ ንትግራይ ፡ አናዒቦም ፡ ብእሾለ-ጕዛይ ፡
ጌሮም ፡ አብ ፡ ሐማሴን ፡ መጹ ። አይተ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ በረኻ ፡ 2.
ሐባብ ፡ ተመልሾም ፡ አብኦም ፡ አተዉ ፤ ሽመት ፡ ዐዶም ፡ ለመኑ ። ሰብ ፡ 3.
ሐማሴን ፡ ግና ፡ በብዘለውዎ ፡ ሀደሙ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፤
እንተሎ ፡ አይተ ፡ አላ ፤ ንምድሪ ፡ በጕስ ፡ አብ ፡ ሸንኽ ፡ ደብረ-ሲና ፡ ወረ
ዱ ። ከንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ኸአ ፤ ንባሕሪ ፡ አ 4.

ቢሎም ፡ ከይዶም ፡ ኔሮም ፡ ኩብኡ ፡ ኽንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡
ሃይሉ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ናብ ፡ ኣገውንጉሰ ፡ ኣተዉ ። ብድሕ
ሪኡም ፡ ኣይተ ፡ መርእድ ፡ ዐጆም ፡ ሓዙ ።
5. ኣገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ መታን ፡ « ከደ ፡ » ኸቢሉ ፡ ንእሑሉጉዛይ ፡ ገ
ጾም ፡ ገበእ ፡ የሉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ ፡ « ከይዱ ፡ እዩ ፡ » ይሉም ፡
6. ምስ ፡ ኣይተ ፡ መርእድ ፡ ተመሓሐሉም ፡ ንዐጆም ፡ ተመልሱ ። ኣብ ፡ መ
ንገዚ ፡ ባሕርነጋስ ፡ ኣስገዶም ፡ ሕነ ፡ ወዲ ፡ ኽፈዲ ፡ ይሉ ፡ ኩብ ፡ ለጎሳ
ርዳ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ኣገውንጉሰ ፡ ተኸተለ ። ኣገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ መራ
ሒ ፡ ንባሕርነጋስ ፡ ኣስገዶም ፡ ጌሮም ፡ ብገስጋስ ፡ ኩብ ፡ ድግሳ ፡ መጺኦ
7. ም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ጸዐዚጋ ፡ ሐደጋ ፡ ወደቅዎም ። ደግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ድማ ፡ ዝሓዙ ፡ ሕጆም ፡ ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ብቅኒ ፡ መስቀል ፡ ኣ
8. ብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፡ ተዋግኡ ፤ እንተኸነ ፡ ኣገውንጉሰ ፡ ሰዓሩ ። ኣብ
ኡ ፡ ኣይተ ፡ ተስፋጼን ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተማረኹ ፡ እቲ ፡ ውግ
እ ፡ ምስ ፡ ተወድኤ ፡ ኸአ ፡ ኣብ ፡ ቅድሚ ፡ ኣገውንጉሰ ፡ ተደብደቡ ።
ኣይተ ፡ ኣላ ፡ ኸአ ፡ ንደብረብዜን ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንበረኽ ፡ ናብ ፡ ኣ
9. ልገደን ፡ ሀደሙ ። ኸዐ ፡ ጸዐዚጋ ፡ ተተኹሰት ፤ ብዕራይ ፡ ጸሚዶም ፡ ድ
ማ ፡ ኣሕረስዋ ።

202. ሞት ፡ ኣይተ ፡ ኣላ ።

1. ደሓር ፡ ኣገውንጉሰ ፡ ንጸዐዚጋ ፡ ምስ ፡ ተኹሱ ፡ ኣብ ፡ ሰራየ ፡ ኽ
2. ዱ ፤ ኣብ ፡ እንዳቢመጣዕ ፡ ከአ ፡ ተቐመጡ ። ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ ኣ
ይተ ፡ ኣላ ፡ ኻብ ፡ ደብረብዜን ፡ ሸመት ፡ ክልምኑ ፡ ኣብኦም ፡ ኣተዉ ።
ኣገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐቢሎም ፡ ንለኻጨዎን ፡ ሊባንኒ ፡ ሾብ
3. ዐቶ ፡ ዐንሰባን ፡ በጕስኒ ፡ ሸምዎም ። ኣይተ ፡ ኣላ ፡ ኸአ ፡ ኻብኡ ፡ ዐድ
ተኸላይ ፡ ከይዶም ፡ ሰፈሩ ። ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ግና ፡ ብናይደቂ ፡ ሐሚ



ሞም ፡ ሞቱ ። ከብኡ ፡ ጸዐዚጋ ፡ ወሲዶም ፡ ቀበርዎም ። ኸዐ ፡ ኣቢ ፡ ፈን 4.
ዘ ፡ እቶባህለ ፡ ሐሽከሮም ፡

« ኣቡን ፡ ጠፍኢ ፡ ክህንነት ፡ ደንቁረ ፤
ብዘይ ፡ ጫን ፡ ዘይዕጠቅ ፡ ስረ ፤ »

ይሉ ፡ ኣልቀሰሉም ።

ኣገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ሞት ፡ ኣይተ ፡ ኣላ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ንኣይተ ፡ 5.
መርእድ ፡ ክንትብንት ፡ ሂቦም ፡ ብምሉእ ፡ ምኹዓውቈሎምላሽ ፡ ሸምዎ
ም ። ከብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡ ብላሰሊ ፡ ገዛኢ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤ 6.
ል ፡ ግና ፡ ብትሕቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ነበሩ ።

203. ቀዳም ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ጎብሩ ።

ድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡ እዋን ፡ ከአ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ በረኽ ፡ ከብ ፡ 1.
ኣልገደን ፡ ሐያሎ ፡ ጭፍራ ፡ ኣኪቦም ፡ ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ንድግለል ፡ ዐዲ ፡
ዓሊብኺት ፡ ለሚኖም ፡ ንነጀው ፡ ወጹ ። ኸዐ ፡ ኸአ ፡ ኻብቶም ፡ ኣብ ፡ 2.
በረኽ ፡ ዘለዉ ፡ ደቂ ፡ ዘርኣይ ፡ ኣሕዋት ፡ ሀዚጋ ፡ ከብ ፡ ኣላቢያ ፡ ሐያሎ ፡
ብኽትት ፡ ምስ ፡ ድግለል ፡ መጹ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ፈተውቲ ፡ ዐ
ድደንገዝማቲ ፡ ኻብ ፡ ሐማሴን ፡ ተወሰኽዎም ።

ክንቲባ ፡ መርእድ ፡ ከአ ፡ ዘሎ ፡ ሰቦም ፡ ኣኪቲቶም ፡ ቀዳም ፡ ብወር 3.
ሒ ፡ ሰነ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ጎብሩ ፡ ገጠሙሎም ። ኣብኡ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡
ሰዓሩ ። ኣብኡ ፡ ድማ ፡ ሐለቓ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ድግለል ፡ ዝነበረ ፡ ዐቢ ፡ 4.
መኾንን ፡ በዪድ ፡ ወዲ ፡ እኸት ፡ ሞተ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸንቲባ ፡ ዐንደ
ንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ወልደጋብር ፡ ሹም ፡ ዐድተኸሌዛን ፡ ኣብኡ ፡
ሞቱ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ባዕሎም ፡ ተማረኹ ። ወዶም ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ 5, 6.
ፈረሶም ፡ ተወግኦም ፤ እንተኸነ ፡ ሓደ ፡ ሐሽከሮም ፡ ንሓደ ፡ ኻብቶም ፡
ሰድራ ፡ ኸንቲባ ፡ መርእድ ፡ ቀቲሉ ፡ ፈረሱ ፡ ማሪኹ ፡ ሃቦም ፤ ንኡ ፡ ተ
ወጢሖም ፡ ወጹ ። ከብኡ ፡ ሕጂ ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ ኣቢ ፡ ሰንጋ ፡ ተባህለ ።

7. ክንቲብ ፡ መርእድ ፡ ክአ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አሲሮም ፡ አብ ፡ አገ
ውንጉሰ ፡ አበርከትዎም ። ክብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ብእሱሮም ፡ ክልተ ፡
8. ዓመትኒ ፡ መንፈቕኒ ፡ ዝእኽል ፡ ምስ ፡ አገውንጉሰ ፡ ዘሩ ። ክንቲብ ፡ መ
ርእድ ፡ ድማ ፡ ድሕርዚ ፡ ኻብ ፡ አገውንጉሰ ፡ ድግዝምንት ፡ ተቐቢሉ ፡ ከ
ምኡ ፡ ኸአ ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸምዚ ፡ ደረሱ
ሉም ፤

ናይ ፡ ሐሙስኒ ፡ ሰኑይኒ ፡ ዝዘበረ ፡ ዕዳ ፤
ገበርካየኒ ፡ ብሐንሳእ ፡ ክኸዳ ።

## 204. ግዝኣት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ።

1. ደግያት ፡ መርእድ ፡ ክአ ፡ ናብ ፡ ሀሸ-ጐልጐል ፡ ከተሙ ፤ ነጋሪቶ
ም ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ጸዓኑ ።
2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ንሐዎም ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ « አነኺ ፡ » ብ
ማለት ፡ ስለ ፡ አተሀበዩ ፡ አሰርዎም ። ደሐር ፡ ግና ፡ ብዕርቂ ፡ ክልተ ፡ ሰ
ሙን ፡ ዝእኽል ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፡ ፈትሕዎም ፤ ብትሕቲኦም ፡ ድማ ፡ ንም
ሉእ ፡ ደቀተኽምኒ ፡ ወንሰበን ፡ ድምበዛንኒ ፡ ኻርንሽምኒ ፡ ዘበለ ፡ ምስሉ
3. ንንት ፡ ሃብዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ንአይተ ፡ ጸጋይ ፡
ወዲ ፡ አይተ ፡ እስገዶም ፡ « ሸረ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ እዩ ፡ » ይሉም ፡ አ
ይአመንዎምኒ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገብሩ ፡ ኸዋግኡ ፡ ጸዊዮም ፡
አሰርዎም ፤ ጸኒሖም ፡ ድማ ፡ ሽመት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ብድሕሪኦም ፡
ንወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ጐብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ካብ ፡ ወዘ
4. ሮ ፡ ተመርጸ ፡ ዝውለድ ፡ ሃብዎ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ግዝኣት ፡ ዘ
ማት ፡ ብድሕሪ ፡ ኽንቲብ ፡ ወንደንኪኤል ፡ ንሐሙኦም ፡ ንኽንቲብ ፡ ልጃ
ም ፡ ወዲ ፡ ኽንቲብ ፡ ወልደ-ገርግሽ ፡ ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ሸምዎም ።--
5. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ወረ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተሰምዔ ፡ « ልጅ ፡ ኢማ



ም ፡ ክአ ፡ ሞይቱ ፡ እዩ ፡ » ዝብል ። ሽዑ ፡ ይኹኑሎም ፡ እተባህለ ፡ ሓሚ 6.
ን ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ ክምዚ ፡ የልዎም ፤

ይሎሙኻ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ክየሎ ፤
ይሎሙኻ ፡ ሃይሉ ፡ ክየሎ ፤
ይሎሙኻ ፡ ኢማም ፡ ክየሎ ፤
አባ-ዳኞ ፡ ኽሰፍር ፡ መጥቃዕሎ ፤
በዓል ፡ እልፊ ፡ ፈረስ ፡ እልፊ ፡ ጕሎ ።

## ተገበር ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ። 205.

አገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኽቕበሉ ፡ ኸለዉ ፡ አብ ፡ 1.
ዑና-ሐዌላ ፡ ጥቓ ፡ መን-ደፈራ ፡ ሰፈሩ ። ካብኡ ፡ ንቔሓይን ፡ ከዱ ። ሽ 2.
ዑ ፡ ኸአ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ካብ ፡ ዐደምሓራ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡
ዳዕሮ ፡ ናይ ፡ አድያብ ፡ ሰፊሮም ፡ ነበሩ ። አገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ እዚእ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፡ ካብ ፡ ቔሓይን ፡ ንሰራዩ ፡ ተመልሾም ፡ ከም ፡ ቀደሞም ፡ አ
ብ ፡ እንዳባ-መጣዕ ፡ ተቐመጡ ። ደግያት ፡ መርእድ ፡ ክአ ፡ ኻብ ፡ ዐሸ- 3.
ጐልጐል ፡ « ጕይታይ ፡ መጺኦም ፡ » ይሉም ፡ ምስ ፡ ሒደት ፡ ርእሶም ፡
ክቕበልዎም ፡ ከዱ ።

ቅድምዚ ፡ ግና ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ አምሲሎ 4.
ም ፡ ሓደ ፡ ደብዳበ ፡ ጽሒፎም ፡ ነበሩ ፤ « ወደይ ፡ መርእድ ፤ አነ ፡ አጸቢ
ቑ ፡ ይፈልጥ ፡ ነኸኻ ፡ ብሐቂ ፡ ፈታውየይ ፡ ከም ፡ ዝኾንካ ፤ ሐድሽ ፡ እኺ ፡
አይከነን ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ እምበር ፤ ስለዚ ፡ አነ ፡ ምስዚ ፡ ሽፍታ ፡ ምስ ፡
ንጉሰ ፡ ክዋጋእ ፡ ይደሊ ፡ አሎኹ ፡ እሞ ፡ ነኸኻ ፡ ኸአ ፡ ኻብቲ ፡ ኹናት ፡
አብ ፡ ሸነኽ ፡ የማን ፡ ዝብል ፡ ይልክ ፡ አይትዋጋእ ፡ » ዝብል ። ሐጸይ ፡ 5.
ቴድሮስ ፡ እዚ ፡ ዝሓሰበ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ሕጂ ፡ ብሐቂ ፡ ፈታዊአ
ም ፡ ስለ ፡ ዝኾኑ ፡ አይከኑን ፤ እንተኾነ ፡ ኸምኡ ፡ ጌሮም ፡ ልቢ ፡ እቶም ፡

6. ክልተ ፡ ዝኾነተዉ ፡ መታን ፡ ክረልዩ ፡ ይሬኦዎ ፡ እየም ፡ ኢሞበር ። ስለ
ዚ ፡ ነቲ ፡ በዓል ፡ ደብዳቢ ፡ « ነዚ ፡ ደብዳቢ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡
አይተብጽሖ ፤ እንተኸኖ ፡ ናብኡ ፡ ኸም ፡ እቶሐልፍ ፤ ተመሲልካ ፡ ናብ ፡
ኢድ ፡ አገውንጉስ ፡ ኸም ፡ አትወድቕ ፡ ደአ ፡ ግበሮ ፤ » ይሎም ፡ ሰደ
ዶም ።
7. እቲ ፡ በዓል ፡ ደብዳቢ ፡ ኸአ ፡ ነታ ፡ ደብዳቢኡ ፡ ኸም ፡ ስርዓት ፡ አ
ጻውራ ፡ ደብዳቢ ፡ ጌሩ ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ዘንጊ ፡ ሰኺዑ ፡ ብሰፈር ፡ አገውን
ጉስ ፡ ኸሐልፍ ፡ ከሎ ፡ ሓዝዎ ፡ እንተ ፡ ተርኤት ፡ ከአ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡
8. መርእድ ፡ አትብል ፡ ክነት ፡ አገውንጉስ ፡ ኸአ ፡ ነታ ፡ ወረቐት ፡ ምስ ፡
አምበቡ ፡ ጉህዩዎም ፡ ምስቶም ፡ መኳንንቶም ፡ « እንታይ ፡ ንግበር ፤ » ይ
ሎም ፡ መኸሩ ።
9. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸም ፡ አጋጣሚ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ አተውዎም ።
አገውንጉስ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ቀደሞም ፡ ብብሩህ ፡ ገጽ ፡ አይተቐበልዎም
10. ኒ ፤ ስለዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ብጉይትኦም ፡ ጉሂዩ ። አገውንጉ
ሰ ፡ ኸአ ፡ ብምኽሪ ፡ መታን ፡ ክናትንዎም ፤ « ንዓ ፤ በዚ ፡ ሸንኽዚ ፡ ሕ
ልዋ ፡ ውጻእ ፤ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ፡ ንሶም ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ትእዛዞም ፡ ባ
ህ ፡ ይልዎም ፡ አይተአዘዝዎን ፤ አሎቶም ፡ ድማ ፡ ንምህዶም ፡ ጥራይ ፡ ከ
11. ም ፡ ዝኸኑ ፡ ተራእዩ ። ስለዚ ፡ አገውንጉስ ፡ እቲ ፡ ደብዳቢ ፡ ሐጸይ ፡ ቴ
ድሮስ ፡ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ እተጻሕፈ ፡ ፍጹም ፡ ሐቂ ፡ መሸልዎም ፡ ነ
12. ሶም ፡ ግና ፡ ብልሓቱ ፡ እኳ ፡ ዘይፈልጡ ፡ ኸነሶም ፡ አሰርዎም ። በዚ ፡ ኸ
ምዚ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ድግዝምንት ፡ ካብ ፡ ዝቕበሉ ፡ ድሕሪ ፡ መንፈ
ቕ ፡ ተአስሩ ።
13. አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ወረ ፡ ምእሳር ፡ ሐዎም ፡ ምስ ፡
ሰምዑ ፡ ብኡብኡ ፡ ዐጂ ፡ ዳዕሮ ፡ ኸይዶም ፡ አብ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡
አተዉ ።





ልጅ ፡ ኢማም ፡ ወጺ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ስዕረት ፡ አቦ 1.
ኦም ፡ አብ ፡ ዝባን ፡ ደብሪ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ሐሙኦም ፡ እንዳ ፡ ሰለሙን ፡
ወዲ ፡ ደብሩ ፡ አተዉ ። ተወጊኦም ፡ ዐሶ ፡ ሕድዎም ፡ ነበረ ፤ ሐሚሞም ፡
አብኡ ፡ ቐንዩ ። ምስ ፡ ሐወዩ ፡ አብ ፡ ደብረ ፡ እንዳ ፡ መንቆርዮስ ፡ አተ
ዉ ፡ ካብኡ ፡ ናብ ፡ ኲዓቲት ፡ ተቐመጡ ።
ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ኸምለሱ ፡ ደለዩ ። ኸሎ ፡ 2. 3.
በቲ ፡ ቕድሚ ፡ ምምላስም ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አተውዎም ፡ ሽሙ
ት ፡ ሐማሴን ፡ ከአ ፡ ለሙኑ ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ግና ፡ « ሽመት ፡ ዝግበ 4.
አ ፡ ኻብ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ መን ፡ አሎ ፤ » ይሎም ፡ ሐተቱ ። አይተ ፡
ገረማርያም ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተወልደ-መድህን ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ጸኒሖም ፡
« እኔኹ ፤ » ይሎም ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ አተዉ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ሽመት ፡ ንአ 5.
ም ፡ ክህብዎም ፡ እንተ ፡ ደለዩ ፡ « አይሳእ ፡ ጉይታይ ፡ ካብ ፡ ንአይሲ ፡
ወዲ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኢማም ፡ እትብህሎ ፡ አሎ ፤ ንኡ ፡ ሽትህብዎ ፡ ይ
ሐይሽ ፤ » ዩሉ ። ደሓር ፡ ተሎ ፡ ተብሂሉ ፡ ልጅ ፡ ኢማም ፡ ካብቲ ፡ ተሐ 6.
ቢኦምሉ ፡ ዝነበሩ ፡ ካብ ፡ ኲዓቲት ፡ አብ ፡ ንጉስ ፡ ከዱ ። ንጉስ ፡ ከአ ፡
ምስ ፡ ረአይዎም ፡ ተሐጒሶም ፡ ድግዝምንት ፡ ሸይሞም ፡ ግዝኣት ፡ አቦአ
ም ፡ ሃብዎም ። ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ተመልሱ ። 7.
ሽዑ ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ ምስ ፡ ኮነ ፡ 8.
እቲ ፡ ናይ ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ዝነበረ ፡ ጠበንጃ ፡ ኸነ ፡ ዓቐይታይ ፡ አ
ብኦም ፡ ተመልሰ ። ነጋሪት ፡ ደግያት ፡ መርእድ ፡ ድማ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ጽ
ዒኖም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ አእተውዎ ። ስለዚ ፡ ደግያት ፡ ኢማ 9.
ም ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ ንመረብ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ።

207. ምርቓ ፡ ቀሺ ፡ እዮአስ ።

1. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ድግዝምንት ፡ አሲሮም ፡ ከምረቑ ፡ አብ ፡ ዐንሰባ ፡
ወረዱ ፤ እሞ ፡ አብ ፡ ምላዛናይ ፡ መጺኦም ፡ ንቐሺ ፡ እዮአስ ፡ ዐቢ ፡ ዐዲ ፡
ነበሩ ፡ እሞ ፡ « ድግዝምንት ፡ አሲረ ፤ እሞ ፡ ዐዲ ፡ አኽቡለይ ፡ ከምረቕ ፡ »
2. የልዎም ። እቶም ፡ መኻንንቲ ፡ ምስኦም ፡ ዝነበሩ ፡ ኸአ ፡ መታን ፡ ከበል
ዑ ፡ ደልዮም ፡ « ንኽብኽብ ፡ ዝኸውን ፡ እንፍቕቲ ፡ መዓር ፡ ክህቡና ፡ ን
ቶም ፡ ዐዲ ፡ ንገሩልና ፡ » የልዎም ። ቀሺ ፡ እዮአስ ፡ ከአ ፡ ሕራይ ፡ ይሎ
3. ም ፡ ዐዲ ፡ አኽቡ ። ዐዲ ፡ ምስ ፡ ተአኽበ ፡ « መረቑ ፤ ክንዛረብ ፡ ቀሺ ፡ እ
4. ዮአስ ፡ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ ክኢል ፡ ዘረባ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ ከምዚ ፡
ይሎም ፡ መረቑ ፤ « ይምህረኒ ፡ ይሳህለኒ ፤ ጽቡቕኒ ፡ ዝጠቕምኒ ፡ የዛርበኛ ፡
ኢማም ፡ ከአ ፡

ሀገር ፡ ክተልምዐ ፡ እንተ ፡ ኾንካ ፡
ይኸምካ ፤
ሀገር ፡ ክተጥፍእ ፡ እንተ ፡ ኾንካ ፡
ይኸመምካ ፤ »

5. ይሎም ፡ መረቑ ። « እንታይ ፡ የልኩም ፡ እንታይ ፡ የልኩም ፡ አቱም ፡
ቀሺ ፡ እዮአስ ! » የልዎ ። « ዬ ፤ ሀገር ፡ ብሽመት ፡ ይጠፍእ ፡ ደአ ፡ ርእ
የ ፡ » የሉ ።
6. ደግያት ፡ ኢማም ፡ ከአ ፡ « ዝደሌኹም ፡ ሃቡኒ ፤ እንፍቕቲ ፡ አይደል
ን ፡ » ይሎም ፡ ካዕበ ፡ መዓር ፡ ተቐበሉ ።

208. ጥፍአት ፡ አገውንጉሰ ።

1. አገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ ብፍርሃት ፡ ካብ ፡ ሰራየ ፡ ንምድሪ ፡ ባርያ ፡ ወረ
ዱ ። ካብኡ ፡ ብዋልቃይት ፡ አቢሎም ፡ ንወጀራ ፡ ንስሜን ፡ ዘሩ ፤ ደሐር ፡
« ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከዱ ፡ » ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ። በ





ዚ ፡ ኹሉ ፡ መገጾም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ደግያት ፡ መርእድኒ ፡ ምስአ
ም ፡ ኩሉል ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ።
ብድሕርዚ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ብሐድሽ ፡ ካብ ፡ ዐደም 2.
ሓራ ፡ ንትግራይ ፡ መጹ ። ቅድሚ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ንአገውንጉሰ ፡ ብው 3.
ግእ ፡ እኳ ፡ እንተ ፡ ሰዓርዎ ፡ መሓዙ ፡ ስኢኖም ፡ ነበሩ ። ሕጂ ፡ ግና ፡ ሓ
ደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበቡ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አገውንጉሰ ፡ ናብቲ ፡ ኸተማ ፡ 4.
ዐዲ ፡ አቡን ፡ ሰፈሩ ፤ ሰብኣ ፡ ዝአኸሉ ፡ ሰብ ፡ ቀምሽ ፡ ድማ ፡ ብትሕቲአ
ም ፡ ነበርዎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኸም ፡ ሐመደ-ግዳም ፡ ዘይፍቕድ ፡ ሰራዊ
ት ፡ ነበሮም ። አገውንጉሰ ፡ ምስናይዚ ፡ ኹሉ ፡ ኸነሶም ፡ ሐጸይ ፡ ቴድ 5.
ሮስ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አወጁ ፤ « ሎሚ ፡ በዘን ፡ ክልተ ፡ መዓልቲ ፡ ነፍ
ሲ ፡ ዝቕተልካ ፡ ዝሸፈትካ ፡ ዝኸተርካ ፡ አብ ፡ ገዳም ፡ እንተ ፡ አቶኻ ፡ አ
ብ ፡ በረኻ ፡ ዘሎኻ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ቤትካ ፡ እንተ ፡ አቶኻ ፡ ምሒረኻ ፡ አሎ
ኹ ፡ » የሉ ። ሽዑ ፡ ብኢ-ብኢ ፡ ነዚ ፡ አዋጅዚ ፡ ዝሰምዔ ፡ ኹሉ ፡ አብ ፡ 6.
በቤቱ ፡ አቶ ። ሰራዊት ፡ አገውንጉሰ ፡ ኸአ ፡ በብዘለውዎ ፡ ጠለምዎም ፤
በዓል ፡ ቀምሽ ፡ አይተረፈ ፡ በዓል ፡ ጠበንጃ ፡ ጋሻ ፡ ጃግሪኡ ፡ አይተረፈ ፡
መማኽሪ ፤ ኩሉ ፡ ጠሊምዎም ፡ ከደ ። ድሕርዚ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንአገ 7.
ውንጉሰ ፡ በይኑ ፡ ምስ ፡ ተረፈ ፡ አብ ፡ ድንኳኑ ፡ ኸሎ ፡ ሓዝዎ ። ሽዑ ፡
ቼራርጮም ፡ ስግኡ ፡ ንኽላባት ፡ ሃብዎም ።
ብዛዕባዚ ፤ 8.

« አባ ፡ ታጠቕ ፡ » ክብለካ ፡ ቴድሮስ ፤
ሰብዶ ፡ ወሲዱኻ ፡ ዘይስሳሰ ፤
ወዲ ፡ አገው ፡ መሽልካ ፡ ንጉስ ፤

ተባህለ ።

209. ሽመት ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተመልሰ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ኣገው-ንጉሰ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ሽመቶም ፡ መለሱሉም ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሽመቶም ፡ ተቐቢሎ
ም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ። – –
2. ደግያት ፡ መርእድ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ መቕሕ ፡ ኣገው-ንጉሰ ፡ ምስ ፡ ወ
3. ጹ ፡ ኣብ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ክይረአዩ ፡ ኣብ ፡ ደብረ-ብዜን ፡ ኣተዉ ። ድ
ሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ ኣትባህሉ ፡ ሐረመቓይ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተኽ
ሉ ፡ ብልዕሊ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ተኸዜ-ምላሽ ፡ ገዝኡ ። ደግያት ፡ መርእ
ድ ፡ ከአ ፡ ተመልሾም ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ ኣተዉ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡
ሳህሉ ፡ ተቐቢሎም ፡ ንደግያት ፡ መርእድ ፡ ኣሲሮም ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ ኣሕ
4. ለፍዎም ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ መቕደላ ፡ ኣቐመጥዎም ፡ ኣብ
5. ኡ ፡ ኸአ ፡ ሞቱ ። ኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ግና ፡ በዚ ፡ ግዝያትዚ ፡ ና
ብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኣትዮም ፡ ካብኦም ፡ ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ብጀ
ኽ ፡ ዓመጺ ፡ ተቐቢሎም ፡ ከም ፡ ልኡኽ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኰይኖም ፡
ኣብ ፡ ዐዶም ፡ ፡ ተቐመጡ ። – –
6. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንበኺት ፡ ወዲ ፡ ተወልደ-መድህ
ን ፡ ዕዛረቓይ ፡ በዓል ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ካብ ፡ ንጉስ ፡ ክንትብኝት ፡ ኣውሃ
7. ብዎ ። ከምዚ ፡ ይሉ ፡ እዩ ፡ ሽመትኒ ፡ ኽንትብኝትኒ ፡ ናብ ፡ ክርንሽም ፡ ገ
ጀመረ ፡ ሉም ፡ ግና ፡ ብወዶም ፡ ኣብ ፡ ድግዝምንት ፡ በጺሑ ፡ ኣሎ ።
8. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንጓል ፡ ክን
ቲባ ፡ በኺት ፡ ወዘሮ ፡ ሄዋን ፡ ኣትባህለት ፡ ኣእተዉ ።

210. ብላታ ፡ ውበ ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ጕይትኦም ፡ ሐለፈ ።

1. ኣገው-ንጉሰ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ንደግያት ፡ ሳህሉ ፡
ተኸዜ-ምላሽ ፡ ክገዝእ ፡ ሸምዎ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ብትሕቲ ፡ ደግ





ያት ፡ ሳህሉ ፡ ገዛኢ ፡ ነበሩ ። ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ሳህሉ ፡ ንደግያ 2.
ት ፡ ሃይሉ ፡ «ግብሪ ፡ ንጉስ ፡ ናባይ ፡ ኣእትዉ ፡ » የልዎም ። ንሶም ፡ ድማ ፡
« ንጉስ ፡ ስለ ፡ ዝሸሙኹም ፡ ልዕለይ ፡ ኢኹም ፡ እንተኾነ ፡ ግብሪ ፡ ና
ብ ፡ ኢድ ፡ ንጉስ ፡ እምበር ፡ ኣብ ፡ ኢድ ፡ ካልእ ፡ ኣይህበን ፡ እየ ፡ » የ
ሉ ። ስለዚ ፡ ምስ ፡ መኻንንቶም ፡ እንተሎ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኰ 3.
ይኖም ፡ ኣብ ፡ ደብረ-ታቦር ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ ከዱ ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ክ
አ ፡ ዘረብኦም ፡ ሰሚዖም ፡ « ግብርስ ፡ ኣባይ ፡ ጥራይ ፡ ኣእቱ ፡ » የል
ዎም ።

ባሕር-ነጋስ ፡ ኣስገዶም ፡ በዓል ፡ ሰፍኣ ፡ ከአ ፡ ሽዑ ፡ ናብኡ ፡ ጸን 4.
ሐ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ « ብጥንቲ ፡ ገበረይ ፡ ገበር ፡ ኣበሐንይ ፡ ኢ
ኻ ፡ » የልዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ኣይፋለይ ፡ ንንጉስ ፡ ሐማሴንሲ ፡ ኣይግብር
ኒ ፡ ገበርኩም ፡ ከምዘይኾውን ፡ » ይሉ ፡ እልፍን ፡ ኣንገትን ፡ ቋጸረሎም ።
እኒ ፡ ኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መስከሩ ፡ « ንደብረ-እንድርያስ ፡ እምበር ፡ 5.
እንዳ ፡ ደገዝማትስ ፡ ኣይግብሩን ፡ » ይሉም ፡ ኣርትዕዎም ። ሽዑ ፡ ብላ 6.
ታ ፡ ውበ ፡ ወዲ ፡ ኣይተ ፡ ኣውሳቤስ ፡ ሐደ ፡ ትግራዋይ ፡ ሐሽከር ፡ ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ « ኣብ ፡ ክንዲ ፡ ጕይታይ ፡ ኣነ ፡ ይሐልፈሎም ፡ » ይሉ ፡
ሐለፈ ። ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ርእዮም ፡ « ከምዚ ፡ ዝአመሰለ ፡ እ 7.
ሙን ፡ ግልያ ፡ ክብረትኒ ፡ ሽመትኒ ፡ ስልማትኒ ፡ ይግብኦ ፡ እኽብሮ ፡ ኢ
ኻ ፡ ብላታንጌታ ፡ ግበሮ ፡ » ይሉም ፡ ደማስ ፡ ኣልብሾም ፡ መሓርዎ ። –
እቲ ፡ ግብሪ ፡ ሰፍኣ ፡ ኸአ ፡ « ከምቲ ፡ ቓል ፡ ሃይሉ ፡ ይኹን ፡ በቲ ፡ ዘ
ሎ ፡ ይዓለሉ ፡ » የሉ ።

ብዛዕባዚ ፡ ዋጣ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንብላታ ፡ ውበ ፡ ኸምዚ ፡ የሎ ፡ 8.

ወድኻ ፡ ኣውሳቤስ ፡ ወርቂ ፡ ርፍርፍ ፡
እንታይ ፡ ኣበለካ ፡ ንጉስ ፡ ካሴፍ ፡
ክንዲ ፡ ጕይትኡ ፡ ኽሳዱ ፡ ዘሕልፍ ፡
ነሽኻ ፡ ጻዕዳ ፡ ጣፍ ፡ ካልእ ፡ ቋርፍ ።

## 211. ተረኽበ ፡ ዘረባ ፡ ቀሺ ፡ ገረ-ሐርያት ።

1. ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ደጃዝማት ፡ ሃይሉ ፡ ኸምዚ ፡ ኾነ ።
2. ደጃዝማት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ቤቶም ፡ ሒደት ፡ ሜስ ፡ ጥራይ ፡ ነበሮም ፤
እቖ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ጐራደ ፡ ሹም ፡ አስመራ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ዘርአይ ፡
ይፈትውዎ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፡ « ሐይ ፡ እስኬ ፤ ርእይ ፡ እናበልካ ፡ ሜስ ፡ ዐ
ድል ፡ » የልዎ ። « እሺ ፤ ጐይታይ ፡ » ይሉ ፡ ድማ ፡ ነሱ ፡ ቛሪኡ ፡ ዐጢ
3. ቑ ፡ ከዕድል ፡ ተንስኤ ። ቀሺ ፡ ገረ-ሐርያት ፡ ከአ ፡ ዐቢ ፡ ኻህን ፡ ኣብኡ ፡
4. ነበሩ ፤ ንባሕር-ነጋስ ፡ ጐራደ ፡ ኸአ ፡ ገስጮምዎ ፡ ነበሩ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ ከ
ዕድል ፡ ከሎ ፡ መታን ፡ ሕኒኡ ፡ ኸፈዲ ፡ ሐንቲ ፡ ብርሌ ፡ ጥራይ ፡ ሂብዎ
5. ም ፡ ነቶም ፡ ከልኣት ፡ ዐበይቲ ፡ ኸኽልቶ ፡ ሃበ ። ነሶም ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ሜ
ስ ፡ ይውዳእ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ከምዚ ፡ የሉ ፤ « ጐራደ ፡ ጐራደ ፡ » የሉ ።
ነሱ ፡ ኸአ ፡ « አቤት ፡ አቤት ፡ » የለ ። ነሶም ፡ ድማ ፡ « በታ ፡ ኸምካ ፡ ደ
አ ፡ ወጅይ ፡ » የልዎ ።

## 212. እንዳ ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ቅድም ፡ ንወዘሮ ፡ አብሰራ ፡ በዓልቲ ፡ ክር-
ብርያ ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ ትኩእ ፡ አእተዉ ። ከብኡን ፡ ንወዘሮ ፡ ውብ ፡ ወለ
2. ዱ ። ንወዘሮ ፡ ውብ ፡ ደረፉለን ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፤

ፈረስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እቲ ፡ ሐመረ ፤
« ውረር ፡ » እንተልካዮ ፡ ዝወረረ ፤
« ተደበር ፡ » እንተልካዮ ፡ ዝድበረ ፤
ውብ ፤ ምስዋን ፡ ነውሪ ።

3. ነሸን ፡ ኣብ ፡ አይተ ፡ ጐድም ፡ በዓል ፡ ግራት ፡ ገብሩ ፡ ተአትዋ ። ወዘሮ ፡
ኣብሰራ ፡ ኸአ ፡ ከብ ፡ ራእሲ ፡ ምስ ፡ ተሐድጋ ፡ ኣብ ፡ አይተ ፡ ገረ-





ስላሰ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ ተአትዋ ፤ እሞ ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡
ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ይነብራ ፡ አለዋ ።

ነሶም ፡ ከአ ፡ ድሕሪኡን ፡ ንወዘሮ ፡ አብርሃ-ጽዮን ፡ ጓል ፡ አይተ ፡ አ 4.
ብርሄ ፡ ከብ ፡ ዐዲ ፡ አውልዕ-ጸሩ ፡ አእተዉ ። ከብኡን ፡ ንበኹሪ ፡ ወጅ 5.
ም ፡ ደጃዝማት ፡ መኰንን ፡ ወለዱ ፡ ኣብ ፡ ውግእ ፡ ሰኑይ ፡ ምስ ፡ ደጃዝማት ፡
ሃይሉ ፡ ገዝሞቱ ። ንደጃዝማት ፡ መኰንን ፡ ምስ ፡ ወለዱ ፡ ፈቲሖም ፡ ንበዓል ፡
ዐጅስፈዳ ፡ አመርዓውዎን ። ነሸን ፡ አርባዕተ ፡ ደቂ ፡ ወሊደን ፡ ከብቲ ፡ 6.
በዓል ፡ ዐጅስፈዳ ፡ ክሳዕ ፡ ሎሚ ፡ አለዋ ።

ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንወዘሮ ፡ ኸላ-ደሃብ ፡ በዓ 7.
ልቲ ፡ ዐዲ ፡ ንእምን ፡ ጓል ፡ ጀሚል ፡ ወዲ ፡ ስብሃት-ለኣብ ፡ ከብ ፡ ዐዲ ፡
ዕጂል ፡ አእተዉ ። እንተኾነ ፡ ቆጸመይቲ ፡ ሕጽይቶም ፡ ነሸን ፡ እየን ፡ ዝ 8.
ነበራ ፤ ተብእሾም ፡ ብኹራ ፡ እዮም ፡ ንወዘሮ ፡ አብሰራ ፡ ዘእተውዎን ።
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ነሸን ፡ ብመርዓተን ፡ ተሐዲገን ፡ ከለዋ ፡ እዮም ፡ ንወዘሮ ፡
አብርሃ-ጽዮን ፡ ዘእተዉ ፤ ደሐር ፡ ተመልሾም ፡ ምስ ፡ ወዘሮ ፡ ኸላ-ደሃ
ብ ፡ ተዐርቁ ። ከብኡን ፡ ንደጃዝማት ፡ መስፍን ፡ ወለዱ ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ወ 9.
ዘሮ ፡ ኸላ-ደሃብ ፡ ንወዘሮ ፡ ለምለም ፡ ንወዘሮ ፡ ደስታ ፡ ንወዘሮ ፡ ለቶ-
ልዐልኒ ፡ ወለዳ ፤ እዚኣተን ፡ ሰለስቲኤን ፡ ኣብ ፡ ሰራዬን ፡ ማይ ፡ ጻዕዳን ፡
ተአትዋ ። ወዘሮ ፡ ኸላ-ደሃብ ፡ ክሞታ ፡ ኸለዋ ፤ 10.

ተቖቢርክዶ ፡ ብዞጋሪት ፡ ዋሕሳ ፤

ተባህለ ።

ድሕሪ ፡ ኹሉን ፡ ንወዘሮ ፡ አለጣሽ ፡ በዓልቲ ፡ ተምቤን ፡ ጓል ፡ ሐወ 11.
ቦኦም ፡ ንሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ አእተዉ ። ነሸን ፡ አይወለዳን ። — —

ልጅ ፡ ሃይለ-መለኮትኒ ፡ ወዘሮ ፡ ጥሩን ፡ ደቂ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 12.
ል ፡ ከብ ፡ ሐንቲ ፡ ሰይት-ወሰን ፡ እዮም ፤ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ውብ ።

213. ነገር ፡ ዓመጺ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አርባዕተ ፡ ዓ
መት ፡ ዝአክል ፡ ብትሕቲ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ኰይኖም ፡ ትም ፡ ይሉም ፡
ተገዝኡ ።

2. አብ ፡ መንጎዚ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ ኰረሪ ፡ ወዲ ፡ ብላታ ፡ ገ
ረ-መድህን ፡ ነሱ ፡ ንዓመጺ ፡ ካብ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ተቐቢሉ ፡ ይገዝእ ፡
ነበረ ፡ እሞ ፡ ብአውሉ ፡ ኸምዚ ፡ የለ ፤

እቲ ፤ ዓመጺ ፤ ዓመጺ ፤
ዐዲ ፤ ጻዕዳ ፡ ጣፍ ፤ ዐዲ ፡ ነጨ ፤
ዘይከንዶ ፡ ነገር ፡ እተምጺ ።

3. እዚ ፡ አውሉ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሰምዖም ፤ አብ ፡ ልቦም ፡ አ
4. ትዩ ፡ ቕልውልው ፡ አበሉም ። እሞ ፡ ብንሂ ፡ « ለካ ፤ እዚ ፡ አሉ ፡ እዩ ፡ »
ይሉም ፡ ንደጊያት ፡ ሃይሉ ፤ « ብምንታይ ፡ ነገር ፡ ንምሉእ ፡ ሚናበ-ዘርአ
ይ ፡ ሂብኩምኒ ፡ ኸሎኹም ፤ ንዓመጺ ፡ ትኸልኡኒ ፤ » የልዎም ። ደጊያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፤ « እቲእስ ፡ ጕልቲ ፡ ሰበነ-ገርግሽ ፡ እያ ፤ እሞ ፡ አይሀ
5. በኻን ፤ » የልዎም ። ንሰም ፡ ድማ ፤ « ይትረፍ ፡ ዓመጺ ፡ ጥራይሲ ፤ ምሉ
እ ፡ ሚናበ-ዘርአይ ፡ ክነ ፡ እነ ፡ ኸንኩ ፤ ደይናትኩም ፡ ኢና ፤ ሕጂ ፡ ኸ
አ ፡ ንሚናበ-ዘርአይ ፡ እንተ ፡ ኸላእኩምኒ ፤ እንታይ ፡ ዝብል ፡ ኰይኑ ፤
ኑሉስ ፡ ንአኹም ፡ እየ ፡ ዘግዝእ ፡ ዘሎኹ ፡ እምበር ፤ ንአይዶ ፡ ኰይኑ ፤
ሕጂ ፡ ድማ ፡ ኸም ፡ ፍቓድኩም ፡ ግበሩ ፤ » ይሉም ፡ ንዐዶም ፡ ተመ
ልሱ ።

6. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፤ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ጨኪኖም ፡
ከም ፡ ዝኸልእዎም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፤ ብልቦም ፡ ተናዲዶም ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡
ሸፊቱ ። ሸፊቶም ፤ ብሰሐርቲ ፡ አቢሎም ፡ አብ ፡ ዐሳወርታ ፡ ወረዱ ፤ ደ





ሐር ፡ ካብኡ ፡ ተመልሸም ፡ አብ ፡ እኳሉ-ጕዛይ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ክር-ባ
ርያ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ሐብቶም ፤ ባሕር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ወዲ ፡ ባሕር-ነ
ጋስ ፡ ዐንደንኪኤል ፤ አተዉ ።

ረብዕ ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-መኻን ። 214.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደጊያት ፡ ኢማም ፡ ወዲ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ሐሚሞ 1.
ም ፡ ጥምቀት ፡ መዓልቲ ፡ ሞቱ ፤ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተቐብሩ ። ድሕርዚ ፡ ደ
ጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ሐገዝ ፡ ንተስክር ፡ ወዶም ፡ ደልዮም ፡ ንሰራዩ ፡ ኸዱ ።
አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸይዶም ፡ ምስ ፡ 2.
ሰምዑ ፤ ካብ ፡ ክር-ባርያ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ሒዞም ፤ ካብ ፡ ኰ
ዓቲት ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ደጊያት ፡ ገረ-መድህን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ሀብተንኪኤ
ል ፡ ተሓባቢሮም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ካብ ፡ ወቐርቲ ፡ ምስ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡
ፍሬ-እዝጊ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተኸኤ ፡ ኰይኖም ፤ ተአካኺቦም ፡ አብ ፡ ሐ
ማሴን ፡ ወጹ ። ካብ ፡ ዐረዛ ፡ ኸአ ፡ አይተ ፡ ወንደፍራሽ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡
ገረ-ጻድቕ ፤ ቀደም ፡ ካብ ፡ አገው-ንጉሰ ፡ ሸመት ፡ ሰራዩ ፡ ምስ ፡ ደቂ ፡ ተ
ሰፉ ፡ ተቐቢሎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፤ ሕጂ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተ
ማኺሮም ፤ ሰቦም ፡ ኑሎም ፡ አኪቲቶም ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ከድዎም ። በዚ ፡ 3.
ኸምዚ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብገስጋስ ፡ መጺኦም ፤ ሰምበት ፡ መዓል
ቲ ፡ ቕድሚ ፡ አርብዓ-ጾም ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ወዲቖም ፡ ተኹስዎ ። ሸዑ ፡ ብዙ
ሕ ፡ ማልኺ ፡ አቕሓን ፡ ተዘምተ ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ዝበገሱ ፡ ንታሕ
ቲ ፤ ዐንሰባ ፤ ሀደሙ ።

ካብኡ ፡ ንሰኑዩ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሰድርአም ፡ ኰይኖ 4.
ም ፡ ሀዘጋ ፡ ኸይዶም ፤ ዐሬሮም ፤ ክበልዑን ፡ ክሰትዩን ፡ ክፍኽሩን ፡ ወዓ
ሉ ። ንጽብሒቱ ፤ ብሰሉስ ፡ አብ ፡ ሞት ፡ ደጊያት ፡ ኢማም ፡ አብ ፡ ሐዘኖ 5.
ምኒ ፡ ናብ ፡ ቀብሮምኒ ፤ ዝሐዝዙ ፡ ሰባት ፡ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ነበሩ ፡ እ
ሞ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፤ « ሸራ ፡ ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ እንካ ፡ እየ

ን ፤ » ይሉዎም ፡ ካብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸይዶም ፡ ምስ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ተዋግኡ ። ሽ
6. ዑ ፡ ሰብን ፡ ዝአኸል ፡ ነፍሲ ፡ ኸብኦም ፡ ተቐትሉ ። — ቅሩብ ፡ ቅድሚ ፡ እ
ዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቦ ፡ ገረ-ወልዲ ፡ እትባህሉ ፡ ፈላሲ ፡ ናብቲ ፡ ገምገም ፡ ት
ሕቲ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ንብር ፡ ኔሮም ፡ ካብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ድማ ፡ ብገለ ፡ ነገር ፡
ምስኦም ፡ ተሓራረቑም ፤ አብቲ ፡ ብብሕትውና ፡ ዘለውዎ ፡ ወዲቖም ፡ ቀ
ቲልዎም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንሐያሎ ፡ ኻብ
ቶም ፡ እትማረኹ ፡ ሰብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፤ « ሕነ ፡ አቦ ፡ ገረ-ወልዲ ፤ » ይሎ
ም ፡ መልሓሰም ፡ ቈረጽዎም ።

7. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፤ ወረ ፡ ምትኳስ ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፤ ብ
ኡ-ብኡ ፡ ገስግሾም ፡ መጺኦም ፤ ምስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክዋግ
ኡ ፤ ምሸት ፡ ሰሉስ ፡ አብ ፡ አስመራ ፡ ሰለፉ ። ሽዑ ፡ ዝሀደመ ፡ ኹሉ ፡
ተመልሰ ፤ ሰብ ፡ እዚ ፡ ጐልጐል ፡ ድማ ፤ ፈተውቲ ፡ ዐድ-ደግያት-ሃይሉ ፡
ዝኾኑ ፤ ምስ ፡ አይተ ፡ ጺጋይ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ እስገዶም ፡ ኲይኖም ፡ አብ
8. ኦም ፡ አተዉ ። ድሕርዚ ፡ ረቡዕ ፡ ንግሆ ፡ ብወርሒ ፡ ጥሪ ፡ ናብ ፡ አስመ
9. ራ ፤ ጻዕሮ-መኻን ፡ አብ ፡ ዝበሀል ፤ ተዋግኡ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ እቲ ፡
ውግእ ፤ እተኣቶምኒ ፡ እተኣቶምኒ ፡ ምስ ፡ ተቓራረቡ ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኸምዚ ፡ ይሉዎም ፡ ፈኸሩ ፤

የማን ፡ ግልጽ ፡ እንተለ ፤ ምድሪ ፡ ዝጉብእ ፤
ጸጋም ፡ ግልጽ ፡ እንተለ ፤ ምድሪ ፡ ዝጉብእ ፤
ጉይታኹም ፡ ይመጽእ ፤ አጆኹም ፤ አዛብእ ፤
ሽሻይ ፡ ሳምራ ፤
ሐው ፡ እሴን ፤ ገመራ ።

10. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፤ ሰገሩ ። አይተ ፡ ወንደፍራሽ ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ ፍሬ-እዝግን ፡ ሞቱ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብቶም ፤ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፤ ጺጋይ ፤
ወዲ ፡ ኸንተ፡ባ ፤ ተስፋ ፤ ናብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞተ ። ልጃም ፡ ድማ ፤ ወዲ ፡ ሐ
ው ፡ ንጺጋይ ፤ ተማረኸ ፤ ድሕሪ ፡ እቲ ፡ ውግእ ፡ ክአ ፡ ብትእዛዝ ፡ ደግያ





ት ፡ ሃይሉ ፡ ተደብደበ ። ካብ ፡ ጻዕዳ-ኽስታን ፡ ድማ ፡ ባርያኡ ፡ ወዲ ፡ ዘ
ዳይ ፤ ወዲ ፡ ሐዎም ፡ ንኸንተ፡ባ ፡ ወልደ-ልዑል ፤ ካብ ፡ ዐዶይጠበ ፤ ምስ ፡
አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ውዒሉ ፡ ነበረ ፤ እዋ ፤ አብኡ ፡ ሞተ ። ዝተረፉ ፡ 11
መኳንንቲ ፤ እንተሎ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፤ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። — —
ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ወዲ ፡ ኸንተ፡ባ ፡ በኺት ፡ እቶም ፡ ሻሩ ፡ አቡኡ ፡ ሐ 12
ዲጉ ፡ ብረቡዕ ፡ ምስ ፡ አይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዓለ ። አይተ ፡ ወልደን 13
ኪኤል ፡ ተሰዒሮም ፤ ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ኸአ ፡ ተማረኸ ፡ አቶ ። አቡኡ ፡
ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ክቐትልዎ ፡ ደለዩ ፤ እዋ ፤ « ሃብ ፤ አነ ፡ ኸወግእ ፡ አነ ፡
ኸወግእ ፤ እዚ ፡ ተኸል ፤ » ይሉዎም ፤ ኩናት ፡ ሕጅም ፡ ተወጠጡ ። ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፤ « ሕደጉ ፤ ሕደጉ ፤ » ይሉዎም ፡ መሓርዎ ። — —
ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ስዒሮም ፡ ዐዶም ፡ አትዮም ፤ መልሾም ፡ 14.
ሰርሕዋ ።

ምድብዓ ፡ ልጃም ።



ልጃም ፡ ወዲ ፡ ስብሃቱ ፤ ወድ-ወዲ ፡ ንኸንተ፡ባ ፡ ተስፋ ፡ ድሮ ፡ ረቡ 1.
ዕ ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቶ ፤ እዋ ፤ ምስኦም ፡ ኲይኑ ፡ ኸዋጋኢ ፡ መ
ሓለ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ፈረስ ፡ ሃብዎ ። እንተኾነ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፤ 2.
« ይጠልመና ፤ » ይሉዎም ፡ አይአመንዎን ፤ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፤ « በዕ
ለይ ፡ እፈልጥ ፤ ደሓን ፤ » የሉ ። ምሸት ፡ ክድረሩ ፡ ኸለዉ ፤ ደግያት ፡ 3.
ሃይሉ ፡ ሳዕሪ ፡ ቅንጢቦም ፤ « ልጃም ፤ » የልዎ ፤ « ንኣይ ፡ እንተ ፡ ጠለ
ምካዮ ፤ እዚኣ ፡ ትሐንኩልካ ፤ » የልዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፤ « ትሐንኩለኒ ፤ »
የለ ።

ደሓር ፡ ዐጢቖም ፡ አብ ፡ ኩናት ፡ ነቐሉ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ብፈረሱ ፡ 4.
ጸሊኹ ፤

« አደይ ፡ ትሕሸኒ ፤ » ቢለ ፤
« አደይ ፡ ተሐሸኒ ፤ » ቢለ ፤

5. እናለ ፡ ኣብ ፡ ሐወ ፡ ኣቶ ። እንተኾነ ፡ መታን ፡ ኣዝዩ ፡ ኸእመን ፡ ኩብ ፡
ፈረስ ፡ ወረዱ ፡ ብእግሪ ፡ ናብ ፡ ኩናት ፡ ኣቶ ። ኩናት ፡ ህዘጋ ፡ ምስ ፡ ተ
ሳዕረ ፡ ልጃም ፡ ሕንቁቕ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ብእግሪ ፡ ምጕያይ ፡ ስኢኑ ፡ ዕንክ
6. ይክይ ፡ የለ ። ሽው ፡ በጅርወንዲ ፡ ቢልዎ ፡ እትባህለ ፡ ሐሽከር ፡ ደግያ
ት ፡ ሃይሉ ፡ አርኪቡ ፡ ሓዘ ። ቅድም ፡ ምስእም ፡ ዝወዓለ ፡ መሸልዎ ፡ ነ
በረ ፡ ደሐር ፡ ጠሊሙ ፡ ኸምዝነበረ ፡ ነገርዎ ፡ እሞ ፡ ሕጅዎ ፡ ናብ ፡ ደገ
7. ዝማቲ ፡ ኣቶ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ ፡ « እታ ፡ ሮማድዶ ፡ ሐንኩላት
ኸ ፡ ልጃም ፡ » የልዎ ። ሽው ፡ « በሉ ፡ » ይሎም ፡ ደብደብዎ ።

## 216. ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጕራዶ ።

1. ኩብ ፡ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጕራዶ ፡ ሹም ፡
2. አስመራ ፡ ዝነበረ ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞተ ። አማውትኡ ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ሓ
ዶ ፡ ቢልዎ ፡ እትባህለ ፡ ጅግና ፡ | በዓል ፡ ሕምብርቲ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ዐዲ ፡
ኸንፉ ፡ | « በል ፡ ክባይኒ ፡ ኸበኸን ፡ መን ፡ ተብዕ ፡ ከም ፡ ዝኾነ ፡ ክርኢ ፡
3. ጠኒንና ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ ጸላእትና ፡ ንእቶ ፡ » ይሎም ፡ ተቓተዉ ። ሽ
ዑ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጕራዶ ፡ ብድፍረት ፡ ኣብ ፡ ማእከል ፡ ኣቶ ፡ እሞ ፡ ቀተ
4. ልዎ ። ቢልዎ ፡ ግና ፡ ስግጥ ፡ ይሉ ፡ ንድሕሪት ፡ ተመልሰ ። ድሕርዚ ፡ ጓ
ል ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ ጕራዶ ፡ ኸምዚ ፡ ይላ ፡ ቈዝማ ፡ ቌዘመት ፡

« ቢልዎ ፡ ቢልዎ ፤
ነቦይ ፡ አቕቲልዎ ፤
ንዋጋእ ፡ ይልዎ ፤ »

የለት ። ክም ፡ ክምኡ ፡ ዝእመሰለ ፡ ድማ ፡ ሓያሎ ፡ ኻልእ ፡ ዝሓለየቶ ፡
አሎ ።

5. እዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡ ወጸ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ቢል
ዎ ፡ ሓደ ፡ ንፉስ ፡ ግልይእም ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ሕን ፡ ጕራዶ ፡ ተብሂሉ ፡ ሰ





ብ ፡ ክይቖትሎ ፡ ፈሪሀም ፡ ነታ ፡ ጓል ፡ « ሕደጊ ፡ አቲ ፡ ጓል ፡ ቈዝማስ ፡
ይትረፍ ፡ ገዝሚ ፡ ኸህበኪ ፡ ሐሙሽተ ፡ ሚእቲ ፡ » የልዋ ። ንሳ ፡ ግና ፡
« ገንዘብኩም ፡ አይደልን ፡ » ይላ ፡ አበየቶም ።

## « ነገር ፡ ማንትለ ። » 217.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክአ ፡ ረቡዕ ፡ ኩብ ፡ አስመራ ፡ ሀዲሞም ፡ 1.
በይኖም ፡ ነፍርሔም ፡ አብ ፡ ጕንዲ ፡ ጨዓ ፡ ተሐብኡ ። ሽው ፡ ድቃስ ፡ ም 2.
ስ ፡ ወሰዶም ፡ ማንትለ ፡ መጺኣ ፡ ዝሞቱ ፡ መሸልዋ ፡ አዝኖም ፡ ጨረመቶ
ም ። ሽው ፡ ባህረሮም ፡ ተንስኡ ። በዚ ፡ ምኽንያትዝን ፡ አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ 3.
ኸአ ፡ ነገር ፡ ጥዑም-እዝጊ ፡ ምስ ፡ ተወሰኾም ፡ ሓዶ ፡ ቓል ፡ ክሳዕ ፡ ሕ
ጂ ፡ ተረፉ ፡ ዘሎ ፡ ተዛረቡ ፡ « ነገር ፡ ጥዑም-እዝግን ፡ ነገር ፡ ማንትለን
ሲ ፡ ሕደግዋ ፡ ደኣ ፡ » ይሎም ። –
ደሐር ፡ ብዐዲ ፡ ጕረቶ ፡ አቢሎም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ። 4.

## ሞት ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ። 218.

ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድማ ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አ 1.
ትዩ ፡ ነበረ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንመትግረቒ ፡ ጓሎም ፡ ወዘሮ ፡ ጥ 2.
ሩ ፡ ኩብ ፡ ወዘሮ ፡ ዋርካ ፡ እትውለድ ፡ ንባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ሃብዎ ።
ብቕን ፡ ግርዘት ፡ ንቤተ-ሰቦም ፡ አኪቦም ፡ ጓሎም ፡ አመርዓዉሉ ።
እንተኾነ ፡ ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ምስቶም ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ተብእ 3.
ሹ ፡ ብዕርቅን ፡ ብሰላምኒ ፡ ኸንብር ፡ አይክኣለን ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ገበ
ር ፡ ክአ ፡ « ንቕተሎ ፡ » ይሎም ፡ መኸሩሉ ። ባሕር-ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ ድ 4.
ማ ፡ ነዚ ፡ ምኽሮም ፡ ክይፈለጠ ፡ ብድሮ ፡ ፋስጋ ፡ ክልኣይ ፡ ሳልሳይ ፡ ርእ
ሱ ፡ ንቤተኽስያን ፡ ክስዕም ፡ ሐደረ ። ሽው ፡ ምድሪ ፡ ኸወግሕ ፡ ክሎ ፡ እ
ኒ ፡ ብላታ ፡ ሰለሙን ፡ ወዲ ፡ እምበሬም ፡ ሓያሎ ፡ ኻልኣትኒ ፡ ሰብ ፡ ዐዲ ፡

5. ፈለስቲ ፡ መጺኦም ፡ ካብ ፡ ቤተ ፡ ኽስያን ፡ አውጺኦም ፡ ቀተልዎ ። እቶም ፡
ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸአ ፡ ብሞት ፡ ጐይትኦም ፡ ተሐኾሾም ፤

። « ሾማየ ፤
ሾማየ ፤ ደሆ ፡ ሾማ ፤
አይትገደር ፡ ጉማ ! »

6. ደረፉ ። እዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ኽሳዕ ፡ ሎም ፡ ኣብ ፡ ሰፍኣ ፡ ይድረፍ ፡ አሎ ።
7. ሎም ፡ ድማ ፤

ዘይሕመ ፡ ሰብ ፡ አበይ ፡ አሎ !

ከም ፡ ዝበሀል ፡ ገለ ፡ ብትእዛዝ ፡ ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸም ፡ ዝቐተልዎ ፡ ዝ
ብሉ ፡ አለዉ ። እንተ ፡ ኾነ ፡ ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ነዚ ፡ ምኽርዚ ፡ አይፈለጥ
ዎን ፡ አይፈተውዎን ፤ ሰብኣይ ፡ ኳሎም ፡ ደይኮኑን ! — ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ኸአ ፡
ሕነ ፡ ሰብኣየን ፡ ፈደያ ።

219. ጥዚ ፡ ልጅ ፡ ብሩ ።

1. ልጅ ፡ ብሩ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-እምላኽ ፡ እኖሽፈተ ፡ ንደጃያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ሐሳረ-መኸሪ ፡ አጽጊብዎም ፡ ነበረ ፤ አብ ፡ መረብ ፡ ኰይኑ ፡ ንሐ
2. ለፍቲ ፡ መገድን ፡ ንንጋድኒ ፡ ይኸትር ፡ ነበረ ። ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡
መሓዝ ፡ ምስ ፡ ሰኣንዎ ፡ « ዕረቑኒ ፡ » የሉ ፤ « ንአይሲ ፡ እምብአር ፡ ዝገ
ብረኒ ፡ የብሉን ፤ እንተ ኾነ ፡ ድኻ ፡ ኽይጉዳእ ፡ ተዓሪቑ ፡ እንተ ፡ አቶ ፡ እ
3. ምሕሮ ፡ » የሉ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ዕርቅስ ፡ ሕራይ ፡ » የለ ፤ « እንተ ኾነ ፡ ገጽ ፡
ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ አይርእን ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ድማ ፡ አይአቱን ፡ » የለ ። ደ
ገዝማቲ ፡ ኸአ ፡ « መታን ፡ ዕርቂ ፡ ኽኸውን ፡ » ይሎም ፡ « ሕራይ ፤ አብ ፡
ዐዲ ፡ ይቀመጥ ፡ » የሉ ።
4. ደሐር ፡ መኳንንቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ደገዝማቲ ፡ ኰይኖም ፡ መታ
5. ን ፡ ክሕዝዎን ፡ ክእስርዎን ፡ ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ተጣበቡ ። ድሕሪ ፡ ሓያሎ
ይ ፡ ግዜ ፡ አዛናጊዖም ፡ ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ኳል ፡ ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ወ





ዲ ፡ ሙስ ፡ ኽትምርዖ ፡ ኸላ ፡ ንልጅ ፡ ብሩ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ለኣኹሉ ፤
« ጥሩ ፡ ሐውትኻ ፡ ግርዘት ፡ ክትምርዖ ፡ እያ ፤ እሞ ፡ ብርሃን ፡ ሐውትኻ ፡
ኽትርኢ ፡ ምሳይ ፡ ውዓል ፡ » የልዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « እሺ ፤ ገጽ ፡ ጐይታ
ይኒ ፡ ብርሃን ፡ ሐውተይኒ ፡ ዝርእየሉ ፡ ጽቡቕ ፡ እምበር ፡ እመጽእ ፡ » የ
ለ ። ኸዑ ፡ መዓርኒ ፡ ጠስምን ፡ ቅርሽን ፡ ሰባብሕትን ፡ ካብ ፡ ማይ ፡ ጸዕ 6.
ዳ ፡ ንመርዓ ፡ ዝኸውን ፡ አውጽኤ ፤ እሞ ፡ አብ ፡ ደገዝማቲ ፡ ሰደዶ ፤ « ብ
ዕለይ ፡ ብርእሰይ ፡ ከአ ፡ ሐሙስ ፡ መዓልቲ ፡ ኽመጽእ ፡ እየ ፡ » የለ ። ተ 7.
ሐኾሾም ፡ ክእስርዎ ፡ ተዳልዮም ፡ ጸንሑ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ድሮ ፡ ሐሙስ ፡
« አሒሙኒ ፡ » ይሉ ፡ ደቀሰ ። ንሓደ ፡ ግልይኡ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ለኣኸ ፤ 8.
« ተሐኾሸ ፡ ሁሉ ፡ አዳልየ ፡ ክመጽእ ፡ ምስ ፡ ቀረብኩ ፡ አሒሙኒ ፡ ተረ
ፈ ፤ እሞ ፡ አብ ፡ ክንዳይ ፡ ኪንክ ፡ ናብቲ ፡ መርዓ ፡ ሐውተይ ፡ ጥሩ ፡ ተዓ
ጠቕ ፡ ይሎም ፡ ሰዲዶምኒ ፡ በል ፡ » የሉ ።
እቲ ፡ ግልያ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መጺኡ ፡ ነቲ ፡ ህያብ ፡ ወፍዩ ፡ 9.
« ጐይታየ ፡ ሐሚምዎም ፡ ተረፎም ፡ » ይሉ ፡ ነገረ ። ደገዝማትን ፡ መኳን
ንትን ፡ ተጉሀ ፡ ይሎም ፡ ጕሃዩ ። ደሐር ፡ ነቲ ፡ ግልያ ፡ ኽበልዕኒ ፡ ኽሰች 10.
ን ፡ ቀረቡሉ ፤ እሞ ፡ ሜስ ፡ ክሰትዩ ፡ ኸለዉ ፡ ደገዝማቲ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎ
ም ፡ ሐተትዎ ፡ « እታ ፤ እዚ ፡ ወዲ ፡ ጐይታይሲ ፡ እንታይ ፡ እዩ ፡ ዘሕም
ሞ ፡ ዘሎ ፤ » የልዎ ። እቲ ፡ ግልያ ፡ ኸአ ፡ ዝብሎ ፡ ጠፊእዎ ፡ « ልበይ ፡
ዶኣ ፡ ይብሉ ፤ ልቦም ፡ እዩ ፡ ዘሕምሞም ፡ » የለ ። ደገዝማቲ ፡ ኸአ ፡ « እ 11.
ዚ ፡ ወዲ ፡ ጐይታይሲ ፡ ከምኣ ፡ ይላኽኪ ፡ እታ ፡ ልቡ ፡ ብሕምምታ ፡ እ
ላ ፤ » የሉ ።

እቢ ፡ በዝብዝ ፡ ከሳ ። 220.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ንትግራይ ፡ ከይዶም ፡ ነበሩ ። በቲ ፡ 1, 2.
እዋንቲ ፡ ናብ ፡ ትግራይ ፡ ሐጺይ ፡ ቴድሮስ ፡ ከም ፡ ገዛኢ ፡ ጌሮምዎ ፡ ዝ
ነበሩ ፡ ራእስ ፡ ባርያኡ ፡ እዩ ፡ ደጃያት ፡ ተኸለ-ገርግሽ ፡ ሐዎም ፡ ከአ ፡

ብትሕቲኦም ። ሽዑ ፡ ግና ፡ እቦ ፡ በዝብዝ ፡ ከሳ ፡ ወዲ ፡ ሹም-ተምቤን ፡
ምርጫ ፡ ምስቶም ፡ ሰለስተ ፡ አሕዋቶም ፡ ጉብሳን ፡ ማሩን ፡ ሐጕስኒ ፡ እ
ተበሀሉ ፡ ካብ ፡ ዐዶም ፡ ተምቤን ፡ ጀሚሮም ፡ ንብዘሎ ፡ ትግራይ ፡ ካብ ፡
ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ሸፊቶም ፡ አናውጮምዎ ፡ ነበሩ ። ስለዚ ፡ አይተ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ አቕኒዖም ፡ ኣብኦም ፡ ኣተዉ ።

3. ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ጉብሳ ፡ ሐው ፡ ልጅ ፡ ከሳ ፡ ንአይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡
ሕጆም ፡ ምስ ፡ ደጃዝማች ፡ ደረስ ፡ እተበሀለ ፡ ኹይኖም ፡ ክልቲኦም ፡ ብሐ
ንሳእ ፡ ክዮዶም ፡ ኣብ ፡ አስገደ ፡ ምድሪ ፡ አድያቦ ፡ ምስ ፡ ደጃዝማች ፡ ተ
4. ኽለ-ገርግሽ ፡ ተዋግኡ ። ኣብኡ ፡ ደጃዝማች ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ሰዓሩ ። ወዘ
ሮ ፡ ስላስ ፡ ሐብቲ ፡ ራእስ ፡ አርአያ ፡ [አደ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡] ምስ ፡ ወደ
ን ፡ ምስ ፡ ጉብሳ ፡ ውዒለን ፡ ነበራ ፡ እሞ ፡ ሽዑ ፡ እኒ ፡ አይተ ፡ ጻድቕ ፡
ሹም ፡ አድያቦ ፡ ማረኽም ፡ ሐረድወን ። ልጅ ፡ ጉብሳን ፡ አይተ ፡ ወልደ
ንኪኤልን ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ በዐቲ ፡ ኣተዉ ፡ ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፡ አሰርዎም ።
5. እንተኸነ ፡ በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ልጅ ፡ ከሳ ፡ ንሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ሐጸ
6. ይ ፡ ቴድሮስ ፡ ቀቲሎም ፡ በረምበረስ ፡ አቢሎም ፡ ነበሩ ። ድሕርዚ ፡ በረ
ምበረስ ፡ ከሳ ፡ ኺብ ፡ በረኻ ፡ መጺኦም ፡ ምስ ፡ ደጃዝማች ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡
ኣብ ፡ ጕሬ ፡ ተዋግኡ ። ኣብኡ ፡ ኸአ ፡ በረምበረስ ፡ ሰዓሩ ፡ ደጃዝማች ፡ ተ
ኽለ-ገርግሽ ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ ሞቱ ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ በረምበረስ ፡ ከሳ ፡
7. ደገዝማቲ ፡ አበሉ ። ድሕርዚ ፡ ደጃዝማች ፡ ከሳ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ንሐምምኒ ፡ ን
አይተ ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ኻብ ፡ በዐቲ ፡ አውጺኦም ፡ ፈትሕዎም ።

221. ደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡ ናብ ፡ ደጃዝማች ፡ ከሳ ፡ ኣተወ ።

1. ድሕርዚ ፡ ናብቲ ፡ ኽረምቲ ፡ ሐይሎ ፡ መኳንንቲ ፡ ናይ ፡ ሐጸይ ፡ ቴ
ድሮስ ፡ እኒ ፡ አጅማት ፡ ብርይኡ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ምሕጹን ፡ በዓል ፡ ንኻ
ስ-አድጊ ፡ ኹይኖም ፡ ብእኸለ-ጉዛይ ፡ አቢሎም ፡ ኣብ ፡ ደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡
2. መጹ ፡ « ኣብዚ ፡ ኽንክርም ፡ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡



ኸአ ፡ « ስድራ ፡ ሐጸይዶ ፡ ደአ ፡ ዘብርር ፡ ኲይኑ ፡ » ይሎም ፡ መኸረሚእ
ም ፡ « ምኽዓውቄሎምላሽ ፡ ደኣ ፡ አይትረዱ ፡ እምበር ፡ ብኡ ፡ ንንየ
ው ፡ ብልዑን ፡ ስተዩን ፡ » ይሎም ፡ ኣብሓትዎም ። ካብኡ ፡ መስተቀል-ብ 3.
ራቕ ፡ ኣብ ፡ ጐይትኦም ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ ክኽዱ ፡ ደጃዝማች ፡ ከሳ ፡ ናብ ፡ ማ
ርያም-ሰዊቶ ፡ አኸሊሞም ፡ ተዋጊኦም ፡ ሰዓርዎም ። እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ድ
ማ ፡ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ እቲ ፡ ቅዳማይ ፡ ንደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡ ልበም ፡ ካብ ፡ ሐ
ጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ፈለዮም ።

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ እንግሊዝ ፡ ብዘላ ፡ ወጺኡ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ 4.
ቴድሮስ ፡ ክዋጋእ ፡ ተዳለው ። ሽዑ ፡ ሐጸይ ፡ ቴድሮስ ፡ ደብዳበ ፡ ናብ ፡ ደ 5.
ጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡ ሰዲዶም ፡ « ክመይ ፡ እትጠልም ፡ ንእንግሊዝ ፡ አይተሕ
ልፎ ፡ እዚም ፡ ጸላእተይ ፡ ንዓ ፡ ተዋጋእ ፡ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ። ደጃዝ
ማች ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፡ « በዚ ፡ እናመጹኒ ፡ » ይሎም ፡ ከም ፡ ዘይኸነሎም ፡ ር
እዮም ፡ አበዩ ። ኣብ ፡ ክንዲ ፡ ዝአዘዙ ፡ ልኡኽ ፡ ኣብ ፡ እንግሊዝ ፡ ሰዲዶ 6.
ም ፡ ዕርቂ ፡ ለመኑ ።

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደጃዝማች ፡ ከሳ ፡ ጓል ፡ ሐወቦኦም ፡ ጓል ፡ ደጃዝማች ፡ 7.
ዋህድ ፡ አሰጣሽ ፡ እተባህለት ፡ ንአይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሃብዎም ፡ እ
ሞ ፡ ኣብ ፡ ዓድዋ ፡ ኸቲቶም ፡ ተዳሰዉ ። ደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ወ 8.
ሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ምስቶም ፡ ዐበይቶም ፡ ኲይኖም ፡ መኸሩ ። ሽዑ ፡
ገለ ፡ « ኣብዚ ፡ ተሰሊፍና ፡ ንጽንሐዮም ፡ » ገለ ፡ « ኣብቲ ፡ እቦ ፡ ደአ ፡
ኸድና ፡ ተዋጊእና ፡ ንስዐሮም ፡ » የሉ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ወ 9.
ዲ ፡ ቀሺ ፡ ኣብርሃም ፡ ብአውሎ ፡ ንደጃዝማች ፡ ሃይሉ ፡ ኸምዚ ፡ የሎም ፡

እዛ ፡ ዓድዋ ፡ እዛ ፡ ዓድዋ ፡
ክትመጸኩም ፡ ድዩ ፡ ክትከድዎ ፡
እንዳ ፡ ሕምበሳይ ፡ ይእቶ ፡ ጣዕዋ ፡
እንዳ ፡ ድሙዶ ፡ ትእቶ ፡ አንጭዋ ፡

10. ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፤ «እዝስ ፡ ትኸንሎ ፡ ደኣ ፡ እሻ ፤» ብማለት ፤ ብቕ
ን ፡ ቐውዒ ፡ ሰበም ፡ እኺበም ፡ ኣብ ፡ ዓድቀ ፡ ናብ ፡ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ኣተ
ዉ ። ንሶም ፡ ድማ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐቢሎም ፤ «ይጥበቐልካ ፤» ይሎም ፤
11. ኣብ ግዝኣቶም ፡ መለስዎም ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ደጃያት ፡ ከሳ ፤
«ሽመት ፡ ሚናበ-ዘርኣይኒ ፡ ኻርንሽምኒ ፡ ንወልደንኪኤል ፡ ሀበ ፤» ይሎ
ም ፡ ኣውሃብዎም ። ሽዑ ፡ ንኣይተ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንዐዶም ፡ ሰደድ
ዎም ።
12. ሰብ ፡ ሐማሴን ፡ ግና ፤ ብዛዕባዚ ፡ ሓደ ፡ ደርፊ ፡ ደረፉ ፤ ከምዚ ፡ ይ
ሎም ፤

ሃይለየ ፡ ሃይሉ ፤
ተገዛእ ፡ ብገዛእ ፡ ሐይሉ ።

222. ደጃያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተሸሙ ።

1. ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ጽቡቕ ፡ ውዒት ፡ ጌ
2. ሮም ፤ ተኣማሚኖም ፤ ተመልሱ ። ሽዑ ፡ ግና ፤ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ሓደ ፡ ዝአ
መንም ፤ ደጃያት ፡ ገረ-ተኽለ ፡ እተባህለ ፤ ካብ ፡ ደቂ ፡ ደጃያት ፡ ድምጹ ፤
ብሕቡእ ፡ ከም ፡ ዓይን-ቼረኛ ፤ ሐደዉ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸም ፡ ዝበሀል ፤
3. ቴንስል ፡ ጌሮም ፡ ምስኦም ፡ ሰደድዎ ። ደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ኣብ ፡ ዐ
ዶም ፡ ከይኣተዉ ፤ ኣብ ፡ መሬትዝ ፤ ዐዲ ፡ ወደል ፡ እተባህለት ፤ ሐገዩ ፤
4. ንስድርኦም ፡ ግና ፡ ዝበዝሑ ፡ ንዐዶም ፡ ሰደድዎም ። ንሶም ፡ ኣብኡ ፡ ኸ
ለዉ ፤ ሐያሎ ፡ ስድራ ፡ ሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፤ ከም ፡ እጅማት ፡ በርይኡን ፤
ከም ፡ ኣባ ፡ ኸይሲ ፡ እተባህለ ፡ ኸአ ፡ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ወዲ ፡ እይተ ፡ ጐል
ጃ ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልኣት ፤ እናመጹ ፤ ንደጃያት ፡ ሃይሉ ፡ ልበም ፡ ክ
5. ብ ፡ ጐይትኦም ፡ እዘምበልዎም ። ኣብዚ ፡ ምኽርዚ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡
ውሽጢ ፡ ዓይን-ቼረኛ ፡ ኸም ፡ ብሜዳዮም ፡ ተመሊሉ ፡ እትዩ ፡ ነበረ ፤ ብሕ
ቡእ ፡ ግና ፡ ልኡኽ ፡ ኣብ ፡ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ሰዲዱ ፡ ዝኸነ ፡ ኾሎ ፡ ነገሮ





ም ። ብድሕርዚ ፡ ኸም ፡ እንጣሚ ፤ እንግሊዝ ፡ ንሐጻይ ፡ ቴድሮስ ፡ ዐር 6.
በ ፡ ስቕለት ፡ መዓልቲ ፡ ዝቐተልዎም ፤ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ዓድ
ዋ ፡ ገስገሾም ፤ ዐዲ ፡ ወደል ፡ መጺኦም ፡ ሰኑይ ፡ ትንሳኤ ፡ ንደጃያት ፡
ሃይሉ ፡ ወደቕዎም ። ንሶም ፡ ተኣሰሩ ፤ እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ መኾንንቲ ፡ ግና ፡
ሀሀዲሞም ፡ ንንበረኽኦም ፡ ኣተዉ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፤ ኣብኡ ፡ ኸለዉ ፤ ደጃያት ፡ ከሳ ፡ ንኣይተ ፡ ወልደንኪ 7.
ኤል ፡ ግዝኣት ፡ ምዕዓው-ቄሎ-ምላሽ ፡ ወሰኽዎም ። እይተ ፡ ወልደን
ኪኤል ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ኩይኖም ፤ ክገዝኡ ፡ ኸረሙ ። ኣብ 8.
ቲ ፡ ንመስቀሉ ፡ ድማ ፡ ድግዝምንት ፡ ተቐቢሎም ፡ ነጋሪት ፡ ጸዓኑ ። ካብ
ኡ ፡ ንዐድ-ንፋስ ፡ ሐዲጎም ፡ ቅድም ፡ ኣብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ሰፈሩ ፤ ድሕ
ሪ ፡ ቐሩብ ፡ እዋን ፡ ግና ፡ ንሀዚጋ ፡ እትዮም ፡ ተቐመጡ ። በዚ ፡ እዋን 9.
ዚ ፡ እይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ካብ ፡ ደጃያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስሉንነት ፡
ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጅም ፡ ነበሩ ።

ውርደት ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ። 223.

እንተኾነ ፡ ሐያሎ ፡ ካብ ፡ ሐማሴን ፤ ደም ፡ ምስ ፡ ደጃያት ፡ ወልደን 1.
ኪኤል ፡ ዝነበሮም ፤ ዝኾነ ፡ ፈሪሆም ፡ ንንበረኽኦም ፡ ሀደሙ ። ዐዲ ፡ ኸ
ንቲባ ፡ በኺት ፡ ከአ ፡ በታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ደሞም ፡ ብማዕዶ ፡ ካብ ፡ ደጃ
ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ፈሪሆም ፡ ንምድሪ ፡ ቶርዓ ፡ ሀደሙ ። ደጃያት ፡ ወ 2.
ልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ስዒቦም ፤ ኣብ ፡ ጥቓ ፡ ደብረ-ብዘን ፡ ዘሎ ፡
በረኻ ፤ እርኪቦም ፡ ንኣውዓሎምኒ ፡ ነቦ ፡ ቡላን ፤ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡
ቀተልዎም ። ከንቲባ ፡ በኺትኒ ፡ ዝተረፉ ፡ ስድርኦምኒ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ።

እዚ ፡ ጌሮም ፡ ደጃያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፤ 3.
ልጅ ፡ ስብሃቱ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ሽዑ ፡ ዐዲ ፡ ተረፉ ፡ ነበረ ፤ እ
ሞ ፤ ወረ ፡ ምውጻእ ፡ ስድርኡ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፤ ንርእሱ ፡ ኸይድግም ፡ ከ
እ ፡ ፈርሂ ። ስለዚ ፡ ሓደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበበ ። እሕዋቱ ፡ ሞይቶም ፡ ክን 4.

ሰም ፡ መታን ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከሐኾስ ፡ ርእሱ ፡ ለኻይ ፡ ለ
ኽዩ ፡ ግሩም ፡ ዝኸነ ፡ ጸዓዲት ፡ ክጻውንቲ ፡ ተኸዲኑ ፡ ከምዛ ፡ ዘይሐዘነ ፡
መሲሉ ፡ አብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ መጺኡ ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኢዱ ፡
5. ነስኡ ። ነሰም ፡ ከአ ፡ « እየ ፡ ስብሃቲ ፡ ከም ፡ ሐቓ ፡ ትግበረልካ ፡ መታን ፡
ንእይ ፡ ከተሐኾስ ፡ ይልክዶ ፡ እዚኣ ፡ ጌርካ ፡ በል ፡ ኪድ ፡ ደአ ፡ ሕዘን ፡
እምበር ፡ ነገርካ ፡ ርኢናዮ ፡ » ይሎም ፡ መሓርዎ ።
6. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንብምድሩ ፡ አናውጮ
ም ፡ ምስ ፡ ሓገዞ ፡ ክንቲባ ፡ በኺት ፡ ከአ ፡ « ድሕሪ ፡ ሕጅኺ ፡ አበይ ፡
ከአቴ ! » ይሎም ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ገመድ ፡
አብ ፡ ክሳዶም ፡ አንጠልጢሎም ፡ እምኒ ፡ ናብ ፡ እንግድዕኦም ፡ ሐዚሎ
7. ም ፡ መጺኦም ፡ ኢዱ ፡ ነስኡ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዋጣ ፡
ዶው ፡ አቢሎም ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ መርሕዎ ፡

« ወልደንኪኤል ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ኢታይ ፤
እታ ፤ ሰሚዱ ፡ ሰሚዱ ፡ እዚ ፡ ዐዛረታይ ፤
እታ ፤ አበይኬ ፡ ሰመይ ፡ እቲ ፡ « ጐይታይ ፡ ጐይታይ » ፤

8. « እረ ፤ በኺትኬ ፡ እንታይ ፡ ገይሶ ፤
ሐሐቆኑ ፡ ዘይሰቲ ፡ ዐውሶ ፤
ብተዩ ፡ ሐፊድካ ፡ ዓረመ ፡ ተልሕሶ ፤ »

9. የሉ ። ድሕርዚ ፡ ነቲ ፡ እምኒ ፡ ካብ ፡ ገበኑ ፡ አውረድዎ ፡ እቲ ፡ ገመድ ፡
10. ከአ ፡ ካብ ፡ ክሳዱ ፡ ፈትሒሉ ፡ መሓርዎ ፡ ኸአ ። እንተኸነ ፡ « ክንትብ
ንት ፡ ናይ ፡ አቦታተይ ፡ ክሳዕ ፡ ክንድዚ ፡ መሳገጺ ፡ ኰይኑ ፡ ስለዚ ፡ ንእ
ልፊ ፡ ሕማቅ ፡ ክርንሽመቻይ ፡ ክንቲባ ፡ ኸበሀል ፡ ጽኑዕ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡
እሞ ፡ ድሕሪ ፡ ሕጂ ፡ ንበኺት ፡ እያ ፡ ደአ ፡ እምበር ፡ ክንቲባ ፡ አይትበ
ልዎ ፡ » ይሎም ፡ አወጁ ።





ድሕርዚ ፡ ኽንቲባ ፡ በኺት ፡ እንተ ፡ ብግዲ ፡ እንተ ፡ ብውዲ ፡ ግል 11.
ይእም ፡ ከኑ ።

አውሎ ፡ ኽንቲባ ፡ በኺት ። 224.

ብድሕርዚ ፡ ብግዝኣት ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክንቲባ ፡ ጣዕማ 1.
ይ ፡ ወዲ ፡ አበይ ፡ ባህረ ፡ በዓል ፡ በለዛ ፡ ምስሌንነት ፡ ክርንሽም ፡ ሓዙ ።
አብ ፡ መንጎዚ ፡ ኽንቲባ ፡ ጣዕማይ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አውሎ ፡ የሉ ፤ 2.
እየ ፡ በኺት ፡ ጻዐዳ ፡ ሰንተ ፤
እርኪብናካ ፡ ዝራብንት ።
ክንቲባ ፡ በኺት ፡ ከአ ፡ እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ከምዚ ፡ መለሱሎም ፤ 3.
እንተ ፡ እርክብኩም ፡ ዝራብንት ፤
እደሰብ-ሐምት ፡ እደሰብ-ስርንት ፤
እደሰብ-ልቢ ፡ እደሰብ-ሰንት ፤
ዘጽብበልኩም ፡ ቂራብንት ።

ማእሰርቲ ፡ አይተ ፡ ጺጋይ ። 225.

አይተ ፡ ጺጋይ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ ቅድም ፡ አብ ፡ ደግያት ፡ 1.
ወልደንኪኤል ፡ አተዉ ። ካብኡ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድሕሪ ፡ ው 2.
ግእ ፡ ረብዕ ፡ ሀዲሞም ፡ ከለዉ ፡ ዐዲ ፡ ጕረቶ ፡ አበሬሮምዎም ፡ ነበሩ ፡ እ
ሞ ፡ ሰበም ፡ አኪቦም ፡ ሕኒኦም ፡ ከፈድዩ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ጕረቶ ፡ ኸዱ ።
ሽዑ ፡ ንአይተ ፡ ጺጋይ ፡ « ንዓ ፡ ብኸተት ፡ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ፡ ነሰም ፡ 3.
ግና ፡ ደንጕዩ ። ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ በይኖም ፡ ከይዶም ፡
ንዐዲ ፡ ጕረቶ ፡ ዘመትዎ ። ምስ ፡ ዘመትዎ ፡ ኽምለሱ ፡ ኸለዉ ፡ አይተ ፡
ጺጋይ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጽልማ ፡ ተቐበልዎም ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ወልደ 4.
ንኪኤል ፡ አሲሮም ፡ ምስሌንነት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ቀንጢጦም ፡ ንጕ

ብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ አይ
ተ ፡ ንጉሰን ፡ ሃብዎም ።

226. ደርፌ ፡ ጃውጅ ።

1. ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ ኣብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡
ምስ ፡ ተቐመጡ ፡ ዐዶም ፡ ኣትዮም ፡ ገዛውቶም ፡ ክሰርሑ ፡ ጀመሩ ። ሽ
2. ዑ ፡ ግዜ ፡ ብትእዛዝ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ክዐዩ ፡ ንሀዘጋ ፡ ኸዱ ። ኣብ ፡ መን
ገኦ ፡ ሓደ ፡ ቼልዓ ፡ ጃውጅ ፡ እትባሀለ ፡ ወዲ ፡ ወልደ-ጋብር ፡ ወድ-ወ
ዲ ፡ ንሐባል-ጋላ ፡ ሐመድ ፡ እናተሸከመ ፤

« ንሰርሖ ፡ ንፍንጥሶ ፤
ንሰርሖ ፡ ንፍንጥሶ ፤ »

3. እናለ ፡ ደረፈ ። በዚ ፡ ደርፍዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ እቲ ፡
ቼልዓ ፡ በዓል ፡ ጸዐዘጋ ፡ ወድ-ወዲ ፡ ንሐባል-ጋላ ፡ ምኻኑ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፡ ተሐጕሾም ፡ « ኣገናዕ ፡ ኣምበሳ ፡ ወዲ ፡ ኣምበሳ ፡ » ይሎም ፡ ከም ፡
ዝሰዓምዎ ፡ ይበሀል ።

227. ሰብእንት ፡ ከንቲባ ፡ ናሽሕ ።

1. ከንቲባ ፡ ልጃም ፡ ኣብ ፡ ሾብዐተ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ይገዝኡ ፡ ነበ
2. ሩ ። ደሐር ፡ ምስ ፡ ኣረገ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐይላይ ፡ ኩብ ፡ ዐዲ ፡
ኤሎስ ፡ ንኽላባት ፡ ሹት ፡ ይሉ ፡ ኽዳኖም ፡ ኣቕደደሎም ። ንሰም ፡ ከአ ፡
ነቲ ፡ ኽዳን ፡ ኣብ ፡ ኣፍ ፡ ደምበ ፡ ሰቐልዎ ፤ እሞ ፡ ብኹራ ፡ ኸምዚ ፡ የሉ ፤

« ላ ፡ ልጃም ፤
ተወሊድኩ ፡ እምበር ፡ አይወለድኩን ፤ »

3. የሉ ። ደሐር ፡ ሚስ ፡ ኤሊኽም ፡ ነቶም ፡ ደቆም ፡ አኪቦም ፡ « መን ፡ ሕነ ፡
ይፈዲ ፤ እሞ ፡ ነዛ ፡ ብርሌ ፡ ይሰቲ ፤ » የሉ ። ናሽሕ ፡ ጉብዝ ፡ ነበረ ፡ እ





ሞ ፡ « ኣነ ፡ እሰትይ ፡ » ይሉ ፡ ኩብ ፡ ኢድ ፡ ኣቡኡ ፡ ተቐቢሉ ፡ ግልትይ ፡
ኣበላ ።

ከጸንሑ ፡ ኸጸንሑ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ወዲ ፡ ዐይላይ ፡ ኣብዐር ፡ ሓ 4.
ደ ፡ ትግራይ ፡ ዐዲ ፡ ኸፍሎም ፡ ዘረፉ ፡ ጸዓኝ ። እቲ ፡ በዓል ፡ ኣብዐር ፡ ከ
ኣ ፡ « ኣብዐረይ ፡ ወሰደለይ ፡ » ይሉ ፡ ኣውያት ፡ ገበረ ። ናሽሕ ፡ ምስ ፡
ሐያሎይ ፡ ደቂ ፡ ዐዲ ፡ ኸፍሎም ፡ ረዲኡ ፡ ኣርከበ ። ወልደንኪኤል ፡ 5.
ጠበንጃ ፡ ሕጁ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ቂም ፡ ይላ ፡ ኣበየቶ ። ሽዑ ፡ ናሽሕ ፡ ብኹ
ናት ፡ ሰደርያ ፡ ልቡ ፡ ሃበ ፤ እሞ ፡ ዕልው ፡ የለ ። — በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ናሽሕ ፡ 6.
ቀተለ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሞተ ።

ማእሰርቲ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ። 228.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ደግያት ፡ ከሳ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ብዙ 1.
ሕ ፡ ጽልኢ ፡ ነበሮም ።

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ዐዶም ፡ ኮይኖም ፡ 2.
ክገዝኡ ፡ ኸለዉ ፡ እቶም ፡ ኣብኦም ፡ ዝኣተዉ ፡ ገላውኦም ፡ ከም ፡ እኒ ፡
ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ከም ፡ እኒ ፡ በጅርወንዲ ፡ ቢልዎ ፡ ዝኣመሰሉ ፡ ጸቢ
ብዎም ፡ እምበር ፡ ፈትዮም ፡ ዘየገልገሉ ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ንጕይትኦ
ም ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ « ሽራ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ እዩ
ም ፡ » ይሎም ፡ ኣብ ፡ ደግያት ፡ ከሳ ፡ ኸሰስዎም ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ደ 3.
ግያት ፡ ከሳ ፡ ከምዚ ፡ ዝኣመሰለ ፡ ኸሲ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ንደግያት ፡ ወል
ደንኪኤል ፡ « ተሎ ፡ ንዓ ፡ » ይሎም ፡ ኣምጽእዎም ። ንሰም ፡ ከአ ፡ ምኽ 4.
ሮምኒ ፡ ናይ ፡ ልቦምኒ ፡ ተጋሂዱ ፡ ኸም ፡ እቲ ኸሱ ፡ ከይፈለጡ ፡ እንተኸ
ነ ፡ ጕይትኦም ፡ ክጽውዕዎም ፡ ከለዉ ፡ ከም ፡ ስርዓት ፡ መስቀል ፡ « ንዳ
ሚራን ፡ ንበዓልኒ ፡ ይኸውን ፡ » ብማለት ፡ ተኣቢዶም ፡ ዓድዋ ፡ ኸዱ ።
ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ከሳ ፡ ብብሩሀ ፡ ገጽ ፡ ተቐበልዎም ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ብመዓ 5.
ልቲ ፡ መስቀል ፡ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ቕዱስ ፡ ገብሪኤል ፡ ከለዉ ፡ ኣሰርዎም ።

6. ከብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ናብቲ ፡ ናብ ፡ ውሽጢ ፡ ኸተማ ፡ ዝነበረ ፡
ቤተ-ንጉስ ፡ ሎም ፡ ግና ፡ እንዳ ፡ ስላሰ ፡ ተሰሪሕዎ ፡ ዘሎ ፤ ደግያት ፡ ወል
ደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ናብቲ ፡ ናብ ፡ ጥቓ ፡ ማይ ፡ ደላታ ፡ ዘሎ ፡ ጕልጕል ፤
ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ክልቲኦም ፡ መኳንንቲ ፡ ደቀተሸም ፡ ብሓደ ፡ ግዜ ፡
7. ተጠርኒሮም ፡ ነበሩ ። – ድሕርዚ ፡ ግዝኣት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ኣብ ፡ ዋኸሹ
ም ፡ ገብሩ ፡ ሐለፈ ።

229. ግዝኣት ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ።

1. ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ድማ ፡ ኸመቶም ፡ ምስ ፡ ተቐበሉ ፡ ብወርሒ ፡ ጥ
ቅምቲ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺኦም ፡ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰፈሩ ። ሽዑ ፡ ኸም ፡
ከምዚ ፡ ዝኣመሰለ ፡ ተደርፈ ፤

እንዴት ፡ ሰበትህ ፤
ገብሩ ፡ ውብት ፤

2. ብትሕቲኦም ፡ ኰይኖም ፡ ከአ ፡ ደቒ ፡ እይተ ፡ ኣላ ፡ ንተኸሌ-ዐገባ ፡ ዋና
ታት ፡ ነበሩ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ወ
ዲ ፡ እይተ ፡ ገብሩይ ፤ ኣብ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ እይተ ፡ ጸጋይ ፤
ከምኡ ፡ ኸአ ፡ በብዐዱ ፤ በብዐብዩ ። – –
3. ሽዑ ፡ ብድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከርንሸም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡
4. ኢድ ፡ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ ተመልሰ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፤ ዛግር ፡ ድጊ ፡ ፊተ
ውቲ ፡ ዐዲ ፡ እይተ ፡ ሰለሙን ፡ እዮም ፡ እሞ ፤ በዓል ፡ ዐንደ-ጼን ፡ ንኸን
ቲባ ፡ በኺት ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ኣውሎ ፡ የሎም ፤

ዛግር ፡ እዮም ፤ ዛግር ፡ እዮም ፤
ንጕይታና ፡ ዙፋን ፡ ቤትም ፡ እዮም ፤
አይትግንሕዮም ፤ ቀስ ፡ ይልካ ፡ ግዝእዮም ። – –

5. እንተኾነ ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፤ ንሐማሴን ፡ ብሐቒ ፡ ገዚኢ ፡ ኸነሶም ፤
ጥንትግ ፡ ኣብቲ ፡ ኸተምኦም ፤ ኣብ ፡ ጸዐዘጋ ፤ አይተቐመጡን ። ምቕማ





ጥ ፡ ንብላቓ ፡ ገረ-ኺዳንኒ ፡ ኸምኡ ፡ ዝኣመሰሉን ፡ እናሐደጉ ፤ ንትግራ
ይ ፡ ይኸዱ ፡ ነበሩ ። ኣብዚ ፡ ምሉእ ፡ ግዝኣቶም ፤ ሐሙሽተ ፡ ሽድሽተ ፡
ዝኣክል ፡ ዓመት ፤ በዕሎም ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ጥራይ ፡ እዮም ፡ ግብሪ ፡
ዘውጽኡ ።

ሽፍትነት ፡ ልጅ ፡ መኰንን ። 230.

ስለዚ ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ እቲ ፡ መጀመርያ ፡ ምምጽኦም ፡ ዓመት ፡ 1.
ዝኣክል ፡ ኣብዚ ፡ ተቐሚጦም ፤ ንፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ ኣባ ፡ በራ ፡
ምቕማጥ ፡ ሐዲጎም ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ። [ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡
ወዲ ፡ እይተ ፡ ስሄል ፡ እዩ ፤ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኸልከልቲ ፤ እንተኾነ ፡ ኻብ ፡
ዘርኢ ፡ ዐድ-ደግዝማቲ ።] ሽዑ ፡ ብድሕሪ ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ልጅ ፡ መኰ 2.
ንን ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ሐዉ ፡ ልጅ ፡ መስፍን ፡ ኰ
ይኑ ፤ ሸፍታ ፡ ኸነሱ ፤ ብበረኻ ፡ ኣቢሉ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ኣቶ ። ፊተው 3.
ራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ ድማ ፡ ሰቡ ፡ ኣኸቲቱ ፡ ንሰራዩ ፡ ሀደመ ፤ ከንቲባ ፡ በ
ኺትኒ ፡ ኸምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻልኣት ፤ ጸላእቲ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ወልደንኪኤ
ል ፡ ዝኰኑ ፤ ድማ ፡ ሰዓብዎም ። ዝተረፉ ፡ ዝኾኑ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ልጅ ፡ መ
ኰንን ፡ ኣተዉ ፤ ካብኦም ፡ እኒ ፡ እቶም ፡ ምርኢያት ፤ እኒ ፡ ደቂ ፡ እይተ ፡
ኣላን ፡ እይተ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ዘለዎም ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ኣባ-ኸይ 4.
ሲ ፡ ኸአ ፤ ሸፍታ ፡ ኸነሱ ፡ ኣብ ፡ ሰራዩ ፡ መጺ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ እምባ ፡ ዛር 5.
ብ ፡ እቶም ፡ ዝሀደሙ ፡ ሸራ ፡ ጸዐዘጋ ፤ እንተሎ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገረ-መድ
ህን ፤ ኣብ ፡ ኣባ-ኸይሲ ፡ ኣተዉ ። ልጅ ፡ መኰንን ፡ ከአ ፡ ናብኡ ፡ ሰዓበ
ም ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ናብ ፡ እምባ ፡ ዛርብ ፡ ቀዳም ፡ መዓልቲ ፡ ተዋግኡ ። 6.
ልጅ ፡ መኰንን ፡ ኣብኡ ፡ ሰዓረ ፤ ኣባ-ኸይሲ ፡ ተስዒሩ ፡ ንዛቓ ፡ ገንደ
ብታ ፡ ሀደመ ፤ ከንቲባ ፡ በኺት ፡ ምስ ፡ ወዶም ፡ ሰጊድ ፡ እተባህለ ፤ ሞ
ቱ ፤ ብዙሓት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተመረኹ ፤ ዝተረፉ ፡ ነንበረኽኦም ፡ ሀደ

7. ሙ ። ካብዚ ፡ እዋንዚ ፡ ሕጂ ፡ ልጅ ፡ መኰንን ፡ ደግያት ፡ ተባህለ ፤ ክም
ለስ ፡ ከሎ ፡ ኸአ ፡ አብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ነጋሪት ፡ ጸንነ ።

8. ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ብጸዐዘጋ ፡ አቢሎም ፡ ዐጆም ፡ አተ
9. ዉ ። ሽዑ ፡ አትማረኹ ፡ ኹሎም ፡ ተፈትሑ ። ኑቶም ፡ አብኡ ፡ ተአኪብ
ም ፡ ዝነበሩ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ድማ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ክም
ዚ ፡ ይሎም ፡ ተዛረብዎም ፤ « ንሕና ፡ ኻብ ፡ ክልተ ፡ እንዳ ፡ ተሰፋ-ጼን ፡
አሕዋት ፡ ኢና ፡ ደቂ ፡ ሓደ ፡ ሰብአይ ፤ እሞ ፡ ብፍቕርን ፡ ሕውነትኒ ፡ ኸ
ንነብር ፡ ይጥዕመና » ፤ ስለ ፡ ኸመት ፡ ድማ ፡ « ኸመት ፡ ናይ ፡ እግዚአብ
ሄር ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ እግዚአብሄር ፡ ንዝሸሞ ፡ ክብኹም ፡ ክነ ፡ ኻበና ፡ ኩል
ና ፡ ንቅበሎ ፤ ብዝተረፈ ፡ ግና ፡ ሀገርና ፡ ሐቢና ፡ ንጸላእትና ፡ ንዋጋእ ፡ »
10. የልዎም ። በዚ ፡ ነገርዚ ፤ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ንደግያት ፡ መኰንን ፡ ብዙሕ ፡
ፈተውዎም ።

11. ካብኡ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ መንፈቅ ፡ ዝአክል ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኾ
12. ይኖም ፡ ገዝኡ ። ድሕርዚ ፡ ግና ፡ ዋኽሹም ፡ ጉብሩ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡
ኻብ ፡ ቤት ፡ ማእሰርቲ ፡ አውጺኦም ፡ ተተሓሒዞም ፡ ንደግያት ፡ መኰን
ን ፡ ክአስሩ ፡ መጹ ። ደግያት ፡ መኰንን ፡ ከአ ፡ ሀዲሞም ፡ ንበረኻ ፡ ወረ
13. ዱ ፡ ክሳዕ ፡ ክረን ፡ ከአ ፡ ሰዓብዎም ፡ እንተኾነ ፡ አይረኸብዎምኒ ። ካብ
ኡ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ሐልሐል ፡ ወጺኦም ፡ ብበረኻ ፡ አቢሎም ፡ አ
ብ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አተዉ ፤ ዋኽሹም ፡ ጉብሩ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ደ
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ በዚ ፡ አቢሎም ፡ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ።

231.

### ሰኑይ ፡ ዓድዋ ።

1. ድሕርዚ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ክሳ ፡ ኽዋ
ግኡ ፡ ንትግራይ ፡ መጹ ። አቲ ፡ ፈለማ ፡ አብ ፡ ማይ-ቂላዑ ፡ አትዋግኡ
2. ሉ ፡ ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ሰዓሩ ። ድሕርዚ ፡ ሓርያ-ጉባኤ ፡ ሰኑይ ፡ መ
ዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ሐምለ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ዓድዋ ፡ ተዋግኡ ። ሽዑ ፡



ደግያት ፡ ክሳ ፡ ሰዓሩ ። ሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ተአሲሩ ፤ ደግያት ፡ መኰ
ንን ፡ ድማ ፡ ተአስሩ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ቅድሚ ፡ አቲ ፡ ውግእ ፡ 3.
« ኩሎም ፡ ክፉአት ፡ እዮም ፤ እሞ ፡ አነስ ፡ አይዋጋእን ፡ » ይሎም ፡ አ
ብዮም ፡ አብ ፡ አኽስም ፡ አብ ፡ ገዳም ፡ አትዮም ፡ ክይተዋግኡ ፡ ስለ ፡
ዝወዓሉ ፡ ንአም ፡ ከአ ፡ አሰርዎም ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ሸ
ዓ ፡ ምስ ፡ ተአስሩ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ እሱር ፡ ነበሩ ።

ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ክሳ ፡ ንሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ 4.
አሰርዎም ፡ ክም ፡ ስርዓት ፡ ሐጸይ ፡ ተባህሉ ። በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸምዚ ፡ 5.
የልዎም ፤

ወዲ ፡ ሑበቶም ፡ ንጽሳተ-ሙሴ ፤
በሹሬ ፡ ወዶም ፡ ነርአየ ፡ ስላሴ ፤
እንቋዕ ፡ ደኣ ፡ በዝብዝ ፡ ዝነገሰ ።

ካብዚ ፡ ንንጀው ፡ አቲ ፡ ሽሞም ፡ ክሳ ፡ ዝነበረ ፡ ዮሀንስ ፡ ተባህለ ።

### ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተፈትሑ ። 232.

ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ አብ ፡ እምባ ፡ አላጀ ፡ ተአሲሮም ፡ 1.
ከለዉ ፡ ደግያት ፡ ወልደ-ዮሱስ ፡ አትባህሉ ፡ ሐላዊኦም ፡ ዝነበሩ ፡ ንደግ
ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ፈቲሖም ፡ « ኪድ ፡ ንሐማሴን ፡ ሐዝ ፡ » ይሎም ፡
አፋነውዎም ። በዕሎም ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ደግያት ፡ ክሳ ፡ ዐልዮም ፡ አብ ፡ ሐ
ጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ አተዉ ። ብኡ-ብኡ ፡ ውግእ ፡ ኰይኑ ፡ ሐጸይ ፡ ዮ 2.
ሀንስ ፡ ንሐጸይ ፡ ተኽለ-ገርግሽ ፡ ክም ፡ ዝሰዓርዎም ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪ
ኤል ፡ ጌና ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ክይአተዉ ፡ አብ ፡ እሾለ-ጕዛይ ፡ ከለዉ ፡ ወ
ረ ፡ መጸም ። ሽዑ ፡ ተመልሾም ፡ አብ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ኢድ ፡ ነስኡ ።
ነሶም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ መሓርዎም ፤ ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ቅ 3.
ሩብ ፡ እዋን ፡ ንደቆም ፡ ደግያት ፡ መኰንንኒ ፡ ልጅ ፡ መስፍንኒ ፡ አፍት
ሕዎም ።

4. ድሕርዚ ፡ ደግ፟ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ እንተሎ፟ ፡ ደቆ፟ም ፡ ምስ ፡ ሐጸ
ይ ፡ ሐቢሮም ፡ አብ ፡ ዐጀ፟ምሓራ ፡ ኽቐ፟ግኡ ፡ ከ[illegible] ።

233. ሽፍትነ፟ት ፡ አቡ፟-ኽይሲ ።

1. ወዘሮ ፡ ጥሩ ፡ ጓል ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ ድማ፟ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ባሕር-
ነጋስ ፡ አስገዶም ፡ አብ ፡ ከንቲባ ፡ ያለው ፡ እቶ፟ባህሉ ፡ ተአትዮን ፡ ነበሩ ። ድ
ሕርዚ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ ኽቐ፟ግኡ ፡ አቡ፟-ኽይሲ ፡ ኽእ ፡ መጺኦም ፡ ከብ ፡
2. ዐዲ፟ ፡ መንጐንቲ ፡ አመርዓው፟ወን ። ሽዑ ፡ ንኤን ፡ ሕጆም ፡ ጻዐዘ፟ጋ ፡ አትዮ
ም ፡ ሐያ፟ሎ ፡ እቐ፟ን ፡ አብኡ ፡ ሰልጠኑ ። ከብኡ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃ፟ንስ ፡ ንሐጸይ ፡
ተኽለ-ገርግሽ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብማዕዶ ፡ ፈሪሆም ፡ አብ ፡ መት
3. ሕት ፡ ወረዱ ፤ እሞ፟ ፡ አብ ፡ ከረን ፡ ከረሙ ። ሽዑ ፡ ኽአ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ካብ ፡
ዐበ፟ይቲ ፡ ጻዐዘ፟ጋ ፡ ሀዲሞም ፡ ምስ ፡ አቡ፟-ኽይሲ ፡ ኸዱ ።
4. ዋኽሹም ፡ ንብሩ ፡ ኽአ ፡ መጺኦም ፡ ስዒበምዎም ፡ አብ ፡ መንሳዕ ፡
አብ ፡ ጥቓ ፡ ዱብረ-ሲና ፡ ምስ ፡ አቡ፟-ኽይሲ ፡ ተዋግኡ ። አብኡ ፡ ዋኽሹ
ም ፡ ሰዓሩ ፡ አቡ፟-ኽይሲ ፡ ንምድሪ ፡ ሐልሐል ፡ ሀደሙ ፤ ካብ ፡ ዐበ፟ይቲ ፡
5. ጻዐዘ፟ጋ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ሞቱ ። ከንቲባ ፡ እሴትኒ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ ኻልአትኒ ፡ ተማረ
ኹ ፤ ድሕርዚ ፡ ናብ ፡ ዕዳጋ ፡ ጻዐዘ፟ጋ ፡ ኢዶም ፡ እግሮም ፡ ተቘርጹ ።



VIII.

# ክልተ፟ ፡ ሰኑይ ።

234. ብላታ፟ ፡ ገረ-ኺዳን ።

ድሕርዚ ፡ ዋኽሹም ፡ ንብሩ ፡ ንብላታ፟ ፡ ገረ-ኺዳን ፡ ምቕማ፟ጥ ፡ ሐዲ 1.
ጎም ፡ ንዐዶ፟ም ፡ ተመልሱ ። ከብኡ ፡ ብላታ፟ ፡ ገረ-ኺዳን ፡ አብ ፡ ጻዐዘ፟ጋ ፡
ኹይኖም ፡ ሰለስተ ፡ ዓመት ፡ ዝእኽ፟ል ፡ ንሐማሴን ፡ ገዝኡ ።
አብ ፡ መንጎዚ ፡ ደግ፟ያት ፡ ከርነል ፡ እቶ፟ባህለ ፡ ሐደ ፡ እንግሊዝ ፡ ግ 2.
ልያ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃ፟ንስ ፡ ንጉስ ፡ ንቤት ፡ ምኻእ ፡ ከም ፡ ጐልቲ ፡ ሂበምዎ ፡
ነበሩ ፡ እሞ፟ ፡ አብኡ ፡ ኹይኑ ፡ ሐያ፟ሎ ፡ እቐ፟ን ፡ ንባሕሪ ፡ ገዝኡ ። ከብኡ-
ኻብኡ ፡ ናብ ፡ ጊንዳዕ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዶጋና ፡ ገበሮ ። አብ ፡ መወዳ፟እት 3.
ኡ ፡ ግና ፡ ትርኩ ፡ ወዲቕ፟ዎ ፡ ናብ ፡ ባጽዕ ፡ ወሲዱ ፡ ቐተሎ ።
ብላታ፟ ፡ ገረ-ኺዳን ፡ ከአ ፡ ቕድ፟ም ፡ አብቲ ፡ ሰፈር ፡ ዋኽሹም ፡ ንብ 4.
ሩ ፡ ተቐ፟ሚጦም ፡ ኔሮም ፤ ዶሐር ፡ ምስ ፡ ጸመ፟ዎም ፡ ግና ፡ ማእከል ፡ ጸዐ
ዘ፟ጋ ፡ አትዮም ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ ዐዲ፟ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ስኽሎ ፡ ሰሪሑ
ም ፡ አብኡ ፡ ተቐ፟መጡ ። ብዘበናም ፡ አብ ፡ ጻዐዘ፟ጋ ፡ ኸንቲባ ፡ ዘሙይ ፡ 5.
ወዲ፟ ፡ ኽፍሉ ፡ ምርኡይ ፡ ነበሩ ። ከምኡ ፡ ድማ፟ ፡ ብላታ፟ ፡ ገረ-መድህን ፡
አብ ፡ እንዳ ፡ ደግ፟ያት ፡ ሃይሉ ፡ አዘ፟ዝን ፡ ገባርን ፡ ነበረ ።

6. በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ እዩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ትምህርቲ ፡ ኸንሻ ፡ በቶም ፡ ደ
ቂ ፡ ዐዲ ፡ ዝጀመረ ።

235. ## ክንትብንት ፡ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ።

1. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ሐርማዝ ፡ ክቕትሎ ፡ ኣብ ፡ ሐ
2. ማሴን ፡ ወረዱ ። ኣብቲ ፡ ምድሪ ፡ ሐረምዝ ፡ ዝርኽብኦ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፡
ሐርማዝ ፡ ርእዮም ፡ ተኾሱ ። እታ ፡ ሐርማዝ ፡ ክእ ፡ ክትዐብጦም ፡ መ
ጸት ። ናሽሕ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ልጃም ፡ ክእ ፡ ክመርሕ ፡ ምስኦም ፡ ወረ
ዱ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ተቐቢሎ ፡ ነታ ፡ ሐርማዝ ፡ ንጕታ ፡ ብሴፍ ፡ ቈረጸ ። በ
3. ዚ ፡ ኸምዚ ፡ ንሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ኣውዓሎም ። ሽዑ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ የ
ሉ ፤ « ኣታ ፡ እዛ ፡ እዲኡስ ፡ ናሽሕ ፡ ዝበለቶ ፡ ክንድ-ሽሕ ፡ ዘይትብሎ ፤ »
የሉ ፤ እሞ ፡ ዐዲ ፡ ምስ ፡ እተወ ፡ « ክንትብንት ፡ ሂበኹ ፡ ኣሎኹ ፡ »
የልዎ ።

4. ሐጸይ ፡ ክእ ፡ ሐርማዝ ፡ ቀቲሎም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፡ ክሀናት ፡ ጸ
ዐዘጋ ፡ መስቀልኒ ፡ ድባብኒ ፤ ሒዞም ፡ ኣብ ፡ ማይ ፡ ሕጹር ፡ ተቐበልዎም ።
ተወልደ-መድህን ፡ ወዲ ፡ ቐሺ-ገብሩ ፡ ወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንኸንቲባ ፡ ናሽ
ሕ ፡ ክእ ፡ ግምጃ ፡ ለብሹ ፡ መስቀል ፡ ሒዙ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ንሐጸይ ፡ እቲ ፡
መስቀል ፡ ኣስዓሞም ።

236. ## ሞት ፡ ነበራይ ።

1. ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ነበራይ ፡ ኣትባህለ ፡ በዓል ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ኣብ ፡ ት
2. ርኩ ፡ ሸቂሉ ፡ ዕስራ ፡ ቕርሺ ፡ ሓዘ ። እሞ ፡ ነተን ፡ ኣቕራሽ ፡ ኣብ ፡ ኢ
ዱ ፡ እናሳራሰረ ፡ ክምዚ ፡ የለ ፤

« እንታይ ፡ ክገብረክን ፤
ብዕራይ ፡ ጌሬዶ ፡ ክናበረልክን ፤
ምስ ፡ ወዲ ፡ በኺትዶ ፡ ክበኣሰልክን ፤ »





የለ ። ሽዑ ፡ ምስ ፡ ዐዲ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ብርስቲ ፡ ተተሐሓዘ ፤ እሞ ፡ 3.
ሐምሳ ፡ በቕሊ ፡ ቓጺሩ ፡ ረትዖም ።

ደሐር ፡ ክንቲባ ፡ ስብሃቱን ፡ ልጅ ፡ በራኽን ፡ ልጅ ፡ ምለሊኽኒ ፡ ገይ 4.
ሾም ፡ ኣብ ፡ ሓደ ፡ ዐዲ ፡ እተወ ፤ እሞ ፡ መታን ፡ ድራር ፡ ክረኽቡ ፡ « ክ
ፈዮ-ዓልኩም ፡ ነብል ፡ » የሉ ። ልጅ ፡ ምለሊኽ ፡ ክእ ፡ ንእሽቶይ ፡ ክነሱ ፡
« ሰብ ፡ ዐዲ ፡ መን ፡ ኢና ፡ ክንብል ፤ » የሎም ። « ኣታ ፡ እዚ ፡ ቈልዓ ፡ 5.
እኳ ፡ ዐዲ ፡ ዘይብልና ፡ ምኽንና ፡ ተፈሊጥዎ ፡ » ይሎም ፡ ገስግሾም ፡ ን
ነበራይ ፡ ቀተልዎ ።

## ምድብዓብ ፡ ልጅ ፡ ክሕሳይ ። 237.

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸእ ፡ ኸልቴ ፡ ደቂ ፡ እይቶ ፡ ኣላን ፡ ልጅ ፡ ክሕሳይ ፡ 1.
ወዲ ፡ እይቶ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ ሽመት ፡ ደልዮም ፡ ክብ ፡ ብላታ ፡ ገረ-ኺ
ዳን ፡ ሸፊቶም ፡ ንበረኻ ፡ ዐለዉ ። ሽዑ ፡ እቲ ፡ ሀገር ፡ ዕግርግር ፡ ምስ ፡ ኣብዝ 2.
ሐ ፡ ብላታ ፡ ገረ-ኺዳን ፡ ክእ ፡ ነፍሶም ፡ ምእማን ፡ ኣበዮም ። ስለዚ ፡ ግ
ብሪ ፡ ንጉስ ፡ ኣውጺኦም ፡ ተቓላጢፎም ፡ እቲ ፡ ዘውጽእዎ ፡ ግብሪ ፡ ሕ
ጆም ፡ « ኣብ ፡ ጐይታይ ፡ ክብጽሖም ፡ » ይሎም ፡ ሀገር ፡ ገዲፎም ፡ ንት
ግራዮም ፡ ክዱ ። ብዛዕባዚ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸእ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ኣውሎ ፡ 3.
የሉ ፤

ኣታ ፡ ስን-ሮጾ ፡ ስን-ሮጾ ፤
ቃፍላይ ፡ ክይ ፡ ሰኣን ፡ ዝቕርጾ ፤

የሉ ።

ኣብ ፡ መንጎዚ ፡ ደቂ ፡ እይቶ ፡ ኣላ ፡ ምስ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦኦም ፡ 4.
ኵይኖም ፡ ክኸትሩን ፡ ክቕትሉን ፡ ክለዉ ፡ ልጅ ፡ ክሕሳይ ፡ ኣብ ፡ ሽ
ኹቲ ፡ ተታሕዘ ። ደቂ ፡ ኻዕቢ ፡ ሰብ ፡ ዐደብ-ዝሐንስ ፡ ክእ ፡ « ሐውና ፡ ቐ 5.
ቲሉልና ፡ » ይሎም ፡ ንመቕለ ፡ ናብ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ወሰድዎ ። ሐጸ
ይ ፡ ዮሃንስ ፡ ክእ ፡ « ፍርዱ ፡ ይብቃ ፡ » ኣቢሎም ፡ ክድብደብ ፡ ፈረዱ

6. ሉ ። አይተ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ድማ ፡ ናብኡ ፡ መጺኦም ፡ ኣብ ፡ ከንዲ ፡ ወ
ዶም ፡ ክሞቱ ፡ ለመኑ ፤ እንተኸነ ፡ ደቂ ፡ ኻዕቢ ፡ « ልጅ ፡ ካሕሳይ ፡ ይሔ
ሸና ፡ » ይሎም ፡ ቀተልዎ ።
7. ክብኡ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖትኒ ፡ ልጅ ፡ አባይ
ኒ ፡ ንኸረን ፡ ወረዱ ።

238.

ቀዳማይ ፡ ትርኩ ።

1. ኸዑ ፡ ባሻይ ፡ ብሽንጅር ፡ ሓደ ፡ ሹም ፡ ናይ ፡ ትርኩ ፡ ከምኡ ፡ ኸ
አ ፡ ሓደ ፡ ሹም ፡ ደጋሽ ፡ እተባህለ ፡ በዓል ፡ ከረን ፡ ሐቢሮም ፡ ምስ ፡ ሐ
2. ጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ ክዋግኡ ፡ መኸሩ ። ኣብ ፡ መንገኡ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡
ኡብኦም ፡ አተዉ ፤ እሞ ፡ « ንዑናይ ፡ በሉ ፤ ንሕና ፡ ኽንመርሐኹም ፡ »
ይሎም ፡ ሕጆምዎም ፡ መጹ ። ሓደ ፡ ኽልአ ፡ ዐቢ ፡ ሹም ፡ ትርኩ ፡ ዐሊ-
ኽርበ ፡ እተባህለ ፡ ከአ ፡ ብባጽዕ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ አስመራ ፡ ተቓበሎም ።
3. ዋኽሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ። ስ
ለዚ ፡ ትርኩ ፡ ኽምዚ ፡ ይሉ ፡ ብኽልተ ፡ ሸነኽ ፡ ከም ፡ ዝመጾም ፡ ምስ ፡
ፈለጡ ፡ ሰቦም ፡ አኪቦም ፡ ብለይቲ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ጸሊቖም ፡ ትግራ
4. ይ ፡ ተሳገሩ ። ኸዑ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳማይ ፡ ደርፊ ፡ ናብ ፡ ከምዚ ፡ ዝአመ
ሸለ ፡ ተመልሰ ፤

እንዴት ፡ ሰዘበትህ ፡ ገብሩ ፡ ዐበት ፤
ናይ ፡ ደምበ ፡ ወዲእካ ፡ ናይ ፡ ዐይበት ።

5. ሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ ከአ ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ኽዋግኡ ፡ ሰቦም ፡ አኽቲቶ
ም ፡ መጹ ። ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ፈቲሖም ፡ ምስኦም ፡ ተማልእዎም ፤ ደግ
6. ያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ምስኦም ፡ ነበሩ ። ድሕሪዚ ፡ ዐሊ-ኽርበ ፡ ደ
ቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ መሪሖምዎ ፡ ኣብ ፡ ጉዳጉዲ ፡ ክሳድ ፡ ዒቓ ፡ ዐርቢ ፡
መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ሕዳር ፡ ተዋግኡ ። ሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ ሰዓሩ ፤ ዐሊ-ኽ
ርበ ፡ ኸአ ፡ ናብኡ ፡ ሞተ ። ክብ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ልጅ ፡ አባይ ፡ ተ





አስሩ ፤ ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡ ድማ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ። ኸዑ ፡ ሐጻይ ፡ 7.
ዮሀንስ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ደረፉ ፤

ማፉሽ ፡ ዝበሰኒ ፡ ማፉሽ ፡ ንሱ ፤
ሔዝካ ፡ እንዶ ፡ በሉ ፡ ርእስ-ርእሱ ።

ምዕላው ፡ ሬእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ትርኩ ። 239.

ድሕሪዚ ፡ ንጉስ ፡ ኣብ ፡ ዐዲ ፡ ኻላ ፡ ሰፈሩ ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤ 1, 2.
ል ፡ ከአ ፡ ደድሕሬ ፡ ትርኩ ፡ ስዒቦም ፡ ብዙሓት ፡ ማረኹን ፡ አሰሩን ፤ ነ
ቶም ፡ ዝማረኽዎም ፡ ድማ ፡ አኪቦም ፡ አምጺኦም ፡ ኣብ ፡ ንጉስ ፡ አበር
ከትዎም ። በዚ ፡ ሐጻይ ፡ ብዙሕ ፡ ፈተውዎም ፤ ግዝአት ፡ ሐማሴን ፡ ድ
ማ ፡ ንኦም ፡ ሃብዎም ። ብድሕሪዚ ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሕጆምዎም ፡ ከዱ ። 3.
ኸዑ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ሰፈሩ ። አ 4. 5.
ብኡ ፡ ኽለዉ ፡ ድማ ፡ « ከምታ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ብዘይሓሰብክዎ ፡ ነገር ፡
ክእሰር ፡ እየ ፡ » ይሎም ፡ ብውሽጢ ፡ ንሐጻይ ፡ ዮሀንስ ፡ ጠሊሞም ፡ ም
ስ ፡ ትርኩ ፡ አሻረዉ ። ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ሓደ ፡ ልኡኽ ፡ ትርኩ ፡ ፍኻ 6.
ኽ ፡ እተባህለ ፡ ኻብ ፡ ዐዲ ፡ ናይብ ፡ መጸ ። ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከ
አ ፡ ንኡ ፡ ኽቅበሉ ፡ ኣብ ፡ አስመራ ፡ መጹ ፤ አብኡ ፡ ምስ ፡ ተራኸቡ ፡ ኸ
አ ፡ ምስኦም ፡ ማሕላ ፡ ተመሐሓሉ ።
እዚ ፡ ጌሩ ፡ ምስ ፡ ወረደ ፡ እቶም ፡ ክብ ፡ ስድራ ፡ ደግያት ፡ ወልደን 7.
ኪኤል ፡ እዛ ፡ ነገርዚአ ፡ ዘይፈተውዋ ፡ ዘበሉ ፡ ተአኪቦም ፡ « እንታይ ፡
ትገብሩ ፤ ምስ ፡ ትርኩዶ ፡ ኺዳን ፡ አቲኹም ፡ ኢኹም ፤ » ይሎም ፡ ሐተ
ትዎም ። ነሰም ፤ከአ ፡ እዛ ፡ ነገርዚአ ፡ ኸም ፡ ዘኽፍእቶም ፡ ፈሊጦም ፡
« ያእ-ያእ ፡ አይፋል ፤ እንታይ ፡ ከልዕል ፡ ንጉይታይ ፡ ዝጠልም ፤ » ይ
ሎም ፡ ከም ፡ ዘይገበርዋ ፡ አምሲሎም ፡ ተዛረቡ ። ደሐር ፡ ግና ፡ እቲ ፡ 8.
ኽልአይ ፡ ትርኩ ፡ ምስ ፡ ወጸ ፡ ኸዑ ፡ ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሰቦም ፡
አኪቦም ፡ ክብ ፡ ገበን ፡ ጠቐራ ፡ ንቒሎም ፡ አተውዎ ።

9. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ንደግያት ፡ ወልደንኪኤልኒ ፡ ርእሰንት ፡ ንደቆምኒ ፡
ድግዝምንት ፡ ሃበም ።

240. ክልአይ ፡ ትርኩ ።

1. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ሐመድ-ግዳም ፡ ዝኸነ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ ጕራ
ዕ ፡ ሰፈረ ። ወዲ ፡ ባሻይ ፡ ምስሪ ፡ ድግ ፡ በዓል ፡ ነጋሪት ፡ ኰይኑ ፡ ወጸ ።
ጃንሆይ ፡ ድግ ፡ እዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ሀገር ፡ አኽቲቶም ፡ ንደግያት ፡ ሃ
2. ይሉ ፡ ኸአ ፡ ሕጆም ፡ መጹ ። ኸዑ ፡ ሰሉስ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ለኸቲ
ት ፡ አብ ፡ ቅነ ፡ ጾም ፡ አርብዓ ፡ ኻልአይ ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ናብ ፡ ጕራዕ ፡
ተዋግኡ ፡ እሞ ፡ ሰዓሩ ።
3. ትርኩ ፡ ኸአ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ንመጃንሒ ፡
4. ዝኸውን ፡ ዕርቂ ፡ ገበረ ። ውዑሎም ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ እዩ ፡ ወዲ ፡ ባሻይ ፡
መዳፍዑን ፡ አናፍጥቱን ፡ ጠየይቱን ፡ ክሐድገሎም ፡ ሐጸይ ፡ ከአ ፡ ብደ
ሐን ፡ አፋንዮም ፡ ዐዲ ፡ ዝምለሰሉ ፡ መገዲ ፡ ኸሀብዎ ።

241. « አባ-ቦሩ ፡ ተአሰረ ። »

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድግ ፡ ቅድም ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ንጊንዳዕ ፡
2. ወረዱ ። ኩብኡ ፡ በይኖም ፡ ተፈንጭሎም ፡ አብ ፡ ሸኸቲ ፡ ሐያሎ ፡ ናይ ፡
ንጉስ ፡ አቕሓ ፡ ኻብቶም ፡ ጸዓንቲ ፡ አግዲሮም ፡ ገፊፉ ። ብድሕርዚ ፡ ዐ
3. ዲ ፡ ገብራይ ፡ ሰፈሩ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ « ንጉስ ፡ መጹ ፡ » ምስ ፡
ሰምዑ ፡ አብ ፡ ጥቕእም ፡ ንዝነበሩ ፡ ዐበይቲ ፡ ሐማሴን ፡ እንተሎ ፡ ፈተ
ውራሪ ፡ ገረ-መድህን ፡ አሳሲሮም ፡ ሕጆምዎም ፡ ንምድሪ ፡ ሐልሐለ-በጐ
ስ ፡ ሀደሙ ።
4. አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ ገለ ፡ ሰባት ፡ ከይዶም ፡ « ጐይታይ ፡ ጸዐ
ዘጋ ፡ ሞይቱ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ንፍስኹም ፡ ሐልዉ ፡ » የልዎም ። ንሰም ፡ ከ
አ ፡ « ክላ ፡ እንቋዕ ፡ ደአ ፡





አባ-ቦራኝ ፡ ተአሰረ ፤
ሐባል-ጋሻኝ ፡ ተቐብረ ፤

ክልእ ፡ እንታይ ፡ ክይመጽኒ ፡ » ይሎም ፡ መለሱሎም ።

ምሻም ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 242.

ንጉስ ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ጕራዕ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጽልማ ፡ ወረዱ ። ሸ 1. 2.
ዑ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ገጀ ፡ ፋስጋ ፡ አብጺሎም ፡ ሸሙት ፡ መረብ-ምላሽ ፡ ንደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ መለሱሎም ። ቀደም ፡ ብፋስጋ ፡ ተስዒሮም ፡ ከምኡ ፡ ሸ
አ ፡ ብመዓልቲ ፡ ፋስጋ ፡ ሸሙቶም ፡ ተመልሰሎም ።
ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሸዓ ፡ ይሎም ፡ ዐዶም ፡ አይአተዉን ፤ ንጉስ ፡ ጌ 3.
ና ፡ ናብዚ ፡ ኸለዉ ፡ ከብኦም ፡ አይተፈልዩን ። አብ ፡ ክንድኦም ፡ ግና ፡
ምቕማጠም ፡ ወደ-ወዶም ፡ ልጅ ፡ ከሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ተስፋ-ጼን ፡ አብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ነበሩ ። ሸዑ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ ሸፋረ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ አብ ፡ 4.
ጐዳጕዲ ፡ ዘይወዓለ ፡ ኸነሱ ፡ « ደግያት ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹ ፡ » ም
ስ ፡ ሰምዒ ፡ ተንዲኡ ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ንኸረን ፡ ሀዲሙ ፡ ኔሩ ፡ ሕጂ ፡ ና
ብ ፡ ወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ናብ ፡ ልጅ ፡ ከሳ ፡ አቶ ። ልጅ ፡ ተኽለ-ሃይማኖት ፡
ድግ ፡ ሸዑ ፡ አቶ ። ከምኡ ፡ ድግ ፡ ነቲ ፡ ሳልሳዮም ፡ ንልጅ ፡ አቦይ ፡ ደ 5.
ግያት ፡ ሃይሉ ፡ ንንጉስ ፡ ለሚኖም ፡ አፍትሕዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ ቕን
ያትዚ ፡ ንዐዲ ፡ መጸ ።
ደገዝማቲ ፡ ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ አተዉ ። 6.

ጕዕዞ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ሐማሴን ። 243.

ድሕርዚ ፡ አብቲ ፡ ወርሑ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ብዙሕ ፡ 1.
አጽዋርኒ ፡ ብረትኒ ፡ ኻብ ፡ ትርኩ ፡ ተቐቢሎም ፡ ከምኡ ፡ ድግ ፡ ብዙ
ሕ ፡ ሰብ ፡ ኩብ ፡ ምድሪ ፡ ሐልሐል ፡ አኽቲቶም ፡ ብኡ ፡ አቢሎም ፡ ማሻ-

ማሺ ፡ ብባሕሪ ፡ እቢሎም ፡ ብእኮለ-ጕዛይ ፡ ጌሮም ፡ ንሰሐርቲ ፡ ወጹ ። በ
2. ዚ ፡ ኸሎ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብ ፡ እኖተእኺቦም ፡ ዐቢ ፡ ሰራዊት ፡ ገበሩ ። ካብኡ ፡
ኸአ ፡ ናብ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ሰፈሩ ። እብኡ ፡ ኸለዉ ፡ እኖለእኹ ፡ ዘሎ ፡
3. ፈታዊን ፡ ዘመድን ፡ ኹሉ ፡ እኽተቱ ። ካብኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ምኻ
እ ፡ ቀረቡ ። ሽዑ ፡ ብዘሎ ፡ ሚናበ-ዘርኣይኒ ፡ ኻርንሽምኒ ፡ ከምኡ ፡ ድ
ማ ፡ ኻብ ፡ ድምበዛን ፡ ካብ ፡ ደቀተሽም ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ወወገኑ ፡ ተእከ
ቦም ።

4. እብ ፡ መንጎዚ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንወጆም ፡ ደግያት ፡
መኰንን ፡ « ነስኻ ፡ በዓል ፡ ዲና ፡ ኢኻ ፡ እሞ ፡ ነስኻ ፡ በዓል ፡ ቴጽልና ፡
ኹን ፡ » ይሎም ፡ ሽምዎም ፡ ናቶም ፡ ምስዓር ፡ እብ ፡ ዳዕሮ-መኻን ፡ ና
ይ ፡ ደግያት ፡ መኰንን ፡ ምስዓር ፡ እብ ፡ እምባ ፡ ዛርብ ፡ ስለ ፡ ገዘከፉ ።

244. ምኽሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ።

1. ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ምስቶም ፡ ዐበይቶም ፡ ኰይኖም ፡ « ከመይ ፡
2. ንግበር ፡ » ይሎም ፡ መኸሩ ። ሽዑ ፡ እቶም ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ « ንዋጋ
እ ፡ » የሉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፡ « አይፋል ፡ ንዑ ፡ ከብ ፡ ምውጋእ ፡
3. ዐድና ፡ ሐዲግና ፡ ንዝባን ፡ ጠቐራ ፡ ንጸእ ፡ » የልዎም ። ሽዑ ፡ ግና ፡ ሐያ
ሎይ ፡ ፈኸራን ፡ ጕራን ፡ ጌሮም ፡ ንዘረባ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ አቓናጭቦም ፡
4. « አጆኹም ፡ አይትፍርሁ ፡ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡

« ኣነ ፡ ሃይሉ ፣
ኣነ ፡ ሰርብ-ደም ፣
ኣነ ፡ ዐባይ ፡ ዳዕሮ ፣

ምስ ፡ ገወድቕ ፡ ብዙሕ ፡ ጨንፍር ፡ ሕጂ ፡ እየ ፡ ገወድቕ ፡ » ይሎም ፡ « ከ
ላ ፡ ዕጠቕ ፡ » የሉ ።





መብጽዓ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። 245.

ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ሰራዊቶም ፡ እኽቲቶም ፡ ንውግእ ፡ ክስል 1.
ፍዎን ፡ ከበራትዕዎን ፡ እብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፡ አኪቦዎ ። ራእስ ፡ ወልደ 2.
ንኪኤል ፡ ድማ ፡ በቲ ፡ እዋንቲ ፡ « እስኬ ፡ ክስልዮ ፡ ደኣ ፡ » ይሎም ፡
ካብ ፡ ሰቦም ፡ ተፈልዮም ፡ ከልእይ ፡ ርእሶም ፡ ኰይኖም ፡ እብ ፡ ሓደ ፡ መ
ንጽር ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸፍ ፡ ይሎም ፡ ነቲ ፡ ኹሉ ፡ ዓጀብኒ ፡ ነቲ ፡ ኹሉ ፡ ሽል
መን ፡ ነቲ ፡ ኹሉ ፡ ፈረሰኛ ፡ ርእዮ ፡ ወዓልዎ ። እዚ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ ፊፊ 3.
ሆም ፡ « ብሐቂ ፡ እምበር ፡ ዶኽን ፡ ይኽእሎ ፡ እየ ፡ » የሉ ። ብኡ-ብኡ ፡
ኸአ ፡ ሓደ ፡ መብጽዓ ፡ ንቕዱስ ፡ ገርግሽ ፡ ተማባጽዑ ፡ « ብሐቂ ፡ ሎም ፡
ድል ፡ እንተ ፡ ሂብካኒ ፡ አነ ፡ ድማ ፡ ንአኻ ፡ ገበቕዕ ፡ ህያብ ፡ ክህበካ ፡ እ
የ ፡ » ይሎም ።

እሞ ፡ ደሐር ፡ ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ንቕዱስ ፡ ገርግሽ ፡ ገሃብዎ ፡ ጽቡቕ ፡ 4.
ምንጻፍ ፡ ከሳዕ ፡ ለይትሎም ፡ እብ ፡ ቤተኽስያን ፡ ጸዐዘጋ ፡ አሎ ። ሐያ 5.
ሎይ ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ « ቅዱስ ፡ ገርግስሲ ፡ መታን ፡ ጽቡቕ ፡
ምንጻፍ ፡ ከረከብ ፡ ይሉ ፡ ንጸላእትና ፡ አሕሊፉ ፡ ሃበና ፡ » ይሎም ፡ አስ
ቴርቴሩ ።

ጥልመት ፡ ጸዐዘጋ ። 246.

ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ አሮም ፡ እኺ ፡ እኖፈከረን ፡ እኖጕረረን ፡ ልበ 1.
ምሲ ፡ « ንስዕር ፡ ኢና ፡ » ይሉ ፡ አይአመኑን ። በዚ ፡ ግዜዚ ፡ ኸአ ፡ ገለ ፡ 2.
ኻብ ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸይፈለጡ ፡ ብታሕት-ታሕ
ቲ ፡ ምኽሪ ፡ ጌሮም ፡ እብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አትዮም ፡ ምስአም ፡
ከም ፡ እተዐርቱ ፡ ይበሀል ፤ እሞ ፡ እብ ፡ ውግእ ፡ ኸፍርሱሎም ፡ ገንዘብ ፡
ከም ፡ እተቐበሉ ። በዚ ፡ ነገርዚ ፡ ጸላእቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ « ሸየጥቲ ፡ ጕይተቶ 3.

4. ም ፡ ከም ፡ ይሁዳ ፡ » ይሎም ፡ የሽሚጥጥዎም ። ብዝተረፈ ፡ ክብቶም ፡ ዝ
መኸሩ ፡ እኳ ፡ ሐያሎይ ፡ እብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ፡ ይበሀል ።

247. ንችሎ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልን ።

1. ድሕርቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኻብ ፡ ዐዶም ፡ ክብገሱ ፡
ኸለዉ ፡ ክብቶም ፡ ፍልም ፡ « ንቖጋእ ፡ » ዘሉ ፡ ሀበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸዑ ፡
ንደግያት ፡ ሃይሉ ፡ « ንዑ ፡ ኹታ ፡ ንትረፍ ፤ ሎምስ ፡ እይመዓልትናን ፡
እያ ፡ ብዙሕ ፡ ነገር ፡ ርኢናላ ፡ አሎና ፡ » የልዎም ። ነሶም ፡ ግና ፡ « ቀደ
2. ም ፡ አቢ ኽ-ምንስ ፤ ሕጅስ ፡ ንኺድ ፡ ደአ ፡ » ይሎም ፡ መለሱሎም ። ከም
እ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ መገዲ ፡ ብዙሓት ፡ « ጕይታይ ፤ ንዑ ፡ ኹታ ፡ ንመለ
ስ ፤ ሎምስ ፡ እይዑፍናን ፡ እያ ፡ » የልዎም ። ነሶም ፡ ከአ ፡ « ሕጅስ ፡ እይ
3. ኸውንኒ ፡ » ጥራይ ፡ ነበረት ፡ ምላሾም ። ስለዚ ፡ « ራእስ ፡ ወልደንኪኤ
ል ፡ ካብ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ንዐዱ ፡ ኸይአቶ ፡ ክንክርፎ ፡ » ይሎም ፡ መገ
ዲ ፡ ወኸ-ድባ ፡ ሕጆም ፡ ከዱ ።

4. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ቐዲሞም ፡ ካብ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ፡ ገስ
ግሾም ፡ እንጊሆም ፡ ወኸ-ድባ ፡ መጹ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ጭፍር
ኦም ፡ ንማይ-ብላ ፡ ምስ ፡ ተሳገሩ ፡ እማዕድዮም ፡ ረአይዎም ፤ ወሪዶም ፡
5. ድማ ፡ ናብቲ ፡ ኸርከስ ፡ አድብዮ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ነዚ ፡ ኸሎ ፡
ኸይፈለጡ ፡ ጌና ፡ « አሎና ፡ » ክብሉ ፡ ኸለዉ ፡ አማዕድዮም ፡ ክይርእዩ ፡
ኸአ ፡ ጸሓይ ፡ ብቕድሚኦም ፡ ኩይናቶም ፡ እሞ ፡ ደጕሐቶም ፡ መገዶም ፡
ደፍኡ ።

248. ሞት ፡ ክልተ ፡ ሰብ ፡ ነጋሪት ።

1. ክይሓሰብዎ ፡ ኸአ ፡ ጕብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ በዓል ፡
ጻዕዳ-ኽስታን ፡ እብ ፡ ዝበን ፡ ፈረስ ፡ ኩይኑ ፡ ኸዝምቢ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ረአ
ዩዎ ። ኸዑ ፡ ኸሎ ፡ ሰብ ፡ ተንዓበ ፤ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ድማ ፡ ድንኳን ፡ ደገዝማቲ ፡





ተኸሉ ። ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ዝበን ፡ በቕሎም ፡ ወጺኦም ፡ ን 2.
ሰራዊቶም ፡ « ከምዚ ፡ ኹኑ ፡ በዚ ፡ እብሉ ፡ » ክብሉ ፡ ኸለዉ ፡ ሰድራ ፡
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እብ ፡ መዛግብዎም ፡ ኩይኖም ፡ ተኹሱሎም ። ኸ
ዑ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ እብቲ ፡ እንፌ ፡ ተኾሲ ፡ ደገዝማቲ ፡ ባዕሎም ፡ ተወግ
እ ። ሰድርኦም ፡ ድማ ፡ ምውግኦም ፡ ምስ ፡ ፈለጡ ፡ ካብ ፡ በቕሎም ፡ አ 3.
ውሪዶም ፡ እብ ፡ ምንጻሮም ፡ እብ ፡ ቍርበት ፡ አምበሳ ፡ ከፍ ፡ አበልዎ
ም ። እብኡ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ዐረፉ ።

ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ብዙሓት ፡ ተኹሱ ። እንተኾነ ፡ ሰድራ ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጸሓይ ፡ ሐዚሎም ፡ እብ ፡ ጽንዕ ፡ መገግብ ፡ ተ
ዳልዮም ፡ ይቶኹሱ ፡ ነበሩ ፤ ሰድራ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ግና ፡ ጸሓይ ፡ ን
ዐይኖም ፡ እናደጕሐቶም ፡ ጻላእቶም ፡ ድማ ፡ « እብዚ ፡ አለዉ ፡ » ክዮሉ ፡
ስለ ፡ ዝኾኑ ፡ ምንም ፡ እንተ ፡ ተኹሱ ፡ እኳ ፡ « እብዚ ፡ ወደቹ ፡ » እይበ
ሀልኒ ። እንተኾነ ፡ « እብ ፡ ዝወረደ ፡ ይረድ ፡ » ይሎም ፡ ክትኹሱ ፡ ኸለ 5.
ዉ ፡ ደግያት ፡ መኩንን ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ ሐያሎ ፡ ኻል
ኦት ፡ ድማኒ ፡ ናብኡ ፡ ሞቱ ።

ጥፍኣት ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ። 249.

እቲ ፡ መጀመርያ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ሀደሙ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ 1.
ብዙሕ ፡ ተሐጕሱ ፤ ኸዑ ፡ ድማ ፡ « ሰብ ፡ እይትቕተሉ ፡ ዝማረኽኩምዎ ፡
እሰሩ ፡ ፈሳ ፡ ኸአ ፡ ቕበሩ ፡ » ይሎም ፡ ብምሕረት-ገጽ ፡ ተዛረቡ ። ብኡ- 2.
ብኡ ፡ ግና ፡ ወዶም ፡ ከም ፡ ዝሞተ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ሰውኖቶም ፡ ከም ፡
ሐዊ ፡ ተቓጸለ ። ካብ ፡ ብኸዑ ፡ ሕጆም ፡ ከአ ፡ ቓሎም ፡ « በሎም ፡ ቕተ
ሎም ፡ ቍረጾም ፡ » ጥራይ ፡ ኮነ ። ፈረሶም ፡ ጽዒኖም ፡ ንሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ 3.
ኸርከቡ ፡ ሰዓቡ ፤ ዘርከብዎ ፡ ዝኾነ ፡ ኸሎ ፡ ድማ ፡ ቐተልዎ ። ኸዑ ፡ ፊ
ሳ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸም ፡ ቍጽሊ ፡ እብ ፡ ኩሉ ፡ ጕልጕል ፡ ረገፈ ።

ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አትዮም ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አወጁ ፤ « ወ 4.

5. ዲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ጸዐዘጋ ፡ ዝረኽብክዎ ፡ ኸሎ ፡ ሕረዶ ። ሽ
ዑ ፡ ባዕሎም ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ዐዲ ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ ጨቘምጠ ፡ ኸፍ ፡ ይ
ሎም ፡ ዘዝመጺ ፡ ኸሎ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ አብ ፡ ጕልጕል ፡ ዕዳጋ ፡
6. « በሎ ፡ » እናሉ ፡ አሕረድዎ ። በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ካብ ፡ ዘርኢ ፡ ጸዐዘጋ ፡
« እንዳ ፡ አቦይ ፡ እዩ ፡ » ክብ ፡ ዝብል ፡ « እንዳ ፡ እኖይ ፡ እዩ ፡ » ክብ ፡ ዝ
7. ብል ፡ ሓደ ፡ እኳ ፡ ኸም ፡ ዝተርፍ ፡ አይትመሽልኒ ፡ ነበረት ። ሽዑ ፡ ሐን
ቲ ፡ ሰበይቲ ፡ በዓልቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሓደ ፡ ወዲ ፡ ሰለስተ ፡ ወርሒ ፡ ዝአኽ
ል ፡ ሐዚላ ፡ ኸላ ፡ ሓደ ፡ ዓቀይታይ ፡ ክብ ፡ ዝብና ፡ አግዲፉ ፡ በዘን ፡ ክ
8. ልተ ፡ እግሩ ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ አዝሒት ፡ ርእሱ ፡ ሐጠቖ ፡ አበሎ ። በዚ ፡
ኸሎ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸም ፡ እትጸንት ፡ መሰሎም ። – –
9. ሬሳ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ኻብታ ፡ ፊለማ ፡ ተዅሲ ፡ ዝጀመሩላ ፡
10. ሕጆም ፡ ክሳዕ ፡ ዐዶም ፡ ወዲቖም ፡ ንምድሪ ፡ ኸዲኖምዎ ፡ ነበሩ ። ምስ ፡
ሬሳ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሬሳ ፡ ወዱ-ወዶም ፡ ልጅ ፡ ክሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡
ተስፋ-ጼን ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ኽልተ ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ አላ ፡ ልጅ ፡ ሽፋረን ፡
ልጅ ፡ አባይኒ ፡ አብ ፡ ስግር ፡ ማይ-በላ ፡ አብቲ ፡ ቆዳማይ ፡ እተታኹሱላ ፡
ወዲቖም ፡ ተረኽቡ ። ክንቲበ ፡ ዘሙይ ፡ ወዲ ፡ ኽፍሉ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ አፊ
11. ና ፡ ወደቐ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ አስፍሃን ፡ ልጅ ፡ እምባየን ፡ ደቂ ፡ አ
ይተ ፡ ጸጋይኒ ፡ ልጅ ፡ ሐጐስ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረ-ስላሰን ፡ ሰብ ፡ ጻዕዳ-ኽ
12. ስታን ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ። ብጀኽኦም ፡ ድማ ፡ እኒ ፡ ቀሺ ፡ ገረ-መ
ድህን ፡ ወዲ ፡ ተስፋይ ፡ ተስፋ ፡ ወዲ ፡ ወልደንክኤል ፡ ዕቍባይ ፡ ወዲ ፡
ተስፋንክኤል ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ ወዲ ፡ ሐቢል-ጋላ ፡ ደብተራ ፡ ወልደ-
ስላሰ ፡ ኸአ ፡ በዓል ፡ ዐደምሓራ ፡ ምስ ፡ ብዙሓት ፡ ክልኦት ፡ ረገፉ ።
13. ሽዑ ፡ መዓልቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኻብ ፡ ታሕቲ ፡ ጀሚሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ላዕሊ ፡
ተተኰሰት ። ምስእ ፡ ድማ ፡ ዐዲ ፡ ንብሩን ፡ ዐድ-ተኽላይኒ ፡ ነደደ ፤ ዐዲ ፡
ኽፈለት ፡ ክአ ፡ ጕልቲ ፡ እንዳ ፡ ደግያት ፡ ተስፋ-ጼን ፡ ነበረት ፡ እሞ ፡ ብ
ሐዊ ፡ አንደድዋ ። – –





በዚ ፡ ኸሎ ፡ መዓልቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ጸላም ፡ ከኖም ። 14.
ድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ደጓዒ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ደጒዒ ፤

አይትመሰለስ ፡ ናይ ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፤
ጸሓይ ፡ ተኸደና ፡ ለይቲ ፤
ርኢኹምዶ ፡ ሕልፈት ፡ ደገዘማቲ ፤

ሞት ፡ አይተ ፡ ላግርኒ ፡ ቀሺ ፡ ሐይለ-አብኒ ። 250.

ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ኻብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሀዲሞም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ 1.
ምንከኤል ፡ ዐዲ ፡ ቘንጺ ፡ አትዮም ፡ ዝነበሩ ፡ ከብኡ ፡ እናውጽኡ ፡ ቀ
ተልዎም ።
ክምኡ ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ውግእ ፡ ዘይወዓሉ ፡ አብ ፡ ምኽሪ ፡ ድማ ፡ ዘ 2.
ይተደምበሩ ፡ ሰለስተ ፡ ኸንሻ ፡ ክልተ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ቀሺ ፡ ሐይለ-አ
ብ ፡ ወዲ ፡ ተስፋይኒ ፡ ሀብተ-ገርግሽ ፡ ወዲ ፡ ቀሺ ፡ ትርፈን ፡ እተባህሉ ፡
ሳልሳዮም ፡ ድማ ፡ ሓደ ፡ ፈረንጂ ፡ አይተ ፡ ላግር ፡ እተባህለ ፡ ኰይኖም ፡
ቀደም ፡ አብ ፡ ማይ ፡ ውዑይ ፡ ይቕመጡ ፡ ኔሮም ፡ ንዕለታ ፡ ግና ፡ ጸዐዘ
ጋ ፡ ኽበጽሑ ፡ ይሎም ፡ መጺኦም ፡ አብኡ ፡ ቀንዮም ፡ ነበሩ ፤ ሽዑ ፡ ድ
ማ ፡ ኸምዚ ፡ ኾነ ። ቀሺ ፡ ሐይለ-አብኒ ፡ ሀብተ-ገርግሽኒ ፡ « ንዓ ፤ ተተሓ 3.
ሕጅና ፡ ጠረ ፡ ውግእ ፡ ከይሰማዕና ፡ ብድምበዛን ፡ አቢልና ፡ ንዐድና ፡ ን
መለስ ፡ ሐደው ፡ ኸምኡ ፡ ብዝመሰል ፡ አብ ፡ ክልእ ፡ መኻን ፡ አልግሽና ፡
ንጽናሕ ፡ » ይሎም ፡ ንአይተ ፡ ላግር ፡ መኸርዎም ። ንሰም ፡ ግና ፡ ክም ፡ 4.
ስርዓት ፡ ዐዶም ፡ መሽልዎም ፡ « እነስ ፡ ዝኸአል ፡ እንተ ፡ ኰይኑስ ፡ ኩ
ናት ፡ ሐበሻ ፡ ኽርኢ ፡ ምፈቶኹ ፡ » የልዎም ። ንሳቶም ፡ ክአ ፡ « በል ፤ 5.
እዚ ፡ ኻብ ፡ ኮነስ ፡ ሕጂይ ፡ እቲ ፡ ዝሐይሽ ፡ መገዲ ፡ ኻብ ፡ አብዚ ፡ ናብ ፡
ጸዐዘጋ ፡ ምጽናሕ ፡ ዐዲ ፡ ቘንጺ ፡ ኺድና ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ምንከኤል ፡ ምእ
ታው ፡ ይሒሸና ፤ ከመይ ፤ – ንሱ ፡ ቤተኽስያን ፡ አቢና ፡ አተሸም ፡ አብ ፡ ም

ሉእ ፡ ደቐተኸም ፡ ሕፋር ፡ እዩ ፤ እሞ ፡ ኣብኡ ፡ ንእቶ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡
ሐጕስ ፡ ስድራናን ፡ ዓሂአምኒ ፡ ተሎ ፡ ይልና ፡ እንሰምዐሉ ፡ » ይሎም ፡
6. አርእዩዎም ። ኸው ፡ አይተ ፡ ላግር ፡ « በሉ ፤ እዚ ፡ ኻብ ፡ ክንስ ፡ ብኡ-ብ
ኡ ፡ እቲ ፡ ዝኸውንኒ ፡ እንርእየሉ ፡ ወረን ፡ እንሰምዐሉ ፡ ጥቓ ፡ ስድራና
ን ፡ ሐጺር ፡ መገድን ፡ አብዚ ፡ ኻብ ፡ ዝርኽብ ፡ ንዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ንኺድ ፡ »
የልዎም ።

7. እዚ ፡ ቈርሎም ፡ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፡ ተተሓሕጆም ፡ ምስቶም ፡ ሰብ ፡
ውግእ ፡ ክሳዕ ፡ ዐዲ ፡ ቜንጺ ፡ ኸዱ ። ካብኡ ፡ ድማ ፡ በዓል ፡ ኲናት ፡ ዝ
ኸነ ፡ ኸሎ ፡ ምስ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ መገዲ ፡ ወኽ-ድብ ፡ ሒዞም ፡ ሐለ
8. ፉ ፤ አይተ ፡ ላግር ፡ ግና ፡ ሳልሳይ ፡ ርእሶም ፡ ተረፉ ። ኸው ፡ ኲናት ፡ ደግ
ያት ፡ ሃይሉ ፡ ምስ ፡ ተሳዕረ ፡ ሰለስቲኦም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ ምንኪኤል ፡
አተዉ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ሐያሎ ፡ ዓቀይቲ ፡ ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ አትዮም ፡ ር
9. እዮምዎም ፡ ዝፈልጥዎም ፡ ስለ ፡ ዝኸኑ ፡ ሐዲጎምዎም ፡ ከዱ ። ደሐር ፡
ግና ፡ ጕብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤል ፡ እቲ ፡ በዓል ፡ ጻዕዳ-ኸስ
ታን ፡ አትዩ ፡ ምስ ፡ ረአዮም ፡ ሰሕቡ ፡ አውጺኡ ፡ ንአይተ ፡ ላግርኒ ፡
ንቐሺ ፡ ሐይለ-አብኒ ፡ ንሀብተ-ገርግሽኒ ፡ « አብ ፡ ሎም ፡ በጺሕኩምዶ ፡
ንምንኪኤል ፡ ደሊኹምዎ ፧ » ይሉ ፡ ብጕራይ ፡ ንአይተ ፡ ላግርኒ ፡ ቐሺ ፡
10. ሐይለ-አብኒ ፡ ኸው ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ቐተሎም ። ንሀብተ-ገርግሽ ፡ ግና ፡ አብ ፡
ሰለፉ ፡ ምስ ፡ ወግአ ፡ « ሞይቱ ፡ » ይሉ ፡ ሐዲግዎ ፡ ኸደ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ ዘ
ልዕሉ ፡ ሰብ ፡ ረኺቡ ፡ ሐዊ ።

11. ካብዚ ፡ መዓልትዚ ፡ ሕጂ ፡ ደም ፡ ጸዐዘጋን ፡ ደም ፡ ክንሻን ፡ ብሓ
ደ ፡ ወሓዘ ፡ እሞ ፡ ሞቶምኒ ፡ ህይወቶምኒ ፡ ሓደ ፡ ኾነ ።

251. ምእታው ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዐዶም ።

1. ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብወርሒ ፡ ሐምለ ፡ መ
በል ፡ ዐሰርተው ፡ ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ስዒሮም ፡ ምስ ፡ አ





ጥፍኡ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ አትዮም ፡ ተቐመጡ ። እሞ ፡ ዐርቢ ፡ መዓልቲ ፡ 2.
ካብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ነቒሎም ፡ ዐዶም ፡ ክአትዉ ፡ ኸለዉ ፡ ክህናት ፡ ለብሾም ፡
ድባቦም ፡ መስቀሎም ፡ ሒዞም ፡ ተቐቢልዎም ። ሓደ ፡ ጻዕዳ ፡ መኸልበ
ት ፡ አተባህለ ፡ ክአ ፡ ሓገዘ ፡ ጽላል-አረንጓዲኦም ፡ ጌሮምዎ ፡ ነበሩ ።

ኸው ፡ ዘሎ ፡ ፈታዊን ፡ ጸላእን ፡ አብኦም ፡ አቶ ። ክንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ 3.
ድማ ፡ እቲ ፡ ሸዓ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንትርኩ ፡ ኸበርሩ ፡ ኸለዉ ፡
ድሕሪ ፡ ጕዳጕዲ ፡ ፈሪሆም ፡ ምስ ፡ ትርኩ ፡ ሀዲሞም ፡ ነበሩ ፡ ኸም ፡ ል
ጆ ፡ ኸሩረ ፤ ሕጂ ፡ ነሰም ፡ ብዕርቂ ፡ ናብ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦኦም ፡ አብ ፡ ራእ
ሲ ፡ አተዉ ።

በቲ ፡ ቕኔቲ ፡ ወጆም ፡ ደግያት ፡ መስፍን ፡ ክአ ፡ አብ ፡ ምስሬ ፡ ኸመ 4.
ሃሩ ፡ ኤሮምሲ ፡ አብ ፡ ሀገሮም ፡ ተመልሾም ፡ አብ ፡ አቦኦም ፡ መጹ ። ራ 5.
እሲ ፡ ኸአ ፡ « ንመስቀል ፡ መኹንን ፡ ወጆይ ፡ ክተስክር ፡ እየ ፡ » ይሎ
ም ፡ ንሀገር ፡ አወጁ ።

ብሸንት ፡ ቀሺ ፡ ሀብቱ ። 252.

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ነቲ ፡ ኸብዲ ፡ ዐ 1.
ዲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አሕርሾም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ « ግርሁ ፡ ኸርኢ ፡ » ይሎም ፡ ብ
ፈረስ ፡ አብ ፡ ዐዲ ፡ ያዕቆብ ፡ ከዱ ። ቀሺ ፡ ሀብቱ ፡ ኸአ ፡ በዓል ፡ ዛግር ፡ 2.
ካብ ፡ እንዳ ፡ እኖኦም ፡ ነበረ ፤ እሞ ፡ ደድሕሪ ፡ እቲ ፡ ፈረስ ፡ እናጕየ ፡ አ
ርከቦም ። ኸው ፡ ራእሲ ፡ « ነሽኻ ፡ ንብሸንት ፡ እምበር ፡ ንኽህነት ፡ አይተ 3.
ውሀብኻን ፡ » ይሎም ፡ ጕራዲኦም ፡ ሂቦም ፡ ብሸንት ፡ መረቑሉ ።

ቀሺ ፡ ሀብቱ ፡ ኸአ ፡ ኻብዚኣ ፡ ሕጂ ፡ ዘማታይኒ ፡ ቐታላይኒ ፡ ኾነ ። 4.

ተባሪ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ። 253.

እቶም ፡ ካብዚ ፡ ሞትዚ ፡ ዝማለቑ ፡ ደቒ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ መብገዞሖ 1.
ም ፡ ንትግራይ ፡ ሀደሙ ፡ ገለ ፡ ኸአ ፡ ንባሕሪ ። ከምኡ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡
ፋሕ ፡ የሉ ።

2. ግራዝማች ፡ ባህታ ፡ እቶባህለ ፡ ኸአ ፥ ከብ ፡ ዐዲ ፡ በላዕ-ቊማል ፥ ሐ
ሽከሮም ፡ ንደግያት ፡ ሃይሉ ፥ እብ ፡ ዐዲ ፥ እብ ፡ መዝብር ፥ ንደግያት ፡ ሃ
3. ይሉን ፡ ንስደርአምኒ ፡ ቀብሬ ፡ ገበረሎም ። ሽዉ ፡ ናብቲ ፡ ቀብሬ ፡ ኽም
ዚ ፡ ዝብል ፡ ድጕዓ ፡ ተደጕዔ ፤

እሬ ፥ ናይ ፡ ሀዘጋ ፡ ሰማዕኩ ፡ ጕዶም ፤
ምቕታል ፡ መኳንንቲ ፡ መን ፡ እልመዶም ፤
ወዲ ፡ ሰበይትዶ ፡ ይኸኣ ፡ በዓል ፡ ደም ፤

4. ሬሳ ፡ ደገዝማቲ ፡ ድማ ፡ ቕድም ፡ እብ ፡ ወኪ-ድባ ፡ ተቐብረ ፤ ደሐ
ር ፡ ግና ፥ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ተእሰሩ ፥ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ድማ ፡
ዐዶም ፡ ምስ ፡ ተመልሱ ፡ ሀገር ፡ ምስ ፡ ተጣየሰ ፥ ነዕጽምቲ ፡ ደግያት ፡ ሃ
ይሉ ፡ ኻብ ፡ ወኪ-ድባ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አግዓዝዎ ።

254. ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ መጺ ።

1. መስቀል-ብሩቕ ፡ ከአ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፥ እዚ ፡ ኸሎ ፡ ምስ ፡ ሰም
ዑ ፥ እብ ፡ ሐማሴን ፡ መጺ ። እይተ ፡ ገረ-ማርያምኒ ፡ እይተ ፡ ወልደ-ገብ
ሪኤልኒ ፡ ብላታ ፡ ገረ-መድህንኒ ፡ ኽምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልኦት ፡ ሐያሎ ፡ ኻ
ብ ፡ ዐበይቲ ፡ ጸዐዘጋ ፡ መራሕቲ ፡ ኹይኖም ፡ ነበሩ ።
2. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፥ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ንወዶም ፡ ተስከር ፡
ክንብሩ ፡ ተቛጺሮም ፡ ከለዉ ፥ እብ ፡ መንገኡ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ሰምዑ ።
ሽዑ ፥ ጌና ፡ መዓልቲ ፡ ቌጸርአም ፡ ከይበጽሔ ፥ ተሎ ፥ ስዕዶ-ስዕዶ ፡ ይሎ
ም ፡ ጕዷዮም ፡ ገበሩ ። ደሐር ፡ ዘሎ ፡ ሰበምኒ ፡ ፈታዊአምኒ ፡ እኪበም ፥
3. መገዲ ፡ ዋራ ፡ ሕጆም ፡ ሀደሙ ። ሽዑ ፥ እብ ፡ ኢራ ፡ ምስ ፡ በጽሑ ፥ ት
ኪ ፡ ረአዩ ፤ እሞ ፥ ራእሲ ፡ ኸአ ፡ መንጸሮም ፡ እልዒሎም ፥ « ሕጅስ ፡ ዐ
4. ዱና ፡ ተተኹሰ ፥ » የሉ ። ክብኡ ፡ ተቓላጢፎም ፡ ንሐልሐለ-ብጕስ ፡ ተ
ሳገሩ ።





ንጉስ ፡ ከአ ፥ ከርከብዎም ፡ ይሎም ፥ ንሀዘጋ ፡ እንዲዶም ፥ ደጅሕሬ 5.
እም ፡ ስዒበም ፡ ክሳዕ ፡ ጕልጕል ፡ ዕመር ፡ እቶባህለ ፡ ምድሪ ፡ ብሌን ፡ በ
ጽሑ ። ክብኡ ፡ ተመልሾም ፡ እብ ፡ ጕራዕ ፡ ሰፈሮም ፡ ከለዉ ፥ ንደግያት ፡ 6.
ተሰማ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ኢማም ፡ ድግዝማንት ፡ ሂበም ፥ ንእምኒ ፡ ንሸለ
ቃ ፡ እላን ፥ ንሐማሴን ፡ ክገዝኡ ፥ እብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ሐዲጎምዎም ፡ ን
ትግራይ ፡ ተመልሱ ።

መንግስቲ ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ። 255.

ድሕርዚ ፡ ኸአ ፥ ደግያት ፡ ተሰማን ፡ ሸለቃ ፡ እላን ፡ እብ ፡ ዐድ-ተኽ 1.
ላይ ፡ ሐግዮም ፥ እብቲ ፡ ኽረምቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሰራዊት ፡
ሰዲዱሎም ፥ ክዋግእዎም ። ባዕሎም ፡ ከይመጺ ፡ ግና ፥ ብፍንጣጣ ፡ ሐሚ
ሞም ፡ ተረፉ ። እብ ፡ ክንድኦም ፡ ንብላታ ፡ ተስፉ ፡ ወዲ ፡ ነጸራይ ፥ በዓ 2.
ል ፡ ሕምብርቲ ፥ ሐለቓ ፡ ጌሮም ፥ ብትሕቲኦም ፡ ከአ ፡ እኒ ፡ ባሻይ ፡ ደባ
ስ ፥ ባሻይ ፡ ተስፉ ፥ ባሻይ ፡ ሀብቱ ፡ ኹይኖም ፥ ንሐማሴን ፡ ለኣኽዎም ።
ደግያት ፡ ተሰማን ፡ ሸለቃ ፡ እላን ፥ ምምጻእ ፡ እዚኦቶም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፤ 3.
ብዙሕ ፡ ሰራዊት ፡ ስለ ፡ ዘይነበሮም ፥ ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ንጉስ ፡ ከይ
ሕገዙ ፥ ንጉስ ፥ ንርእሶም ፡ ክዋግኡ ፥ ንዐዶም-ሓራ ፡ ኽይዶም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፥
ስለዚ ፥ ሐዲጎምሎም ፡ ንትግራዮም ፡ ተመልሱ ። ብድሕሪኦም ፡ ብሽም ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብላታ ፡ ተስፉ ፡ ዓመት ፡ ዝእክል ፡ ምቕማጥ ፡
ራእሲ ፡ ኹይኖም ፡ ዐራት ፡ ሓዙ ። ሀገር ፡ ከአ ፡ ብዘመተን ፡ ብተሰርን ፡
ጠፍኤ ።

ፈተውቲ ፡ ዐድ-ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ዘበሉ ፡ ኸአ ፥ እኒ ፡ እይተ ፡ ገረ-ስ 5.
ላሰ ፡ ወዲ ፡ እይተ ፡ እስገዶም ፥ ክንቲባ ፡ ናሽሕ ፡ ወዲ ፡ ኽንቲባ ፡ ልጃ
ም ፥ ደቂ ፡ ኽንቲባ ፡ በኺት ፥ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሐያሎይ ፡ ካልኦት ፡ ንትግራ
ይ ፡ ሰዓቡ ። እብ ፡ ብመላእ ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ከአ ፡ ጕበሳ ፡ ወዲ ፡ 6.
እይተ ፡ ወልደ-ገብሪኤልኒ ፡ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ እይተ ፡ ንጉሰን ፡

ብትሕቲ ፡ እንዳ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አዘዝቲ ፡ ኰይኖም ፡ ነበሩ ። አብ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ድማ ፡ ኸንቲባ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ወዲ ፡ ጋብር ፡ ኪ ብ ፡ ዐዲ ፡ ኽፍሎም ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጓል-ጓሎም ፡ ጓል ፡ ወዘሮ ፡ ውባ ፡ ሂበም ፡ አዛዝን ፡ ናዛዝን ፡ ጌሮምዎ ፡ ነበሩ ።

7. ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ባዕሎም ፡ አብ ፡ ሐልሐል ፡ ሰፊሮም ፡ አብቲ ፡ ጕልጕል ፡ ትሕቲ ፡ ዐዲ ፡ ገብሻ ፡ ጽቡቕ ፡ ስቕሎ ፡ ንቤቶም ፡ ዝኸውን ፡ አስርሑ ፤ እሞ ፡ አብኡ ፡ ኸተሙ ።

56. ጥዑም-እዝጊ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አተወ ።

1. ሽዑ ፡ እዋን ፡ እዩ ፡ ጥዑም-እዝጊ ፡ እቲ ፡ ፍሉጥ ፡ ዋጣ ፡ ደግያት ፡ ሃይሉ ፡ ሐልሐል ፡ ከይዱ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝአቶ ።
2. ቀደም ፡ ነሱ ፡ ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ሰፊሮም ፡ ከለዉ ፡ ደቒ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ሸፊቶም ፡ አብ ፡ ሐልሐለ-በጕስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ አቛናጺቡ ፡ ረአዮም ፤ እሞ ፡ ንዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡
3. ሰሓሎም ። እቲ ፡ መዋጥይቱ ፡ ኸአ ፡

« ሕታ | ጽባሕ : ክይትኽነካ : ዐባይ : ሰጓል | »

ይሉ ፡ መዓዶ ።

4. ጥዑም-እዝጊ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ሐልሐል ፡ አብ ፡ ራእሲ ፡ አትዩ ፡ ክረ ን ፡ ገመድኒ ፡ ሕጁ ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ደረሰ ፤

« እኖትሲ : ኻሬ : መቑረጽየ |
እኖትሲ : ገመድ : መሕነቕየ | »

5, 6. የለ ። ራእሲ ፡ ኸአ ፡ « በሎ ፡ በሎ ፤ አነ ፡ ሐው ፡ ተመርጺ ፡ » የሉ ። ጥዑ ም-እዝጊ ፡ ኸአ ፡





« ይስበረኒ |
ይሸናጭረኒ |
ከምዚ : ደሞ : ዝኾን : መሸሉኒ |
ይውረየካ : እሎ : ጕሚጻ | »

ይሉ ፡ ደረሰሎም ። ሽዑ ፡ ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ስሒቖም ፡ መሓርዎ ። 7.
በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ጕሚጻ ፡ አውጽኦሎም ። 8.

ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ሰፈሩ ። 257.

አብ ፡ መንግኡ ፡ ድማ ፡ ሐጺይ ፡ ዮሀንስ ፡ ንራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ናብ ፡ 1.
ሐማሴን ፡ ሰደድዎም ። ሽዑ ፡ ነሶም ፡ ከአ ፡ ሰራዊት ፡ ሰዲዶም ፡ ብቕነ ፡ 2.
ቐውዒ ፡ ኽሳዕ ፡ ዐዲ ፡ ንእምን ፡ አገዘመትዎ ። ካብኡ ፡ ሐጋይ ፡ ምሉእ ፡
አጸቢቖም ፡ ተዳለዉ ፤ ደሐር ፡ ብዐየት ፡ ባዕሎም ፡ ከቲቶም ፡ አብ ፡ ሐማ
ሴን ፡ መጹ ። እቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ምምጻእ ፡ 3.
ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ አብ ፡ ጕይትኦም ፡ ተመልሾም ፡ ወረ
ዱ ፤ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ኸአ ፡ መጺኦም ፡ ቤት ፡ ምኻኢ ፡ ሰፈሩ ።
አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ኸአ ፡ « ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹኹም ፡ » እ 4.
ንተልዎም ፤

« ሓነ : እባ : ጋባ |
ሓነ : ይመጽ : እምበር | ይመጸንዶ | »

ይሎም ፡ ፈኸሩ ። አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ኸአ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ ወዲ ፡ 5.
ብላታ ፡ ገረ-መድህን ፡ ብሽም ፡ ጸዐዘጋ ፡ « ንዑ ፡ አይንዋጋእ ፤ ካብኡ-ኻ
ብኡ ፡ ንሕና ፡ ብሰላም ፡ ዐድና ፡ እንእቱ ፡ መሰለኛ ፡ እምበር ፤ ምስ ፡ ወል
ደንኪኤል ፡ ንዋጋእ ፡ ይልና ፡ አይሓሰብናን ፡ » ይሉ ፡ አመተሎም ። ነሶ 6.
ም ፡ ግና ፡ « ትም ፡ በል ፡ አይትፍራህ ፤ ብሐቕዶ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምሳ
ይ ፡ ዝዋጋእ ፡ ዝኽእል ፡ ይመስለካ ፤ » ይሎም ፡ ነታ ፡ ዘረብኡ ፡ አቛና
ጸብዎ ።

258. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ መጹ ።

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ ወረ ፡ ምጉዓዝ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ም
ስ ፡ ሰምዑ ፡ ዘሎ ፡ ሰራዊቶም ፡ አኪቦም ፡ ዝወሰኹ ፡ ወሳሲኾም ፡ ተሰዓ
ሉ ። ኸዑ ፡ «ቆብዚ ፡ አሎዉ ፡» ክይተባህለ ፡ ጥራይ ፡ ክርንሸም ፡ በጽሑ ።
2. ንሰራዊቶም ፡ ነሎ ፡ «አይትፈኸሩ ፡ አይትጩድሩ ፡ አይትዥረቡ ፤ አብኣ ፡
ኸሎ ፡ መታን ፡ ሐደጋ ፡ ኽንወድቆ ፡» የልዎም ።
3. ድሕርቲ ፡ ሰኑይ ፡ ንግሆ ፡ ብገስጋስ ፡ ከብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ምስ ፡ ተ
በገሱ ፡ ሓደ ፡ ሰብኣይ ፡ በዓል ፡ ዐጀኹሎም ፡ «ላለ ፡ ላለ ፡ ላለ ፡ ላለ ፡»
የለ ። እቶም ፡ ሰባት ፡ ድማ ፡ «ትም ፡ በል ፡ ትም ፡ በል ፡» የልዎ ። ራእ
4. ሲ ፡ ግና ፡ «ሕደግዎ ፡ ይግበር ፡» የሉ ። ኸዑ ፡ እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ከምዚ ፡
ይሉ ፡ መልእ ፤

«ሰኑየ-ሰኑይ ፡ ሰኑይ ፡ ወኽ-ድባ ፤
ድራርይ ፡ ትኽልእ ፡ ምሳሕ ፡ ሂባ ፤»

5. ራእሲ ፡ ኸአ ፡ እዚኣ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ «አጆኻ ፤ በቕሊ ፡ ኽሀበኻ ፡» ይ
ሎም ፡ አተስፈውዎ ።

259. ውግእ ፡ ቤት ፡ ምኻእ ።

1. ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ድማ ፡ ምምጻእ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ርግጽ ፡
2. ምስ ፡ ፈለጡ ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ብታህዋኽ ፡ ሰበም ፡ አኽተቱ ። ራእስ ፡ ወ
ልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ አንጊሆም ፡ ብዐድ-ንፋስ ፡ አቢሎም ፡ ንቤት ፡ ገርግ
ሽ ፡ ጺጋም ፡ ጌሮም ፡ ጸሓይ ፡ ሐዚሎም ፡ መንጎ ፡ አስመራን ፡ ቤት ፡ ምኻ
እን ፡ ገጠሙሎም ። አብኡ ፡ ሰኑይ ፡ መዓልቲ ፡ ብወርሒ ፡ ጉምበት ፡ በዓ
ል ፡ ቅዱስ ፡ ምንኪኤል ፡ ተዋግኡ ።
3. ኸዑ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ዝባን ፡ ፈረስ ፡ ኮይኖም ፡ ክ
ፍኹሩ ፡ ኸለዉ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-አብ ፡ አብ ፡ ማእከል ፡ ሰልፊ ፡ አትዩ ፡





ንአም ፡ ዝደለዩም ፡ ንፈረሶም ፡ ተሆሹ ፡ አውደቖ ። እንተኾነ ፡ ስድራ ፡ 4.
ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክደፍኡ ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፡ እቶም ፡ አብኡ ፡ ዝነበ
ሩ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡

ተመን ፡ ዝርኤ ፤
ብልሕጺ ፡ ተጻሕበ ፤

ከም ፡ ዝበሀል ፡ ነሳቶም ፡ ቅድሚ ፡ ኸሎ ፡ ሀደሙ ። ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ አ 5.
ብቲ ፡ ውግእ ፡ ሞቱ ፤ ምስአም ፡ ድማ ፡ ብዙሓት ፡ መኳንንቶምን ፡ ወት
ሀደሮምን ፡ ናብኡ ፡ ወደቹ ። አይተ ፡ ገረ-ኣላሰ ፡ ኸአ ፡ በዓል ፡ ጸዕዳ-ኽስ
ታን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አስገዶም ፡ ምስአም ፡ አብ ፡ ኩናት ፡ ውዒሎም ፡
አብኣ ፡ ሞቱ ። ዘይተማረኸ ፡ ኹብ ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ንትግራይ ፡ 6.
ሀደመ ። ——

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ «ንኾሎ ፡ እዚ ፡ ሬሳታት ፡ ብጀኻ ፡ 7.
ናይ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ቅበርዎ ፡» ይሎም ፡ አወጁ ። ሬሳ ፡ ራእስ ፡ ባር
ይኡ ፡ ግና ፡ ድራር ፡ አዛብእ ፡ ክኸውን ፡ ገደፍዎ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 8.
ል ፡ እዚ ፡ ዝገበሩ ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ቐደም ፡ ንወዲ ፡ ሐብቶም ፡ ንባሕ
ር-ነጋስ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ቐቲሎም ፡ አይቀበርዎምን ፤ እሞ ፡ ሕነ ፡ ወዲ ፡
ሐብቶም ፡ ክፈድዩ ፡ ይሎም ፡ እዮም ። እንተኾነ ፡ ወጆም ፡ ደግያት ፡ መ 9.
ስፍን ፡ ነቡኡ ፡ ኽየስምዔ ፡ ሐቢኡ ፡ ብለይቲ ፡ ነቲ ፡ ኹብ ፡ አዛብእ ፡ ዝተ
ረፈ ፡ ሬስኣም ፡ ቀበሮ ።

ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ። 260

ራእሲ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ እቲ ፡ ውግእ ፡ አብ ፡ እምባ-ደርሆ ፡ ሰፊሮም ፡ 1.
ኔሮም ፤ ደሓር ፡ ግና ፡ መራጉዝ ፡ ከይዶም ፡ ማዕድያ ፡ እትባሀለት ፡ ዐዲ ፡
ኸረሙ ። ኩብኡ ፡ ሐያሎ ፡ ወትሀደሮም ፡ ክሳዕ ፡ ዐደርባዕተ ፡ ወረሩ ፤ ሰ
ብ ፡ ዓድዋ ፡ ኸአ ፡ ፈሪሆም ፡ ሕምጅቕጅቕ ፡ ይብሉ ፡ ነበሩ ። ድሕርዚ ፡ 2.
መስቀል-ብራቕ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።

3. በተ ፡ እዋንተ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዘመሩሎም ፡ ከምዚ ፡
ይሎም ፤

ወዲ ፡ ሰለሙኝ ፡ በዓል ፡ ነፍስ-ዕዳ ፤
ቀታል ፡ ሽሬ ፡ ምስ ፡ ኩኹብ-ልዳ ፤
ዐሰርቲ ፡ ነጋሪት ፡ ዐስራ ፡ ቓንዳ ፤
ሕውደቖካዮም ፡ ሉብዛ ፡ ዐባይ ፡ ሜዳ ።

4. ከምኡ ፡ ኸአ ፡ ትርኩ ፡ ነዚ ፡ ኸሎ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፡ ተሐኾሹ ፡ ሓደ ፡
ጋማ ፡ ራእስ-ወርቂ ፡ ገበሀል ፡ ንራእሲ ፡ ገበቕዕ ፡ ሰደደሎም ።
5. በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ኸአ ፡ ንቤተኸስያን ፡ ሀዘጋ ፡ ኸሕደስዎ ፡ ጀመሩ ።
6. ከምኡ ፡ ድማ ፡ ሽዑ ፡ ንርእሶም ፡ ሓደ ፡ ጽቡቕ ፡ ቤት ፡ ሰርሑ ። ነቶም ፡
ጉደብታቶም ፡ ከአ ፡ ንሚናበ-ዘርኣይ ፡ ብዘሎን ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልአ
ት ፡ « ንዑ ፤ ንዐደይ ፡ እዐምሩለይ ፤ » ይሎም ፡ ብጉጂ ፡ ናብ ፡ ሀዘጋ ፡ አ
7. ኸብዎም ። ሽዑ ፡ ድማ ፡ ንሐፃሎ ፡ መኼንንቲ ፡ ገኸውን ፡ አባይቲ ፡ « ስ
ርሑ ፤ » ይሎም ፡ ንብሐማሴኑ ፡ አዘዝዎ ።

261. ሰርቂ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ንጉስ ።

1. ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ከአ ፡ ሞት ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብ
ኡብኡ ፡ ናብ ፡ መኻኖም ፡ ንሸሊቃ ፡ አሉ ፡ ርእስንት ፡ ሸይሞም ፡ ተኸኡ
2. ሎም ። ሽዑ ፡ ራእስ ፡ አሉ ፡ ኻብ ፡ ዐደምሓራ ፡ ንትግራይ ፡ መጺኦም ፡ ን
ኹናት ፡ ራእስ ፡ ባርይኡ ፡ ኸሎ ፡ ናብኦም ፡ አኸብዎ ። ከምኡ ፡ ድማ ፡
ብዙሕ ፡ ሰራዊት ፡ አኪቦም ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክዋግእዎም ፡ ደ
ለዩ ።

3. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብዙ
ሕ ፡ ጩንቖም ። እብ ፡ ዐዶም ፡ ብዙሕ ፡ ሰራሕ ፡ ነበሮም ፤ ካብ ፡ ሐማሴን ፡
ገጠቅም ፡ ሐገዝ ፡ ክይረኽቡ ፡ ሽዑ ፡ ጥሜት ፡ ወረደዎም ፡ ነበረ ፤ ከም ፡
ቀደሞም ፡ ካብ ፡ ትርኩ ፡ ሐገዝ ፡ ክይሳገዩ ፡ ኸአ ፡ ትርኩ ፡ ሸላ ፡ ይሉ ፡





ርእዩዎም ፡ ነበረ ። በዚ ፡ ምኽንያትዚ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ የማን ፡ 4.
እንተበሉ ፡ ጺጋም ፡ ላዕሊ ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፡ ታሕቲ ፡ መገምጠሊ ፡ ሰአኑ ።
ሽዑ ፡ « ጥበብ ፡ ረኽብኩ ፤ » ይሎም ፡ ልኡኻት ፡ እብ ፡ ራእስ ፡ አ 5.
ሉ ፡ ንትግራይ ፡ ሰዲዶም ፡ ንራእስ ፡ አሉ ፡ « ምስ ፡ ንጉስ ፡ ኩዶ ፡ ዕረቑ
ኒ ፤ » ይሎም ፡ ለመንዎም ። ራእስ ፡ አሉ ፡ ኸአ ፡ ነቶም ፡ ልኡኻት ፡ ጽቡ 6.
ቕ ፡ ጌሮም ፡ ተቐቢሎም ፡ « ይኹን ፡ እምበይ ፤ ምንታማ ፡ ከፊኡ ፤ ድን
ቂ ፡ ድንቂ ፤ » ይሎም ፡ መለሱሎም ። ሽዑ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ በ 7.
ዚ ፡ ምላሽዚ ፡ ተሐኾሾም ፡ ብቕን ፡ ታሕሳስ ፡ « ክዕረቕ ፡ እየ ፤ » ይሎም ፡
እብ ፡ ራእስ ፡ አሉ ፡ ንትግራይ ፡ ከዱ ፤ እሞ ፡ ምስኦም ፡ እብ ፡ አኸስም ፡
ተራኸቡ ። ራእስ ፡ አሉ ፡ ኸአ ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐቢልዎም ፤ « በሉ ፤ አነ ፡ ኸ 8.
ስንየኹም ፤ እብ ፡ ንጉስውን ፡ ብደሐን ፡ ከእትወኹም ፤ እንታብኡውን ፡
ብደሐን ፡ ንገዛኹም ፡ ክመልሰኩም ፡ እየ ፤ » ይሎም ፡ ተመሓሐሉም ፤
ብሐንሳእ ፡ ተተሓሒዞም ፡ እብ ፡ ንጉስ ፡ ንዐደምሓራ ፡ ኸዱ ።
ንጉስ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ደብረ-ታቦር ፡ ሰፊሮም ፡ ነበሩ ፤ እሞ ፡ ንራእስ ፡ 9.
ወልደንኪኤል ፡ ብብሩሀ ፡ ገጽ ፡ ተቐቢልዎም ፤ ከም ፡ ብሐቆም ፡ « ምሒ
ረኪ ፡ አሎኹ ፤ » ይሎም ፡ ድማ ፡ ተስፋ ፡ ሃብዎም ። ሽዑ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ 10.
ወልደንኪኤል ፡ ተሐኾሾም ፡ ንዐዶም ፡ ከምለሱ ፡ ኸለዉ ፤ ብቕድሚ
እም ፡ ሐጸይ ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ አዘዙ ፤ « ነቲ ፡ ርእስንትኻ ፡ ቅድሚ ፡ ሎ
ም ፡ ናይ ፡ ትርኩ ፡ ነይሩ ፡ እዩ ፤ ደጊም ፡ አነውን ፡ አይከልአኽን ፤ አብኡ ፡
ኸሎ ፡ ይጥበቓልካ ፤ » ይሎም ፡ መረቑሎም ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ « ግዝኣት ፡
መረብ-ምላሽ ፡ ብትሕቲ ፡ ራእስ ፡ አሉ ፡ እሀበካ ፡ አሎኹ ፤ » ይሎም ፡ አ
ዛናግዕዎም ። በዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እልል ፡ ይሎም ፡ ወጹ ። 11.
ይተኻእ ፡ ይለቀብ ፤ ብድሕሪኦም ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ አሉ ፡ ተማ 12.
ሳጢሮም ፡ ከልእ ፡ ምኽሪ ፡ ገበሩ ።

262. ፉሕብትን ፡ ሰራዊት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1. በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከም ፡ ቃሎ
ም ፡ ብደሐን ፡ እብ ፡ ንጉስ ፡ አብጽሕዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብሰላምኒ ፡
2 ብሐጉስኒ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ንጉስ ፡ አውጽእዎም ። « ዐድኹምውን ፡ ክብጽ
ሐኹም ፤ ከማኡውን ፡ ዘይእዘዝ ፡ እንተህሉ ፡ ላብቱ ፡ ወሰነ-ወሰን ፡ ክነግዝ
እ ፡ » ይሎም ፡ ምስአም ፡ ተተሓሕጆም ፡ መጺኦም ፡ እብ ፡ ጉራዕ ፡ ሰፈሩ ።
3 እብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ውሽጢ ፡ ምኽሮም ፡ ም
ስ ፡ ሐጸይ ፡ ክፍጽምዎ ፡ ደልዮም ፡ ከምዚ ፡ ይሎም ፡ ጀመሩ ፤ « በሉ ፤
ሐጊዝስ ፡ እንሆ ፤ ሀገርኩም ፡ በጺሕኩም ፡ ኢኹም ፤ ደጊም ፡ ዘሎ ፡ ሰራይት
ኩምን ፡ ብረትኩምን ፡ አክቡ ፡ ኢኹም ፡ እ'ክትትዎ ፤ ከማኡውን ፡ ተተ
4. ሓሒዝና ፡ ላብዙ ፡ መትሕት ፡ ክንከይድ ፡ » የልዎም ። ራእስ ፡ ወልደንኪ
ኤል ፡ ድማ ፡ ወዲ ፡ ሐንተ-ልባ ፡ በዚ ፡ ዘረባዚ ፡ ተአቢዮም ፡ ዘሎ ፡ ሰራ
ዊቶም ፡ ብሐንቲ ፡ እዋን ፡ « እቶ ፡ » ይሎም ፡ እ'ክተትዎ ። እቶም ፡ ሽዑ ፡
ዝኸተቱ ፡ ሰድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ንቶም ፡ እብኡ ፡ ዝነበሩ ፡ ብ
5. ዙሓት ፡ ሰድራ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኸም ፡ ዝበዝሕዎም ፡ መሰለ ። ክብኡ ፡ ራ
እስ ፡ አላ ፡ ተሐኾሾም ፡ ንቶም ፡ ሰድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ነአድ
ዎም ፤ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ብብዙሕ ፡ ተስፋ ፡ አሐጉስዎም ። ድሕርዚ ፡ ንም
ድሪ ፡ መትሕት ፡ ክዘምቱ ፡ ሰደድዎም ፤ እብ ፡ ምድሪ ፡ በጉስ ፡ መንሳዕ ፡
6. ሰምሃር ፡ ፉሕ ፡ አበልዎም ። ገለ ፡ ሒደን ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ ወልደ
ንኪኤል ፡ እብቲ ፡ ሰፈር ፡ ተረፉ ። ንቶም ፡ ገላዉ ፡ ርእሶም ፡ ግና ፡ ራእ
ስ ፡ አላ ፡ ናብ ፡ ጥቕአም ፡ አጽንሕዎም ።
7. ብዛዕባዚ ፡ እዩ ፡ ዋጣ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ዝ
ደረሰሎም ፤

እንታይ ፡ አእተወካ ፡ ናብ ፡ ሞትን ፡ ሰንሰለትን ፤
ወትሀደርዎ ፡ ይሉ ፤ « አይዋጋእን ፡ አይመውትን » ፤





ንስናደርካ ፡ ዘበልካዮ ፡ ፋሕብትን ፤
ክተረክብ ፡ ክትስእን ፡ ዘይትፍችን ።

ክንቲብ ፡ ሃይሉ ፡ መስከር ፡ ይሕዙ ። 263.

ዮሐር ፡ ብኡብኡ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንኸንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ 1.
ገብራይ ፡ ወዲ ፡ ሐወቦኦም ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ « አጆኻ ፡ ቃሕ ፡
አይበልካ ፡ ክሰዶ ፤ ብገኽኑ ፡ ሽመት ፡ አበኻ ፡ ኽተርፍ ፡ እዩ ፡ » የልዎም ።
ክንቲብ ፡ ሃይሉ ፡ ኸአ ፡ ንጸዐዚጋን ፡ ንቶም ፡ ጸላእቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደ 2.
ንኪኤል ፡ ዝኸኑን ፡ « ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክኸሶ ፡ እየ ፡ እሞ ፡ ገሌ
ኹም ፡ መስከር ፡ ገሌኹም ፡ ሐበልቲ ፡ መስከር ፡ ኩንኩም ፡ ደግፉኒ ፡ »
ይሎም ፡ ዘርዎም ። ንሳቶም ፡ ከአ ፡ « ብሰማይኬ ፡ ትረድ ፤ እንታይ ፡ ደ
አ ፡ ኽነልዕል ፡ ዘይንድግፈኩም ፤ » የልዎም ። ሽዑ ፡ ኽንቲበ ፡ ሃይሉ ፡ 3.
መስከሮም ፡ አዳላዲሎም ፡ ሓዙ ።

ግቢ ፡ ጸላእቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ። 264.

ሓደ ፡ መዓልቲ ፡ ኸአ ፡ ፊተውራሪ ፡ ገብረ-እብኒ ፡ ገብረ ፡ ወዲ ፡ አ 1.
ይተ ፡ ተኸላይኒ ፡ መርእድ ፡ ወዲ ፡ ዕቍብ-እብኒ ፡ ሐያሎ ፡ ኻልእትኒ ፡ ኸ
ጋለሉ ፡ ኸለዉ ፡ መስመር ፡ እተባህለ ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ገብራይ ፡ መማኽር
ቶም ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ክመ-ሐደርኩም ፡ የሎም ። ንሳቶም ፡ ከአ ፡ « ክመ- 2.
ሐደርካ ፡ መስመር ፤ ንዓ ፡ ኸፍ ፡ በል ፡ » የልዎ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ እቲ ፡ ዘረብ
ኦም ፡ ፈሊጥዎ ፡ አሎ ፡ እሞ ፡ « ብናተይ ፡ ዝመጽስ ፡ እንታይ ፡ ግዱ ፡ ስ
ኢንኩም ፤ እብ ፡ ዝአቶኹምዎ ፡ ጕድጓድ ፡ እአቱ ፡ እየ ፤ ግበሩ ፡ ደአ ፡
ሕጅስ ፡ በቕሊ ፡ ጠፊአትኒ ፡ አላ ፡ እሞ ፡ እብቲ ፡ ዘስመርኩምዎ ፡ ምሳኹ
ም ፡ እየ ፡ » ይልዎም ፡ በቕሉ ፡ ኽደሊ ፡ ሐለፈ ።
ክይፈለጠ ፡ ኸአ ፡ እብታ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ብንዊሕ ፡ ከለዉ ፡ 3.
እብ ፡ መንጽር ፡ ኩይኖም ፡ ክፍ ፡ ይሎምዋ ፡ ዘለዉ ፡ መኻን ፡ መጺ ። ም 4.

ስ ፡ ረአዮም ፡ ከአ ፡ « ጥዕና ፡ ይሃበለይ ፡ ጐይታይ ፡ » የሉም ። ራእሲ ፡
ድማ ፡ « ከሙሐደርካ ፡ መስመር ፡ » የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ « በቹሊ ፡ ጠፊ
ኣትኒ ፡ እያ ፡ እሞ ፡ ተሀዊኸ ፡ ኹይን ፤ ጥዕና ፡ ይሃበለይ ፤ ከድኩ ፡ » የሉ
5\. ም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « እቶም ፡ አብቲአ ፡ ኸፍ ፡ ይሉም ፡ ዘለዉ ፤ እሞ ፡ ከ
ሙሐደርኩም ፤ ይልከዎም ፡ ዝሐለፍካ ፤ እኒ ፡ መን ፡ እዮም ፡ መስመር ፤ »
የልዎ ። ነሱ ፡ ኸአ ፡ መታን ፡ ከማፋፍአም ፡ « አበይ ፡ ጐይታይ ፤ ተሀዊ
6\. ኸ ፡ አይርኤኹዎምኒ ፡ » የሉም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ኪድ ፡ ደአ ፤

ኣነ ፡ ወልዱ ፤
ኣነ ፡ አባ ፡ ቅጣው ፤
ኣነ ፡ ሐው ፡ ተመርጻ ፤

እንኳይ ፡ ስብእንትኩም ፡ እቲ ፡ እትመኸርዎ ፡ ዘሎኹም ፡ እኺ ፡ አፈልጠ ፡
አሎኹ ፤ ንወልደንኪኤል ፡ እዚ ፡ ንበሎ ፡ እዚ ፡ ንግበሮ ፡ እዩ ፡ » የልዎ ።
7\. መስመር ፡ ከአ ፡ « አነስ ፡ አይፈልጥኒ ፡ ጐይታይ ፡ » ይልዎም ፡ ሐሲፉ ።

## 265. ማእሰርቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።

1\. ደሐር ፡ መስቀል ፡ መዓልቲ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡
2\. አጸውዕዎም ። እቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከአ ፡ « ጐይታ
ይ ፡ በሊዖም ፡ ይኺዱ ፤ መአዲ ፡ እዩ ፡ » የልዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ንቕ
ድመይ ፡ እንዳ ፡ ራእሲ ፡ እምሳሕ ፡ » ይሉም ፡ « ንኺድ ፡ ደአ ፤ ተጸዊዔ ፡
እየ ፡ » የሉ ።
3\. አብ ፡ አጀበባይ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ምስ ፡ መጺ ፡ ኸአ ፡ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡
ተቐሪቦም ፡ ጸኒሖም ፡ « ተማሒጺን ፡ አሎኹ ፡ » የልዎም ። ራእሲ ፡ ኸአ ፡
4\. « እንታይ ፡ ክትብለኒ ፡ » የልዎም ። « እንታይኪ ፡ ዘይብለኩም ፤ በዝን ፡
ምስ ፡ ንጉስ ፡ ትዕረቑ ፡ በትን ፡ ድማ ፡ እናፍጥትኹም ፡ አብ ፡ አድባራት
ኒ ፡ ናብ ፡ ባጽዕኒ ፡ መሸፈቲ ፡ ኸኽንኩም ፡ ትሐብኡ ፡ አሎኹም ፤ ሐሶት ፡
እንተልኩም ፡ ክረችዕ ፤ እማን ፡ እንተልኩም ፡ ገበን ፡ ንጉስ ፡ አሎኩም ፡ » —





የልዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ሐሶት ፡ » የሉ ። « ዋሕስ ፡ ግበሩ ፤ እሞ ፡ ክረች 5.
ዕ ፡ » የልዎም ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ተወሓሰኒ ፡ አከላ ፡ » የሉ ። እቶም ፡ ራእ
ስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝረኸሕዎም ፡ ሰባት ፡ ከአ ፡ ገጽ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ርእ
ዮም ፡ « አይከአለናን ፡ » የሉ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ እታ ፡ ን 6.
ገ[…]አለልዮምዋ ፡ « መን ፡ ደአ ፡ እሞ ፡ ኸወሓሰኒ ፤ አብ ፡ ጨርቀይ ፡ »
የሉ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ « ሐዘ ፡ » የሉ ፤ እሞ ፡ መቑሕ ፡ አልበስ
ዎም ።

ኸዑ ፡ ኸንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ « እግዚአብሄር ፡ የርእዮም ፡ ክርስቶስ ፡ የ 7.
መልክቶም ፤ ራእሰ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እዚ ፡ ሕጂ ፡ አኪብምዎ ፡ ዝነበሩ ፡
ብረት ፡ ርበዖ ፡ እኺ ፡ አይኸውንኒ ፤ ምስ ፡ ንጉስ ፡ ዕርቂ ፡ አሎኒ ፡ ክብ
ሉ ፡ እናፍጥቶም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ በበዐቶን ፡ አብ ፡ ደጀብሩን ፡ አብ ፡ ባጽ
ዕኒ ፡ ኸሰዱ ፡ ተረኺቡ ፡ » ይሉም ፡ ጠርዑ ። ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ከ 8.
አ ፡ « ሐሶት ፤ አይወዓልክዎን ፡ » የሉ ። ንሶም ፡ ከአ ፡ « ተረትዑ ፡ » ይ
ሉም ፡ አመስከሩሎም ። ራእስ ፡ አላ ፡ ድማ ፡ « እዚ ፡ እናገበርኩም ፡ ዲ
ኹም ፡ እትዕረቑና ፤ ቀጥ ፡ አቢልካ ፡ እሰሮም ፡ » የሉ ። ኸዑ ፡ ኸንቲባ ፡ 9.
ሃይሉ ፡ « እኒሀ ፡ ጐይታይ ፤ ንበረኸት ፤

ሰማይኒ ፡ ዝበጽሕ ፡ መንጐድጓ ፤
ምድርን ፡ ዝንስስ ፡ ዳልግእ ፤ »

የልዎም ።

በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተአስሩ ። — ድሕሪ ፡ ማእሰ 10.11
ርቶም ፡ ድማ ፡ ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንደጃዝማት ፡ መስፍን ፡ አሰር 12.
ዎምኒ ፡ ገበትዎምኒ ። ድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ በበንእሽቶይ ፡ ነቶም ፡ መኳንን
ቶም ፡ አምሰምሲሎም ፡ አብ ፡ መቑሕ ፡ ለበድዎም ። ንልጆ ፡ ሃይለመ
ለኮት ፡ እኺ ፡ « ንእሽቶይ ፡ እዩ ፡ » ይሉም ፡ አይሐደግን ።

266. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ።

1. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ምስ ፡ ደቆም ፡ አ
2. ሳሲሮም ፡ እብ ፡ ንጉስ ፡ ሰደድዎም ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ከሳዕ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡
ዝመጹ ፡ ብዐይን-ቄረኛ ፡ ሐለውዎም ። ደሐር ፡ ንራእስ ፡ አላን ፡ ራእስ ፡
ወልደንኪኤልን ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ ደው ፡ አቢሎም ፡ አማጒትዎም ።
3. ሽዑ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ « ብዘይ ፡ በደል ፡ እየ ፡ እተአሰርኩ ፡ »
የሉ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ « ብበደል ፡ እቢ ፡ ዘሎኺ ፡ ነፍጥን ፡ ወርቅን ፡
አጽዋርኒ ፡ ናብ ፡ ፍቅዳ ፡ በዐቲ ፡ ደርዲርከዮ ፡ እንተ ፡ ዘይከነ ፡ እወሐስ ፡ ሰ
4. ለስተ ፡ ኸሳድ ፡ » ይሎም ፡ አውረዱሎም ። በዚ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ ወልደን
ኪኤል ፡ ደፊሮም ፡ « አግብእ ፡ » ከይብሉ ፡ ኩብዲ ፡ ንጉስ ፡ ፈሊጦም ፡ ገ
ን ፡ የሉ ።
5. ንጉስ ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ « ሀይወተይ ፡ ይፍታሕ
ካ ፡ » ይሎም ፡ ፈሪዶም ፡ እብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ፡ ሰቐልዎም ።



IX.

# ዳሕራይ ፡ ዘንታ ፡ ሐማሴን ።

ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ። 267.

ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ጕራዕ ፡ መጺኦም ፡ ገለ ፡ ቕሩብ ፡ አዋር 1.
ሕ ፡ እብ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ተቐመጡ ፤ ደሐር ፡ ግና ፡ ንብላታ ፡ ገብሩ ፡ ም
ቕማጥ ፡ ሐዲጎም ፡ ንዐዶም ፡ ከዱ ። ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎ
ስ ፡ ሰፈሩ ።
በዚ ፡ ግዚዚ ፡ ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ እተባህለ ፡ ጨወቻይ ፡ በዓል ፡ ተ 2.
ማጅላ ፡ ሓደ ፡ ፍሉጥ ፡ ጅግና ፡ ግልያ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሸፊቱ ።
ንኡ ፡ ኸአ ፡ ሐያሎ ፡ ቅንኢት ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ዝነበሮም ፡ ሰዓ
ብዎ ። ሽዑ ፡ ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ሓደ ፡ ናቶም ፡ ብላታንጌታ ፡ ሀብቱ ፡ እተብ 3.
ሀለ ፡ ንሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኽዋግኡ ፡ ሰደዱሉ ። ብመዓልቲ ፡ ዐርቢ ፡ ና
ብ ፡ ዐደብ-ዝሐንስ ፡ ተዋግኡ ፤ እብኡ ፡ ብላታ ፡ ሀብቱ ፡ ሞተ ፡ ሃይሉ ፡
ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኸአ ፡ ሰዓረ ።
ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ብኡ-ብኡ ፡ ን 4.
ጽብሒቱ ፡ ብመዓልቲ ፡ ቸዳም ፡ እብ ፡ ጓል-ሕምብርቲ ፡ ተዋግእዎ ፡ እሞ ፡

5. ሰዓርዎ፟ ። ኸው ፡ ሃይሉ ፡ ዐዲ፟ ፡ ባሮ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ ኸከ፟ቲ ፡ ሀዲሙ ፡ ናብ ፡
በዐ፟ቲ ፡ እቶ ። እብኡ ፡ ኸሎ፟ ፣ ሒያ፟ሎ ፡ ሰባት ፣ ክሕዝዎ፟ ፣ ሰዓብዎ፟ ፤ ነሱ፟ ፡
6. ኸአ ፣ እና፟ተኾ፟ሰ ፣ ሰለስተ ፡ ሰብኣይ ፡ አውደቖ፟ሎም ። ብድሕርዚ ፣ ከም ፡
ዘይ፟ኸነሎ፟ም ፡ ምስ ፡ ረአዩ ፣ ሒዲጎምዎ ፡ ኸዱ ። ብላ፟ታ ፡ ገብሩ ፡ ግና ፣ አ
ብ ፡ በዐ፟ቲ ፡ ተሐቢኡ ፡ ኸም ፡ ዘሎ፟ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፣ ንሒማቱ ፡ ልኢኹም ፣
« ይሒን ፣ አጆ፟ኻ ፤ እቶ ፣ » ይሎም ፡ አምጽእዎ፟ ።
7. ኸው ፣ አብ ፡ ዳዕሮ-ቓውሎስ ፡ ምስ ፡ መጸ ፣ ቈራርጮም ፡ ደርበይዎ፟ ።

268.

## ግዝኣት ፡ ራእስ ፡ አላ፟ ።

1. እዚ ፡ ምስ ፡ ኮነ ፣ ራእስ ፡ አላ፟ ፡ መጹ ፤ አብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ናብቲ ፡ ሰፈር ፡
2. ዋኸሹም ፡ ገብሩ ፡ ዝነበረ ፡ መኸን ፡ ከረሙ ። ካብኡ ፡ ብቕን ፡ ቐውዒ ፡
ብምድረ ፡ ሀንሰባ ፡ አቢ፟ሎም ፡ ንኹሎ፟ ፡ መትሕት ፡ ከሳዕ ፡ በጕስ ፡ ዘመት
ዎ፟ ። ድሕርዚ ፣ ተመልሾም ፣ አብ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ሰፈሮም ፣ ቅሩብ ፡ ጸኒሖም ፡
3. ንትግራዮም ፡ ከዱ ። አብኡ ፡ ሐግዮም ፡ ደሐር ፡ ብቕን ፡ ዐየ፟ት ፣ ናይ ፡ ባ
ሕሪ ፡ እኸሊ ፡ ብዝእትወሎ፟ ፣ አብዚ ፡ መጹ ፤ አብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ ከረሞ
4. ም ፡ ድማ፟ ፡ መስቀል-ብሬ፟ቕ ፡ ንትግራይ ፡ ተመልሱ ። ካብቲ ፡ ወርሓትቲ ፡
ሕጂ ፡ ራእስ ፡ አላ፟ ፡ ናብ ፡ ሐማሴን ፡ ከለው ፣ አብ ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ ጥሬ
ይ ፡ ይሰፍሩ ፡ ነበሩ ። ከረምቲ-ኸረምትን ፡ አብዚ ፣ ሐጋዩ-ሐጋይኒ ፡ ንት
ግራይ ፡ እና፟ተማላለሱ ፣ ሐሙ፟ሽተ ፡ ዓመት ፡ ዝአኸ፟ል ፡ አብኡ ፡ ኸተ፟ሙ ።
5. ነሶ፟ም ፡ ትግራይ ፡ ብዝኸዱሉ ፡ እዋ፟ን ፡ ከአ ፡ ብላ፟ታ ፡ ገብሩ ፡ ምቕማ፟
ጥ ፣ ይሐድጉ ፡ ነበሩ ። ብላ፟ታ ፡ ገብሩ ፡ ድማ፟ ፡ ቕድ፟ም ፡ አብ ፡ ዳዕሮ-ቓው
ሎስ ፡ ይቕ፟መጡ ፡ ኔሮም ፣ ደሐር ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ሀዘ፟ጋ ፡ ሰፈሩ ።

269.

## እቜዛዝማ ፡ ደቂ፟ ፡ መሓረ ።

1. በዚ ፡ ወርሓትዚ ፡ ናብ ፡ ደቂ፟ ፡ መሓረ ፡ ድምበዛን ፡ ሓደ ፡ ዘስሕቕ ፡
ነገር ፡ ኮነ ።





ድሕሪ ፡ መዓልቲ ፡ ሰኑይ ፡ አንስቲ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ናብ ፡ ብሀገሩ ፡ ተዘር 2.
ጊሒን ፡ ሞት ፡ አሕዋተንኒ ፡ ሰብኡተንኒ ፡ ደቐ፟ንኒ ፡ በኸየን ፡ ነበራ ፤

« መዓልቲ ፡ ሰንየ ፤
ከም ፡ ደቂ፟ ፡ እ፟ነይ ፡ ኩንየ ፤ »

ይለን ፡ ቈዘ፟ማ ። ድሕርዚ ፣ ሓደ ፡ እዋ፟ን ፡ አንስቲ ፡ ደቂ፟ ፡ መሓረ ፣ « አቜ 3.
ዛዝማ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ንላ፟መድ ፣ » ይለን ፡ ተአኻኸባ ። ኸው ፣ ከበኸያ ፡ ኸሎ፟ዋ ፡
ሰብኡተን ፡ መትሪ ፡ ኔሮም ፡ አተዉ ። ነሳ፟ቶም ፡ ድማ፟ ፣ አንስቶም ፡ ከበኸ 4.
ያ ፡ ምስ ፡ ጸንሕአም ፣ « መንን ፡ ከን ፡ መይታ ፡ ኹይና ፤ » ይሎም ፣ ከይ
ሐተቱ ፣ መጺአም ፣ ገጽም ፡ መሲጦም ፡ እና፟ዘሩ ፣ « ሐብተየ ፣ ሐብተየ ፤ »
እና፟ሉ ፣ በኸዩ ። ወየ፟ን ፡ አንስቲ ፡ ኸአ ፣ ሰብኡተን ፡ መጺአም ፡ ከመልጡ 5.
ን ፡ ከበኸዩን ፣ ምስ ፡ ረአያ ፣ ከይሐተታ ፣ እና፟ንጸያ ፣ እና፟መለጣ ፣ ሐመድ ፡
እና፟ተኸድና ፣ እና፟ዘራ ፣ « በጃ፟ኹም ፣ በጃ፟ኹመ ፣ » እና፟ላ ፣ ነቲ ፡ ዝደለይ
አ ፡ ቈዘ፟ማ ፡ ጸዐዘ፟ጋ ፡ ሐዲገን ፡ ብናይ ፡ ዐደ፟ን ፡ ጌረን ፡ በኸያ ።
ካብኡ ፡ ተአኻኺቦም ፡ ብኸይ ፡ ምስ ፡ ሐደሩ ፣ ሰብኡትኒ ፣ « ሐንቲ ፡ 6.
ኻብ ፡ አንስትና ፡ መይታ ፣ » ይሎም ፣ አንስትን ፣ « ሓደ ፡ ኻብ ፡ ሰብኡት
ና ፡ መይቱ ፣ » ይለን ፣ ኸው ፡ እቶም ፡ ሰብኡት ፡ ጕድጓድ ፡ ኵዒቶም ፡
ምስ ፡ አእከሉ ፣ « በላ ፣ ሃብና ፡ እታ ፡ ሬሳ ፣ » የልዎ፟ን ። ነሳ፟ተን ፡ ከአ ፣ « ዬ ፤ 7.
ንሕና ፡ ገለ ፡ ኻብኹም ፣ ነብሪ ፡ ዶኸን ፡ ነሲ፟ኡሎ፟ም ፡ ኩይኑ ፣ የልና ፤ እን
ዶዒ ፤ ንሕናስ ፡ ሬሳ ፡ ነይብልና ፣ » የልአም ። ነሳ፟ቶም ፡ ከአ ፡ « ንሕናስ ፡
ከትበኸያ ፡ ጸናሕክናና ፤ እሞ፟ ፣ ገለ ፡ ዶኸን ፡ መይታቶ፟ን ፡ ኩይና ፣ የልና ፤
እንዶዒ ፤ ንሕናስ ፡ እቶ፟ጕድአና፟ ፡ ነይብልና ፣ » የሉ ። ካብኡ ፣ « አላ፟ ፣ ተ 8.
ኸ፟ል ፡ መዓልቲ ፡ እዩ፟ ፡ እዚ ፤ ድማ፟ ፡ ሎም ፡ መስሓቕ ፡ ሀገር ፡ ኮንና ፤ ድብ
ሕ ፣ አላ፟ ፤ ዘይ፟ወግ፟ሕ ፡ ለይቲ ፡ እዩ፟ ፡ እዚ ፣ » ይሎም ፡ ጕሃዩ ። ደሐር ፡ ግ 9.
ና ፡ ሓደ ፡ ጥበብ ፡ ተጣበበ ። ገለ ፡ ኻብአም ፣ « በሉ ፤ ሰብ ፡ ከይ፟ጸርፈና፟ስ ፣
ሬሳ ፡ እዩ፟ ፡ ይልና ፣ ሓደ ፡ ጕንዲ ፡ ገንጅና ፡ ንቕበር ፤ መን ፡ ቀሊዑ ፡
ኸይ፟ርእዩ ፤ » የሉ ። በዚ ፡ ሕራይ ፡ ተበሃሂሎም ፡ ጕንዲ ፡ ቐበሩ ።

10. ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ኸምቶም ፡ ቀዳሞት ፡ ገዛእቲ ፡ ነሰም ፡ ገአመን
ዎ ፡ ሓደ ፡ ዓቀይታይ ፡ ፈረሰኛ ፡ ገበሀል ፡ አብ ፡ ነፍስ-ወከፍ ፡ ዐዲ ፡ ጭ
11. ቃ ፡ ዘለዎ ፡ ኸነ ፡ ምስለኔ ፡ ሓደ ፡ ሓደ ፡ የቐምጡ ፡ ነበሩ ። ከብቶም ፡ ሰ
ብ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፡ ኸአ ፡ ገለ ፡ « ሂ ፡ በሉ ፤ እዚ ፡ አብዚ ፡ ዘሎ ፡ ፈረሰይ
ና ፡ ናይ ፡ ዐዲ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ እንተ ፡ ነገረለናኼ ! » የሉ ። « ንኡስ ፡ አ
ቕራሽ ፡ ዘይንበ ፤ እሞ ፡ አይትንገረልና ፡ ዘይንብሉ ! » ይሎም ፡ ቱረጹ ።
12. ኸሙ ፡ ነቲ ፡ ጕንዲ ፡ ምስ ፡ ቀበሩ ፡ ተአኻኺቦም ፡ ክይዶም ፡ « በል ፡ ጐ
ይታና ፤ ንሕና ፡ እንሆ ፡ በዚ ፡ እቕረልጠ ፡ ጸገም ፡ ንሕና ፡ አልዒልና ፡
ጕንዲ ፡ ቐበርና ፤ እሞ ፡ ዕቑብኻ ፡ ኸይትንግረልና ፤ እንካ ፡ ኸአ ፡ እዚኡ
13. ን ፡ ዕስራ ፡ አቓርሽ ፡ » የልዎ ። እቲ ፡ ፈረሰኛ ፡ ኸአ ፡ ክይፈለጠ ፡ ኔሩ ፡
« እንታይ ፡ እዩም ፡ ዝብልዎ ! » ይሉ ፡ « አቓዩ ፡ በዥኻትኩም ፤ አርቢ
ሓትኩም ፡ እሞ ፡ ጽወዩኒ ፤ ሽቡ ፡ ነገራትኩም ፡ ክትገብሩ ፡ » የሎም ። ነ
14. ሳቶም ፡ ከአ ፡ ዝገበርዎ ፡ ኹሉ ፡ ነገርዎ ። ደሐር ፡ ነሱ ፡ ብሰሓቕ ፡ ሕልቕ ፡
ይሉ ፡ « አነ ፡ ወረይ ፡ ደአ ፡ ትምእምእኒ ፡ እምበይ ፡ ዕስራ ፡ ቕርሽትኩ
15. ም ፡ ነይደሊ ፡ » ይሉ ፡ አበዮም ። ድሕርቲ ፡ ወዮ ፡ ፈረሰኛ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡
ዐድ-ተኸላይ ፡ ሰፈሮም ፡ ክለዉ ፡ ናብአም ፡ ክይዱ ፡ ብዛዕባዚ ፡ አውረ
የሎም ።
16. ከብኡ ፡ ጀሚሩ ፡ ኽሳዕ ፡ ለሚ ፡ ደቂ ፡ መሓረ ፡ መስሓቒ ፡ ኹይኖ
ም ፡ አለዉ ።

270. ሽፍትነት ፡ በረምበረስ ፡ ክፈል ።

1. በረምበረስ ፡ ክፈል ፡ እተባህለ ፡ ወዲ ፡ ጕሩር ፡ በዓል ፡ ደምበላስ ፡
ከአ ፡ ነበረ ፡ ሰብአይ ፡ ጥሩ ፡ ሰብአይ ፡ ኳሎም ፡ ንራእስ ፡ ወልደንኪኤል ።
2. ነሱ ፡ ኻብ ፡ ብላቓ ፡ ገብሩ ፡ ሽፈቱ ፡ ናብ ፡ ትርከ ፡ አቶ ፤ እንተኸነ ፡ ትር
ከ ፡ ዕርቂ ፡ ምስ ፡ ሐጸይ ፡ ደልዩ ፡ አሰሮ ። በረምበረስ ፡ ክፈል ፡ ግና ፡ ን
ማእሰርቱ ፡ አፍቲሑ ፡ ከብ ፡ ትርከ ፡ ሀዲሙ ፡ በረኻ ፡ ወረደ ።





ከብኡ ፡ ብኽረምቲ ፡ ሃይሉ ፡ ዐዲ ፡ ባሮ ፡ ኻብ ፡ ዝመወት ፡ አብ ፡ ሰ 3.
ለስተ ፡ ዓመቱ ፡ አባ ፡ ገብረ ፡ እተባህሉ ፡ ፈላሲ ፡ ንኽፈል ፡ ሕጀምዎ ፡ ና
ብ ፡ ደብሪ ፡ እንዳ ፡ ስላሰ ፡ ሐኹሩ ። ድሕርዚ ፡ እቶም ፡ ፈለስቲ ፡ ንኽፈ 4.
ል ፡ « በሉ ፤ ንሕናስ ፡ ሓዲግናልኩም ፡ አብ ፡ ስደትና ፡ ኸንከይድ ፡ » የ
ልዎ ። አባ ፡ ገብረ ፡ ግና ፡ « አይትስደድዎም ፡ እዞም ፡ ሰብ ፡ ጠንቂ ፤ ገ
ለ ፡ ነገር ፡ ክምጽኡ ፡ እዮም ፡ » የልዎ ። ክፈል ፡ ግና ፡ አይክልአምኒ ። ሽ 5.
ዑ ፡ እቶም ፡ ፈለስቲ ፡ ኻብኡ ፡ ወጺኦም ፡ ዐድ-ተኸላይ ፡ መጺኦም ፡ ከ
ብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ሰራዊት ፡ ሕጆም ፡ ክይዶም ፡ ንኽሳውዲ ፡ ጻዕዳ-እምባ ፡
ሓዞሉ ። ድሕርዚ ፡ አባ ፡ ገብረ ፡ ንኽፈልኒ ፡ ንስድርኡን ፡ እንተሎ ፡ ርአ 6.
ሶም ፡ ገመድ ፡ ለቓቒቦም ፡ ጸላእቶም ፡ ብዘይርአይዎም ፡ በቲ ፡ ጽኑዕ ፡ ጸ
ድፊ ፡ እናተወዘቡ ፡ ወረዱ ፤ እሞ ፡ ሀደሙ ። ድሕሪ ፡ ሐያሉ ፡ እዋን ፡ ከ 7.
አ ፡ እቶም ፡ ዓቀይቲ ፡ « ሕጅስ ፡ ሞይቶም ፡ ይኾኑ ፡ » ይሎም ፡ ሐኹሮ
ም ፡ እንተ ፡ ረአዩ ፡ እንኳይ ፡ ሰብ ፡ አቕሓ ፡ እኳ ፡ ግዕዚ ፡ ጸንሖም ።
በረምበረስ ፡ ክፈል ፡ ድማ ፡ ብሽፍትነት ፡ ጥራይ ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ጸ 8.
ንሐ ።

ንጉስ ፡ አብ ፡ ሸረጀቓ ፡ ሰፈሩ ። 271.

በዚ ፡ እዋንዚ ፡ አቢሉ ፡ ንጉስ ፡ ባዕሎም ፡ ከብ ፡ ትግራይ ፡ መጹ ። 1.
ራእስ ፡ አላ ፡ ናብዚ ፡ ጸኒሖም ፡ ተቓበበልዎም ፤ ንብላቓ ፡ ገብሩ ፡ ግና ፡ 2.
« መታን ፡ ከብ ፡ ትርከ ፡ ኽሳድ ፡ ክሕዝ ፡ » ይሎም ፡ አመስምሾም ፡ ንኸ
ረን ፡ ሰደድዎ ። ጥበቦም ፡ ብአውርኡ ፡ ንጉስ ፡ እንተ ፡ ረአይዎ ፡ ገጹ ፡
ፍትዊ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ክይወስዱሎም ፡ ይሎም ፡ እዮም ። ንጉስ ፡ ከአ ፡ ብ 3.
ጽልማ ፡ ምስ ፡ መጹ ፡ ብሕምብርቲ ፡ አቢሎም ፡ ብጸዐዘጋ ፡ ጌሮም ፡ ንሸረ
ጀቓ ፡ ምድሪ ፡ ሽማንጉስ ፡ ላዕላይ ፡ ሐሊፎም ፡ ገለ ፡ ቕሩብ ፡ አጥርሕ ፡
አብኡ ፡ ሰፈሩ ። – አብኡ ፡ ኽለዉ ፡ ልኡኽ ፡ እንግሊዝ ፡ አተዎም ። ሽ 4.
ዑ ፡ ምስ ፡ ደርቡሽ ፡ ክዋግኡ ፡ ውዑል ፡ ገበሩ ።

5. ብኡ-ብኡ ፡ ኸአ ፡ ንበዐቲ ፡ ጨዓረሺ ፡ ሐዊ ፡ እናአጕዱ ፡ አፍረስዋ ፡፡
6. ራእስ ፡ ወልደንከኤል ፡ ብዙሕ ፡ አቕሓ ፡ ምስ ፡ ሐለውቱ ፡ ናብታ ፡ በዐ
ቲ ፡ ሐቢኦም ፡ ነበሩ ፡፡ እቶም ፡ ሐለውቲ ፡ ኸአ ፡ « አሕሊፍና ፡ አይንሀ
ብኺ ፡ » ይሎም ፡ እናተታኾሱ ፡ ነቶም ፡ ዓቕይቲ ፡ ንጉስ ፡ ምእታው ፡ ከ
ልእዎም ፡፡ አማስያኦም ፡ ግና ፡ ጨኒቕዎም ፡ « ምሓሩና ፡ እምበር ፡ አቲ
7. ኹም ፡ ውሰዱ ፡ » የሉ ፡፡ ሽዑ ፡ ንጉስ ፡ ነታ ፡ በዐቲ ፡ « ምሕዳር ፡ ጕሓሉ ፡
ኸዩኸውን ፡ » ይሎም ፡ አፍረስዋ ፡፡

8. እዚ ፡ ጌሮም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለዉ ፡ ዐድ-ተኽላይ ፡ ሰፈር ፡ ራእስ ፡ አ
ላ ፡ ርእዮም ፡ « እዚ ፡ መኻንዚ ፡ ሕማቕ ፡ መኻን ፡ እዩ ፡ ንበሪ ፡ ዘይኸው
ን ፡ ንንጉስ ፡ ክኸውን ፡ አይግባእን ፡ ስለዚ ፡ ዝሐይሽ ፡ መኻን ፡ ሐሪኻ ፡
9. ስፈር ፡ » ይሎም ፡ አዘዝዎም ፡፡ ድሕርዚ ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ፡፡ ክብኡ ፡
ራእስ ፡ አላ ፡ ድማ ፡ « ክም ፡ ቃል ፡ ንጉስ ፡ ይኹን ፡ » ይሎም ፡ ሐርዮም ፡
አብ ፡ አስመራ ፡ ተቐመጡ ፡፡

272. ማእሰርቲ ፡ ደጃዝማች ፡ ተሰማ ፡፡

1. ንደጃዝማች ፡ ተሰማ ፡ ወዲ ፡ ደጃዝማች ፡ ኢማም ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ንርእሶ
ም ፡ ነቕፉ ፡ ጥራይ ፡ ይደልዩሎም ፡ ነበሩ ፡፡ ነሶም ፡ ግና ፡ ይትረፍ ፡ ክም ፡
2. አቦታቶም ፡ ግዝኣት ፡ ምስሌንነት ፡ እኳ ፡ አይረኸቡን ፡ ነበሩ ፡፡ አብ ፡ መ
3. ንጎዚ ፡ ድርቡሽ ፡ ብበረኻ ፡ መጺ ፡፡ ሽዑ ፡ ሐጀሉ ፡ ደቀቦ ፡ ተንሲኦም ፡
« ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ውዲት ፡ ጌሩ ፡ ንምሽፋት ፡ ይሓስብ ፡ አሎ ፡ » ይሎ
4. ም ፡ ብዘይወዓልዎ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኸሰስዎም ፡፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡
ናብ ፡ አስመራ ፡ ጸዊዖም ፡ አሰርዎም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ ሰላማ ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡
ወልደንከኤል ፡ ሰቐልዎም ፡፡ — —
5. አብ ፡ ግዝኣት ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ካብ ፡ ብሕጂ ፡ ጀሚሮም ፡ ልጅ ፡ ተኽ
ለሃይማኖት ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ አላን ፡ ደብብ ፡ እተባህለ ፡ ፈረሰኛ ፡ ራእስ ፡





አላን ፡ መስሌንነት ፡ ተኸለን ፡ ዐገባን ፡ ሕጆም ፡ ነበሩ ፡፡ ሽዑ ፡ ንእጆማት ፡ 6.
ተኽለሃይማኖት ፡ ክምዚ ፡ ደረሱሎም ፡

ዐራትኩም ፡ ፍጡር ፡ ካብ ፡ ቀደመ ፤
ወዲ ፡ ኸባጋይጎ ፡ ካብ ፡ ዐጋሜ ፡፡

እንተኾነ ፡ ሎሚ ፡ እቲ ፡ ኸበር ፡ ወለዶ ፡ ጥራይ ፡ እምበር ፡ ንሐበን ፡ ዝ
ኸውን ፡ ሽመት ፡ አይረኸቡን ፡፡

ኸፍትንት ፡ ደጃዝማች ፡ ሐድገምበሳ ፡ ደጃዝማች ፡ በዛብህ ፡፡ 273.

አብ ፡ መንጎዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ « ሚስ ፡ አብ ፡ ቤትካ ፡ ኸነ ፡ አብ ፡ መ
ርዓኻ ፡ ተስከርከ ፡ ኸነ ፡ አይትግበር ፡ ሚስ ፡ መስተ ፡ ንጉስ ፡ እዩ ፡ እም 1.
በር ፡ ማንም ፡ ክሰትዮ ፡ አይግባእን ፡ » ይሎም ፡ አወጁ ፡፡ ክብኡ ፡ ድሕ
ሪ ፡ እዚ ፡ አቐጅዚ ፡ ሐድገምበሳ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ንበዓልቲ ፡ 2.
ዐተማርያም ፡ ጓል ፡ እሸሓቕ ፡ ከእትዋ ፡ ኸሎ ፡ አብ ፡ መርዕኡ ፡ ሚስ ፡
አለኸ ፡፡ ብዙሓት ፡ ፈተውቱ ፡ « ሕደጉ ፡ » እናበልዎ ፡ ነሱ ፡ ግና ፡ « አይ
ኸውንኒ ፡ » ይሉ ፡ ገበረ ፡፡ በዚ ፡ ዘበንዚ ፡ ሽመት ፡ ዐድ-ተኽሉዛን ፡ አብ ፡
ክንቲባ ፡ ናሽሕ ፡ ነበረ ፡፡ ዐዲ ፡ ኸፍሎም ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ን 3.
ሐድገምበሳ ፡ ኸሰስዎ ፡፡ ነሱ ፡ ኸአ ፡ ክም ፡ እተኸሰ ፡ ርእዩ ፡ ንምድሪ ፡ ሐ
ባብ ፡ ዐዲ ፡ ሐማቱ ፡ ወረደ ፡፡ 4.

ክምኡ ፡ ኸአ ፡ በዚ ፡ እዋንዚ ፡ ባሀታ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ሐጐስ ፡ በዓ
ል ፡ ሰገነይቲ ፡ ንወዲ ፡ ራእስ ፡ አርአያ ፡ ቐቲሉ ፡ ናብኡ ፡ ንሐድገምበሳ ፡ 5.
ሰዓበ ፡፡

ድሕሪ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡፡ 274.

ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ንደጃዝማች ፡ ተሰማ ፡ ምስ ፡ አሰርዎም ፡ ንበረኻ ፡
ወሪዶም ፡ አብ ፡ ከሬት ፡ ጥቓ ፡ ኸሰላ ፡ ምስ ፡ ድርቡሽ ፡ ተዋግኡ ፡፡ ሽዑ ፡ 1.

2. ራእስ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ፤ እንተኸነ ፡ ብላታ ፡ ገብሩ ፡ ናብአ ፡ ሞቱ ። ራእሲ ፡
ኸአ ፤ ንድርቡኸ ፡ ድል ፡ ምስ ፡ ገበሩ ፤ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
3. ቅሩብ ፡ ቅድሚ ፡ እዚ ፡ እዋንዚ ፡ ጣልያን ፡ ብባጽዕ ፡ ወጺኦ ፡ ነበ
ረ ። ክብ ፡ ብኸዑ ፡ ሕጂ ፡ በብንእሽቶ ፡ ፍሕኹ ፡ እናለ ፤ ዕርድታት ፡ ሰር
4. ሑ ። ራእስ ፡ አላ ፡ ኸአ ፡ ናብቲ ፡ ዓመት ፡ ክረት ፡ ዘሎ ፡ ሰዐም ፡ ኣብ ፡ አ
ስመራ ፡ አኸቲቶም ፡ ወረዱ ። ኸዑ ፡ ብወርሒ ፡ ጥሪ ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ አ
ብ ፡ ተዳዕሊ ፡ ተዋግኡ ። ኣብኡ ፡ ኸአ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ሰዓሩ ፤ ክብ ፡ ጸጓ
ዲት ፡ ጥሩይ ፡ ክሳዕ ፡ ሽድሽተ ፡ ሚእቲ ፡ ዝአኽሉ ፡ ሞቱ ።
5. ኣብዚ ፡ ኸልተ ፡ ውግእ ፡ ልጅ ፡ ተኸለ-ሃይማኖትኒ ፡ ልጅ ፡ ተድላ ፡
ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ ንጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ሕጆም ፡ ምስ ፡ ራእስ ፡ አ
ላ ፡ ወዓሉ ።

275. ናርሽንት ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ።

1. እቲ ፡ ናብ ፡ ክሬት ፡ ክወርዱ ፡ ኸለዉ ፡ ምስ ፡ ድርቡኸ ፡ ክይተራኸ
2. ቡ ፤ መስቀል ፡ ክነ ። ክብቶም ፡ ስድራ ፡ ራእስ ፡ አላ ፤ ንጐይትእዎም ፡ እን
ቍ-ጣጣሽ ፡ ክብሉ ፤ ጠበንጃ ፡ ተኹሱ ። እቶም ፡ ምስ ፡ ራእሲ ፡ ዝነበሩ ፡
ሀዝቢ ፡ « ድርቡኸ ፡ መጺኡ ፡ » ይሎም ፡ ሀደሙ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ዓስራዩ ፡
3. ርእሶም ፡ ተረፉ ። እዚ ፡ ኹሉ ፡ ኸኸውን ፡ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ብሓደ ፡
ሸንኸ ፡ ሰልፊ ፡ ኹይኖም ፤ ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፤ « ፈለጋ ፤ ፈለጋ ፤ » እና
4. ሉ ፡ አይሀደሙን ። ራእሲ ፡ ቍሊሕ ፡ ቍሊሕ ፡ እንተሉ ፤ ኹሉ ፡ ሰብ ፡ ሀ
ዲሙ ፡ ረአዩ ፤ ብጀኸ ፡ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ። ኸዑ ፡ ናብኦም ፡ አተዉ ፤ አ
ብ ፡ ሰልፊ ፡ ኹሉ ፡ ምስ ፡ ሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ወዓሉ ።
5. ድሕርዚ ፡ ራእስ ፡ አላ ፡ ምስ ፡ ሰዓሩ ፡ ነቶም ፡ አዘዝቲ ፡ የልዎም ፡
« ንሀዘጋን ፡ ጸዐዘጋን ፡ ላም ፡ ሕረዱሎም ፤ ንኻልእ ፡ ግና ፡ አይትሃቡ ፤ »
የልዎም ።





ንጉስ ፡ ኣብ ፡ ሸሓጢ ፡ ንዥሉ ።

276.

ኣብቲ ፡ ዓመት ፡ ተዳዕሊ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ክም ፡ ብሐጅኸ ፡ መጺ ። 1.
ኸዑ ፡ ብሰሐርቲ ፡ አቢሎም ፡ ብቤት ፡ ምኻእ ፡ ጌሮም ፡ ዐዲ ፡ እኸ 2.
ሊ ፡ ናብ ፡ እትባህለት ፡ ምድሪ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ድንኳኖም ፡ ተኸሉ ። ክብ 3.
ኡ ፤ መረጸን ፡ ጌሮም ፡ ነዚ ፡ ጐልጐል ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ ክርእዩ ፡ ኸ
ለዉ ፤ ነቲ ፡ ስሩሕ ፡ አባይቲ ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ኣብ ፡ ሀዘ
ጋ ፤ ባዕባዕ ፡ ክብል ፡ ተራእዮም ። ኸዑ ፡ ንጉስ ፡ ንራእስ ፡ አላ ፤ « እዚ ፡ 4.
አባይቲ ፡ መን ፡ እዩ ፤ » ይሎም ፡ ሐተትዎም ። ንሶም ፡ ክአ ፤ « እንዳ ፡ ራ
እስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ እዩ ፤ ኣብ ፡ ሀዘጋ ፤ » ይሎም ፡ ነገርዎም ። ኸዑ ፡ 5.
ንጉስ ፡ ብኸሩ ፡ « እንዳ ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ ሽፍታ ፡ ኸሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ኸጸንሕ ፤
ክንደይ ፡ ዝንግዒ ፡ እዩ ፤ » ይሎም ፤ « ተሉ ፡ አፍርስዎ ፤ » የሉ ። በቲ ፡ 6.
እዋንቲ ፡ ምስ ፡ ፈረሰ ፤ አባይቲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ክሳዕ ፡ ሎም ፡
ዖንዩ ፡ አሎ ።

ድሕርዚ ፡ ንጉስ ፡ ክብ ፡ ዐድ-ንፋስ ፡ ብጊንዳዕ ፡ አቢሎም ፡ ንሰባር- 7.
ጉማ ፡ ወረዱ ፤ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ክዋግኡ ። ክብኡ ፡ እቶም ፡ ፈተውራርታ
ት ፡ ንንዐይለተ-ጉምሆት ፤ ዘማመቲ ፤ ክምኡ ፡ እኳ ፡ ሐያሎይ ፡ ክሳዕ ፡ ሙ
ማት-ቀሺ ፡ በጺሖም ፡ ነበሩ ። ኸዑ ፡ ግና ፡ ብለይቲ ፡ ጣልያን ፤ ክብ ፡ ዕር 8.
ዲ ፡ ሸሓጢ ፡ ርኺት ፡ እትባህለ ፡ መብራሀቲ ፡ ንላዕሊ ፡ እናሰደደ ፤ እን
ተ ፡ ኣብርሀሎም ፤ ንጉስ ፡ ብማዕዶ ፡ ተሸቢሮም ፤ « ዕርቂ ፡ ጌረ ፤ » ይሎ
ም ፤ ኢመስምሽም ፡ ንዐዶም ፡ ተመልሱ ።
ብኡ-ብኡ ፡ ዐዶም ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ኸአ ፡ ወዶም ፡ ራእስ ፡ አርአያ- 9.
ስላሰ ፡ ሞቶም ።

277. ሞት ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ።

1. ድሕሪዚ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ምስ ፡ ደርቡሽ ፡ ክዋግኡ ፡ ደልዮም ፡ ራእ
ስ ፡ አሉላ ፡ ኸቲቶም ፡ ምቕማጦም ፡ ግና ፡ ደግያት ፡ ሃይለ-ስላሴ ፡ ዝበሃሉ ፡
ትግራዋይ ፡ ሓዲጎም ፡ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ንትግራይ ፡ ከይዶም ። ሽዑ ፡ ኸ
አ ፡ ልጅ ፡ ተኽለሃይማኖትን ፡ ኸንቲባ ፡ ሃይሉን ፡ ብኸተት ፡ ምስ ፡ ራእ
ሲ ፡ ኸዱ ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ኸንቲባ ፡ ናኽሕ ።
2. ድሕሪቲ ፡ ኸአ ፡ ንጉስ ፡ ንኸሎ ፡ ሰራዊቶም ፡ አኪቦም ፡ አብ ፡ መተ
3. ማ ፡ ወረዱ ። አብኡ ፡

ጸሓይ ፡ ብንሰመ ፡ አበሰና ፡ ግሽም ፤
ሰኑ ፡ ክፉ ፡ ቀን ፡ አልመሽም ፤

ክም ፡ ኢተባህለ ፡ ንደርቡሽ ፡ ክስዕርዎ ፡ ምስ ፡ ቀረቡ ፡ ሐጸይ ፡ ብዒረር ፡
ተወግኡ ። ሽዑ ፡ እቲ ፡ ሰራዊት ፡ ኸሎ ፡ ተገልፈጠ ፡ ንጉስ ፡ ከአ ፡ መገ
4. ዲ ፡ ሞቲ ። ራእስ ፡ አርአያ ፡ ኸአ ፡ ነቲ ፡ ሬሳ ፡ ሒዞም ፡ ክምለሱ ፡ ኸለ
ዉ ፡ ደርቡሽ ፡ ሙማት ፡ ሐጸይ ፡ ሰሚዑ ፡ ገስጊሹ ፡ አርኪቦም ። ነሶም ፡
5. አብኡ ፡ ሞቱ ፡ ሰቦም ፡ ነቲ ፡ ሬሳ ፡ ንጉስ ፡ አውዲቆሞም ፡ ኸዱ ። ሐያ
ሉ ፡ መኳንንቲ ፡ እንተሎ ፡ ራእስ ፡ አሉላ ፡ ሀዲሞም ፡ ሀዮም ፡ ኢተወ ።

278. መኳንንቲ ፡ ሐማሴን ፡ አብ ፡ ኢጣልያ ፡ ኢተወ ።

1. በረምበረስ ፡ ክፉል ፡ ከአ ፡ ብኡብኡ ፡ ጣልያን ፡ ምስ ፡ ወጺ ፡ አብኡ ፡
አትዮም ፡ ነበሩ ። ጣልያን ፡ ከአ ፡ ደግዝምንት ፡ ሂቡ ፡ ሐለቓ ፡ ምንዳ ፡
2. ጌርዎም ፡ ነበረ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ድሕሪ ፡ ተጻዕሊ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ
ን ፡ ደግያት ፡ ባህታን ፡ ክብ ፡ ሐባብ ፡ መጺኦም ፡ አብ ፡ ጣልያን ፡ ኢተወ ።
3. ድሕሪዚ ፡ ራእስ ፡ አሉላ ፡ ንትግራይ ፡ ምስ ፡ ከዱ ፡ ዐበይቲ ፡ ሐማሴን ፡
4. ተተማራሪሖም ፡ አብ ፡ ባጽዕ ፡ ወረዱ ። ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ እቲ ፡ ፈ
ረሰኛ ፡ ናይ ፡ ራእስ ፡ አሉላ ፡ የዋርዮም ፡ ነበረ ፡ አብ ፡ ርእሲኡ ፡ ኸአ ፡ አ





ቡማታው ፡ ኢተባህለ ፡ ብገዝአ ፡ ሐሽከሮም ፡ ደንዕቆምኒ ፡ የጣቕስዎምኒ ፡
ነበረ ፡ እዋ ፡ ክምዚ ፡ ዝኸዱ ፡ ምስ ፡ ራእሲ ፡ ነቐሉ ፡ እንተኸነ ፡ ሸዓ ፡ ግ
ልብጥ ፡ ይሉዎም ፡ አብ ፡ ጣልያን ፡ ኢተወ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ጸዐዘ 5
ጋ ፡ ልጅ ፡ ጕብሳን ፡ ልጅ ፡ ንጉሰን ፡ ደቂ ፡ አይተ ፡ ገረማርያም ፡ ኢተው
ም ። ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ወዲ ፡ ልጅ ፡ ክሳ ፡ ካብ ፡ ጓል ፡ ደግያት ፡ ንጉሰ ፡ 6
ወዲ ፡ አይተ ፡ ገረጻድቕ ፡ ዝወለደ ፡ ተምቤን ፡ ኔሩ ፡ ካብኡ ፡ ኸሀፍፍ ፡
መጺኡ ፡ ጸዐዘጋ ፡ አቶ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ክፉል ፡ ብኸረን ፡ አቢሎም ፡
ንጸዐዘጋ ፡ ኸዘምቲ ፡ ጸንሕዎ ። ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ተሐቢኡ ፡ ሐደረ ፡
ንጽብሒቱ ፡ ግና ፡ ገስጊሹ ፡ ንባጽዕ ፡ ወረደ ። ካብ ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፡ ኸአ ፡ 7.
ደግያት ፡ ተስፋማርያምኒ ፡ ልጅ ፡ በየነ ፡ ወዲ ፡ ልጅ ፡ ብሩን ፡ ሽዑ ፡ ና
ብ ፡ ጣልያን ፡ ኢተወ ። ክምኡ ፡ ኸአ ፡ በበዐዱ ።
ደግያት ፡ ክፉል ፡ ከአ ፡ ኻብ ፡ ከረን ፡ ንሐማሴን ፡ ክዘምቱ ፡ እንተ ፡ 8.
መጹ ፡ ደግያት ፡ ሃይለ ስላሴ ፡ ብገምሪ ፡ ፈረሆም ፡ ንመራጕዝ ፡ ከዱ ። ብ 9.
ድሕሪኦም ፡ ደግያት ፡ ደበብ ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ አርአያ ፡ ቀዲሞም ፡ ካብ ፡ ሐ
ጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ደሐር ፡ ድማ ፡ ኻብ ፡ ጣልያን ፡ ሸፊቶም ፡ ኤሮም ፡ ሽዑ ፡
ኻብ ፡ እገላ ፡ አስመራ ፡ ኢተወ ። ንስደራ ፡ ራእስ ፡ አሉላን ፡ ብሽም ፡ ራእ
ስ ፡ አሉላ ፡ ንስደራ ፡ ጣልያን ፡ ብሽም ፡ ጣልያን ፡ መሸሉም ። ሽዑ ፡ ደግያ
ት ፡ ክፉል ፡ ከአ ፡ ንኸረን ፡ ተመልሱ ። ድሕሪዚ ፡ ደግያት ፡ ደበብ ፡ ም 10.
ስ ፡ ደግያት ፡ ሃይለ-ስላሴ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ለጎ ፡ ብቕኑ ፡ ጸም ፡ አርብዓ ፡ ተዋግ
ኡ ። አብኡ ፡ ደግያት ፡ ሃይለ-ስላሴ ፡ ሞቱ ። ድሕሪዚ ፡ ደግያት ፡ ተላ-ዒብ ፡ 11.
ኸአ ፡ ምቕማጥ ፡ ንጉስ ፡ ዝነበሩ ፡ ናብ ፡ ትግራይ ፡ ክረድኡ ፡ መጹ ። ሽ
ዑ ፡ ግና ፡ ንጉስ ፡ አብ ፡ መተማ ፡ ምስ ፡ ደርቡሽ ፡ ተዋጊኦም ፡ ሞቱ ። ደ
ግያት ፡ ተላ-ዒብ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ወሬዚ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ « ንመን ፡ ደአ ፡ እ
የ ፡ ዝዋግአሎ ፡ » ይሎም ፡ ብኡብኡ ፡ ተመልሱ ። ሽዑ ፡ ደግያት ፡ ደበ 12.
ብ ፡ ደድሕሪ ፡ ደግያት ፡ ተላ-ዒብ ፡ ኸይዶም ፡ « ኢሱራት ፡ እንተ ፡ ፈታሕ
ኩ ፡ እየ ፡ ዝሽየም ፡ » ይሉም ፡ ተጸናጺሖም ፡ ነቶም ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ አበ ፡

ሰላማ ፡ ዝነበሩ ፡ እሱራት ፡ እንዳ ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤልን ፡ ደጊያት ፡ ተ
13. ሰማን ፡ ከምኡ ፡ ድማ ፡ ኻልኣት ፡ ኣብኡ ፡ ንዝነበሩ ፡ ፈቲሕዎም ። ካብ
ኡ ፡ ደጊያት ፡ ተሰማ ፡ ተሎ ፡ ይሎም ፡ ኣብ ፡ ጣልያን ፡ ኣተዉ ። ከምኡ ፡
ድማ ፡ ደጊያት ፡ መስፍን ፡ ሰዓብዎም ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ባዕሎም ፡
ግና ፡ ናብ ፡ ወዲ ፡ ንጉስ ፡ ኣብ ፡ ራእሲ ፡ መንገሻ ፡ ኣተዉ ። — —
14. ከንቲባ ፡ ስብሃቱን ፡ ልጅ ፡ በራኺን ፡ ደቂ ፡ ኸንቲባ ፡ በኺት ፡ ድማ ፡
ሙማት ፡ ሐጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ምስ ፡ ሰምዑ ፡ ከመዮ ፡ ናብ ፡ ሐበሻ ፡ ዝም
ሰሉ ፡

« ጹሓይኪ ፡ ምስ ፡ ዐረበት ፡
ወርሕን ፡ ከየርከበት ፤

ንመድበኻ ፡ ትረኽበ ፤ » ካብ ፡ ሰምሃር ፡ ገሊግሾም ፡ ንእቡማጊታው ፡ ኣብ ፡
እምባደርሆ ፡ ቐተልዎ ።

279. ጣልያን ፡ ኣብ ፡ ኣስመራ ፡ ኣቶ ።

1. ኣብ ፡ መንንዚ ፡ ኸኣ ፡ ጅንናር ፡ ባንደሰራ ፡ ኸቲት ፡ ብወርሒ ፡ ጉ
2. ምበት ፡ ካብ ፡ ባጽዕ ፡ ንኸረን ፡ ሐለፈ ። ካብኡ ፡ ኸኣ ፡ ብኡብኡ ፡ ብሐ
ምለ ፡ ብላታ ፡ በራኺ ፡ መራሒምዎ ፡ ንኣስመራ ፡ ኸኣቱ ፡ ይሉ ፡ ካብ ፡ ባ
3. ጽዕ ፡ ገስገሰ ። ኸዑ ፡ ማይ ፡ ሕንዚ ፡ ሰፈሩ ፡ ኸሎ ፡ ወዮ ፡ ጣልያን ፡ ኣል
ዒሉ ፡ ዝርኢ ፡ ዘይብሉ ፤ « ኣሉላ ፡ መጺ ፤ » ይሉ ፡ ሀዲሙ ፡ ንጊንዳዕ ፡
ተመልሰ ። ብላታ ፡ በራኺ ፡ ኸኣ ፡ ኣርኪቦም ፤ « ንዑናይ ፡ ደኣ ፡ ደሓን ፤
እዩም ፡ ዝርኢኹምዎም ፡ ጓሶት ፡ ሰብ ፡ ጠሉብጊዕ ፡ እዮም ፤ » ይሎም ፤
ሒዶምዎ ፡ ኣስመራ ፡ ኣተዉ ።
4. በቲ ፡ እዋንቲ ፡ ጣልያን ፡ ንደጊያት ፡ ተሰማ ፡ ወዲ ፡ ደጊያት ፡ ኢማ
ም ፡ ብልዕሊ ፡ ኾሎም ፡ መኳንንቲ ፡ ሸሞም ።





280. መኾንንቲ ፡ ተኣሰሩ ።

ጣልያን ፡ ከኣ ፡ በብቕሩብ ፡ ከኸም ፡ ዝኣተውዎ ፡ ቅድም ፡ ንኻፈል ፡ 1.
ኣብ ፡ ከረን ፡ ኣሲሩ ፡ ናብ ፡ ዓሰም ፡ ወሰዶ ። ንደጊያት ፡ መስፍን ፡ ከኣ ፡ 2.
ናብ ፡ ባጽዕ ፡ ብወርሒ ፡ ሰነ ፡ ጠለፎም ። ካብኡ ፡ ናብ ፡ ዐዲ ፡ ጣልያን ፡
ወሲድዎም ፡ ኣብኡ ፡ ሞቱ ።

በዚ ፡ ግዜዚ ፡ እቶም ፡ መኳንንቲ ፡ ጣልያን ፡ ዝተረፉ ፡ ስድራ ፡ ራ 3.
እሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ተኣሲሮም ፡ ፈተዉቲ ፡ ዐድ-ደጊያት ፡ ሃይሉ ፡ ጥ
ራይ ፡ ተረፉ ። እንተኾነ ፡ ንእም ፡ ድማ ፡ ተርእዎም ፡ ሸዓ ፡ መጺዖም ። ብኡብ 4.
ኡ ፡ ብመስቀል ፡ ደጊያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ ኣስመራ ፡ ተኣሰሩ ። ጣልያን ፡ ብ
ዙሕ ፡ ሰብ ፡ ይዐስሎም ፡ ነበረ ፡ እንተ ፡ ርኢ ፤ « ንመንግስትና ፡ ይጉድኢ ፡
እዩ ፤ » ይሎም ፡ ጠርጠሮም ። ኣብ ፡ ርእሲ ፡ እዚ ፡ ኸኣ ፡ ሐያሎይ ፡ መ
ኳንንቲ ፡ ብታሕት-ታሕቲ ፡ ኸሸሾም ፤ « ክሸፍት ፡ እዩ ፤ » ይሎም ፡ ኣእ
ሰርዎም ። ንእም ፡ ድማ ፡ ዐዲ ፡ ወሰዶም ። እንተኾነ ፡ ደጊያት ፡ ተሰማ ፡ 5.
ናብቲ ፡ ማእሰርቶም ፡ ተጸለሉ ። ድሕርዚ ፤ « ዝገብር ፡ የብሉን ፤ » ይሉ ፡
ጣልያን ፡ መለሶም ።

ድሕሪ ፡ ዓመት-መንፈቕ ፡ ደጊያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ኸኣ ፡ ናብ ፡ ባጽ 6.
ዕ ፡ ተኣሰሩ ፤ ከምኡ ፡ ኸኣ ፡ ናብቲ ፡ ዓመቱ ፡ በረምበረስ ፡ ይልማ ፡ ወ
ዲ ፡ ደጊያት ፡ ከፈል ፤ ምስኦም ፡ ድማ ፡ ብሐንሳእ ፡ ካብ ፡ ዐረዛ ፡ ደጊያት ፡
ንጉሰ ፡ ወዲ ፡ እዮቶ ፡ ገረጻድቕኒ ፡ ደጊያት ፡ መንገሻ ፡ ወዲ ፡ እዮቶ ፡
ኣስገዶምኒ ። በቲ ፡ ቕኔቲ ፡ ኸኣ ፤ ካብ ፡ እንዳ ፡ እዮቶ ፡ ገብራይ ፤ ብድሕ 7.
ሪ ፡ ራእሲ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ጀሚሮም ፡ ምስሌንነት ፡ ሚናብዘርኣይ ፡ ሐ
ጅም ፡ ዝነበሩ ፤ ከንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ሕጂ ፤ ልጅ ፡ ኣበሬ ፡ ኸሸሸዎም ፤ ነ
ሰምኒ ፡ ናብ ፡ ኣስመራ ፤ ተደብደቡ ፤ ተድላ ፡ ወዶምኒ ፤ ተኣሲሩ ፡ ንጊንዳ
ዕ ፡ ከመርድ ፡ ከሎ ፡ ኣብ ፡ መንዲ ፡ ሞተ ። ብድሕርዚ ፡ ኸኣ ፡ እኒ ፡ ልጅ ፡ 8.

በየን ፡ እኒ ፡ ግራዝማች ፡ ይግዘው ፡ እኒ ፡ ደግያት ፡ ማሕሩይ ፡ ብዙሓት ፡ ክልኣትኒ ፡ ተአሲሮም ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ዓሰምኒ ፡ ገለ ፡ ናብ ፡ ናቕሬን ፡ ተሐበሱ ።

9. ብዛዕባዚ ፡ ሓደ ፡ አዝማሪ ፡ ኸምዚ ፡ ይሉ ፡ ገጠመ ፡

አስመራ ፡ መድፈና ፡ ባጽዕ ፡ ደጊ-ሰላም ፡ ዓሰም ፡ መቕበር ፡
ብዘበን ፡ ጣልያን ፡ ትም ፡ ደኣ ፡ በል ።

## 281. ሐዩሰ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ።

1. ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ወዲ ፡ ኸንቲባ ፡ ግልወት ፡ ሐለቓ ፡ ማንዳ ፡ ናይ ፡ ኢጣልያ ፡ ኹይኑ ፡ ኩብ ፡ በሕሪ ፡ አናወጸ ፡ ይዘምት ፡ ነበረ ። ሓደ ፡ ግዜ ፡ ንደቂ ፡ መሓረ ፡ ወደቓ ፡ እንተኾነ ፡ ተኣዋደዮም ፡ ጸመዱሉ ፡ እሞ ፡ ተሳዕረ ።

2. ድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ኢጣልያ ፡ ኸወጺ ፡ ኸለወ ፡ ግዝኣት ፡ ዘማት ፡ ሓ
3. ዘ ። ኩብኡ ፡ ንጸዐዘጋ ፡ ኸኸይድ ፡ ነቐለ ፡ እሞ ፡ አብ ፡ ሀዘጋ ፡ ምስ ፡ ቀረ
በ ፡ ተሰሊፉ ፡ መጸ ። ሰብ ፡ ሀዘጋ ፡ ኸአ ፡ « ጠፋእና ፡ » ይሎም ፡ አውያ
4. ት ፡ ጌሮም ፡ እቶም ፡ ቅሩባት ፡ ገዛውቱ ፡ ተሰለፉ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ « ምሕላ
ፍ ፡ መገዲ ፡ ኸሊኣምኒ ፡ » ይሉ ፡ ተቐማኡም ፡ መታን ፡ ሕን ፡ አቡኡ ፡ ኸ
ፈዲ ። እኒ ፡ ሀኤታ ፡ ሰንጋል ፡ አብኡ ፡ ሞተ ። ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ኸ
አ ፡ ነታ ፡ ዐዲ ፡ ተኾሾ ፡ አሕኦም ፡ ዘሚቱ ፡ ንሐጀሎይ ፡ ድማ ፡ ገረፉ ፡ ና
5. ብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ በጽሐ ። ሐጀሎይ ፡ ሰብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ እኒ ፡ ነቶም ፡ ዝሀደሙ ፡
ደቂ ፡ ሀዘጋ ፡ ዘመትዎም ፡ እንተኾነ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ አሕኦም ፡ መልሾ ፡
ይኣልዮም ፡ ነበረ ።

6. ኩብኡ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ አብ ፡ ዐዱ ፡ ኸምለሰ ፡ ከሎ ፡ ነቶም ፡
ጸላእቱ ፡ ናብ ፡ ድምበዛን ፡ ዝረኸቦም ፡ ዘበለ ፡ አለልዒሉ ፡ ይገርፎም ፡ ነ
7. በረ ። በቲ ፡ አዋንቲ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ ይረፉሉ ፡





ሳሳ ፡ ሐድገምበሳ ፡
በሲዕክን ፡ ደቅሳ ።

ድሕሪኡ ፡ በረምበረስ ፡ ይልማ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ክፊል ፡ ኩብ ፡ ኢ 8.
ጣልያ ፡ ሽፊቱ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ሕጂ ፡ ኸአትዎ ፡
ብፍቓድ ፡ መንግስቲ ፡ ናብ ፡ ደምበላስ ፡ ወረዱ ፡ ተቐማኡ ። እንተኾነ ፡ አ
ይክኣሎን ። ሽዑ ፡ ኸምዚ ፡ ይሎም ፡ አላገጹሉ ፡ 9.

ወዲ ፡ ግልወት ፡ እግር-ቓሪያ ፡
ወዲ ፡ አባ-በለው ፡ ብጥይት ፡ ቀልያ ።

## [illegible] 282.

ምስናየዚ ፡ ኸአ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ንሓደ ፡ ትግራዋይ ፡ ፈቖ 1.
ሳይ ፡ ንወዲ ፡ ሐወቡኡ ፡ ኸፍቐውሶ ፡ ኸሎ ፡ እቲ ፡ ሕሙም ፡ ሞተ ፡ እሞ ፡
ነቲ ፡ ፈዋሳይ ፡ አልዒሉ ፡ ቐተሎ ። ነታ ፡ ሰበይቱ ፡ ኸአ ፡ ኸይትነግር ፡ ይ 2.
ሉ ፡ ዓቀይቱ ፡ ጌሩ ፡ ንትግራይ ፡ አሳገሩ ። እንተኾነ ፡ ንሳ ፡ ናብ ፡ አስመ
ራ ፡ ተመልሻ ፡ ጠርዓት ። ክምኡ ፡ ድማ ፡ መኻንንቲ ፡ እኒ ፡ ደግያት ፡ ስ 3.
ብሃቱ ፡ ይጸልእዎ ፡ ነበሩ ።

ድሕርዚ ፡ ደግያት ፡ ሐድገምበሳ ፡ ሐርማዝ ፡ ቀቲሉ ፡ ክምረኽ ፡ አ 4.
ብ ፡ መንጆር ፡ ድማዮ ፡ መጸ ። ንሱ ፡ ኸአ ፡ መረቐ ፡ « ኪድ ፡ በል ፡ ኩብ ፡
ጆንናር ፡ ክትምረኽ ፡ ንባጽዕ ፡ ውረድ ፡ » የሎ ። አብ ፡ ባጽዕ ፡ ምስ ፡ ተ 5.
መረቐ ፡ ኸአ ፡ « ምስ ፡ ንጉስ ፡ ሬ ፡ አሬኸቡኒ ፡ » የሎም ። ጆንናር ፡ ክ
አ ፡ « ሐራይ ፡ ክዳን ፡ ክነስፍየልካ ፡ ቁቡዕ ፡ ክንሸየጠልካ ፡ ጫማ ፡ ኸንገ
ብረልካ ፡ » ይሉ ፡ አቐነዮ ። ደሐር ፡ ግና ፡ « ሓዝዎ ፡ » ይሉ ፡ ንዓሰም ፡
ሰደዶ ።

በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ተአሲሩ ፡ ናብ ፡ ዓሰም ፡ ሞተ ። ስድርኡ ፡ ኸአ ፡ ገ 6.
ሊኦም ፡ ሽፊቶ ፡ ገሊኦም ፡ አብ ፡ ኢጣልያ ፡ ዕስክርንት ፡ ተኸተቡ ።

283. ሸፍትነት ፡ ልጅ ፡ አበራ ።

1. ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ክንቲባ ፡ ሃይሉ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ናይ ፡ ተኽሉ-ዐገባ ፡
ልጅ ፡ ጕብሳ ፡ ናይ ፡ ሚናበ-ዘርኣይ ፡ ሹማምቲ ፡ ኾኑ ።
2. ድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡ አጥርሕ ፡ ግና ፡ ጣልያን ፡ ንልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ኸ
አስሮ ፡ ይለ ። ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ምኽሩ ፡ ብገለ ፡ ፈታዊ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፡
3. ንስድርኡ ፡ አኺቡ ፡ ናብ ፡ ዐንሰባ ፡ ሸፈተ ። በችኒ ፡ እተባህለ ፡ ግብጣን ፡
ክአ ፡ ክሕዞ ፡ ይሉ ፡ ንዐንሰባ ፡ ሰዓበ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ደቂ ፡ ሸሃይ ፡
4. ጥልታ-መድሓኒት ፡ እብ ፡ እተበሀለ ፡ ንግብጣን ፡ በችኒ ፡ ቀተሎ ። ብድ
ሕርዚ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ ሐማሴን ፡ እዕገርገሩ ፡ እዕገርገሩ ፡
ጣልያን ፡ ክአ ፡ ናብ ፡ ባሕሪ ፡ አርኪቡ ፡ ተቐማአ ። እንተኾነ ፡ አበራ ፡
5. ሬሚ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ ሀዲሙ ፡ ወጺ ። ቅድም ፡ ብሰናእ ፡ አቢሉ ፡ ኸደ ፡
ደሓር ፡ ግና ፡ ሕንዥልምሽ ፡ ምልስ ፡ ይሉ ፡ እብ ፡ እንዳ ፡ እስመራ ፡ ተ
ሐቢኡ ፡ ቐኘ ። « ክይዱ ፡ ፡ » ይሉም ፡ ምስ ፡ ቀበጹ ፡ ኸአ ፡ በለኻ ፡ ይሉ ፡
6. ብእኽሉ-ጉዛይ ፡ አቢሉ ፡ ናብ ፡ ዐጋሜ ፡ ተሳገረ ። ሽዑ ፡ ናብ ፡ ራእስ ፡ ስ
ብሃት ፡ እትዩ ፡ ተማዕቈበ ።
7. ብሰሬ ፡ ሸፍትነት ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ጣልያን ፡ « ማይ-እንጌራ ፡
አይትሃብዎ ፡ ዐድኹም ፡ አይተእትዉዎ ፡ » ይሉ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ በዚ ፡ ም
ኽንያትዚ ፡ ብዙሓት ፡ ሰብ ፡ እናተኸሱ ፡ ተአስሩን ፡ ተደብደቡን ። እኺ ፡
ኽንቲባ ፡ ተስፉ-ጼን ፡ [በዓል ፡ ዐዲ ፡ ንእሞን ፡ ክብ ፡ ዐዲ ፡ ዕጀል ፡] እብ ፡
ዓሰም ፡ ሞቱ ፡ አቦት ፡ ናይ ፡ ደብረ-ሲና ፡ ኸአ ፡ ተደብደቡ ፡ ቤተኽስያን ፡
8. ዐዛውል ፡ ድማ ፡ ተተኾሰ ። ንጸዐዚጋ ፡ ኽንድዳ ፡ ደልዩ ፡ ሰባን ፡ ማላን ፡
ክይወጽእ ፡ ምስ ፡ ከበባ ፡ ቀሺ ፡ ስቤንዕን ፡ ንጅንናር ፡ ጋንዶልፊ ፡ ለሚ
ኖም ፡ አምሓርዎ ። እንተኾነ ፡ ንገዛ ፡ ደቂ ፡ አፍረስ ፡ ክምኡ ፡ ድማ ፡ አ





ቶም ፡ ብሐቂ ፡ ምስ ፡ አበራ ፡ ዝሸፈቱ ፡ አባይቶም ፡ አንደዱ ። ስለዚ ፡ ገ 9.
ዛ ፡ ደቂ ፡ ሽዑ ፡ ምስ ፡ ፈረሰ ፡ ክሳዕ ፡ ሕጂ ፡ ምንዩ ፡ አሎ ።
ልጅ ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ደሓር ፡ እብ ፡ ሐጸይ ፡ ምለሊኽ ፡ አቶ ። ንጉስ ፡ 10.
ክአ ፡ ሆሱ ፡ ዘረቱን ፡ መኽርኡን ፡ ምስ ፡ ሰምዐ ፡

« ከኽሀ ፡ አማራ ፣
አንድ ፡ አበራ ፣ »

ይሉም ፡ ብጽቡቕ ፡ ተቐበልዎ ፡ ደማዝምንት ፡ ክአ ፡ ሃብዎ ። ክሳዕ ፡ ሕ 11.
ጂ ፡ ኸአ ፡ ብትሕቲ ፡ ንጉስ ፡ እብ ፡ ሐድሽ-አበባ ፡ አሎ ።

[illegible] 284.

ብግዝኣት ፡ ራእስ ፡ አሉላ ፡ ጕብሳ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ወልደ-ገብረኤልኒ ፡ 1.
ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ንጉሰን ፡ አብኦም ፡ እትዮም ፡ ምስሊ
ንኒት ፡ እንዳ ፡ ገረ-ኽስቶስ ፡ ሓዙ ። ክብኦም ፡ ጕብሳ ፡ ቅድሚ ፡ ሐጸይ ፡
ዮሀንስ ፡ ሞተ ፡ ልጅ ፡ ሀብተ-ጼን ፡ ድማ ፡ ብሐሳዊ ፡ ተኸሸሸ ፡ ናብ ፡ ን
ጉስ ፡ ከደ ። ብድሕርዚ ፡ ልጅ ፡ ተሰማ ፡ ወዲ ፡ አይተ ፡ ጺጋይ ፡ እብ ፡ ጣ 2.
ልያን ፡ እትዩ ፡ ሸመት ፡ አሕኡ ፡ ለሙን ፡ እሞ ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ ዝእኽ
ል ፡ ክም ፡ ሹመኛ ፡ ዐዲ ፡ ኾይኑ ፡ ጸንሔ ። ድሕርዚ ፡ ምስ ፡ አበራ ፡
ኸደ ።

ድሕሪ ፡ እቲ ፡ ዘበንቲ ፡ እብ ፡ ጸዕዳ-ኽስታን ፡ በዓል ፡ ቀምሽ ፡ አይ 3.
ነበሮምኒ ።

[illegible] 285.

ደግያት ፡ ባህታ ፡ ኻብ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ ሸፈቶም ፡ እብ ፡ ኢጣል 1.
ያ ፡ እተዉ ። መንግስቲ ፡ ኢጣልያ ፡ ኸአ ፡ እኽቢሮም ፡ ደግዝምንት ፡ አ

2. ብ ፡ እሾለ-ጕዛይ ፡ ብምልኡ ፡ ሃብዎም ። እንተኾነ ፡ መንግስቲ ፡ ኢጣል
ያ ፡ እናጸንሑ ፡ መሬት ፡ እሾለ-ጕዛይ ፡ ክወስዱ ፡ ጀመሩ ። ደጃዝማች ፡ ባህ
ታ ፡ ኸአ ፡ እዚ ፡ ርእዮም ፡ ንሐዎም ፡ ሰንጋል ፡ « ንሸፍት ፡ » የልዎ ። ሰ
ንጋል ፡ ከአ ፡ « እንታይ ፡ ክንልዕል ፡ ካብ ፡ ኢጣልያ ፡ ሸፊትና ፡ » የሎም ።
3. ሽው ፡ ደጃዝማች ፡ ባህታ ፡ ብእውሎ ፡ ንሐዎም ፡

« ዎ ፡ ሰንጋል ፡ ሐወይ ፣ አመና ፡ አይትፀሽ ፣
ጻዕዳ ፡ ተመን ፡ እንድሕሪ ፡ ነኸሸ ፣
ደላሲኻ ፡ ዘይርኽብ ፡ ፈውሱ ፣ »

ይሎም ፡ መለሱሉ ። ሐዎም ፡ ከአ ፡ ሕሬይ ፡ ይሉ ፡ ሰዓበም ።
4. ካብኡ ፡ ንትንንቲ ፡ ሳንጉንይቲ ፡ ምስ ፡ አስተርኃሚኡ ፡ ደጃዝማች ፡ ባ
5. ህታ ፡ አሰርዎ ። ብኡብኡ ፡ ኸአ ፡ ነቶም ፡ አብ ፡ ሐሊበ ፡ ዝነበሩ ፡ ዐስከ
ር ፡ ኢጣልያ ፡ ምስ ፡ ግብጣኖም ፡ ከዚዎም ፡ « እናፍቀቲ ፡ መንግስቲ ፡ አ
ሕሊፍኩም ፡ ክይቐትለኹም ፡ ሃቡኒ ፡ » የልዎም ። እቲ ፡ ግብጣን ፡ ከአ ፡
6. « ሰብ ፡ ስደዱ ፡ ሕሬይ ፡ ክንሀበኹም ፡ » እናለ ፡ አዘናግዖም ። አብ ፡ መን
ገዚ ፡ ኻብ ፡ አስመራ ፡ ዝመጹ ፡ ዐስከር ፡ ብድሕሪኦም ፡ መጺኦም ፡ ንደ
7. ጃዝማች ፡ ባህታ ፡ ተዋግእዎም ። ደጃዝማች ፡ ባህታ ፡ ተሳዕሩ ። ሰበምኒ ፡ ሐዎ
ም ፡ ሰንጋልኒ ፡ ሀዲሞም ፡ ወጹ ፣ ባዕሎም ፡ አብታ ፡ ውግእ ፡ሞቱ ።
እዚ ፡ ኹሉ ፡ ዓመት ፡ ቅድሚ ፡ ውግእ ፡ አባ-ገሪማ ፡ ኾነ ።

286.

1. ድሕሪዚ ፡ ራእስ ፡ መንገሻ ፡ ወዲ ፡ ሐጸይ ፡ ዮሀንስ ፡ አብ ፡ ኰዓቲት
2. ኒ ፡ አብ ፡ ሰንዓፈን ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ተዋጊኦም ፡ ተሳዕሩ ። ንጉስ ፡ ምለ
ሊኽ ፡ ከአ ፡ ሐመድ-ግዳም ፡ ዝኾነ ፡ ሰራዊት ፡ሒዞም ፡ መጺኦም ፡ ንጣል
ያን ፡ ቅድም ፡ አብ ፡ እምባ ፡ አላጀ ፡ ድሕሪኡ ፡ ኸአ ፡ ናብ ፡ መቐለ ፡ ሰዓ





ርዎ ። እንተኾነ ፡ አውራ ፡ ድል-ገብያ ፡ ናብ ፡ ዓድዋ ፡ ኾነ ፡ ሰምበት ፡ መ
ዓልቲ ፡ ናብ ፡ ወርሒ ፡ ለኻቲት ። ብዙሓት ፡ አብኡ ፡ሞቱ ። እዚ ፡ እቲ ፡ 3.
ጅግና ፡ ክንቲበ ፡ ተድላ ፡ ወዲ ፡ ደጃዝማች ፡ ስብሃቱ ፡ « አብዚ ፡ ወይቻ ፡ »
ክይተባህለ ፡ ጠፍኡ ፡ ጅግናን ፡ ሃዋርያ ፡ ነበረ ። አርባዕተ ፡ ሽሕኒ ፡ ሽ
ድሽተ ፡ ሚእትን ፡ ጣልያን ፡ ተማረኹ ፡ አሽሓት ፡ ዐስከር ፡ ከአ ፡ ደቂ ፡
ኢቶጵያ ፡ ሽፍታ ፡ ተብሂሎም ፡ ኢደ-እግሮም ፡ ሰአኑ ።

እንተኾነ ፡ ንጉስ ፡ ንመወዳእትኡ ፡ ምስ ፡ ጣልያን ፡ ዕርቂ ፡ ጌሮም ፡ 4.
ንመረብ-ምላሽ ፡ ወፊዮም ፡ ሐደጉሉ ። በዚ ፡ ኸምዚ ፡ ንሕና ፡ ሰብ ፡ ሐ
ማሴን ፡ ጠሬእና ፡ ተረፍና ። በዚ ፡ ነዚ ፡ ኹሉ ፡ ርእዩ ፡ ዘስተንተነ ፡ ሰብ ፡ 5.
ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ገጠመ ፡

ወሬሳው ፡ ብርርቡሽ ፡ ምስ ፡ ፈሰሰ ፣
ንጉስ ፡ ባሕሪ ፡ መጺ ፡ እናሐመሰ ፣
መድፍዕኒ ፡ ርኪትኒ ፡ እናተኹሰ ፣
እልፊ ፡ ጠዋ ፡ እናአሰረ ፡ እናሐበሰ ።
ኹል-ኣዱ ፡ ይመጽእ ፡ ትብሉና ፡ ቲድሮስ ፣ 6.
ገጼ ፡ ኽይርእና ፡ ምድሪ ፡ መሰ ፣
ንፈርእን ፡ ዘጥፍእት ፡ ባሕሪ ፡ መሰ ፣
ባዕልኻኒ ፡ ትረልዋ ፡ ስባሰ ፣

287.

ልጅ ፡ ጉብሳ ፡ ኸአ ፡ ልጅ ፡ አበራ ፡ ምስ ፡ ሸፈቱ ፡ ንምሉእ ፡ ደቀቶ 1.
ሽምኒ ፡ ወንሰበን ፡ ክጥቕልሉ ፡ ጥልያን ፡ ሃበም ፣ ክምኡ ፡ ድማ ፡ ድሕሪ ፡
ሐያሎይ ፡ እዋን ፡ ደማዝምንት ፡ ሸሞም ። እንተኾነ ፡ ነጋሪት ፡ አየጽዓዋ
ምኒ ፡ ደጃዝማች ፡ ተሰፋ-ማርያም ፡ በዓል ፡ ዐዲ ፡ ኳላ ፡ ጥራይ ፡ ነጋሪት ፡
ጸዓነ ። ዶሐር ፡ ነጋሪት ፡ ደጃዝማች ፡ ተስፋ-ማርያም ፡ መሪጾም ፡ ምስ ፡ ተ 2.

መልሱ ፡ ሓደ ፡ ሐሽክሮም ፤ « ጥይትኒ ፡ ነፍጥን ፡ ሐቢኡ ፡ አሎ ፡ » ይ
ሉ ፡ ኸሰዎም ። ጥልያን ፡ ከአ ፡ በዚ ፡ ነገርዚ ፡ እተሓሰለ ፡ ዳንኖቶም ፡ ገሬ
3 ፉ ፡ አናፍጥቶም ፡ አግደሮም ። ብድሕርዚ ፡ ኸአ ፡ ነሰም ፡ ከም ፡ ስዑር ፡
ሹም ፡ ኩይኖም ፡ አብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ተቐመጡ ፡ ደቐተሽምኒ ፡ ዐንሰባን ፡ ከ
አ ፡ ብብዮቶኦም ፡ አብ ፡ ኩማሳርዮ ፡ ይአትዉ ፡ ነበሩ ። ጸኒሖ ፡ ጸኒሖ ፡
4. ግና ፡ ሐሾሎይ ፡ አናፍጥትን ፡ ዳንነትኒ ፡ ጥልያን ፡ መለሰሎም ። አብ ፡ መ
ንግዚ ፡ ብንእስነቶም ፡ ተመንከሉ ።

5. ብድሕርዚ ፡ ሓደ ፡ ኻብ ፡ ቤተ-ሰቦም ፡ ከምዚ ፡ ይሉ ፡ ደጕዐሎም ፡

« ወዲ ፡ ገረ-ማርያም ፡ ዘገዘኡ ፡ ረምቲትም ፤
እታ ፤ ወዲ ፡ ሃይሉ ፡ ዘገዘኡ ፡ ረምቲትም ፤
ሰረወታይ ፡ ይነግስ ፡ ምልኪት ፡ ንጥትም ፤
እገለታይ ፡ ይነግስ ፡ ምልኪት ፡ ንጥትም ፤
ካርነሽማይ ፡ ይነግስ ፡ ምልኪት ፡ ንጥትም ፤
ድምበዛናይ ፡ ይነግስ ፡ ምልኪት ፡ ንጥትም ፤
ሀዘጋታይ ፡ ይነግስ ፡ ምልኪት ፡ ንጥትም ፤ »

የሉም ።

6. ልጅ ፡ ወልደ-ስላሰ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ ተሰማ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አኑኡ ፡
አብ ፡ አኸስም ፡ ዐብዩ ፡ ሕጂ ፡ ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ደግያት ፡ ጕብሳ ፡ አብ ፡
ሕንዳ ፡ አቡኡ ፡ ተመሊሹ ፡ ናብ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ይቕመጥ ፡ አሎ ።

288.

1. ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ድማ ፡ ብሞት ፡ ሐጺይ ፡ ዮሃንስ ፡ ምስ ፡ ተ
ፈትሐ ፡ አብ ፡ ራእስ ፡ መንገሻ ፡ እትዮም ፡ ምስኦም ፡ አብቲ ፡ ውግእ ፡
ኩናቲትኒ ፡ ሰንዓፈን ፡ ወዓሉ ። አብኡ ፡ መጽሓፍ ፡ ዛንትኦምኒ ፡ ዛንታ ፡
ዐዶምኒ ፡ አጽሒፎም ፡ ኢሮም ፡ ካብ ፡ ሰንዓፈ ፡ ኸሀድሙ ፡ ኸለዉ ፡ አ





ታ ፡ መጽሓፍ ፡ ጠፍእቶም ። ብድሕርዚ ፡ ናብ ፡ አኸስም ፡ ይቕመጡ ፡ 2.
ነበሩ ። አብኡ ፡ ኸለዉ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ ደቂ ፡ ጸዐዘጋ ፡ ብምሕላፍ ፡ መገዶ 3.
ም ፡ እንተ ፡ መጽዎም ፡ ብጸቡቕ ፡ ብሕሩይ ፡ ብመስተ ፡ ደአ ፡ ይቕበበል
ዎም ፡ ነበሩ ፡ እምበር ፡ አይተቐየምዎም ፡ አይቀተልዎም ። አብ ፡ መንጎ 4.
ዚ ፡ ደግያት ፡ አበራ ፡ ኸአ ፡ ኻብ ፡ ጣልያን ፡ ወጺኦም ፡ አኸስም ፡ መ
ጹ ። ነሰም ፡ ድማ ፡ ንልጅ ፡ በዛብሀ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ መስፍን ፡ ወዲ ፡ ጸ
ላኢኡ ፡ ኸነሱ ፡ ከም ፡ ሐዉ ፡ ጌሩ ፡ ሕጅዎ ፡ ነበረ ፤ ደሓር ፡ ምስ ፡ ጩን
ቖ ፡ ፈንዩ ፡ ክይቀተሎ ፡ ሐደጎ ። ደግያት ፡ አበራን ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤ 5.
ልኒ ፡ ኸአ ፡ አብ ፡ አኸስም ፡ ምስ ፡ ተራኸቡ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡
ንደግያት ፡ አበራ ፡ ብጸቡቕ ፡ ተቐበልዎ ፤ እሞ ፡ ከምዚ ፡ የሉ ፡ « እታ ፡
ከበናስ ፡ ደቕና ፡ ለቢሞም ፡ » የሉ ። መወዳእትኦም ፡ ከአ ፡ አረጊም ፡ ሰ 6.
ድመ ፡ ጸጊቦም ፡ ብሕማም ፡ አብ ፡ አኸስም ፡ ሞቱ ፤ አብኡ ፡ ድማ ፡ ተ
ቐብሩ ።

ልጅ ፡ ሃይለ-መለኮት ፡ ወዲ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሕጂ ፡ ናብ ፡ 7.
ሐድሽ-አበባ ፡ አሎ ። ልጅ ፡ በዛብሀ ፡ ወዲ ፡ ደግያት ፡ መስፍን ፡ ግና ፡
ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ አቦሐጎኡ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቡኡ ፡ ተመሊሹ ፡ አብ ፡ ሀ
ዘጋ ፡ ደቐሸ ፡ ደጋ ፡ ይጸንዕ ፡ አሎ ።

289.

ሕጂ ፡ ብዘበን ፡ ጣልያን ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸዐዘጋን ፡ ሀዘጋን ፡ ሰ 1.
ላም ፡ ኩይኑ ፡ አሎ ፤ ካብቲኦቶም ፡ ከኑ ፡ ኻብቲኦቶም ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ቀደ
ም ፡ ደም ፡ ክንድቲ ፡ ብሐረቖት ፡ ዝሓለፈ ፡ የልቦን ። ከምኡ ፡ ኸአ ፡ እ 2.
ቶም ፡ ብትእዛዝ ፡ ራእስ ፡ ወልደንኪኤል ፡ ሀዘጋ ፡ እትዮም ፡ ዝነበሩ ፡ ጕ
ደቦታት ፡ ንንዐዶም ፡ ተመሊሾም ፡ አለዉ ። ጸዐዘጋ ፡ ኸአ ፡ ካብቲ ፡ ብሰ 3.

ኑዩ ፡ ባዲማቶ ፡ ዝነበረት ፡ ሕጂ ፡ ግና ፡ ዑናስ ፡ ይትረፍ ፡ በዱታት ፡ እ
ኺ ፡ ይስሖሕ ፡ እሎ ።

4. እንተኾነ ፡ በዚ ፡ ሰሜ ፡ ዐቢ ፡ ሰላም ፡ ክም ፡ ዘሎ ፡ ዝመስል ፡ ኣብ ፡
5. መንግእም ፡ ሓይ ፡ ባህሊ ፡ እሎ ። ቅድሚ ፡ ምምጻእ ፡ ቴድሮስ ፡ ኣብ ፡
መንን ፡ ሀዚጋን ፡ ጸዐዚጋን ፡ ኣብ ፡ ጥቓ ፡ ዐዲ ፡ ያዕቆብ ፡ ግራት ፡ ክንቲብ ፡
ዘርኢይ ፡ ኣብ ፡ ዝበሀል ፡ ሓይ ፡ ዐቢ ፡ ዐቢ ፡ ውግእ ፡ ክም ፡ ዝኸውን ፡
ክብኡ ፡ ንንየው ፡ ግና ፡ ብቴድሮስ ፡ እቲ ፡ ዐቢ ፡ መንግስቲ ፡ ሰላም ፡ ከ
ም ፡ ዝጅምር ፡ ይበሀል ።

# ERRATA.

Comme j'ai dû faire à moi seul la correction des épreuves, au cours d'une année et demie qu'a duré l'impression, quelques petites erreurs et irrégularités ont été inévitables, la plupart cependant relativement peu sérieuses. En dressant cette liste, j'ai été aidé par M. le pasteur Tuoldé-Medhin, qui a revu les feuilles imprimés.

## I. Fautes ayant rapport aux lettres.

### a) Fautes sur le manuscrit.

1. Dans quelques cas la faute est due à une confusion de thèmes ou de phrases, qui m'avait échappé.

Au lieu de ለቒታ il y a ለቒጣ (chap. 88: 3 l. 3; influencé par መሸጣ); au lieu de ገይሽዎ (135: 2' et passim) il y a aussi ጌሽዎ (181: 4'; influencé par ኔሮዎ): የልግስ (86: 5') est une confusion de የሰግስ et ይልግስ. መተካሉ (114: 2') de ምትካሉ et መትከሉ, et ገርግስ (245: 5') de ገርገስ et ገርግሽ; à côté de ጋማ ፡ ኸእስኑ (129: 3') il y a ጋማ ፡ ኸእሰር (148: 3'), à côté de ብእሱሮዎ (203: 7') etc. il y a እብ ፡ እሱኑ (189: 6'). Aux chap. 118: 4, 126: 6, un verbe (resp. suffixe verbale) au masc. se rapporte à un subst. déterminé comme fém.

Remarquez d'ailleurs quelques irrégularités dans la notation des laryngales: ኣኹራት (117: 3': pour ዓኹራት). ሀሰንጌ (125: 4': pour ሐሰንጌ). እንዳቶ (178: 3': pour ዐንዳቶ). ታህሳስ (190: 2', 196: 3': pour ታሕሳስ). ሐይ (211: 9'; pour ሀይ).

Je n'ai pas cru nécessaire de spécifier ici quelques petites irrégularités relatives à l'usage du sing. et du plur. qu'il faut mettre sur le compte de Bahta.

2. Dans quelques cas il s'agit d'irrégularités dans l'observation de mes propres règles d'orthographe.

Chap.

9: 8' ርስቲዶ; lisez ርስትዶ;
20: 3' መሐፊ; » መሓፊ;
29: 3' (et passim) እምኒ ጸሊም; lisez እምን ጸሊም;

Chap.

30: 3' እምኒ-ሐይሊ; lisez እምን ሐይሊ;
38: 1'. ጸብሐኺ; lisez ጸብሐኺ;
39: 4' ስፍራዘዶ; » ስፍራዝዶ;